# ዝርዝር ትሕዝቶታት


ቃል ደራሲ፡ እዚ ትንታነ መጽሓፍ ቅዱስዚ ብኸመይ ኪጠቕመኩም ይኽእል? . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 5

መምርሒ ንግቡእ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ነቲ ኺረጋገጽ ዚኽእል ........ 8

ሓቂ ንምርካብ ዚግበር ውሉቃዊ ምንዳይ

ትንታነ፡

መእተዊ ናብ መልእኽቲ እብራውያን ........ 20

እብራውያን 1 ........ 28

እብራውያን 2 ........ 51

እብራውያን 3 ........ 80

እብራውያን 4 . . . . . . . . 108

እብራውያን 5 . . . . . . . . 123

እብራውያን 6 . . . . . . . . 132

እብራውያን 7 . . . . . . . . 148

እብራውያን 8 . . . . . . . . 161

እብራውያን 9 . . . . . . . . 170

እብራውያን 10 . . . . . . . . 195

እብራውያን 11 . . . . . . . . 226

እብራውያን 12 . . . . . . . . 240

እብራውያን 13 . . . . . . . . 256

ቀዳማይ ጥብቆ፡ ንሰዋስዋዊ ቓላት ግሪኽ ዚኾኑ ሓጸርቲ መግለጺታት . . . . . . . . 276

ካልኣይ ጥብቆ፡ ናይ ጥቕሲ ነቐፌታዊ ........ 290

ሳልሳይ ጥብቆ፡ ኣብ ግዜ ሃዋርያት ዝነበረ ናይ መምህራን ኣይሁድ ኣተረጓጕማን

ጽልዋኡ ኣብታ ናይ መጀመርያ ቤተ ክርስትያንን. . . . . . . . . 296

ራብዓይ ጥብቆ፡ መግለጺ ሰረተ እምነት . . . . . . . . 309

# ፍሉያት ኣርእስትታት መልእኽቲ እብራውያን

እዚ ዘመን እዝን እቲ ዚመጽእ ዘመንን፡ እብ፡ 1፡ 2. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 31

ተበርሆ፡ እብ፡ 1፡ 5. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 37

በዅሪ፡ እብ፡ 1፡ 6 . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 38

ዘለኣለም፡ እብ፡ 1፡ 8 . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 40

ጽድቂ፡ እብ፡ 1፡ 9 . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 41

ቅብኣት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ እብ፡ 1፡ 9... . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 46

ኣብ ቋንቋ ግሪኽ "ምድሓን" ናይ ዚገልጹ ናይ

ተግባር ቃላት (ግስታት) እዋናት፡ እብ፡ 1፡ 14 ... . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 49

ውሕስነት፡ እብ፡ 2፡ 2 . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 53

መለኮታዊ ስማት፡ እብ፡ 2፡ 7. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 57

ናይ ደራሲ (ቦብ) ናይ ወንጌል ኣድልዎ፡ እብ፡ 2፡ 9. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 65

ራእሲ (ብግሪኽ ኣርቾጎስ)፡ እብ፡ 2፡ 10. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 67

ቅድስና፡ እብ፡ 2፡ 11. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 67

ቤተ ክርስትያን ወይ ማሕበር (ኤክለሽያ)፡ እብ፡ 2፡ 12 . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 69

ባዶን ጥራዩን (ካታርጅዮ)፡ እብ፡ 2፡ 15. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 71

ሰይጣን፡ እብ፡ 2፡ 15. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 73

የሱስ ከም ሊቀ ኻህናት፡ እብ፡ 2፡ 17. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 76

ን"ፈተና" ዜመልክቱ ናይ ግሪኽ ቃላትን ኣመቶምን፡ እብ፡ 2፡ 18. . . . . . . . . . . . . . . . . . . 77

ጽውዓ፡ እብ፡ 3፡ 1. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 82

ምእ'ማን፡ እብ፡ 3፡ 1. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 83

ተስፋ፡ እብ፡ 3፡ 6. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 85

ስላሴ፡ እብ፡ 3፡ 7. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 87

ልቢ፡ እብ፡ 3፡ 8. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 89

ዮም፡ እብ፡ 3፡ 8. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 90

ንምግላጽ እግዚኣብሄር ዚምልከቱ ቓላት፡ እብ፡ 3፡ 10. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 93

እግዚኣብሄር ከም ሰብ ኪግለጽ እንከሎ (ብሰብኣዊ ስምዒታት

ኪግለጽ እንከሎ)፡ እብ፡ 3፡ 11. . . . . . . . 99
ክሕደት እምነት (ኣፈስተሚ)፡ እብ፡ 3፡ 12. . . . . . . . 99
ክርስትያናዊ ውሕስነት፡ እብ፡ 3፡ 14. . . . . . . . 104
ኣርቸ፡ እብ፡ 3፡ 14. . . . . . . . 106
ሰማያት፡ እብ፡ 4፡ 14. . . . . . . . 116
ናይ ጽንዓት ኣገዳስነት፡ እብ፡ 4፡ 14. . . . . . . . 118
ዘለኣለም፡ እብ፡ 6፡ 2. . . . . . . . 136
ተሓደሰ (ኣናከይኖሲስ)፡ እብ፡ 6፡ 6. . . . . . . . 139
ቅዱሳን፡ እብ፡ 6፡ 10. . . . . . . . 142
ናይ ኣመንቲ ርስቲ፡ እብ፡ 6፡ 12 . . . . . . . . 143
ፍጻሜ ወይ ምልኣት (ተሎስ)፡ እብ፡ 7፡ 11. . . . . . . . 152
ንጹህ፤ የዋህ፤ ክፍኣት ዜብሉ፤ ብዘይ ወቐሳ፡ እብ፡ 7፡ 26. . . . . . . . 157
ቅርጺ ወይ መልክዕ (ቱፖስ)፡ እብ፡ 8፡ 5. . . . . . . . 164
ኪዳን፡ እብ፡ 8፡ 6. . . . . . . . 166
ታቦት ኪዳን፡ እብ፡ 9፡ 4. . . . . . . . 173
መለኮታዊ ስማት፡ እብ፡ 9፡ 14. . . . . . . . 180
ከፊሉ ኣድሓነ/ በጃ ኾነ፡ እብ፡ 9፡ 15. . . . . . . . 186
ትብዓት (ፓረስያ)፡ እብ፡ 10፡ 19 . . . . . . . . 202
ሓዊ፡ እብ፡ 10፡ 27. . . . . . . . 210
ወዲ ኣምላኽ፡ እብ፡ 10፡ 29. . . . . . . . 211
ጽንዓት፡ እብ፡ 10፡ 35 . . . . . . . . 216
ኣመነ፤ እምነት፤ እሙንነት ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ እብ፡ 10፡ 38 . . . . . . . . 219
እተን ክልተ ኸተማታት፡ እብ፡ 11፡ 10. . . . . . . . 232
ንስሓ፡ እብ፡ 12፡ 17 . . . . . . . . 250
መንግስቲ ኣምላኽ፡ እብ፡ 12፡ 28 . . . . . . . . 254
ቆይኖንያ፡ እብ፡ 13፡ 16 . . . . . . . . 263
ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም (ኡላም)፡ እብ፡ 13፡ 20. . . . . . . . 266

**ፍቓድ (ተለማ) ኣምላኽ፡ እብ፡** 13፡ 20 . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 2 7 0

**ኣሜን፡ እብ፡** 13፡ 21. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 2 7 1

# ቃል ደራሲ፡ እዚ ትንታነ መጽሓፍ ቅዱስዚ ብኸመይ ኪጠቕመኩም ይኽእል?

ኣተረጓጕማ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንሓደ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ጥንታዊ ጸሓፊ ንምርዳእ ዚፍተን ኣእምሮኣውን መንፈሳውን ጕዕዞ እዩ። እዚ ጕዕዞዚ ድማ ነቲ ኻብ እግዚኣብሄር ዝኾነ መልእኽቲ ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመንዚ ንኽንርድኦን ንኽንጥቀመሉን ብእንኽእለሉ መገዲ እዩ ዚካየድ።

እቲ መንፈሳዊ መዳይ ናይቲ ጕዕዞ ወሳኒ እዩ፡ ግናኸ ንምግላጹ ኣሸጋሪ እዩ። ንእግዚኣብሄር ኢ.ድካ ምሃብን ክፉት ምዃንን ዜጠቓልል እዩ። 1) ንእግዚኣብሄር ዚኸውን ጽምኢ 2) ንእግዚኣብሄር ንምፍላጥ ዚኸውን ጽምእን 3) ንእግዚኣብሄር ናይ ምግልጋል ጽምእን ከህሉዉ ኣሎዎም። እዚ ጕዕዞዚ ጸሎት፤ ምእማንን ኣካይዳ ናይ ምቕያር ፍቓድን ይሓቕፍ። መንፈስ ቅዱስ ኣብቲ ናይ ምትርጓም ጕዕዞ ወሳኒ እዩ፡ ግናኸ ሸምዚ እናኾነ ስለምንታይ እዮም ቕኑዓት፡ ንእግዚኣብሄር ዜፍቅሩ ክርስትያናት ንመጽሓፍ ቅዱስ ብነንበይኑ መገዲ ዚርድእዎ፡ ምስጢር እዩ።

እቲ ናይ ኣእምሮ መዳይ ግን ንምግላጹ ዝቐለለ እዩ። ነቲ ጽሑፍ ብዘይቀያየርን ርጡብን መገዲ ኽንርእዮ ኣሎና፡ ብውልቃዊ ወይ ቤተ ክርስትያናዊ ኣድልዎታት ክንጽሎ ኣይግባእን። ኵላትና ብታሪኻዊ ኣመጻጽኣና ዝተጸሎና ኢና። ዋላ ሓደኳ ናጻ ተርጓሚ ኪኸውን ዚኽእል የሎን። እዚ ትንታነዚ ሰለስተ ናይ ኣተረጓጕማ መምርሒታት ዝሓዘ ጥንቁቕ ናይ ኣእምሮ ኣገባብ የቕርብ። እዞም መምርሒታት ነቶም ኣድልዎታትና ዜሰንፉ ኸይኖም ዝተዳለዉ እዮም።

### ቀዳማይ መምርሒ

እቲ ቐዳማይ መምርሒ ነቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ክፍሊ ዝተጻሕፈሉ ታሪኻዊ ኹነታትን ደራሲ ዝጸሓፈሉ ፍሉይ ታሪኻዊ ኣጋጣሚን ምስትውዓል እዩ። እቲ ናይ መጀመርያ ደራሲ ዕላማ፡ ኬሕልፎ ዝደለየ መልእኽቲ ነይሩ። እቲ ጽሑፍ ነዚ ናይ መጀመርያ፡ ጥንታዊ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ደራሲ ዘይሃቦ ትርጕም ንዓና ኺህበና ኣይክእልን እዩ። እቲ ኣውራ ዜገድስ ነገር ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ እዩ- ናትና ታሪኻዊ፤ ስምዒታዊ፤ ባህላዊ፤ ውልቃዊ ወይ ቤተ ክርስትያናዊ ድሌት ኣይኮነን። ነቲ ቓል ምስ ህይወት ምውድዳር ናይ ኣተረጓጕማ ዘይንጸል ኣካል እዩ፡ ግናኸ ግቡእ ኣተረጓጕማ ቕድሚቲ ናይ ህይወት ምውህሃድ ኪመጽእ ኣሎዎ። ነፍስወከፍ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ጽሑፍ ሓደ ትርጕም ጥራይ እዩ ዘሎዋ። እዚ ትርጕምዚ እቲ በዅሪ ጸሓፊ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ነቶም ናይ ዘመኑ ሰባት ኬሕልፈሎም ዝደለየ መልእኽቲ እዩ። እቶም ንህይወት ዚኾኑ ምህሮታት ምስቲ ናይቲ በዅሪ ጸሓፊ ቐንዲ ሓቂ ኺተኣሳሰር ኣሎዎ። በዚ ምኽንያትዚ፡ እዚ ናይ መጽናዕታዊ መምርሒ ትንታነ ንነፍስወከፍ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽሓፍ መእተዊ ንምሃብ ዝተሰናድአ እዩ።

### ካልኣይ መምርሒ

እቲ ኻልኣይ መምርሒ ነቶም ናይ ጽሑፍ ክፋላት ንምልላይ እዩ። ነፍስወከፍ መጽሓፍ ሓደ ውሁድ ሰነድ እዩ። ተርጎምቲ ንኻልኣት መዳያት ብምሕዳግ ንሓደ መዳይ ሓቂ ጥራይ ኪወስዱ መሰል የብሎምን። ስለዚ፡ ነቶም ስነ-ጽሑፋዊ ምቃላት ቅድሚ ምትርጓምና ናይቲ ምሉእ መጽሓፍ ዕላማ ንምርዳእ ክንጽዕር ኣሎና፡ እቶም ውልቂ ምቃላት ማለት ምዕራፋት፤ ሕጡብ ጽሕፋት ወይ ጥቕስታት እቲ ምሉእ ጽሑፍ ዘይህቦ መልእኽቲ ኺህቡ ኣይክእሉን

እዮም። ትርጉም ካብ ናይቲ ምሉእ ጽሑፍ ጽማቑ መልእኽቲ ናብ ስርጸታዊ ምርዳእ ናይቶም ምቃላት ጽሑፍ ኪሰግር ኣሎዎ። ስለዚ፡ እዚ ናይ መጽናዕታዊ መምርሒ ትንታኑ፡ ተመሃራይ ሕጡብ ጽሕፋት ተጠቒሙ ናይ ነፍስወከፍ ስነ-ጽሑፋዊ ምቃል ቅርጺ ንኺትንትን ዝተዳለወ እዩ። ናይ ሕጡብ ጽሑፍን ምዕራፍን ምምቕቓል ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ኣይኮነን፡ ነቶም ናይ ሓሳብ ምቃላት ንምልላይ ግን ይሕግዘና።

ብምሉእ ሕሳብ፤ ዓብዪ ሓረግ፤ ንእሽቶ ሓረግ ወይ ቃላት ዘይኮነስ ብሕጡብ ጽሑፍ ምትርጓም፡ ነቲ ደራሲ ዝደለዮ ትርጉም ንምርዳእ ዚጠቅም መፍትሕ እዩ። ሕጡብ ጽሑፋት ኣብ ሓደ ጥሙር ኣርእስቲ ዝተመስረቱ እዮም፡ እዚ ድማ ብዙሕ ግዜ ፍረ ነገር ወይ ኣርእስታዊ ምሉእ ሓሳብ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ነፍስወከፍ ኣብቲ ሕጡብ ጽሑፍ ዘሎ ቓል፤ ንእሽቶ ሓረግ፤ ዓብዪ ሓረግን ምሉእ ሓሳብን ምስዚ ጥርኑፍ ፍረ ነገር ዝተዛመደ እዩ። ንሳቶም ነዚ ፍረ ነገር ይውስንዎ፤ የስፍሕዎ፤ ይገልጽዎ፤ ወይውን ኣብ ሕቶ የእትውዎ። ንግቡእ ኣተረጓጉማ ዚኸውን ሓቀኛ መፍትሕ ናይቲ በኹሪ ጸሓፊ ሓሳብ በብሕጡብ ጽሑፍ ምርዳእ እዩ። እዚ ድማ ብመገዲ እቶም ነቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽሓፍ ዚሃንጹ ንጽል ስነ-ጽሑፋዊ ምቃላት እዩ ዚግበር። እዚ ትንታነ መጽናዕታዊ መምርሒ፡ ተመሃራይ መጽሓፍ ቅዱስ ንዘመናዊ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ እናኣወዳደረ ነዚ ናይ ስነ-ጽሑፋዊ ምቃላት መጽናዕቲ ንኼካይድ እዩ። እቶም ዘመናዊ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ በብዓይነቶም ናይ ትርጉም ክልሰ ሓሳባት ይጥቀሙ፡

1. ናይ ዩናይትድ ባይብል ሶሳይቲ ናይ ግሪኽ ጽሑፍ እቲ ዝተኸለሰ ራብዓይ ሕታም እዩ። እዚ ጽሑፍዚ ብዘመናውያን ናይ ጽሑፍ ምሁራት ኣብ ሕጡብ ጽሑፋት ተመቓቒሉ።

2. ኒው ኪንግ ጀይምስ ቨርዥን ኣብቲ ቴክስተስ ሪሰፕተስ ዚብሃል ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፍ ዝተመስረተ እዩ። ቀጥታዊ ቓል ንቓል ትርጉም ከኣ እዩ። እቶም ምቃላት ሕጡብ ጽሑፋቱ ኻብቶም ናይ ካልኦት ትርጉማት ዝነውሑ እዮም። እዞም ነዋሕቲ ኣሃዱታት እቲ ተመሃራይ ጥርኑፍ ኣርእስትታት ንኺርኢ ይሕግዝዎ።

3. ኒው ሪቫይዝድ ስታንዳርድ ቨርዥን ዝተመሓየሸ ናይ ቃል ብቓል ትርጉም እዩ። ኣብ መንጎ እዞም ዚስዕቡ ኽልተ ዘመናውያን ትርጉማት ከኣ ይዓልብ። እቶም ምቃላት ሕጡብ ጽሑፋቱ ነቶም ኣርእስትታት ኣብ ምልላይ ሓገዝቲ እዮም።

4. ቱደይዝ ኢንግሊሽ ቨርዥን ብዩናይትድ ባይብል ሶሳይቲ ዝተሓትመ ናይ ንጡፍ መማዝንቲ ትርጉም እዩ። እዚ እቲ ዘመናዊ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ነባቢ ወይ ተዛራቢ ነቲ ናይ ግሪኻዊ ጽሑፍ ትርጉም ንኺርድኦ ብዜኽእል መገዲ ንመጽሓፍ ቅዱስ ንምትርጓም ይፍትን። ብዙሕ ግዜ፡ ብፍላይ ኣብ ወንጌላት፡ ከምቲ ኣብ ኒው ኢንተርናሽናል ቨርዥን ዘሎ ንሕጡብ ጽሑፋት ብኣርእስቲ ዘይኮነ ብሰባት ይመቓቕሎም። እዚ ኣገባብዚ ንዕላማ ተርጓሚ ሓጋዚ ኣይኮነን። ክልቲኦም ትርጉማት ዩናይትድ ባይብል ሶሳይትን ቱደይዝ ኢንግሊሽ ቨርዥንን ብሓደ ኣካል እዮም ተሓቲሞም፡ እቲ ናይ ሕጡብ ጽሑፋቶም ኣመቓቕላ ግን በበይኑ እዩ።

5. ኒው ጀሩሳሌም ባይብል ኣብ ናይ ፈረንሳ ናይ ካቶሊክ ትርጉም ዝተመስረተ እዩ። እቲ ዚጥቀመሉ ናይ ኣተረጓጉማ ኽልሰ ሓሳብ ከኣ ንጡፍ መማዝንቲ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ነቲ ዓቐን ሕጡብ ጽሑፍ ብዓይኒ ኤውሮጳዊ ኣረኣእያ ንምርኣይ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

6. እቲ ዝተመሓየሸ ናይ 1995 ኒው ኣሜሪካን ስታንዳርድ ባይብል፡ ናይ ቃል ብቓል ኣተረጓጉማ ስርዓት እዩ ዘሎዎ። እቶም ናይ ጥቕሲ ብጥቕሲ ርእይቶታት ነዚ ኣከፋፍላ ሕጡብ ጽሑፍ ይኽተሉ።

**ሳልሳይ መምርሒ**

እቲ ሳልሳይ መምርሒ ንመጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ነንበይኖም ትርጕማት ምንባብ እዩ። እዚ ድማ እቶም ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ቃላት ወይ ሓረጋት ክህልዎም ንዚኽእል ዝሰፍሐ ናይ ትርጕም ዝርጋሐ ንምጭባጥ እዩ። እዞም በበይኖም ትርጕማት ኣብዞም ኣማራጺታት እዚኣቶም የተኩሩ፡ ነቶም ኣብ ናይ ግሪኽ በኾሪ ጽሑፋት ዘሎዉ ፍልልያት ከኣ የለልይዎምን ይገልጽዎምን። እዚኣቶም ንሰረተ እምነት ኣይትንከፉን እዮም፡ ግናኸ ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ደራሲ ዝጸሓፎ በኾሪ ጽሑፍ ንምፍታሽ ይሕግዙ።

**ራብዓይ መምርሒ**

እቲ ራብዓይ መምርሒ ንናይ ስነ-ጽሑፍ ኣገባብ ይምልከት። እቶም ናይ መጀመርያ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኹ ጸሓፍቲ ንመልእኽትታቶም ብበብዓይነቶም መልክዓት (ንኣብነት፡ ታሪኻዊ ዛንታ፤ ታሪኻዊ ድራማ፤ ቅኔ፤ ትንቢት፤ ወንጌል (ምስላ)፤ ደብዳበ፤ ምጽኣት) ኬቕርብዎ መሪጾም። እዞም በበይኖም መልክዓት እዚኣቶም ኣብ ምትርጓም ዜገልግሉ ፍሉያት ሓበርቲ መምርሒታት ኣሎውዎም (ናይ ጎርዶን ፊን ዳግ ስተዋርትን *ሃው ቱ ሪድ ዘ ባይብል ፎር ኦል ኢትስ ዎርዝ* ወይ ከኣ ናይ ሮበርት ስቴን *ፕለዪን ባይ ዘ ሩልዝ*) ንበብ።

እዞም መምርሒታት እዚኣቶም ካብ ብዙሕ ታሪኻዊ ጽልዋታተይ ኣናጊፎሙኒ እዮም። እዚ ድማ ምስቲ ጥንታዊ ጽሑፍ ንኽቃለስ ስለ ዘገደዱኒ እዩ። ተስፋይ እቲ ጽሑፍ ንኣኻትኩምውን በረኸት ኪኾነኩም እዩ።

ቦብ ዩትሊ

ኢስት ቴክሳስ ባብቲስት ዩኒቨርሲቲ

27 ሰነ 1996

## መምርሒ ንግቡእ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ፡

## ነቲ ኺረጋገጽ ዚኽእል ሓቂ ንምርካብ ዚግበር ውልቃዊ ምንዳይ

ንሓቂ ኽንፈልጣ ንኽእል ዲና? ኣበይ እያ እትርከብ? ብስነ-መጎት ከነረጋግጻ ንኽእልዶ? ዝለዓለ ስልጣን ዚብሃል ኣሎ ድዩ? ንህይወትና፡ ንዓለምና ኺመርሑ ዚኽእሉ ዘይልወጡ ሕግታት ኣሎዉ ድዮም? ህይወት ትርጕም ኣሎዋ ድዩ? ስለምንታይ ኢና ኣብ ምድሪ ዘሎና? መወዳእታና ኣበይ እዩ? እዞም ሕቶታት እዚኣቶም- ዅሎም ርትዓውያን ሰባት ዜስተንትንዎም ሕቶታት- ካብ ምጅማር ግዜ ኣትሒዞም ንኣእምሮ ሰብ ምስ ኣሻቐሉ እዮም (መክ፡ 1፡ 13 - 18፤ 3፡ 9 - 11)። ኣነውን ንህይወተይ ውሽጣዊ ምልኣት ከናዲ ዘካየድክዎ ውልቃዊ ጕዕዞ እዝክሮ እየ። ኣብ ንእስነተይ እየ ብሳላ ምስክርነት ኣብ ስድራቤተይ ዝነበሩ ብርክት ዝበሉ ኻልኦት ኣባላት፡ ኣማኒ ክርስቶስ ኮይነ። ኣብ ብጽሕናይ ድማ ብዛዕባ ርእሰይን ብዛዕባ ዝነብረላ ዓለምን ዝነበሩኒ ሕቶታት ወሲኾም። ቀለልቲ ባህላውን ሃይማኖታውን ልሙዳት ሓሳባት ነቶም ዘንበብክዎም ወይ ዘጋጠሙኒ ተመኩሮታት ትርጕም ዚህቡ ኾይኖም ኣይረኸብክዎምን። ኣብ ቅድሚ እታ ዘይዓጅባን ጽንክርትን ዓለም፡ ናይ ምድንጋር፡ ናፍቖትን ብዙሕ ግዜ ኸኣ ናይ ቀቢጸ ተስፋ ስምዒት ዝወረሶ ግዜ እዩ ነይሩ።

ብዙሓት ነዞም ሕቶታት እዚኣቶም ምላሽ ከም ዘሎዎም ተዛሪቦም ኣሎዉ፡ ግናኸ ድሕሪ ምርምርን ኣስተንትኖን ግን መልስታቶም ኣብዞም ዚስዕቡ ዝተሰረቱ ኾይኖም እረኽቦም 1. ውልቃዊ ፍልስፍና. 2. ጥንታውያን ጽውጽዋያት 3. ውልቃዊ ተመኩሮ ወይ ከኣ 4. ስነ-ኣእምሮኣዊ ስእልታት። ኣነ ግን ናይ ህይወተይ ፍልስፍና፡ ጥምረትን ዕላማ ምንባረይን ምእንቲ ከቕውም፡ ርግጽነት፡ ጭብጥን ርትዕን እደሊ።

ነዚኣቶም ከኣ ኣብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕተይ ረኺበዮም። ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እሙንነት ዜረጋግጽ ጭብጢ ንምርካብ ወጢነ፡ ነዚ ጭብጥዚ ኸኣ ኣብዞም ዚስዕቡ ረኺበዮ 1. ብመጽናዕቲ ቅርስታት ዝተረጋገጸ ታሪኻዊ ተኣማንነት መጽሓፍ ቅዱስ 2. ልክዕነት ትንቢታት ብሉይ ኪዳን. 3. ኣብቶም መጽሓፍ ቅዱስ ዝተዳለወሎም ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ዓመታት መልእኽቱ ደርጊ (ሓደ ዓይነት፡ ስሙር) ምዃኑ፡ ከምኡ ድማ 4. ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ተራኺቦም ህይወቶም ንሓዋሩ ናይ ዝተለወጠ ሰባት ምስክርነት። ክርስትና፡ ከም ናይ እምነት ስሙር ስርዓት መጠን፡ ናይ ህይወት ሰብ ዝተመሳቐሉ ሕቶታት ንምግጣም ብቕዓት ኣሎዎ። እዚ ኣብ ርእሲቲ ዝሃበኒ ርትዓዊ ቕጥዒ፡ እቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱሳዊ እምነት ተመኩሮ ኸኣ ሓጎስን ርግኣትን ፈጢሩለይ።

ናይ ህይወተይ ጥምረት- ክርስቶስ ከምቲ ጽሑፋት ዚብልዎ- ከም ዝረኸብኩ ተረዲኡኒ። ዜፈስህ ተሞኩሮ፡ ስምዒት ዚፈትሕ እዩ ነይሩ። ግናኸ፡ ዋላ ኣብ ውሽጢ ሓደ ቤተ ክርስትያን ወይ ናይ ኣተሓሳስባ ጕጅለ፡ ብዙሓት በበይኖም ትርጕማት መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዘሎዉ ምስ በርሃለይ ዝተሰማዓኒ ስምባድን ቃንዛን ይዝከረኒ። ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኻዊ ድርኺትን እሙንነትን ምርግጋጽ ናይ መወዳእታ ኣይነበረን፡ መበገሲ ጥራይ እዩ ነይሩ። ከመይ ገይረ እየ በቶም ንስልጣንን እሙንነትን መጽሓፍ ቅዱስ ዚድግፉ ሰባት ዚቐርቡ ዝነበሩ ናይ

ብዙሓት ከበድቲ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ በብዓይነቶም ተጻረርቲ ትርጉማት ዘረጋግጾም ወይ ዝነጽጎም?

እዚ ዕማምዚ ናይ ህይወተይ ሸቶን ናይ እምነት ጉዕዞን ኮይኑ። እምነተይ ብክርስቶስ 1. ዓብዪ ሰላምን ሓጎስን ከም ዝሃበኒ እፈልጥ ነይረ። ኣብ ማእከል እቲ ተዛማድነት ዝመልኦ ባህሊ፡ ኣእምሮይ ዘይቅየሩ ሕግታት ኪረክብ ሃረርታ ኣሕዲሩ፥ 2. ከምቶም ተጻረርቲ ሃይማኖታዊ ስርዓታት (ናይ ዓለም ሃይማኖታት) ክርስትና ጥራይ እዩ ቕኑዕ ዚብል ዝንባለ ኸም ዝነበሮ፥ ከምኡውን 3. ናይ ጉጅለታት ክርስትና ድርቅና ኸም ዝተንከፎ ተረዲአ። ነቶም ጥንታውያን ስነ-ጽሑፋት ንምትርጓም ዜገልግል ርጡብ ኣቀራርባ እናደለኹ፡ ናይ ገዛእ ርእሰይ ታሪኻዊ፡ ባህላዊ፡ ጉጅለኣውን ናይ ተመኩሮን ቅኑን ኣተሓሳስባታት ከም ዘሎኒ ተገዲአ። ብዙሕ ግዜ ንመጽሓፍ ቅዱስ ዜንብቦ ዝነበርኩ ናይ ገዛእ ርእሰይ ኣተሓሳስባታት ንምድልዳል እዩ ነይሩ። ናይ ርእሰይ ስግኣትን ዘይብቑዕነትን እናረጋገጽኩ፡ ንኻልኦት ንምጥቃዕ ከም ምንጪ ንቕጽና ተጠቒመሉ። እዚ ምርዳእዚ ኣዝዩ ዜሕምም እዩ ነይሩ።

ዋላኳ ምሉእ ብምሉእ ናጻ ክኸውን እንተ ዘይከኣልኩ፡ ዝሓሸ ነባቢ መጽሓፍ ቅዱስ ኪኸውን ግን እኽእል እየ። ነቶም ዘይቅኑዓት ኣተሓሳስባታተይ እናኣለለኹን ህላወኦም እናተኣመንኩን ክድርቶም እኽእል እየ። ገና ናጻ ኣይኮንኩን፡ ግናኸ ንድኻመይ ተጋፊጠዮ (ምስ ድኻመይ ተፋጢጠ) ኣሎኹ። ብዙሕ ግዜ ተርጓሚ እቲ ዝዓበየ ጸላኢ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ!

ንስኻትኩም ነበብቲ፡ ምሳይ ምእንቲ ኽትጉዓዙ ንገለ ኻብቶም ኣብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕተይ ዘማዕበልኩዎም ቅቡላት ግምታት ክዝርዝረልኩም፦

I. **ግምታት**

ሀ. መጽሓፍ ቅዱስ በቲ በይኑ ሓቀኛ ዝኾነ ኣምላኽ ዝተደረኸ ናይ ባዕሉ ናይ ኣምላኽ ምግላጽ እዩ ኢለ እኣምን። ስለዚ እዚ ኣብ ውሱን ታሪኻዊ እዋን ብሰብኣዊ ፍጡር ዝተጻሕፈ መጽሓፍ ብዓይኒ እቲ መበቆላዊ መለኮታዊ ደራሲኡ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ኪትርጎም ኣሎዎ።

ለ. መጽሓፍ ቅዱስ ንተራ ሰብ፡ ማለት ንኹሎም ሰባት እዩ ተጻሒፉ ዚብል እምነት ኣሎኒ! እግዚኣብሄር ኣብ ሓደ ታሪኻውን ባህላውን ሃዋህው ኪዛረበና ባህ ኢልዎ። እግዚኣብሄር ንሓቂ ኣይሓብኣን እዩ- ክንርድኣ ይደልየና! ስለዚ ብናይ ሎሚ ኣተሓሳስባና ዘይኮነስ፡ ብዓይኒ እቲ ቓል ዝተጻሕፈሉ ዘመን ክንትርጉማ ኣሎና። መጽሓፍ ቅዱስ ነቶም መጀመርያ ዘንበብዎ ወይ ዝሰምዕዎ ሰባት ዘይሃቦም ትርጉም ንዓና ኺህበና ኣይግባእን። ነቲ ማእከላይ ኣእምሮ ሰብ ኪርድኦ ዚኽእል እዩ፡ ልሙድ ናይ ሰብ ናይ መልእኽቲ ምርዳእ ቅርጽን ኣገባብን ከኣ እዩ ዚጥቀም።

ሐ. መጽሓፍ ቅዱስ ስሙር መልእኽትን ዕላማን ኣሎዎ ኢለ እኣምን። ንርእሱ ኣይጻረርን እዩ፡ ዋላኳ ኣሸገርትን ግርምቢጥ ዚመስሉን ጽሑፋት እንተ ኣሎውዎ። ስለዚ እቲ ዝበለጸ ተርጓሚ መጽሓፍ ቅዱስ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ እዩ።

መ. ብዘይካ ትንቢታት፡ ነፍስ ወከፍ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብቲ ዕላማ እቲ መጀመርያ ብመንፈስ ቅዱስ ተደሪኹ ዝጸሓፎ ደራሲ ዚምርኮስ ሓደ ትርጒም ኣሎዎ ዚብል እምነት ኣሎኒ። ናይቲ ቐዳማይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝነበረ ንምፍላጥ ምሉእ ብምሉእ ርግጸኛታት እኳ ኽንከውን እንተ ዘይከኣልና፡ ናብቲ መኣዝን እቲ ዜመልክቱ ኣንፈታት ግን መሊኦም እዮም፦

1. ነቲ መልእኽቲ ንምግላጽ ዜገልግል ኣገባብ ኣጸሓሕፋ
2. ነቲ ጽሑፍ ዜመንጨወ ታሪኻዊ ሃዋህው ወይውን ፍሉይ ኣጋጣሚ
3. ናይቲ ምሉእ መጽሓፍን ነፍስወከፍ ክፍልን ስነ-ጽሑፋዊ ሃዋህው
4. እቶም ክፍልታት ጽሑፍ ምስቲ ምሉእ መልእኽቲ ዚዛመዱሉ ናይ ጽሑፍ ንድፊ
5. ነቲ መልእኽቲ ንምሕላፍ ዘገልገሉ ፍሉያት ናይ ሰዋስው መልክዓት
6. ነቲ መልእኽቲ ንምቕራብ ዝተመርጹ ቓላት
7. ተመሳሰልቲ ንባባት

ንነፍስ ወከፍ እዞም ዓውድታት ምጽናዕ፡ ናይ ሓደ ንባብ መጽናዕቲ ንምክያድ ዜድሊ ሸቶ እዩ። ናይ ግቡእ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣገባብ ቅድሚ ምግላጸይ፡ ነዞም ሎሚ ብዙሕ ናይ ኣተረጓጒማ ፍልልይ ዜስዕቡ ዘሎዉን ኪውገዱ ዘሎዎምን ዘይግቡኣት ኣገባባት ፈልየ ከቕርቦም፦

## II. ዘይግቡኣት ኣገባባት

ሀ. ናይቶም መጽሓፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ ስነ-ጽሑፋዊ ሃዋህው ሸለል ምባልን ንነፍስወከፍ ምሉእ ሓሳብ፡ ሓረግ ወይውን ውልቂ ቓል ምስ ዕላማ ደራሲ ወይውን እቲ ዝዓበየ ሃዋህው ዘይዛመዱ ናይ ሓቂ መግለጺታት ጌርካ ምውሳድ። እዚ ብዙሕ ግዜ ሓደ ጥቕሲ ተጠቒምካ ሰረተ እምነት ናይ ምህናጽ ኣገባብ እዩ።

ለ. ካብቲ ጽሑፍ ደገፍ ዘይብሉ ወይ ሒደት ደገፍ ጥራይ ዘሎዎ ታሪኻዊ ሃዋህው ብምውሳድ ናይቶም መጽሓፍቲ ታሪኻዊ ኹነት ሸለል ምባል።


ሐ. ናይቶም መጽሓፍቲ ታሪኻዊ ኹነት ብምጉሳይ፡ ንዘመናውያን ውልቀ ክርስትያናት ዝተጻሕፉ መዓልታዊ ጋዜጣታት ምሕሳብ።

መ. ናይቶም መጻሕፍቲ ታሪኻዊ ሃዋህው ዕሽሽ ብምባል ምስቶም ቀዳሞት ተቐበልቲ መልእኽቲ ወይውን ምስቲ በኹሪ ደራሲ ዘይዛመድ ፍልስፍናዊ ወይውን ስነ-መለኮታዊ ዛንታ ምህናጽ


ሠ. ነቲ በኹሪ መልእኽቲ ሸለል ብምባል ምስ ዕላማ እቲ መበቆላዊ ደራሲ ወይውን ግሉጽ መልእኽቲ ብዘይዛመድ ናይ ገዛእ ርእስኻ ስነ-መለኮት፡ ተራ ሰረተ እምነት ወይውን ዘመናዊ ኣርእስቲ ምትካእ። እዚ ተርእዮዚ፡ ፈለማ ንመጽሓፍ ቅዱስ

ድሕሪ ምንባብ ዚስዕብ እዩ። ከም መረጋገጺ ስልጣን ናይቲ ኣቕራቢ መልእኽቲ ዚውሰድ እዩ። ብዙሕ ሳዕ “ናይ ነባቢ ምላሽ” ተባሂሉ ይጥቀስ (“እቲ ጽሑፍ ንዓይ ከምዚ ማለት እዩ” ዚብል ናይ ነባቢ ኣተረጓጕማ)።

ኣብ ናይ ሰባት ናይ ጽሑፍ ርክብ፡ እንተ ወሓዱ ሰለስተ ተዛመድቲ ኣካላት ኣሎዉ፦




ቅድሚ ሕጂ፡ በበይኖም ናይ ምንባብ ሜላታት ኣብ ሓደ ኻብዞም ሰለስተ ኣካላት ዘተኮሩ እዮም ነይሮም። ነቲ ፍሉይ መለኮታዊ ድርኺት መጽሓፍ ቅዱስ ንምርግጋጽ ግን፡ ዝተመሓየሸ ስእላዊ መግለጺ የድሊ፦




ብሓቂ፡ ኵሎም እቶም ሰለስተ ኣካላት ኣብቲ ናይ ምትርጓም ጕዕዞ ኺጠቓለሉ ይግባእ። ንምምስኻር ምእንቲ ኺጥዕም፡ ትርጕመይ ኣብቶም ቀዳሞት ክልተ ኣካላት እዩ ዜተኩር፦ ናይቲ መበቆላዊ ደራሲ ዕላማን እቲ ጥቕስን። ምናልባት ነቶም ዝተዓዘብክዎም ናይ ኣተረጓጕማ በደላት ንምጽራር ዕላማ ገይረ ክኸውን እኽእል 1. ንጥቕስታት ብስእላዊ ዛንታ ምቕራብ ወይውን መንፈሳዊ ትርጕም ጥራይ ምሃብ፡ ከምኡውን 2. ብናይ “ነባቢ ምላሽ” ዚውሰን ትርጕም (“እቲ ጥቕሲ ንዓይ ከምዚ ማለት እዩ” ዚብል ኣተረጓጕማ)። ኣብ ነፍስወከፍ ደረጃ ናይ ኣተረጓጕማ ዓመጽ (በደል) ኪፍጸም ይኽእል። ንዕላማና፡ ንኣድልዎታትና፡

ሜላታትናን ኣተገባብራናን ከነረጋግጾም ኣሎና። ግናኸ ናይ ኣተረጓጉማ ደረት፡ ወሰን፡ መምዘኒታት እንተ ዘየሎዉ፡ ከመይ ጌርና ኸነረጋግጾም ንኽእል? እምበኣር ኣብዚ እዩ ዕላማ ደራስን ናይ ጥቕሲ ኣቃውማን ዘገድሱኒ። ምኽንያቱ ነቶም ኪኾኑ ዚከኣሉ ግቡኣት ትርጉማት ንምውሳን ገለ መምዘኒ ስለ ዚህቡኒ።

ነዞም ዘይግቡኣት ናይ ምንባብ ሜላታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ርግጽነትን ቀጻልነትን ዚህቡ ንምንባብ መጽሓፍ ቅዱስን ኣተረጓጉማን ኪውዕሉ ዚኽእሉ እንታይ ኣገባባት ኣሎዉ?

## III. ንብቑዕ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ጠቕምቲ ኪኾኑ ዚኽእሉ ኣቀራርባታት

ኣብዚ ደረጃዚ፡ ንፍሉያት ኣገባባት ኣጸሓሕፋ ኣብ ምትርጓም ዜገልግሉ ፍሉያት ሜላታት ኣይኮንኩን ክዝቲ ደልየ። ንኹሎም ዓይነታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት ዚኾኑ ሓፈሻዊ ሕግታት ኣተረጓጉማ ንምቕራብ እየ። ንፍሉያት ስልትታት ኣጸሓሕፋ ዚኾኑ ኣቀራርባታት ዝሓዘ ብዞንደርቫን ዝተሓትመ *ሃው ቱ ሪድ ዘ ባይብል ፎር ኦል ኢትስ ዎርዝ* ዚብል ብጎርዶን ፊን ዳግላስ ስትዋርትን ዝተዳለወ ኣገዳሲ መጽሓፍ ኣሎ።

እቲ ዝኸተሎ ኣገባብ፡ ኣማኒ እንተ ፈቒዱሉ መንፈስ ቅዱስ ብኣርባዕተ ውልቃዊ ናይ ምንባብ ዑደታት ንመጽሓፍ ቅዱስ ከም ዜብርሃሉ ዜተኩር እዩ። እዚ ኣገባብዚ ንመንፈስ ቅዱስ፡ ነቲ ጽሑፍን ነቲ ነባቢን ካልኣይ ደረጃ ዘይኮኑስ ኣውራ ተዋሳእቲ ይገብሮም። እዚ እቲ ነባቢ ብተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብዘይ ግቡእ ከይጽሎ ይሕልዎ። ከምዚ ዚስዕብ ኪብሃል ሰሚዐ ኣሎኹ፡ “መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ዝበዝሐ ብርሃኑ ንተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ ዚህቦም”። እዚ ንሓገዝቲ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ንምንእኣስ ዚብሎ ዘሎኹ ርእይቶ ኣይኮነን፡ ኣብ ግቡእ ግዜ ጥራይ ክንጥቀመሎም መጸዋዕታ ንምቕራብ እየ።

ንኣተረጓጉማና በቲ ጥቕሲ ኽንድግፎ ኽንክእል ይግባእ። ሰለስተ መዳያት ናይቲ ጽሑፍ እንተ ወሓደ ውሱን ምስክርነት ይህቡና፡

1. ናይቲ ቐዳማይ (በኹሪ) ጸሓፊ
   ሀ. ታሪኻዊ ሃዋህው

   ለ. ናይ ስነ-ጽሑፍ ሃዋህው
2. ናይቲ በኹሪ ጸሓፊ ኣመራርጻ
   ሀ. ቅርጺ ሰዋስው

   ለ. ናይቲ ግዜኡ ኣጠቓቕማ ቓላት

   ሐ. ቅዲ ኣጸሓሕፋ
3. መረዳእታና ብዛዕባ
   ሀ. ተዛመድቲ ንባባት

   ለ. ኣብ መንጎ ሰረተ እምነታት ዘሎ ዝምድና (ዘይመስል ግናኸ ኺህሉ ዚኽእል ዝምድና)

ድሕሪ ኣተረጓጕማና ዘሎዉ ምኽንያታትን ርትዕን ፈሊና ኽንቕርቦም ክንክእል ይግብኣና። መጽሓፍ ቅዱስ እቲ እንኮ ናይ እምነትን ኣነባብራን ምንጭና እዩ። እቲ ዘሕዝን፡ ብዙሕ ሳዕ ክርስትያናት ምስቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚምህሮ ወይ ዜረጋግጾ ሓቂ ኣይቃደዉን እዮም። ኣመንቲ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ኣምላኽ ዝወሓዘ እዩ እናበሉ፡ ምስቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚምህሮን ዚደልዮን ነገራት ዘይምስምማዖም ምስ ርእሶም እዮም ዚጻረሩ ዘሎዉ።

እቶም ኣርባዕተ ናይ ንባብ ዑደታት፡ እዞም ዚስዕቡ ናይ ትርጕም ምስትብሃላት ይህቡ።

ሀ. እቲ ቐዳማይ ናይ ንባብ ዑደት

1. ነቲ መጽሓፍ (ንባብ) ኣብ ሓደ ናይ ኮፍ ግዜ ንበቦ። መሊስካ ብኻልእ ትርጕም ንበቦ፡ እንተ ተኻኢሉ ኻልእ ናይ ኣተረጓጕማ ፍልስፍና ኻብ ዚጥቀም ትርጕም።
   ሀ. ቃል ንቓል

   ለ. ንጡፍ መማዝንቲ

   ሐ. ብለውጢ ቓላት ዚወሃብ ትርጕም

2. ናይቲ ምሉእ ጽሑፍ ሕንብርቲ ሓሳብ ተመልከት። ኣርእስቲ ነገር ፈሊኻ ፍለጥ።
3. ነቲ ማእከላይ ዕላማ ወይ ኣርእስተ ነገር ብንጹር ዚገልጽ ሓደ ስነ-ጽሑፋዊ ኣካል፡ ምዕራፍ፡ ሕጡብ ጽሑፍ ወይውን ምሉእ ሓሳብ ኣለሊ።
4. እቲ ዓብላሊ ስነ-ጽሑፋዊ ቕዲ ኣስተህብል
   ሀ. ብሉይ ኪዳን

   1. ናይ እብራውያን (እስራኤላውያን) ናይ ኣዛናትዋ ኣገባብ
   2. ናይ እብራውያን ቅኔ (ናይ ጥበብ ስነ-ጽሑፍ፡ መዛሙር)
   3. ናይ እብራውያን ትንቢት (ስዲ ንባብ፡ ግጥሚ)
   4. ናይ ሕጊ ድንጋጌታት

   ለ. ሓድሽ ኪዳን

   1. ዛንታታት (ወንጌል፡ ግብሪ ሃዋርያት)
   2. ምስላታት (ናይ ወንጌላት)
   3. መልእኽትታት
   4. ናይ ምጽኣት ወይ መወዳእታ ዓለም ጽሑፋት

ለ. እቲ ኻልኣይ ናይ ንባብ ዑደት

1. ቀንዲ ኣርእስትታት ወይ ጕዳያት ንምልላይ ነቲ ምሉእ መጽሓፍ ከም ብሓድሽ ንበቦ፡
2. ናይቶም ቀንዲ ኣርእስትታት ንድፊ ኣውጽእ፡ ብቐሊል መግለጺ ኸኣ ንትሕዝቶታቶም ኣሕጺርካ ኣስፍሮም።
3. ንመጽናዕቲ ዚሕግዙ ትሕዝቶታት ተጠቒምካ ናይ ዕላማ መግለጺኻን ሰፊሕ ንድፊ ሓሳባትን ኣመሳኽሮም።

ሐ. ሳልሳይ ዑደት ንባብ

1. ካብቲ መጽሓፍ ንባዕሉ ነቲ ታሪኻዊ ሃዋህውን እቲ ጽሑፍ ዝተጻሕፈሉ ፍሉይ ኣጋጣሚን ንምፍላይ፡ ነቲ ምሉእ መጽሓፍ ከም ብሓድሽ ንበቦ፡
2. እቶም ኣብቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ክፍሊ ዝተጠቕሱ ታሪኻውያን ኣካላት ዘርዝሮም
   ሀ. ደራሲ

   ለ. ዕለት

   ሐ. ተቐበልቲ መልእኽቲ

   መ. ናይቲ ጽሑፍ ንጹር ምኽንያት

   ሠ. ምስቲ ዕላማ ጽሑፍ ዚዛመድ ባህላዊ ኹነታት

   ረ. ንታሪኻውያን ሰባትን ፍጻሜታትን ዚምልከቱ ጥቕስታት

3. ኣብቲ እትትርጕሞ ዘሎኻ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ክፍሊ ዘሎ ንድፊ ሓሳባት ናብ ሕጡብ ጽሑፍ ኣዕብዮ። ኵሉ ግዜ ነቲ ስነ-ጽሑፋዊ ኣሃዱ ፈሊኻ ፍለጦን ንድፊ ኣውጽኣሉ። እዚ ኣሃዱዚ ብዙሓት ምዕራፋት ወይውን ሕጡብ ጽሑፋት ኪኸውን ይኽእል። ናይቲ መበቆላዊ ደራሲ ስነ-መጎትን ስነ-ጽሑፋዊ ቕርጽን ክትክትል የኽእለካ።
4. ሓገዝቲ መጽናዕቲ ተጠቒምካ ነቲ ታሪኻዊ ሃዋህውካ ኣረጋግጾ።

መ. እቲ ራብዓይ ዑደት ንባብ

1. ነቲ ፍሉይ ስነ-ጽሑፋዊ ጥርናፈ (ኣሃዱ) ብብዙሓት ትርጕማት ደጊምካ ንበቦ
   ሀ. ቃል ንቓል

   ለ. ንጡፍ መማዝንቲ

   ሐ. ናይ ቃላት ለውጢ ብምግባር ዚወሃብ ትርጕም

2. ስነ-ጽሑፋዊ ወይ ሰዋስዋዊ ቕርጽታት ኣለሊ
   ሀ. ዝተደጋገሙ ሓረጋት፡ ኤፌ፡ 1፡ 6፤ 12፤ 13

   ለ ዝተደጋገሙ ሰዋስዋዊ ቕርጽታት፡ ሮሜ፡ 8፡ 31

   ሐ. ተጻረርቲ ጽንሰ-ሓሳባት (ኣምራት)

3. ነዞም ዚስዕቡ ባእታታት ዘርዝር
   ሀ. ምርኡያት (ኣገደስቲ) ቓላት

   ለ. ዘይዝውቱራት ቃላት

   ሐ. ኣገደስቲ ሰዋስዋዊ ኣቃውማታት

መ. ብፍሉይ ከበድቲ ዝኾኑ ቓላት፡ ሓረጋትን ምሉእ ሓሳባትን

4. ብቐዓት ዝኾኑ ተዛመድቲ ንባባት ርአ
   ሀ. ኣብቲ ዝደለኻዮ ኣርእስቲ ኣዝዩ ንጹር መምሃሪ ንባብ ንምርካብ ነዞም ዚስዕቡ ተጠቐም
      1. ናይ "ስሩዕ (መትከላዊ) ስነ-መለኮት" መጻሕፍቲ
      2. መወከሲታት መጽሓፍ ቅዱስ
      3. እኩብ ጥቕስታት (ኮንኮርዳንስ)
   ለ. ኣብቲ ኣርእስቲኻ ኺህልዉ ንዚኽእሉ ግርንቢጥ ዚመስሉ ጽምድታት ኣስተብህል። ብዙሓት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሓቅታት ብዘማጕቱ ጽምድታት ዝቐረቡ እዮም፥ ኣብ መንጎ ጕጅለታት ክርስትና ዘጋጥሙ ብዙሓት ፍልልያት ንፍርቂ ኻብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ወጥሪ ብሓንቲ ጥቕሲ ንምፍታሕ ካብ ምፍታን ዚለዓሉ እዮም። ኵሉ መጽሓፍ ቅዱስ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተደረኸ እዩ፡ ንትርጕምና ቓል ኣምላኻዊ ሚዛን ክንህቦ እምበኣር እቲ ምሉእ መልእኽቱ ሃሰው ኢልና ኽንረኽቦ ኣሎና።
   ሐ. ኣብ ውሽጢ ሓደ መጽሓፍ፡ ሓደ ደራሲ ወይ ሓደ ስነ-ጽሑፋዊ ቕዲ ዘሎዉ ተዛመድቲ ሓሳባት ድለ፥ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝበለጸ ተርጓሚ እዩ። ምኽንያቱ ደራሲኡ ባዕሉ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝኾነ።

5. ንታሪኻዊ ሃዋህውን ኣጋጥሚን ዚምልከቱ ትዕዝብታትካ ንምርግጋጽ ሓገዝቲ መጽናዕቲ ተጠቐም።
   ሀ. ናይ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ
   ለ. ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ታሪኻዊ ሰነዳት (ኢንሳይክሎፒድያ)፡ ናይ መሰረታዊ ሓቅታት መጽሓፍትን መዝገበ ቓላትን
   ሐ. ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መእተዊ
   መ. ትንተናታት መጽሓፍ ቅዱስ (ኣብዚ ደረጃ መጽናዕትኻዚ፡ እቶም ዘሎዉን ዝነበሩን ኣመንቲ ኣብቲ ውልቃዊ መጽናዕትኻ ኺሕግዙኻን ኪእርሙኻን ፍቐድ።

## IV. ንትርጕም መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ህይወትካ ብግብሪ ምትርጓም

ኣብዚ ደረጃዚ ነቲ ትርጕም ኣብ ጥቕሚ ምውዓል ነተኵር። ነቲ ጽሑፍ በቲ መበቆላዊ ታሪኹ ኽትርድኦ ግዜ ወሲድካ ኣሎኻ፥ ሕጂ እምበኣር ንህይወትካ፡ ንባህልኻ ተጠቐመሉ። ኣነ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስልጣን ከምዚ ዚስዕብ ኢለ እገልጾ፡ "እቲ በኸሪ ደራሲ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ ዝነበሮ ዘመን ዚብሎ ዝነበረ ምርዳእን ነቲ ሓቅቲ ኣብ ግዜኻ ኣብ ግብሪ ምትርጓም" እብሎ።

ኣብ ግብሪ ምትርጓም ናይቲ በኸሪ ጸሓፊ ዕላማ ብግዜን ኣተሓሳስባን ድሕሪ ምትርጓም ዚስዕብ እዩ። እቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ ነቲ ዘመኑ እንታይ ይብል ትርጕም ከም

ዝነበሮ ኽይፈለጥና ነዚ ዘመንና ኽነውዕሎ ኣይንኽእልን ኢና። ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ እቲ መጀመርያ ኺጸሓፎ እንከሎ ዘይነበሮ ትርጕም ሕጂ ኺህልዎ ኣይክእልን እዩ!

እቲ ዝርዝራዊ ንድፍኻ ናብ ደረጃ ሕጥበ ጽሑፍ (ሳልሳይ ዑደት ንባብ) መራሒኻ እዩ። ኣብ ግብሪ ምትርጓም ዚከኣል ኣብ ደረጃ ሕጡብ ጽሑፍ ምስ በጻሕካ እምበር ኣብ ደረጃ ቓላት እንከሎኻ ኣይኮነን። ቃላት ኣብቲ ዝተሰኽዑሉ ሃዋህው ጥራይ እዩ ትርጕም ዘሎዎም፥ ሓረጋት ኣብቲ ዝተሰኽዑሉ ሃዋህው ጥራይ እዩ ትርጕም ዘሎዎም፥ ምሉኣት ሓሳባትውን ኣብቲ ዝተሰኽዑሉ ሃዋህው ጥራይ እዩ ትርጕም ዘሎዎም። እቲ እንኮ ኣብቲ ናይ ምትርጓም ጕዕዞ ኺኣቱ ዚኽእል ብመንፈስ ዝተደረኸ ሰብ እቲ በኸሪ ጸሓፊ ጥራይ እዩ። ብብርሃን መንፈስ ቅዱስ ተረዲኢና፡ ነቲ መሪሕነቱ ጥራይ ክንክተል ኣሎና፡ ግናኸ ብርሃን ማለት ድርኺት ማለት ኣይኮነን። "እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል" ክንብል እንተ ኾንና፡ ብመሰረት እቲ ዕላማ ናይቲ በኸሪ ደራሲ ኾንና ጥራይ እዩ። ነቲ ጽሑፍ ኣብ ህይወት ናይ ምትርጓም ተግባር ምስቲ ሓፈሻዊ ዕላማ ናይቲ ምሉእ ጽሑፍ፡ እቲ ፍሉይ ስነ-ጽሑፋዊ ጥርናፈን ኣብቲ ሕጡብ ጽሑፍ ማዕቢሉ ዘሎ ናይ ሓሳብ ደረጃን ኪዛመድ ኣሎዎ።

እቶም ናይ ዘመንና ጕዳያት ንመጽሓፍ ቅዱስ ኪትርጕምዎ ኣይትፍቀደሎም፥ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ኺዛረብ ፍቐደሉ! ካብቲ ጽሑፍ መምርሒታት ክንቅበል የድልየና ይኸውን። እቲ ጽሑፍ ዚድግፎም እንተ ደኣ ኮይኖም፡ እዞም መምርሒታት ርጡባት ይኾኑ። እቲ ዘሕዝን፡ ብዙሕ ግዜ መምርሒታትና ኻብቲ ጽሑፍ ዝወጹ ዘይኮኑስ ናትና ጥራይ ኮይኖም ይጸንሑ።

ንመጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ግብሪ ኽንትርጕሞ እንከሎና፡ ብዘይካ ኣብ ትንቢታት፡ ንዝኾነ ይኹን ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ ሓደ ትርጕም ጥራይ ከም ዘሎዎ ኽንዝክር ኣድላዪ እዩ። እዚ ትርጕምዚ ምስቲ እቲ በኸሪ ጸሓፊ ነቲ ናይ ዘመኑ ሽግር ወይ ድሌት ኪገጥም እንከሎ ዝነበሮ ዕላማ ዝተዛመደ እዩ። ካብዚ ሓደ ትርጕምዚ፡ ብዙሓት ንህይወት ዚኾኑ ትርጕማት ኪወጹ ይኽእሉ። እቲ ኣብ ህይወት ናይ ምትርጓም ተግባር ኣብ ሕቶ እቶም ተቐበልቲ መልእኽቲ ዚምርኮስ እዩ፡ ግናኸ ምስቲ ትርጕም ናይቲ በኸሪ ጸሓፊ ዝተኣሳሰረ እዩ።

V. ***መንፈሳዊ መዳይ ናይ ትርጕም***

ክሳዕ ሕጂ እቲ ኣብ ምትርጓምን ናብ ጥቕሚ ህይወት ኣብ ምውዓልን ዘድሊ ናይ ስነ-መጎትን ጽሑፍን ኣገባብ ኣቕሪብ ኣሎኹ። ሕጂ ኸኣ ነቲ ናይ ትርጕም መንፈሳዊ መዳይ ኣሕጺረ ኽዛረበሉ እየ። እዚ ዚስዕብ ናይ ነጥብታት ዝርዝር ሓጋዚ ኾይኑ ረኺበዮ ኣሎኹ፡

*ሀ. መንፈስ ቅዱስ ኪሕግዘካ ጸሊ* (1ቆሮ፡ 1፡ 26 - 2፡ 16)።

*ለ. ካብ ፍሉጥ ሓጢኣት ውልቃዊ ምሕረትን ምንጻህን ክትረክብ ጸሊ* (1ዮሃ፡ 1፡ 9)።

*ሐ. ንእግዚኣብሄር ንምፍላጥ ዝያዳ ጽምኣት ክወሃበካ ጸሊ* (መዝ፡ 19፡ 7 - 14፤ 42፡ 1 ንንየው ዘሎ፤ 119፡ 1 ንንየው ዘሎ)።

*መ. ዝኾነ ይኹን ሓድሽ ምስትብሃል ብኡ ንብኡ ኣብ ህይወትካ ተጠቐመሉ።*

*ሠ. ትሑትን ተመሃራይን ኩን።*

*ኣብ መንጎ እቲ ስነ-መጎታዊ ጉዕዞን መሪሕነት መንፈስ ቅዱስን ዘሎ ሚዛን ምሕላው ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። እዞም ዚስዕቡ ጥቕስታት ነቲ ሚዛን ንምሕላው ሓጊዞሙኒ ኣሎዉ፡*

*ሀ. ስክሪፐቸር ትዊስቲን* ካብ ዚብል ናይ ጀምስ ዳብሊው. ሳይር መጽሓፍ (ገጽ 17 - 18)

*"እቲ ብርሃን ናብቶም መንፈሳውያን ሕሩያት ጥራይ ዘይኮነስ ናብ ኣእምሮ ህዝቢ ኣምላኽ ይመጽእ። ኣብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ክርስትና ፍሉያት ጸለውቲ ሰባት፡ ፍሉይ ፍልጠት፡ ኵሉ ግቡእ ትርጕም ብእኦም ዚውሕዝ ዚብሃሉ ሰባት የለዉን። መንፈስ ቅዱስ ናይ ጥበብ፡ ፍልጠትን መንፈሳዊ ምልላይን ፍሉያት ውህበታት ይህብ እኳ እንተ ኾነ፡ እዞም ውህበት ዝተዋህቡ ክርስትያናት ግና በይኖም ናይቲ ቓል ተርጎምቲ ኪኾኑ ኣይምድቦምን እዩ። ነፍስወከፍ ካብ ህዝቡ ንመጽሓፍ ቅዱስ ብምውካስ ኪምሃር፡ ኪፈርድን ኬለልን ግዴታ ኣሎዎ። መጽሓፍ ቅዱስ ዋላ ነቶም እግዚኣብሄር ፍሉያት ውህበታት ዝሃቦም ሰባት በይኑ በዓል ስልጣን እዩ። ንምጥቕላል፡ እቲ ኣብዚ ምሉእ መጽሓፍ ኣብ ግምት ኪኣቱ ዚደልዩ ዘሎኹ ነገር፡ መጽሓፍ ቅዱስ ንኹሎም ደቅሰብ ናይ እግዚኣብሄር እቲ ሓቀኛ ምግላጽ ምዃኑ፡ ብዛዕባ ኹሎም ዜልዕሎም ጕዳያት ዝለዓለ በዓል ስልጣን ከም ዝኾነ፡ ፍጹም ዝተሰወረ ምስጢር ከም ዘይኮነ እኳ ደኣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ሕብረተሰብ ዘሎዉ ተራ ሰባት ብዚግባእ ኪርድእዎ ኽም ዚኽእሉ እዩ።"*

*ለ. ኣብ ናይ በርናርድ ራም ፕሮተስታንት ቢብሊካል ኢንተርፕሪተሽን ገጽ* 75 *ብዛዕባ ኪርከጋርድ ተባሂሉ ዘሎ፡*

*ብመሰረት ኪርከጋርድ፡ እቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ሰዋስው፡ መዝገበ ቓላትን ታሪኽን መጽናዕቲ ነቲ ሓቀኛ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣገዳሲ እኳ እንተ ኾነ መባእታዊ ነገር እዩ። "ንመጽሓፍ ቅዱስ ከም ናይ ኣምላኽ ቃል ንምንባብ፡ ሓደ ሰብ ነቲ መጽሓፍ ብራዕዲ፡ ብጥንቃቐ፡ ብሃንቀውታ ዝመልኦ ባህጊ፡ ምስ እግዚኣብሄር ብምዝርራብ ኪነቦ ኣሎዎ። ንመጽሓፍ ቅዱስ ብዘይ ተገዳስነት ወይ ብሸለልትነት ወይውን ንስነ-መጎት ወይ ንናይ ኣእምሮ ምህሮ ኢልካ ምንባብ፡ ከም ናይ እግዚኣብሄር ቃል ጌርካ ምንባብ ኣይኮነን። ከምቲ ሰብ ንናይ ፍቕሪ ደብዳበ ገይሩ ዜንብቦ፡ ንመጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ከም ቃል ኣምላኽ ይንበቦ።"*

*ሐ. ኤች. ኤች. ሮውሊ ኣብቲ ዘ ረለቫንስ ኦቭ ዘ ባይብል ዚብል መጽሓፉ ኣብ ገጽ* 19፡

*"ንመጽሓፍ ቅዱስ ብኣእምሮ ጥራይ ምርዳእ፡ ክሳዕ ክንደይ ዝተማልአ ይኹን፡ ንኹሉ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሃብቲ ኺሕዞ ኣይክእልን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ዓይነት ምርዳእ ኣየስተናዕቕን እዩ፡ ምኽንያቱ ንምሉእ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ግናኸ ምሉእ ኪኸውን እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ናብ መንፈሳዊ ምርዳእ ናይቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎዉ መንፈሳዊ መዛግብቲ (ሃብቲ) ኪመርሓና ኣሎዎ። ነዚ መንፈሳዊ ምርዳእዚ ንምርካብ፡ ልዕሊ ናይ ኣእምሮ ንቕሓት የድሊ፡ መንፈሳዊ ነገራት*

ብመንፈስ እዩም ዚምመዩ፡ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ተመሃራይ ከኣ ክንዮ እቲ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቱ ናብቲ ዝሃብተመ ውርሻ ናይዚ ኻብ ኵሎም መጻሕፍቲ ዝበለጸ መጽሓፍ ኪበጽሕ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ናይ መንፈሳዊ ተቐባልነት ዝንባለ፡ ንርእሱ ናብ እግዚኣብሄር ኬቕርብ ንእግዚኣብሄር ዚደልየሉ ሃንቀውታ ኺህልዎ የድልዮ።"

VI. **ናይዚ ትንታነ መጽሓፍ ቅዱስዚ ኣገባብ**

ናይ መጽናዕታዊ መምርሒ ትንታነ በዞም ዚስዕቡ መገድታት ናይ ኣተረጓጕማ ኣገባባትካ ኺሕግዝ እዩ ተሰንዲኡ፡

ሀ. ንነፍስ ወከፍ መጽሓፍ፡ ሓጺር ታሪኻዊ ንድፊ ኽም መእተዊ ቐሪቡ ኣሎ። "ሳልሳይ ዑደት ንባብ" ምስ ኣካየድካ፡ ነዚ ሓበሬታዚ ኣረጋግጾ።

ለ. ኣብ መጀመርያ ናይ ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ፡ ናይቲ ኣሰኻኹዓ ቓላት ምስትብሃላት ኣሎዉ። እዚኣቶም እቲ ናይ ስነ-ጽሑፍ ጥርናፌ ብኸመይ ከም ዝቖመ ንምስትውዓል ኪሕግዙኻ እዮም።

ሐ. ኣብ ምጅማር ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ወይወን ዓብዪ ስነ-ጽሑፋዊ ጥርናፌ፡ እቶም ናይ ሕጡብ ጽሑፍ ምቃላትን መግለጺታቶምን ካብ ብዙሓት ዘመናውያን ትርጕማት ዝተዋህቡ እዮም፡

1. ዘ ዩናይትድ ባይብል ሶሳይቲ ግሪክ ቴክስት፡ ራብዓይ ዝተኸለሰ ሕታም
2. ዘ ኒው ኣሜሪካን ስታንዳርድ ባይብል፡ 1995 ዝተመሓየሸ
3. ዘ ኒው ኪንግ ጀይምስ ቨርዥን
4. ዘ ኒው ሪቫይዝድ ስታንዳርድ ቨርዥን
5. ቱደይስ ኢንግሊሽ ቨርዥን
6. ዘ ጀሩሳሌም ባይብል

ናይ ሕጡብ ጽሑፍ ምቃላት ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ኣይኮኑን። ካብቲ ኣሰኻኹዓ እዮም ኪረጋገጹ ዘሎዎም። ንብዙሓት ካብ በበይኖም ናይ ኣተረጓጕማ ኽልሰ-ሓሳባትን ስነ-መለኮታዊ ኣመለኻኽታታትን ዝተረኸቡ ዘመናውያን ትርጕማት ብምውድዳር፡ ናይቲ በኸሪ ደራሲ ናይ ሓሳብ ቅርጺ ኽንመዝን ንኽእል። ነፍስ ወከፍ ሕጡብ ጽሑፍ፡ ሓደ ኣውራ ሓቂ ዝሓዘ እዩ። እዚ "ርእሰ-ነገር ምሉእ ሓሳብ" ወይ ከኣ "ናይቲ ጽሑፍ ማእከላይ ሓሳብ" ተባሂሉ ኣሎ። እዚ ናይ ሓባር ሓሳብዚ ንግቡእ ታሪኻዊ፡ ሰዋስዋዊ ትርጕም መፍትሕ እዩ። ሓደ ሰብ ካብ ሕጡብ ጽሑፍ ንታሕቲ ኻብ ዝኾነ ጽሑፍ ተበጊሱ ኺትርጕም፡ ኪሰብኽ ወይ ኪምህር ፍጹም ኣይግባእን! ኣብ ርእሲኡ፡ ነፍስ ወከፍ ሕጡብ ጽሑፍ ምስቶም ኣብ ዙርያኡ ዘሎዉ ሕጡባት ጽሑፍ ዝተዛመደ እዩ። ስለዚ እዩ ኸኣ ናይቲ ምሉእ መጽሓፍ ናይ ሕጡብ ጽሑፍ ንድፊ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዚኸውን። ናይቲ በቲ ድርኺት

ዝረኸበ በዅሪ ጸሓፊ ዝተላዕለ ኣርእስቲ ስነ-መንታዊ ዋሕዚ ኽንክተል ክንክእል ኣሎና።

መ. ናይ ቦብ መግለጺታት ንኣተረጓጒማ ጽሑፋት ናይ ጥቕሲ ብጥቕሲ ኣገባብ እዮም ዚኽተሉ። እዚ ኣገባብዚ ናይቲ በዅሪ ደራሲ ሓሳብ ክንስዕብ የገድደና። እቶም መግለጺታት ካብ ብዙሓት መዳያት ሓበሬታ ይህቡ፡

1. ስነ-ጽሑፋዊ ሃዋህው
2. ታሪኻዊ፡ ባህላዊ ምስትብሃላት
3. ሰዋስዋዊ ሓበሬታ
4. ናይ ቃላት መጽናዕቲ
5. ዚጋጠሙ ተዛመድቲ ንባባት

ሠ. ኣብ ገለ ስፍራታት ናይቲ ትንታነ፡ ሓደ ትርጒም መጽሓፍ ቅዱስ ብኻልኦት ብዙሓት ዘመናውያን ትርጒማት መመላእታ ይረክብ፡

1. ዘ ኒው ኪንግ ጀይምስ ቨርዥን ነቶም ናይ "ቴክስተስ ሪሰፕተስ" መበቆላዊ ጥቕስታት ይኽተል።
2. ዘ ኒው ሪቫይዝድ ስታንዳርድ ቨርዥን፡ ካብቲ ሪቫይዝድ ስታንድራድ ቨርዥን ዝተረኸበ ናይ ቃል ንቓል ክለሳ እዩ።
3. ዘ ቱደይዝ ኢንግሊሽ ቨርዥን፡ ካብ ዘ ኣሜሪካን ባይብል ሶሳይቲ ዝተወስደ ንጡፍ ተዛማዲ ትርጒም እዩ።
4. ዘ ጀሩሳሌም ባይብል ኣብ ናይ ፈረንሳውያን ካቶሊክ ንጡፍ ተዛማዲ ትርጒም ዝተመርኮሰ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትርጒም እዩ።

ረ. ነቶም ግሪኽ ዘየንብቡ፡ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትርጒማት ምንጽጻር ኣብቲ ጽሑፍ ዘሎዉ ሽግራት ንምልላይ ኪሕግዝ ይኽእል፡

1. ናይ በዅሪ ጽሑፋት ምቅይያር
2. ዚበራረዩ ናይ ቃላት ትርጒማት
3. ሰዋስዎም ዜሸግር ጥቕስታትን ኣቃውማን
4. ዘይንጹራት ጥቕስታት

ዋላኳ እቶም ናይ እንግሊዝ ትርጒማት ነዞም ሽግራትዚኣቶም ኪፈትሕዎም ዘይክእሉ እንተ ኾነ፡ ነቶም ሽግራት ከም ዕላማታት ናይ ዝዓሞቐን ዝያዳ ዝተማልአን መጽናዕቲ ይገብርዎም።

ሰ. ኣብ መዕጸዊ ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ፡ ግቡኣት መዛተዪ ሕቶታት ተዋሂቦም ኣለዉ፡ እዞም ሕቶታት እዚኣቶም ነቶም ናይቲ ምዕራፍ ቀንዲ ናይ ትርጒም ጒዳያት ከም ዒላማ ኺርእዩ ይፍትኑ።

# መእተዊ ናብ መልእኽቲ እብራውያን

## ወሳኒ ናይ መእተዊ ሓሳብ

ነዚ መጽሓፍዚ ብዘጽናዕክዎ መጠን፡ እቲ ዝስዕቦ ስነ-መለኮት ብናይ ጳውሎስ ስነ-መለኮት ዝተጸልወ ምዃኑ መመሊሱ ንጽር ኮይኑለይ። እቶም ካልኦት ናይ ሓድሽ ኪዳን ደረስቲ ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ብዙሕ መልእኽትታቶም ከቕርቡለይ ክፈቕደሎም ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ፡ ምኽንያቱ ነቲ መልእኽትታቶም ናብቲ ናይ ጳውሎስ ምድብ ክሕውሶ እዩ ዝሰልጠኒ። እዚ ብፍላይ ኣብቲ ኣብ እምነት ምቕጻል ዜድህብ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ርኡይ እዩ። ኣብ መልእኽቲ እብራውያን፡ እምነት ናይ ቤት ፍርዲ ብይን ኣይኮነትን (ብእምነት ምጽዳቕ ማለት ኣይኮነትን)፡ ክሳዕ መወዳእታ ዘሎ እሙን ህይወት እያ እተመልክት (ምዕራፋት 11-12)።

መብዛሕትኦም ካብቶም ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ንዓይ ዘሸግሩኒ ሕቶታት፡ በቲ ጸሓፊ መልእኽቲ (ዋላውን ብጴጥሮስ ወይ ያእቆብ) ኪሕተቱ ዘይክእሉ ዝነበሩ እዮም። መልእኽቲ እብራውያን ናይ ሓደ ኣጋጣሚ መጽሓፍ እያ፡ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ናይ ሓድሽ ኪዳን መጻሕፍቲ። ዋላውን እቲ ጸሓፊ እንተ ዘይማእምኣኒ ኺዛረበኒ ክፈቕደሉ ኣሎኒ፥ ዋላውን እቲ ጸሓፊ ነቲ ኣኽቢረ ዝርእዮ ኣመዳድባይ ዘይጥቀመሉ እንተ ኾነ ወይውን ካብ መሰረቱ ነቲ መደበይ እንተ ኣናወጾ። ኣብ ክንዲ እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ጸሓፊ ዝጸሓፎ ናይ ሓድሽ ኪዳን መልእኽቲ ኽትክኦ ዝኽእል ስሩዕ ስነ-መለኮታዊ ትምህርቲ የብለይን።

በቲ ጸቢብ ስነ-መለኮታዊ ኣተሓሳስባይ ክንሳሕን ኣብቲ ምሉእ ብምሉእ ዘይርድኦ ወይ ዘይፈትዎ ናይ ሓድሽ ኪዳን ወጥሪ ኽነብርን እመርጽ! ንሓድሽ ኪዳን ብዓይኒ እቲ ዘመናዊ ወንጌላውን ለዋጥን ሰኪዔት እርእዮ ኽይህሉ እፈርህ። ነቶም ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ተስፋታት ከረጋግጾም እየ ዝደሊ፥ እቶም ናይ ፍቕሪ እግዚኣብሄር፡ ውህበቱን ሓለውኡን ተስፋታት፥ በቶም ናይ ጸሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን ሓያል መጠንቀቕታታትን ስልጣንን ተረቲዐ ኣሎኹ። ንመልእኽቲ እብራውያን ክሰምዖ ኣዝየ እየ ዝደሊ፡ ግናኸ ኣዝዩ እዩ ዜቐንዙ! ነቲ ወጥሪ ኽፍኩሶ እየ ዝፈቱ። ብሓቂ፡ ናጻ ምድሓንን ንኹሉ ነገር ምቕባጽን ዘሎዎ ክርስትያናዊ ህይወት ከረጋግጽ ዝደሊ ኾይኑ ይመስለኒ። ግናኸ እቲ ፍጹም ዝኾነ መለክዒ እንተ ዘይተማሊኡ ኸመይ ገይረ እፈልጥ? ዘለኣለማዊ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ናይ ፈለማ ናይ እምነት ምላሽ ድዩ ወይስ ቀጻሊ ናይ እምነት ምላሽ? መልእኽቲ እብራውያን ናይ ቀጻሊ ናይ እምነት ምላሽ ሓላፍነት ብንጹር ይገልጽ። ህይወት ክርስትና ብመጀመርያ ዘይኮነስ ብመወዳእታ እዩ ዚርአ!

እዚ ማለት ናብ ግብሪ ዝዘዘወ ምድሓን ኣይኮነን፡ ግናኸ ብግብሪ ዚግበር መረጋገጺ ማለት እዩ። እምነት እቲ ጭብጢ እዩ፡ እቲ ኣገባብ ኣይኮነን (እቲ ኣገባብ ጸጋ እዩ)። ኣመንቲ ብግብሪ ኣይኮኑን ድሒኖም፡ ንግብሪ እዮም ድሒኖም። ግብሪ ናይ ምድሓን መገዲ ኣይኮነን፡ ውጽኢት ምድሓን እዩ። ኣምላኻዊ፡ እሙን፡ መዓልታዊ ንክርስቶስ ምምሳል ንሕና እንገብሮ ነገር ኣይኮነን፡ ብክርስቶስ ዝኾንናዮ መንነትና እዩ። ዝተለወጠን ዚልውጥን ናይ እምነት ህይወት እንተ ዘየሎ፡ ናይ ምድሓንና መረጋገጺ፡ ናይ ኣማኒ ውሕስነት የልቦን። ኣምላኽ

ጥራይ እዩ ንልብን ዅነታትን ዚፈልጥ። ውሕስነት ኣብ ናይ እምነት ህይወት መሰነይታ እዩ፡ ናይ ህይወት ጭብጢ ዘይብሉ ናይ መጀመርያ ስነ-መለኮታዊ ኣዋጅ ኣይኮነን።

ጸሎተይ፡ እዚ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ናይ ሓድሽ ኪዳን ጸሓፊ ብንጹር ንኺዛረብ ክንፈቕደሉን ንመልእኽቲ እብራውያን ኣብ ናይ ስሩዕ ስነ-መለኮታዊ መስርዕ፡ ካልቪናዊ ይኹን ኣርሚንያን፡ መወከሲ ኸይነውርዶን እዩ።

## መኽፈቲ ኣስተብህሎታት

ሀ. መልእኽቲ እብራውያን መልእኽቱ ንኼብጽሀ ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕስታት ብኣተረጓጕማ መምህራን ኣይሁድ ይጥቀም። ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምግንዛብ፡ እዚ መጽሓፍዚ ብዘመናዊ ምዕራባዊ ኣተሓሳስባ ዘይኮነስ ብዓይኒ እቲ ኣብ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ዝነበረ ናይ መምህራን ኣይሁድ ሃይማኖት ኪትርጎም ኣሎዎ።

ለ. እዚ መጽሓፍዚ ኸም ስብከት እዩ ዚጅምር (ልሙድ ሰላምታ የብሉን)፡ ከም ደብዳበ ኸኣ ይውድእ (ኣብ ምዕራፍ 13 ልሙድ ናይ ጳውሎስ ኣወዳድኣ ኣሎዎ)። ምናልባት ናብ ደብዳበ ዝተቐየረ ናይ ቤተ መቕደስ ስብከት ኪኸውን ይኽእል። እቲ ጸሓፊ ንመጽሓፉ “ቓል ምኽሪ” ኢሉ ይጽውዖ (እብ፡ 13፡ 22)። እዚ ሓረግዚ ኣብ ግብ፡ 13፡ 15 ድማ ንስብከት ንምምልካት ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ ኣሎ።

ሐ. እዚ ብዛዕባ ናይ ሙሴ ኪዳን ዓሚቕ ናይ ሓድሽ ኪዳን ትንታነ እዩ።

1. ናይ ብሉይ ኪዳን ኣዝዩ እሙን ርእይቶ
2. ናይ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ምንጽጻር
3. ኣብ ብሉይ ኪዳን ንየሱስ ክርስቶስ ሊቀ ኻህንና ኢሉ ዚጽውዖ በይኑ መጽሓፍ

መ. እዚ መጽሓፍ እዚ ኣንጻር ካብ እምነት ምውዳቕ (“ንድሕሪት እንተ ተመልሰ” እብ፡ 10፡ 38) ወይ ከኣ ናብ ኣይሁድነት ምምላስ ዜሰምዑ መጠንቀቕታታት ዝመልአ እዩ (ምዕራፋት 2፤ 4፤ 5፤ 6፤ 10፤ 12፥ ብኣር. ሲ. ግለይዝ ጁንየር ተጻሒፉ ብኢንሳይት ፕረስ ዝተሓትመ *ኖ ኢዚ ሳልቨሽን* ዚብል መጽሓፍ ተወከስ)።

ሠ. ዋላኳ ልዕሊ ዓቕን መደምደምታ ምሃብ እኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ንምድሓን ከም ውዱእ ዕዮ ናይቲ ሉኣላዊ ኣምላኽ (ማለት ጽድቂ ብእምነት) ገይሩ ዘስምረሉ ጳውሎስ ንውሕስነት ከም ናይ መጀመርያ ሓቂ ገይሩ የገልጾ (ሮሜ 4)። ጴጥሮስ፡ ያእቆብን ቀዳመይትን ካልኣይትን መልእኽትታት ዮሃንስን ኣብቶም ዚቕጽሉ ዘሎዉ ሓላፍነታት ሓድሽ ኪዳን የተኩሩ፡ ውሕስነት ከኣ ብልዉጥን ዚልወጥን ህይወት ዚረጋገጽ መዓልታዊ ኹነት ምዃኑ የረድኡ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን፡ ኣብ ናይ እሙንነት ህይወት ብምትኳር (ምዕራፍ 11)፡ ንውሕስነት ብመወዳእታ ህይወት እዩ ዚርእዮ። ዘመናዊ ምዕራባዊ ናይ ርትዒ ኣተሓሳስባ ነዞም ኣረኣእያታት እዚኣቶም ኣብ ኣንጻራዊ ጫፋት ከቐምጦም ይፍትን፡ ናይ ሓድሽ ኪዳን ጸሓፍቲ ግን

ብሓደ መለኮታዊ ደራሲ (ማለት መንፈስ ቅዱስ) ተደሪኹም ነዞም ኣረኣእያታት እዚኣቶም ኣብ ወጥሪ የንብርዎምን ንሰለስቲኦም የረጋግጽዎምን። ውሕስነት እቲ ናይ መወዳእታ ሸቶ ኣይኮነን፡ ናይቲ ኣብ ተስፋታት ኣምላኽ ዚኣምን ንጡፍ እምነት ውጽኢት እዩ።

## ደራሲ

ሀ. ዋላኳ ደራሲ መልእኽቲ እብራውያን መን ምዃኑ ኣካታዒ እንተ ኾነ፡ ብዙሓት ቀዳሞት ናይ ግኖስቲካት (ምድሓን ዚረኽቡ ፍሉይ ፍልጠት ዘሎዎም ሒደት ሰባት እዮም ኢሎም ዚምህሩ ዝነበሩ መናፍቓን- መምህራን ሓሶት) ጽሑፋት (ከም ወንጌል ሓቂ፡ ወንጌል ፊሊጶስን ናይ ዮሃንስ መጽሓፍ ኣዋልድን) ብዙሕ ግዜ ንመልእኽቲ እብራውያን ይጠቕሱ፡ እዚ ኸኣ መልእኽቲ እብራውያን ኣብ ካልኣይ ክፍለ ዘመን ናይቶም ቅቡላት ክርስትያናዊ ጽሑፋት ኣካል ይቝጸር ከም ዝነበረ የርኢ (ናይ *ኣንድርያ ሄልምቦልድ // ናግ ሃማዲ ግኖስቲክ ተክስትስ ኣንድ // ባይብል*፡ ገጽ 91)።

ለ. እታ ምብራቓዊት ቤተ ክርስትያን (እስክንድርያ፡ ግብጺ) ንመልእኽቲ እብራውያን ጳውሎስ ከም ዝጸሓፎ ትኣምን ነበረት። ስለዚ ኸኣ ኣብቶም ቀዳሞት ናይ ጳጳሮስ ናይ ኢድ ጽሑፋት P[46] መልእኽቲ እብራውያን ኣብ ዝርዝር ጽሑፋት ጳውሎስ ተጻሒፉ ኣሎ። እዚ ናይ ኢድ ጽሑፍዚ ናይ ቸስተር ቢቲ ጳጳሮስ ተባሂሉ ይፍለጥ፡ ኣብ መወዳእታ ኻልኣይ ክፍለ ዘመን እዩ ኸኣ ተቐዲሑ። ንመልእኽቲ እብራውያን ድሕሪ መልእኽቲ ሮሜ ኣስፊርዎ ይርከብ። ገለ መራሕቲ እስክንድርያ ጸሓፊ እቲ መልእኽቲ ጳውሎስ እዩ ምባል ዘሎዎ ናይ ስነ-ጽሑፍ ሽግር ይግንዘቡ ነበሩ።

1. ቅለመንጦስ ብዓል እስክንድርያ (150- 215 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ዝነበረ፡ ብዩሰብዩስ ዝተጠቕሰ) ነቲ መልእኽቲ ጳውሎስ ብእብራይስጢ ጽሒፍዎ፡ ሉቃስ ከኣ ናብ ግሪኽ ተርጒሙዎ ይብል።
2. ኦሪጀን (185- 253 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ዝነበረ) እቶም ናይ መልእኽቲ እብራውያን ሓሳባት ናይ ጳውሎስ እዮም፡ ግናኸ ብድሒሩ ዝመጸ ሰዓቢ ጳውሎስ ከም ሉቃስ ወይ ቅለመንጦስ ብዓል ሮማ ተጻሒፎም ይብል።

ሐ. ኣብቶም ብምዕራባዊት ቤተ ክርስትያን ከም መልእኽትታት ጳውሎስ ዝጸደቑ ሙራቶርያን ፍራግመንት ዚብሃሉ መጻሕፍቲ፡ መልእኽቲ እብራውያን ኣይተጠቕሰን። ሙራቶርያን ፍራግመንት ኣብ ከባቢ 180 - 200 ኣብ ሮማ ዝነበሩ ናይ ሓድሽ ኪዳን ቀኖናዊ መጻሕፍቲ እዮም።

መ. ብዛዕባቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እንታይ ንፈልጥ

1. ካልኣይ ወለዶ ኣይሁዳዊ ክርስትያን ይመስል (እብ፡ 2፡ 3)።
2. ካብቲ ሰፕተዋጅንት ዚብሃል ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ይጠቅስ።
3. ናይቲ ግዜቲ ናይ ቤተ መቕደስ ስርዓታት ዘይኮነስ፡ ናይ ጥንቲ ስርዓታት ድንኳን ይጥቀም።

4. በቲ ዝጸረየ ናይ ግሪኽ ሰዋስውን ኣተሃናንጻ ምሉእ ሓሳባትን ይጥቀም (እዚ መልእኽቲ እብራያን ናይ ጥቡቕ ፍቕሪ መጽሓፍ ኣይኮነን። እቲ መኣዝኑ ብሉይ ኪዳን እዩ፡ ፊሎ ኣይኮነን (ፊሎ ጥንታዊ ኣይሁዳዊ ፍላስፋን ጸሓፍን እዩ)።

ሠ. ነዚ መልእኽቲ እብራውያን ዝጸሓፈ ሰብ መን ምዃኑ ኣይፍለጥን እዩ፡ ግናኸ ነቶም ቀዳሞት ተቐበልቲ እቲ መልእኽቲ እቲ ጸሓፊ ፍሉጥ እዩ ነይሩ (እብ፡ 6፡ 9- 10፤ 10፡ 34፤ 13፡ 7፤ 9)።

ረ. ብዛዕባ ጳውሎስ ከም ጸሓፊ መልእኽቲ ዘሎዉ ጥርጣረታት

1. እቲ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ኣብ ካልኦት ናይ ጳውሎስ ጽሑፋት ኣዝዩ ፍሉይ ስለ ዝኾነ (ብዘይካ ምዕራፍ 13)።
2. እቶም ቃላት ፍሉያት እዮም።
3. ኣብ ናይ ቃልን ሓረግን ኣጠቓቕማን ትኹረትን ረቀቕቲ ፍልልያት ኣሎዉ።
4. ጵውሎስ ብግሪኽ ንብጾቱን መዓይይቱን "ሓው" ኢሉ ኺጽውዖም

እንከሎ፡ ስም እቲ ሰብ ኵሉ ሳዕ መጀመርያ እዩ ዚመጽእ (ሮሜ፡ 16፡ 23፥ 1ቆሮ፡ 1፡ 1፤ 16፡ 12፥ 2ቆሮ፡ 1፡ 1፤ 2፡ 13፥ ፊሊ፡ 2፡ 25)፡ ኣብ እብ፡ 13፡ 23 ግን "ሓውና ጢሞቴዎስ" ይብል።

ሰ. ብዛዕባ ጸሓፊ መልእኽቲ ዘሎዉ ኸልሰ ሓሳባት

1. ቅለመንጦስ ብዓል እስክንድርያ ኣብቲ *ሂፖቲፖሰስ* ዚብል (ብዩሰብዩስ ዝተጠቕሰ) መጽሓፉ፡ ንመልእኽቲ እብራውያን ካብቲ መጀመርያ ጳውሎስ ዝጸሓፎ ናይ እብራይስጢ ጽሑፍ፡ ሉቃስ ናብ ግሪኽ ተርጒምዎ ኢሉ ይኣምን ነበረ (ሉቃስ ኣዝዩ ብሉጽ ናይ ቆይን ግሪኽ ይጥቀም ነይሩ። ቆይን ናይ ተራ ህዝቢ ቛንቋ ግሪኽ እዩ ነይሩ)።
2. ኦሪጀን ንመልእኽቲ እብራውያን ወይ ሉቃስ ወይ ከኣ ቅለመንጦስ ብዓል ሮም ናይ ጳውሎስ ምህሮ ተኸቲሎም ጽሒፎሞ ይብል ነበረ፡
3. ጀሮምን ኣጕስቲንን እቲ መልእኽቲ ብምዕራባዊት ቤተ ክርስትያን ኣብ ዝርዝር ቅቡላት መጻሕፍቲ ምእንቲ ኺጸድቕ ኢሎም ጥራይ ጸሓፊ መልእኽቲ ጳውሎስ እዩ ዚብል ሓሳብ ተቐቢሎሞ ነበሩ።
4. ተርቱልያን (ደ ጒዲች 20) ንመልእኽቲ እብራውያን ተሓጋጋዚ ጳውሎስ ዝነበረ በርናባስ ዝተባህለ ሌዋዊ ጽሒፍዎ ኢሉ ይኣምን ነበረ።
5. ማርቲን ሉተር፡ ንመልእኽቲ እብራውያን ተሓባባሪ ጳውሎስ ዝነበረ ኣብ እስክንድርያ ዝተማህረ ኣጵሎስ (ግብ፡ 18፡ 24) ዚብሃል ምሁር ጽሒፍዎ ኢሉ።
6. ካልቪን፡ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ወይ ቅለመንጦስ ብዓል ሮም (ኣብ 96 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ዝጠቐሰ ንሱ እዩ) ወይ ከኣ ሉቃስ እዩ ይብል።

7. ኣዶልፍ ቮን ሃርናክ ንመልእኽቲ እብራውያን ኣኪላስን ጵርስኪላን (ንኣጵሎስ እቲ ምሉእ ወንጌል ዝመሃርዎን መዓይይቲ ጳውሎስን ጢሞቴዎስን ዝነበሩ፡ ግብ፡ 18፡ 26) እዮም ጽሒፎሞ ኢሉ።
8. ሰር ዊልያም ራምሲ፡ ፊሊጶስ እቲ ወንጌላዊ ጳውሎስ ኣብ ቂሳርያ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እንከሎ ኣብ ክንዲ ጳውሎስ ጽሒፍዎ ይብል።
9. ካልኦት ድማ ፊሊጶስ ወይ ከኣ ሲላስ (ስልዋኖስ) ጽሒፎሞ ይብሉ።

## ተቐበልቲ መልእኽቲ

ሀ. እቲ “ናብ እብራውያን” ዚብል ኣርእስቲ ንህዝቢ እስራኤል እዩ ዚዛረብ፡ ስለዚ እቲ መልእኽቲ ንኾላቶም ኣይሁድ እዩ ተጻሒፉ (ቅለመንጦስ ብዓል እስክንድርያ ኣብ ኤክለስያስቲካል ሂስትሪ (ታሪኽ ቤተ ክርስትያን) ራብዓይ ቅጺ፤ ቍጽሪ 14፡ ብዩሰብዩስ ከም ዝተጠቕሰ)።

ለ. ናይ ኣር. ሲ. ግለይዝ ጁንየር ኖ ኢዚ ሳልቨሽን ብምኽታል ዘሎ ውሽጣዊ ጭብጢ ኸኣ መልእኽቲ እብራውያን ንሓደ ፍሉይ ጕጅለ ኣመንቲ ኣይሁድ ወይ ቤተ መቕደስ እዩ ዚዛረብ (እብ፡ 6፡ 10፤ 10፡ 32- 34፤ 12፡ 4፤ 13፡ 7፤ 19፤ 23)።

1. በቶም ተጠቒሶም ዘለዉ ብዙሓት ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕስታትን እቲ ኣርእስተ ነገርን፡ እቶም ተቐበልቲ ኣይሁድ ኣመንቲ ይመስሉ (እብ፡ 3፡ 1፤ 4፡ 14 - 16፤ 6፡ 9፤ 10፡ 34፤ 13፡ 1 - 25)።
2. ገለ መከራ ዝጠዓሙ እዮም ነይሮም (እብ፡ 10፡ 32፤ 12፡ 4)። ኣይሁድነት ብመራሕቲ ሮም ሕጋዊ ሃይማኖት እዩ ዚቝጸር ነይሩ፡ ክርስትና ግና ኣብ መወዳእታ ቐዳማይ ክፍለ ዘመን ካብ ናይ ቤተ መቕደስ ኣምልኾ ምስ ተነጸለ ዘይሕጋዊ ይሕሰብ ነይሩ።
3. ንነዊሕ ዓመታት ኣመንቲ ዝነበሩ እዮም፡ ግናኸ ገና ዘይበሰሉ እዮም ነይሮም (እብ፡ 5፡ 11 - 14)። ምስ ኣይሁድነት ምሉእ ብምሉእ ከይባተኹ ዚፈርሁ እዮም ነይሮም (እብ፡ 6፡ 1 - 2)።

ሐ. እቲ ናይ እብ፡ 13፡ 24 ዘይንጹር ጥቕሲ ኻብዞም ዚስዕቡ ሓደ ኣማራጺ ዜመልክት ኪኸውን ይኽእል 1) ካብ ኢጣልያ እዩ ተጻሒፉ ወይ ከኣ 2) ናብ ኢጣልያ፡ ምናልባት ናብ ሮም እዩ ተጻሒፉ።

መ. ኣድራሻ እቶም ተቐበልቲ ምስቶም በበይኖም ናይ ጸሓፊ ኽልሰ ሓሳባት ዝተኣሳሰር እዩ።

1. እስክንድርያ- ኣጵሎስ
2. ኣንጾኪያ- በርናባስ
3. ቂሳርያ- ሉቃስ ወይ ፊሊጶስ
4. ሮም- ቅለመንጦስ ብዓል ሮምን ኣብ እብ፡ 13፡ 24 ኢጣልያ ስለ ዝተጠቕሰትን
5. ስጳንያ- እዚ ናይ ኒቆላስ ብዓል ላይራ (1270 - 1340 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ) ክልሰ ሓሳብ እዩ ነይሩ።

***ዕለት***

*ሀ. ልክዕ ቀቅድሚ ዕንወት የሩሳሌም ኣብ* 70 *ዓመተ ምህረት ብሮማዊ ጀነራል* (*ዳሕራይ ሃጸይ*) *ቲቶስ*

1. *እቲ ጸሓፊ ንመኻይድቲ ጳውሎስ ዝኾነ ጢሞቴዎስ ብስሙ ስለ ዚጠቕሶ* (እብ፡ 13፡ 23)
2. *እቲ ጸሓፊ፡ መስዋእትታት ኣብ ቤተ መቕደስ ይቕጽሉ ኸም ዝነበሩ ስለ ዚጠቅስ* (እብ፡ 8፡ 13፤ 10፡ 1- 2)
3. *እቲ ጸሓፊ፡ ንናይ ኔሮ ዘመን* (54 - 68 *ድሕሪ ልደት ክርስቶስ*) *ዚመስል ናይ እምነት መከራ ስለ ዚጠቅስ*
4. *እቲ ጸሓፊ ነቶም ነበብቲ ናብ እምነት ኣይሁድነትን ስርዓታቱን ከይምለሱ ስለ ዘተባብዖም*

*ለ. ድሕሪ* 70 *ዓመተ ምህረት* (*ድሕሪ ልደት ክርስቶስ*)

1. *እቲ ጸሓፊ ናይ ቤተ መቕደስ ሄሮድስ ስርዓታት ዘይኮነስ ናይ ድንኳን ስርዓታት ይጠቅስ*
2. *እቲ ጸሓፊ መከራ ይጠቅስ*
   *ሀ. ምናልባት ኣብ ትሕቲ ኔሮ ዘጋጠመ* (እብ፡ 10፡ 32 - 34)

   *ለ. ምናልባት ዳሕራይ ኣብ ትሕቲ ዶሚትያን ዝኾነ* (እብ፡ 12፡ 4 - 13)
3. *መልእኽቲ እብራውያን ምስቲ ኣብ መወዳእታ ቐዳማይ ክፍለ ዘመን ዝኾነ ናይ መምህራን ኣይሁድ ሃይማኖታዊ ምንቕቓሕ* (*ናይ ጃምንያ ጽሑፋት*) *ዚዛመድ ኪኸውን ይኽእል።*

*ሐ. ቅድሚ* 95 *ድሕሪ ልደት ክርስቶስ፡ ምኽንያቱ እቲ መልእኽቲ ብቅለመንጦስ ብዓል ሮም ስለ እተጠቕሰ።*

***ዕላማ***

*ሀ. እቶም ኣይሁድ ክርስትያናት፡ ንቤተ መቕደስ ሓዲጎም ምሉእ ብምሉእ ምስ ቤተ ክርስትያን ኪውግኑ ምትብባዕ ይወሃቦም* (እብ፡ 13፡ 13)*።*

*ለ. እቶም ኣይሁድ ክርስትያናት፡ ናይ ኣገልግሎት ወንጌል ሓላፍነት ኪወስዱ ምትብባዕ ይግበረሎም* (*ማቴ፡* 28፡ 19 - 20፥ *ሉቃ፡* 24፡ 47፥ *ግብ፡* 1፡ 8)*።*

*ሐ. እቶም ምስዞም ኣይሁድ ክርስትያናት ዝሓበሩ ዘይኣመንቲ ኣይሁድ ናይ ምዕራፋት* 6*ን* 10*ን ቀንዲ ኣተኩሮ እዮም። ህላወ ናይ ሰለስተ ጉጅለታት ኣስተብህል፡ "ንሕና" "ንስኻትኩም" "ንሳቶም" ዜስምዑ ኣበሃህላታት። እዞም ዘይኣመንቲ ኣይሁድ ነቲ ኣብ ህይወት ምስኣቶም ዘምልኹ ክርስትያናት ብጾቶም ዝረኣይዎ ማእለያ ዘይብሉን ንጹርን ጭብጢ በብውልቆም መልሰ-ግብሪ ኺህቡ መጠንቀቕታ ይወሃቦም።*

መ. እዚ ዚስዕብ ግምታዊ ናይ ታሪኽ ህንጸት ካብ ናይ ኣር. ሲ. ግለይዝ ጁንየር ኖ ኢዚ ሳልቨሽን ዝተወሰደ እዩ

"እቲ ሽግር ኣብ መንጎ እቶም ብዙሓት ክርስትያናትን ሒደት ዘይክርስትያናትን ዝነበረ ውጥረት ኣይኮነን። ብኣንጻሩ እዩ ነይሩ እቲ ሓቂ። እቶም ኣይሁድ ክርስትያናት ናይዚ ጉባኤዚ ንእምነቶምን መጋቢነቶምን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣእትዮሞም ስለ ዝነበሩ እዩ እቶም ክልተ ጉጅለታት ኣብ ሓደ ጉባኤ ኼምልኹ ዝኽኣሉ። ዋላ ሓደ ጉጅለ ንሕልና እቲ ኻልኣይ ጉጅለ ብዙሕ ኣየሸገሮን። ናይቶም ጉጅለ ክርስትያናት ስብከት ነቶም ዘይደሓኑ ኣባላት እቲ ቤተ መቕደስ ናብ ንስሓን ውሳኔን ከምጽኦም ኣይከኣለን። እቶም ክርስትያናት ነቲ ናይ ተባዕ ክርስትያናዊ ህይወት ምሉእ ድሌት ኪቕበሉ ፍቓደኛታት ብዘይምኳኖም ደስኪሎም ነይሮም። እቶም ዘይኣመንቲ ምሉእ ብምሉእ ዘይግድሶም ክሳዕ ዝኾኑ ብቐጻሊ እምቢ ምባል ትሪ ልቢ ወሪድዎም ነበረ። እዞም ክልተ ጉጅለታት እምበኣር ዚሳነዩ መዳቕስቲ ኾይኖም።

እቲ ጉጅለ ክርስትያናት "ናብ ፍጻሜ ንምሕላፍ" (እብ፡ 6፡ 1) ዝነበሮ ሰጋእ መጋእ ካብ ክልተ ኽስተታት ዝነቐለ እዩ፡ ንባህልታት ኣይሁድነት ልዑል ክብሪ ኻብ ምሃብን ምስ ክርስትና ምሉእ ብምሉእ ብምውጋን ንዚኽፈል ዋጋ ንምኽፋል ፍቓደኛ ካብ ዘይምኳንን። ኣብዚ ግዜዚ ክርስትና መመሊሱ ናይ ኣህዛብ (ዘይኣይሁድ) እምነት እናኾነ እዩ ዚኸይድ ነይሩ " (ገጽ 23)።

ናይ መልእኽቲ እብራውያን ሓጺር ዝርዝር

1፡ 1- 3 ልዕልና ወዲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ነብያት

1፡ 4- 2፡ 18 ልዕልና ወዲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ መላእኽቲ

3፡ 1- 4፡ 13፤ ልዕልና ወዲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሕጊ ሙሴ

4፡ 14- 5፡ 10

6፡ 13- 7፡ 28 ልዕልና ወዲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኽህነት ኣሮን

5፡ 11- 6፡ 12 ልዕልና ኣመንቲ ኣይሁድ ኣብ ልዕሊ እቶም ዘይኣመንቲ ኣይሁድ

8፡ 1- 10፡ 18 ልዕልና ወዲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ስርዓታት ሕጊ ሙሴ

10፡ 19- 13፡ 25 ልዕልና ወዲ ኣምላኽ ኣብ ኣመንቲ ኸም ዝተጋህደ

እዚ ኣብነት ናይቲ "ዝነኣሰ ናብ ዝዓበየ" ዚብሃል ናይ መምህራን ኣይሁድ ኣተረጓጉማ ጽሑፋት እዩ።

**ቀዳማይ ዑደት ንባብ (ገጽ VI ተመልከት)**

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ብቐዳምነት ነቲ ምትርጓም እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

ንብምሉኡ እቲ መልእኽቲ ብሓደ ግዜ ንበቦ። ብናይ ገዛእ ርእስኻ ቓላት ነቲ ሕንብርቲ ሓሳብ ናይቲ ምሉእ መልእኽቲ ግለጾ።

1. ናይ ብምሉኡ መልእኽቲ ኣርእስቲ
2. ዓይነት ኣጸሓሕፋ

**ካልኣይ ዑደት ንባብ (ገጽ VI ርአ)**

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ብቐዳምነት ነቲ ምትርጓም እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

ንብመላኡ እቲ መልእኽቲ ብሓደ ግዜ ንኻልኣይ ሳዕ ንበቦ። ነቶም ቀንዲ ኣርእስትታት ጽሞቆም፡ ነቲ ኣርእስቲ ኸኣ ብሓንቲ ምልእቲ ሓሳብ ግለጾ።

1. ናይ ቀዳማይ ስነ-ጽሑፋዊ ጥርናፈ ኣርእስቲ
2. ናይ ካልኣይ ስነ-ጽሑፋዊ ጥርናፈ ኣርእስቲ
3. ናይ ሳልሳይ ስነ-ጽሑፋዊ ጥርናፈ ኣርእስቲ
4. ናይ ራብዓይ ስነ-ጽሑፋዊ ጥርናፈ ኣርእስቲ
5. ወዘተ

# እብራውያን 1

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ብቐዳምነት ነቲ ምትርጓም እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

*ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጉም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።*

1. *ቀዳማይ ምዕራፍ*
2. *ካልኣይ ምዕራፍ*
3. *ሳልሳይ ምዕራፍ*
4. *ወዘተ...*

**ናይቲ ሃዋህው (ኹነታት) መረዳእታ**

*ሀ. እታ ቐዳመይቲ ምዕራፍ፡ ናይቲ የሱስ ዝገበሮ ናይ ፍጥረትን ምድሓንን ዓወት ብመልክዕ ቅኔ (መዝሙር) እተዘንቱ ጽሕፍቲ እያ። ንሱ ጎይታ ኹሉ ፍጥረት ብፍላይ ድማ ጎይታ እዛ ዘሎናያ ዓለም እዩ። እዚ ድማ ኣብ ሸውዓተ ዝርዝራውያን ምዕራፋት ይርከብ። እዚ ዝርዝርዚ ኻብቶም መንነት የሱስ ዚትንትኑ ዓበይቲ ኽፍልታት ሓድሽ ኪዳን ሓደ እዩ (ነዚ ኽፍልዚ ምስ ዮሃ፡ 1፡ 1 - 18፥ ፊሊ፡ 2፡ 6 - 11፥ ከምኡ ድማ ቆሎ፡ 1፡ 15 - 17 ኣወዳድሮ)።*

1. *ናይቲ ኣቦ ዝደኮኖ ፍጥረት ወራሲ* (*ጥቕሲ* 2)
2. *ናይቲ ኣቦ ዝገበሮ ፍጥረት ወኪል* (*ጥቕሲ* 2)
3. *ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ናይ ክብሩ ነጸብራቕ* (*ጥቕሲ* 3)
4. *ናይቲ ናይ ኣቦ ባህሪ ልክዕ ምስሊ* (*ጥቕሲ* 3)
5. *ናይቲ ኣቦ ዝፈጠሮ ፍጥረት ኣካያዲ* (*ጥቕሲ* 3)
6. *እቲ ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ፍጥረት ምሕረት ዚረኽበሉ መገዲ* (*ጥቕሲ* 3)
7. *ካብ ኣቦ ዝተላእከ ንግስነትን ክህነትን ዘሎዎ መሲህ* (*ቅቡእ*) (*ጥቕሲ* 3)

*ለ. ጥቕስታት* 1 - 4 *እግዚኣብሄር ብሓድሽ መገዲ ብወዱ ብየሱስ ናዝራዊ ብኸመይ ከም እተዛረበና የብርሃ። ምግላጽ በብሒደት ብኣገልገልቲ* (*ናይ ብሉይ ኪዳን ነብያት*) *ጥራይ ኣይኮነን ዚወሃብ። በቲ ኣባል ስድራቤት ኣምላኽ ዝኾነ ወዱ ኸኣ ምሉእ ምግላጽ ተዋሂቡና ኣሎ* (*ኣነጻጽር፡ እብ፡* 1፡ 2፤ 3፡ 6፤ 5፡ 8፤ 7፡ 28)።

ሐ. እታ ኻልኣይቲ ጕጅለ ጥቕስታት (ጥቕስታት 5 - 14) ነቲ ናይ ልዕልና ክርስቶስ ኣርእስቲ ትቕጽሎ። ኣብ ጥቕስታት 1 - 4 የሱስ ክርስቶስ ካብ ነብያት ዝበለጸ ምግላጽ ምዃኑ ንርኢ፡ ኣብ ጥቕስታት 5 - 14 ካብ መላእኽቲ ዝበለጸ ኣማላዲ እዩ። ነዚ ዘረጋግጹ እዞም ዚስዕቡ ጽሑፋት ከኣ ካብቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ ግሪኽ ትርጕም (ሰፕትዋጂንት) ተጠቒሶም ንረክብ (መዝ፡ 2፡ 7፥ 2ሳሙ፡ 7፡ 14፥ መዝ፡ 97፡ 7፥ መዝ፡ 104፡ 4፥ መዝ፡ 45፡ 6 - 7፤ 102፡ 25 - 27 ከምኡውን መዝ፡ 110፡ 1)።

መ. እቲ ጸሓፊ ብዕላማ ነዚ መልእኽቲ እብራውያን ብሓደ ኣሰራርዓ ጽሒፍዎ ንረኽቦ (ኣብ ላዕሊ ኣብ ሀን ሐን ከም እንርእዮ)። ሸውዓተ፡ ኣብቲ ናይ ኣይሁድ ናይ ቍጽሪ ኣተረጓጕማ ምልኣት ወይ ፍጽምና እተመልክት ቍጽሪ እያ (ከምተን ናይ ዘፍ፡ 1 ሸውዓተ መዓልታት)።

**ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ**

**እብ 1: 1 - 4**

**"ኣምላኽ ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን ቀደም ነቦታትና ብነብያት ገይሩ ምስ ተዛረቦም። ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት ንኣና በቲ ወራሲ ኵሉ ዝገበሮ ብእኡውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና። ንሱ ናይ ክብሩ ነጸብራቕን ቅርጺ ባህርዩን ከሎ። ኵሉውን ብሓይሊ ቓሉ ጸዊሩ ኸሎስ። ምንጻህ ሓጢኣትና ምስ ገበረ። ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ ተቐመጠ፣ ካብቶም መላእኽቲ ብዙሕ ዚበልጽ ስም ብዝወረሶ መጠን ክሳዕ ክንድዚ ኻባታቶም በለጸ፣"**

1፡ 1 "**ኣምላኽ ... ምስ ተዛረቦም**" ኣብቲ ናይ ግሪኽ ጽሑፍ ኣምላኽ ኣብ ቅድሚት ከም መእተዊ ኣይንረኽቦን ኢና። ምኽንያቱ እዚ ጥቕስዚ ንምግላጽ እግዚኣብሄር ኬብርህ ዝተጻሕፈ ጥቕሲ ኣይኮነን። እቲ ዕላማኡ እቲ ምግላጽ ኣብ ሕሉፍ ግዜ በየናይ መገዲ ኸም ዝመጸ ንምዝኽኻር እዩ።

▣ "ብነብያት" ኣይሁድ ንቅዱስ ጽሑፋት ነብያት ከም ዝጸሓፍዎ እዮም ዚኣምኑ ነይሮም። ስለዚ እዩ ኸኣ ሙሴ ነብዪ ዚሕሰብ ዝነበረ (ዘዳ፡ 18፡ 15)። ከምኡውን ኣይሁድ ነቶም ካብ መጽሓፍ እያሱ ኽሳብ መጻሕፍቲ ነገስት ዘሎዉ ታሪኻውያን መጻሕፍቲ ኸም "ቀዳሞት ነብያት" ይጽውዕዎም። ስለዚ እዛ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ጥቕሲ ነቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ነብያት ጥራይ ዘይኮነትስ፡ ንኹሎም ጸሓፍት ብሉይ ኪዳን እያ እተጠቓልል።

"ብነብያት" (ጥቕሲ 1) "ብወዱ" (ጥቕሲ 2) ዚብላ ቓላት ተነጻጻርቲ (ተወዳደርቲ) እየን። ነቶም ክልተ ጕጅለታት ምግላጽ ዜወዳድራ ቓላት እየን። እቶም ሓደ ጕጅለ ኣገልገልቲ እዮም፡ እቲ ኻልኣይ ጕጅለ ግን ኣካል ስድራ ቤት ኣምላኽ እዩ። እቲ ቐዳማይ ምግላጽ ከፊላዊ (ዘይምሉእ) እዩ ነይሩ፡ እቲ ኻልኣይ ግን ፍጹም እዩ (ቆሎ፡ 1፡ 15 - 17)።

▣ **"ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን" (ጥቕሲ 1)**

*እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ምግላጽ ብቕርጹን ትሕዝቶኡን ብምቃላት እዩ ተዋሂቡ። እዛ "ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን" እትብል ሓረግ ኣብቲ ናይ ግሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ቅድሚት ተጻሒፋ ንረኽባ። ነቲ ናይቲ ጸሓፊ ኣተኩሮ ንምእማት ክትጠቅም ተባሂላ እያ። ነፍስ ወከፍ ናይ ብሉይ ኪዳን መጽሓፍ ኣገዳሲ ግናኸ ከፊላዊ መልእኽቲ እዩ ነይርዋ።*

**እብ፡ 1፡ 2 "ኣብዘን ዳሕሮት መዓልታት"** *እዚ ዘመንዚ ብዙሓት ስማት ኣሎውዎ፡-*

1. "*ዳሕሮት መዓልታት*" *ዘሁ፡* 24፡ 14*ለ፥ ዘዳ፡* 8፡ 16፥ *ዳን፡* 2፡ 28፤ 10፡ 14፥
2. "**ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት**" **ኤር፡** 23፡ 20፤ 30፡ 24፤ 49፡ 39፥ **ህዝ፡** 38፡ 8፤ 35፡ 16፥ **ሆሴ፡** 3፡ 5፥ **ዮኤ፡** 2፡ 28 (**ግብ፡** 2፡ 17) ፥ **ዮሃ፡** 6፡ 39፤ 6፡ 40፤ 6፡ 44፤ 6፡ 54፤ 11፡ 24፤ 12፡ 48፥ 2**ጢሞ፡** 3፡ 1፥ **ያቆ፡** 5፡ 3
3. "*ዳሕራይ ዘመን*" 1**ጴጥ፡** 1፡ 5
4. "*መወዳእታ ዘመን*" 1**ጴጥ፡** 1፡ 20
5. "*ዳሕሮት መዓልታት*" 2**ጴጥ፡** 3፡ 3
6. "*ዳሕረይቲ ሰዓት*" 1**ዮሃ፡** 2፡ 18

*ኣብ መወዳእታ እተን ዳሕሮት መዓልታት፡ "መዓልቲ ጎይታ" ኽትህሉ እያ (ማቴ፡* 13፡ 39፤ 13፡ 40፤ 24፡ 3፤ 28፡ 20፥ *እብ፡* 9፡ 26)።

*እቶም ኣብ መንጎ ኽልተ ኺዳናት መጽሓፍ ቅዱስ (ብሉይን ሓድሽን) ዝነበሩ ኣይሁድ፡ ክልተ ዘመናት ኣርኪቦም። እቲ ናይ መጀመርያ ኻብ ዘፍጥረት* 3 *ዝጀመረ ናይ ዕልወት (ሓጢኣት) ዘመን ኪኸውን እንከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ድማ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ፡ እቲ መሲህ (ቅቡእ) የሱስ ክርስቶስ ስለ እተገልጸ ዝተበሰረ ዘመን እዩ። ብሉይ ኪዳን፡ ዝበዝሐ ግዜ ምምጻእ እቲ መሲህ ብሓይልን ብፍርድን ዚግበር ሓድሽ ዘመን ከም ዚኸውን እዩ ተዛሪቡ። ግናኸ መጀመርያ እቲ መሲህ ኸምቲ ናይ ኢሳይያስ* 53 *"ዚስቀ ባርያ" ኾይኑ ኸም ዚግለጽ ብንጹር ኣይተዛረበን። ወይውን ከምቲ ኣብ ዘካርያስ* 9፡ 9 *"…መድሓንን ትሑትን እዩ፡ ኣብ ኣድጊ፡ ኣብ ጻዕብ ኣድጊ ተወጢሑ ናባኺ ይመጽእ ኣሎ"፡ ከምቲ ኣብ ዘካ፡* 12፡ 10 *"ነቲ ዝወግእዎ" ዝበሎ ዝበዝሐ ሳዕ ኣይተዛረበን። በቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን እንርእዮ እናማዕበለ ዚመጽእ ምግላጽ ግና፡ እግዚኣብሄር ክልተ ምምጻእ ናይቲ መሲህ ከም ዝመደበ ንግንዘብ። ኣብ መንጎ እቲ ኣምላኽ ሰብ ዝኾነሉ ቐዳማይ ምጽኣትን እቲ ብሕጂ ዚኸውን ካልኣይ ምጽኣትን ዘሎ ዘመን እቲ ንኽልቲኦም ናይ ኣይሁድ ዘመናት ዜራኽብ እዩ። እዚ ዘመንዚ እምበኣር ብቛንቋ ሓድሽ ኪዳን እተን ዳሕራይ መዓልታት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብዘን ዳሕሮት መዓልታት እምበኣር ክልተ ሽሕ ዓመታት ጸኒሕና ኣሎና።*

**ኣርእስቲ: እዚ ዘመን እዝን እቲ ዚመጽእ ዘመንን**

እቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ነብያት: ንመጻኢ ኸም መቐጸልታ ናይቲ ህሉው ዘመን እዮም ዚርእይዎ ዝነበሩ፣ ንዓኣቶም እቲ መጻኢ: እስራኤል መሬታዊ ግዝኣታ እትጎናጸፈሉ ግዜ እዩ ነይሩ፣ ሓድሽ ዘመን ይረኣዮም ነበረ (ኢሳ: 65: 17፤ 66: 22)፣ ኣይሁድ ዋላ ኻብ ናይ ባቢሎን ስደት ተመሊሶም ንኣምላኽ ኣብርሃም ብተደጋጋሚ ምስ ጠለምዎ: ኣብቶም ኣብ መንጎ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ኣዋልድ (ኣፖክሪፋ) ሓድሽ ስርዓት ኣጸሓሕፋ ተራእዩ (1 ሄኖክ: 4 እዝራ: 2 ባሮክ)፣ እዞም ጽሑፋት እዚኣቶም: ነቲ ዝነበርዎ ዘመን: ሰይጣን ዝነገሰሉ ናይ ክፍኣት ዘመን: ነቲ ዚመጽእ ዘመን ከኣ መንፈስ ቅዱስ ዝወረሶ ብመሲህ ዚእወጅ ናይ ጽድቂ ዘመን ይብልዎ ነበሩ፣ ነቲ መሲህ ከኣ ከም ብርቱዕ ተዋጋኢ ይሓስብዎ ነበሩ፣

እምበኣር ኣብዚ ብዛዕባ መጻኢ ዚትንትን ትምህርቲ ስነ-መለኮት (ኣስካቶሎጂ) ሓደ ርኡይ ምዕባለ ተመዝጊቡ፣ ነዚ ምዕባለዚ ናይ ስነ-መለኮት መምህራን: "ገስጋሲ (እናዓበየ ዚኸይድ) ምግላጽ" ይብልዎ፣ ሓድሽ ኪዳንውን ነዚ ኣብ ዓለም ዝተራእየ ናይ ክልተ ዘመናት ምድርራብ (ግዜያዊ ኽልተኣውነት) የረጋግጽ፣

| የሱስ | ጳውሎስ | እብራውያን |
|---|---|---|
| ማቴ: 12: 32<br>ማቴ: 13: 22 29<br>ማር: 10: 30<br>ሉቃ: 16: 8 30<br>ሉቃ: 18: 30<br>ሉቃ: 20: 34 — 35 | ሮሜ: 12: 2<br>1ቆሮ: 1: 20፤ 2: 6,8፤ 3:18<br>2ቆሮ: 4: 4<br>ገላ: 1: 4<br>ኤፌ: 1: 21፤ 2: 1, 7፤ 6: 12<br>1ጢሞ: 6: 17<br>2ጢሞ: 4: 10 ቲቶ: 2: 12 | 1: 2<br>6: 5<br>11: 3 |

ኣብ ሓድሽ ኪዳን እዞም ክልተ ዘመናት ኣይሁድ ተደራሪቦም ንረኽቦም፣ እቲ ምኽንያት ከኣ ኣይሁድ ዘይተጸበይዎን ዘየድሃቡሉን ትንቢት: ናይቲ መሲህ ምጽኣት ክልተ ግዜ ስለ ዝኾነ እዩ፣ የሱስ ሰብ ኮይኑ ብምምጻኡ: ንመብዛሕትኡ እቲ ብዛዕባ ሓድሽ መዋእል ዝነበረ ናይ ብሉይ ኪዳን ትንቢታት ፈጺምዎ (ዳን: 2: 44 - 45)፣ ግናኸ ብሉይ ኪዳን እቲ መሲህ ከም ፈራድን መላኽን ከም ዚመጽእውን ተነብዩ ነይሩ እዩ፣ ግናኸ ንሱ ኸም ትሑት ባርያ ኾይኑ ተገሊጹ (ኢሳ: 53፥ ዘካ: 12: 10): ትሑትን ዓቃልን (ዘካ: 9: 9)፣ ከምቲ ብሉይ ኪዳን ተነብዩዎ ዝነበረ: የሱስ ብሓይሊውን ኪገሃድ እዩ (ራእ: 19)፣ እዚ ናይ ክልተ መድረኽት ፍጻመ ትንቢታት: እታ መንግስቲ ክርስቶስ ኣብዚ ግዜዚ ኸም ዘላ (ከም ዝተኣወጀት) ግናኸ ኣብ መጻኢ ኸም እትዛዘም ይገብራ፣ እዚ ነቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዘሎ ናይ ድሮ ዝኾነ ግናኸ ገና ዘይተመልአ መንግስቲ ውጥረት የርእየና፣

▣ **"ወዱ"** እዚ ስምዚ ንየሱስ ክርስቶስ መዓርጉ ኾይኑ ኣይኮነን ኣብዚ ጽሑፍዚ ቐሪቡ ዘሎ። ቀንዲ ዓላማኡ ነቲ ኣመጻጽኣ የሱስ ንምግላጽ እዩ (እብ፡ 3፡ 5 - 6፤ 5፡ 8፤ 7፡ 28)። የሱስ ከም ሙሴ ወይ ከም ነብያት ዝበለ ኣገልጋሊ ኣይኮነን። ንሱ ኣባል ስድራቤት ኣምላኽ እዩ፡ ውሉድ እዩ።

▣ **"ወራስ ኵሉ ዝገበሮ"** እዚ ኣብ ሕሉፍ ግዜ ዝተፈጸመ ነገር እዩ ዜመልክት። እግዚኣብሄር መኣስ እዩ ንየሱስ ወራሲ ዝገበሮ? ኣብ ጥምቀቱ ድዩ (ማቴ፡ 3፡ 17) ወይስ ኣብ ትንሳኤኡ (ሮሜ፡ 1፡ 4)? እዚ ሕቶዚ ሓደ ግጉይ ትምህርቲ ኣስዒቡ። ንሱ ድማ የሱስ ኣብ ሓደ ፍሉጥ እዋን እዩ መሲህ ኮይኑ ዚብል "ኣዶፕሽኒዝም" ተባሂሉ ዚጽዋዕ ናይ ሓሶት ትምህርቲ እዩ። እዚ ትምህርትዚ ግን ምስ ዮሃ፡ 1፡ 1 -18፤ 8፡ 57 - 58፥ ፊሊ፡ 2፡ 6 - 7 ቆሎ፡ 1፡ 17 ዚጻረር እዩ። የሱስ ኵሉ ግዜ እዩ ኣምላኽ ነይሩ (ዮሃ.1፡ 1- 2)። ስለዚ ናይ የሱስ ወራሲ ምዃን ቅድሚ ሰብ ኮይኑ ናብ ዓለም ምምጽኡ ዝነበረ ባህርዩ እዩ።

▣ **"ወራስ ኵሉ"** ወዲ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ፍሉይ ወዱ ስለ ዝኾነ (ዮሃ፡ 3፡ 16)፡ ንሱ ወራሲ እዩ (ማቴ፡ 21፡ 33 - 46፥ መዝ፡ 2፡ 8)። እቲ ዜገርም ጕዳይ ግን እቲ ሓጥእ ዝኾነ ወድሰብ ብየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ምስ ክርስቶስ ወራሲ ምዃኑ እዩ (እብ፡ 1፡ 14፤ 6፡ 12፥ ሮሜ፡ 8፡ 17፥ ገላ፡ 4፡ 7)።

▣ **"ብእኡውን ዓለም ዝፈጠረ"** ተመሳሰልቲ ቓላት ምትርጓም ኣሸጋሪ እዩ። ካብ ዘይነበረ ፍጥረት ፈጠረ ንምባል እታ ኣብ ቋንቋ ግሪኽ ዘላ ተክኒካዊት ቃል "ክቲዞ" እያ። ግናኽ ኣብዚ ናይ እብራውያን ጥቕሲ እታ "ዝፈጠረ" እትብል ቃል ብግሪኽ "ፖዮ" እያ ተባሂላ ዘላ። "ፖዮ" ማለት ዝነበረ ነገር ተጠቒምካ ምፍጣር ማለት እዩ። እሞ እዚ ናይ እብራውያን ጸሓፊ ነዘን ክልተ ቓላት ከም ተመሳሰልቲ ድዩ ዚጥቀመለን ዘሎ ወይስ ዝተፈልየ ነገር ንምሕባር ሓሲኑ እዩ? እቲ ጸሓፊ ተክኒካዊ ፍልልይ ሓሲቡ እዩ ኽንብል ኣይንኽእልን። ምኽንያቱ እቲ ኣርእስቲ መጀመርያ ፍጥረት ብቓል እግዚኣብሄር (ብግሪኽ ኤግዝ ኒሀሎ) ዝተፈጥረሉ ግዜ ስለ ዜመልክት (ዘፍ፡ 1፡ 6፤ 9፤ 16፤ 20፤ 24፤ 26፡ ኣብ ዘፍ፡ 2፡ 7 ግን እግዚኣብሄር ሰብ ፈጢሩ)። ጆን ዋልተን ዝጸሓፎ "ዘ ሎስት ወርልድ ኦቭ ጀነሲስ ዋን" ንበባ።

እቲ "ዓለም" ዚብል ቃል "ዘመናት" (ብግሪኽ ኣየኖስ) ማለት እዩ። እዚ ድማ ንምድሪ (ማቴ፡ 28፡ 20) ወይ ከኣ ንናይ ግዜ ዘመናት የመልክት። የሱስ ብርግጽ ናይ ክልቲኡ ፈጣሪ እዩ (ዮሃ፡ 1፡ 3፥ ቆሎ፡ 1፡ 16፥ 1ቆሮ፡ 8፡ 6)። እቲ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ጸሓፊ "ዓለም" ንምባል ኣየኖስ (እብ፡ 1፡ 2፤ 6፡ 5፤ 11፡ 3) ይጥቀም፡ ከምኡ ድማ ኮስሞስ (እብ፡ 4፡ 3፤ 9፡ 26፤ 10፡ 5፤ 11፡ 7፤ 38) ይጥቀም። ንኽልቲኦም ቃላት ከም ተመሳሰልቲ ይጥቀመሎም።

**እብ፡ 1፡ 3 "ናይ ክብሩ ነጸብራቕ"**

እዛ ነጸብራቕ እትብል ቃል ብግሪኽ "ኣፖጋዝማ" እያ እትብሃል። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ከኣ ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ ጥራይ ኢና እንረኽባ። ኣብ ናይ ፊሎ (ጥንታዊ ኣይሁዳዊ ፍላስፋን ጸሓፍን) ጽሑፋት፡ እዛ ቓልዚኣ ናይ መሲህ ርክብ ምስ ኣቦ ንምግላጽ ኣብ ጥቕሚ ውዒላ ኣላ፥ እቲ ቓል ናይ ኣምላኽ

ነጸብራቕ ነበረ ድማ ትብል። እቶም ኣብ ግሪኽ ዝነበሩ ቐዳሞት ኣቦታት ቤተ ክርስትያን ነታ ቓል፡ ክርስቶስ ብሩህ ነጸብራቕ ኣቦ እዩ ንምባል ይጥቀሙላ ነበሩ። ብልሙድ ኣበሃህላ ድማ ከምቲ ናይ ብርሃን ጸሓይ ነጸብራቕ ኣብ መስትያት እንርእዮ፡ ንየሱስ ምርኣይ ማለት ከኣ ንኣቦ ምርኣይ እዩ (ዮሃ፡ 14፡ 8 - 9)። እታ ብእብራይስጢ "ክብሪ" እትትርጎም ቃል "ካቦድ" እያ። እዛ ቓል እዚኣ ብዙሕ ግዜ ብርሃን ወይ ነጸብራቕ ኮይና ትዓዪ እያ (ዘጸ፡ 16፡ 10፤ 24፡ 16 - 17፥ ዘሌ፡ 9፡ 6)።

እዚ ኣጠቓቕማ ቓላትዚ ምስቲ ኣብ ምሳ፡ 8፡ 22 - 31 ዘሎ ኣገባብ ከነመሳስሎ ንኽእል። ኣብዚ ጥቕስዚ፡ እታ "ጥበብ" እትብል ቃል (ብግሪኽን እብራይስጥን ኣንስታይ ጾታ እዩ ዘሎዋ) ከም ናይ እግዚኣብሄር ናይ መጀመርያ ፍጥረት ኮይና ሰብነት ለቢሳ ንረኽባ (ኣብቲ ኣካል መጽሓፍ ኣዋልድ ዝኾነ መጽሓፍ ሲራክ 1፡ 4 እውን ኣላ)፡ ከምኡ ድማ ናይ ምፍጣር መሳርሒ ኾይና ንረኽባ (ኣብ መጽሓፍ ኣዋልድ ዝኾነ ጥበብ ሰሎሞን 9፡ 9ውን ከምዘሎ)። እዚ ኣገባብዚ ኣብቲ ናይ መጽሓፍ ኣዋልድ ጥበብ ሰሎሞን 7፡ 15 - 22ሀ ከምኡውን 22ለ - 30 እውን ንርእዮ። ኣብ ምሳ፡ 8፡ 22 ጥበብ ባዕላ ንኹሉ ነገር ትህንድሶ። ኣብ ምሳ፡ 8፡ 25 ጥበብ፡ ካብ ክብሪ እቲ ኹሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር ዝተወልደት ምኻና ንርዳእ። ኣብ ጥቕሲ 26 ጥበብ ነጸብራቕ ዘለኣለማዊ ብርሃን፡ ናይ ስራሕ ኣምላኽ ኣበር ዘይብሉ መስትያት እያ፡ ኣብ ጥቕሲ 27 ጥበብ ልዕሊ ጸሓይን ከዋኽብትን ምኻና ትርእ።

እታ ኣብ ብሉይ ኪዳን ክብሪ እትትርጎም ናይ እብራይስጢ ቓል "ካቦድ" መጀመርያ ናይ ንግዲ ቓል እያ ነይራ። ክብደት ዚብል ትርጉም ስለ ዝነበራ መስፈሪ ሚዛን ንምግላጽ ተገልግል ነበረት። ከቢድ ነገር ዋጋ ወይ ባህርያዊ ክብሪ ዘሎዎ ተገይሩ ይሕሰብ ነበረ። ምስዛ ቓል እዚኣ "ነጸብራቕ" ዚብል ቃል ተወሲኹ፡ ኣብቲ ጉዕዞ ናይ እስራኤላውያን ኣብ ምድረ በዳ ግርማ እግዚኣብሄር ንምግላጽ የገልግሉ ነበሩ (ሽኪና ወይ ደበና ኽብሪ)። እግዚኣብሄር በይኑ ኽቡርን ክብሪ ዚግብኦን እዩ። ካብ ነጸብራቕ ክብሩ ዝተላዕለ እቲ ሓጥእ ወድሰብ ኪጥምቶ ኣይክእልን። እግዚኣብሄር ብመገዲ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ኺጥመት ዚከኣል (ማቴ፡ 17፡ 2፥ እብ፡ 1፡ 3፥ ያቆ፡ 2፡ 1)።

እታ "ክብሪ" እትብል ቃል በበይኖም ትርጉማት ክህልውዋ ይኽእሉ፡- 1. "ጽድቂ ኣምላኽ" ክትትርጎም ትኽእል 2. "ቅድስና" ወይ "ፍጽምና" እግዚኣብሄር ኬተመልክት ትኽእል ወይ ከኣ 3. ነቲ ሰብ ዝተፈጥረሉ ዳሕራይ ግን ብሓጢኣት ዝተደወነ (ዘፍ. 3፡ 1-22) ምስሊ ወይ መልክዕ ኣምላኽ (ዘፍ፡ 1፡ 26 - 27፤ 5፡ 1፤ 9፡ 6) ክትሕብር ትኽእል።

▣ **"ቅርጺ ባህርዩ"** እዛ ሓረግዚኣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብዚ ቦታዚ ጥራይ ኢና እንረኽባ። ኣብ ናይ ፊሎ ጽሑፋት ግን ብዙሕ ሳዕ ተጋጥም። እታ ንእኣ እትውክል ናይ ግሪኽ ቃል፡ መቕረጺ ወይ መውቀሪ መሳርሒ ዚብል ትርጉም ኣሎዋ። ዳሕራይ ግን ትርጉማ ነቲ እታ መሳርሒ እትፈጥሮ ቕርጺ ተዋሂቡ። የሱስ ናይ ኣምላኽ ነጸብራቕ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ ፍጹም ቅርጺ ኣምላኽ እዩ (ዮሃ፡ 14፡ 9)።

ነቲ ክርስቶስ ምስ ኣቦ ዘሎዎ ዝምድና ዚገልጻ ኽልተ ናይ ግሪኽ ቓላት ኣሎዋ፡- 1. ኢኮን፡ ትርጉማ ምስሊ እዩ (2ቆሮ፡ 4፡ 4፥ ቆሎ፡ 1፡ 15) 2. ካራክተር (እብ፡ 1፡ 3)። እታ ቐዳመይቲ፡ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ተደጋጊማ ንረኽባ። ብትርጉም ግን እታ ኻልኣይቲ ትተርር። እቲ ፍጹም ምስሊ ዚብል

ትርጕም ኣሎዋ። ኣምላኽ እንታይ ይመስል? ልክዕ ንየሱስ በዓል ናዝሬት ይመስል። የሱስ ናይቲ ዘይርአ ኣምላኽ ፍጹምን ምሉእን ምግላጽ እዩ።

▣ **"ኵሉውን … ጸይሩ ኸሎስ"** እዛ ቓል ብግሪኽ "ፈሮ" ትብሃል። እቲ ልሙድ ትርጕማ ኸኣ "ጾረ" ወይ "ተሰከመ" እዩ። ኣብዚ ጥቕስዚ ግን "ኣጽንዐ"፡ "ሓለወ"፡ "ተኸናኸነ" ማለት እያ። እዚ ትርጕማዚ ኸኣ ኣምላኻዊ ሓልዮት የመልክት (ቆሎ፡ 1፡ 17፡ ከምኡውን ጥበብ ሰሎሞን፡ 8፡ 1)። የሱስ ንኣድማስ በቲ ኻብ ኣፉ ዝወጸ ቓሉ (ዘፍ፡ 1) ፈጢርዎ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሕጂውን ንሱ እዩ ሓልዩ ዘንብሮ ዘሎ። እታ "ፈሮ" እትብል ናይ ግሪኽ ቃል "ፈጠረ" ውን ክትከውን ትኽእል እያ።

▣ **"ብሓይሊ ቓሉ"** ኣብ ኣተሓሳስባ ኣይሁድ፡ ሓይሊ እግዚኣብሄር በቲ ዚዛረቦ ቓሉ እዩ ዚግለጽ። እቲ ኹሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር (ኤሎሂም) ብዘረባኡ እዩ ዚፈጥር (ዘፍ፡ 1፡ 3፤ 6፤ 9፤ 14፤ 20፤ 24)። ናይ እግዚኣብሄር ቃል በይኑ ድላዩ ኺፍጽም ሓይሊ ዘሎዎ እዩ (ኢሳ፡ 55፡ 11)። ክርስቶስ የሱስ ኣብ ዮሃ፡ 1፡ 1 "እቲ ቓል" ተባሂሉ ዘሎ ብኣጋጣሚ ኣይኮነን።

▣ **"ምንጻህ ሓጢኣትና ምስ ገበረ"** እዛ ሓሳብዚኣ እቲ ገባሪ ወይ በዓል ተግባር መን ምዃኑ እያ እተጉልሕ። ድሮ ንዝተፈጸመ ተግባር እያ ኸኣ እተመልክት (እብ፡ 7፡ 27፤ 9፡ 12፤ 28፤ 10፡ 10)። የሱስ ኣብ ክንዲ ሓጥእ ወድ ሰብ ዋጋ ኸፊሉ ኣሎ (ማር፡ 10፡ 45፥ 2ቆሮ፡ 5፡ 21)።

እታ ምንጻህ እትብል ቃል ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብዙሓት መግለጺታት ኣሎውዋ።

1. ናይ ሕጊ ምንጻህ (ሉቃ፡ 2፡ 22፤ 5፡ 14፥ ዮሃ፡ 2፡ 6)
2. ናይ ስጋ ፈውሲ (ማር፡ 1፡ 44)
3. ናይ ሓጢኣት ሕድገት (እብ፡ 1፡ 3፥ 2ጴጥ፡ 1፡ 9)። ዊልያም ዲ. ማውንስ ኣብታ 'ኣናሊትካል ለክሲከን ቱ ዘ ግሪክ ኒው ተስታመንት' እትብል መጽሓፉ ገጽ 257 ከምኡ ተጻሒፉ ኣሎ።

እታ ኣብ እንግሊዝ ዘላ 'ካታሪሲስ' እትብል ቃል፡ ካብዛ ናይ ግሪኽ ቃል እዚኣ እያ ወጺኣ።

ኣብታ ጥቕሲ ዘሎ ንሓጢኣት ዚገልጽ ሓረግ ብኽልተ መገድታት ክንምልከቶ ንኽእል። መጀመርያ እታ ጥቕሲ "ምንጻህ ሓጢኣት ወይ ናይ ሓጢኣት ምንጻህ" እያ እትብል። "ካብ ሓጢኣት ምንጻህ" ኣይኮነትን እትብል። ምኽንያቱ የሱስ ናይ ኵሉ ሓጢኣት ሽግር ኪፈትሕ እዩ መጺኡ። ካልኣይ፡ እቲ ሓጢኣት ሓደ ጥራይ ኣይኮነን። እታ ጥቕሲ ብዙሕ ሓጢኣት እያ እተመልክት። ነቲ ኣዳማዊ ባህሪ ወይ ሱር ሓጢኣት ዘይኮነስ፡ ነቲ ነፍስወከፍ ውልቀሰብ ዚገብሮ ሓጢኣት እያ እትጠቅስ። የሱስ ናይቲ ሕሉፍን ዘሎን በደል ሓጢኣት ሰብ እዩ ኣንጺህዎ።

ካልእ ኣረኣእያውን ኣሎ። ኣብ ናይ ኣሌክሳንድርያ (እስክንድርያ) ጽሑፋት እታ 'ብእኡ' ወይ 'ብርእሱ' እትብል ቃል (ብግሪኽ 'ድያ ኦቱ' እያ)። ኣብቲ ጥቕሲ ኣብ ክንዲ ናቱ (ኦቱ) ኣትያ ንረኽባ። ከምዚ ዝበለ ናይ ኣጸሓሕፋ ጫሌዳ ኣብ 1ዮሃ፡ 5፡ 18ለ እውን የጋጥመና።

እዛ 'ብእኡ' እትብል ቃል ኣብቶም ጥንታውያን ናይ እስክንድርያ ጽሑፋት ኣይትርከብን እያ። ምናልባት እቶም ዓቃባውያን ተርጎምቲ "ብርእሱ ምንጻህ ሓጢኣት ምስ ገበረ" ኢልካ ምትርጓም ነቶም ግኖስቲካት (ምድሓን ዚረኽቡ ፍሉይ ፍልጠት ዘሎዎም ሒደት ሰባት እዮም ኢሎም ዚምህሩ ዝነበሩ መናፍቓን- መምህራን ሓሶት) መማጎቲ ሓሳብ ምሃብ ከይከውን ሰጊኦም ይኾኑ። ስለዚ ኸኣ ኣብ ክንዲ ብርእሱ (ዲ'ኦቱ)፡ ኦቱ ቐይሮሞ ኪኾኑ ይኽእሉ። ብዛዕባ እቶም ዓቃባውያን ተርጎምቲ ዝያዳ ንምፍላጥ፡ ነታ ባርት ዲ. ኢህራም ዝጸሓፋ *ዘ ኦርቶዶክስ ኮራፕሽን ኦቭ ስክሪፕቸር* (ኦክስፎርድ፡ 1993) ምውካስ ኣገዳሲ እዩ።

▣ **"ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ ተቐመጠ"** እዚ ኣበሃህላዚ ናይ የሱስ ስራሕ ከም ዝተወድአን ልዕልና ኽም ዝረኸበን ንምግላጽ ዜገልግል ስእላዊ ኣበሃህላ እዩ (መዝ፡ 110፡ 1፥ ሉቃ፡ 22፡ 69)። እግዚኣብሄር የማናይ ኢድ ዚብሃል የብሉን። እዚ ሓይሊ፡ ስልጣንን ቀዳምነትን ንምግላጽ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዜገልግል ምሳሌኣዊ ኣዘራርባ እዩ። ካብ ካህናት ብሉይ ኪዳን ስራሑ ዝወድአ ኣይነበረን። ምድራዊ ዕዮ የሱስ ግና ተዛዚሙ እዩ። ስለዚ እቲ ኣበሃህላ ብሓደ ወገን ምስ ናይ ካህናት ዕዮ ዝተኣሳሰረ (መዝ፡ 110፡ 4፥ ዘካ፡ 4) ንጉሳውን ግርማውን ምሳሌ እዩ (መዝ፡ 2፡ 45፥ 110፡ 1 - 3)። እቶም ኣብ ምዉት ባሕሪ ዝነበሩ ህዝቢ ኽልተ መሲሃት ኪቕበሉ ይጽበዩ ነይሮም። እቲ ሓደ ኻብ ናይ ካህናት ወገን (ዓሌት ኣሮን፡ ነገድ ሌዊ) ዚመጽእ። እቲ ሓደ ኸኣ ንጉሳዊ (ካብ ወድ እሰይ፡ ነገድ ይሁዳ) ዝኾነ። የሱስ ግና ነቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተዋህቡ ሰለስተ መዓርጋት የማልኦም፡- ነብዩ (ዘዳ፡ 18፡ 18)፡ ካህን (መዝ፡ 110፡ 4)፡ ንጉስ (2ሳሙ፡ 7፡ 13፤ 16፥ መዝ፡ 2፤ 110፡ 1 - 3)።

▣ **"ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ"** እዚ ሓረግዚ ብሓጺር ቃል ኪብሃል ንዚኸእል ሓሳብ ብብዝሕ ዝበሉ ቓላት ኪገልጽ ዚፍትን ሓረግ እዩ። ኣይሁድ ስም ኣምላኽ ብኸንቱ ኸይጽውዑ ይፈርሁ ነበሩ (ዘጸ፡ 20፡ 7)። ስለዚ ኸኣ ብዙሓት መተካእታ ቓላት ይጥቀሙ ነይሮም። ንኣብነት "መንግስተ ሰማያት"፡ ዝፋን ወዘተ ወይ ከኣ ነቲ ብኣምላኽ ዝተገብረ ነገር ጥራይ "እዚ ተገብረ፡ እዚ ተፈጸመ" እናበሉ ይጠቕሱ ነበሩ።

እብ፡ 1፡ 4 እዛ ጥቕሲዚኣ ኣብ መንጎ ጥቕስታት 1 - 3 ከምኡውን ጥቕስታት 5 - 14 እተሰጋግር ድልድል ትመስል።

የሱስ ካብ መላእኽቲ ኽም ዚበልጽ (ሮሜ፡ 8፡ 38 - 39፥ ኤፌ፡ 1፡ 21፥ ቆሎ፡ 2፡ 15)

ዝርእያ ቓላት እተን "ወደይ፡ ውሉድ፡ ወዲ" ከምኡውን "ጎይታ" ዚብላ ቓላት እየን። ኣብ እብ፡ 1፡ 5 ኽልተ ግዜ ኣብ እብ፡ 1፡ 8 ከኣ ሓንሳብ ውሉድ ምዃኑ፡ ኣብ እብ፡ 1፡ 10 "ጎይታይ" (ከምቲ ኣብ ፊሊ፡ 2፡ 10 - 11) ተባሂሉ ኣሎ።

ንዝያዳ ዝርዝር ኣብ ናይ እብ፡ 7፡ 7 መብርሂ ተመልከት።

**እብ። 1። 5 - 14**

**"እስኪ። ካብ መላእኽቲ'ኸ ንመኖም እዩ? ንስኻ ወደይ ኢኻ። ኣነ ሎሚ ወሊድኩኻ። ከም ብሓድሽ ድማ። ኣነ ኣቦ እኾኖ። ንሱውን ውሉድ ይኾነኒ። ዝበሎ? ከም ብሓድሽ ድማ ነቲ በዅሪ ናብ ዓለም ኬእትዎ ኸሎ። ኵላቶም መላእኽቲ ኣምላኽ ይስገዱሉ። ይብል፣ ብዛዕባ መላእኽቲ ኸኣ። መላእኽቱ ንፋሳት።**

ኣገልገልቱውን ሃልሃልታ ሓዊ ዚገብር። ይብል፣ ብዛዕባ ወዱ ግና። ኣታ ኣምላኽይ። ዝፋንካ ንዘለኣለመ ኣለም ይነብር። በትሪ መንግስትኻውን በትሪ ቕንዕና እያ። ጽድቂ ፈቶኻ ዓመጻ ጸላእካ። ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሓለፋ ብጸትካ ብዘይቲ ሓጎስ ቀብኣካ። እዩ ዚብል፣ ድማ። ጎይታይ። ንስኻ ኻብ ቀደም ንምድሪ ሰረትካያ። ሰማያትውን ግብሪ ኣእዳውካ እዮም፣ እዚኣቶም ኪጠፍኡ እዮም። ንስኻ ግና ትነብር። ኵሉውን ከም ክዳን ኪበሊ እዩ፣ ከም ዓለባ ድማ ክትጥቕልሎ ኢኻ። ኪልወጥውን እዩ። ንስኻ ግና ከም ቀደምካ ኢኻ። ዓመታትካውን ኣይኪውድኣን እየን። ይብል፣ እስኪ። ካብ መላእኽቲኸ ንመኖም እዩ? ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ኽሳዕ ዝገብሮምሲ። ኣብ የማነይ ተቐመጥ። ዝበሎ? ኵላቶምዶ ነገልግሎት እቶም ምድሓን ኪወርሱ ዘለዎም ዚለኣኹ መናፍስቲ ኣገልግሎት ኣይኮኑን?”

እብ፡ 1፡ 5 “ንስኻ ወደይ ኢኻ” እዚ ጥቕስዚ እቲ መሲህ ልዕሊ መላእኽቲ ምዃኑ ኻብ ዘረጋግጹ ሸውዓተ ኻብ ብሉይ ኪዳን ዝተወስዱ ኽፍልታት ቀዳማይ ጥቕሲ እዩ። እታ ቐዳመይቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ክፍሊ መዝ፡ 2፡ 7 እያ። እታ ኻልኣይቲ ድማ 2ሳሙ፡ 7፡ 14 እያ። እዛ ቐዳመይቲ ናብ ክርስቶስ ንምምልካት ብዙሕ ሳዕ ኣብ ወንጌላት ተደጋጊማ ኣላ።

1. ኣብ ጥምቀቱ (ማቴ፡ 3፡ 17፥ ሉቃ፡ 3፡ 22)
2. ክብረቱ ኣብቲ ኽረን ምስ ተገልጸ ወይ ትርኢቱ ምስ ተለወጠ (ማቴ፡ 17፡ 5፥ ማር፡ 9፡ 7)
3. ኣብ ትንሳኤኡ (ግብ፡ 13፡ 33፥ ሮሜ፡ 1፡ 4)

እታ “ወደይ” ወይ “ውሉድ” እትብል ኣብ እብ፡ 1፡ 5 ኽልተ ግዜ እንረኽባ ኻብ ብሉይ ኪዳን እተወስደት ስም፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንበበይኖም ሰባት ወይ ጕጅለታት እትጠቅስ እያ ነይራ (ንዝያዳ ሓሳብ ኣብ ናይ እብ፡ 2፡ 7 መብርሂ ተመልከት)።

1. ንመላእኽቲ (ዘፍ፡ 6፡ 2፤ 4፥ እዮ፡ 1፡ 6፤ 2፡ 1፤ 38፡ 7፥ መዝ፡ 29፡1፡ ኵሉ ሳዕ ብድርብ ወይ ብዙሕ ስም ተጻሒፉ ንረኽባ)
2. ንህዝቢ እስራኤል (ሆሴ፡ 11፡ 1)
3. ንንጉስ እስራኤል (2ሳሙ፡ 7፡ 14፥ መዝ፡ 89፡ 27)
4. ንመሲህ (መዝ፡ 2፡ 7)

▣ “ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ” የሱስ ካብ ቀደሙ ኣምላኽ እዩ ነይሩ (ዮሃ፡ 1፡ 1 - 18)። ስለዚ እዛ “ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ” እትብል ጥቕሲ ንባህርዩ ወይ ፍጥረቱ እትገልጽ ኣይኮነትን። ዕላማኣ ነቲ የሱስ ኣብ ታሪኽ ዝተገልጸ ኣመጻጽኣ (ትስብእቲ፡ ሰብ ምዃን) ንምግላጽ እያ። ገለ ተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ነዛ ጥቕሲ ምስ ትንሳኤ የተሓሕዝዋ (ሮሜ፡ 1፡ 3 - 4)። ገለ ካህናት ኣይሁድ (ራብያት) ንመዝ፡ 2፡ 7 እቲ መሲህ ድሕሪ መከራ (ኢሳ፡ 53) ህይወት ዚዘርኣላ ግዜ እያ ይብልዋ። እቶም ካህናት ኣይሁድ (ራብያት) ምስ ምሳ፡ 8፡ 22 - 31 እውን የተሓሕዝዋ። ኣብ ምሳ፡ 8፡ 22 - 31 ጥበብ እታ ቐዳመይቲ ፍጥረት ኣምላኽ ኮይና ንኻልእ ፍጥረት ንምፍጣር ከተገልግል ትርአ (ኣብ ቋንቋ እብራይስጢ ጥበብ ብኣነስታይ ጾታ እያ እትጽዋዕ)። ኣብ ጥበብ ሰሎሞን 7፡ 1 - 8፡ 1ውን ተመሳሳሊ ጽሑፍ ይርከብ።

እዘን ጥቕስታት እዚኣተን ግን ንኣምላኽ ኣንስታይ ጾታ ንምሃብ፡ ንየሱስ ከም ፍጥሩ ንምግላጽ ኣይኮናን። ግናኸ ንየሱስ ናዝራዊ ኣብ ፍጥረት ናይ ኣምላኽ ወኪል ከም ዝነበረ ንምርግጋጽ እየን (እብ፡ 1፡ 10፥ ዮሃ፡ 1፡ 3፥ 1ቆሮ፡ 8፡ 6፥ ቆሎ፡ 1፡ 16 ኣብ እብ፡ 1፡ 2ውን ተጠቒሳ ዘላ)።

▣ "ኣነ ኣቦ እኾኖ" እዚኣ ድማ ካብ 2ሳሙ፡ 7፡ 14 ዝተወስደት ናይቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ ቋንቋ ግሪኽ ሕታም ጥቕሲ እያ። ኣብቲ ብሉይ ኪዳን ንሰሎሞን እያ እተመልክት። ናይ መልእኽቲ እብራውያን ጸሓፊ ድማ ንየሱስ ንምምልካት ይጥቀመላ። እዚ ድርብ ምልክትዚ ምስቲ ኣብ ኢሳ፡ 7፡ 14 ዘሎ ናይ ድንግል ምውላድ ዚመሳሰል እዩ። ክልቲኦም ብዙሕ መፈጸምታ ንዘሎዎም ትንቢታት ይእምቱ። እቶም ብመንፈስ ቅዱስ እተደረኹ ናይ ሓድሽ ኪዳን ጸሓፍቲ፡ ከምቲ እቶም ካህናት ኣይሁድ ዚገብርዎ ኣገባብ፡ ብምሳሌን ቃላት እናለዋወጡን ነቲ ብሉይ ኪዳን ተጠቒሞሙሉ። እዚ ኣገባብዚ ግን ምስቶም ናይ ዳሕራይ ተርጎምቲ ዚሰማማዕ ኣይኮነን። እዚ ዚስዕብ ዘተ ተመልከት።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ተበርሆ**

ኣብ ጥንቲ እግዚኣብሄር ንርእሱ ንደቅ ሰብ ንምግላጽ ተግባሩ ኣርእዩ፣ እዚ ኣብ ትምህርቲ ስነ-መለኮት "ምግላጽ" ይብሃል፣ እግዚኣብሄር ነቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ምግላጽ ዚድብትሩን ዘብርሁን ገለ ሰባት ሓርዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ስነ-መለኮት "ድርኺት" ይብሃል፣ እቶም ነቲ ቓል ዘንበቡ ድማ ምእንቲ ኺርድኦም መንፈስ ቅዱሱ ልኢኹ፣ እዚ ኣብ ስነ-መለኮት "ተበርሆ" ይብሃል፣ ድሕርዚ እምበኣር ሓደ ግድል (ሽግር) ይለዓል፣ እንተደኣ መንፈስ ቅዱስ ነበብቲ ንቓል እግዚኣብሄር ኪርድኡ ዘብርሃሎም ኮይኑ። ስለምንታይ ነንበይኑ ኣተረጓጉማ ቅዱስ ጽሑፋት ዜጋጥም?

ሓደ ኣካል ናይዚ ሽግር። እቲ ነባቢ ኣቐዲሙ ሒዝዎ ዝጸንሐ መረዳእታ ወይ ውልቃዊ ተሞኩሮ እዩ፣ ብዙሕ ግዜ ነባቢ ንመጽሓፍ ቅዱስ ናብ መባእታዊ ምቃላት ከፋፊሉ ንዝደለዮ ዕላማ ይጥቀመሉ እዩ፣ ንመጽሓፍ ቅዱስ ንዝደለዮ መዳያት ህይወት ብዝደለዮ መገዲ ጥራይ ከም ዚዛረብ ይገብሮ፣ ዋላኳ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ክልቲኦም እንተሎ። ድርኺትን ተበርሆን ማዕረ ኣይኮኑን፣

እቲ ዝበለጸ ኣቀራርባ። ንነፍስወከፍ ዝርዝር ንባባት መጽሓፍ ቅዱስ ምትርጓም ዘይኮነስ። ነቲ ማእከላይ ሓሳብ ናይ ሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ፈሊኻ ንምፍላጥ ምፍታን እዩ፣ እዚ እቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዝሓሰቦ ቐንዲ ሓቂ ንምጭባጥ ዜገልግል ኣርእስታዊ ኣጸናንዓ እዩ፣ ናይቲ ጽሑፍ ቀንዲ ንድፊ ምጽሟቕ። ናይቲ መጀመርያ ድርኺት ረኺቡ ዘዳለዎ ጸሓፊ ዕላማ ንምስዓብ ይሕግዝ፣ እቲ ድርኺት ናይ ተርጓሚ ኣይኮነን፣ እቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዝተኸተሎ ኣገባብ ንኣተረጓጉማና ኽንጥቀመሉ ኣይንኽእልን ኢና፣ እቶም ቀዳሞት ጸሓፍቲ ነቲ ኣብ ግዜኦም ዝነበረ ነባቢ እንታይ ኪብልዎ ኸምዝሓሰቡ ኽንርዳእ ክንፍትንን ነዚ ኣብ ግዜና ዘሎ ነባቢ ኽነመሓላልፍን ንኽእል ኢና፣ ገለ ኽፋላት መጽሓፍ ቅዱስ ክሳዕ ውሱን ግዜን እዋንን ስዉራት ወይ ሽፉናት እዮም፣ ኵሉ ሳዕ ኣብ ገለ ጽሑፋት ወይ ጉዳያት መጽሓፍ ቅዱስ ክርክር ኪህሉ ናይ ግድን እዩ፣

ግናኸ ነቶም ሕምብርቲ እቲ ጉዳይ ዝኾኑ ሓቅታት ብምንጻር። ነፍስወከፍ ነባቢ ናጽነቱ ተጠቒሙ ኣብ ውሽጢ ዓንኬል እቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዝሓሰቦ ዕላማ ናይ ግዝእ ርእሱ ውልቃዊ ኣተረጓጉማ ኺጥቀም ክንፈቕድ ይግባእ፣ ተርጎምቲ በቲ ዘሎዎም ብርሃን ኪመላለሱ ይግባእ፣ ካብ መጽሓፍ ቅዱስን ካብ መንፈስ ቅዱስን ንዚረኽብዎ ዝያዳ ብርሃን ከኣ ክፉታት ኪኾኑ ይግባእ፣ እግዚኣብሄር በቲ ዘሎና ደረጃ ምርዳእን ነቲ ምርዳእ ብዘሎና ምእዛዝን ይመዝነና፣

**እብ፡ 1፡ 6 "ከም ብሓድሽ ... ናብ ዓለም ኬእትዎ ኸሎ"**

እዚ ነቲ ኻልኣይ ምጽኣት ወዱ የሱስ ክርስቶስ ኣይኮነን ዜመልክት። ሓድሽ ጥቕሲ ንምልላይ ዚጠቅም ናይ ስነ-ጽሑፍ ኣገባብ እዩ (እብ፡ 1፡ 5መ፤ እብ፡ 2፡ 13፤ 4፡ 5፤ 10፡ 30)።

እቲ "ኬእትዎ" ዚብል ቃል ነቲ የሱስ ኣብ ቤተ ልሄም ሰብ ዝኾና ግዜ የመልክት። እቲ እግዚኣብሄር ኣቦን የሱስን ዘሎዎም ናይ ኣቦን ወድን ተምሳል ኣብዚ እዩ ዚጅምር።

▣ "በኹሪ" እዛ መጸውዒዚኣ ኣብዘን ዚስዕባ ኣጋጣሚታት ንረኽባ፡-

1. ኣብ ብሉይ ኪዳን እቲ በኹሪ ንወለዱ ንኺኣሊ ዕጽፊ ርስቲ ይወርስ ነበረ
2. ኣብ መዝ፡ 89፡ 27 ንንጉስ እስራኤል
3. እቶም ካህናት ኣይሁድ (ራብያት) ብልጫ ንምግላጽ ይጥቀሙላ ነበሩ (ሮሜ፡ 8፡ 29፥ ቆሎ፡ 1፡ 15፤ 18፥ ራእ፡ 1፡ 5)

እዛ መጸውዒዚኣ ናይቲ ኣብ መንጎ ኣርዮስን ኣጥናትዮስን ዘጋጠመ ኽርክር ኣውራ ነገር እያ። ኣርዮስ ንእብ፡ 1፡ 6ን መዝ፡ 89፡ 27 ብምጥቃስ፡ የሱስ ክርስቶስ ናይ እግዚኣብሄር ዝለዓለ ፍጥረት እዩ ኢሉ። ኣጥናትዮስ ድማ እብ፡ 1፡ 2፤ 3 ብምጥቃስ፡ የሱስ ክርስቶስ ምሉእ ኣምላኽ እዩ ኢሉ። ኣብ ምሳሌኣዊ ኣዘራርባ። *ዘ ግሪክ - ኢንግሊሽ ለክሲኮን* ኣብ ዚብል መጽሓፍ ከም እንርእዮ፡ የሱስ ክርስቶስ "ሓድሽ ሕብረት ቅዱሳን ንምትካል ካብ ኣምላኽ ዝተላእከ፡ ከምቲ ንሱ ዝኸበሮ፡ ናይ ክብሪ ዚረኽቡ ሓደስቲ ሰባት በኹሪ እዩ"። ኣብ ናይ ግሪኽን ሮማን ባህሊ፡ እቲ በኹሪ ስድራ ናይታ ስድራ ኻህን ኮይኑ የገልግል ነበረ (ዘ ቮካብለሪ ኦቭ ዘ ግሪክ ተስታመንት፡ ሙልቶን ኣንድ ሚሊጋን፡ ገጽ 557)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። በኹሪ**

እዚ ኻብቶም ሰለስተ ገለጽቲ መጸውዒታት ወይ ሓረጋት እቲ ኻልኣይ እዩ፣ እዚ "በኹሪ" ዚብል ቃል ብግሪኽ "ፕሮቶቶኮስ" ይብሃል፣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ንብዙሓት ኣረኣእያታት ንምግላጽ የገልግል።-

1. ኣብ ብሉይ ኪዳን: ብልጫ ናይቲ ኣብ ቤተ ሰብ ዚውለድ ቀዳማይ ውሉድ የመልክት (መዝ: 89: 27፥ ሉቃ: 2: 7፥ ሮሜ: 8: 29፥ እብ: 11: 28)
2. ኣብ ቆሎ: 1: 15 ንየሱስ ናይ ፍጥረት ቀዳማይ ገይሩ የመልክቶ፣ እዚ ኸምቲ ኣብ ምሳ: 8: 22 - 31 ወይ ንየሱስ ኣብ ፍጥረት ከም ወኪል እግዚኣብሄር ንምእማት ኪኸውን ይኽእል (ዮሃ: 1: 3፥ 1ቆሮ: 8: 6፥ ቆሎ: 1: 15 - 16፥ እብ: 1: 2)
3. ኣብ ቆሎ: 1: 18፥ 1ቆሮ: 15: 20 ንየሱስ ካብ ምዉታት ዝተንስአ ቐዳማይ ወይ በዅሪ ምዃኑ ንምምልካት
4. ናይ መሲህ ናይ ብሉይ ኪዳን መዓርግ እዩ (መዝ: 89: 27፥ እብ: 1: 6፤ 12: 23)፣ ብብዙሕ መዳያት ናይ የሱስ ቀዳምነትን ማእከልነትን ጠርኒፉ ዚገልጽ መዓርግ እዩ፣ በዚ ሸነኽዚ ቑጽርታት 3ን 4ን ብዚግባእ ይገልጽዎ፣

▣ **"ናብ ዓለም"** እዚ የሱስ ቅድሚ ፍጥረት ዓለም ከም ዝነበረ ይእምተልና። የሱስ ኵሉ ሳዕ ኣምላኽ እዩ፡ ኣብ ቤተ ልሄም ስጋ ሰብ ምስ ለበሰ ግን ናይቲ ናይ ምድሓን ኣገልግሎቱ ሓድሽ ምዕራፍ ጀሚሩ (ፊሊ፡ 2፡ 6 - 8ሀ)። እቲ "ዓለም" ዚብል ቃል እቲ ብዙሕ ሳዕ ንረኽቦ ናይ ግሪኽ "ኮስሞስ" ኣይኮነን። እቲ ኣብዚ ዘሎስ "ኦይኩመነ" እዩ። ትርጕሙ ኸኣ እታ ደቅሰብ ዚነብርዋ ገጽ ምድሪ ማለት እዩ። እዚ ቓልዚ ኣብ እብ፡ 2፡ 5ውን ነቲ ሓድሽ መዋእል ብምሳሌኣዊ መገዲ ንምግላጽውን ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ ኣሎ።

▣ "**ኵላቶም መላእኽቲ ኣምላኽ ይስገዱሉ፡ ይብል**" እዚ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕትዋጀንት) ካብ ዘዳ፡ 32፡ 43 ወይ መዝ፡ 97፡ 7 ዝተወስደ እዩ። ኣብ መዝ፡ 97፡ 7 ዘሎ ናይ መላእኽቲ ስም ብእብራይስጢ "ኤሎሂም" እዩ። ካብተን ኣብ ምዉት ባሕሪ ኣብ ራብዓይቲ በዓቲ ዝተረኽባ ብራናታት ነዚ ናይ ሰፕተዋጂንት ትርጕም ዜረጋግጽ ጭብጢ ኣሎና። እታ "ኤሎሂም" እትብል ስም ንኣምላኽ፡ ንመላእኽቲ ወይ ንፈራዶ ሰባት (ዘጸ፡ 21፡ 6፤ 22፡ 8 - 9)፡ ዋላውን ንመንፈስ ምዉት ሰብ (1ሳሙ፡ 28፡ 13) ተመልክት።

እዚ ጥቕሲዚ መላእኽቲ ንየሱስ ቅድሚ ሰብ ምዃኑ ኣይሰግዱሉን እዮም ነይሮም ማለት ኣይኮነን። መላእኽቲ ዝሰግዱሉ ልዕልና ስለ ዘሎዎ ምዃኑ ንምሕባር እዩ።

**1፡ 7 "መላእኽቱ ንፋሳት፡... ዚገብር"**

እዚ ኣብ መንጎ እቶም ብመልክዖም ተለዋወጥቲ መላእኽትን (መዝ፡ 104፡ 4) እቲ ዘይልወጥ የሱስን ዘሎ ፍልልይ ንምንጽጻር ናይ መጀመርያ ጥቕሲ እዩ (እብ፡ 1፡ 8፤ 11፤ 12፤ 13፡ 8)። ካህናት ኣይሁድ (ራባያት) ድጕ፡ 3፡ 23 ወይ ዳን፡ 7፡ 10 ብምጥቃስ፡ እግዚኣብሄር ንመላእኽቲ ንጉሆ ንጉሆ ኸም ብሓድሽ ይፈጥሮም ይብሉ ነበሩ።

**1፡ 8 "ኣታ ኣምላኽይ፡ ዝፋንካ ንዘለኣለመ ኣለም ይነብር"** እዚ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕትዋጀንት) ካብ መዝ፡ 45፡ 6 ዝተቐድሐ፡ ነቲ መሲህ ንጉስ ዜመልክት ጥቕሲ እዩ። ኣብቲ ናይ

ብሉይ ኪዳን ጽሑፍ፡ እቲ ኣብ ክንዲ ስም ኣትዩ ዘሎ "ኣታ ኣምላኽይ" ዚብል መጸውዒ፡ ካብ እግዚኣብሄር ኣቦን እግዚኣብሄር ወድን ነየናዮም ከም ዜመልክት ንጹር ኣይኮነን። ግናኸ በዚ ኣብ ናይ እብራውያን መልእኽቲ ቐሪብዎ ዘሎ ኣገባብ፡ ካብቶም ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎዉ ንኣምላኽነት የሱስ ክርስቶስ ዜረጋግጹ ንጹራት ጥቕስታት ሓደ ኸይኑ ንረኽቦ (ዮሃ፡ 1፡ 18፤ 20፡ 28)።

ኣብዚ ደረጃዚ ኣብቲ ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፋት ሓደ ዓቢ ግድል ንረክብ። ገለ ጥንታዎት ጽሑፋት ኣብ ክንዲ ዝፋንካ፡ "ኣውቱ" (ዝፋኑ) ዚብል ክንዲ ስም ኣሎዎም። እዚ ኸኣ ነቲ ዘይንጹርነት መሊሱ የጋድዶ። ገለ ትርጕማት መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዩናይትድ ባይብል ሶሳይቲ ነቲ "ዝፋንካ" ዚብል ቃል ካልኣይ ደረጃ ርግጸኝነት ይህብዎ (እቲ ጽሑፍ ዳርጋ ርጉጽ እዩ ማለት እዩ)። እዚኣቶም ኣብቶም ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻሙናይ ክፍለ ዘመን ዝነበሩ ብዓበይቲ ፊደላት ዝተጻሕፉ ቕዳሓት Aን Dን ተመርኲሶም ካብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ካብ መዝ፡ 45፡ 6 ዝተወስዱ እዮም። ጥንታዎት ጸሓፍቲ ነቲ ናይ ቅዱሳት ጽሑፋት ቅዳሓት ዜየሻሙ ንጹር ኪገብርዎ ይጽዕሩ ነበሩ። ብፍላይ ነቲ ኣብ ዘበኖም ዝነበረ ንመንነት ክርስቶስ ዚርኢ ኽትዓት ብዚምልከት (*ዘ ኦርቶዶክስ ኮራፕሽን ኦቭ ስክሪፕቸር* ብባርት ዲ. ኢህርማን፡ ኦክስፎርድ ፕረስ፡ 1993፡ ገጽ 265)።

እዚ ዝርዝርዚ ንምሉእ መለኮትነት (ኣምላኽነት) የሱስ ክርስቶስ ንምኽሓድ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እቶም ቀዳሞት ጸሓፍቲ ንስነ-መለኮታውን ስዋስዋውን ዕላማታት ጽሑፋት ናይ ምትዕርራይ ዝንባለ ኸም ዝነበሮም ንምሕባር እዩ። ስለዚ እዩ ኸኣ እቲ ንጽሑፋት ብዓይኒ ነቐፌታ ዚግምግም ዘመናዊ ምርምር በዞም ዚስዕቡ ኣገባባት ንፍልልይ በኹሪ ጽሑፋት መጽሓፍ ቅዱስ ዚፈርድ፡-

1. እቲ ብዙሕ ዘይደጋገም ጽሑፍ ወይ ንባብ ምናልባት እቲ ዘይተበረዘ መበቆላዊ ጽሑፍ እዩ
2. እቲ ፍልልያት ንዘሎዎም ካልኦት በበይኖም ጽሑፋት ዚገልጽ ንባብ ወይ ጽሑፍ ምናልባት እቲ መበቆላዊ እዩ
3. እቲ ሰፊሕ ከባቢታት (ጂኦግራፊ) ዚሽፍን ጽሑፍ ወይ ንባብ ምናልባት እቲ መበቆላዊ እዩ

ናይ ባርት ኢህርማን መጽሓፍ ከም ዚሕብሮ፡ ጸሓፍቲ ንስነ-መለኮታዊ ዕላማ ኢሎም ኣብቲ ናይ ግሪኽ ጽሑፋት ለውጥታት ይገብሩ ነይሮም። እዚ ድማ ብፍላይ ኣብ ሳልሳይን ራብዓይን ክፍለ ዘመናት ኣብቶም ብዛዕባ መንነት የሱስን ስላሴን ክርክር ዝነበሩሎም እዋናት እዩ።

▣ **"ንዘለኣለመ ኣለም"** እዚ ነቲ ናይ ሽሕ ዓመታት ግዝኣት ዜመልክት ኣይኮነን። ነቲ ናይ ዘለኣለም (ዘይውዳእ) ግዝኣት ዜመልክት እዩ (ኢሳ፡ 9፡ 8፥ ዳን፡ 7፡ 14፤ 18፥ ሉቃ፡ 1፡ 33፥ 2ጴጥ፡ 1፡ 11፥ ራእ፡ 11፡ 15)።

| |
|---|
| **ፍሉይ ኦርእስቲ: ዘለኣለም (ናይ ግሪኽ ቋንቋኛ)** |
| ሓንቲ "ክሳዕ ዘለኣለም ወይ ንዘለኣለም" እትትርጎም ናይ ግሪኽ ቋንቋኛ ምስታ ብእብራይስጢ "ኦላም" እትብሃል ቃል ትመሳሰል (ሉቃ: 1: 33፥ ሮሜ: 1: 25፤ 11: 36፤ 16: 27፥ ገላ: 1: 5፥ 1ጢሞ: 1: 17)፣ |

ካልኦት ተመሳሰልቲ ሓረጋት "ንሓዋሩ" "ንዘለኣለም" (ማቴ: 21: 19 ወይ ማር: 11: 14፥ ሉቃ: 1: 55፥ ዮሃ: 6: 58፤ 8: 35፤ 12: 34፤ 13: 8፤ 14: 16፥ 2ቆሮ: 9: 9): "ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም" (ኤፌ: 3: 21)፣ ኣብዘን ዝተዘርዘራ ዘለኣለምነት ዜመልክታ ቐንቋኛታት ፍልልይ ዘሎ ኣይመስልን፣ እታ "ዘለኣለም (ዘመናት)" እትብል ቃል በቲ ናይ ካህናት ኣይሁድ ናይ ሰዋስው ኣተሃናንጻ: ብምሳሌኣዊ ኣገባብ ብዙሕነት ዘሎዋ እትመስል ድርብ ቃል ክትከውን ትኽእል እያ፣ ወይ ከኣ ንብዙሓት በበይኖም ዘመናት እተመልክት ክትከውን ትኽእል፣ ንኣብነት ብኣበሃህላ ኣይሁድ "ዘመን ግርህነት" "ዘመን ክፍኣት" "እቲ ዚመጽእ ዘመን" ወይ "ዘመን ጽድቂ" ንምባል፣

1፡ 9 "ጽድቂ ፈቶኻ ዓመጻ ጽላእካ" እዚ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ካብ መዝ፡ 45፡ 7 ዝተወሰደ ምስ ምድራዊ ህይወት የሱስ ክርስቶስ ዚዛመድ ጥቕሲ እዩ።

ፍሉይ ኣርእስቲ: ጽድቂ

"ጽድቂ" ወሳኒ ኣምር ስለ ዝኾነ: ነፍስወከፍ ተመሃራይ መጽሓፍ ቅዱስ ናይቲ ኣምር ሰፊሕ ውልቃዊ መጽናዕቲ ኺገብር ይግብኦ፣

ኣብ ብሉይ ኪዳን: ባህሪ እግዚኣብሄር "ቅዱስ" ወይ "ጻድቕ" ተባሂሉ ተጸዊዑ ኣሎ (ቢ.ዲ.ቢ. 841)፣ እቲ "ጽድቂ" ዚትርጎም ናይ እብራይስጢ ቓል ካብ ሞሶጳጣምያ ዝተረኽበ ቓል እዩ፣ ንስራሕ ህንጻ ናይ ዜገልግል ናይ ሩባ ዓርቃይ (ሻንብቆ) ስም እዩ፣ እዚ ዓርቃይዚ መናድቕን ሓጹራትን ኣብ ቅኑዕ መስመር ከም ዘሎዉ ንምዕቃን የግልግል ነበረ፣ እግዚኣብሄር ከኣ ነዚ ቓልዚ ብምሳሌኣዊ መገዲ ንባህርዩ ኺገልጽ መሪጽዎ፣ እግዚኣብሄር ኵሎም ነገራት ብእኡ ዚልክዑ ቕኑዕ መለክዒ እዩ፣ እዚ ሓሳብዚ ናይ እግዚኣብሄር ጽድቅን ናይ ምፍራድ መሰሉን ዜረጋግጽ እዩ፣

ሰብ ብመልክዕ ኣምላኽ እዩ ተፈጢሩ (ዘፍ: 1: 26 - 27፤ 5: 1፤ 3፤ 9: 6)፣ ወድሰብ ምስ እግዚኣብሄር ሕብረት ኪህልዎ እዩ ተፈጢሩ፣ ኵሉ ፍጥረት: እግዚኣብሄርን ሰብን ዚራኸቡሉ መድረኽ እዩ፣ እግዚኣብሄር: እቲ ዝለዓለ ፍጥረቱ ዝኾነ ሰብ ኪፈልጦ: ኬፍቅሮ: ኬገልግሎን ንእኡ ኺመስልን ደልዩዎ፣ ናይ ሰብ ተኣማንነት ግን ተፈቲኑ (ዘፍ: 3)፤ እቶም ቀዳሞት ሰብ ሓዳር ከኣ ነቲ ፈተና ኣይሓለፍዎን፣ እዚ ኸኣ ነቲ ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ወድ ሰብን ዝነበረ ርክብ በቲኽዎ (ዘፍ: 3፥ ሮሜ: 5: 12 - 21)፣

እግዚኣብሄር ነቲ ርክብ ኬሐድሶ ቓል ኣትዩ (ዘፍ: 3: 15)፣ ነዚ ኸኣ ብፍቓዱን ብወዱን ገይርዎ፣ ደቅሰብ ነቲ ርክብ ኬዐርይዎ ዓቕሚ ኣይነበሮምን (ሮሜ: 1: 18 - 3: 20)፣

ድሕሪ ውድቀት: እቲ ነቲ ርክብ ንምሕዳስ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ እግዚኣብሄር: ኪዳን እዩ ነይሩ፣ እዚ ኺዳንዚ ኸኣ ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ዕድመን ናይ ሰብ ምላሽ ብንስሓ: እምነትን ምእዛዝን ዝተሰረተ እዩ ነይሩ፣ ብሰንኪ እቲ ውድቀት: ደቂ ሰብ እቲ ዜድሊ ስጉምቲ ኺወስዱ ኽእለት ኣይነበሮምን (ሮሜ: 3: 21 - 31፥ ገላ: 3)፣ እግዚኣብሄር ነቲ መፍረሲ ኺዳን ዝኾነ ወድሰብ ንኼሐድስ ባዕሉ ስጉምቲ ኺወስድ ኣድልይዎ፣ ነዚ ኸኣ በዞም ዚስዕቡ ኣገባባት ፈጺምዎ:-

1. ንሰብ ጻድቕ ኢኻ ኢሉ ኣዊጁሉ፣ እዚ በቲ የሱስ ክርስቶስ ዝገበሮ በጃነት እዩ (ብናይ እግዚኣብሄር ቤት ፍርዲ ዝተዋህበ ጽድቂ)
2. ንሰብ ብናጻ ጽድቂ ሂብዎ፣ እዚውን ሳላ ዕዮ ክርስቶስ እዩ (ንወድሰብ ብእግዚኣብሄር ዝተለጠፈሉ ጽድቂ)
3. ኣብ ህይወት ሰብ ጽድቂ ዚፈሪ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጢ ሰብ ኪሓድር ሂቡ (ንክርስቶስ ንምምሳል: መልክዕ ኣምላኽ ንምሕዳስ)

ግናኸ: እግዚኣብሄር ናይ ኪዳን ምላሽ ይደሊ፣ እግዚኣብሄር ብናጻ ኺህብ ይእውጅን ይህብን፣ ደቅሰብ ግና ምላሽ ኪህቡ ኣሎዎም፣ በዞም ዚስዕቡ መገድታት ምላሽ ይህቡ:-

1. ብንስሓ
2. ብእምነት
3. ናይ ህይወት ምእዛዝ
4. ዓቕሊ

ስለዚ ጽድቂ: ኣብ ኪዳን ዝተመስረተ ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን እቲ ዝለዓለ ፍጥረቱ ሰብን ዘሎ ምሃብን ምቕባልን እዩ፣ ኣብ ባህሪ ኣምላኽን ናይ ክርስቶስ ናይ መስቀል ዕዮን እቲ ዘኽእል መንፈስ ቅዱስን ተመርኲሱ ነፍስወከፍ ኣማኒ ብውልቁን ብቐጻልን ግቡእ ምላሽ ኪህብ ይግብኦ፣ እቲ ቑምነገሩ “ጽድቂ ብእምነት” ይብሃል፣ እዚ ሓሳብዚ ኣብ ወንጌላት ተጋሂዱ ንረኽቦ፣ ግናኸ በዞም ቃላትዚኣቶም ኣይኮነን፣ ብቐንዱ ዝተገልጸ ብጳውሎስ እዩ፣ ጳውሎስ ነታ “ጽድቂ” እትትርጎም ናይ ግሪኽ ቃል ብኹሉ መልክዓ ልዕሊ ሚእቲ ግዜ ተጠቒሙላ፣

ጳውሎስ ዕሉም ካህን ኣይሁድ እዩ ነይሩ፣ ብግሪኽ ጽድቂ “ዲካዮሱን” እዩ ዚብሃል፣ ጳውሎስ ነዛ ቓልዚኣ ኻብ ናይ ግሪኽ ስነ-ጽሑፍ ዘይኮነስ ከምቲ እታ ናይ እብራይስጢ ጽድቂ “ስድቅ” ኣብ ናይ ብሉይ ኪዳን ግሪኽ (ሰፕተዋጅንት) ዘሎዋ ትርጉም ገይሩ ተጠቒሙላ፣ ኣብ ናይ ግሪኽ ስነ-ጽሑፍ እታ ቓል: ሓደ ሰብ ምስ ናይ ኣማልኽቲ ወይ ሕብረተሰብ ሕግታት ዘሎዎ ስኒት እያ እተመልክት፣ ኣብ እብራይስጢ ግን ኪዳን እያ እተርኢ፣ እግዚኣብሄር ቅዱስን ቅጥዒ ዘሎዎን (ስነ-ምግባራውን)ሞራላውን ኣምላኽ እዩ፣ ህዝቡ ኸኣ ባህርዩ ኼንጸባርቑ ይደልዮም፣ እቲ ዝደሓነ ወድሰብ ሓድሽ ፍጥረት ይኸውን፣ እዚ ሓድሽ ህይወት ከኣ ሓድሽ ኣምላኻዊ ኣነባብራ የስዕብ፣ (እዚ እቲ ናይ ካቶሊካዊት ሮማ ኣተኩሮ ኣብ ምድሓን እዩ)፣

እስራኤል ብኣምላኽ እትመሓደር ሃገር (ቲዮክራሲ) ስለዝነበረት: ኣብ መንነ እቲ ናይ ዓለም (ናይ ሕብረተሰብ) ሕግን እቲ ቅዱስ ሕግን (ፍቓድ ኣምላኽ) ሕንጹጽ ደረት ኣይነበረን፣ እዚ ደረትዚ ኣብቶም ናይ እብራይስጥን ግሪኽን ቃላት ኢና እንረኽቦ፣ እቲ ንሕብረተሰብ ዚምልከት "ቅድስና" ይብሃል: እቲ ንኣምላኽ ወይ ንሃይማኖት ዚምልከት ሕጊ ኸኣ "ጽድቂ" ተባሂሉ ኣሎ፣

ናይ የሱስ ክርስቶስ ወንጌል (ጥዑም ብስራት) እቲ ዝወደቐ ሓጥእ ሰብ ናብ ሕብረት ኣምላኽ ከም ዝተመልሰ የበስረና፣ እዚ ብናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ፍቕሪ: ምሕረትን ጸጋን፤ ብናይ እግዚኣብሄር ወዲ (የሱስ ክርስቶስ) ህይወት: ሞትን ትንሳኤን፤ በቲ ናብ ወንጌል ዚዕድምን ዚስሕብን መንፈስ ቅዱስ እዩ ተኻኢሉ፣ ጽድቂ ናጻ ህያብ ኣምላኽ እዩ፣ ግናኸ ኣምላኻዊ ኣነባብራ ኺፈሪ ኣሎዎ (ናይ ኣጎስቲን መትከል ከምዚ እዩ ነይሩ: ከምቲ ናይ በዓል ማርቲን ሉተር ተሃድሶ ወይ ጽገናዊ ምንቅስቓስ ወንጌል ብናጻ ኻብ ኣምላኽ ከም ዝተዋህበን ከምቲ ናይ ሮማዊ ካቶሊክ ኣብ ዝተለወጠ ናይ ፍቕርን እሙንነትን ህይወት ምትኳርን)፣ ነቶም ተሃድሶኣውያን "ጽድቂ ኣምላኽ" (ነቲ ሓጥእ ሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅቡል ምግባር ወይ ኣብ ኣምላኽ ዘሎዎ ቕድስና) ኣብ ሰብ ዘይምርኮስ ኰነት እዩ: ነቶም ካቶሊካውያን ግና ሰብ ንኣምላኽ እናመሰሎ ዚኸደሉ (ብተመኩሮ እናዓበየ ዚኸይድ ቅድስና) ኣብ ሰብ ዚምርኮስ ኰነት እዩ፣ ብሓቂ ግን ጽድቂ ንኽልቲኡ እዩ ዜጠቓልል፣

ብኣረኣእያይ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዘፍ: 4 ክሳብ ራእ: 20: እግዚኣብሄር ንሰብ ናብቲ ናይ ኤድን ገነት ርክብ ንኺመልሶ ዝገበሮ ታሪኽ እዩ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ምድራዊ ሃዋህው ብናይ እግዚኣብሄርን ሰብን ሕብረት ይጅምር (ዘፍ: 1 - 2): ብተመሳሳሊ ሃዋህው ከኣ ይዛዝም (ራእ: 21 - 22)፣ ናይ እግዚኣብሄር ምስልን ዕላማን ናብ ቦታኡ ኺምለስ እዩ፣

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሓሳብ ንምእርናብ: ነዞም ዚስዕቡ ነቲ ናይ ግሪኽ ቃል ብዛዕባ ጽድቂ ዜብርሁ ናይ ሓድሽ ኪዳን ንባባት ንመልከት:-

1. እግዚኣብሄር ጻድቕ እዩ (ብዙሕ ግዜ ምስ ፍርዲ እግዚኣብሄር ዝተኣሳሰረ እዩ)
   ሀ. ሮሜ 3: 26

   ለ. 2 ተሰ: 1: 5 - 6

   ሐ. 2ጢሞ: 4: 8

   መ. ራእ: 16: 5
2. የሱስ ጻድቕ እዩ
   ሀ. ግብ: 3: 14፤ 7: 52፤ 22: 14 (ናይ መሲህ ማዕረግ)

3. **ናይ እግዚኣብሄር ፍቓድ ንፍጥረቱ ጽድቂ እዩ**

**ሀ. ዘሌ**: 19: 2

**ለ. ማቴ**: 5: 48 (**ምስ ማቴ**: 5: 17 - 20 **ኣነጻጽር**)

4. **እግዚኣብሄር ጽድቂ ዚህበሉን ዚፈርየሉን መገዲ**

**ሀ. ሮሜ**: 3: 21 - 31

**ለ. ሮሜ**: 4

**ሐ. ሮሜ**: 5: 6 - 11

**መ. ገላ**: 3: 6 - 14

**ሠ. ብእግዚኣብሄር ዝተዋህበ**

1. **ሮሜ**: 3: 24 6: 23
2. 1**ቆሮ**: 1: 30
3. **ኤፌ**: 2: 8 - 9

**ረ. ብእምነት እዩ ዚርከብ**

1. **ሮሜ**: 1: 17፤ 3: 22፤ 26፤ 4: 3፤ 5፤ 13፤ 9: 30፤ 10: 4፤ 6፤ 10
2. 1**ቆሮ**: 5: 21

**ሰ. ብሳላ ተግባር የሱስ ክርስቶስ**

1. **ሮሜ** 5: 21 -31
2. **ቆሮ** 5: 21
3. **ፊሊ** 2: 6 - 11

5. **ፍቓድ እግዚኣብሄር እቶም ህዝቡ ጻድቃን ኪኾኑ እዩ**

**ሀ. ማቴ** 5: 3 - 48፤ 7: 24- 27

**ለ. ሮሜ** 2: 13፤ 5: 1 - 5፤ 6: 1 - 23

**ሐ.** 1**ጢሞ** 6: 11

**መ.** 2**ጢሞ** 2: 22፤ 3: 16

**ሠ.** 1**ዮሃ** 3: 7

**ረ.** 1**ጴጥ** 2: 24

3. **ሮሜ**: 1: 17፤ 3: 22፤ 26፤ 4: 3፤ 5፤ 13፤ 9: 30፤ 10: 4፤ 6፤ 10
4. 1**ቆሮ**: 5: 21

ሰ. ብሳላ ተግባር የሱስ ክርስቶስ

1. ሮሜ 5: 21 -31

2. ቆሮ 5: 21

3. ፊሊ 2: 6 - 11

5. ፍቓድ እግዚኣብሄር እቶም ህዝቡ ጻድቃን ኪኾኑ እዩ

ሀ. ማቴ 5: 3 - 48፤ 7: 24- 27

ለ. ሮሜ 2: 13፤ 5: 1 - 5፤ 6: 1 - 23

ሐ. 1ጢሞ 6: 11

መ. 2ጢሞ 2: 22፤ 3: 16

ሠ. 1ዮሃ 3: 7

ረ. 1ጴጥ 2: 24

6. እግዚኣብሄር ንዓለም ብጽድቂ ኺፈርዳ እዩ

ሀ. ግብ 17: 31

ለ. 2ጢሞ 4: 8

ጽድቂ ናይ እግዚኣብሄር ባህሪ እዩ፣ እዚ ባህርዚ ብክርስቶስ የሱስ ብናጻ ነቲ ሓጥእ ሰብ ተዋሂቡ ኣሎ፣ እዚ:-

1. ናይ እግዚኣብሄር ኣዋጅ እዩ
2. ናይ እግዚኣብሄር ህያብ እዩ
3. ናይ ክርስቶስ ዕዮ እዩ

ጽድቂ ንምልባስ ብትግሃትን ብጽንዓትን ክንስዕቦ ኣሎና፣ እዚ ኣብ ካልኣይ

ምጽኣት ፍጹም ኪኸውን እዩ፣ ኣብ ግዜ ምድሓን: ናይ ሰብ ሕብረት ምስ እግዚኣብሄር ይሕደስ፣ እዚ ሕብረትዚ: ክሳብ ንክርስቶስ ገጽ ንገጽ እንርእዮ ኣብ ጕዕዞ ህይወት እናዓበየ ይኸይድ፣

እዛ እትስዕብ ጥቕሲ ነዚ ዘተና ንምዕጻው ምችእቲ ጥቕሲ እያ:-

"ካብ ማርቲን ሉተር ንላዕሊ: ካልቪን ኣብቲ ምስ እግዚኣብሄር ብምጥባቕ ዚግለጽ ጽድቂ የተኩር፣ ናይ ሉተር ኣረኣእያ ኣብ ጽድቂ ኣምላኽ: ካብ ገበን ናጽነት ምርካብ እዩ፣

ካልቪን። ነቲ እግዚኣብሄር ናባና ዘፍሰሶ ዜገርም ናይ ጽድቂ ባህሪ ሚዛን ይህቦ" (ዲክሽነሪ ኦቭ ፖል አንድ ሂዝ ለተርዝ። ገጽ 834)፣

ብኣረዳድኣይ ናይ ኣማኒ ዝምድና ምስ እግዚኣብሄር ሰለስተ መዳያት ኣሎውዎ።-

1. ወንጌል። ሰብኣዊ ኣካል (ሰብ) እዩ ወይ ከኣ ወንጌል ስብእነት ኣሎዎ (እዚ ናይታ ምብራቓዊት ቤተክርስትያንን ናይ ካልቪንን ኣትኩሮ እዩ)
2. ወንጌል ሓቂ እዩ (ናይ ኣጎስቲንን ሉተርን ኣትኩሮ)
3. ወንጌል ልዉጥ ህይወት እዩ (ናይ ካቶሊክ ኣትኩሮ)

ኵሎም እዚኣቶም ሓቂ እዮም፣ ንጥዑይ። ርጡብ። መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣተሓሳስባ ንሰለስቲኦም ኣሕቢርና ኽንሕዞም ኣሎና፣ ሓደ ኻብዞም ሰለስተ መዳያት ዝያዳ ወይ ጎደሎ ሚዛን እንተ ተዋህቦ። ጸገም ይመጽእ፣ ስለዚ

ንየሱስ ሓንጎፋይ ወይ መርሓባ ኢልና ኽንቅበሎ ኣሎና

ንወንጌል ክንኣምኖ ይግብኣና

ኣስኣሰር ንክርስቶስ ምምሳል ክንሰዕብ ኣሎና

▣ **"እግዚኣብሄር... ቀብኣካ"** እቲ "ቀብኣካ" ዚብል ቃል ብእብራይስጢ "ምስሀ" እዩ ዚብሃል። እዚ ቓልዚ እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን "መሳያሀ" (መሲሀ) ተባሂሉ ዘሎ ቓልዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ነብያት፡ ካህናትን ነገስታትን ብዘይቲ ኣውሊዕ ይቕብኡ ነበሩ። እዚ ድማ እግዚኣብሄር ከም ዝሓረዮምን ንዕዮ ኽም ዝመደቦምን ትእምርቲ (ምልክት) እዩ ነይሩ። ከም ባህሊ ኣብ ግዜ ሓጎስን በዓልንውን ይጥቀሙሉ ነበሩ (ኢሳ፡ 53፡ 11)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ቅብኣት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ**

*ሀ*. ንመመላኽዒ የገልግል ነበረ (ዘዳ: 28: 40፥ ሩት: 3: 3፥ 2ሳሙ: 12: 20፤ 14: 2፥ 2ዜና: 28: 1 - 5፥ ዳን: 10: 3፥ ኣሞ: 6: 6፥ ሚክ: 6: 15)

*ለ*. ንኣጋይሽ (መዝ: 23: 5፥ ሉቃ: 7: 38፤ 46፥ ዮሃ: 11: 2)

*ሐ*. ንፈውሲ (ኢሳ: 6: 1፥ ኤር: 51: 8፥ ማር: 6: 13፥ ሉቃ: 10: 34፥ ያቆ: 5: 14) ኣብ ህዝ: 16: 9 ድማ ኣብ ጽሬት ኣገልጊሉ ኣሎ

*መ. ንምዉት ንቐብሪ ንምድላው* (**ዘፍ**: 50: 2፥ 2**ዜና**: 16: 14፥ **ማር**: 16:1፥ **ዮሃ**: 12: 3፤ 7፤ 19: 39 - 40)

*ሠ. ኣብ ሃይማኖታዊ ስርዓት* (*ንኣቕሑ* **ዘፍ** 28: 18፤ 20፤ 31: 13 (*ዓንዲ*)፥ **ዘጸ** 29: 36 (*መሰውኢ*)፥ **ዘጸ** 30:36፤ 40: 9-16፥ **ዘሌ**: 8:10- 13፥ **ዘሁ** 7: 1 (*ድንኳን ምርኻብ*))

*ረ. መራሕቲ ንምሻም*

1. **ካህናት**

   *ሀ.* **ኣሮን** (**ዘጸ** 28: 41፤ 29: 7፤ 30: 30)

   **ለ. ደቂ ኣሮን** (**ዘጸ** 40: 15፥ **ዘሌ** 7: 36)

   *ሐ. መጸውዒ መዓርግ* (**ዘሁ** 3: 3፥ **ዘሌ** 16: 32)

2. *ነገስታት*

   *ሀ.* **ብእግዚኣብሄር** (1**ሳሙ** 2:10፥ 2**ሳሙ** 12: 7፥ 2 **ነገ** 9: 3፤ 6፤ 12፥ *መዝ* 45: 7፤ 89: 20)

   **ለ. ብነብያት** (1**ሳሙ**: 9: 16፤ 10: 1፤ 15: 1፤ 17፤ 16: 3፤ 12 - 13፥ 1**ነገ**: 1: 45፤ 19: 15 - 16)

   *ሐ.* **ብካህናት** (1**ነገ** 1: 34፤ 39፥ 2**ነገ** 11: 12)

   *መ.* **ብሽማግለታት** (*መሳ* 9: 8፤ 15፥ 2**ሳሙ** 2: 7፤ 5: 3፥ 2 **ነገ** 23: 30)

   *ሠ.* **ንየሱስ ከም መሲህ** (**ቅቡእ**) **ንጉስ** (*መዝ* 2: 2፥ **ሉቃ** 4: 18 (**ኢሳ** 61: 1) ፥ **ግብ**: 4: 27፤ 10: 38፥ **እብ** 1: 9 (*መዝ* 45: 7)

   *ረ.* **ሰዓብቲ የሱስ** (2**ቆሮ**: 1: 21፥ 1**ዮሃ** 2: 20፤ 27 (**ክሪዝማ**))

3. **ንነብያት** (**ኢሳ** 61: 1)
4. **ንመለኮታዊ ምድሓን መሳርሒ ንዝኾኑ ዘይኣመንቲ**

   *ሀ.* **ቂሮስ** (**ኢሳ** 45: 1)

   **ለ. ንጉስ ጢሮስ** (**ህዝ** 28: 14 **ኣብዚ ናይ ኤዶም ምሳሌታት ይጥቀም**)

5. **እቲ "መሲህ" ዚብል ቃል ወይ መዓርግ**

   **"እቲ ቕቡእ" ማለት እዩ**

▣ **“ሓለፉ ብጾትካ”** እዚ መቐጸልታ ናይቲ ኻብ መዝ፡ 45፡ 6 - 7 ዝተወስደ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ጥቕሲ እዩ። ነፍስወከፍ ክፍሊ ናይዛ መዝሙር ብዓይኒ ስነ-መለኮት ንህይወት የሱስ እትትንኪ እያ ማለት ግን ኣይኮነን። እዛ ጥቕሲ ናይ የሱስ ልዕልና ኣብ ልዕሊ እዞም ዚስዕቡ ኼተመልክት ትኽእል፦ 1) መላእኽቲ 2) ነገስታት እስራኤል ወይ ከኣ 3) ዝደሓኑ ደቅሰብ።

1፡ 10 **“ጎይታይ”** እቲ ናይ መዝ፡ 102፡ 25 ናይ ግሪኽ ትርጒም (ሰፕትዋጂንት) ጥራይ እዩ “ጎይታ” ዚብል ቃል ዘሎዎ። ኣብዚ መዝሙርዚ ናይቲ “ጎይታ” ዚብል ስም ትርጒም፡ ያህወ (እግዚኣብሄር) እዩ። ኣብዚ ናይ እብራውያን 1፡ 10 ግን ንየሱስ ኮይኑ ንረኽቦ። ስለዚ እዚ እቲ ኣብ 1፡ 8 ዘሎ “ኣምላኽይ” ዚብል ስምውን ንየሱስ ክርስቶስ ምኺኑ ዝያዳ የረጋግጸልና።

▣ **“ንስኻ ኻብ ቀደም ንምድሪ ሰረትካያ፡ ሰማያትውን ግብሪ ኣእዳውካ እዮም”** እዚ ነቲ ኣብ 1፡ 2 ዘሎ፡ የሱስ ንፍጥረት ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ወኪል ኮይኑ ኸም ዝደኮኖ፡ መዘኻኸሪ እዩ። ነቲ ናይ እብ፡ 3፡ 14 ፍሉይ ኣርእስቲ “ኣርቾ” ተመልከት።

ዘፍ፡ 1 እግዚኣብሄር ብቓል ኣፉ ፍጥረት ከም ዝፈጠረ ይዛረብ (1፡ 3፤ 6፤ 9፤ 14፤ 20፤ 24፤ 26)። ዘፍ፡ 2 ኸኣ እግዚኣብሄር ባዕሉ ንኣዳምን ሄዋንን ካብ ሓመድ ምድሪ ኺቐርጾም (ኺጥፍጥፎም) ከሎ ንርኢ (2፡ 7፤ 8፤ 19፤ 22)። እዛ ናይ መዝ፡ 102፡ 25 ጥቕሲ ኸኣ እግዚኣብሄር ንኹሉ ፍጥረትውን ባዕሉ ኸም ዝጠፍጠፎ ተዘንቱ።

1፡ 11 **“እዚኣቶም ኪጠፍኡ እዮም፡ ንስኻ ግና ትነብር፡ ኵሉውን ከም ክዳን ኪበሊ እዩ”** እዚ ሕጂውን ናይ ወዲ ኣምላኽ ዘለኣለማውነት እዩ ዘመልክት። ኣብ ብሉይ ኪዳን እቶም ነብያት፡ ናይ እግዚኣብሄር ሕርቃን ምስታ መርዓቱ ዝኾነት እስራኤል ንኺገልጹ ናይ ቤት ፍርዲ ተርእዮ ኸም ኣብነት ይጥቀሙ ነበሩ። እግዚኣብሄር ነታ መርዓቱ እስራኤል ናብ ቤት ፍርዲ ፍትሕ ይወስዳሞ፡ ነቲ ኽሱ ጭቡጥ ንምግባር ነቶም ክልተ ኣገደስቲ መሰኻኽር (ዘዳ፡ 19፡ 15) -ሰማይን ምድርን- ይጽውዕ ነበር። ዋላ እዞም ክልተ ቐወምቲ መሰኻኽርውን ዘለኣለማውያን ኣይኮኑን። ክልቲኦም ሓለፍቲ እዮም። እዚ ጥቕሲዚ ኽልተ ኺጋጥሙ ዚኽእሉ ኹነታት ይእምት፦ 1) እታ ቐዳመይቲ ግሲ (ገላጺት ተግባር) ብግሪኽ “ኣፖሊም” ትብሃል። እዛ ግሲዚኣ ናይ ጎነጽ ዕንወት (2ጴጥ፡ 3፡ 10) ተስምዕ። 2) እታ ኻልኣይቲ ሓረግ ከኣ እርጋንን ከም ክዳን ምብላይን ተመልክት።

እዚ ናይ ፍጥረት (መላእኽትን ካልእ ፍጥረትን) ዘይምርግጋእ፡ ምስ ናይ ዝፋን ኣምላኽን ወዲ ኣምላኽን ቀዋምነትን ርግኣትን ዜነጻጽር ካልእ ኣብነት እዩ።

1፡ 12 **“ንስኻ ግና ከም ቀደምካ ኢኻ”** እዚ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ካብ መዝ፡ 105፡ 27 ዝተወስደ ጥቕሲ እዩ። እዚ ሓሳብዚ (ዘይምልዋጥ) ኣብ እብ፡ 13፡ 8ውን ናይ የሱስ ዘለኣለማውነት ንምግላጽ ሰፊሩ ኣሎ። መላእኽቲ ይልወጡ፡ ሰማይን ምድርን ይልወጥ፤ የሱስ ግና ኣይቅየርን፡ ናይ ደቅሰብ ተስፋ ኸኣ ንሱ እዩ (ሚል፡ 3፡ 6፥ ያቆ፡ 1፡ 17)።

“ዓመታትካውን ኣይኪውድኣን እየን” እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ናይ የሱስ ርግኣት ትገልጽ፡ እዚኣ ኸኣ ዘለኣለማውነቱ።

▣ **"ኣብ የማነይ ተቐመጥ"** እዚኣ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ናይ መዝ፡ 110፡ 1 **ጥቕሲ እያ።** እዚኣ ብዙሕ ግዜ ኣብ መልእኽቲ ናብ እብራውያን (1፡ 3፤ 13፤ 5፡ 6፤ 10፤ 6፡ 20፤ 7፡ 3፤ 11፤ 17፤ 21፤ 8፡ 1፤ 10፡ 12 - 13፤ 12፡ 2) ብዙሕ ግዜ ዝተጠቕሰትን ዝተኣመተትን ግሩም ናይ መሲሀ መዝሙር እያ። ነቲ ንጉሳውን (ጥቕስታት 1 - 3) ናይ ክህነትን (ጥቕስታት 4 - 7) ህይወት ናይ የሱስ እትጥርንፍ ጥቕሲ እያ። ከምተን ኣብ ዘካ፡ 4 ዘሎዋ ኽልተ ኣውሊዕ። ኣብቲ ናይ መዝ፡ 110፡ 1፡ እተን ክልተ መልክዓት ናይታ "ጎይታ" እትብል ቃል ነስተብህለለን። እታ ቐዳመይቲ ያህወ (እግዚኣብሄር) ትብል፡ እታ ኻልኣይቲ ኸኣ ኣዶን (ጎይታ) እያ። እቲ ናይ ዳዊት ጎይታ (እቲ መሲህ) ኣብቲ ናይ ስልጣንን ሓይልን ዝፋን ያህወ (ጎይታ) ይቕመጥ። እዚ ፈጺሙ ንመላእኽቲ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ።

1፡ 14 **"ኵላቶምዶ ነገልገሎት እቶም ምድሓን ኪወርሱ ዘለዎም ዚለኣኹ መናፍስቲ ኣገልግሎት ኣይኮኑን?"** መላእኽቲ ንእግዚኣብሄርን ንሰብን ከገልግሉ እዮም ዚነብሩ። እቲ ዝደሓነ ሰብ ኣብ ፍጥረት ካብ መላእኽቲ ዝለዓለ መንፈሳዊ ስፍራ ኣሎዎ። ኣመንቲ ንመላእኽቲ ኺፈርዱ እዮም (1ቆሮ፡ 6፡ 3)። የሱስ ንመላእኽቲ ኽድሕን ኣይኮነን ዝሞተ (እብ፡ 2፡ 14 - 16)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ኣብ ቋንቋ ግሪኽ "ምድሓን" ናይ ዚገልጹ ናይ ተግባር ቃላት (ግስታት) እዋናት**

ምድሓን ውጽኢት ኣይኮነን: ዝምድና (ርክብ) እዩ፣ ሓደ ሰብ ንየሱስ ምስ ኣመነ ዚውዳእ ኣይኮነን፣ ይጅምር ጥራይ እዩ፣ ንግዜ ናይ ሓዊ ድንገት ዚግበር ናይ ኢንሹራንስ ምድላው ወይ ከኣ ናብ ሰማይ ዘእቱ ትኬት ኣይኮነን፣ ንክርስቶስ እናመሰልካ ናይ ምዕባይ ህይወት እዩ፣

**ምድሓን ከም ውዱእ ተግባር**

- ግብ 15: 11
- ሮሜ 8: 24
- 2ጢሞ 1: 9
- ቲቶ 3: 5
- ሮሜ 13: 11 (ነቲ ውዱእ ምድሓን ምስ ናይ መጻኢ ይጽንብሮ)

**ምድሓን ከም ህሉው ህይወት**

ኤፌ: 2: 5፤ 8

**ምድሓን ከም ቀጻሊ መስርሕ (ህላወ)**

1ቆሮ 1: 18፤ 15: 2

2ቆሮ 2: 15

**ምድሓን ከም ናይ መጻኢ ፍጽምና (ኣብ ሰዋስውን ዥነታትን ንመጻኢ ተመልክት)**

ሮሜ 5: 9፤ 10፤ 10: 9፤ 13 (ኣብ ማቴ 10: 22፤ 24: 13፥ ማር 13: 13 ተኣሚቱ ኣሎ)

1ቆሮ 3: 15፤ 5: 5

ፊሊ 1: 28፥ 1ተሰ 5: 8 - 9

እብ 1: 14፤ 9: 28

1ጴጥ። 1። 5፤ 9

እምበኣር ምድሓን ፈለማ ብናይ እምነት ውሳኔ ይጅምር (ዮሃ። 1። 12፤ 3። 16፥ ሮሜ። 10። 9 - 13)፣ እዚ ግን ናይ ኣነባብራ ለውጢ ዘምጽእ እምነት ኪፈሪ ኣሎዎ (ሮሜ። 8። 29፥ ገላ። 4። 19፥ ኤፌ 1: 4፤ 2: 10)፣ እዚ እምነትዚ ንየሱስ ብምርኣይ ፍጹም ኪኸውን እዩ (1ዮሃ። 3። 2)፣ እዚ ናይ መወዳእታ ደረጃ "ክብሪ" ይብሃል፣ እዚ ዝርዝር በዞም ዚስዕቡ መብርሂታት ኪጠቓለል ይኽእል።-

1. እቲ ናይ መጀመርያ ምድሓን ወይ ክኣ ጽድቂ (ካብ ናይ ሓጢኣት መቕጻዕቲ ምድሓን)
2. እቲ እናዓበየ ዚኸይድ ምድሓን ወይ ክኣ ቅድስና (ካብ ሓይሊ ሓጢኣት ምድሓን)
3. እቲ ናይ መወዳእታ ምድሓን ወይ ክኣ ክብሪ (ካብ ህላወ ሓጢኣት ምድሓን)፣

**መዛተዪ ሕቶታት**

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጒማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጕዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብዅሉ መዳዮም ንኽትስተብህለሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. ናይ ጥቕሲ 1 ኣትኩሮ ኣብ ምንታይ እዩ?
2. ኣብ መንነ ባህርያውን ፍሉይን ምግላጽ እንታይ ፍልልይ ኣሎ?
3. ኣብ ጥቕስታት 2 - 3 ዘሎዉ ሸውዓተ መዳያት ስብእነትን ስራሕን የሱስ ዘርዝሮም።
4. ነቶም ተቐበልቲ እቲ መልእኽቲ፡ እዚ ናይ የሱስ መግለጺታት ንምንታይ የገድሶም?
5. መላእኽቲ ምስ ናይ የሱስ ኣገልግሎት ዝምድናኦም እንታይ እዩ?

# እብራውያን 2

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና ብቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለየ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጕም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።

1. ቀዳማይ ምዕራፍ
2. ካልኣይ ምዕራፍ
3. ሳልሳይ ምዕራፍ
4. ወዘተ...

**ናይቲ ሃዋህው (ኩነታት) መረዳእታ**

ሀ. ቀዳመይትን ካልኣይትን ምዕራፋት እብራውያን ሓንቲ ጥማር ስነ-ጽሑፍ እየን። እታ ኻልኣይቲ ምዕራፍ ናይቶም ኣብ ቀዳመይቲ ምዕራፍ ዝነበሩ ትሕዝቶታት መቐጸልታ እያ። የሱስ ካብ ናይ ብሉይ ኪዳን ምግላጽ ዝበለጸ ምዃኑ (1፡ 1 - 3)፡ የሱስ ካብ መላእኽቲ ዝለዓለ ኸም ዝኾነ (1፡ 4 - 2፡ 18) ተረጋጊጹልና።

ለ. ናይ ካልኣይቲ ምዕራፍ ሓድሽ ኣድህቦ ኣብቲ የሱስ ምስ ህዝቡ ዘሎዎ ርክብ እዩ (2፡ 10 - 18)። የሱስ ***ብሓቂ ግደ ህዝቡ ይካፈል***፡ ንሳቶም ከኣ ኣብቲ ኽብሩ ይካፈሉ። ናይቲ ዝለዓለ ኺዳን ዕላማ፡ ነቲ ሓጥእ ሰብ ናብቲ ናይ ፍጥረት ብሉጽ ክብሩ (መዝ፡ 8) ምምላስ እዩ (2፡ 9 - 11፤ 14 - 18)። የሱስ እቲ ምሉእ ሰብ እዩ፡ እቲ ፍጹም ኣብነትና እዩ።

ሐ. እብራውያን 2 ናይቶም ዚስዕቡ መጠንቀቕታታት ናይ መጀመርያ እዩ (2፡ 1 - 4፤ 3፡ 7 - 4፤ 11፤ 5፡ 11 - 6፡ 12፤ 10፡ 19 - 39፤ 12፡ 14 - 29)። እዚ ናይ መጀመርያ መጠንቀቕታ ናብቶም ናይ ሓድሽ ኪዳን ምግላጽ (ወንጌል) ዝነጸጉ ዝቐንዐ እዩ። እዚ ምናልባት ነቶም ንናይ ሙሴ ኺዳን ዓሚቕ ኽብሪ ዝነበሮም ካብ ኣይሁድ ዝመበቆሎም ህዝቢ ኪኸውን ይኽእል። ስለዚ እዩ ኸኣ ምስቲ ብሉይ ኪዳን እናኣወዳደረ ስምዕታ (መጠንቀቕታ) ዚህብ።

*ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ*

**እብ** 2:1-4

***"ስለዚ ምእንቲ ኸይንጠፍእ፣ ናብቲ ዝሰማዕናዮ ኣዚና ኽንቕልብ ይግብኣና እዩ፣ እቲ ብመላእኽቲ እተነግረ ቓል ካብ ዚጸንዕ። ኵሉ በደልን ዘይምእዛዝን ከኣ ቅኑዕ ፍዳኡ ኻብ ዚቕበል። ምስናይዚ ድማ። ኣምላኽ ከም ፍቓዱ ብትእምርትን ብተኣምራትን በበይኑ ብዝዀነ ሓይልታትን ብምዕዳል መንፈስ ቅዱስን እናመስከረ። ንሱ ኸኣ ብጎይታ ኺነገር ዝጀመረ። ካብቶም ዝሰምዕዎ ኸኣ ኣባና ዝጸንዔስ። ንሕና ግዳ ኽንድዚ ዚኣክል ምድሓን ዕሽሽ ካብ እንብል። ከመይ ጌርና ኽንመልጭ ይከኣለና?"***

**እብ፡** 2፡ 1 **"ስለዚ"** *ነቶም ኣብ ምዕራፍ* 1 *ዘሎዉ ሓቅታት እዩ ዜዘኻኽር።*

▣ **"ይግብኣና"** *እዚ ቓልዚ ብግሪኽ "ዴ" ይብሃል። ትርጕሙ ኸኣ ሞራላዊ ግዴታ ማለት እዩ። እዚ ኻብቶም ኣብ መልእኽቲ እብራውያን* (2፡ 1 - 4) *ንገለ ጕጅለ ኣመንቲ ኣይሁድ ዝተነግሩ መጠንቀቕታታት እቲ ናይ መጀመርያ እዩ። እዞም ክርስትያናት ኣይሁድ ገና ኣብ ቤት መቕደስ ምስቶም ብክርስቶስ ዘይኣመኑ ኣይሁድ የምልኹ ነይሮም። ገለ ኻብዞም መጠንቀቕታታት፡ እዞም ኣመንቲ ኣይሁድ ብወግዒ ናብ ቤተ ክርስትያን ኪጽንበሩን ኣብቲ ምሉእን ረዚንን ዕዮ ምዝርጋሕ ወንጌል ናብ ዓለም* (*ማቴ፡* 28፡ 19 - 20፥ *ሉቃ፡* 24፡ 47፥ *ግብ፡* 1፡ 8) *ኪስጕሙን ብትብዓት ኪውፈዩ የተሓሳስቡ። ካልኦት መጠንቀቕታታት ከኣ ናብቶም ወንጌል ሰሚዖምን ኣብቶም ዝኣመኑ ካልኦት ብጾቶም ኣይሁድ ሓይሊ ኣምላኽ ኪገሃድ ዝረኣዩን፡ ግናኸ ንየሱስ እቲ ተስፋ ዝተገብሮ መሲህ ብግሎም ምቕባል ዝኣበዩን ካብቲ ናይ ካህናት ኣይሁድ ባህሊ ምውጻእ ዘይፈቐዱን ዝቐንዑ እዮም* (*እብራውያን ምዕራፋት* 6*ን* 10*ን*)*።*

▣ **"ኣዚና ኽንቕልብ"** *እዚ ኣብ ቋንቋ ግሪኽ ተሪር ናይ ምንጽጻርን ምምልካትን ሰዋስው እዩ። ትርጕሙ ኸኣ ንሓደ ጕዳይ ወይ ንሓደ ሰብ ምሉእ፡ ፍሉይ ኣቓልቦን ሓልዮትን ምሃብ እዩ* (*ግብ፡* 8፡ 6፤ 10፤ 16፡ 14)*። እቲ ናይ ወዲ ኣምላኽ ሓድሽ ኪዳን* (*ወንጌል*) *ክቡርን ሓደገኛን እዩ። ናይ እግዚኣብሄር ሓቂ ብግቡእ ኪተሓዝ ይግባእ።*

▣ **"ኸይንጠፍእ"** *እዚ ቓልዚ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብዚ ስፍራዚ ጥራይ ኢና እንረኽቦ። ቃል ንቓሉ ኸኣ "ብውሕጅ ተወሰደ" ወይ ከኣ "ሽተት በለ" ይትርጎም። ብምሳሌኣዊ ኣዘራርባ፡ ካብ ውሑስ መዕቆቢ መንቀሲ ዚወስድ ማዕበል ወይ ንፋስ ማለት እዩ።*

*ካብቲ ሓቂ ምንሻርታት ወይ ሽተት ኢልካ ምውጻቕ፡ ከጋጥም ዚኽእል ህሉው ድንገት ምዃኑ የመልክት። ምናልባት እዚ ብምሳሌኣዊ ኣዘራርባ፡ ናብቶም እቲ ናይ የሱስ ሓቂ ንቕድሚት እናሰጎመ ንድሕሪት ዚተርፉ ሰማዕቲ ዚቕንዐ እዩ። ተመሳሳሊ ቓል ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ኣብ ምሳ፡* 3፡ 21 *ስለ ዚርከብ፡ እዚ ናይ እብራውያን ጥቕሲ ነቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ንምዝኽኻር ኪኸውን ይኽእል።*

ነዚ መጠንቀቕታዚ ብሰለስተ መዳያት ክንምልከቶም ንኽእል፡-

1. ነቶም ንወንጌል ሕራይ ምባል ዝኣበዩ ኸም ዘገድስ (ጥቕሲ 3)
2. ነቶም ዝኣመኑ ግናኸ ብእምነት ዘይበሰሉ ኸም ዘስምዕ (ምኽንያቱ "ናብቲ ዝሰማዕናዮ ኣዚና ኽንቕልብ ይግብኣና እዩ" ስለ ዚብል)
3. ነቶም ዝኣመኑ ግናኸ ኣብቲ ናይ መጀመርያ እምነቶም ብክርስቶስ ደው ካብ ምባል ኣብ ሰንከልከል ዘሎዉ

እቲ ቐዳማይ ነቶም ዘይኣመኑ ኣይሁድ ከመልክት ይኽእል። እቶም ካልኣይን ሳልሳይን ግን ንዝኣመኑ ኣይሁድ ኪኾኑ ይኽእሉ። እቲ ጸሓፊ "ኽይንጠፍእ፡ ዝሰማዕናዮ፡ ኽንቕልብ፡ ይግብኣና" ዚብሉ ቓላት እናተጠቕመ "ንሕና" ኺብል እንከሎ፡ ንርእሱ ምስቶም ሰባት ከም ዝጸብጸባ ንግንዘብ። እዚ ኸኣ እቶም ሰባት ኣመንቲ ኸም ዝነበሩ ወይ ከኣ ወንጌል ኣብ ዚሰበኾ ቤት መቕደስ ኣይሁድ (ጥቕሲ 3) ከም ዝነበሩ ይእምት። ግናኸ እዚ "ንሕና" ዚብል ኣጸዋውዓ ኣብ እብ፡ 10፡ 26 ቃል ንቓሉ ዘይኮነስ ከም ኣገባብ ስነ-ጽሑፍ ጥራይ ተባሂሉ ንረኽቦ።

2፡ 2 **"ካብ ዝቕበል"** እዚ ቐዳማይ ደረጃ ኹነታዊ ኣበሃህላ እዩ። እቲ ኹነት ከም ዘጋጠመ በቲ ጸሓፊ ኸም ክዉን ነገር ዝተወስደ ወይ ከኣ ንስነ-ጽሑፋዊ ዕላማኡ ዚጥቀመሉ ዘሎ ኪኸውን ይኽእል።

▣ **"እቲ ብመላእኽቲ እተነግረ ቓል"** እዚ ንሕጊ ሙሴ እዩ ዘመልክት። ኣይሁድ ኣብ ከረን ሲና ኣብ መንጎ ያህወ (እግዚኣብሄር)ን ሙሴን፡ መላእኽቲ መንጎኛታት ነይሮም ኢሎም ይኣምኑ ነበሩ (ዘጸ፡ 3፡ 2፤ 14፡ 19፤ 23፡ 20 - 23፤ 32፡ 34፤ 33፡ 2 መዝ፡ 68፡ 17 ግብ፡ 7፡ 38 53 ገላ፡ 3፡ 19)።

"ካብ ዚጸንዕ" እግዚኣብሄር ንቓሉ በረኸት ይኹን መርገም እሙን እዩ (ዘዳ፡ 27- 28)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ውሕስነት**

**እዚ ብግሪኽ "በባዮስ" ይብሃል፣ ሰለስተ ትርጉማት ከኣ የስምዕ:-**

1. **እቲ ጽኑይ: ርጉጽ ወይ ዘተኣማምን** (ሮሜ: 4: 16፥ 2ቆሮ: 1: 7፥ እብ: 2: 20፤ 3: 6፤ 14፤ 6: 19፥ 2ጴጥ: 1: 10፤ 19)
2. **ናይ ሓደ ነገር እሙንነት ዚምስክረሉ ወይ ዚረጋገጸሉ ኣገባብ** (ሮሜ: 15: 8 እብ: 2: 2 ሉውን ኒዳን ዝጸሓፍዎ "ግሪክ-ኢንግሊሽ ለክሲከን ኦቭ ዘ ኒው ተስታመንት" ቅጺ 1 ገጽ 340: 377: 670)
3. **ኣብ ጳጳሮስ** (ከም ብራና ዜገልግል ሰቲ) **ኣብ ዚጸሓፉ ሕጋዊ ውዕላት ከም ተክኒካዊ ቓል የገልግል ነበረ** (ሙልቶንን ሚሊጋንን ኣብ ዝጸሓፍዎ *ዘ ቮካብለሪ ኦቭ ዘ ግሪክ ኒው ተስታመንት* ገጽ 107 - 8)

**እዚ ኣንጻር እቲ ኣብ እብ: 2: 14 ዘሎ ቓልዩ፣ ተስፋ ኣምላኽ ዘበለ ርግጽ እዩ፣**

▣ **“ዅሉ በደልን ዘይምእዛዝን ከኣ ቅኑዕ ፍዳኡ ዃብ ዚቕበል”** እቲ ንሙሴ ዝተዋህበ ኺዳን ኣብ ምእዛዝ ዝተመርኮሰ እዩ ነይሩ። ብፍቓድካ ዘይምእዛዝ ከኣ ንጹርን ቅጽበታውን ሳዕቤን ነይርዎ (እብ፡ 10፡ 28)።

እተን “በደልን” “ዘይምእዛዝን” ዚብላ ቓላት ኣብ ግሪኽ “ፓራበሲስ”፡ “ፓራኮይ” እየን ዚብላ። ኮነ ኢልካ ተመሳሳሊ ድምጺ ንኺህባ ዝተመርጻ ይመስላ።

▣ **“ከመይ ጌርና ኽንመልቑ ይከኣለና”** መልእኽቲ እብራውያን ንናይ እግዚኣብሄር ሓቂ ዕሽሽ ምባል ክሳዕ ክንደይ ሕሱም ሳዕቤን ከም ዘሎዎ ብዙሕ መሪር መጠንቀቕታታት ዝሓዘት እያ (2፡ 1- 4፤ 3፡ 7 - 4፡ 11፤ 5፡ 11 - 6፡ 12፤ 10፡ 19 - 39፤ 12፡ 14 - 29)።

▣ **“ንሕና ግዳ ኽንድዚ ዚኣክል ምድሓን ዕሽሽ ካብ እንብል”** እታ “ዕሽሽ” እትብል ቃል ብግሪኽ “ኣመልዮ” እያ እትብሃል። ትርጕማ ኸኣ “ንሓደ ነገር ወይ ንሓደ ሰብ ኣቓልቦ ዘይምሃብ ወይ ብእኡ ዘይምግዳስ” ማለት እዩ። እዛ ቓልዚኣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን 1) ኣብ 1ጢሞ፡ 4፡ 14 ጢሞቴዎስ ንመንፈሳዊ ውህበቱ ዕሽሽ ከይብሎ ንምምዓድ ከተገልግል ንረኽባ 2) ኪዳኑ ስለ ዝጠለሙ እግዚኣብሄር ንእስራኤል ሸለል ከም ዝበሎም ንምርግጋጽ (እብ. 8፡ 9)።

እቲ ቐንዲ ሞጎተ እምበኣር እዚ እዩ፡ ነቲ ሕጊ ሙሴ ሸለል ምባል ክሳዕ ክንድዚ ኸበድቲ ሳዕቤናት ካብ ዚህልውዎ፡ ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ዝመጸ ሓድሽን ዝበለጸን ኪዳን ዕሽሽ ምባል ደኣ ክሳዕ ክንደይ ከቢድ ዘይከውን። እናፈለጥካ ንመልእኽቲ ሸለል ምባል ሳዕቤኑ ኽንድቲ ሓይሊ እቲ መልእኽተኛ እዩ (ምስላ መርዓ ዝገበረ ንጉስ ማቴ. 22፡ 2-14)።

እቲ ትርጕም ንኽንርድኦ እምበኣር ክንሓቶ ዘሎና ሕቶ፡ 1) “እዚ ናይ እብ፡ 2፡ 4 መጠንቀቕታ ብዛዕባ ነቲ ሓድሽ ኪዳን (ወንጌል) ምንጻግ ድዩ ዚዛረብ ወይስ 2) ነቲ ሓድሽ ኪዳን ሸለል ምባሉ?” እቲ ኣብ ዘመንና ዘሎ ኣተረጓጕማ ናብቲ ኻልኣይ እዩ ዚዘዙ። ገለ ተርጎምቲ መጽሓፍ ቅዱስውን፡ እቲ ጥቕሲ “ንሕና” ስለ ዚብል ንኣመንቲ እዩ ዚምልከት ኢሎም የራጕድዎ። ግናኸ ኣብ እብ፡ 10፡ 26 እቲ ጸሓፊ ኸምዚ ኣብ እብ፡ 2 ዘሎ “ንሕና” እናበለ ብዛዕባ ዘይኣመንቲ ይዛረብ። ስለዚ እዞም ተቐበልቲ እዚ መልእኽቲ ንወንጌል ዚነጽጉ ዘይኮኑስ፡ ነቲ ሓይሉ ኣብ ህይወቶም ዘነኣእሱ እዮም ነይሮም።

▣ **“ንሱ ኸኣ ብጎይታ ኺንገር ዝጀመረ”** ኣብዚ የሱስ በቲ ናይ ያህወ (እግዚኣብሄር) ናይ ብሉይ ኪዳን ስም ኪጽዋዕ ንርእዮ። ኣብ ብሉይ ኪዳን እግዚኣብሄር “እቲ ዘሎኹ እየ ዘሎኹ” ተባሂሉ ተጸዊዑ ኣሎ (ዘጸ፡ 3፡ 14ሀ። እዚ ስምዚ ዳሕራይ ጎይታ (ኣዶን) ተባሂሉ ተቐይሩ)። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ናይ እብ፡ 2፡ 7 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት። እዚ መጸውዒዚ እምበኣር ሓደ ኻብቶም ናይ ሓድሽ ኪዳን ጸሓፍቲ ናይ የሱስ ኣምላኽነት ዘርእዩሎም መገድታት እዩ። ያህወ (እግዚኣብሄር) ባዕሉ ነቲ ሓቅነት መልእኽቲ የሱስ ይምስክር (ጥቕሲ 3)። ፍሉይ ኣርእስቲ ብዛዕባ ኣርቻ ኣብ እብ፡ 3፡ 14 ተዓዘብ።

▣ **“ካብቶም ዝሰምዕዎ”** ዮሃንስ ካልቪንን ሉተርን እዛ ሓረግዚኣ ንኻልኣይ ወለዶ ክርስትያናት እያ እትምልከት ይብሉ ነይሮም። ብርግጽ እዚ ወለዶዚ ንጳውሎስ ከጠቓልል ኣይክእልን እዩ (ገላ፡ 1፡ 11)። ጳውሎስ እቲ ሰብኣዊ ደራሲ መልእኽቲ እብራውያን ኣይኮነን። ናይ እብ፡ 13፡ 23 መብርሂ ተመልከት።

2፣ 3 “(***ምስናይዚ ድማ፡ ኣምላኽ ከም ፍቓዱ***) ***ብትእምርትን ብተኣምራትን በበይኑ ብዝኾነ ሓይልታትን***...... ***እናመስከረ***” ትእምርትን ተኣምራትን ንኣመንቲ ንምትብባዕን ንዘይኣመንቲ ነቲ ሓቂ ንኺቕበሉ ንምሕጋዝን የገልግሉ (ግብ፡ 2፡ 22)። እግዚኣብሄር ነቲ ናይ ወንጌል ሓቂ ኹሉ ሳዕ ምስክር ይህብ። ኣብቲ ቐዳማይ ናይ የሱስ ምጽኣት፡ ናይ ክፍኣትን ናይ መንፈስ ቅዱስን ሓይልታት ጻዕጺያም ነበሩ። ኣብቲ ኻልኣይ ምጽኣቱውን ከምኡ ኪኸውን እዩ።

▣ “***ብምዕዳል መንፈስ ቅዱስን***” ነፍስወከፍ ኣማኒ ኣብ ግዜ ዳግም ልደቱ ኻብ መንፈስ ቅዱስ እንተ ወሓደ ሓደ መንፈሳዊ ውህበት ይቕበል (1ቆሮ፡ 12፡ 7፤ 11፤ 18 ኤፌ፡ 4፡ 11፤ 12)። እዚ ናይ መንፈስ ቅዱስ ልግሲ ንኣመንቲ፡ ሓደ ኻብቶም ኣብዚ ዘመንዚ ወንጌል ክርስቶስ ሓቂ ምዃኑ ዜረጋግጹ ጭብጥታት እዩ። ገለ ኻብቶም ተቐበልቲ መልእኽቲ እብራውያን ግን ነዚ ሓቅዚ ይኽሕድዎ ወይ ይነጽግዎ ነይሮም።

▣ “***ኣምላኽ ከም ፍቓዱ***” መንፈስ ቅዱስ ውህበታት ይሓርን ይዕድልን (1ቆሮ፡ 12፡ 7፤ 11፤ 18)። ኣመንቲ ውህበት ዚዕደሉ ብኽእለቶም ወይ ውልቃዊ ድሌቶም ኣይኮነን። እቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ውህበት ምስቲ ተፈጥሮኣዊ ኽእለት ሰብ ዚዛመድ ኮይኑ፡ ዝያዳ ይሕይልን ነቲ ኣማኒ ዘይኮነስ ንክርስቶስ ዚኸውን ክብሪ የምጽእን። ኵሎም ውህበታት ነቲ ስጋ ክርስቶስ እዮም ዜገልግሉ። ነፍስወከፍ ኣማኒ ንጥዕናን ዕቤትን እቲ ስጋ እዩ ኺነብር ዘሎዎ።

| |
|---|
| እብ 2: 5-9<br><br>“***ነታ ብዛዕባኣ እንዛረብ ዘሎና እትመጽእ ዓለምሲ ኣብ ትሕቲ መላእኽቲ ኣየግዝኣን፣ ግናኸ ሓደስ እኳ ኣብ ሓደ ስፍራ መስኪሩ ኣሎ። ከምዚ ኢሉ፥ ሰብ። ንስኻ ኽትዝክሮ። እንታይ እዩ፥ ወይስ ወዲ ሰብ። ንስኻ ኽትኣልዮ። እንታይ እዩ? ካብ መላእኽቲ ቕሩብ ኣንኣስካዮ። ኣኽሊል ክብርን ግርማን ከለልካዮ። ኣብ ግብሪ ኣእዳውካ ኸኣ ሸምካዮ፣ ንዅሉውን ኣብ ትቲ ኣእጋሩ ኣግዛእካዮ፣ ንዅሉ ኼግዝኣሉ ኸሎ። ንእኡ ዘየግዝኦ ሓንቲ እኳ ኣይሓደገን፣ ግናኸ ኵሉ ኽም ዚግዝኦ። ንሕና ገና ሎሚ ኣይንርእዮን ኢና ዘሎና. ነቲ ብምኽንያት ስቅያት ሞቱ ኻብ መላእኽቲ ገለ ቕሩብ እተታሕተ የሱስ ግና። ብጸጋ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ኹሉ ሰብ ሞት ምእንቲ ኺጥዕምሲ። ኣኽሊል ክብርን ግርማን ተኸሊሉ ንርእዮ ኣሎና፣***” |

2፣ 5 “***ነታ ብዛዕባኣ እንዛረብ ዘሎና እትመጽእ ዓለምሲ ኣብ ትሕቲ መላእኽቲ ኣየግዝኣን***” ርግጽዩ ሎሚ መላእኽቲ ኣብ ዝበለጸ መንፈሳዊ ቦታ እዮም ዘሎዉ (ዘዳ፡ 32፡ 8 ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን፡ ዳን፡ 10)። ግናኸ ኣብታ እትመጽእ ዓለም፡ ሰባት እዮም፡ ብሳላቲ ሰብ ዝኾነን ኣብ ቦታ ኽብሪ እተቐመጠን መድሓኒኦም፡ ናይ ስልጣን ቦታ ዚሕዙ። እዚ ነቲ ናይ የሱስን ኣመንቱን ልዕልና ኣብ ልዕሊ እቶም ንሕጊ ሙሴ ዘቐበሉ መላእኽቲ የረጋግጸልና (እብ. 1፡ 4-14)።

2፣ 6 “***ግናኸ ሓደስ እኳ ኣብ ሓደ ስፍራ መስኪሩ ኣሎ***” እዛ ኣበሃህላ እዚኣ ናይ እብራይስጢ ቍንቋ (ፍሉይ ላዛ ዘሎዋ) ኣበሃህላ እያ። ነቲ ናይ ምሉእ ብሉይ ኪዳን መንፈሳዊ ድርኺት ድማ ተመልክት።

እቲ ጥቕሲ ኣበይ ከም ዚርከብ ኪዝክር ስለ ዘይከኣለ ኣይኮነን (እብ. 4፡ 4)። ድሕርዚ፡ ከምቲ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ተደጋጊሙ እንረኽቦ፡ ኻብ ብሉይ ኪዳን ደጋጊሙ ይጠቅስ።

▣ **"ሰብ፡ ንስኻ ኽትዝክሮ፡ እንታይ እዩ?"** እዚ ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ካብ መዝ፡ 8፡ 4- 6 ዝተወስደ እዩ። ብዓይኒ ስነ-መለኮት ከኣ ኣብ ዘፍ፡ 1፡ 26፤ 28 ዝተሰረተ እዩ። እብ፡ 2፡ 6፤ 7፤ 8 ብዛዕባ እቲ መሲህ (ወድሰብ) ኣይኮናን። ብዛዕባ ደቂ ሰብ/ ሰባት/ ደቂ ኣዳም እየን። ኣብ መዝሙር ዳዊት እታ "ወድሰብ" እትብል ቃል ከምታ "ሰብ" እትብል ቃል እያ። ንደቅ ሰብ እተመልክት ናይ እብራይስጢ ኣበሃህላ እያ። ብእብራይስጢ "በን ኣዳም" ትብል። ኣብ ትንቢት ህዝቅኤል ከኣ ተዘውቲራ ኣላ (ህዝ፡ 2፡ 1፤ 3፡ 1፤ 3፤ 4፤ 10፤ 17 ወዘተ)።

2፡ 7 "ካብ መላእኽቲ ቕሩብ ኣንኣስካዮ" እዚ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) መቕጸልታ ናይ መዝ፡ 8፡ 5 - 6 እዩ። ነዚ ጥቕሲ ንምትርጓምን ንምትንታንን ክንሓቶ ዝግብኣና ሕቶ፡ እቲ "ኤሎሂም" ዚብል ናይ እብራይስጢ ስም እንታይ ኢልና ንረድኣዮ? ዚብል እዩ።

1. እቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ንመዝ፡ 8፡ 5 "መላእኽቲ" ኢሉ ተርጕምዎ። እቶም ናይ ኣራማይስጢ ሕታማት ተርገመስን ፕህሲታን፡ እቲ ናይ ላቲን ትርጕም ቫልገይትን ካልኦት ሕታማት ትርጕምን ከምኡ ኢሎም ተርጕሞሞ ኣሎዉ።
2. ጂዊሽ ፓብሊከሽን ሶሳይቲ ኦቭ ኣሜሪካ ነቲ "ካብ መላእኽቲ ቕሩብ ኣንኣስካዮ" ዚብል ሓረግ "ካብ መለኮት ቅሩብ ኣንኣስካዮ" ኢሉ ተርጕሙዎ ኣሎ። ብዙሓት ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ሕታማት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ነቲ "ኤሎሂም" ዚብል ስም "እግዚኣብሄር" ይብልዎ። እቲ ስም ከምቲ ኣብ ዘፍ፡ 1፡ 1 ምስ ነጸላ ግሲ እንተ ደኣ ሓቢሩ ንእግዚኣብሄር እዩ ዘመልክት። የሱስውን በዚ ስምዒትዚ ኣብ ዮሃ፡ 10፡ 31 - 39 ተጠቒሙሉ ኣሎ። ንኣማልኽቲ ኣረማውያንውን የገልግል እዩ። እግዚኣብሄርን መላእኽትን ንዘሎውዎ ናይ ሰማይ ጉባኤ መጸውዒውን ኪኸውን ይእኽል (1ነገ፡ 22፡ 19 ዳን፡ 7፡ 10)።
3. ንፈራዶ እስራኤል ዘመልክተሉ ግዜውን ኣሎ (ዘጸ፡ 21፡ 6፤ 22፡ 8 - 9፤ 28 መዝ፡ 82፡ 1፤ 6)።

በዚ ዘይቤ እዚ እቲ ስነ-መለኮታዊ ነጥቢ፡ የሱስን ኣመንቱን (እብ፡ 1፡ 14) ካብ መላእኽቲ ኸም ዚበልጹ እዩ።

ኣብቲ ናይ ግሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ እብ፡ 2፡ 7 ዝተፈልየ ኣወዳድኣ ኣሎዋ። ገለ ጥንታውያን ናይ ግሪኽ ጽሑፋት ካብ መዝ፡ 8፡ 7 እናጠቐሱ ይቕጽሉ። ካልኦት ግን ኣብቲ "ኣኽሊል ክብርን ግርማን ከለልካዮ" ዚብል ጥቕሲ ጠጠው ይብሉ። ከምቲ ኣብ ካልኦት ፍልልያት፡ እዚ ፍልልይዚውን ኣብ ትርጕም ዘምጽኦ ለውጢ የልቦን።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: መለኮታዊ ስማት**

*ሀ*. **ኤል** (ቢ.ዲ.ቢ. 42፤ ኬቢ. 48)

1. *ናይዚ መለኮት ዜመልክት ጥንታዊ ስም ናይ መጀመርያ ትርጕሙ ርጉጽ ኣይኮነን፣ ብዙሓት ምሁራት ግን ሱር እዚ ስም ኣብቲ ብቛንቛ ኣካድያ* (*ናይ ባቢሎን ጥንታዊ ቛንቛ*) "*በርትዐ*" *ወይ* "*ሓየለ*" *ዚብል ቃል ምዃኑ ይኣምኑ* (*ዘፍ*: 17: 1፥ *ዘሁ*: 23: 19፥ *ዘዳ*: 7: 21፥ *መዝ*: 50: 1)፣
2. *ኣብቲ ናይ ከንኣናውያን ጕጅለ ጣኦታት: እቲ ዝለዓለ ጣኦት ኤል እዩ* (*ጽሑፋት ራስ ሻምራ*)፣
3. *ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ: እዚ ኤል ዚብል ስም ብዙሕ ግዜ ምስ ካልኦት ስማት ተደሪቡ ኣይንረኽቦን ኢና፣ ንእግዚኣብሄር ፊሊኻ ንምግላጽ ጥራይ እዩ ዚድረብ፣*
   - *ሀ*. **ኤል-ኤልዮን** (*እቲ ኣዝዩ ልዑል ኣምላኽ*: ቢ.ዲ.ቢ. 42ን 751 ||ን) *ዘፍ*: 14: 18 - 22፥ *ዘዳ*: 32: 8፥ *ኢ.ሳ*: 14: 14
   - *ለ*. **ኤል-ሮይ** ("*እቲ ዚርኢ እግዚኣብሄር*" *ወይ* "*እቲ ርእሱ ዚገልጽ እግዚኣብሄር*": ቢ.ዲ.ቢ. 42ን 909ን) *ዘፍ*: 16: 13
   - *ሐ*. **ኤል-ሻዳይ** ("*እቲ ኹሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር*" *ወይ* "*እቲ ደንጋጺ ኣምላኽ*" *ወይ ከኣ* "*እቲ ናይ ከረን ኣምላኽ*": ቢ.ዲ.ቢ. 42ን 994ን) *ዘፍ*: 17: 1፤ 35: 11፤ 43: 14፤ 49: 25 *ዘጸ*: 6: 3
   - *መ*. **ኤል-ኦላም** (*እቲ ዘለኣለማዊ ኣምላኽ*: ቢ.ዲ.ቢ. 42ን 761ን) *ዘፍ*: 21: 33፣ *እዚ ስምዚ ብስነ-መለኮት ምስቲ እግዚኣብሄር ንዳዊት ዝሃቦ ተስፋ ዝተተሓሓዘ እዩ* (2*ሳሙ*: 7: 13፤ 16)፣
   - *ሠ*. **ኤል-በሪት** ("*ናይ ኪዳን ኣምላኽ*" ቢ.ዲ.ቢ. 42ን 136ን) *መሳ*: 9: 46፣
4. **ኤል ምስዞም ዚስዕቡ ስማት ማዕረ እዩ**
   - *ሀ*. *ያህወ*: **ኣብ** *መዝ*: 85: 8 *ኢ.ሳ*: 42: 5
   - *ለ*. *ኤሎሂም*: **ኣብ** *ዘፍ*: 46: 3 ("*ኣነ ኣምላኽ: ኣምላኽ ኣቦኻ እየ*" *ዚብል ጥቕሲ ብእብራይስጢ* "*ኣነ ኤል: ኤሎሂም ኣቦኻ እየ*" *እዩ*): *እዮ*: 5: 8
   - *ሐ*. *ሻዳይ*: **ኣብ** *ዘፍ*: 49: 25
   - *መ*. "*ቀናኢ*" **ኣብ** *ዘጸ*: 34: 14፥ *ዘዳ*: 4: 24፤ 5: 9፤ 6: 15
   - *ሠ*. "*ርሕሩሕ*" *ወይ* "*መሓሪ*": **ኣብ** *ዘዳ*: 4: 31፥ *ነህ*: 9: 31
   - *ረ*. "*እሙን*": **ኣብ** *ዘዳ*: 7: 9፤ 32: 4
   - *ሰ*. "*ዓብይን መፍርህን*": **ኣብ** *ዘዳ*: 7: 21፤ 10: 17፥ *ነህ*: 1: 5፤ 9: 32፥ *ዳን*: 9: 4

ሸ. "ኵሉ ዚፈልጥ" ኣብ 1ሳሙ 2:: 3

ቀ. "ጽኑዕ ዕርደይ" ኣብ 2ሳሙ 22: 33

በ. "ሕነይ ዝፈደየለይ" ኣብ 2ሳሙ 22:48

ሽ. "እቲ ቅዱስ" ኣብ ኢሳ: 5: 16

ተ. "ብርቱዕ" ኣብ ኢሳ: 10: 21

ቸ. "ምድሓነይ" ኣብ ኢሳ: 12: 2

ነ. "ዓብዪ ስልጡን" ኣብ ኤር 32: 18ለ

ኘ. "ምፍዳይ" ኣብ ኤር 51: 56

5. ናይቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘሎዉ ስማት እግዚኣብሄር ሕውስዋስ ድማ ኣብ እያ: 22: 22 ንረክብ (ኤል: ኤሎሂም: ያህወ ተደጋጊሞም ንረኽቦም)

ለ. ኤልዮን (ቢዲቢ 751፤ ኬቢ 832)

1. እቲ መሰረታዊ ትርጕሙ "ልዑል": "ዝለዓለ" ወይ "ዝበረኸ" ማለት እዩ (ዘፍ: 40: 17፥ 1ነገ: 9: 8፥ 2ነገ: 18: 17፥ ነህ: 3: 25፥ ኤር: 20: 2፤ 36: 10፥ መዝ: 18: 13)

2. ምስ ካልኦት ብዙሓት ናይ እግዚኣብሄር ስማት ወይ መዓርጋት ተመሳሲሉ ይኸይድ

ሀ. ኤሎሂም:- መዝ: 47: 1 - 2፤ 73: 11፤ 107: 11

ለ. ያህወ:- ዘፍ 14: 22፥ 2ሳሙ 22: 14

ሐ. ኤል-ሻዳይ:- መዝ 91: 1፤ 9

መ. ኤል:- ዘሁ 24: 16

ሠ. ኤልህ:- ብዙሕ ግዜ ኣብ ዳን 2 - 6: እዝ 4 - 7 ኣብ ጥቕሚ ንረኽቦ፣ ምስ ኢልኤይር (ብኣራማይስጢ "ልዑል ኣምላኽ" ማለት እዩ) ተዋሲቡ ኣብ ዳን 3: 26፤ 4: 2፤ 5:18፤ 21 ንረኽቦ፣

3. ብዘይእስራኤላውያን ተዘውቲሩ ንረኽቦ

ሀ. መልከጼዴቅ ዘፍ: 14: 18 - 22

ለ. በልዓም ዘሁ: 24: 16

ሐ. ሙሴ ብዛዕባ ኣህዛብ ኣብ ዘዳ: 32: 8 ኺዛረብ እንከሎ

መ. ኣብ ሓድሽ ኪዳን ወንጌላዊ ሉቃስ ንኣህዛብ ኪጽሕፈሎም እንከሎ ነቲ ናይ ግሪኽ ተመሳሳሊ ቓል "ሁፕሲስቶስ" ተጠቒሙ ንረኽቦ (ሉቃ: 1: 32፤ 35፤ 76፤ 6: 35፤ 8: 28 ግብ: 7: 48፤ 16: 17)።

ሐ. ኤሎሂም (ድርብ ወይ ብዙሕ ስም): ኤሎህ (ነጸላ ስም) ብቐንዱ ኣብ ቅኔ (መዝሙር) የግልግሉ (ቢ.ዲ.ቢ. 43፤ ኬቢ. 52)

1. ኤሎሂም ዚብል ስም ካብ ብሉይ ኪዳን ወጻኢ ኣብ ካልእ ኣይርከብን እዩ።
2. እዚ ስምዚ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ወይ ከኣ ንናይ ኣህዛብ ኣማልኽቲ መሰየሚ (መጸውዒ) ኪኸውን ይኽእል (ዘጸ: 12: 12፤ 20: 3)፣ ስድራቤት ኣብርሃም ንብዙሓት ኣማልኽቲ ዘምልኹ እዮም ነይሮም (እያ: 24: 2)።
3. ንፈራዶ እስራኤል ኬመልክት ይኽእል (ዘጸ: 21: 6፥ መዝ: 82: 6)
4. እዚ ኤሎሂም ዚብል ስም ንኻልኦት መንፈሳዊ ሓይልታት (መላእኽቲ: ኣጋንንቲ) መጸውዒውን ኪኸውን ይኽእል፣ ንኣብነት ኣብ ዘዳ: 32: 8 (ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ወይ ሰፕተዋጅንት LXX)፥ መዝ: 8: 5፥ እዮ: 1: 6፤ 38: 7፣ ንሰብኣዊ ፈራዶ መጸውዒውን የገልግል (ዘጸ: 21: 6፥ መዝ: 82: 6)።
5. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ናይ መጀመርያ ናይ ኣምላኽ ስም ወይ መዓርግ እዩ (ዘፍ: 1: 1)፣ ክሳዕ ኣብ ዘፍ: 2: 4 ምስ ያህወ ዚብል ስም ዚዋሰብ ከኣ በይኑ የገልግል፣ እቲ መሰረታዊ ስነ-መለኮታዊ ትርጉሙ: እግዚኣብሄር እቲ ኣብ ምድሪ ናይ ኵሉ ህይወት ፈጣሪ: ሓላውን ናባይን ማለት እዩ (መዝ: 104)።
   ምስ "ኤል" ዚብል ስም ተመሳሳሊ እዩ (ዘዳ: 32: 15 - 19)፣ ምስ ያህወ ዚብል ስምውን ይመሳሰል፣ ብዘይካ እቲ ናይ መለኮታዊ ስማት ፍልልይ: መዝ: 14 (ኤሎሂም) ምስ መዝ: 53 (ያህወ) ልክዕ ሓደ እየን።
6. ዋላኳ ድርብ ስም እንተ ኾነን ንኻልኦት ኣማልኽቲ መጸውዒ እንተ ኣገልገለን: እዚ ኤሎሂም ዚብል ስም ዝበዝሐ ግዜ ንኣምላኽ እስራኤል እዩ ዘመልክት፣ ብዙሕ ሳዕ ከኣ ነጸላ ግሲ (ናይ ተግባር ቃል) ይጥቀም፣ እዚ ድማ ንኣምልኾ ሓደ እግዚኣብሄር የረጋግጽ፣
7. ነዚ ስምዚ ዘይእስራኤላውያንውን ንመጸውዒ ኣምላኽ ተጠቒሞሙሉ

ሀ. መልከጼዴቅ ዘፍ 14: 18 - 22

ለ. በልዓም ዘሁ 24: 16

ሐ. ሙሴ ብዛዕባ ኣህዛብ ኣብ ዘዳ 32: 8 ኺዛረብ

እንከሎ

8. ኣምላኽ እስራኤል ሓደ ኽነሱ: እቲ ንቡር መጸውዒኡ ግን ድርብ (ብዙሕ) ስም ምዃኑ ጋሻ ነገር እዩ፣ ዋላኳ ርግጽ እንተ ዘይኮነ:

እቶም ምኽንያታት እዞም ዚስዕቡ እዮም:-

ሀ. ቋንቋ እብራይስጢ ንኣትኩሮ ንምስሓብ ዚጥቀመሎም

ብዙሓት ድርብ ስማት ኣሎውዎ፣ ምስዚኣቶም ዚዛመድ

ከኣ እቲ ዳሕራይ ኣብ ናይ እብራይስጢ ሰዋስው

ዝተወሰኸ "ንጉሳዊ ወይ ግርማዊ ብዙሕነት" ዚብሃል ቅርጺ

ሰዋስው እዩ፣ ዕላማኡ ኸኣ ናይ ሓደ ሓሳብ ትርጉም

ንምጕላሕ ወይ ንምድማቕ እዩ፣

ለ. እቲ ድርብ ስም ነቲ እግዚኣብሄር ምስቶም ትእዛዙ

ዚፍጽሙ መላእኽቱ ዘሎዎ ናይ ሕብረት ጉባኤ ንምጽዋዕ

ኪኸውን ይኽእል (1ነገ: 22: 19 - 23፥ እዮ: 1: 6፥ መዝ: 82: 1፤ 89: 5፤ 7)፣

ሐ. ድርብ ስም ዝኾነሉ ምኽንያት: ነቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን

እተገልጸ ሰለስተ ስብእነት ዘሎዎ ሓደ ኣምላኽ ንምግላጽውን ኪኸውን ይኽእል፣ ኣብ

ዘፍ 1:1 እግዚኣብሄር ይፈጥር ኣብ ዘፍ 1: 2 መንፈስ ቅዱስ ይዝንቢ: ካብ ሓድሽ ኪዳን ከኣ የሱስ ኣብ ግዜ ምድላው ፍጥረት ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ወኪል ከም ዝነበረ ንግንዘብ (ዮሃ 1: 3፤ 10፥ ሮሜ 11: 36፥ 1ቆሮ 8: 6፥ ቆሎ 1:15፥ እብ 1: 2፤ 2:10)፣

መ. ያህወ (ቢ.ዲ.ቢ. 217፤ ኬቢ. 394)

1. እዚ ስምዚ ንእግዚኣብሄር ከም ናይ ኪዳን ኣምላኽ። ከም መድሓንን ተበጃውን ዘገልጽ ስም እዩ፣ ደቅሰብ ኪዳኖም የፍርሱ። እግዚኣብሄር ግን ንቓሉ። መብጽዓኡን ኪዳኑን እሙን ኮይኑ ይነብር (መዝ 103)፣
   እዚ ስምዚ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ዘፍ 2:4 ምስ ኤሎሂም ዚብል ስም ተጸንቢሩ ተጠቒሱ ንረኽቦ፣ ካብ ዘፍጥረት 1 - 2። ክልተ ዛንታታት ፍጥረት ኣይኮኑን ዘሎዉ፣ ነቲ ዛንታ ፍጥረት ክልተ ግዜ ኣድህቦ ተገይሩሉ ስለ ዝኾነ እዩ።- 1) እግዚኣብሄር ናይቲ ዚርአ ፍጥረት ፈጣሪ 2) እግዚኣብሄር ከም ፍሉይ ፈጣሪ ናይ ሰብ፣ ዘፍ 2:4 ነቲ ንሰብ ዝተዋህበ ሓለፋን ትዕድልትን። ምስዚ ፍሉይ ናይ ሰብ ሓለፋ ዚመጽእ ሓጢኣትን ዕልወትን ንመጀመርያ ግዜ ናብ ብርሃን የምጽእ፣

2. ኣብ ዘፍ 4:26ለ "ሽዑ ሰብ ብስም እግዚኣብሄር (ያህወ) ኪምህለሉ ጀመሩ" ይብል፣ ግናኸ። ዘጸ 6:3 ኸም ዚሕብሮ እቶም ቀዳሞት
   ምስ እግዚኣብሄር ኪዳን ዝነበሮም ኣቦታት ንእግዚኣብሄር ከም ኤል-ሻዳይ (ኵሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር) ጥራይ ይፈልጥዎ ነበሩ፣ እቲ ያህወ ዚብል ስም ሓደ ግዜ ጥራይ ኣብ ዘጸ 3:13 - 16 ብፍላይ ጥቕሲ 14 ተገሊጹ ንረኽቦ፣ ሙሴ ኣብ ጽሑፉቱ ንቓላት በቲ ተፈጥሮኣዊ ኣመዓባብላኦም ዘይኮነስ በቲ ኣብ ህዝቢ ዘሎዎም ትርጒም እዩ ዚጥቀመሎም (ዘፍ። 17። 5፤ 27። 36፤ 29። 13 - 35)፣
   ብዛዕባ ናይዚ ያህወ ዚብል ስም ትርጒም ብዙሓት ክልሰ-ሓሳባት ይቐርቡ እዮም (ካብ ኣይዲቢ። ቅጽ 2። ገጽ 409 - 11)፣
   ሀ. ብቛንቋ ዓረብ "ጽኑዕ ፍቕሪ ኣርኣየ" ኻብ ዚብል ሱር
   ለ. ብቛንቋ ዓረብ "ነፈሰ" ኻብ ዚብል ሱር (ያህወ ከም ማዕበላዊ ኣምላኽ)
   ሐ. ብናይ ኡጋርት (ከንኣን) ቋንቋ "ተዛረበ" ኻብ ዚብል ሱር
   መ. ብመሰረት ኣብ ሓወልቲ ዝተቐርጸ ናይ ፊንቃውያን ጽሑፍ። "እቲ ዘንብር" ወይ "እቲ ዘጽንዕ" ዚብል ትርጒም ኣሎዎ

ሠ. ካብ ናይ እብራይስጢ ቃል፣ ትርጉሙ "እቲ ዘሎ"

ወይ "እቲ ህሉው" (ብናይ መጻኢ ኸኣ "እቲ ዚህሉ")

ማለት እዩ፣

ረ. ካብ ናይ እብራይስጢ ሂፊል፣ ትርጉሙ ኸኣ "እቲ

ንነገራት ከም ዚኾኑ ዚገብር" ማለት እዩ፣

ሰ. ካብ ናይ እብራይስጢ "ነበረ" ዚብል ሱር: ንኣብነት

ኣብ ዘፍ: 3: 20፣ ትርጉሙ "እቲ ወርትግ ዚነብር" ወይ

ከኣ "በይኑ ነባሪ" ማለት እዩ፣

ሸ. ካብቲ ናይ ዘጸ: 3: 13 - 16 ሃዋህው "እቲ ኸሉ ሳዕ

ዝነበርኩ" ወይ "እቲ ኸሉ ሳዕ ዝጸናሕኩ" (ጆይ. ዋሽ

ዋትስ ኣ ሰርቨይ ኦቭ ሲንታክስ ኢን ዘ ኒው

ተስታመንት: ገጽ 67)፣ እቲ ምሉእ ስም ያህወ ብዙሕ

ግዜ ብኣሕጽሮተ ቓል ወይ ከኣ በቲ መበቆላዊ መልክዑ

እዩ ዚጸሓፍ፣

1. ያህ (ንኣብነት ሃለሉ - ያህ: ቢዲቢ 219: ዘጸ: 15: 2፤ 17: 16፥ መዝ: 89: 9፤ 104: 35)
2. ያሁ ("ያህ" ከም መወዳእታ ስማት: ንኣብነት ኢሳይያስ)
3. ዮ (መጀመርያ ስማት: ንኣብነት ዮኤልኣብቲ ናይ ዳሕራይ እምነት ኣይሁድ: እዚ ያህወ ዚብል ስም ኣዝዩ ቅዱስ ስም ስለ ዝተባህለ: ኣይሁድ ኪሰምይዎ ይፈርሁ ነበሩ፣ ነቶም ኣብ ዘጸ: 20: 7፥ ዘዳ: 5: 11፤ 6:13 ዘሎዉ ትእዛዛት ከይጥሕሱ ይፈርሁ ነበሩ፣ ስለዚ ኣብ ክንዲ እቲ ያህወ ዚብል ስም እግዚኣብሄር: ነቲ ኣብ እብራይስጢ "ዋና" "ጎይታ" "ሰብኣይ" "ኣዛዚ" ዘስምዕ ኣዶን ዚብል ቃል ተጠቐሙ፣ ጎይታይ ንምባል ከኣ ኣዶናይ ይብሉ፣ ናይ ብሉይ ኪዳን ጽሑፋት ኪነቡ እንከሎዉ እቲ ያህወ ዚብል ስም እንተ ረኸቡ "ጎይታ" ኢሎም ይነብዎ ነበሩ፣ ስለዚ እዩ ኸኣ እቲ ያህወ ዚብል ስም ኣብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትርጉማት ጎይታ ተባሂሉ ተተርጉሙ ዘሎ፣
4. ከም ኣብ ኤል: ያህወውን ምስ ካልኦት ቃላት ተዋሲቡ ናይቲ ናይ እስራኤል ናይ ኪዳን ኣምላኽ ፍሉያት ባህርያት ንምጉላሕ የገልግል እዩ፣ ብዙሓት ምስኡ ዝተዋሰቡ ቓላት እኳ እንተሎዉ: ገለ ኣብነታት እዞም ዚስዕቡ እዮም፣

ሀ) ያህወ-ዪረ (ያህወ ይህብ: ቢዲቢ 217ን 906ን) ዘፍ: 22: 14

*ለ) ያህወ-ሮፈቃ* (*ያህወ ፈዋሲኻ* እዩ: ቢ.ዲ.ቢ. 217ን 950ን: *ቃል ናይ ግሲ ቕጽል*) *ዘጸ*: 15: 26

*ሐ) ያህወ-ኒሲ* (*ያህወ ሰንደቕ ዕላማይ* እዩ: ቢ.ዲ.ቢ. 217ን 651ን) *ዘጸ*: 17: 15

*መ) ያህወ-መቃዲሽከም* (*ያህወ* እቲ ዚቕድሰካ: ቢ.ዲ.ቢ. 217ን 872ን፤ *ጺሔል* ናይ ግሲ ቕጽል) *ዘጸ*: 31: 13

*ሠ) ያህወ-ሻሎም* (*ያህወ ሰላም* እዩ: ቢ.ዲ.ቢ. 217ን 1022ን) *መሳ*: 6: 24

*ረ) ያህወ-ጸባኦት* (*ጎይታ ሰራዊት*: ቢ.ዲ.ቢ. 217ን 878ን) 1ሳሙ: 1: 3 11 4: 4 15: 2 ብዙሕ ግዜ ኣብ ነብያት ይጥቀስ፣

*ሰ) ያህወ-ሮይ* (*ያህወ ጓሳየይ* እዩ: ቢ.ዲ.ቢ. 217ን 944ን፤ *ቃል ናይ ግሲ ቕጽል*) *መዝ*: 23: 1

*ሸ) ያህወ-ጽድቀኑ* (*ያህወ ጽድቅና* እዩ: ቢ.ዲ.ቢ. 217ን 841ን) *ኤር*: 23: 6

*በ) ያህወ-ሻማ* (*ያህወ ኣብኡ ኣሎ*: ቢ.ዲ.ቢ. 217ን 1027ን) *ህዝ*: 48: 35

▣ **"ኣኽሊል ክብርን ግርማን ከለልካዮ"** ናይ እብ፡ 1፡ 3 ሓጺር መግለጺ ተመልከት።

2፡ 8 እዚ ኻብ *መዝ*፡ 2፡ 6 ዝተወስደ ኾይኑ *ንዘፍ*፡ 1፡ 26፤ 28 - 30 ከኣ ይእምት። እቶም ብመልክዕ ኣምላኽ ዝተፈጥሩ ሰባት (*ዘፍ*፡ 1፡ 26 - 27) ከም ኣመሓደርቲ (ወኪላት እግዚኣብሄር) ኣብ ምድሪ ኾይኖም ኬገልግሉ እዮም ተመዲቦም። ግናኸ እቲ ናይ ዘፍ፡ 3 ውድቀት ነዚ መደብዚ ዓንቂፍዎ (ምስ እብ፡ 2፡ 9 መወዳእታ ኣነጻጽር)።

**2፡ 9 "ንርእዮ ኣሎና"** እቲ ኣብ ጥቕስታት 7ን 8ን ዘሎ በዓል ቤትን ኣብ ጥቕሲ 9 ዘሎ በዓል ቤትን ነንበይኖም እዮም። እቲ ቐዳማይ እቲ ውዱቕ ሰብ እዩ፡ እቲ ኻልኣይ በዓል ቤት ከኣ እቲ ፍጹም ሰብ የሱስ ክርስቶስ እዩ። እግዚኣብሄር ንሰብ ኣብ ዕዙዝ ቦታ ስልጣን ኣቐሚጥዎ፡ ግናኸ ወድሰብ ሓጢኡ ነቲ ስልጣን ከሲርዎ። እቲ ኣምላኽ ክነሱ ሰብ ኮይኑ ዝተገልጸ የሱስ ናይ ደቂ ሰብ ናይ ስልጣን ትዕድልቲ መሊእዎ። ብሞቱ ኸኣ ነቶም ዝኣመኑ ዘበሉ ናብ ቦታ ኽብሪ መሊስዎም። የሱስ ብሓቂ ሰብ እዩ ነይሩ። በዚ ኸኣ ናይ ኣድምን የሱስን ተመሳሳልነት ንርኢ (ሮሜ፡ 5፡ 12 - 21፥ 1ቆሮ፡ 15፡ 21 - 22፤ 45 - 49፥ ፊሊ፡ 2፡ 6 - 11)።

▣ **“ኻብ መላእኽቲ ገለ ቐሩብ እተታሕተ የሱስ”** እዚ ምስ ጥቕስታት 7ን 8ን ዝተገብረ ብሩህ ምንጽጻር እዩ። ናይ የሱስ ትስብእትን ኣብ ምድሪ ዘሕለፎ ግዜን የመልክት።

▣ **“የሱስ”** እዚ ናይ እብራውያን ጸሓፊ፡ ካልእ ከይወሰኸ የሱስ ዚብል ስም ጥራይ ይጥቀም (እብ፡ 2፡ 9፤ 3፡ 1፤ 6፡ 20፤ 7፡ 22፤ 10፡ 19፤ 12፡ 2፤ 24፤ 13፡ 12)። እዚ ንየሱስ ከም ሓድሽ እያሱ ምስ ናይ ብሉይ ኪዳን እያሱ ንምምስሳል ዝተገብረ ኪኸውን ይኽእል። ስማቶም ልክዕ ሓደ ዓይነት እዮም። ናይ መልእኽቲ እብራውያን ጸሓፊ ንኣሪት ዘጸኣት ብሰፊሑ ይጥቀመሉ። ከምቲ እያሱ ንህዝቢ እግዚኣብሄር ናብ ዕረፍቲ እታ ምድሪ ተስፋ ዘእተዎም፡ የሱስውን ናብ ዕረፍቲ ሰማይ (እታ ሻብዓይቲ መዓልቲ) የእትዎም።

▣ **“ብምኽንያት ስቅያት ሞቱ”** እዚ ዘፍ፡ 3፡ 15፥ መዝ፡ 22፥ ኢሳ፡ 53 የንጸባርቕ። የሱስ ንደቅሰብ ኣብ ምብጃው ፈጻሚ ጕዳይ እግዚኣብሄር ኮይኑ መጺኡ።

▣ **“ኣኽሊል ክብርን ግርማን ተኸሊሉ”** እዚ ቐጻልነት ዜመልክት እዩ። ማለት የሱስ ክሳዕ ሕጂ ኽብርን ግርማን ተኸሊሉ ኣሎ ማለት እዩ። ናይ እብ፡ 1፡ 3 ሓጺር መግለጺ ተወከስ።

▣ **“ብጸጋ ኣምላኽ”** እዚ ትርጕምዚ ብግሪኽ “ቻሪቲ ተዮስ” ይብል። ኣብ ናይ ግሪኽ በኸሪ ጽሑፋትን (P[46]፤ א፤ A፤ B፤ C፤ D) ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ትግርኛን ድማ ንረኽቦ። ግናኸ “ካብ ኣምላኽ ዝረሓቐ” (*ኮሪስ ተዮስ*) ዚብል ትርጕም ኣብ ብዙሓት ድሒሮም ዝነበሩ ጥንታውያን ጽሑፋት ድማ ንረክብ። ኣብቲ *አ ተክስቹዋል ኮመንታሪ ኦን ዘ ግሪክ ኒው ተስታመንት* ዚብል መጽሓፍ፡ ብሩስ ኤም. መትዝገር ከምዚ ይብል፦ “እዚ ሓረግዚ ምስ 1ቆሮ፡ 15፡ 27 ዚዛመድ ጎናዊ መግለጺ እዩ ነይሩ፡ ብጌጋ ኸኣ ናይቲ *ቻሪቱ ተዮስ* ዚብል ሓረግ መኣረምታ ኾይኑ ተወሲዱ” (ገጽ 664)።

*ብፖል ኢሊንግወርዝን ኢገን ኤ. ኒዳን ዝተዳለወ አ ሃንድቡክ ኦን ዘ ለተር ቱ ዘ ሂብሪውስ* ኣብ ገጽ 37 ካልእ ርእይቶ የቕርብ፡ “እቲ ኻብ ኣምላኽ ዝረሓቐ (ኮሪስ ተዮስ)” ዚብል ኣበሃህላ ነቲ የሱስ ኣብ መስቀል በይኑ ኸም ዝተረፈ (ማር፡ 15፡ 34) ንምጥቃስ ዝተጠቕመሉ ናይ መዝ፡ 22 ምልክት እዩ። ተመሳሳሊ ርእይቶ ኣብቲ *ጀሮም ቢብሊካል ኮመንታሪ* ዚብል ትንታነ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ገጽ 385 ብማይልስ ኤም. ቡርክ ተዋሂቡ ኣሎ።

ሳልሳይ ኣማራጺውን ኣሎ። እዚ ኻብቲ ናይ ባርት ዲ. ኢህራም *ዘ ኦርቶዶክስ ኮራፕሽን ኦቭ ስክሪፕቸር* ዚብል ብኦክስፎርድ ፕረስ ብ1993 ዝተሓትመ መጽሓፍ ገጽ 146 - 150 ዝተወስደ እዩ። ንሱ፡ እቶም ጽሑፋት ዝቐድሑ (ዝገልበጡ) ነቲ “ኻብ ኣምላኽ ዝረሓቐ” ዚብል ሓረግ ንስነ-መለኮታዊ ዕላማ ኢሎም ለዊጦሞ ይብል። ዕላማኦም ድማ ንግኖስቲካት (ምድሓን ዚረኽቡ ፍሉይ ፍልጠት ዘሎዎም ሒደት ሰባት እዮም ኢሎም ዚምህሩ ዝነበሩ መናፍቓን- መምህራን ሓሶት) ዕድል ንምኽላእ እዩ ነይሩ።

እዚ ለውጢዚ እቶም ቀዳሞት ጸሓፍቲ ኦሪጀንን ጀሮምን ይፈልጥዎ ነይሮም። እታ “ዝረሓቐ” (*ኮሪስ*) እትብል ቃል ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ዓሰርተው ሰለስተ ግዜ ተጻሒፋ ኣላ። እዚ ድማ እቲ ጸሓፊ እብራውያን ነታ ቓል ንምጥቃም ዘሎዎ ዝንባለ የግህደልና። ብመሰረት ኤህርማን (ገጽ 148) ድሕሪ እታ ቓል ኵሉ ሳዕ ኣመልካቲ ዘይብሉ ስም እዩ ዚስዕብ።

▣ **“ሞት ምእንቲ ኺጥዕምሲ”** ናይ የሱስ ስቅያት ፍቓድ እግዚኣብሄር ምንባሩ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ (ዘፍ፡ 3፡ 15 ኢሳ፡ 53፡ 4 10 ማር፡ 10፡ 45 2ቆሮ፡ 5፡ 21)። እዚ ናይ ስቅያት ኣርእስቲ ኣብቶም ኣብ እብ፡ 2 ዘሎዉ ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕስታት ይቕጽል።

▣ **“ኣብ ክንዲ ኹሉ ሰብ”** እዚ ኣበሃህላዚ ነቲ የሱስ ኣብ ክንዲ ኻልኦት ዝሞቶ በጃነት የመልክት (ኢሳ፡ 53፡ 6፥ ሮሜ፡ 5፡ 6፤ 8፤ 10፤ 17 - 19፥ 1ቆሮ፡ 15፡ 22፥ 1ጢሞ፡ 2፡ 4፤ 6፤ 4፡ 10፥ ቲቶ፡ 2፡ 11፥ 2ጴጥ፡ 3፡ 9)። የሱስ ነቲ ናይ ደቅሰብ ናይ ሓጢኣት ሽግር ንምምሓው እዩ ዝሞተ። ንኹሎም ሰባት ካብ ምድሓን ዚዓግቶም ምኽንያት፡ ነቲ ብውዱእ ዕዮ ክርስቶስ ዝተዋህበ ናይ እግዚኣብሄር ናጻ ህያብ ብእምነት ዘይምቕባሎም እዩ (ዮሃ፡ 3፡ 17 - 21)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ**

**ናይ ደራሲ ናይ ወንጌል ኣድልዎ**

ኣብዚ ደረጃዚ ናብ ሓደ ጕዳይ ዝወገነ ኣድልዎ ኽም ዘሎኒ ኽእመነልኩም እደሊ፣ እቲ ኣነ ኽም መትከል ዝኽተሎ ስነ-መለኮት: ካልቪኒዝም ወይ ከኣ እቲ እናዓበየ ዚኸይድ ናይ እግዚኣብሄር ምግላጽ (ዲስፐንሰሽናሊዝም) ኣይኮነን፣ እቲ ዝንባለይ ናብ ዓቢ ተልእኾ ምዝርጋሕ ወንጌል እዩ (ማቴ: 28: 18 - 20፥ ሉቃ: 24: 46 - 47፥ ግብ: 1: 8)፣ እግዚኣብሄር ኵሎም ደቅ ሰብ ኪድሕኑ ናይ ዘለኣለም መደብ ከም ዝነበሮ እየ ዝኣምን (ዘፍ: 3: 15፤ 12: 3፥ ዘጸ: 19: 5 - 6፥ ኤር: 31: 31 - 34፥ ህዝ: 18፤ 36: 22 - 29፥ ግብ: 2: 23፤ 3: 18፤ 4: 28፤ 13: 29፥ ሮሜ: 3: 9 - 18፤ 19 - 20፤ 21 - 31)፣ እግዚኣብሄር ኵሎም እቶም ብምስሉ ዝተፈጥሩ ሰባት ኪድሕኑ መደቡ እዩ ነይሩ (ዘፍ: 1: 26 - 27)፣ እቶም ኪዳናት ኣብ የሱስ ክርስቶስ ጥሙራት እዮም (ገላ: 3: 28 - 29፥ ቆሎ: 3: 11)፣ የሱስ እቲ ተሰዊሩ ዝነበረ ሕጂ ግና ዝተጋህደ ምስጢር እግዚኣብሄር እዩ (ኤፌ: 2: 11 - 3: 13)፣ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መፍትሕ እስራኤል ዘይኮነትሲ እቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ወንጌል እዩ፣

እዚ ቕድመ ምርዳእዚ ንኹሉ ናይ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣተረጓጕማይ መለለዪ እዩ፣ ኵሎም ጽሑፋት ብዓይኒ እዚ ምርዳእዚ እየ ዝነበም፣ ብርግጺ እዚ ሻርነት እዩ፣ ኵሎም ተርጓምቲ ኽምዚ ዓይነት ዝንባለ ኣሎዎም፣ ግናኸ እዚ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝተመርኰሰ ግምት እዩ፣

**እብ 2:10-13**

**“እቲ ኹሉ ምእንታኡ ኹሉውን ብእኡ ዝኾነ። ንብዙሓት ውሉድ ናብ ክብሪ እናእተዎም። ነቲ ራእሲ ምድሓኖም ብስቅያት ኪፍጽም ተገብኦ፣ ማለት፥ እቲ ዚቕድስን እቶም ዚቕደሱን ኵላቶም ካብ ሓደ እዮም፣ በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ፥ ስምካ ነሕዋተይ ክነግሮም። ኣብ ማእከል ማሕበርውን ክዝምረልካ እየ። ኢሉ ኣሕዋተይ ንምባሎም ኣይሓፍርን እዩ፣ ደጊሙ ኸኣ፥ ኣነ ኣብኡ ኽውከል እየ። ከም ብሓድሽውን፥ እኔኹ። ኣነን እቶም ኣምላኽ ዝሃበኒ ውሉድ። ይብል”**

2፡ 10 **"እቲ ኹሉ ምእንታኡ ኹሉውን ብእኡ ዝኾነ... ተገብኦ"** እቶም ኣብ ክንዲ ስማት ዘሎዉ ቓላት (ተውላጠ ስም) ዘይንጹራት እዮም። ንእግዚኣብሄር ኣቦ ኬመልክቱ ይኽእሉ (ሮሜ፡ 11፡ 36) ወይ ከኣ ንእግዚኣብሄር ወዲ (እብ፡ 1፡ 2፤ 3፥ ቆሎ፡ 1፡ 15 - 17)። ኣብቲ ዳሕረዋይ ክፍሊ እቲ ጥቕሲ፡ የሱስ ከም "ራእሲ" ተጻሒፉ ስለ ዘሎ፡ እቲ ቐዳማይ ክንዲ ስም ንእግዚኣብሄር ኣቦ ዘመልክት ኪኸውን ኣሎዎ። ግናኸ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ግዜ ፍጥረት ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ወኪል ወይ ወዳእ ነገር እዩ ነይሩ (እብ፡ 1፡ 2፥ ዮሃ፡ 1፡ 3፥ 1ቆሮ፡ 8፡ 6፤ 15፡ 25 - 27)፡ ከምቲ ኣብ ግዜ ምድሓን ዝገበሮን ብሕጂ ድማ ኣብ ግዜ ፍርዲ ዚገብሮን።

▣ **"ንብዙሓት ውሉድ ናብ ክብሪ እናእተዎም"** ናይ ሓድሽ ኪዳን ስድራቤታዊ መዳይ ኣብተን ዝተረፉ ጥቕስታት እብ፡ 2 ምሉእ ብምሉእ ይርአ። ክንደይ ግዜ ስድራቤታዊ ቓላት ከም ዝተጠቕሳ ኣስተብህል። ናይ ሓድሽ ኪዳን ዕላማ (ሸቶ)፡ ናብቲ ዝወደቐ ወድሰብ መልክዕ ኣምላኽ ምምላስ እዩ። እታ "ብዙሓት" እትብል ቃል "ኵሉ" ስለ ዘይተባህለት "ሒደት" ወይ "ገለ" ተመልክት ማለት ኣይኮነን (ጥቕሲ 9 "ንፍስወከፍ" ኣስተብህል)። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ "ብዙሕ"ን "ኵሉ"ን ከም ተመሳሰልቲ ቓላት በብተራ እየን ዘገልግላ (ኢሳ፡ 53፡ 6 ምስ 11፡ 12 ከምኡውን ሮሜ፡ 9፡ 18 ምስ 19 ኣነጻጽር)። ስለዚ ማር፡ 10፡ 45፤ 14፡ 24 ን"ሒደት" ዘይኮነስ ን"ብዙሓት" ዚምልከታ እየን። እዞም ሓሳባትዚኣቶም ነቲ ኣኽራሪ ካልቪናዊ እምነት (ሱፕራ-ላፕሳርያን) ከም ጭብጢ ዜገልግሉ ኣይኮኑን።

▣ **"ነቲ ራእሲ ምድሓኖም ኪፍጽም"**

▣እታ **"ኪፍጽም"** እትብል ቃል፡ "ምሉእ ምኻን፡ ብሱል፡ ንዝተዋህቦ ዕዮ ድሉው" ማለት እያ (ኤፌ፡ 4፡ 12)። ናይ እብራውያን ጸሓፊ "ፍጹም" ንእትብል ቃል ንክርስቶስ ንምግላጽ ሰለስተ ግዜ ይጥቀመላ (እብ፡ 2፡ 10፤ 5፡ 9፤ 7፡ 28)፡ ንሰዓብቲ ክርስቶስ ንምግላጽ ከኣ ከምኡ ሰለስተ ግዜ ይጥቀመላ (እብ፡ 10፡ 12፤ 11፡ 39፤ 12፡ 23)። ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

የሱስ ፍጹም ሰብ እዩ ኾይኑ (ሉቃ፡ 2፡ 40 52)። ብእምነትን ምእዛዝን ዓብዩ (ሉቃ፡ 2፡ 40 52)። ብጸላኢ ተፈቲኑ (እብ፡ 5፡ 8- 9)። ነፍስወከፍ መንፈሳዊ ዕንቅፋት ገጢሙ ስዒሩ (እብ፡ 4፡ 15)። ንደቅሰብ ዓብዪ ኣርኣያ ኾይኑ (1ጴጥ፡ 2፡ 21)።

---

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ራእሲ (ብግሪኽ ኣርቾጎስ)**

እቲ "ራእሲ" ዚብል ቃል ብግሪኽ "ኣርቾጎስ" እዩ ዚብሃል፣ ካብቲ "መበገሲ" ዚትርጉሙ ናይ ግሪኽ ሱር (ኣርቓ)ን ካብቲ "መርሐ" ዚብል ናይ ግሪኽ ሱር (ኣጎ)ን ዝመጸ እዩ፣ እዚ ውሁድ ቃልዚ ንገዛኢ: መስፍን: መራሒ (ሰብ ወይ መልኣኽ) ኬገልግል ጀሚሩ፣ እዚ ቓልዚ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ጥራይ እዩ ዚርከብ፣

1. ራእሲ ህይወት ግብ: 3: 15
2. ራእሲ ግብ: 5: 31
3. ራእሲ ምድሓኖም ኪፍጽም እብ: 2: 10

---

4. ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን እብ። 12፡ 2

የሱስ ጀማሪ። ወሃብን ደምዳምን ምድሓን እዩ፣

▣ **"ብስቅያት"** ብኣዘራርባ ሰብ፡ የሱስ ብስቅያት እዩ ፍጹም ኮይኑ (እብ፡ 5፡ 8 - 9)። የሱስ ብዙሕ ሳዕ ብዛዕባ እቶም ሰዓብቱ ዚረኽቦም መከራ ተዛሪቡ (ማቴ፡ 5፡ 10 - 12፥ ዮሃ፡ 15፡ 18 - 19፤ 17፡ 14)።

እታ ቐዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ካብ ኣይሁድ፡ ኣረማውያን፡ መንግስቲ ሮማን እቲ እኩይን ብዙሕ ተቓውሞ ረኺባ እያ። እግዚኣብሄር ግን ነዚ ተቓውሞዚ እሙንነትን ንክርስቶስ ምምሳልን ንኼፍሪ ተጠቒሙሉ (ሮሜ፡ 8፡ 17፥ ፊሊ፡ 1፡ 29፥ 2ጢሞ፡ 3፡ 12፥ ያቆ፡ 1፡ 2 - 4፥ 1ጴጥ፡ 4፡ 12 - 19)። እዚ ሓቅዚ በዞም ዚስዕቡ ኺበርህ ይኽእል፡- 1) ብሉይ ኪዳን (እብ፡ 11) 2) ናይ ጳውሎስ ኣገልግሎት (1ቆሮ፡ 4፡ 9 - 12፤ 6፡ 4 - 10፤ 11፡ 24 - 27)።

### 2፡ 11 "እቲ ዚቕድስን እቶም ዚቕደሱን"

እዚ ኣበሃህላዚ ነቶም "ቀደሰ" ወይ "ቅዱስ" ዚብሉ ቓላት ብምብርራይ ዚግበር መግለጺ እዩ (እብ፡ 10፡ 10፤ 14)። እቲ ቐዳማይ ኣብ ህሉው ግዜ ናይ የሱስ ቀጻሊ ተግባር ንምግላጽ እዩ፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ ኣብ ህሉው ግዜ ኣብ ካልኦት ዝተፈጸመ ተግባር ንምብራህ የገልግል (ንሰዓብቲ የሱስ ዮሃ፡ 17፡ 19)። የሱስ ምስ ህዝቡ ይውግን (እብ፡ 1፡ 14፤ 2፡ 6 - 8፤ 9 - 18)።

ኣመንቲ ብእግዚኣብሄር ኣቦ ይቕደሱ (ዮሃ፡ 17፡ 17፥ 1ተሰ፡ 5፡ 23)፡ እዚ ቕድስናዚ ብመገዲ ወይ ውክልና ወዲ ኣምላኽ (1ቆሮ፡ 1፡ 2፥ ኤፌ፡ 5፡ 26፥ እብ፡ 10፡ 10፤ 14፤ 29፤ 13፡ 12)። እዞም መዳያትዚኣቶም ኣብ እብ፡ 2፡ 11 ይጥርነፉ።

1. ቅዱስ ኣቦ
2. ቅዱስ ወዲ
3. ቅዱሳት ኣመንቲ (1ጴጥ፡ 1፡ 13 - 25)

እዚ ብመንፈሳዊ ቦታን ብተሞኩሮን ሓቂ እዩ። ኣብ ክርስቶስ ቅዱሳን ኢና፡ ከም ክርስቶስ ቅዱሳት ክንከውን ከኣ ተጸዊዕና ኣሎና።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ቅድስና**

ሓጥኣን ብንስሓን እምነትን ናብ ክርስቶስ ኪምለሱ እንከሎዉ ብኡ ንብኡ ኸም ዚጸድቁን ዚቕደሱን ሓድሽ ኪዳን የረጋግጸልና፣ እዚ እቲ ብክርስቶስ ዘሎዎም ሓድሽ ቦታ እዩ፣ ናይ ክርስቶስ ጽድቂ ተቘጺሩሎም ኣሎ፣ ብናይ እግዚኣብሄር ፍርዳዊ መገዲ ጻድቃንን ቅዱሳንን ተባሂሎም ይስመዩ፣

ግናኸ ሓድሽ ኪዳን ንኣመንቲ ናብ ቅድስናን ምውፋይ ርእሰኻን ይድርኸም ከኣ እዩ፣ እዚ በቲ ውዱእ ዕዮ የሱስ ክርስቶስ ዝተዋህበ ስነ-መለኮታዊ መሰል እዩ: ኣብ ዕለታዊ ህይወት ብኣተሓሳስባን ተግባርን ንየሱስ ናይ ምምሳል መጸዋዕታ ኸኣ እዩ፣ ከምቲ ምድሓን ናጻ ህያብን ንኹሉ ዚቐብጽ ናብራን ዝኾነ: ቅድስና ኸኣ ከምኡ እዩ፣

| **ናይ መጀመርያ ምላሽ** | **እናዓበየ ዚኸይድ ንክርስቶስ ምምሳል** |
|---|---|
| **ግብ**: 20: 23፤ 26: 18 | **ሮሜ**: 6: 19 |
| **ሮሜ**: 15: 16 | 2**ቆሮ**: 7: 1 |
| 1**ቆሮ**: 1: 2 - 3፤ 6: 11 | 1**ተሰ**: 3: 13፤ 4: 3 - 4፤ 7፤ 5: 23 |
| 2**ተሰ**: 2: 13 | 1**ጢሞ**: 2: 15 |
| **እብ**: 2: 11፤ 10: 10፤ 14፤ 13: 12 | 2**ጢሞ**: 2: 21 |
| 1**ጴጥ**: 1: 1 | **እብ**: 12: 14 |
| | 1**ጴጥ**: 1: 15 - 16 |

▣ **"ኩላቶም ካብ ሓደ እዮም"** ኣብዛ ጥቕሲዚኣ ኣብ ሓደሓደ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ "ኣቦ" ዚብል ቃል ኣሎ። ኣብቲ ናይ ግሪኽ ትርጉም ግን የልቦን። እቲ ዚቕጽል ጥቕሲ ግን ንየሱስ እዩ ዚውክል። እዚ ኣበሃህላዚ ኣብ ናይ የሱስ ሰብኣውነት ዜተኩር እዩ (እብ፡ 2፡ 14)።

▣ **"በዚ ምኽንያትዚ ኣሕዋተይ ኪብሎም ኣይሓፍርን እዩ"** የሱስ ምሉእ ብምሉእ ንርእሱ ምስቶም ዚኣምኑ ደቅሰብ ይሕውሳ። ብስቅያቱ ምስሊ እግዚኣብሄር ኣብኣቶም ተሓዲሱ። እቶም ዚቕጽሉ ሰለስተ ጥቕስታት ብሉይ ኪዳን (12 - 13) ብገለ መዳዮም ካብ ኣርእስቲ ዝወጹ ይመስሉ። ግናኸ ብኣበሃህላ ራብያት (ካህናት ኣይሁድ) ዝተቐርጹ ንመሲህ ካብ ዜመልክቱ ጽሑፋት ዝተወሰዱ እዮም። እቶም ጥቕስታት 10 - 18 ዜቕርብዎ ስእሊ ናይ የሱስ ምሉእ ሕብረት ምስ ሰዓብቱ እዩ።

1. ክልቲኣቶም ነቦ ይእውጁ
2. ክልቲኣቶም ነቦ የመስግኑ
3. ክልቲኣቶም እምነቶም ኣብ ኣቦ የንብሩ
4. የሱስ (እቲ ኣብ እብ፡ 2፡ 13ለ ዘሎን) ሰዓብቱ (ኣብ እብ፡ 2፡ 13ለ ኣሕዋተይ ተባሂሎም ዘለዉን) በቲ ኣብ ንወዲ ዝሃቦ ውህበት ኣቢሎም ዝተጠምሩ እዮም
5. የሱስን ሰዓብቱን ሰብኣዊ ፍጥረት ኣሎዎም
6. የሱስን ሰዓብቱን ተፈቲኖም እዮም

2፡ 12 - 13 እዞም ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕስታት፡ የሱስ ከመይ ገይሩ ንኣመንቱ ኸም ዚመስል የረድኣና።

2፡ 12 **“ስምካ ነሕዋተይ ክነግሮም”** እዚኣ መዝ፡ 22፡ 22 እያ። ብትንቢት ከኣ ንስቕለት የሱስ ክርስቶስ ተዘንቱ።

**▣ ኣኼባ (ጉባኤ፡ ሕብረት ወይ ማሕበር)**

ፍሉይ ኣርእስቲ: ቤተ ክርስትያን ወይ ማሕበር (ኤክለሽያ)

እዛ ኤክለሽያ እትብል ናይ ግሪኽ ቃል ካብ ክልተ ቓላት ዝተሃንጸት እያ፣ ትርጕም እቶም ቃላት “ካብ”ን “ዝተጸውዑ”ን ዚብሉ እዮም፣ ስለዚ እታ ቓል: ብኣምላኽ ዝተጸውዑ ወይ ዝተሓርዩ ተስምዕ፣ እታ ቐዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ነዛ ቓልዚኣ: ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎዋ ኣጠቓቕማ እያ ወሲዳታ (ግብ: 19: 32፤ 39፤ 41)፣ እቲ ናይ ግሪኽ ትርጕም ብሉይ ኪዳን ከኣ ነታ ቓል ንኣኼባ (ጉባኤ ወይ ሕብረት) እስራኤል ንምምልካት ተጠቒሙላ (ዘሁ: 16: 3፤ 20: 4)፣ እቶም ናይ ሓድሽ ኪዳን ክርስትያናት ንነብሶም መቐጸልታ ናይ ብሉይ ኪዳን ህዝቢ እግዚኣብሄር ብምሕሳብ ነታ ቓል ከም መጸውዒቶም ገይሮማ፣ ንሳቶም እታ ሓዳስ እስራኤል (ሮሜ: 2: 28 - 29፥ ገላ: 6: 16፥ 1ጴጥ: 2: 5፤ 9፥ ራእ: 1: 6) እዮም ነይሮም፣ ምልክት ዓወት ናይቲ ናይ እግዚኣብሄር ተልእኾ ናብ ዓለም ከኣ እዮም (ዘፍ: 3: 15፤ 12: 3፥ ዘጸ: 19: 5 - 6፥ ማቴ: 28: 18 - 20፥ ሉቃ: 24: 47፥ ግብ: 1: 8)፣

እዛ ኤክለሽያ እትብል ቃል እምበኣር ኣብ ወንጌላትን ግብሪ ሃዋርያትን ብብዙሕ ትርጕማት እያ እተገልግል:-

1. ዓለማዊ ኣኼባ ኸተማ ግብ: 19: 32፤ 39፤ 41
2. እቶም ኣብ መላእ ዓለም ብክርስቶስ ህዝቢ ኣምላኽ ዝኾኑ ማቴ: 16: 18ን ኤፌሶንን
3. ኣብ ሓደ ኸባቢ ዚእከቡ ናይ ክርስቶስ ኣመንቲ ማቴ: 18: 17፥ ግብ: 5: 11 (ኣብዘን ጥቕስታት እታ ናይ የሩሳሌም ቤተ ክርስትያን)
4. ህዝቢ እስራኤል ብጥርኑፍ ግብ: 7: 38 ኣብ ናይ እስጢፋኖስ ስብከት
5. ኣብ ሓደ ዞባ ዘሎዉ ህዝቢ ኣምላኽ ግብ: 8: 3 (ኣብ ይሁዳ ወይ ፍልስጤም)

2፡ 13 **“ኣነ ኣብኡ ኽውክል እየ”** እዛ ሓረግዚኣ፡ ካብ ኢሳ፡ 8፡ 17 ዝተጠቕሰት እያ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ኻብቲ ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን ዝተፈልየ፡ እንሓንሳእ ኣዝዩ ዝተፈልየ፡ ናይ ግሪኽ ትርጕም ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ብቐጻሊ ይጥቀም። ሎሚ ኣብ ግዜና ብሓደ ቛንቋ ብዙሓት ትርጕማት መጽሓፍ ቅዱስ ምህላዎም፡ ብዙሕ ክትዕ የስዕብ እዩ። ነብብቲ ንገለ ትርጕማት ካብ ካልኦት ትርጕማት ንላዕሊ ዝያዳ ይቕበሉዎም። ናይ ገለ ተርጎምቲ ዕላማን መንፈሳውነትንውን ኣብ ሕቶ ይኣቱ። እግዚኣብሄር፡ ወንጌል ናብታ ኣብ ጥንቲ ዝነበረት ናይ ቀረባ ምብራቓዊት ዓለም

ንምልኣኽ ነቲ ናይ ግሪኽ ትርጉም ካብ ተጠቕመ፡ ሎሚውን ኣብ ግዜና ኽምኡ ንምግባር ነቶም በበይኖም ትርጉማት ብርግጽ ኪጥቀመሎም ይኽእል እዩ። እቲ ዘገድስ ናይ ትርጉም ፍልስፍና ኣይኮነን። ሰባት እቲ ናይ ክርስቶስ ጥዑም ብስራት ኪሰምዕዎን ኪኣምኑን እግዚኣብሄር ምድላዩ እዩ።

▣ **"እኔኹ፡ ኣነን እቶም ኣምላኽ ዝሃበኒ ውሉድን"** እዚ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ካብ ኢሳ፡ 8፡ 18 ዝተወስደ ጥቕሲ እዩ። እቲ ኣውራ ዕላማኡ ኽኣ ነቲ የሱስ ምስ ኣመንቱ ዘሎዎ ሓድነት ንምግላጽ እዩ (ምስ እብ፡ 2፡ 17 ኣነጻጽር)።

> **እብ 2:14-18**
>
> **"እምብኣርሲ ብሓቂ ንዘርኢ ኣብርሃም ኣልዓሎ እምበር። ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን እሞ። እቶም ውሉድ ብደምን ስጋን ካብ ዚሓብሩስ። ብሞቱ ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ምእንቲ ኺስዕር። ንሱውን ድያብሎስ እዩ። ነቶም ብፍርሃት ሞት ብዘሎ ዘመኖም ብባርነት ተታሒዞም ዝነበሩ ኹላቶም ሓራ ምእንቲ ኼውጽኦም ኢሉ። ንሱውን ብእኡ ሓበሮም፣ ስለዚ ነቲ ሓጢኣት ህዝቢ ምእንቲ ኼተዓርቕ። ብናይ ኣምላኽ ዘበለ ደንጋጽን እሙንን ሊቀ ኻህናት ምእንቲ ኪኸውን ብኹሉ ነቶም ኣሕዋቱ ኺመስሎም ተገብኣ፣ ንሱ ባዕሉ ኺፍተን ከሎ ተሰቅዩ እዩ እሞ። ነቶም ዚፍተኑ ኺረድኦም ይከኣሎ እዩ፣"**

2፡ 15 "ካብ" እዚ ቐዳማይ ደረጃ ኹነታዊ ኣበሃህላ እዩ። እዚ ኣበሃህላዚ እቲ ጸሓፊ ብኣረኣእያኡ ወይ ንስነ-ጽሑፋዊ ዕላማኡ፡ ከም ርዱእ ሓቂ ኽም ዚውስዶ ንምብራህ እዩ።

▣ **"እቶም ውሉድ ብደምን ስጋን ካብ ዝሓብሩስ.... ንሱውን ብእኡ ሓበሮም"** እቲ ሓበሮም ዚብል ቃል ብግሪኽ "ኮይኖንያ" እዩ ዚብል። ነቲ ኻብ መጀመርያ ዝተራእየን ዝቐጸለን ምሉእ ሰብኣውነት የሱስ ከኣ ይገልጽ። ጥቕስታት 14ን 17ን የሱስ ብሓቂ ሰብ ምኻኑ የረጋግጽ። እዚ ድማ ናይቶም ቀዳሞት ግኖስቲካውያን ናይ ሓሶት መምህራን (ምድሓን ዚረኽቡ ፍሉይ ፍልጠት ዘሎዎም ሒደት ሰባት እዮም ኢሎም ዚምህሩ ዝነበሩ መናፍቓን- መምህራን ሓሶት) ስነ-መለኮታዊ ሽግር እዩ ነይሩ (1ዮሃ፡ 4፡ 1 - 6)።

ብግሪኽ እቲ ሓረግ ቃል ንቓሉ "ደምን ስጋን" እዩ ዚብል። እዚ ኻብቲ ልሙድ ኣጠቓቕማ እቲ ሓረግ ዝተፈልየ እዩ። እቶም ካህናት ኣይሁድ ነቲ ሓረግ ድኻም ወድሰብ ንምግላጽ እዮም ዚጥቀሙሉ ነይሮም። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ሓረግ ብግልባጡ ብምውሳድ፡ ዋላኳ የሱስ ሰብ እንተ ነበረ፡ ብናይ ደቅሰብ ሓጥእ ውድቀት ከም ዘይተተንከፈ ንኽርኢ ዚተጠቕመሉ ይመስል (ሮሜ፡ 8፡ 3፥ ፊሊ፡ 2፡ 7 - 8)።

መልእኽቲ እብራውያን ኣብ ክልቲኡ ኣብ ኣምላኽነትን (እብ፡ 1፡ 1 - 3፤ 4፡ 14) ሰብኣውነትን የሱስ ተተኩር።

1. የሱስ ፍጥረት ሰብ ወሲዱ 2፡ 14

2. ከም ሰባት ብኸሎ ተፈቲኑ 4፡ 15

3. ብብርቱዕ ኣውያትን ንብዓትን ናብ ኣቦ ኣእውዩ 5፡ 7

4. ብስቅያት ፍጹም ኮይኑ 5፡ 8 - 9

▣ **"ብሞቱ"** ብሞት የሱስ፡ ሞት መይቱ (ተቐቲሉ)። እዚ እቲ ናይ ኣይሁድ ሓፈሻዊ ናይ መስዋእቲ ስነ-መለኮታዊ ትምህርቲ እዩ (ዘሌ፡ 1 - 7)። ሓደ ጻድቕ ኣብ ክንዲ ኹላ ዓለም መይቱ (ሮሜ፡ 5፡ 12 - 21፥ 2ቆሮ፡ 5፡ 14 - 15፤ 21)።

**2፡ 15 "ምእንቲ ኺስዕር"** እዚ ኺስዕር ዚብል ካብ "ሰዓረ" ዝፈልፈለ እዩ። ትርጉሙ ብግሪኽ "ካታርጅዮ" እዩ ዚብል። ኣብ ሮሜ፡ 6፡ 6 ኸኣ "ኺጠፍእ" ተባሂሉ ተተርጒሙ ኣሎ። ኣብ 2ተሰ፡ 2፡ 8ለ እውን ተመሳሳሊ ትርጉም ሒዙ ኣሎ። ትርጉም እዚ ቓልዚ ኻብ ትሕዝቶ ጽሑፋት ብርግጽ ንምትርጓም ኣሸጋሪ እዩ። እንሓንሳእ "ኪስዕር" ዚብል ትርጉም ኪህልዎ ይኽእል፡ ካልእ ግዜ ኸኣ "ባዶን ጥራዩን ገበረ" ዚብል ትርጉም ኪሕዝ ይኽእል (1ቆሮ፡ 15፡ 24፥ ኤፌ፡ 2፡ 15)። ግናኸ እቲ ቓል፡ "ባዶ ገበረ" "ባዶን ጥራዩን ገበረ" "ሰዓረ" ኪትርጎም ይኽእል (ሮሜ፡ 3፡ 3፤ 31፤ 4፡ 14፤ 6፡ 6፥ 1ቆሮ፡ 2፡ 6፤ 13፡ 8፥ 2ቆሮ፡ 1፡ 7)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ባዶን ጥራዩን (ካታርጅዮ)**

እዚ "ካታርጅዮ" ዚብል ቃል ሓደ ኻብቶም ጳውሎስ ዚፈትዎም ቃላት እዩ ነይሩ፣ እንተ ወሓደ ዕስራን ሓሙሽተን ግዜ ተጠቒሙሉ ኣሎ፣ ግናኸ እዚ ቓልዚ ገፊሕ ናይ ትርጉም ዝርጋሐ ኣሎዎ፣

ሀ. እዚ ቓልዚ ዝፈልፈለሉ ሱር "ኣርጎስ" ዚብል ቃል እዩ፣ ትርጉም "ኣርጎስ" ከኣ

1. ዘይንጡፍ

2. ሃካይ

3. ኣብ ጥቕሚ ዘይወዓለ

4. ዘይረብሕ

5. ኣብ ግብሪ ዘይውዕል

ለ) "ካታ" ዚብል ወሰኽ ብቕድሚኡ እንተ ተደራብዎ ኸኣ ነዞም ዚስዕቡ ሓሳባት ይገልጽ:-

1. ድንዛዘ
2. ከንቱነት
3. ዝተሰረዘ
4. ዝተወገደ
5. ፍጹም ኣብ ግብሪ ዘይውዕል

ሐ) እቲ ቓል ሓንሳብ ኣብ ወንጌል ሉቃስ: ምፍራይ ዝኣበየት ዘይትረብሕ ኦም ንምግላጽ ኣገልጊሉ ኣሎ (ሉቃ: 13: 7)፣

መ) ጳውሎስ ብምስላዊ ኣገባብ ብኽልተ መገዲ ተጠቒሙሉ ኣሎ

1. እግዚኣብሄር: ጸላእቲ ሰብ ንዝኾኑ ነገራት ከንቱ ኸም ዝገበሮም
   ሀ) ናይ ሰብ ናይ ሓጢኣት ባህሪ ሮሜ: 6: 6
   ለ) ሕጊ ሙሴን ተስፋ እግዚኣብሄርን ሮሜ 4: 14፥ ገላ 3:17፤ 5: 4 11፥ ኤፌ: 2:15
   ሐ) መንፈሳዊ ሓይልታት 1ቆሮ 15:24
   መ) እቲ ወዲ ዓመጻ 2ተሰ 2:8
   ሠ) ስጋዊ ሞት 1ቆሮ 15:26፥ 2ጢሞ 1: 16 (እብ 2: 14)
2. እግዚኣብሄር ነቲ ብሉይ ዘመን: ብሉይ ኪዳን ብሓድሽ ከም ዝተክአ
   ሀ) ንሕጊ ሙሴ ዚምልከቱ ነገራት ሮሜ 3: 3፤ 31፤ 4:14፥ 2ቆሮ 3: 7፤ 11፤ 13፤ 14
   ለ) ንሕጊ ብምሳሌ ናይ መርዓ ሮሜ 7: 2፤ 6
   ሐ) ናይዚ ዘመንዚ ትሕዝቶ ፍልጠት ምልኣት 1ቆሮ 13:8፤ 10፤ 11
   መ) እዚ ናይ ምድሪ ስጋ ወይ ስጋና 1ቆሮ 6:13
   ሠ) መራሕቲ ወይ ገዛእቲ እዚ ዘመንዚ 1ቆሮ 1:28፤ 2:6

እዚ ቓልዚ ብብዙሕ መገድታት ኪትርጎም ይኽእል። እቲ ቐንዲ ትርጉሙ ግን ንሓደ ነገር ከንቱ ምግባር፡ ባዶን ጥራዩን ምግባር፡ ኣብ ግብሪ ዘይውዕል ወይ ሓይሊ ዘይብሉ ምግባር ማለት እዩ። እዚ ማለት ግን ነቲ ነገር ከም ዘይነበረ ምግባር፡ ምብራስ ወይ ምጽናት ማለት ኣይኮነን።

▣ **"ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ... ንሱውን ድያብሎስ እዩ"** ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ሞት ፍጹም ስልጣን የብሉን (እዮ፡ 2፡ 4 - 6፥ 1ቆሮ፡ 5፡ 5)፡ ግናኸ ብሞት ናይ ምፍርራህ ሓይሊ ኣሎዎ፡ ማለት ናይ ፍርሃት ሞት ሓይሊ ሒዙ ኣሎ (እብ፡ 2፡ 16)። ነዚ ናይ ፍርሃት ሓይሊዚ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ደቅሰብ የወጣውጦ (1ቆሮ፡ 15፡ 54 - 57)። ኣብ ዓለም ንፍቓድ እግዚኣብሄር ንምዕንቃፍ ዝተዋፈረ ናይ ክፍኣት ሓይሊ ኣሎ (ዮሃ፡ 12፡ 31፤ 14፡ 30፤ 16፡ 11፥ 2ቆሮ፡ 4፡ 4፥ ኤፌ፡ 2፡ 2፥ 1ዮሃ፡ 4፡ 4፤ 5፡ 19)። የሱስ ንሞት ስዒርዎ እዩ (2ጢሞ፡ 1፡ 10)፡ ናይ ሞትን ሲኦልን መፍትሕ ከኣ ኣብ ኢድ የሱስ እዩ (ራእ፡ 1፡ 18)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ሰይጣን**

እዚ ኣርእስትዚ ብብዙሕ ምኽንያታት ኣሸጋሪ ኣርእስቲ እዩ

1. ብሉይ ኪዳን ንሰይጣን ከም ኣውራ ጸላኢ ጽድቂ ዘይኮነስ ከም ሓደ ንደቅሰብ ኣማራጺ ዘቕርብን ካብ መገዲ ጽድቂ ብምዝባሎም ዚኸስስን ኣገልጋሊ እግዚኣብሄር / ያህወ ገይሩ እዩ ዘፋልጦ፣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ሓደ ኣምላኽ (ኣሃዱ ኣምላክ)። ሓደ ሓይልን ሓደ ዕላማን- ንሱ ኸኣ እግዚኣብሄር- እዩ ዘሎ፣
2. ብሰንኪ ጽልዋ ኽልተኣዊ ህላወ ሰናይን ክፉእን ወይ ብርሃንን ጸልማትን ዚኣምኑ ናይ ፋርስ እምነታት ከም ዞርኣስተርያኒዝም። እቶም ኣብ መንጎ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ (ኣፖክሪፋ) ብዛዕባ ሓደ ንኣምላኽ ቀንዲ ጸላኢኡ ዝኾነ ኣካል ዚምልከት ኣተሓሳስባ ኽማዕብሉ ጀሚሮም፣ እዚ ኸኣ ብተራኡ ንናይ ካህናት ኣይሁድ እምነትን ማሕበረሰብ ኢሲንን (ኣብ ምዉት ባሕሪ ዝተረኽቡ ብራንታት) ጸልዩዎም፣
3. ሓድሽ ኪዳን ነቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ኣርእስትታት እናመረጸ ግናኸ ብንጹር እናፈላለየ (እናነፈየ) ብዓይነት መዲብዎም፣

ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስነ-መለኮት ንኽፉኣት መናፍስቲ ምእንቲ ኸነጽንየም ንነፍስወከፍ መጽሓፍ። ደራሲ ወይ ቅዲ ኣጸሓሕፋ መጽሓፍ ቅዱስ በብሓደ እንተ መርመርና። ኣዝዮም ዝተፈላለዩ ርእይቶታት ኣብ ጉዳይ ክፉኣት መናፍስቲ ንረክብ፣

ነዚ ጕዳይዚ። ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ኣብ ዝኾኑ ምንጭታት ሃይማኖታት ዓለምን ምብራቓዊ ሃይማኖታትን ተመርኲስና እንተ መርመርናዮ ግን መብዛሕትኡ እቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብዛዕባ ኽፉእ መንፈስ ዘሎ ሓሳባት ብናይ ፋርስ እምነት ክልተኣዊ ህላወ ሰናይን ክፉእን። ከምኡውን ናይ ግሪኽን ሮማውያንን እምነት ኣብ መናፍስቲ ተጸልዩ ንረኽቦ፣

መለኮታዊ ስልጣን መጽሓፍ ቅዱስ ከም ቅቡል እንተ ደኣ ወሲድናዮ፡ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣመዓባብላ እናዓበየ ዚኸይድ ምግላጽ ከም ዝኾነ ኽንሓስብ ይግባእ፣ ነቲ ሓሳብ ናይ ኣይሁድ ጽውጽዋይ ወይውን ናይ ምዕራብ ስነ-ጽሑፍ (ከም ናይ ዳንተ፡ ሚልቶን) ከይጸልውዎ ክርስትያናት ኪጥንቀቑ ይግባእ፣ እዚ ኣርእስትዚ ብዛዕባ ምግላጽ ሓደ ምስጢራውን ዘይግሉጽን ኣርእስቲ እዩ፣ እግዚኣብሄር ኵሉ መዳያት ክፉእ መንፈስ፡ ምንጩ፡ ምዕባሌኡ፡ ዕላማኡ ኽይፍለጥ ደልዩ፣ እዚ ኽፉእ መንፈስ ከም ዝተሳዕረ ግን እግዚኣብሄር ኣፍሊጡ፣

ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ እቲ "ሰይጣን" ወይ "ከሳሲ" ዚብል ስም ምስ ሰለስተ በበይኖም ጕጅለታት ኪተኣሳሰር ይኽእል፣

1. ሰብኣውያን ከሰስቲ (1ሳሙ 29: 4፥ 2ሳሙ 19: 22፥ 1ነገ 11:14፤ 20፤ 29፥ መዝ 109: 6)

2. ከሰስቲ መላእኽቲ (ዘሁ 22: 22 - 23፥ እዮ 1 - 2፥ ዘካ 3: 1)

3. ከሰስቲ ኣጋንንቲ (1ዜና 21: 1፥ 1ነገ 22: 21፥ ዘካ 13: 2)

   እቲ ናይ ዘፍ 3 ተመን ምስ ሰይጣን ሕብረት ከም ዘሎዎ ዝተቐጽረ፡ ኣብቲ ኣብ መንጎ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ዝነበረ ዘመን እዩ (መጽሓፈ ጥበብ 2: 23 - 24፥ 2ሄኖክ: 31: 3)፣ ካብዚ ግዜዚ ድሒሩውን ካህናት ኣይሁድ ተቐቢሎምዎ (ሶት 9ለ፥ ሳንህ 9ሀ)፣ እቶም ኣብ ዘፍ: 6 ዘሎዉ ደቂ ኣምላኽ ኣብ 1ሄኖክ: 54: 6 መላእኽቲ ይብሎም፣ እዚ ንጠቕሶ ዘሎና፡ ናይቲ ጽሑፍ ስነ-መለኮታዊ ሓቅነት ንምርግጋጽ ዘይኮነስ ኣመዓባብላኡ ንምግላጽ እዩ፣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን እዞም ናይ ብሉይ ኪዳን ተግባራት፡ ኣካል ብዘሎዎም ክፉኣት መላእኽቲ ኽም እተገብሩ ይገሃድ (1ቆሮ: 11: 3፥ ራእ: 12: 9)፣

ብብሉይ ኪዳን ንምንጪ ኣካል ዘሎዎ ኽፍእ ሓይሊ ምግላጽ ኣሸጋሪ ወይ ዘይከኣል እዩ፣ ሓደ ኻብቶም ምኽንያታት ናይ እስራኤል ጽኑዕ እምነት ኣብ ሓደ ኣምላኽ እዩ (1ነገ: 22: 20 - 22፥ መክ: 7: 14፥ ኢሳ: 45: 7፥ ኣሞ: 3: 6)፣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘጋጠመ ዕንወት፡ ያህወ (እግዚኣብሄር) ፍሉይነቱን ቀዳማዊነቱን ንኼርኢ ዝገበሮ እዩ ተባሂሉ ይሕሰብ ነይሩ (ኢሳ: 43: 11፤ 44: 6፤ 8፤ 24፤ 45: 5 - 6፤ 14፤ 18፤ 21፤ 22)፣ ምንጪ ሓበሬታ ኪኾኑና ዚኽእሉ ጽሑፋት 1) እዮ: 1 - 2: ኣብዚ ሰይጣን ሓደ ኻብቶም "ደቂ ኣምላኽ" (መላእኽቲ) ኮይኑ ተጠቒሱ ኣሎ፣ 2) ኣብ ኢሳ: 14፥ ህዝ: 28 ንትዕቢት ሰይጣን (1ጢሞ: 3: 6) ንምብራህ ናይ ቀረባ ምብራቕ ትዕቢተኛታት ነገስታት ባቢሎንን ጢሮስን ተዘንትዮም ኣሎዉ፣ ብዛዕባዚ ኣገባብዚ ዘይረግአ/ ዝተሓዋወሰ ስምዒት እዩ ዘሎ፣ ህዝቅኤል ናይ ገነት ኤደን ምሳሌ ይጥቀም፡ ንንጉስ ጢሮስ ከም ሰይጣን ይገብሮ (ህዝ: 28: 12 - 16) ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንንጉስ ግብጺ ኸኣ ከም ሕማቕን ጽቡቕን እተፍልጥ ኦም ገይሩ ይገልጾ (ህዝ: 31)፣ ግናኸ ኢሳ: 14 ብፍላይ ኣብ ጥቕስታት 12 - 14: ብትዕቢት ዝተፈጸመ ዕልወት መላእኽቲ ትትንትን፣ እግዚኣብሄር ናይ ሰይጣን ፍሉይ ተፈጥሮን ምንጩን ኪነግረና እንተ ዚደሊ፡ በዞም ጥቕስታት እዚኣቶም ምጥቃም ቄናን ኣገባብን ቦታን ምኾነ፣ ንኣሽቱን ዘይንጹራት ሓሳባት ናይ ብሉይ ወይ ሓድሽ ኪዳን፡ ጸሓፍቲ፡ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጻሕፍቲ ወሲድካ ናይ ሓደ መለኮታዊ ሕንቅልሕንቅሊቶይ ኣካል ምግባርም ክንጥንቀቐሉ ዘሎና ዝንባለ እዩ፣

ምስ ናይ ኣልፍረድ ኤደርሽም *ዘ ላይፍ ኣንድ ታይምስ ኦቭ ጂሰዝ ዘ መሲየ*: ቅጽ 2: ጥብቆ 13 ኣብ ገጽ 748 - 763 ከምኡውን ጥብቆ 16 ኣብ ገጽ 770 - 776 እሰማማዕ እየ፣ ንሱ ናይ ካህናት ኣይሁድ እምነት (ኣይሁድነት) ብናይ ፋርስ ክልተኣዊ ህላወ (ክፉእን ጽቡቕን) ከምኡውን ናይ ኢጋንንቲ ግምትን ብልዑል ደረጃ ድሮ ተጸልዩ ኸም ዝነበረ ይጽሕፍ፣ ኣብዚ ኣርእስትዚ: ካህናት ኣይሁድ ናይ ሓቅነት ርጡብ ምንጪ ኪኾኑ ኣይክእሉን እዮም፣ ኣብዚ ጉዳይዚ የሱስ ብመሰረቱ ኻብቲ ኣብ ቤተ መቕደስ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ዚብሃል ዝነበረ ትምህርትታት ዝተፈንተተ እዩ ነይሩ፣ ናይ ያህወ (እግዚኣብሄር) ጸላኢ ዝኾነ ሊቀ መላእኽቲ ዚብል ሓሳብ: ካብቶም ኣብ ናይ ኢራን ክልተኣዊ ኣምልኾ ዘሎዉ ዝለዓሉ ኣማልኽቲ ዝኾኑ ኣህኪማንን ኦርማዛን ዝነቐለ እዩ ዚብል ኣተሓሳስባ ኣሎኒ፣ እዚ ዳሕራይ ብካህናት ኣይሁድ ያህወን (እግዚኣብሄር) ሰይጣንን ናብ ዚብሃሉ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ክልተ ተጻረርቲ ኣካላት ማዕቢሉ፣

ብዛዕባ ኣካል ዘሎዎ ናይ ክፍኣት ሓይሊ: ሓድሽ ኪዳን ኣረዳድኣኡ እናወሰኸ እዩ መጺኡ፣ ከም ናይቶም ካህናት ኣይሁድ ሰፊሕ ትንታነ ዝተገብሮ ግን ኣይኮነን፣ ጽቡቕ ኣብነት ናይዚ ፍልልይዚ እቲ "ኣብ ሰማይ ዝተኻየደ ውግእ" እዩ፣ ምድርባይ (ውድቀት) ሰይጣን ናይ ግድን ኪኸውን ዝነበሮ ቕኑዕ ውሳነ እዩ: እቶም ዝርዝራት ግን ኣይተዋህቡናን፣ እቲ ዝተገልጸውን ብናይ ምጽኣት ዓለም ኣገባብ ዝተጻሕፈ ስዉር ነገር እዩ (ራእ: 12: 4፤ 7፤ 12 - 13)፣ ዋላኳ ሰይጣን ብየሱስ ተሳዒሩ ናብ ምድሪ እንተ ተሰጐ: ገና ናይ ያህወ (እግዚኣብሄር) ኣገልጋሊ ኾይኑ እዩ ዚሰርሕ (ማቴ: 4: 1፥ ሉቃ: 22: 31 - 32፥ 1ቆሮ 5: 5፥ 1ጢሞ 1: 20)፣

ኣብዚ ኣርእስትዚ ዘሎና ናይ ምፍላጥ ህንጡይነት ክንገትእ ኣሎና፣ ኣካል ዘሎዎ ናይ ፈተናን ክፍኣትን ሓይሊ ኣሎ፣ ግናኸ ሓደ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ዘሎ: ንምርጫታትና ኸኣ ባዕላትና ተጠየቕቲ (ብሓላፍነት ተሓተቲ) ኢና፣ ቅድምን ድሕርን ምድሓን መንፈሳዊ ውግእ ኣሎ፣ ዓወት ዚወሃበናን ዚሕሎን ከኣ በቲ ስሉስ ኣምላኽ (ብስላሴ) ጥራይ እዩ፣ ክፍኣት ተሳዒሩ እዩ: ንሓዋሩ ኸኣ ኪውገድ እዩ፣

**2፡ 14 "ብሓቂ"**

▣ **"(ንዘርኢ ኣብርሃም) ኣልዓሎ እምበር፡ ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን"** ኣብቲ ናይ ግሪኽ በኸሪ ጽሑፍ፡ እቲ "ኣየልዓሎምን" ዚብል ቃል ኣትኩሮ ንምስሓብ ኣብ ቅድሚት ተሰሪዑ ንረኽቦ። ነዚ ተግባርዚ ዚገልጽ ግሲ "ኤፒላምባኖ" እዩ። ሱር እዚ ግሲ ኸኣ "ላምባኖ" እዩ። እዚ "ላምባኖ" ዚብል ሱር ግሲ ንጽቡቕ ይኹን ንሕማቕ (ንእወታ ወይስ ንኣሉታ) ኪውዕል ይኽእል። ትርጕሙ ኸኣ "ወሰደ" "ጨበጠ" ይትርጎም። ኣብዚ ኹነታትዚ ናይ የሱስ ጽቡቕ ተግባራት ኣብ ክንዲ እቶም ዝኣመኑ ደቅሰብ እዩ ዚገልጽ (እብ፡ 8፡ 9)። እዞም ተግባርትዚኣቶም ግን ንመላእኽቲ ኣይተዋህቡን። ስለዚ የሱስን ሰዓብቱን ብሓደ ሸነኽ፡ መላእኽቲ ኸኣ በቲ ኻልእ ሸነኽ ተሰሪዖም ንረኽቦም።

▣ *"ንዘርኢ ኣብርሃም"* እግዚኣብሄር ነቲ ቆልዓ ዘይነበሮ ኣብርሃም ብዙሓት ሓድጊ ወይ ውሉድ ናይ ዘሎውዎ ህዝቢ ኣቦ ኽገብረካ እየ ኢሉ ተስፋ ሂብዎ ነበረ (ዘፍ፡ 12፡ 2፤ 15፡ 2 - 6፤ 17፡ 4 - 7፤ 18፡ 10፤ 18)። እቲ "ዘርኢ" ዚብል ቃል ንጽል ወይ ድርብ ቃል ኪኸውን ይኽእል። ስለዚ ንህዝቢ እስራኤልን ነቲ ዚመጽእ መሲህን የመልክት። ካብ ካልኦት ጥቕስታት ሓድሽ ኪዳን ከኣ እቲ ቓል ንዓሌት ወይ ተግባር ዘይኮነስ ንእምነት ከም ዘመልክት ንግንዘብ (ዮሃ፡ 8፡ 31 - 59፥ ገላ፡ 3፡ 7፤ 9፤ 29፥ ሮሜ፡ 2፡ 28፤ 29)። ተስፋታት ኣብርሃም ኣብ ዅነታት ዘይምርኮሱ (ዘይዅነታውያን) እዮም ነይሮም (ብፍላይ ዘፍ፡ 15፡ 12 - 21፥ ሮሜ፡ 4)፡ እቲ ናይ ሕጊ ሙሴ ኪዳን ግን ኣብ ምእዛዝ ዝተመርኮሰ እዩ ነይሩ።

2፡ 17 *"ብዅሉ ነቶም ኣሕዋቱ ኺመስሎም ተገብኦ"* ናይ የሱስ ናይ ምምላድ ኣገልግሎት ኣብ ክንዲ ሰብ ምስቲ ብዛዕባ ተፈጥሮ ዘሎዎ ምሉእ ምርዳእ ዚዛመድ እዩ (እብ፡ 2፡ 11፤ 18፤ 4፡ 15)፡ ስለዚ ኸኣ ሊቀ ኻህንና እዩ።

▣ *"ደንጋጽን እሙንን ሊቀ ኻህናት ምእንቲ ኪኸውን"*

**ፍሉይ ኣርእስቲ: የሱስ ከም ሊቀ ኻህናት**

*መልእኽቲ እብራውያን ኣብ ሓድሽ ኪዳን ንየሱስ ሊቀ ኻህናት ኢሉ ብምጽዋዕ ፍሉይ መጽሓፍ እዩ፣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ብዙሕ ስፍራታት መሲህ ብስም ካህናት ተጸዊዑ ኣሎ (መዝ*: 110: 4፥ *ዘካ*: 3 - 4)፣ *እዚ ሓሳብዚ ኣብ እብ*: 4: 14 - 5: 10 *ከምኡውን እብ*: 6: 13 - 7: 28 *ዝያዳ ኺዓቢ እዩ፣*

*መልእኽቲ እብራውያን ንናይ የሱስ ናይ ሊቀ ኻህናት ዕዮ ብብዙሕ መገድታት ይገልጾ*:-

1. *ካሕሳ ሓጢኣት ብምኽፋል* (*እብ* 2: 17 7: 27 9:14)
2. *ነቶም ብሓጢኣት ዚፍተኑ ሓይሊ* (*እብ* 2:18)
3. *ብግዜ ጸበባ ጸጋ* (*እብ* 4:15-16)
4. *ናይ ዘለኣለም ህይወት ይህብ* (*እብ* 5: 9 - 10)
5. *ምምላድ ኣብ ክንዲ ኣመንቲ* (*እብ* 7:25)
6. *ናብቲ ቅዱስ ኣምላኽ ንምቕራብ እሙንቶ* (*እብ* 10: 19 - 21)

▣ *"ነቲ ሓጢኣት ህዝቢ ምእንቲ ኼተዓርቕ"* እቲ *"ኼተዓርቕ* (*ዕርቂ*)*"* ዚብል ቃል ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ነቲ ኣብ ቅድስተ ቅዱሳን ኣብ ልዕሊ ታቦት ኪዳን ዝነበረ መኽደን መተዓረቒ እዩ ዜመልክት። ግናኸ ኣብ ግሪኽ ንዝተቐጠዐ መለኮታዊ ሓይሊ ምህዳእ እዩ ዚእምት። ነቲ ኣብ መንጎ ኣማልኽትን ደቅሰብን ዘጋጠመ ዕንቅፋት ንምእላይ። ብሰንኪ እዚ ቓናዚ፡ ትርጕማት መጽሓፍ ቅዱስ

እቲ ቓል ምስ ስም እግዚኣብሄር (ያህወ) ተጸንቢሩ ኺዝውተር ስለ ዘይምእምኦም፡ ኣብ ክንዲ "ኬተዓርቕ" ዚብል ቃል "ኺዓዲ" ወይ "ኪኽሕስ" ይጥቀሙ። የሱስ ንፍርድን ምሕረትን እግዚኣብሄር የሰማምዖም (1ዮሃ፡ 2፡ 2፤ 4፤ 10)። እዚ ግን እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ቀጥዒ ኣምላኽን እቲ መፍቀሪ የሱስ ክርስቶስን ጌርና ኽንርእዮ ኣይግባእን። ኣቦ ንወዱ ንየሱስ ልኢኽዎ (ዮሃ፡ 3፡ 16)። ወዲ ንኣቦ ይውክሎን ይመስሎን።

▣ 2፡ 18 **"ንሱ ባዕሉ ኺፍተን ከሎ ተሰቅዩ እዩ እሞ" እቲ "ተሰቅዩ" ዚብል ቃል ናይ የሱስ ስቅያት ቀጻሊ ኽም ዝነበረ እዩ ዜመልክት። እቲ "ኺፍተን" ዚብል ቃል ብግሪኽ "ፔራዞ" እዩ ዚብሃል። ክሳዕ ጥፍኣት ምፍታን ዚብል ስምዒት ወይ ሓሳብ ኣሎዎ** (እብ፡ 4፡ 15፥ ማቴ፡ 4፡ 1)። **ኣብ ቀራንዮ** (ጎልጎታ) **እቲ እኩይ ንየሱስ ኬጥፍኦ ሓሲቡ፡ ግናኽ እግዚኣብሄር ነቲ ናይ ክፍኣት ሓሳብ ናብቲ ዓቢ ናይ ምድሓን ዓወት ለዊጥዎ።**

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ን"ፈተና" ዜመልክቱ ናይ ግሪኽ ቃላትን ኣመቶምን**

ኮነ ኢልካ ናይ ፈተና መፈንጠራ ምዝርጋሕ ዜመልክቱ ኽልተ ናይ ግሪኽ ቃላት ኣሎዉ፣

1. *ዶኪማዞ። ዶኪምዮን። ዶኪማስያ*

   እዛ ቓልዚኣ ናይ ሰራሕቲ ብረት ቃል እያ፣ ትርጕማ ኽኣ ናይ ሓደ ኣቕሓ ጽሬት ወይ ሓቅነት (ብተምሳሌኣዊ ኣዘራርባ ኽኣ ናይ ሰብ ሓቅነት) ንምንጻር እያ እትገልግል፣ ሓዊ ነቲ ናይ ሓቂ ብረት ይኾልያ። ነቲ ዛዕጊ (ምምራት) ከኣ የቃጽሎ፣ እዚ መስርሕ ምጽራይዚ እግዚኣብሄር ይኹን ሰይጣን ወይውን ሰብ ኣብ ካልኦት ንዘሎዎም ጽልዋ ዚገልጽ ረዚን ቁንቁኛ እዩ፣ እዚ ቓልዚ ብእወታዊ መገዲ እዩ ፈተና ዚገልጽ፣ ዕላማኡ ኽኣ ድሕሪ ናይ ምንጻህ ፈተና ቕቡል ንምኳን እዩ፣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ነዞም ዚስዕቡ ንምፍታን የገልግል።

   ሀ) ኣብዑር ሉቃ 14፡ 19

   ለ) ንርእስና 1ቆሮ 11፡ 28

   ሐ) እምነትና ያቆ 1፡ 3

   መ) ዋላውን ንእግዚኣብሄር እብ 3፡ 9

   ናይዞም ፈተናታት ውጽኢታት እወታዊ ኾይኖም እዮም ዚግመቱ (ሮሜ 1:28፣ 14፡ 22 16 :10 2ቆሮ 10:18 13:3 ፊሊ 2፡ 27 1ጴጥ 1።፡ 7)፣ ስለዚ እቲ ቓል ንሓደ ዝተፈተነ እሞ እዞም ዚስዕቡ ባህርያት ዘርኣየ ሰብ ይገልጽ።-

   ሀ) ብቑዕ

ለ) ሕያዋይ

ሐ) ሓቀኛ

መ) ጠቓሚ

ሠ) ክቡር

2. ፔራዞ: ፔራስመስ

እዚ ቓልዚ ጌጋ ንምርካብ ወይ ንምንጻግ ንሓደ ነገር ብፈተና ምፍታሽ ይእምት፣ ምስቲ ናይ የሱስ ናይ በረኻ ፈተና ተተሓሒዙ ድማ ይዝውተር፣

ሀ) ንየሱስ ብፈተና ናይ ምፍንጣር ፈተነ ይገልጽ (ማቴ: 4: 1 16: 1 19: 3 22: 18 35 ማር 1: 13 ሉቃ 4:38 እብ 2:18)፣

ለ) እቲ ፔራዞን ዚብል ቃል ከኣ ኣብ ማቴ 4: 3 1ተሰ 3: 5 ናይ ሰይጣን መጸውዒ ኾይኑ የገልግል

ሐ) የሱስ ንእግዚኣብሄር ክንፍትኖ ኸም ዘይግባእ ንምግላጽ ተጠቒሙሉ (ማቴ 14: 7፥ ሉቃ 4:12 ወይ ከኣ ንክርስቶስ ከይንፍትኖ 1ቆሮ 10: 9)፣ ንሓደ ዝፈሸለ ነገር ከተስርሖ ምፍታንውን የመልክት (ግብ 9: 20፤ 20:21፥ እብ 11: 29)፣ ንናይ ኣመንቲ ፈተናን ጸበባን ንምግላጽውን ይውዕል (1ቆሮ 7: 5፤ 10: 9፤ 13፤ ገላ 6: 1፥ 1ተሰ 3: 5፥ እብ 2: 18፥ ያቆ 1: 2፤ 13፤ 14፥ 1ጴጥ 4: 12፥ 2ጴጥ 2: 9)፣

▣ **"ነቶም ዚፍተኑ ኺረድኦም ይኽእሎ እዩ"** እዚ ሓቅዚ ኣብ እብ፡ 4፡ 15ውን ተደጊሙ ኣሎ። የሱስ ነቶም ረዲኤት ዚደልዩ ህዝቡ ይመስል (እብ፡ 2፡ 17)።

**መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት**

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጕዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብኾሉ መዳዮም ንኽተስተብህሉሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. ሓድሽ ኪዳን ካብ ናይ ሙሴ ኺዳን ዝበልጸሉ መገድታት ጥቐስ።
2. ስለምንታይ እዩ ጸሓፊ እብራውያን ካብቲ ናይ ኦሪት (ሙሴ) ኪዳን ደጋጊሙ ዚጠቕስ?

3. እቶም ኣብ እብራውያን 2 ዘሎዉ መጠንቀቕታታት ንመን እዮም?
4. እብ፡ 2፡ 6 - 8 ንደቅ ሰብ ድዩ ዜመልክት ወይስ ንየሱስ?
5. ስለምንታይ የሱስ ኪስቀ ኣድልዩ፡ ንክርስትያንከ ስቅያት እንታይ ጽልዋ ኣሎዎ?
6. ብመሰረት እብ፡ 2፡ 14 ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ናይ ሞት ሓይሊ ኣሎዎ ድዩ?
7. የሱስ ዝመጸሉ ምኽንያታት ዘርዝር።

# እብራውያን 3

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጉም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።

1. ቀዳማይ ምዕራፍ
2. ካልኣይ ምዕራፍ
3. ሳልሳይ ምዕራፍ
4. ወዘተ…

**ናይቲ ሃዋህው (ኾነታት) መረዳእታ** እብ፡ 3፡ 1- 4፡ 13

*ሀ*) እዚ ኽፍልዚ ናይ የሱስ ልዕልና ኣብ ልዕሊ እቶም ናይ ኦሪት ማናቱ መራሕቲ ሙሴን ኣሮንን ይገልጽ። ሙሴን ኣሮንን ኣሕዋትን ሌዋውያንን እዮም ነይሮም። እዚ ናብ ግብራዊ ዘተ ናይቲ ኣብ እብ፡ 4፡ 14 -7፡ 28 ዘሎ ናይ መልከጸዴቅ ክህነት ይወስደና።

*ለ*) እዚ ኽፍልዚ ኣብ ክልተ ሓሳባት ናይ ካህናት ኣይሁድ ዚዘውር ኣቀራርባ እዩ፡- 1. "ቤት ኣምላኽ" ኣብ እብ፡ 3፡ 1- 6 (ዘሁ፡ 12፡ 7- 8 2ሳሙ፡ 7) 2. "ዕረፍቲ" ኣብ እብ፡ 3፡ 7- 4፡ 13 (መዝ፡ 95፡ 7-11)

*ሐ*) እቲ መጎተ በዚ ዚስዕብ መገዲ እናማዕበለ ይመጽእ፡-

1. ሙሴ ኣባል ስድራቤት ኣምላኽ እዩ፡ የሱስ ግን ነታ ስድራቤት ሃናጺኣ እዩ
2. ሙሴ ኣብ ቤት ኣምላኽ ኣገልጋሊ እዩ፡ የሱስ ግን ኣባል ስድራቤት እዩ
3. ሙሴ ዕረፍቲ እግዚኣብሄር ከየምጽአ ተሪፉ፡ የሱስ ግን ኣይተረፈን።

*መ*) ናይዚ ኽፍሊ ጽሑፍ ስነ-መለኮታዊ ድፍኢት እዙዛትን እሙናትን ኩኑ ዚብል መጠንቀቕታ እዩ። የሱስ እዙዝን እሙንን እዩ ነይሩ፡ እስራኤላውያን ግን ከምኡ ኣይነበሩን። ናይ ኦሪት (ሙሴ) ኪዳን

ብሰንኪ ዘይምእዛዝ ዚመጽእ ተሪር መቕጻዕቲ ነይርዎ። ነቲ ሓድሽ ኪዳን ምንጻግ ወይ ምጥሓስ ደኣ ክንደይ ዝገደደ መቕጻዕቲ ዘየምጽእ (እብ፡ 2፡ 1- 4)?

ሠ) እዚ ኽፍልዚ ብስእላዊ መገዲ ወይ ብምልክታት ይዛረብ። ንሓድሽ ኪዳን ከም ሓድሽ፡ መንፈሳዊ ጸኣት (ናይ ደቂ እስራኤል ጕዕዞ) ገይሩ ይምልከቶ።

**ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ**

> እብ 3:1-6
>
> **"ስለዚ ኸኣ። ኣቱም ካብቲ ሰማያዊ ጽውዓ ግደ ዘሎኩም ቅዱሳን ኣሕዋተይ። ከምቲ ሙሴ ድማ ኣብ ኵሉ ቤቱ እሙን ዝነበረ። ናብቲ ነቲ ዝሸሞ እሙን ዝኾነ የሱስ። ናይ ምእማንና ሃዋርያን ሊቀ ኻህናትን ኣቕልቡ፣ ከምቲ እቲ ሰራሒ ቤት ካብታ ቤት ዚበልጽ ክብሪ ዘሎዎ። ንእኡ ኸኣ ካብ ሙሴ ዚበልጽ ክብሪ ዘለዎ። ንእኡ ኸኣ ካብ ሙሴ ዚበልጽ ክብሪ ተገቢእዎ ኣሎ፣ ቤት ዘበለትሲ ሰራሒኣ ኣለዋ። እቲ ንኹሉ ዘዳለወ ግና ኣምላኽ እዩ፣ ሙሴስ ብዛዕባ እቲ ደሓር ኪንገር ዘለዎ ነገር ምስክር ምእንቲ ኪኸውን። ከም ጊልያ ኾይኑ ኣብ ኵላ ቤቱ እሙን ነበረ። ክርስቶስ ግና ከም ውሉድ ኣብ ልዕሊ ቤቱ እዩ፣ ትብዓትናን ትምክሕቲ ተስፋናን ክሳዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና እንተ ሓዝናስ። ቤቱ ንሕና ኢና፣"**

3፡ 1 "ቅዱሳን ኣሕዋተይ"

እዛ መጽሓፍዚኣ ንመን እያ ተላኢኻ? እቲ "ኣሕዋተይ" ዚብል ቃል ተደጋጊሙ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ ኣሎ (እብ፡ 2፡ 11፤ 3፡ 1፤ 12፤ 10፡ 19፤ 13፡ 22)። ምስቲ ትሕዝቶ ጽሑፍ ብምግንዛብ ከኣ ንኣይሁዳውያን ኣመንቲ እዩ ዘመልክት።

▣ **"ካብቲ ሰማያዊ ጽውዓ ግደ ዘሎኩም"** እዚ ሓሳብዚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብብዙሕ መገድታት ይዝውተር እዩ።

1. እስራኤል ናይ ካህናት መንግስቲ ኾይና ንዓለም ናብ ኣምላኽ ክትመልስ ብኣምላኽ ተጸዊዓ (ዘፍ፡ 12፡ 3፥ ዘጸ፡ 19፡ 5)። ኣብ ብሉይ ኪዳን እዚ ናይ ኣገልግሎት ጽውዓ እዩ ነይሩ። ናይ ውልቃዊ ምድሓን ጽውዓ ኣይኮነን። እስራኤል ንሕንጹጽ ዕላማ (ንዓለም ወንጌል ምዝርጋሕ) ብጥርኑፍ ከም ሃገር ተጸዊዓ።

2. ውልቃውያን ኣመንቲ (ዮሃ፡ 6፡ 44፥ 65) ናብ ዘለኣለማዊ ምድሓን ተጸዊያም።

3. ነፍስወከፍ ኣማኒ ንስጋ ክርስቶስ ብመንፈሳዊ ህያባቱ ኸገልግል ተጸዊዑ (1ቆሮ፡ 12፡ 7፤ 11)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ጽውዓ**

ኵሉ ሳዕ እግዚኣብሄር ንኣመንቲ ናይ ምጽዋዕ። ምሕራይን ናብ ፍቕሪ ናይ ምዕዳምን ተበግሶ ይወስድ (ዮሃ። 6። 44፤ 65፤ 15። 16፥ 1ቆሮ። 1። 12፥ ኤፌ። 1። 4 - 5፤ 11)፣ እታ "ጽውዓ" እትብል ቃል ኣብ ብዙሕ ስነ-መለኮታዊ ሓሳባት ኣትያ ንረኽባ።-

ሀ) ሓጥኣን ሳላቲ ውዱእ ዕዮ ክርስቶስን ናይ መንፈስ ቅዱስ ርትዕን ብጸጋ ኣምላኽ ናብ ምድሓን ይጽውዑ ("ክሌቶስ" ሮሜ 1: 6 - 7፤ 9: 24 እዚ ብስነ-መለኮት ምስ 1ቆሮ 1:1-2፥ 2ጢሞ 1: 9፥ 2ጴጥ 1:10 ተመሳሳሊ እዩ)፣

ለ) ሓጥኣን ስም ጎይታ ጸዊዖም ይድሕኑ ("ኤፒካልዮ" ግብ 2: 21፤ 22:16፥ ሮሜ 10: 9 - 13)፣ እዚ ኣበሃህላዚ ናይ ኣይሁድ ናይ ኣምልኾ ቕንቅኛ እዩ፣

ሐ) ኣመንቲ ንክርስቶስ ዚመስል ህይወት ኪነብሩ ተጸዊዖም ("ክለሲስ" 1ቆሮ። 1። 26፤ 7። 20፥ ኤፌ 4: 1፥ ፊሊ 3:14፥ 2ተሰ 1: 11፥ 2ጢሞ 1: 9)፣

መ) ኣመንቲ ንናይ ኣገልግሎት ዓውድታት ተጸዊዖም ኣሎዉ (ግብ 13: 2፥ 1ቆሮ 12: 4 - 7፥ ኤፌ 4: 1)፣

▣ **"ናብ... የሱስ... ኣቕልቡ"** እዚ ግድነታዊ ኺግበር ዘሎዎ ቐጻሊ ተግባር የመልክት። እዚ ድማ ብምስትብሃል ኪግበር ዘሎዎ እዩ (እብ፡ 10፡ 24)። ኣብዚ ኸኑትዚ ንህይወትን ዕዮን የሱስ ምስቶም መራሕቲ ናይ ኦሪት (ሙሴ) ኪዳን ምንጽጻር የመልክት።

▣ **"ሃዋርያን ሊቀ ኻህናትን"** እዞም ክልተ መዓርጋት፡ ልዕልና የሱስ ኣብ ልዕሊ እቲ ወግዓዊ ልኡኽ ኣምላኽ ዝነበረ ሙሴን ኣብ ልዕሊ እቲ ሌዋዊ ሊቀ ኻህን ኣሮንን ይገልጹ። ምዕራፋት 3ን 4ን ናይ የሱስ ልዕልና ኣብ ልዕሊ ኣሮን የዘንትዋ። "ልኡኽ"ን "መልኣኽ"ን ዚብሉ ቓላት ኣብ ግሪኽ ሓደ እዮም፡ እቲ "ሃዋርያ" ዚብል ቃል ከኣ ብግሪኽ "ለኣኽ" ማለት ስለ ዝኾነ፡ ንቶም ንምድሓን ዚወርሱ ሰባት ኬድሕኑ ዚለኣኹ መላእኽትን (እብ፡ 1፡ 14) ነቲ ብኣምላኽ ተላኢኹ ንዚኣምኑ ዜድሕን የሱስን (ዮሃ፡ 3፡ 17) ኬመልክት ይኽእል። እዚ ኣብ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን እቲ እንኮ ግዜ የሱስ "ሃዋርያ" ዝተባህለሉ ቦታ እዩ። ዋላኳ ዮሃንስ ደጋጊሙ የሱስ ብኣምላኽ ከም ዝተላእከ ንምምልካት ነቲ ግሲ (ናይ ተግባር ቃል) ተጠቒሙሉ እንተሎ (ዮሃ፡ 3፡ 17፤ 34፤ 5፡ 36፤ 38፤ 6፡ 29፤ 57፤ 7፡ 29፤ 8፡ 42፤ 10፡ 36፤ 11፡ 42፤ 17፡ 3፤ 18፤ 21፤ 23፤ 25፤ 20፡ 21)።

▣ **"ሃዋርያ"** እዚ ቓልዚ ኻብቲ "ለኣኸ" ዚብል ቃል ዝመጸ እዩ። ካህናት ኣይሁድ ነዚ ቓልዚ ንሓደ ናይ ካልእ ወግዓዊ ወኪል ኮይኑ ዝተላእከ ሰብ ንምምልካት ይጥቀሙሉ ነበሩ። ሙሴ ኣብ ቤት ኣምላኽ ከም ጊልያ ነበረ። የሱስ ግን ኣብ ቤት ኣምላኽ ውሉድ፡ ኣባል ስድራቤት እዩ። እግዚኣብሄር ንሙሴ ኼገልግል ጸዊዕዎ፡ ንየሱስ ግን ካብ ሰማይ ልኢኹዎ።

▣ **"ሊቀ ኻህናት"** ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ንየሱስ ሊቀ ኻህናት እትብሎ መጽሓፍ መልእኽቲ እብራውያን በይና እያ። ነቶም ኣብ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ዝነበሩ ኣይሁድ፡ እቲ ኻብ ነገድ ይሁዳ ዝኾነ የሱስ፡ ሊቀ ኻህናት ምኻኑ ንምርግጋጽ ራብያት (ካህናት ኣይሁድ) ዜቕበልዎ ሰፊሕ መትተ የድሊ። እቶም ናይ ምዉት ባሕሪ ብራናታት ዝተረኽቡሎም ማሕበረሰብ እቶም ኣብ ምዉት ባሕሪ

ዝነበሩ ህዝቢ ኽልተ መሲሃት ኪቕበሉ ይጽበዩ ነይሮም። እቲ ሓደ ንጉሳዊ (ካብ ነገድ ይሁዳ) እቲ ሓደ ኸኣ ካብ ናይ ካህናት ወገን (ነገድ ሌዊ መዝ፡ 110 ዘካ፡ 3 - 4)።

▣ **"ምእማንና"** እዚ ብግሪኽ "ሆሞሎጅያ" እዩ ዚብል። ድርብ ቃል እዩ። "በለ" ከምኡውን "ሓደ ዓይነት" ዚብሉ ቓላት ዘወሃሃደ እዩ። እቶም ነበብቲ መልእኽቲ እብራውያን እምነቶም ብክርስቶስ የሱስ ተኣሚኖም እዮም። ሕጂ እምበኣር ነዚ ምእማኖምዚ ኣጽኒዮም ኪሕዝዎ ኣሎዎም (እብ፡ 4፡ 14፤

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ምእ'ማን**

ሀ) ምእ'ማን ዚገልጹ ኻብ ሓደ ሱር ቃል ዝፈልፈሉ ኽልተ ናይ ግሪኽ ቃላት ኣሎዉ፣ ንሳቶም ከኣ "ሆሞለጅዮ"ን "ኦክሶሞለጅዮ"ን ይብሃሉ፣ እቶም ያእቆብ ዚጥቀመሎም ድርብ ቃላት። ካብ "ሆሞ" ትርጉሙ ሓደ፤ "ለጎ" ኸኣ በለ ወይ ተዛረበ። ካልኣይ ከኣ "ኢክስ" ትርጉሙ ካብ። "ለጎ" ኸኣ በለ ወይ ተዛረበ ዝተዋጽኡ እዮም፣ እቲ መሰረታዊ ትርጉም "ሓደ ዓይነት ምዝራብ" ወይ ከኣ "ምስ ሓደ ነገር ምስምማዕ" እዩ፣ እቲ "ኢክስ" ዚብል ቃል "ህዝባዊ ኣዋጅ" ዜመልክት እዩ፣

ለ) እዞም ኣብ ላዕሊ ዘሎዉ ድርብ ቃላት። ካብ ቋንቋ ግሪኽ ወጻኢ ብኻልኦት ቋንቋታት ኪቐርቡ እንከሎዉ። እዞም ዚስዕቡ ትርጉማት ኣሎውዎም።-

1. ምስጋና
2. ምስምማዕ
3. ምእዋጅ
4. ምባል
5. ምእማን

ሐ) እዞም ውሁድ ቃላት። ክልተ ኣንጻራዊ ዚመስሉ ትርጉማት ኣሎውዎም።-

1. ንእግዚኣብሄር ምምስጋን
2. ሓጢኣትካ ምእ'ማን

እዞም ትርጉማትዚኣቶም ካብቲ ደቅሰብ ብዛዕባ ቅድስና እግዚኣብሄርን ሓጥያቶምን ዘሎዎም ስምዒት ዝማዕበሉ ኪኾኑ ይኽእሉ፣ ነቲ ሓደ ሓቂ ምቕባል ንኽልቲኦም ሓቅታት ምቕባል እዩ፣

መ) እዞም ድርብ ቃላት ኣብ ሓድሽ ኪዳን እዞም ዚስዕቡ ትርጉማት ኣሎውዎም።-

1. ተስፋ ምሃብ (ማቴ፡ 14፡ 7፥ ግብ። 7። 17)

2. ንሓደ ነገር ምስምማዕ ወይ ፍቓድ ምሃብ (ዮሃ. 1፡ 20፥ ሉቃ. 22። 6፥ ግብ. 24። 14፥ እብ. 11፡ 13)

3. ምምስጋን (ማቴ፡ 11፡ 25፥ ሉቃ፡ 10፡ 21፥ ሮሜ. 14፡ 11፤ 15፡ 9)

4. ምስምማዕ

ሀ) ምስ ሰብ (ማቴ 10: 32፥ ሉቃ 12: 8፥ ዮሃ 9: 22፤ 12: 42፥ ሮሜ 10: 9፥ ፊሊ 2: 11፥ 1ዮሃ 2: 23፥ ራእ 3: 5)

ለ) ምስ ሓቂ (ግብ 23: 8፥ 2ቆሮ 11: 13፥ 1ዮሃ 4: 2)

5. ህዝባዊ ኣዋጅ ምግባር (ናብ ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት ዝኣተወ ናይ ሕጊ ቓል እዩ ግብ 24:14፥ 1ጢሞ 6: 13)

ሀ) ብዘይምእማን ሓጢኣት (1ጢሞ 6: 12፥ እብ 10: 23)

ለ) ሓጢኣት ብምእማን (ማቴ 3: 6፥ ግብ 19: 18፥ እብ 4: 14፥ ያእ 5: 16፥ 1ዮሃ 1: 9)

10፡ 23)። እዚ ሓደ ኻብቶም ቀንዲ ጕዳያት እቲ መጽሓፍ እዩ።

▣ **"ንቲ ዝሸሞ እሙን ዝኾነ የሱስ"** ኣብዚ ኸንትዚ እቲ ኣትኩሮ 1) ኣብቲ እግዚኣብሄር ኣቦ ንየሱስ ናይ በጃነት ዕዮ ንኺፍጽም ዝገበሮ ምሕራይን ምዕጣቕን እዩ (ማር፡ 3፡ 14)። 2) ከምቲ ኣመንቲ ኣብ እግዚኣብሄር እምነት ዚገብሩ፡ የሱስውን ኣብ ኣቦ ዘሎዎ እምነት። የሱስ ብሓቂ ምስ ደቅሰብ ተመሳሲሉ እዩ። እቲ "ዝሸሞ" ዚብል ቃል ካብ "ፈጠሮ" ዚብል ቃል ዝፈልፈለ ኪኸውንውን ይኽእል እዩ። ኣርዮስ ነዚ ቓልዚ ተጠቒሙ፡ የሱስ እቲ ዝለዓለ ናይ እግዚኣብሄር ፍጡር እዩ (ምሳ፡ 8፡ 22) እምበር ኣምላኽ ኣይኮነን (ግብ፡ 2፡ 36፥ ሮሜ፡ 1፡ 4፥ ቆሎ፡ 1፡ 15) ብምባል ምስ ኣጥናትዮስ ተማጒቱ። እዚ ናይ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ክትዕዚ ነቲ ኣብ ሓደ ኣምላኻዊ ባህሪ ሰለስተ ዘለኣለማዊ ኣካላት ኣሎዉ ዚብል ንጹር ምህሮ ወሊዱ። ንሳቶም ከኣ ኣቦ፡ ወድን መንፈስ ቅዱስን (ስላሴ) እዮም። እዞም ሰለስተ መለኮታዊ ኣካላት፡ እቲ በይኑ ሓቀኛ ዘለኣለማዊ ኣምላኽ እዮም (ዮሃ፡ 1፡ 1 - 18)። ብዛዕባ ኣርዮሳውነት ተወሳኺ ሓጺር መብርሂ ንምርካብ ብሚላርድ ጀይ. ኤሪክሰን ዝተዳለወ *ክርስችያን ቲዮሎጂ* (ካልኣይ ሕታም) ኣብ ዚብል መጽሓፍ ገጽ 711 - 715 ምውካስ ይከኣል።

▣ **"ኣብ ኵላ ቤቱ"** እዚ ንዘሁ፡ 12፡ 7 - 8 እዩ ዚውከስ ዘሎ። ህዝቢ እግዚኣብሄር ቤት እግዚኣብሄር ከም ዝኾኑ ብዙሕ ሳዕ ዝተደጋገመ ውስጠዘ እዩ (እብ፡ 3፡ 6ለ፥ ገላ፡ 6፡ 10፥ 1ጢሞ፡ 3፡ 15፥ "መንፈሳዊ ቤት" 1ጴጥ፡ 2፡ 5፤ "ቤት ኣምላኽ" 1ጴጥ፡ 4፡ 17)። ኣብዚ ሕጡብ ጽሑፍዚ "ቤት" ዚብል ቃል ሹድሽተ ግዜ ተጻሒፉ ኣሎ። እንሓንሳእ ህንጻ (ገዛ) ማለት እዩ፡ እንሓንሳእ ከኣ ስድራ ቤት የመልክት። እቲ ሓሳብ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፦

1. ሙሴ ኣካል ቤት ኣምላኽ እዩ ነይሩ፡ የሱስ ግን ሃናጺ እታ ቤት እዩ።

2. ሙሴ ጊልያ እዩ፡ የሱስ ግን ኣባል ስድራቤት እዩ።

3. ሙሴ ንህዝቡ ዕረፍቲ እግዚኣብሄር ኬምጽኣሎም ኣይከኣለን። የሱስ ግን ይኽእል እዩ።

3፡ 3 **"ካብ ሙሴ ዚበልጽ ክብሪ ተገቢእዎ ኣሎ"** እዚ ሓሳብዚ ውዱእ ተግባር ዜመልክት እዩ። እዚ ሓሳብዚ ኣይሁድ ኪሰምዕዎ እንከሎዉ ኣዝዩ ዜሰንብድ እዩ (2 ቆሮ፡ 3፡ 7 - 11)።

3፡ 4 **"ቤት ዘበለትሲ ሰራሒኣ ኣሎዋ"** እዚ ናይ ነገራት ናይ መጨረሻ ዕላማ ብምግላጽ፡ ህላወ እግዚኣብሄር ብፍልስፍናዊ ወይ ስነ-መለኮታዊ ምጕት ንምርግጋጽ ዜገልግል ኣበሃህላ እዩ (ቶማስ ኣኰነስ)። ግናኸ እዚ ምጕትዚ፡ ኣብ ምግላጽ ኣምላኽ ኣቦ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ወይስ ዓርኪ ሓጥኣን ዝኾነ ኣምላኽ ኣየብጽሕን እዩ።

▣ **"እቲ ንኹሉ ዘዳለወ ግና ኣምላኽ እዩ"** እግዚኣብሄር ኣቦ ፈጣሪ ኹሉ እዩ (ሮሜ፡ 11፡ 36፣ 1ቆሮ፡ 15፡ 25 - 27)። የሱስ ኣብ ፍጥረት ወኪል እግዚኣብሄር እዩ ነይሩ (ዮሃ፡ 1፡ 3፣ 1ቆሮ፡ 8፡ 6፣ ቆሎ፡ 1፡ 16፣ እብ፡ 1፡ 2)።

▣ **"ክርስቶስ ግና ከም ውሉድ ኣብ ልዕሊ ቤቱ እዩ"** እቲ ወዲ ኣምላኽ (እብ፡ 1፡ 2፤ 3፡ 6፤ 5፡ 8፤ 7፡ 28) ዝኾነ የሱስ ምስቲ ጊልያ ዝኾነ ሙሴ (እብ፡ 1፡ 2፤ 3፡ 5፤ 5፡ 8፤ 7፡ 28፣ ዘጸ፡ 14፡ 31፣ ዘሁ፡ 12፡ 7) ይነጻጸር ኣሎ ። ሙሴ እሙን ጊልያ (ዘሁ፡ 12፡ 7) እዩ ነይሩ፡ የሱስ ግና ኣባል ስድራ ቤት እዩ።

3፡ 5 እዚ ነቲ ኣብ እብ፡ 1፡ 1 ዘሎ ሓቂ እዩ ዚደግም። ሙሴ ብዛዕባ የሱስ ኣብ ዘዳ፡ 18፡ 18 - 19 ተዛሪቡ ነይሩ (ምስ 1ጴጥ፡ 1፡ 11 ኣነጻጽር)።

3፡ 6 **"ቤቱ ንሕና ኢና"** እዚ ኸም ቤት ዝተመሰለ ናይ እምነት ስድራቤት እዩ (ገላ፡ 6፡ 10፣ 1ጢሞ፡ 3፡ 15፣ 1ጴጥ፡ 2፡ 5፤ 4፡ 17)። እዚ ናይ ጥርኑፍ ቤት ምሳሌ፡ ቤተ ክርስትያን ከም ቤት መቕደስ ኣብ ዝተጸወዓትሉ ግዜውን ኣገልጊሉ ኣሎ (1ቆሮ፡ 3፡ 16)። እቲ ኣትኩሮ 1) የሱስ ዋና ቤት ከም ዝኾነ 2) ህዝቢ እግዚኣብሄር ሓደ ሕቡር ኣካል ከም ዝኾኑ ንምርግጋጽ እዩ።

ንቤተ ክርስትያን ናይ የሱስ ቤት ኢልካ ምጽዋዕ ልሙድ ኣይኮነን። ስለዚ ኸኣ ገለ ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፋት ነቲ ኽንዲ ስም ንእግዚኣብሄር ኣቦ ኸም ዜመልክት ገይሮም ቀይሮሞ።

**"እንተ"** እዚ ዕቑር ተግባር ዜመልክት ኵነታዊ ኣበሃህላ እዩ። ነቲ ጥቕሲ ኸኣ ናይ ትሕጃ ስምዒት የልብሶ (እብ፡ 3፡ 14፤ 4፡ 14፣ ሮሜ፡ 11፡ 22፣ 1ቆሮ፡ 15፡ 2)።

▣ **"ትብዓትናን ትምክሕቲ ተስፋናን ክሳዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና (እንተ) ሓዝና"** እቲ "ሓዝና" ዚብል ቃል እቲ ኣትኩሮ ኣብ ቀጻሊ ጽንዓት ኪኸውን ከም ዘሎዎ ንምምልካት እዩ (እብ፡ 3፡ 14 4፡ 14 ናይ እብ፡ 4፡ 14 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት)። እቲ ዝተረፈ ኽፍሊ ምዕራፍ 3ን ምዕራፍ 4ን ሓደ ቐጻሊ ኽፍሊ ኾይኖም ነዞም ዚስዕቡ ህዝቢ መጠንቀቕታ ይህቡ፦ 1) እቶም ኣይሁድ ኣመንቲ ናብ ብጽሕና (ብስለት) ምእንቲ ኺበጽሑ 2) እቶም ወንጌል ሰሚዖም ኣብ ህይወት እቶም ብጾቶም ኣይሁድ ሓይሊ ወንጌል ዝረኣዩ ኸኣ ብምልኣት ኪቕበልዎ።

▣ **"ትምክሕቲ ተስፋና"** እዚ ኣትኩሮ ኣብ ተስፋ ናይ መልእኽቲ እብራውያን መለለዩ እዩ (እብ፡ 3፡ 6፤ 6፡ 11፤ 7፡ 19፤ 10፡ 23፤ 11፡ 1)። ተስፋ ነቲ ርጉጽ ፍጻመ እምነትና ትገልጽ።

▣ **“ክሳዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና”** እዚ ሓረግዚ ኣብቲ ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፋት P[46] ወይ B ኣይንረኽቦን ኢና። ስለዚ ኻብ መጀመርያ ዘይነበረ ኪኸውን ይኽእል። ኣብቶም ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻሙናይ ክፍለ ዘመን ዝነበሩ ብዓበይቲ ዝተነጻጸሉ ፊደላት ዝተጻሕፉ ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፋት (ℵ፤ A፤ C፤ D፤ Kን Pን) ግን ይርከብ። ኣብ ጥቕሲ 14 ተጠቓሊሉ ኣሎ፡ ምናልባትውን ምእንቲ ሚዛን ኪህብ ተባሂሉ ብሓደ ጸሓፊ ቦታኡ ዝለወጠ ሓረግ ኪኸውን ይኽእል። ብርግጽ ምስቲ ስነ-መለኮታዊ መልእኽቲ ናይቲ ኹነታት ዚሰማማዕ እዩ። ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።

**እብ 3: 7 - 19 (ምሉእ ሕጡብ ጽሑፍ ካብ እብ 3: 7 ክሳዕ እብ 4: 13 ይዝርጋሕ)**

***“ምእንትዚ መንፈስ ቅዱስ ከምዚ ይብል፥ ሎሚ ድምጹ እንተ ሰማዕኩም። ከምቲ ብነድሪ በታ መዓልቲ ፈተና ኣብ በረኻ ዝገበርኩምዎ። ልብኹም ኣይተትርሩ፣ ኣብኡ ኣቦታትኩም እናተዓዘቡ ፈተኑኒ። ግብረይ ከኣ ኣርብዓ ዓመት ረኣዩ፣ ስለዚ ነዚ ወለዶ እዚ ኾሬኹሉ እሞ፥ ኵሉ ሳዕ ብልቦም ይስሕቱ። መገደይ ግና ኣይፈለጥዎን። በልኩ፣ ብቝጥዓይ ድማ። ናብ ዕረፍተይ ኣይኪኣትዉን እዮም። ኢለ መሓልኩ፣ ኣቱም ኣሕዋተየ። ሎሚ ኺብሃል ከሎ። ኣብ ጸጽባሕ ንሓድሕድኩም ተማዓዓዱ እምበር። ሓደ እኳ ኻባኻትኩም። ሓጢኣት እናዓሸዎ ኸይተርር እሞ። ምናልባሽ ኣብ ሓደ ኻባኻትኩም ካብ ህያው ኣምላኽ ዜርሕቕ እኩይ ዘይኣምን ልቢ ኸይህሉ። ተጠንቀቑ፣ ነታ መጀመርታ እሙንቶና ኽሳዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና እንተ ሓዝናያስ። ተማቓልቲ ክርስቶስ ኴንና ኣሎና፣ ሎሚ ድምጹ እንተ ሰማዕኩም። ከምቲ ብነድሪ ልብኹም ኣይተትርሩ። እናተባህለ። ሰሚያም ዘነደርዎኽ ኣየኖት እዮም? እቶም ሙሴ መሪሕዎም ካብ ግብጺ ዝወጹ ኹላቶም ደይኮኑን? ንንመንከ እዩ ኣርብዓ ዓመት ዝኾረየሎም? ነቶም ሓጢኣት ዝገበሩ እሞ ሬሳኦም ኣብ በረኻ ዝወደቐ ደይኮኑን? ንንመንከ እዩ ኣብ ዕረፍቱ ኸይኣትዉ ዝመሓለ? ነቶም ዘይተኣዘዙ ደይኮነን? ብሰሪ ዘይምእማን ኪኣትዉ ኸም ዘይከኣሉውን። ንርኢ ኣሎና፣”***

3: 7 **“መንፈስ ቅዱስ ከምዚ ይብል”** እዚ ናይ ብሉይ ኪዳን ድርኺት ካብ መንፈስ ቅዱስ ምንባሩ ንምሕባር እዩ። እዚ ኣበሃህላዚ ኣብቲ ኹነታት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ድርኺት ቅዱስ ጽሑፋት ኣብ እብ፡ 1፡ 5፤ 13፤ 2፡ 6፤ 11፤ 4፡ 3፤ 4፤ 10፡ 9፤ 13፡ 5 ንእግዚኣብሄር ኣቦ ተዋሂቡ ስለ ዘሎ። ስለዚ እዚ ሓረግዚ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣምላኽነትን ኣካልነትን ዜደልድል ንባብ እዩ (እብ፡ 9፡ 8፤ 10፡ 15)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ስላሴ**

ናይ ሰለስቲኦም ኣካላት ስላሴ ስራሕ ኣብ ናይ ሓባር ኸነታት ኣስተውዕል፣ እቲ "ስላሴ" ዚብል ቃል ብጠርጢሎስ እዩ ተማሂዙ፣ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ኣይኮነን። እቲ ትርጉሙ ግን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብሰፊሑ ተነዚሑ ኣሎ፣

1. **ወንጌላት**

    **ሀ) ማቴ** 3: 16 - 17፤ 28: 19

    **ለ) ዮሃ** 14: 26

2. **ግብሪ ሃዋርያት ግብ** 2: 32 - 33፤ 38 - 39

3. **ጳውሎስ**

    **ሀ) ሮሜ** 1: 4 - 5፤ 5: 1፤ 5፤ 8: 1 - 4፤ 8 - 10

    **ለ)** 1**ቆሮ** 2: 8 - 10፤ 12: 4 - 6

    **ሐ)** 2**ቆሮ** 1: 21፤ 13: 14

    **መ) ገላ** 4: 4 - 6

    **ሠ) ኤፌ** 1: 3 - 14 17፤ 2: 18፤ 3: 14 - 17፤ 4: 4 - 6

    **ረ)** 1**ተሰ** 1: 2 - 5

    **ሰ)** 2**ተሰ** 2: 13

    **ሸ) ቲቶ** 3: 4 - 6

4. **ጴጥሮስ** 1**ጴጥ** 1: 2

5. **ይሁዳ ይሁ** 20- 21

**ኣብ ብሉይ ኪዳን ናይ እግዚኣብሄር ብዙሕነት ተኣሚቱ ንረኽቦ።-**

1. **ናይ እግዚኣብሄር ብዙሕነት**

    **ሀ) ኤሎሂም ዚብል ስም ብዙሕ ወይ ድርብ ስም እዩ፣ ከም ስም እግዚኣብሄር ክንጥቀመሉ እንከሎና እቲ ዚወስዶ ግሲ (ናይ ተግባር ቃል) ግን ነጸላ እዩ፣**

2. **ለ) ኣብ ዘፍ** 1: 26 - 27፤ 3: 22፤ 11: 7 **ዘሎዉ "ንሕና" ወይ "ካባና" ዜስምዑ ቓላት መልኣኽ እግዚኣብሄር። ብዓይኒ ዚርአ መለኮታዊ ወኪል**

    **ሀ) ዘፍ** 16: 7 - 13፤ 22: 11 - 15፤ 31: 11፤ 13፤ 48: 15 - 16

ሐ) መሳ: 2: 1፤ 6: 22 - 23፤ 13: 3 - 22

መ) ዘካ: 3: 1 - 2

3. እግዚኣብሄርን መንፈሱን በበይኖም እዮም ዘፍ 1: 1 - 2፥ መዝ 104: 30፥ ኢሳ 63: 9 - 11፥ ህዝ 37: 13 - 14
4. እግዚኣብሄር (ያህወ)ን መሲህ (ኣዶን)ን በበይኖም እዮም መዝ: 45: 6 - 7፤ 110: 1፥ ዘካ 2: 8 - 11፤ 10: 9 - 12
5. መሲህን መንፈስ ቅዱስን በበይኖም እዮም ዘካ 12: 10
6. ኵሎም ሰለስቲኦም ስላሴ ኣብ ኢሳ 48: 16፤ 61: 1 ተጠቒሶም ንረኽቦም

ናይ የሱስ ኣምላኽነትን ናይ መንፈስ ቅዱስ ፍሉይ ኣካልን ነቶም ኣጥቢቖም ብሓደ ኣምላኽ ዚኣምኑ ዝነበሩ ቐዳሞት ኣመንቲ ኣሸጋሪ እዩ ነይሩ:

1. ጠርጠሎስ: የሱስ ክርስቶስ ካብ እግዚኣብሄር ኣቦ ይንእስ ይብል ነይሩ፣
2. ኦሪጀን: ናይ የሱስ ክርስቶስን መንፈስ ቅዱስን መለኮታዊ ባህሪ ኣነኣኢሱ ይርእዮ ነይሩ፣
3. ኣርዮስ: ናይ የሱስን ናይ መንፈስ ቅዱስን ኣምላኽነት ይኽሕድ ነይሩ፣
4. ሞናርኪያኒዝም: እቲ ሓደ እግዚኣብሄር መጀመርያ ኸም ኣቦ: ወድን ዳሕራይ መንፈስ ቅዱስ ብተኸታታሊ ይግለጽ ኢሉ ይኣምኑ ነይሩ፣

ስላሴ ብናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትሕዝቶ ዝተመልአ ኣብ ታሪኽ ዝተሃንጸ ቅዋም እዩ፣

1. ናይ የሱስ ምሉእ መለኮትነት (ኣምላኽነት) ምስ ናይ ኣቦ ማዕረ ምዃኑ ብ325 ዓ. ም. ብጉባኤ ኒቅያ ተረጋጊጹ
2. ናይ መንፈስ ቅዱስ ምሉእ መለኮትነትን ምሉእ ኣካልን ምስ ናይ ኣቦን ወድን ማዕረ ምዃኑ ብጉባኤ ቆስጠንጥንያ ብ381 ዓ. ም. ተረጋጊጹ፣
3. ትምህርቲ ስላሴ ኣብ ናይ ኣጎስጢኖስ "ደ ትሪኒተይት" መጽሓፍ ምሉእ ብምሉእ ተገሊጹ ንረኽቦ፣

ኣብዚ ብርግጽ ምስጢር ኣሎ፣ ሓድሽ ኪዳን ግን ብሰለስተ ዘለኣለማውያን ኣካላት ዚግለጽ ሓደ መለኮታዊ ባህሪ ኸም ዘሎ የረጋግጽ፣

▣ **"ሎሚ ድምጹ እንተ ሰማዕኩም"** ካብ 7 - 11 ዘሎዉ ጥቕስታት ካብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ካብ መዝ፡ 95፡ 7 - 11 ዝተወስዱ እዮም። እዚ ናይ መዝሙር ዳዊት ክፍሊ

ንእስራኤል ኣብ ምድረ በዳ ኾለል ኪብሉ እንከሎዉ፡ ካብ ዘይምእማን ኪርሕቑ ዜጠንቕቕ ስምዕታ እዩ ነይሩ። እብ፡ 3፡ 17 ክሳብ እብ፡ 4፡ 13 ነዚ መዝሙርዚ ዚትንትን ንባብ እዩ። እዚ ኹነታዊ ሰዋስው እዩ። ኪርእዩን ኪሰምዑን (እብ 3፡ 9) ዕድል ነይርዎም፡ ግናኸ ብገዛእ ድሌቶም ኣብዮምን ልቦም ኣትሪሮምን።

3፡ 8 "ከምቲ ብነድሪ በታ መዓልቲ ፈተና ኣብ በረኻ ዝገበርኩምዎ፡ ልብኹም ኣይተትርሩ።" ናይዚ ጥቕስዚ ታሪኻዊ መወከሲ እቲ ናይ እስራኤል ናይ በረኻ ጕዕዞ እዩ። እቶም እስራኤል ኣብ በረኻ ንእግዚኣብሄር ዝዓለዉሎም ቦታታት ኣብ ማሶረቲካዊ ናይ እብራይስጢ ጽሑፍ፡ መሪባን (ዘጸ፡ 17፡ 7፥ ዘሁ፡ 20፡ 13) ማሳን (ዘጸ፡ 17፡ 7፥ ዘዳ፡ 6፡ 16) ተባሂሎም ተጠቒሶም ኣሎዉ። እቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ነዞም ቦታታት በቲ መበቆላዊ ስማቶም እዩ ዚጽውዖም (መሪባ= ቦታ ባእሲ፤ ማሳ= ፈተና ይብሎም እብ፡ 3፡ 9)።

እቲ "ልቢ" ዚብል ቃል ነቲ ምሉእ (ኵለንትና) ሰብ እዩ ዚውክል (ዘዳ፡ 6፡ 4- 5)። እዞም እስራኤላውያን መጀመርያ እምነት ነይርዎም፡ ዳሕራይ ግን ብእምነት ኣይሰጎሙን (ኣብቲ ጸብጻብ ናይቶም ዓሰርተው ክልተ ሰለይቲ ኸም እንርእዮ)። ስለዚ ኸኣ ናብታ ናይ ተስፋ ምድሪ ኺኣትዉ ኣይተፈቕደሎምን።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ልቢ**

እዚ ብእብራይስጢ "ለብ" ዚብሃል ቃል ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ከኣ "ካርድያ" ይብል፣ ብብዙሕ መገድታት የገልግል (ቦውር። ኣርንድት። ጊንግሪችን ዳንከርን ኣብ *ዝጸሓፍዎ ኣ ግሪክ-ኢንግሊሽ ለክሰከን* ዚብል መጽሓፍ። ገጽ 403 - 404)፣

1. ናይ ስጋ ማእከል። ብምሳሌኣዊ ኣዘራርባ ነቲ ሰብ ይውክል (ግብ 14: 17፥ 2ቆሮ 3: 2 - 3፥ ያቆ 5: 5)

2. ናይ መንፈሳዊ ህይወት (ሞራል) ማእከል

   ሀ) እግዚኣብሄር ንልቢ ሰብ ይፈልጦ (ሉቃ 16: 15፥ ሮሜ 8: 27፥ 1ቆሮ 14: 25፥ 1ተሰ 2: 4፥ ራእ 2: 23)

   ለ) ናይ ደቂ ሰብ መንፈሳዊ ህይወት ንምምልካት (ማቴ 15:18 - 19፤ 18: 35፥ ሮሜ 6: 17፥ 1ጢሞ 1: 5፥ 2ጢሞ 2: 22፥ 1ጴጥ 1: 22)

3. ናይ ሓሳብ ማእከል (ኣእምሮ።- ማቴ። 13። 15፤ 24። 48፥ ግብ 7: 23፤ 16: 14፤ 28: 27፥ ሮሜ 1: 21፤ 10: 6፤ 16: 18፥ 2ቆሮ 4: 6፥ ኤፌ 1። 18፤ 4። 18፥ ያቆ። 1: 26፥ 2ጴጥ 1:19፥ ራእ 18: 7፥ ኣብ 2ቆሮ 3: 14 - 15፥ ፊሊ 4: 7 ልቢ ምስ ኣእምሮ ተመሳሳሊ ኾይኑ ንረኽቦ)፣ ናይ ድሌት (ፍቓድ) ማእከል (ግብ 5: 4፤ 11: 23፥ 1ቆሮ 4: 5፤ 7: 37፥ 2ቆሮ 9: 7)

4. ናይ ስምዒታት ማእከል (ማቴ: 5: 28፥ ማብ: 2: 26፤ 37፤ 7: 54፤ 21: 13፥ ሮሜ: 1: 24፥ 2ቆሮ: 2: 4፤ 7:3፥ ኤፌ: 6: 22፥ ፊሊ: 1: 7)

5. መንፈስ ቅዱስ ዚዓየሉ ፍሉይ ቦታ (ሮሜ: 5: 5፥ 2ቆሮ: 1: 22፥ ገላ: 4: 6 (ክርስቶስ ኣብ ልብና ኤፌ: 3: 17))

6. ልቢ ንኹለንተና ሰብ ምሳሌኣዊ መጸውዒ እዩ (ማቴ: 22: 37፥ ንዘዳ: 6: 5 ብምጥቃስ)፣ ናይ ልቢ ሓሳባት: ድርኺትን ተግባራትን ምሉእ ብምሉእ ነቲ በዓል ቤት ውልቀ ሰብ እዮም ዘገልጹ፣ ብሉይ ኪዳን ነዞም ቃላትዚኣቶም ዜገርም ኣጠቓቕማ ኣሎዎ፣

ሀ) ዘፍ: 6: 6፤ 8: 21 "እግዚኣብሄር... ብልቡ ድማ ጕሃየ" ሆሴ: 11: 8 - 9 ድማ ተመልከት

ለ) ዘዳ: 4: 29፤ 6:5 "ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን"

ሐ) ዘዳ: 10: 16 "ዕልቦ ልብኹም ግዘሩ" ሮሜ: 2: 29

መ) ህዝ: 18: 31 - 32 "ሓድሽ ልቢ"

ሠ) ህዝ: 36: 26 "ሓድሽ ልቢ" ኣንጻር "ናይ እምኒ ልቢ"

▣ "ከምቲ ... በታ መዓልቲ ፈተና" እዚ እታ ናይ እብራይስጢ ቓል "ዮም" ብምስላኣዊ ኣገባብ እትሰርሓሉ ሓደ ኣብነት እዩ (ዮሃ፡ 8፡ 56፥ እብ፡ 8፡ 9)። ኣብዚ ሓንቲ ናይ ዕስራን ኣ

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ዮም**

ካብ ናይ ዶክተር ጆን ሃሪስ ኦልድ ተስታመንት ሰርቨይ l ኖትቡክ ዝተወስዱን ዝተወሃሃዱን ናይ "ዮም" (መዓልቲ) ክልሰ ሓሳባት እዞም ዚስዕቡ እዮም:-

1. ተፈጥሮኣዊ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት

   እዚ እቲ ቐጥታዊ ኣቀራርባ እዩ (ዘጸ: 20: 9 - 11)፣ ካብዚ ኣቀራርባዚ ዚለዓሉ ሕቶታት:-

   ሀ) ኣብ መጀመርያ ፍጥረት: ጸሓይ ክሳብ ራብዓይቲ መዓልቲ ዘይተፈጥረት ክንሳ: ከመይ ኢሉ ኣብ ቀዳማይቲ መዓልቲ ብርሃን ነይሩ?

   ለ) ከመይ ኢሉ እዩ ነቶም ኵላቶም እንስሳታት ብሓደ መዓልቲ ስም ኪወሃቦም ክኢሉ? (ዘፍ: 2: 19 - 20)

2. መዓልቲ ማለት ዘመን (መዋእል) እዩ ዚብል ክልሰ ሓሳብ

እዚ ኽልሰ ሓሳብዚ ንስነ-ፍልጠት (ብፍላይ ንስነ-ምድሪ ወይ ጂኦሎጂ) ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ከሳኒ ይፍትን፣ እዚ ኽልሰ ሓሳብ እቶም ናይ ዘፍጥረት መዓልታት ብንውሓቶም "ጂኦሎጂካዊ ዘመናት" እዮም ይብል፣ ንውሓቶም በበይኑ እዩ፣ ምስቶም ኣብ ስነ-ምድራዊ ኣፈጣጥራ ላዕለዋይ ዝባን ምድሪ ዘሎዉ ድርዕታት ይመሳሰሉ፣ ሊቃውንቲ ስነ-ፍልጠት ምስቲ ኣብ ዘፍ። 1 ዘሎ ሓፈሻዊ ናይ ፍጥረት ኣመጻጽኣ ይሰማምዑ እዮም።- ቅድሚ ፍጥረት ህይወት። ምፍልላይ መሬትን ማይን እዩ ኸይኑ፣ ቅድሚዚ ምፍልላይዚ ኸኣ ሃፋን ማያዊ ኾምራን ከም ዝነበረ ሊቃውንቲ ይሰማምዑ፣ ኣቐጽልቲ ቕድሚ እንስሳ እዮም መጺኦም፣ ሰብ ከኣ እቲ ዳሕረዋይን ዝረቐቐን ህይወት እዩ፣ ካብዚ ኣቀራርባዚ ዚስዕቡ ሕቶታት እዞም ዚስዕቡ እዮም።-

ሀ) ብዘይ ጸሓይ። ኣቕጽልቲ ኽመይ ኢሎም ን"ዘመናት" ጸኒሖም?

ለ) ንዕንባባታት ዜዋስቡ ሓሸራታትን ኣዕዋፍን። ድሕሪ ኣቕጽልቲ "ዘመናት" ጸኒሖም እንተ ደኣ ተፈጢሮም ኮይኖም። ምውሳብ ኣብ ዕንባባታት ከመይ ኢሉ ይካየድ ነይሩ?

3. ናይ ዘመንን መዓልትን እብረ

እቶም መዓልታት ናይ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት መዓልታት እዮም፣ ነፍስ ወከፎም ከኣ ብዘመናት ይፈላለዩ፣ ኣብዞም ኣብ መንጎ ዘሎዉ ዘመናት ከኣ እቶም ፍጡራት ይዓብዩ፣ ካብዚ ኣቀራርባዚ ዚመጹ ሕቶታት።-

ሀ) ከምቶም ኣብ ቍጽሪ 2 "መዓልቲ ማለት ዘመን ማለት እዩ" ዚብል ኣቀራርባ ዘሎዉ ሕቶታት የልዕል

ለ) እቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕሲ "መዓልቲ" ኺብል እንከሎ ንኽልቲኦም ናይ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት መዓልትን ዘመንን የመልክት ድዩ?

4. ናይ ተኸታተልቲ ተፈጥሮን ዕንወትን ክልሰ ሓሳብ

እዚ ኽልሰ ሓሳብዚ ኸምዚ ዚስዕብ ይንበብ።- ኣብ መንጎ ዘፍ። 1። 1ን ዘፍ። 1። 2ን ሓደ ዘይተወሰነ ናይ ግዜ ንውሓት ነይሩ፣ ኣብዚ ግዜዚ እቶም ኣብ ቅድመ-ታሪኽ ዝነበሩ ፍጡራት ከምቲ ኣብ መጽናዕቲ ኣሰር ህይወት ዘሎ ኣሰራርዓኦም ተፈጢሮም፣ ቅድሚ ኣስታት ክልተ ሚእቲ ሽሕ (200,000) ዓመታት ሓደ መለኮታዊ መዓት (ዕንወት) ስለ ዘጋጠመ። ንመብዛሕትኡ ኣብዛ ፕላነት (ምድሪ) ዝነበረ ህይወት ኣዕነዎን ንብዙሓት እንስሳታት ኣጽነቶምን፣ ድሕሪኡ እቶም ናይ ዘፍ። 1 መዓልታት ኮይኖም፣ እዞም መዓልታትዚኣቶም ንዳግማይ ፍጥረት እዮም ዜዘንትዉ፣ ናይ መጀመርያ ፍጥረት ኣይኮኑን ዚትርኹ፣

5. ናይ ገነት ኤደን ህይወት ጥራይ ዚብል ክልሰ ሓሳብ

ብመሰረት እዚ ኽልሰ ሓሳብዚ። እቲ ኣብ ዘፍጥረት ዘሎ ዛንታ ነቲ ኣብ ገነት ኤደን ዝተገብረ ፍጥረትን መልክዕ ገነት ኤደንን ጥራይ እዩ ዜዘንቱ፣

6. ናይ ጋግ ክልሰ ሓሳብ

ብመሰረት ዘፍ። 1። 1 እግዚኣብሄር ፍጽምቲ ምድሪ እዩ ፈጢሩ፣ ብመሰረት ዘፍ። 1። 2 ከኣ ሰይጣን (ሉሲፈር) ንምድሪ ኸመሓድራ ተመዚዙ ግናኸ ጠሊሙ (ዓልዩ)፣ ስለዚ እግዚኣብሄር ንሰይጣንን ንምድርን ንምሉእ ዕንወት ፈሪድዎም፣ ንሚልዮናት ዓመታት ከኣ ምድሪ ጥራያ ተሓዲጋ። እቶም ናይ ስነ-ምድሪ መዋእላት ከኣ በብተራ ተፈጺሞም፣ ብመሰረት ዘፍ። 1። 3 ክሳብ ዘፍ። 2። 3። ኣብ 4004 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ እቶም ሹድሽተ ናይ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ናይ ዳግም ፍጥረት መዓልታት ኮይኖም፣ ኣብ 1654 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ዝነበረ ኣቡን ወይ ኣባ ኣሸር ናይ ዘፍ። 5ን ዘፍ። 11ን ወለዶታት ተጠቒሙ። ሰብ ዝተፈጥረሉ ግዜ ኣብ ከባቢ 4004 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ምኻኑ ቐሚርዎ፣ ግናኸ ወለዶታት ምሉእ መስርዕ የብሎምን፣

7. ናይ ብርኽቲ (ቅድስቲ) ሰሙን ክልሰ-ሓሳብ

ናይ ኦሪት ዘፍጥረት ጸሓፊ ንመለኮታዊ መልእኽቲ ዕዮ እግዚኣብሄር ኣብ ፍጥረት ንምግላጽ ናይ መዓልታትን ሰሙንን ሓሳብ ከም ናይ ስነ-ጽሑፍ መሳርሒ ተጠቒሙሉ፣ እዚ ዓይነት ኣቀራርባ ንመልክዕን ምዕሩይነትን ፈጠራ እግዚኣብሄር ኣብሪሁ ይገልጸ፣

3፡ 9 **"እናተዓዘቡ ፈተኑኒ"** እቲ ኣብ ጥቕሲ 8 ዘሎ "ንድሪ" ዚብል ቃልን ኣብ ጥቕሲ 9 ዘሎ "ፈተኑኒ" ዚብል ቃልን ኣብቲ ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን በዚ መስርዕዚ "መሪባ"ን "ማሳ"ን እዮም ዚብሉ። እዚኣቶም ኣብ ዘጸ፡ 17፡ 1 - 7 ተጠቒሶም ዘሎዉ እስራኤል ካብ እግዚኣብሄር ዝዓለዉሎም ጂኦግራፍያዊ ቦታታት እዮም።

ኣብቲ ናይ ግሪኽ ትርጕም፡ ነቲ "ፈተና" ዚብል ቃል ክልተ ነንበይኖም ቃላት ኣሎዉ። እቲ ቐዳማይ "ፔራዞ" ይብሃል። ትርጕሙ ኸኣ "ናይ ዕንወት ዕላማ ሒዝካ ምፍታን" ማለት እዩ። እቲ ኻልኣይ ከኣ "ዶኪማዞ" ኾይኑ፡ ትርጕሙ "ንኽተረጋግጽ ምፍታን" ማለት እዩ። ኣብ ከምዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ትሕዝቶ ግን ክልቲኦም ተመሳሰልቲ ቓላት ኮይኖም ኣሎዉ። ናይ እብ፡ 2፡ 18 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ **"ግብረይ ከኣ... ረኣዩ"** ኣብቶም ኣርብዓ ዓመታት ናይ ምድረ በዳ ኸርተት፡ እግዚኣብሄር ምስ ደቂ እስራኤል ዝገበሮ ተኣምራታዊ ኣቀራርባ፡ ንደቂ እስራኤል ናብ ምሉእ እምነት ከምጽኦም ኣይከኣለን። ኣብ ሉቃ፡ 16 ዘሎ ናይ ኣልኣዛርን እቲ ሃብታም ሰብኣይን ዛንታ ምስ ማቴ፡ 24፡ 24 ተወሃሂዱ፡ ናይ ተኣምራት ኣገባብ ግድነት ምልክት እግዚኣብሄር ኪኸውን ከም ዘይክእል ዋላውን ንሰብ ናብ እምነት ንምስሓብ ዝበለጸ መሳርሒ ኸም ዘይኮነ የረድኣና (ኣብ ማቴ፡ 4፡ 3፤ 6 ዘሎ ናይ ሰይጣን ፈተና ንየሱስውን ተወከስ)።

▣ **"ኣርብዓ ዓመታት"** እዚ ቕጽርዚ ብዙሕ ሳዕ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ የገልግል እዩ። ንነዊሕ፡ ዘይተበትከ ንውሓት ግዜ ንምግላጽ ዚጠቅም ናይ እብራይስጢ ቕንቀኛ ኪኸውን ኣሎዎ። ኣብዚ ዚብሃል ዘሎ ታሪኽ ደቂ እስራኤል፡ ንሰላሳን ሸሞንተን ዓመታት እዩ ዚውክል (ዘሁ፡ 14፡ 34)።

*ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ናይ መዝሙር ዳዊት ጥቕሲ፡ ካብቲ ኣብ ናይ እብራይስጥን ግሪኽን ትርጉማት ዘሎዎ ትሕዝቶ ቐይርዎ ኣሎ። ነቶም ኣርብዓ ዓመታት ምስቶም እስራኤላውያን ኣብ ናይ ምድረበዳ ኾለል ዝረኣይዎም ናይ ያህወ (እግዚኣብሄር) ተኣምራታት ኣተሓሒዝዎም (ንኣብነት ጳውሎስ ንመዝ፡ 68፡ 18 ኣብ ኤፌ። 4፡ 8 ቐይርዎ ኣሎ)። ግናኸ እቲ ናይ ቋንቋ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳንን እቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳንን፡ ነቲ ሓረግ ምስቲ ኣብ ግዜ ናይ ምድረበዳ ጕዕዞ ኣብ ልዕሊ እስራኤልውያን ዝወረደ ቑጥዓ ያህወ (እግዚኣብሄር) የዛምድዎ (መዝ፡ 95፡ 10)። ብዙሕ ግዜ ናይ ሓድሽ ኪዳን ጸሓፍቲ ብድርኺት መንፈስ ቅዱስ ናይ ካህናት ኣይሁድ ውርጹጽ ቋንቋ ተጠቒሞም ነቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕስታት ይትርጕምዎም። እዚ ቕድዚ ነቲ ንመጽሓፍ ቅዱስ ብግቡእ ንምትርጓም ናይ ደራሲ መበቆላዊ ዕላማ ምሕላው ይግባእ ዚብል ዘመናዊ ተወፋይነት ይግህስ። ንዘመናዊ ተርጎምቲ ቕቡል ብዘይኮነ መገዲ እቶም ናይ ሓድሽ ኪዳን ጸሓፍቲ ንብሉይ ኪዳን ኪጥቀሙሉ መሰል እንተ ሃብናዮም ክንስከፍ ኣይግብኣናን። ስርዓት ኣተረጓጕማ መጽሓፍ ቅዱስ ናይቶም ድርኺት ዝረኸቡ ጸሓፍቲ ኽንቀድሖ ኣይንኽእልን ኢና።*

**3፡ 10 "*ስለዚ ነዚ ወለዶዚ ኾሬኹሉ*"** *ናይ ቍጥዓን ፍርድን እግዚኣብሄር ጽቡቕ ኣብነት ኣብ ዘሁ፡* 14፡ 11፤ 22 - 23፤ 27 - 30፤ 35 *ንረክብ።*

▣ **"*ኣይፈለጥዎን*"** *እቲ "ፈለጠ" ዚብል መበገሲ ቓል ብእብራይስጢ ብዛዕባ ሓደ ሰብ ወይ ነገር ተራ ሓቅታት ምፍላጥ ዘይኮነስ ውልቃዊ ዝምድና እዩ ዚገልጽ (ዘፍ፡* 4፡ 1፥ *ኤር፡* 1፡ 5)። *ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እምነት፡ ናይ ፍልጠት ክፋልን (ሓቂ) ውልቃዊ ኽፋልን (እምነት) የጠቓልል።*

▣ **"*መገደይ*"** *ኣብ እብራይስጢ ንሕጊ እግዚኣብሄር ዚውክሉ ብዙሓት ተመሳሳልቲ ቓላት ኣሎዉ* (*መዝ፡* 19፡ 6 - 9፤ *መዝ* 119)። *ነቶም ናይ ብሉይ ኪዳን እስራኤላውያን ፍቓድ እግዚኣብሄር ንጹር እዩ ነይሩ፡ ግናኸ ብፍቓዶም ነጺጎሞ። ናይቶም መልእኽቲ እብራውያን ዝተቐበሉ ዘይኣመኑ ኣይሁድ ሽግርውን ንሱ እዩ ነይሩ። መልእኽቲ የሱስ ን"መገድታት እግዚኣብሄር" ቀይርዎም እዩ ነይሩ (ማቴ፡* 5፡ 21 - 48፥ *ማር፡* 7፡ 19፤ 10፡ 5፤ 6)። *ነዞም ኣይሁድ ኣመንቲ ንሙሴ ጠንጢኖም በቲ ፈጺሙ ኣብ ጽድቂ ሰብ ዘይምርኮስ ናይ ሓድሽ ኪዳን መልእኽቲ ሃዋርያት ምሉእ ብምሉእ ኪኣምኑ ግድል እዩ ነይሩ (ኤር፡* 31፡ 31 - 34፥ *ህዝ፡* 36፡ 22 - 38)።

---

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ንምግላጽ እግዚኣብሄር ዚምልከቱ ቓላት (ንኣሪት ዘዳግምን መዝሙር ዳዊትን ብምውካስ)**

I. "*ሕጋጋት*" ቢ.ዲ.ቢ. 349 "*ድንጋገ: ኣዋጅ: ብይን*"

*ሀ) ተባዕታይ* — *ዘዳ*: 4: 1፤ 5፤ 6፤ 8፤ 14፤ 40፤ 45፤ 5: 1፤ 6: 1፤ 24፤ 25፤ 7: 11፤ 11: 32፤ 16: 12፤ 17: 19፤ 26: 17፤ 27: 10፥ *መዝ*: 2: 7፤ 50: 16፤ 81: 4፤ 99: 7፤ 105: 10፤ 45፤ 148: 6

*ለ) ኣንስታይ* — *ዘዳ*: 6: 2፤ 8: 11፤ 10: 13፤ 11: 1፤ 28: 15፤ 45፤ 30: 10፤ 16፥ *መዝ*: 89: 31፤ 119: 5፤ 8፤ 12፤ 16፤ 23፤ 26፤ 33፤ 48፤ 54፤ 64፤ 68፤ 71፤ 80፤ 83፤ 112፤ 124፤ 135፤ 145፤ 155፤ 171

---

II. “ሕጊ” ቢዲቢ 435 “መምርሒ”

**ዘዳ**: 1: 5፣ 4: 44፣ 17: 11፣ 18፣ 19፣ 27: 3፣ 8፣ 26፣ 28: 58፣ 61፣ 29: 21፣ 29፣ 30: 10፣ 31: 9፤ **መዝ**: 1: 2፣ 19: 7፣ 78: 10፣ 94: 12፣ 105: 45፣ 119: 1፣ 18፣ 29፣ 34፣ 44፣ 51፣ 53፣ 55፣ 61፣ 70፣ 72፣ 77፣ 85፣ 92፣ 97፣ 109፣ 113፣ 126፣ 136፣ 142፣ 150፣ 153፣ 163፣ 165፣ 174

III. “ምስክራት” ቢዲቢ 730 “መለኮታዊ ሕጋጋት”

**ሀ) ድርብ (ብዙሕ)** **ዘዳ**: 4: 45፣ 6: 17፣ 20፤ **መዝ**: 25: 10፣ 78: 56፣ 93: 5፣ 99: 7፣ 119: 22፣ 24፣ 46፣ 59፣ 79፣ 95፣ 119፣ 125፣ 138፣ 146፣ 152፣ 167፣ 168

**ለ)** **መዝ**: 19: 7፣ 78: 5፣ 81: 5፣ 119: 2፣ 14፣ 31፣ 36፣ 88፣ 99፣ 111፣ 129፣ 144፣ 157

IV. “ሕጋጋት” ቢዲቢ 824 “ሓላፍነት”

**መዝ**: 19: 8፣ 103: 18፣ 111: 7፣ 119: 4፣ 15፣ 27፣ 40፣ 45፣ 56፣ 63፣ 69፣ 78፣ 87፣ 93፣ 94፣ 100፣ 104፣ 110፣ 128፣ 134፣ 141፣ 159፣ 168፣ 173

V. “ትእዛዛት” ቢዲቢ 846

**ዘዳ**: 4: 2፣ 40፣ 5: 29፣ 6: 1፣ 2፣ 17፣ 25፣ 8: 1፣ 2፣ 11፣ 10: 13፣ 11: 13፣ 15: 5፣ 26: 13፣ 17፣ 30: 11፣ 16፤ **መዝ**: 19: 8፣ 119: 6፣ 10፣ 19፣ 21፣ 32፣ 35፣ 47፣ 48፣ 60፣ 66፣ 73፣ 86፣ 96፣ 98፣ 115፣ 127፣ 131፣ 143፣ 151፣ 166፣ 176

VI. “ፍርድታት/ ትእዛዛት” ቢዲቢ 1048 “ውሳኔታት” ወይ “ብይን”

**ዘዳ**: 1: 17፣ 4: 1፣ 5፣ 8፣ 14፣ 45፣ 7: 12፣ 16: 18፣ 30: 16፣ 33: 10፣ 21፤ **መዝ**: 10: 5፣ 18: 22፣ 19: 9፣ 48: 11፣ 89: 30፣ 97: 8፣ 105: 5፣ 7፣ 119: 7፣ 13፣ 20፣ 30፣ 39፣ 43፣ 52፣ 62፣ 75፣ 84፣ 102፣ 106፣ 120፣ 137፣ 149፣ 156፣ 160፣ 164፣ 147: 19፣ 149: 9

VII. “መገድታቱ” ቢዲቢ 202: ንኣነባብራ ህዝቢ እግዚኣብሄር ዚምልከቱ ናይ ያህወ (እግዚኣብሄር) መምርሒታት

**ዘዳ**: 8: 6፣ 10: 12፣ 11: 22፣ 28፣ 19: 9፣ 26: 17፣ 28: 9፣ 30: 16፣ 32: 4፤ **መዝ**: 119: 3፣ 5፣ 37፣ 59

VIII. “ቃላቱ”

ሀ) ቢ.ዲ.ቢ. 202 ዘዳ: 4: 10፤ 12፤ 36፤ 9: 10፤ 10: 4፥ መዝ: 119: 9፤ 16፤ 17፤ 25፤ 28፤ 42፤ 43፤ 49፤ 57፤ 65፤ 74፤ 81፤ 89፤ 101፤ 105፤ 107፤ 114፤ 130፤ 139፤ 147፤ 160፤ 161፤ 169

ለ) ቢ.ዲ.ቢ. 57

1. “ቃል” ዘዳ: 17: 19፤ 18: 19፤ 33: 9፥ መዝ: 119: 11፤ 67፤ 103፤ 162፤ 170፤ 172

2. “ተስፋ” መዝ: 119: 38፤ 41፤ 50፤ 58፤ 76፤ 82፤ 116፤ 133፤ 140፤ 148፤ 154

3. “ትእዛዝ” መዝ: 119: 158

**3፡ 11 “ብቕጥዓይ ድማ…. መሓልኩ”** ልክዕ ከምቲ ናይ እግዚኣብሄር ፍቕሪ፡ ቁጥዓ እግዚኣብሄር ከኣ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ እዩ። ክልቲኦም ብሰብኣዊ ስምዒታትን ኣበሃህላታትን ዚንጸባረቑ ምሳሌኣዊ መግለጺታት እዮም። ብርግጽ ባህርይ እግዚኣብሄር እዮም ዚገልጹ፡ ግናኸ መደምደምታ ባህሪ እግዚኣብሄር ኣይኮኑን። እግዚኣብሄር ብእኹል መገዲ ተገሊጹልና እዩ። ፍልጠት እግዚኣብሄር ኣዝዩ ሰፊሕ ስለ ዝኾነ፡ ኣብዚ ሓላፊ፡ ስጋውን ሓጥእን ህይወት ነቲ ፍልጠቱ ኽንቅበሎ ኣይንኽእልን ኢና።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: እግዚኣብሄር ከም ሰብ ኪግለጽ እንከሎ (ብሰብኣዊ ስምዒታት ኪግለጽ እንከሎ)**

I. እዚ ቛንቋዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣዝዩ ልሙድ እዩ (ገለ ኣብነታት)

ሀ) ኣካላት ስጋ ሰብ

1. ዓይኒ ዘፍ: 1: 4፤ 31፤ 6: 8፥ ዘጸ: 33: 17፥ ዘሁ: 14: 14፥ ዘዳ: 11: 12፥ ዘካ: 4: 10
2. ኣእዳው ዘጸ: 15: 17፥ ዘሁ: 11: 23፥ ዘዳ: 2: 15
3. ቅልጽም ዘጸ: 6: 6፤ 15: 16፥ ዘዳ: 4: 34፤ 5: 15፤ 26: 8
4. ኣእዛን ዘሁ: 11: 18፥ 1ሳሙ: 8: 21፥ 2ነገ: 19: 16፥ መዝ: 5: 1፤ 10: 17፤ 18: 6

5. **ገጽ** **ዘጸ**: 33: 11፥ **ዘሁ**: 6: 25፤ 12: 8፥ **ዘዳ**: 34: 10

6. **ኣጻብዕ** **ዘጸ**: 8: 19፤ 31: 18፥ **ዘዳ**: 9: 10፤ **መዝ**: 8: 3

7. **ድምጺ** **ዘፍ**: 3: 8፤ 10፥ **ዘጸ**: 15: 26፤ 19: 19፥ **ዘዳ**: 26: 17፤ 27: 10

8. **ኣእጋር** **ዘጸ**: 24: 10፥ **ህዝ**: 43: 7

9. **መልክዕ ሰብ** **ዘጸ**: 24: 9 - 11፥ **መዝ**: 47፥ **ኢሳ**: 6: 1፥ **ህዝ**: 1: 26

10. **መልኣኽ እግዚኣብሄር** **ዘፍ**: 16: 7 - 13፤ 22: 11- 15፤ 31: 11፤ 13፤ 48: 15 - 16፥ **ዘጸ**: 3: 4፥ 13 - 21፤ 14: 19፥ **መሳ**: 2: 1፤ 6: 22 - 23፤ 13: 3 - 22

**ለ**) ኣካላዊ (ስጋዊ) ምንቅስቓስ

1. **ምዝራብ ከም ገባርን ሓዳግን ኣብ ፍጥረት** **ዘፍ**: 1: 3፤ 6፤ 9፤ 11፤ 14፤ 20፤ 24፤ 26

2. **ምምልላስ ኣብ ኤደን ገነት** (**ድምጺ እግዚኣብሄር**) **ዘፍ**: 3: 8፥ **ዘሌ**: 26: 12፥ **ዘዳ**: 23: 14

3. **ምዕጻው ማዕጾ መርከብ ኖህ** **ዘፍ**: 7: 16

4. **ምሽታት መስዋእቲ** **ዘፍ**: 8: 21፥ **ዘጸ**: 29: 18፤ 25፥ **ዘሌ**: 26: 31

5. **ናብ ታሕቲ ምውራድ** **ዘፍ**: 11: 5፤ 18: 21፥ **ዘጸ**: 3: 8፤ 19: 11፤ 18፤ 20

6. **ምቕባር ሙሴ** **ዘዳ**: 34: 6

**ሐ**) ሰብኣዊ ስምዒታት (ገለ ኣብነታት)

1. **ጣዕሳ** **ዘፍ**: 6: 6፤ 7፥ **ዘጸ**: 32: 14፥ **መሳ**: 2: 18፥ 1**ሳሙ**: 15: 29፤ 35፥ **ኣሞ**: 7: 3፤ 6

2. **ቍጥዐ** **ዘጸ**: 4: 14፤ 15: 7፥ **ዘሁ**: 11: 10፤ 12: 9፤ 22: 22፤ 25: 3፤ 4፤ 32: 10፤ 13፤ 14፥ **ዘዳ**: 6: 15፤ 7: 4፤ 29: 20

3. **ቅንኢ** **ዘጸ**: 20: 5፤ 34: 14፥ **ዘዳ**: 4: 24፤ 5: 9፤ 6: 15፤ 32: 16፤ 21፥ **እያ**: 24: 19

4. **ምጽያፍ** **ዘሌ**: 20: 23፤ 26: 30፥ **ዘዳ**: 32: 19

መ) ስድራቤታዊ ቓላት (ገለ ኣብነታት)

1. ኣቦ

ሀ) ናይ እስራኤል ዘጸ: 4: 22፥ ዘዳ: 14: 1፥ ኢሳ: 1: 2፤ 63: 16፤ 64: 8

ለ) ናይ ንጉስ 2ሳሙ: 7: 11 - 16፥ መዝ: 2: 7

ሐ) ምሳሌ ኣባታዊ ሓልዮት ዘዳ: 1: 31፤ 8: 5፥ መዝ: 27: 10፥ ምሳ: 3: 12፥ ኤር: 3: 4፤ 22፤ 31: 20፥ ሆሴ: 11: 1 - 4፥ ሚል: 3: 17

2. ወላዲ ሆሴ: 11: 1 - 4

3. ኣደ መዝ: 27: 10 (ተምሳል እተጥቡ ኣደ) ኢሳ: 49: 15፤ 66: 9 - 13

4. መንእሰይ እሙን ኣፍቃሪ ሆሴ: 1 - 3

II. እግዚኣብሄር ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ቛንቋ ዚጥቀመሎም ምኽንያታት

ሀ) እግዚኣብሄር ንርእሱ ንሰባት ከፍልጦም የድልዮ እዩ፣ ንእግዚኣብሄር ተባዕታይ ጌርካ ናይ ምርዳእ ዓብላሊ ሓሳብ ሰብኣዊ ኣረዳድኣ እዩ፣ ምኽንያቱ እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ፣

ለ) እግዚኣብሄር ካብ ህይወት ሰብ እቶም ሃነጽቲ ባህርያት (ኣቦ: ኣደ: ወላዲ: መፍቀሪ) ብምውሳድ ነቶም ውዱቓት ደቅሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ምግላጽ ምእንቲ ኺህቦም ይጥቀመሎም፣

ሐ) ዋላኳ ኣድላዪ እንተ ኾነ: እግዚኣብሄር ብተፈጥሮኣዊ መልክዕ ኪድረት ኣይደልይን እዩ (ዘጸ: 20 ዘዳ: 5)፣

መ) እግዚኣብሄር ሰብኣዊ ተፈጥሮ ዝለበሰሉ ዝዓበየ ኣጋጣሚ ናይ የሱስ ትስብእቲ (ሰብ ምዃን) እዩ፣ እግዚኣብሄር ስጋ ለቢሱ: ዚርምሰስ (ዚትንከ) ኾይኑ (1ዮሃ: 1: 1 - 3)፣ መልእኽቲ እግዚኣብሄር ቃል እግዚኣብሄር ኮይኑ (ዮሃ: 1: 1 - 18)፣

▣ **"መሓልኩ"** እግዚኣብሄር ቃሉ ርጡብ ከም ዝኾነ ንምርግጋጽ ብእወታዊ መገዲ ይምሕል እዩ። ኣብዚ ጥቕሲዚ ግን ብኣሉታዊ መገዲ እዩ ዚምሕል ዘሎ (እብ፡ 4፡ 3)። እዚ ኸኣ እቲ ዚህቦ መጠንቀቕታ ኽሳዕ ክንደይ ግቡእ ምዃኑን ናይ ዘይምእዛዝ ሳዕቤን ንምግላጽን እዩ።

▣ **"ናብ ዕረፍተይ ኣይኪኣትዉን እዮም"** እዚ ብኽፊል ዝለዓለ (ቀዳማይ ደረጃ) ዠነታዊ ኣበሃህላ እዩ። መደምደምታ እኳ እንተ ዘይብሉ፡ ኣሉታዊ ኣመት ግን ኣሎዎ። እዚ "ዕረፍቲ" ዚብል ቃል ኣብ ምዕራፋት 3ን 4ን ብኣርባዕተ ነንበይኖም መገድታት ቀሪቡ ኣሎ።

1. ኣብ ዘፍ፡ 2፡ 2 ንዕረፍቲ እግዚኣብሄር ኣብ ሻብዓይ መዓልቲ ፍጥረት ንምግላጽ የገልግል (እብ፡ 4፡ 3፤ 4፤ 10)

2. ኣብ ዘሁልቍ 13ን 14ን ናብታ ምድሪ ተስፋ እያሱ ንህዝቢ እስራኤል ከም ዜእትዎም ንምግላጽ የገልግል (እብ፡ 3፡ 11፤ 18፤ 4፡ 8)

3. መዝ፡ 95፡ 7 - 11 ነቲ ገና ዕረፍቲ እግዚኣብሄር ዘይመጸሉ ዘመን ዳዊት ንምግላጽ የገልግል (4፡ 1፤ 9 - 10)

4. ብምሳሌኣዊ ኣዘራርባ ንሰማይ (ህልውና እግዚኣብሄር) ንምግላጽ የገልግል

**3፡ 12 "ኣቱም ኣሕዋተየ... ተጠንቀቑ"**

እዚ ናይ ህሉው ግዜ ቐጻሊ ትእዛዛዊ ቓል እዩ። ጥንቂቓት ምዃን ቀጽሉ ማለት እዩ። እቲ መጀመርያ ናይ እምነት ህይወት ጥራይ ኣይኮነን ዘገድስ፡ እቲ መወዳእታኡ ኸኣ ኣገዳሲ እዩ (እብ፡ 11)።

▣ **"ኣሕዋተየ"** ናይ እብ፡ 3፡ 1 ሓጺር መግለጺ ርእ። እዚ መዓርግዚ ንዝኣመኑ ኣይሁድ ዚምልከት ይመስል። ዋላኳ ንኣይሁዳዊ መበቆል ዘሎዎም ኪምልከት ዚኽእል እንተ ኾነ።

▣ **"ዘይኣምን ልቢ"** እዚ ነቲ ንህያው ኣምላኽ ዚኽሕድ ኣማኒ ዚገልጽ እዩ። ዚኣምን ልቢ ኽሳዕ መወዳእታ ጸኒዑ ዚቕጽል እዩ (እብ፡ 3፡ 14፤ እብ፡ 11)። እቲ "ዘይኣምን ልቢ" ዚብል ሓረግ ኣብ ቋንቋ እብራይስጢ ዘሎ "ናይ ዘይምእማን ልቢ" (እብ፡ 4፡ 6) ዚብል ቍንቍኛ እዩ። ካልእ ኣብነት ናይ እብራይስጢ ቕንቍኛ ኸኣ፡ ኣብ እብራይስጢ "ሹብ" (ተመልሰ ወይ መገዲ ቐየረ) ዚብል፡ ከምቲ ኣብ እብ፡ 3፡ 13 ዘሎ "ረሓቐ (ጠለመ፡ ሃደመ)" ይኸውን።

▣ **"ካብ ህያው ኣምላኽ ዜርሕቕ"** እዚ ኣብ ሕሉፍ ዝጀመረ በቲ በዓል ቤት ዚግበር ዘሎ ተግባር እዩ ዜመልክት። እቲ "ዜርሕቕ" ዚብል ቃል ናይ ክሕደት እምነት ካልእ መግለጺ እዩ። እናዓበየ ዚመጽእ ዘሎ ጥልመት እዩ ዜርኢ (ኣንጻር እብ፡ 3፡ 14)። እዚ ንባብዚ ንመን እዩ ዚምልከቶ፡- 1) ንኣመንቲ ኣይሁድዶ ወይስ 2) ንዘይኣመንቲ ኣይሁድ? "ካብቲ ሰማያዊ ጽውዓ ግደ ዘሎኩም"፡ "ኣሕዋተይ" ዚብሉ ሓረጋት ኣብ እብ፡ 3፡ 1 ስለዘሎዉ፡ ኣብ እብ፡ 3፡ 12 ኸኣ ደጊሙ "ኣሕዋተየ" ስለ ዚብል፡ ንኣመንቲ ዚምልከት ሓሳብ ኪኸውን ኣሎዎ።

ስለዚ ብዛዕባ እንታይ እዩ እቲ መጠንቀቕታ? 1) ብዛዕባ ምድሓን ድዩ ወይስ 2) እሙንነት? ካብ ትሕዝቶ እቲ ጽሑፍ፡ እቲ መጠንቀቕታ ብዛዕባ እሙንነት ይመስል። የሱስ እሙን እዩ ነይሩ፡ ስለዚ ንሳቶም ከኣ እሙናት ኪኾኑ ኣሎዎም። መልእኽቲ እብራውያን ንህይወት ክርስትና ኸም ጳውሎስ ብመጀመርያኡ ዘይኮነስ ብመወዳእታኡ (እብ፡ 3፡ 14) እዩ ዚርእዮ።

እቲ ኣብ ጥቕሲ 13 ዘሎ "ዜርሕቕ" ዚብል ቃል ምስ ዘየቋርጽ እምነትን እሙንነትን ዚተሓሓዝ ኪኸውን ኣሎዎ። እስራኤላውያን እምነት ነይርዎም፡ ግናኸ ዚሰርሕ፡ ዚእዘዝ እምነት ኣይነበረን። ኣብ ክንዲ ናይ እግዚኣብሄር እምነት ናይቶም ሰለይቲ ጸብጻብ (ዘሁ፡ 13 - 14) ብምቕባል፡ ነቲ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ሃገር ዚህቦም ተስፋ እግዚኣብሄር ነጺጎሞ። ኣብዚ ኾነትዚ እቲ "ዜርሕቕ" ዚብል ቃል "ካብ እምነት ዜርሕቕ" ማለት ኣይኮነን። "ካብ እሙንነት ዜርሕቕ" ማለት

እዩ። ግናኸ ንጥዕና ዘሎዎ እምነት ክርስትና፡ ክልቲኦም ኣድለይቲ እዮም። ናይ እብ፡ 3፡ 16 - 18 መግለጺ ርአ።

ኵሉ ግዜ እግዚኣብሄር ናባና ብናይ ኪዳን ዝምድና እዩ ዚመጽእ። ንሕና ኸኣ ብእምነትን እሙንነትና ኽንምልሰሉ ኣሎና። እቲ ሉኣላዊ ኣምላኽ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ውሳኔናን ቀጻሊ ናይ ደቀ መዛሙርቲ ዕቤትናን ተዋሳእቲ ኽንከውን ፈቒዱልና እዩ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ንምርድኡ ኣሸጋሪ እዩ፡ ምኽንያቱ፡-

1. ናይ ካህናት ኣይሁድ ስነ-ሞጎትን ኣጸናንዓ ቅዱስ ጽሑፋትን እዩ ዚጥቀም
2. ኣብ ክልተ ጕጅለታት ሰባት እዩ ዜተኩር
   ሀ) ኣመንቲ ኣይሁድ
   ለ) ዘይኣመንቲ ኣይሁድ
3. ናይ ክርስትና ውሕስነትን ዓወትን ብዓይኒ እሙንነትን እምነትን እዩ ዚርእዮ
4. ክሳዕ መወዳእታ ኣብ እሙንነት የተኩር (እብ፡ 4፡ 14፤ እብ፡ 11)። ንህይወት ክርስትና ብመጀመርያኡ ዘይኮነስ ብመወዳእታኡ እዩ ዚጥምቶ።

እቲ "ህያው ኣምላኽ" ዚብል ስም ናይቲ "ያህወ" ዚብል ናይ ኪዳን ስም እግዚኣብሄር መተካእታ እዩ። እዚ ስምዚ ኻብቲ "ኾነ ወይ ዘሎ" ዚብል ናይ እብራይስጢ ግሲ (ናይ ተግባር ቃል) እዩ (ዘጸ፡ 3፡ 14)። ናይ እኢኣብ፡ 2፡ 7 ፍሉይ ኣርእስቲ፡ መለኮታዊ ስማት ዚብል መግለጺ ርአ። እቶም ነበብቲ መልእኽቲ እብራውያን ንያህወ (እግዚኣብሄር) ይነጽግዎ ኣይኮኑን ነይሮም። ግናኸ ንወንጌል የሱስ ክርስቶስ ምንጻግ ማለት ንእግዚኣብሄር ምንጻግ እዩ (1ዮሃ፡ 5፡ 9 - 12)።

---

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ክሕደት እምነት (ኣፊስተሚ)**

እዚ "ኣፊስተሚ" ዚብል ናይ ግሪኽ ቃል ሰፊሕ ትርጕም ዘሎዎ እዩ፣ እቲ "ኣፖስተሲ" ዚብል ናይ እንግሊዝ ቃል ካብዚ ናይ ግሪኽ ቃል ዝመንጨወ እዩ፣ ንናይዚ ዘመንዚ ነበብቲ ኸኣ ነቲ ትርጕም ብግቡእ ቅድሚ ምርድኦም ጌጋ ሓሳብ ኪሕዙ ይገብሮም፣ ካብ ኣቐዲሙ ዝተሃንጸ ኣረዳድኣ ግን እቲ ቓል ዝተጻሕፎ ናይ ስነ-ጽሑፍ ኵነት መፍትሕ ትርጕም ኮይኑ የገልግል፣

እዚ ናይ ግሪኽ ቃል። ውሁድ (ድርብ) ቃል እዩ፣ ካብ ክልተ ቓላት "ኣፖ"ን "ሂስተሚ"ን ዝቖመ እዩ፣ "ኣፖ" ማለት "ካብ" ወይ "ካብ … ረሓቐ" ንምባል ዚጠቅም መስተዋድድ እዩ፣ "ሂስተሚ" ማለት ከኣ "ኮፍ በለ"። "ቆመ" ወይ ከኣ "ኣቘመ" ማለት እዩ፣ እዞም ዚስዕቡ ኻብ ስነ-መለኮታዊ ትርጓሜታት ወጻኢ ዝኾኑ ኣገልግሎታት እቲ ቓል ኣስተብህለሎም።-

1. ብኣካል ረሓቐ: ተኣለየ፣ ተፈለየ
   ሀ) ካብ ቤት መቕደስ ሉቃ: 2: 37

   ለ) ካብ ቤት ማር: 13: 34

   ሐ) ካብ ሰብ ማር: 12: 12፤ 14: 50፥ ግብ: 5: 38

   መ) ካብ ኩሉ ማቴ: 19: 27, 29
2. ብመገዲ ፖለቲካ ኣርሓቐ: ኣለየ ግብ: 5: 37
3. ካብ ርክብ ረሓቐ: ተፈልየ ግብ: 5: 38፤ 15: 38፤ 19: 9፤ 22: 29
4. ብሕጊ ኣርሓቐ (ፈትሐ) ዘዳ: 24: 1፤ 3፥ ከምኡውን ሓድሽ ኪዳን ማቴ: 5: 31፤ 19: 7፥ ማር: 10: 4፥ 1ቆሮ: 7: 11
5. ዕዳ ኣርሓቐ ማቴ: 18: 24
6. ብምሕዳግ ዘይምግዳስ ኣርኣየ ማቴ: 4: 20፤ 22: 27፥ ዮሃ: 4: 28፤ 16: 32
7. ብዘይምሕዳግ ተገዳስነት ኣርኣየ ዮሃ: 8: 29፤ 14: 18
8. ፈቐደ: ሓደገ ማቴ: 13: 30፤ 19: 14፥ ማር: 14: 6፥ ሉቃ: 13: 8

ብስነ-መለኮትውን እቲ ቓል ሰፊሕ ጥቕሚ ኣሎዎ:-

1. ዕዳ ሓጢኣት ሓኸኸ: ሓደገ: መሓረ ዘጸ: 32: 32፥ ዘሁ: 14: 19፥ እዮ: 42: 10፥ ሓድሽ ኪዳን ማቴ: 6: 12፤ 14 - 15፥ ማር: 11: 25 - 26
2. ካብ ሓጢኣት ተቐጠበ 2ጢሞ: 2: 19
3. ሸለል በለ ኻብዞም ዚስዕቡ ነገራት ብምርሓኞ
   ሀ) ሕጊ ማቴ: 23: 23፥ ግብ: 21: 21

   ለ) እምነት ህዝ: 20: 8፥ ሉቃ: 8: 13፥ 2ተሰ: 2: 3፥ 1ጢሞ: 4: 1፥ እብ: 3: 12

ዘመናውያን (እዋናውያን) ኣመንቲ እቶም ናይ ሓድሽ ኪዳን ጸሓፍቲ ሓሲቦሙሎም ዘይፈልጡ ብዙሓት ናይ ስነ-መለኮት ሕቶታት ይሓቱ፣ ሓደ ኻብዞም ሕቶታትዚኣቶም ንእምነትን እሙንነትን ፈላልዩ ዚርኢ ዘመናዊ ዝንባለ እዩ፣

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ህይወት ህዝቢ ተዋሲኦም ሕማኞ ጽልዋ ዘስዓቡ ሰባት ኣሎዉ:-

I. ብሉይ ኪዳን
   ሀ) ናይቶም ዓሰርተ ሰለይቲ ጸብጻብ ዝሰምዑ ህዝቢ ዘሁ: 14 (ምስ እብ: 3: 16 - 19 ኣነጻጽሮ)

   ለ) ቆራሕ ዘሁ: 16

   ሐ) ደቂ ኤሊ 1ሳሙ: 2፤ 4

   መ) ሳኦል 1ሳሙ: 11 - 31

   ሠ) ነብያት ሓሶት (ኣብነታት)

1. ዘዳ: 13: 1 - 5፤ 18: 19 - 22 (ነብዪ ሓሶት ናይ ምልላይ ኣገባብ)
2. ኤር: 28
3. ህዝ: 13: 1 - 7

ረ) ነብዪታት ሓሶት

1. ህዝ: 13: 17
2. ነህ: 6: 14

ሰ) ሕሱማት መራሕቲ እስራኤል (ኣብነታት)

1. ኤር: 5: 30 - 31፤ 8: 1 - 2፤ 23: 1 - 4
2. ህዝ: 22: 23 - 31
3. ሚካ: 3: 5 - 12

II. ሓድሽ ኪዳን

ሀ) እዚ ናይ ግሪኽ ቃል "ኣፖስታዝያ" እዩ፣ ክልቲኦም ብሉይን ሓድሽን ኪዳናት: ቅድሚ ኻልኣይ ምጽኣት ናይ ክፍኣትን ትምህርቲ ሓሶትን ጸዕቂ ኽም ዚህሉ የረጋግጹ (ማቴ: 24: 24፥ ማር: 13: 22፥ ግብ: 20: 29፤ 30፥ 2ተሰ: 2: 3፤ 9 - 12፥ 2ጢሞ: 4: 4)፣ እዚ ናይ ግሪኽ ቃልዚ ነቶም ኣብ ማቴ: 13 ማር: 4 ሉቃ: 8 ኣብ ምስላ መሬት ዘሎዉ ቓላት የንጸባርቕ፣ እዞም መምህራን ሓሶት: ክርስትያናት ከም ዘይኮኑ ብሩህ እዩ: ግናኸ ኻብ ውሽጢ ክርስትና ዝወጹ እዮም (ግብ: 20: 29 - 30፥ 1ዮሃ: 2: 19)፣ ነቶም ዘይበሰሉ ሓቀኛ ኣመንቲ ኽስድዑን ኪማርኹን ይኽእሉ (እብ: 3: 12)፣

እቲ ስነ-መለኮታዊ ሕቶ: እቶም መምህራን ሓሶት ክርስትያናት ኮይኖምዶ ይፈልጡ እዮም? ነዚ ሕቶዚ ምምላስ ኣሸጋሪ እዩ ምኽንያቱ ኣብተን ኣብ ከከተምኡ ዝነበራ ኣብያተ ክርስትያን መምህራን ሓሶት ስለ ዝነበሩ (1ዮሃ: 2: 18 - 19)፣ ብዙሕ ግዜ እቶም ዝጸንሑና ስነ-መለኮታዊ መቦቆል ወይ ስማት ቤተ ክርስትያን ነዚ ሕቶዚ መጽሓፍ ቅዱስ ከይተወከሱ መልሲ ይህቡና (እንሓንሳእ ከኣ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ዘይቦታኡ ብምእታው ናብ ድሌቶም የቕንንዎ)፣

ለ) እምነት ዚመስል

1. ይሁዳ ዮሃ: 17: 12
2. ስምኦን እቲ ጠንቋሊ ግብ: 8
3. እቶም ኣብ ማቴ: 7: 13 - 23 ተዘንትዮም ዘሎዉ
4. እቶም ኣብ ማቴ: 13፥ ማር: 4፥ ሉቃ: 8 ተጠቒሶም ዘሎዉ
5. ኣብ ዮሃ: 8: 31 - 59 ዘሎዉ ኣይሁድ
6. እስክንድሮስን ሂሜኖዎስን 1ጢሞ: 1: 19 - 20
7. እቶም ኣብ 1ጢሞ: 6: 21 ዘሎዉ
8. ሂሜኖዎስን ፊሌጦስን ኣብ 2ጢሞ: 2: 16 - 18
9. ዴማስ 2ጢሞ: 4: 10
10. መምህራን ሓሶት 2ጴጥ: 2: 19 - 22፥ ይሁ: 12 - 19

11. ኣጽራሪ-ክርስቶስ 1ዮሃ። 2። 18 - 19

ሐ) ፍረ ዘይብሉ እምነት

1. 1ቆሮ 3: 10 - 15
2. 2ጴጥ 1: 8 - 11

ብዛዕባዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ሳሕቲ ኢና እንሓስብ፣ ምኽንያቱ እቲ መልስና በቲ እንኽተሎ ስሩዕ ስነ-መለኮታዊ ትምህርቲ (ካልቪንዝም። ኣርሚንያኒዝም) ድሩትን ፍሉጥን ስለ ዝኾነ፣ ነዚ ኣርእስቲዚ ብምልዓለይ ኣቐዲምኩም ኣይትፍረዱኒ፣ ሻቕሎተይ ግቡእ ኣተረጓጉማ መጽሓፍ ቅዱስ ንኺህሉ እዩ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ኺዛረበና ኽንፈቕደሉ ኣሎና፣ ንመጽሓፍ ቅዱስ ድሮ ምስ ዝበጻሕናዮ ስነ-መለኮት ከነጋጥሞ ኽንፍትን ኣይግባእን፣ እዚ ኣገባብዚ ዜሰንብድን ዘይምቹእን እዩ፣ ምኽንያቱ መብዛሕትኡ ስነ-መለኮታዊ እምነትና መጽሓፍ ቅዱሳዊ ዘይኮነስ። ጸግዒ እንመላለሶ ቤተ ክርስትያን ዝሓዘ። ኣብ ባህሊ ወይውን ዝምድና (ወላዲ። ዓርኪ ወይውን ጓሳ ማሕበር) ዘተኮረ እዩ፣ ገሊኣቶም ኣብ መንጎ ህዝቢ ኣምላኽ ኣሎዉ እናተባህሉ። ዘይህዝቡ ኾይኖም ይጸንሑ (ሮሜ። 9። 6)፣

3፡ 13 **"ንሓድሕድኩም ተማዓዓዱ"** እዚ ንህሉው ግዜ ዚብሃል ዘይቋርጽ ትእዛዝ እዩ። ኣመንቲ እምነትን እሙንነትን ኣብ ምህናጽ (እብ፡ 10፡ 24) ንመንፈስ ቅዱስን ንየሱስ ክርስቶስን ኪመስልዎም ይግባእ። እቲ "ተመዓዓዱ" ዚብል ቃል ኣብ ቋንቋ ግሪኽ ምስቲ "ጰራቅሊጦስ" ዚብል ቃል ተመሳሳሊ ሱር ኣሎዎ። ጰራቅሊጦስ ማለት "ኪሕግዝ ወይ ኪረድእ ዚጽዋዕ" ማለት እዩ። ንመንፈስ ቅዱስን (ዮሃ፡ 14፡ 16፤ 26፤ 15፡ 26፤ 16፡ 7) ንየሱስን (1ዮሃ፡ 2፡ 1) ከኣ የመልክት።

▣ **"ሎሚ"** እዛ ኣብ መዝ፡ 95 እትርከብ "ሎሚ" እትብል ቃል፡ ከምቲ ኣብ ዘመን ዳዊት ንእግዚኣብሄር ናይ ምእማንን ዕረፍቱ ምርካብን ግዜ ኸፉት ከም ዘሎ ትገልጽ። እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ናይ ውሳኔ ግዜ ሕጂ ምዃኑ ኣሕሚሙ ይጽሕፍ። ምኽንያቱ ቐጻሊ እምቢ ምባል፡ ናብ ዘይርእያ ዕዉራት ኣዒንቲ እዩ ዚመርሕ (እዚ ማለት እቲ ኣብ ወንጌላት ዘሎ ዘይምሓር ሓጢኣትን እቲ ኣብ 1ዮሃ ዘሎ ናብ ሞት ዜብጽሕ ሓጢኣትን እዩ)።

ሓደኳ ናብ ኣምላኽ ዚመጸሉ ግዜ ዚመርጽ የሎን (ዮሃ፡ 6፡ 44፤ 65)። ምርጫና ምላሽ ምሃብ ጥራይ እዩ፡ ምላሽ ከኣ ብኡ ንብኡ ኪኸውን ኣሎዎ። ቀጻሊ እምቢ ምባልን ብፍቓድካ ዚግበር ዘይምእማንን ትሪ ልቢ እዩ ዜስዕብ ("ሓጢኣት እናዓሸዎ ኽይተርር" ዚብል ሓረግ ኣቐዲሙ ዝጀመረ ኹነት የመልክት)። እዚ ፍቓድ እግዚኣብሄር ኣይኮነን። እቲ ዘይተርፍ ሳዕቤን እምቢታ እዩ። እቶም ካብ ግብጺ ዝወጹ ደቂ እስራኤል፡ ነቲ እግዚኣብሄር ዝሃቦም ንናይ ተስፋ ምድሪ ዚምልከት መብጽዓ ተጠራጢሮሞ። ኣመንቲ ኣብ ቀጻሊ ዘይምእማን ይቕጽሉ እዮም። ነታ ናይ መጀመርያ እምነትና ኻብታ ቐጻሊት እምነትና ፈሊና ኽይንርእያ ኽንጥንቀቕ ኣሎና (እብ፡ 3፡ 6፤ 14)።

▣ **"ሓደ እኳ ኻባኻትኩም፡ ሓጢኣት እናዓሸዎ ኸይተርር"** እዚ ኣብ ሕሉፍ ዝጀመረ ኣብ ህይወት ሰባት ዜጋጥም ዝነበረ እዩ። ሓጢኣት ንልቢ ሰብ ዜትርር ኣካል ዘሎዎ ጸላኢ ኾይኑ ቐሪቡ ኣሎ። እዚ ሓቅዚ ኸመይ ኢሉ ኸም ዝቐረበ ኣስተውዕል-

1. ኣሕዋተየ... ተጠንቀቑ (ጥቕስታት 12ን 13ን)
2. ሓደኳ (ጥቕሲ 13)

   ሀ) ዘይኣምን ልቢ

   ለ) ካብ ህያው ኣምላኽ ዜርሕቕ
3. ተመዓዓዱ (ጥቕሲ 12)
4. ሓጢኣት እናዓሸዎ ኸይተርር (ጥቕሲ 13)
5. ነታ... እሙንቶና ኽሳዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና እንተ ሓዝናያስ፡ ተማቐልቲ ክርስቶስ ኴንና ኣሎና (ጥቕሲ 14)

*እዘን ጥቕስታት ከመይ ዝበለ ሓያል ምዕዶን መጠንቀቕታን የቕርባ።*

**3፡ 14 "ተማቐልቲ ክርስቶስ ኴንና ኣሎና"።** *እዚ ኽዉን ፍጻመ ዚገልጽ ኣበሃህላ እዩ። ዘየቋርጽ ህይወት ዝፈረየ ፍጻመ ዜመልክት እዩ።*

▣ **"እንተ"** *እዚ ሳልሳይ ደረጃ ኸነታዊ ኣበሃህላ እዩ። ሓደ ገና ዘይኮነ፡ ኪግበር ዓቕሚ ዘሎዎ ተግባር እዩ ዜመልክት። ክርስትያናት ንእሙንቶኦም ኣጽኒዖም ኪሕዝዎ ዚምዕድ ካልእ መጠንቀቕታ እዩ* (እብ፡ 3፡ 6፤ 4፡ 14፤ 10፡ 23)።

▣ ***"ነታ መጀመርታ እሙንቶና ኽሳዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና እንተ ሓዝናያስ፡ ተማቐልቲ ክርስቶስ ኴንና ኣሎና"***

*እዚ ኣብ ጽንዓት ዘተኮረ ሓሳብ እዩ። እዚ ልክዕ ከምቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣትኩሮ ኣብ ውሕስነት (ድሕነት) እዩ። ንሚዛኑ ዝሓለወ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣረኣእያ፡ ጽንዓትን ድሕነትን ተጣቢ.ቖም ኪኸዱ ኣሎዎም* (እብ፡ 3፡ 6፤ 4፡ 14፥ ማር፡ 13፡ 13፥ ሮሜ፡ 11፡ 22፥ 1ቆሮ፡ 15፡ 2፥ ገላ፡ 6፡ 7 - 9፥ 1ዮሃ፡ 2፡ 19፥ ራእ፡ 2፡ 7፤ 11፤ 17፤ 26፤ 3፡ 5፤ 12፡ 21፤ 21፡ 7)። *ናይ እብ፡ 2፡ 2 ፍሉይ ኣርእስቲ ብዛዕባ ውሕስነት ተመልከት። "ክሳዕ መወዳእታ" ንዚብል ከኣ ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።*

*መብዛሕትኦም ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሰረተ እምነት ብነንበይኖም ጽምዲ ናይ ሓደ ቛንቋ ኣዘራርባታት ወይ ከኣ ኣንጻራዊ ብዚመስሉ ጽምድታት እዮም ዚቐርቡ። መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ምብራቓዊ ወገን ዓለም ዝመጸ መጽሓፍ እዩ። ብኣዝዮም ሓያላት ኣበሃህላታት ሓቂ ዚገልጽ ምሳሌኣዊ ቛንቋ ኸኣ ይጥቀም። ግናኸ ነዚ ቛንቋዚ ብኻልኦት ዚቃረኑ ዚመስሉ ሓሳባት ሚዛን ይህቦ። ስለዚ ሓቂ ኣብ መንጎዞም ክልተ ጫፋት ይርከብ። ምዕራባውያን ነቲ ሓደ ጫፍ እቲ ኣንጻራዊ ሓሳባት ብሓደ ጥቕሲ ወይ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ብምድጋፍ ከም ሰረተ እምነት ከቕምዎ ይፍትኑ። ነቲ ኣንጻሩ ዝኾነ ሓሳብ ብኽፉት ልቢ ኸይመርመሩ፡ ንሓደ ሸነኽ ሓቂ ቓል ንቓሉን ብጸቢብ መገድን ብምትርጓም*

ንሓቂ ኻብ ሱር መሰረቱ ይልውጥዎ። እዚ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ምንጪ እቲ ኣብ መንጎ ምዕራባውያን ማሕበራት ክርስትና ዘሎ ውጥረት እዩ። ስዒቡ ዘሎ ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ክርስትያናዊ ውሕስነት**

**ውሕስነት**:- 1) **መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ እዩ** 2) **ናይ ኣማኒ ናይ እምነት ተሞኩሮ እዩ**

3) **ቅዱ (ኣገባብ) ኣነባብራ እዩ፣**

**ሀ) ናይ ውሕስነት መጽሓፍ ቅዱሳዊ መሰረት**:-

1) **ባህሪ እግዚኣብሄር ኣቦ**

**ሀ) ዘፍ**: 3: 15፤ 12: 3

**ለ) መዝ**: 46: 10

**ሐ) ዮሃ**: 3: 16፤ 10: 28 - 29

**መ) ሮሜ**: 8: 38 - 39

**ሠ) ኤፌ**: 1: 3 - 14፤ 2: 5፤ 8- 9

**ረ) ፊሊ**: 1: 6

**ሰ)** 2**ጢሞ**: 1: 12

**ሸ)** 1**ጴጥ**: 1: 3 - 5

2. **ናይ እግዚኣብሄር ወዲ ዕዮ**

**ሀ) ናይ ክህነት ጸሎቱ ዮሃ**: 17: 9 - 24 **ብፍላይ ጥቕሲ** 12

**ለ) ኣብ ክንዲ ኻልኣት ህይወቱ ምሃቡ**

1) **ሮሜ**: 8: 31

2) 2**ቆሮ**: 5: 21

3) 1**ዮሃ**: 4: 9 - 10

**ሐ) ናይ ኩሉ ግዜ ኣማላድነቱ**

1) **ሮሜ**: 8: 34

2) እብ: 7: 25

3) 1ዮሃ: 2: 1

3. ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ ቅዱስ ክእለት

ሀ) ጻውዒቱ ዮሃ: 6: 44፤ 65

ለ) ማሕተሙ

1) 2ቆሮ: 1: 22፤ 5: 5

2) ኤፌ: 1: 13 - 14፤ 4: 30

ሐ) ዚህቦ ውልቃዊ ውሕስነት

1) ሮሜ: 8: 16 - 17

2) 1ዮሃ: 5: 7 - 13

ለ) እቲ ኻብ ኣማኒ ዚድለ ናይ ኪዳን ምላሽ:-

1) መበገስን ቀጻልን ንስሓን እምነትን

ሀ) ማር: 1: 15

ለ) ዮሃ: 1: 12

ሐ) ግብ: 3: 16፤ 20: 21

መ) ሮሜ: 10: 9 - 13

2) ናይ ምድሓን ዕላማ ንክርስቶስ ምምሳል ምዃኑ ምዝካር

ሀ) ሮሜ: 8: 28 - 29

ለ) ኤፌ: 1: 4፤ 2: 10፤ 4: 13

3) ውሕስነት ብኣነባብራ ህይወት ይንጸባረቕ

ሀ) ያቆብ

ለ) 1 ዮሃንስ

4) ውሕስነት ብህያው እምነትን ጽንዓትን ከም ዚረጋገጽ ምዝካር

ሀ) ማር: 13: 13

ለ) 1ቆሮ: 15: 2

ሐ) እብ: 3: 14፤ 4: 14

መ) 2ጴጥ: 1: 10

ሠ) ይሁ: 20 - 21

ረ) ኣብቶም ኣብ ራእ: 2 - 3 ንሸውዓተ ማሕበራት ዝተጻሕፉ ደብዳቤታት ዘሎዉ ደምደምቲ ሓሳባት፣

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ኣርቸ**

እዛ ናይ ግሪኽ ቃል "ኣርቸ" ናይ ሓደ ነገር መበገሲ ወይ ምንጪ ማለት እያ፣ ግዝኣት ተባሂላውን ትትርጎም እያ:-

1. መጀመርያ ስርዓት ፍጥረት (ዮሃ: 1: 1፥ 1ዮሃ: 1: 1፥ እብ: 1: 10)
2. ናይ ወንጌል መጀመርታ (ማር: 1: 1፥ ፊሊ: 4: 15፥ 2ተሰ: 2: 13፥ እብ: 2: 3)
3. ቀዳሞት ናይ ዓይኒ መሰኻኽር (ሉቃ: 1: 2)
4. ናይ መጀመርያ ትእምርትታት (ተኣምራት ዮሃ: 2: 11)
5. መባእታዊ መምርሒታት (እብ: 5: 12)
6. ኣብ ናይ ወንጌል ሓቅታት ዝተመስረተ ናይ መጀመርያ ውሕስነት (እብ: 3: 14)

ስልጣን ወይ መንግስቲ ኸኣ ክተገልግል ትኽእል:-

1. ሰብኣዊ መራሕቲ

   ሀ) ሉቃ: 12: 11

   ለ) ሉቃ: 20: 20

   ሐ) ሮሜ: 13: 3 ቲቶ: 3: 1

2. መራሕቲ መላእኽቲ

   ሀ) ሮሜ: 8: 38

   ለ) 1ቆሮ: 15: 24

ሐ) ኤፌ: 1: 21፤ 3: 10፤ 6: 12

መ) ቆሎ: 1: 16፤ 2: 10፤ 15

እዞም መምህራን ሓሶት ናይ ምድርን ናይ ሰማይን ኵሉ ስልጣናት ይንዕቊ፣ ቅጥዒ ዘይብሎም በዓለገታት እዮም፣ ንርእሶምን ንትምኒቶም ቀድሚ ኣምላኽ: መላእኽቲ: ኣሕሉቕን መራሕቲ ቤተ ክርስትያንን ይሰርዑ፣

3፡ 15 "እንተ" እዚ ኸምቲ ኣብ ጥቕሲ 14 ዘሎ ሳልሳይ ደረጃ ኸኑታዊ ኣበሃህላ እዩ። ኪኸውን ዚኽእል ነገር ከኣ የመልክት። ናይ መዝ፡ 95፡ 7 - 8 ድግማ እዩ። እዚ ድማ ናይ እብ፡ 3 ኣትኩሮ እዩ።

3፡ 16 - 18 ኣብዘን ሰለስተ ጥቕስታት፡ ሰለስተ ጣቋ ዘሎዎም ሕቶታት ኣሎዉ። እዚ ምንጽጻርዚ ቓል ንቓሉ ኸም ዘሎዎ እንተ ወሰድናዮ፡ ኵሎም እቶም ኣብ ምድረ በዳ ዝጠፍኡ (ዘሁ፡ 14) እንተላይ ኣሮን፡ ሙሴን እቶም ኣብ ግዜ ዕልወት ደቂ ቖራሕ ዝነበሩ እሙናት ካህናትን ብመንፈሶም ንዘለኣለም ጠፊኦም እዮም ማለት እዩ። እዚ ግን ዘይከውን እዩ። እዚ ኣብቶም "ዕረፍቲ" "ዘይምእዛዝ" ዚብሉ ቓላት ዚግበር ጸወታ እዩ። እዚኣቶም ኣብቲ ኸነታት ዘሎዉ ቐንዲ ቓላት እዮም። እግዚኣብሄር ነቶም ዚኣምንዎ (ምእማኖም ዚቕጽሉን) ዕረፍቲ ኣሎዎ። ብዘይምእዛዝ ግን ንዘይኣመንቲ ይኹን ንኣመንቲ ሳዕቤን ኣሎ!

3፡ 19 እቲ ኣብ ጥቕሲ 19 ዘሎ ዘይምእዛዝ፡ ነቲ እስራኤል ኣብ ምድረ በዳ ኾለል ኣብ ዝበሉሉ ግዜ ዝነበሮም ቀጻሊ ዘይእሙንነት (ጥልመት) የመልክት።

**መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት**

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጕዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብዥሉ መዳዮም ንኽተስተብህለሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. ስለምንታይ እዩ የሱስ ኣብ እብ፡ 3፡ 1 "ሃዋርያ" ተባሂሉ?

2. እቶም በበይኖም ኣገልግሎታት "ዕረፍቲ" ዚብል ቃል ዘርዝር።

3. "ናይ ቅዱሳን ጽንዓት" እንታይ ማለት እዩ?

# እብራውያን 4

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

*እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።*

*ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጕም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።*

1. *ቀዳማይ ምዕራፍ*
2. *ካልኣይ ምዕራፍ*
3. *ሳልሳይ ምዕራፍ*
4. *ወዘተ...*

***ናይቲ ሃዋህው (ኹነታት) መረዳእታ***

ካብ ኣሰኻኽዓ ቓላት ዚርከብ ብርሃን (ምስትብሃል)

ሀ) እቲ ጸሓፊ ኣብ መንጎ ልዕልና የሱስን ናብ የሱስ ምጽጋዕ ከም ዚግባእ መጠንቀቕታ ኣብ ምሃብን ይመላለስ።

ለ) ልዕልና የሱስ (ሓድሽ ኪዳን) ኣብ ልዕሊ ብሉይ ኪዳን

1. ንሱ እቲ ዝበለጸ ምግላጽ (ብርሃን) እዩ (ነብያት እብ፡ 1፡ 1 - 3)
2. ንሱ እቲ ዝበለጸ ኣማላዲ እዩ (መላእኽቲ እብ፡ 1፡ 4 - 2፡ 18)
3. ንሱ እቲ ዝበለጸ ኣገልጋሊ እዩ (ሙሴ እብ፡ 3፡ 1 - 6)

4. ንሱ እቲ ዝበለጸ ኻህን እዩ (ኣሮን እብ፡ 4፡ 14 - 5፡ 10፤ 6፡ 13 - 7፡ 28)

5. ንሱ እቲ ዝበለጸ ኪዳን እዩ (ብሉይ ኪዳን እብ፡ 8፡ 1 - 13፤ 9፡ 15 - 22)

6. ንሱ እቲ ዝበለጸ መቕደስ እዩ (ቤት መቕደስ እብ፡ 9፡ 1 - 11 23 - 28)

7. ንሱ እቲ ዝበለጸ መስዋእቲ እዩ (እንስሳ እብ፡ 9፡ 12 - 14፤ 10፡ 1 - 18)

8. ንሱ እቲ ዝበለጸ ኸረን እዩ (ብሉይ ኪዳን ከም ከረን ሲና፡ ሓድሽ ኪዳን ከኣ ከም ከረን ጽዮን እብ፡ 11፡ 18 - 29)

*ሐ) ንልዕልና የሱስ ኣብ ግምት ብምእታው እምበኣር፡ ኣንጻር ንወንጌሉ ምንጻግ* (ሓድሽ ኪዳን ኤር፡ 31፡ 31 - 34፥ ህዝ፡ 36፡ 22 - 38) *ወይውን ናብ ሃይማኖት ኣይሁድ* (ብሉይ ኪዳን) *ምጽጋዕ ዘቕንዑ መጠንቀቕታታት ኣሎዉ።*

1. እብ፡ 2፡ 1 - 4

2. እብ፡ 3፡ 7 - 4፡ 13

3. እብ፡ 5፡ 11 - 6፡ 12

4. እብ፡ 10፡ 19 - 39

5. እብ፡ 12፡ 14 - 29

***ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ***

| |
|---|
| **እብ። 4። 1 - 13** |
| ***"እምብኣርሲ ናብ ዕረፍቱ ንምእታው ተስፋ ኻብ ዚተርፈልና። ምናልባሽ ሓደ ኻባኻትኩም ድሕሪት ተሪፉ ኸይህሉ። ንፍራህ፣ ንኣናውን ከምቲ ንኣታቶም ብስራት ተነጊሩልና ኣሎ እሞ። እቲ ዝሰምዕዎ ቓል ምስቶም ሰማዕቱ ብእምነት ስለ ዘይሓበረ ግና። ኣይጠቐሞምን፣ ግብሩ ኻብ ምስራት ዓለም ተወዲኡ ኸነሱ። ከምቲ ብቑጥዓይ፥ ናብ ዕረፍተይ ኣይኪኣትዉን እዮም። ኢለ ዝመሓልክዎ፣ ከም ዝበለ። ንሕና እንኣምንሲ ናብ ዕረፍቱ ንኣቱ ኢና፣ ብዛዕባ እታ ሳብዐይቲ መዓልቲ። ኣብ ገለ ስፍራ ኸምኡ፥ ኣምላኽ ድማ ካብ ኵሉ እቲ ግብሩ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ዓረፈ። ኢሉ ኣሎ፣ ኣብኡ ኸኣ ደጊሙ፥ ኣብ ዕረፍተይ ኣይኪኣትዉን እዮም። በለ፣ እምበኣርሲ ገለ ሰባት ዚኣትዉዋ ተሪፋ ስለ ዘላ። እቶም ቅድም ብስራት እተነግረሎም ድማ ብሰሪ ዘይምእዛዞም ካብ ዘይኣተውዋ። ቀደም ከኣ፥ ሎሚ ድምጹ እንተ ሰማዕኩም። ልብኹም ኣይተትርሩ።*** |

ከም እተባህለ። ድሕሪ ነዊሕ ዘመን ብዳዊት ሎሚ ብምባሉ ኸም ብሓድሽ ሓንቲ ፍልጥቲ መዓልቲ ይምድብ ኣሎ፣ እያሱ ኣዕሪፍዎም እንተ ዚኸውንሲ። ድሕሪኡ ብዛዕባ ኻልእ መዓልቲ ኣይምተዛረበን ነይሩ፣

እምብኣርሲ እቲ ኣብ ዕረፍቱ ዝኣተወስ። ከምቲ ኣምላኽ ካብ ግብሩ ዝዓረፈ። ንሱውን ካብ ግብሩ ዓሪፉ ኣሎ እሞ። ንህዝቢ ኣምላኽ ዕረፍቲ ሰንበት ተሪፋትሎም ኣሎ፣ ስለዚ ሓደ እኳ ናይቲ ዘይምእዛዝ ኣርኣያ ኸይወድቕ። ናብታ ዕረፍቲ እቲኣ ኽንኣቱ ንጋደል፣ ቃል ኣምላኽ ህያውን መስለጥን እዩ እሞ። ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልሕ እዩ። ነፍስውን መንፈስን። መፈላልዮ ኣካላትን ኣንጕዕን ክሳዕ ዚፈላሊ ዚሰጥም። ኣብ ምሕላንን ሓሳብ ልብን ከኣ ዚፈርድ እዩ፣ እቲ ጸብጻብ እንህቦ ኸኣ። ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዅሉ ጋህ ዝበለን ቅሉዕን እዩ እምበር። ኣብ ቅድሚኡ ዚሕባእ ፍጡር የልቦን፣"

4፡ 1 **"ንፍራህ"**

እዚ ኣብ ሕሉፍ ዝጀመረ፡ ኪኸውን ዚኽእል ተግባር ዜመልክት ግሲ እዩ። ናይ መልእኽቲ እብራውያን መጠንቀቕታ (እብ፡ 2፡ 1 - 4፤ 3፡ 7 - 13፤ 4፡ 1 - 13፤ 5፡ 11 - 6፡ 12፤ 10፡ 26 - 39፤ 12፡ 14 - 17) ፍርሃት ዜስዕብ እዩ (እብ፡ 4፡ 11)። እዞም መጠንቀቕታታት እዚኣቶም ነቶም ዝዓበዩ ጕዳያት ምድሓንን ውሕስነትን ዚምልከቱ እዮም።

▣ **"እምበኣርሲ ናብ ዕረፍቱ ንምእታው ተስፋ ኻብ ዚተርፈልና"** እዚ ዘየቋርጽ ናይ ቃላት ጸወታ እዩ (ዕረፍቱ ኣብ ጥቕስታት 1፤ 3፤ 5፤ 8፤ 9፤ 10፤ 11)። እቲ ጸሓፊ ናይ ካህናት ኣይሁድ ኣተረጓጕማ ቅዱሳት ጽሑፋት ተጠቒሙ ኣርባዕተ መዳያት ታሪኽ እግዚኣብሄርን ተስፋኡን ይገልጽ፡-

1. ዘፍ፡ 2፡ 2 ዕረፍቲ እግዚኣብሄር ኣብ ሻብዓይ መዓልቲ ፍጥረት
2. ዘሁ፡ 13 - 14 ዕረፍቲ እያሱ ማለት እታ ናይ ተስፋ ምድሪ
3. መዝ፡ 95፡ 7 - 11 ኣብ ዘመን ዳዊት ከይተረፈ ዕረፍቲ እግዚኣብሄር ከም ዝነበረ
4. ጥቕሲ 1ን ጥቕስታት 10 - 11ን መዓልቲ ዕረፍቲ ማለት ሰላም ምስ ኣምላኽን ህይወት ምስ ኣምላኽን (ሰማይ)

▣ **"ሓደ ኻባኻትኩም ድሕሪት ተሪፉ ኸይህሉ"** እዚ "ኻታ" እትብሃል ናይ እብራይስጢ ቓል እዩ ዜንጸባርቕ። "ኻታ" ማለት ዒላማ ምስሓት ማለት እዩ። ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን "ሃማርትያ" ተባሂላ ተተርጕማ ኣላ። "ሃማርትያ" ማለት ጕደለ፡ ሰኣነ ማለት እዩ (እብ፡ 12፡ 15፥ ሮሜ፡ 3፡ 23)። ተመሳሳሊ ትርጕም ከኣ "ደንጕዩ መጸ" እዩ።

4፡ 2 **"ንኣናውን... ብስራት ተነጊሩልና ኣሎ"** እዚ ነቲ ዅሉ ሰብ ብእምነት ኪቕበሎ ዘሎዎ ወንጌል የሱስ ክርስቶስ እዩ ዜመልክት። ቅድሚ ምምጻእ ክርስቶስ ንቓል ኣምላኽ እዩ ዜመልክት ነይሩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ብበበይኑ መገድታት ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ ኣሎ ("ካብኣ ኣይትብላዕ"፡ "መርከብ ስራሕ"፡ "ኣነ ናብ ዘርእየካ ምድሪ ኣቢልካ ውጻእ"፡ "ሕገይ ሓሉ"፡ "ናብታ ምድሪ ተስፋ እተው")። ነፍስወከፍ

ንቓል እግዚኣብሄር ዝሰምዐ ሰብ ወይ ጕጅለ፡ ንእግዚኣብሄር ኪኣምኖን ብእምነት በቲ ቓል ኪስጕምን ይግብኦ። ኣብ ኦሪት ዘጸኣት እቶም ዝኣመኑ እያሱን ካሌብን እዮም ነይሮም። ናይ እግዚኣብሄር መብጽዓ ብዛዕባ እታ ናይ ተስፋ ምድሪ ኣሚኖም። መብዛሕትኦም እስራኤላውያን ግን ኣይኣመኑን።

▣ **"ከምቲ ንኣታቶም"** እዚ ነቶም ናይ ዓሰርተ ሰለይቲ ጸብጻብ ዝተቐበሉ ደቂ እስራኤል እዩ ዚጠቅስ ዘሎ። እያሱን ካሌብን ግን ብዛዕባ ነታ ምድሪ ተስፋ ናይ ምሓዝ እግዚኣብሄር ዝሃቦ ተስፋ ኣይተጠራጠሩን (ዘሁ፡ 13 - 14)። ናብ ከንኣን ኪኣትዉ እምነት ነበሮም። እቶም ደቂ ዓዶም እስራኤላውያን ግን ኣይኣተዉን።

▣ **"ምስቶም ሰማዕቱ ብእምነት ስለ ዘይሓበረ"** እዚ ሓረግዚ ኣብ ቋንቋ ግሪኽ ነንበይኑ ኣሰራርዓ ኣሎዎ። እቲ ዝበለጸ ዝተመስከረሉ ኣሰራርዓ እቲ ንእያሱን ካሌብን ዜመልክት እዩ። እቲ ኻልእ ኣማራጺ ኸኣ እምነት ኣብቲ ዝተነግረ መልእኽቲ ዜመልክት እዩ።

እቲ ስነ-መለኮታዊ ኣርእስቲ፡ ኣብ እምነት (ምድሓን) ወይ ዘይምእማን ናይቶም ኣብ ኦሪት ዘጸኣት ዘሎዉ ደቂ ዕስራ ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ እስራኤላውያን ብጹሓት እዩ ዜተኩር። በቲ ጸብጻብ እቶም ሰለይቲ ዘይምእማኖም፡- 1) ናብ ከንኣን ከይኣትዉ ድዩ ኸልኪልዎም ወይስ 2) ናብ ሰማይ ከይኣትዉ? ነዚ ሕቶዚ ምምላስ ኣሸጋሪ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ጸሓፊ ነታ "ዕረፍቲ" እትብል ቃል ኣብ ብዙሕ ቦታታት ስለ ዜእትዋ። እቶም ህዝቢ ናይ መጀመርያ እምነት (ምድሓን) ኣብ እግዚኣብሄር ከም ዝነበሮም፡ ንነፍስወከፍ ተስፋ እግዚኣብሄር ኪኣምኑ (ንከንኣን ንምውራስ) ግን እምነት ከም ዝወሓዶም ምእማን ኣገዳሲ እዩ። እዚ ሕቶዚ ምስቶም ናይ ቀዳማይ ዘመን ኣንበብቲ ኣዝዩ ዚተኣሳሰር ሕቶ እዩ። እቲ ጕድለት ጽንዓት ናይ ኦሪት ዘጸኣት እስራኤላውያን፡ ከም ዘይደሓኑ ምልክት ድዩ ነይሩ ወይስ ምልክት ድኹም እምነቶም? ኣብቲ *ዘ ኒው ኢንተርናሽናል ኰመንታሪ ሲርየስ* ዚብል መጽሓፉ፡ ኤፍ. ኤፍ. ብሩስ እዚ ዚስዕብ ትንተና ብዛዕባ መልእኽቲ እብራውያን ኣቕሪቡ ኣሎ፡ "እቲ ግብራዊ ትርጕሙ ንጹር እዩ፡- ንወንጌል ምስማዕ ጥራይ ምድሓን ኣይህብን እዩ፡ ብእምነት ምውሳዱ እዩ ዜድሕን። ናይ ሓቂ እምነት እንተ ኾይና ኸኣ ዘይተባትኽ እምነት እያ" (ገጽ 73)።

4፡ 3 **"ከም ዝበለ"** እዚ ኣበሃህላዚ ድሮ ንዝጀመረ ተግባር ዜመልክት እዩ። እዚ ኻብ ኣምላኽ ንዝተደረኸ ቓል (እብ፡ 1፡ 13፤ 4፡ 3፤ 4፤ 10፡ 5፤ 9፤ 13፡ 5) ንምምልካት ብዙሕ ሳዕ የገልግል። እቲ ቓል ንእግዚኣብሄር ኣቦ ወይ እግዚኣብሄር ወዲ ኺጠቅስ ይኽእል።

▣ ምቲ እብ፡ 3፡ 11 ወይ 4፡ 5፡ ካብ መዝ፡ 95፡ 11 ዝተወስደ እዩ። ብተወሳኺ ነቲ ኣብ ዘፍ፡ 2፡ 2 ዘሎ ሰንበት እግዚኣብሄር (ሻብዓይ መዓልቲ ዕረፍቲ ፍጥረት) ይእምት።

4፡ 4 **"ኣብ ገለ ስፍራ ኸምኡ... ኢሉ ኣሎ"** እዚ ናይ ካህናት ኣይሁድ ምሳሌኣዊ እምነት ብዛዕባ መለኮታዊ ድርኺት ብሉይ ኪዳን ዜንጸባርቕ እዩ (እብ፡ 2፡ 6)። እቲ "ስፍራ" (ናይቲ ጽሑፍ ልክዕ ቦታ)፡ "ኢሉ" ዚብሃል ዘሎ ኣካል (ጸሓፊ እቲ መልእኽቲ)፡ ክንድቲ ነቶም ቅዱስ ጽሑፋት ዝሃበ ድርሰት እግዚኣብሄር ዜገድሱ ኣይኮኑን። እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕሲ ኣበይ ከም ዘሎ ረሲዕዎ ማለት ኣይኮነን።

▣ ***"ሳብዐይቲ መዓልቲ"*** *ካህናት ኣይሁድ፡ ሰንበት እግዚኣብሄር* (*እታ መዓልቲ ዕረፍቲ*) *ገና ኣይወደኣትን ኢሎም እዮም ዚምጕቱ ነይሮም። ምኽንያቶም ድማ ኣብ ዘፍ፡* 2፡ 2፤ 3 (*ዘጸ፡* 20፡ 11) *ብዛዕባታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኸምተን ካልኦት መዓልታት "ምሸት ኰነ ብጊሓትንውን ኰነ፡ ______ መዓልቲ" ዚብል መደምደምታ ስለ ዘይተገብረላ።*

4፡ 5 *እዚ ናይ መዝ፡* 95፡ 11 *ጥቕሲ እዩ።*

4፡ 6 ***"ብሰሪ ዘይምእዛዞም"*** *ዘይእሙንነት ብዘይምእዛዝ እዩ ዚረጋገጽ* (*እብ፡* 3፡ 18፤ 4፡ 6፤ 11)*። እቲ ዝሰፍሐ ናይ እብ፡* 4 *ኸንነት ነቶም ኣብ ዘሁ፡* 13 - 14 *ዘሎዉ ፍጻመታት እዩ ዜንጸባርቕ። እቲ ፍሉይ መወከስ ጥቕሲ ግን መዝ፡* 95፡ 7 - 11 *እዩ። እዚ ኽፍልዚ ነቲ ናይ እስራኤላውያን ተመኩሮ ኣብ ማይ መሪባ ይትርኽ።*

*እቲ "ዘይምእዛዝ" ዚብል ቃል ኣብቶም ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻሙናይ ክፍለ ዘመን ዝነበሩ ብዓበይቲ ፊደላት ዝተጻሕፉ ቅዳሓት* A፤ B፤ D *ይርከብ። ኣብ ናይ ናይ ጳጳሮስ ጽሑፍ* P[46]፡ *ጥንታውያን ጽሑፋት* ℵ *ግን "ዘይምእማን" ተባሂሉ ንረኽቦ።*

4፡ 7 ***"ብዳዊት ሎሚ ብምባሉ ኸም ብሓድሽ ሓንቲ ፍልጥቲ መዓልቲ ይምድብ ኣሎ"*** *ኣብ ቋንቋ ግሪኽ እቲ "መደበ" ዚብል ግሲ "ኣድማስ ወይ ደረት ትርኢት" ማለት እዩ። እቲ "ብዳዊት" ዚብል ቃል ኣብ መዝ፡* 95፡ 7 - 8 *የልቦን። እቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ግን ግቡእ ትርጕም ብምሃብ፡ ናይ መዝሙር ደራሲ ዳዊት ምዃኑ ይጠቅስ። ናይ መልእኽቲ እብራውያን ጸሓፊ፡ ኣብ ዘመን ዳዊት ከይተረፈ ዕረፍቲ እግዚኣብሄር ገና ኽፉት ከም ዝነበረ ይምጕት።*

*መዝ፡* 95፡ 7 - 11 *ብተደጋጋሚ ኣብ ትሕዝቶ እብ፡* 3*ን* 4*ን ተጠቒሱ ንረኽቦ። ኣብ ነፍስወከፍ ኣጋጣሚ፡ ካልእ ክፍሊ ብሉይ ኪዳን ከም ኣርእስቲ ስብከት ፍሉይ ኣድህቦ ተዋሂቡ ንረኽቦ።*

1. *ኣብ እብ፡* 3፡ 7 - 11 *እቲ ናይ መዝ፡* 95፡ 8 *"ልብኹም ኣይተትርሩ" ኣትኩሮ ተገይሩሉ ንረኽቦ*
2. *ኣብ እብ፡* 3፡ 16 *እቲ ናይ መዝ፡* 95፡ 9 *"ሰሚዖም ዘነደርዎ" ተጠቒሱ ንረኽቦ*
3. *እብ፡* 4፡ 3፤ 5 *እቲ ኣብ መዝ፡* 95፡ 11 *ዘሎ "ናብ* (*ኣብ*) *ዕረፍተይ ኣይኪኣትዉን እዮም" ኣትኩሮ ተዋሂብዎ ንረኽቦ*
4. *እብ፡* 4፡ 7 *ነቲ ናይ መዝ፡* 95፡ 7 *"ሎሚ" ተገዳስነት ሂቡ ንረኽቦ።*

4፡ 8 ***"እንተ"*** *እዚ ኻልኣይ ደረጃ ኸንነታዊ ምሉእ-ሓሳብ እዩ። እዚ ዓይነት ምሉእ-ሓሳብዚ ብዙሕ ግዜ "ኣንጻር ክውንነት" ተባሂሉ እዩ ዚጽዋዕ። እያሱ ንኸሎም ደቂ እስራኤል ናብ ዕረፍቲ ኣየእተዎምን። እዚ ማለት ነቲ "ዕረፍቲ" ዚብል ቃል ናብ ከንኣን ምእታው ዘይኮነስ፡ ናይ እግዚኣብሄር መንፈሳዊ ዕረፍቲ ጌርካ ብምውሳድ ማለት እዩ* (*እብ፡* 4፡ 9- 10)*። ካብ ጥቕሲ* 8 *ኽሳብ ጥቕሲ* 10 *እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ "ዕረፍቲ" ዚብል ቃል ብሰለስተ ታሪኻዊ ወይ ስነ-መለኮታዊ ስምዒታት ከም ዚጥቀመሉ ግሉጽ እዩ፡-*

1. ንከንኣን እታ ምድሪ ተስፋ ንምምልካት (ጥቕሲ 8፡ ዘመን እያሱ፡ ዘሁ፡ 13- 14)
2. ንእግዚኣብሄር ናይ ምእማን ዕድል (ጥቕሲ 9፡ ዘመን ዳዊት፡ መዝ፡ 95)
3. ዘፍ፡ 2 (ጥቕሲ 4) ናይ እግዚኣብሄር ዕረፍቲ ኣብ ግዜ ፍጥረት (ጥቕሲ 10)
4. ሰማይ (እብ፡ 4፡ 1ን 11ን)

▣ **"ልብኹም"** ናይ እብ፡ 3፡ 8 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ **"እያሱ"** ናይ ኪንግ ጀይምስ ትራንዝለይሽን "የሱስ" ኢሉ ይጠቕሶ። ብተመሳሳሊ ጀነቫ ኣንድ ቢሾፕስ ባይብልስ ትራንዝለይሽንስውን "የሱስ" ይጥቀሙ። እያሱን የሱስን ብሓደ ዓይነት ኣጸሓሕፋ ይጽሓፉ (እያሱ ብእብራይስጢ፡ የሱስ ብኣራማይስጢ)። እታ ቐዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ንእያሱ ኽም ኣብነት የሱስ ትወስዶ ነበረት (ግብ፡ 7፡ 45 ናይ ትርጉም ጌጋ ተገይሩ ኣሎ)።

▣ **"ኣይምተዛረበን"** እቲ "ኣይምተዛረበን" ዚብሃለሎ ዘሎ እቲ ናይ መዝ፡ 95 መለኮታዊ ደራሲ እዩ።

**4፡ 9** እዚ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ንናይ መዝ፡ 95 መብርሂ ዝሃቦ ጽማቝ እዩ። መጀመርያ ናይ ዕረፍቲ ተስፋ ተዋሂቡ (ዘፍ፡ 2፡ 2)። ካልኣይ፡ ታሪኻዊ ፍጻመ ኾይኑ (ብእያሱ)፡ ሳልሳይ፡ ድሒሩ ዝመጸ ዕድል ተቐልቂሉ (ዘመን ዳዊት)። ገና ራብዓይ ዕድል ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ ተስፋ እግዚኣብሄር ንዚኣምን ዘበለ ዝተዋህበ ዕድል እዩ። እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቶም ብክርስቶስ ዚኣምኑ ኺጽውዕ እንከሎ "ህዝቢ ኣምላኽ" ይብሎም (ኣይሁድ ዚብል ስም ኣይጥቀምን)።

**4፡ 10፤ 11** እቶም ኣብ ጥቕስታት 10ን 11ን ዘሎዉ ግስታት ንሕሉፍ ዘመልክቱ እዮም። እዚኣቶም፡ 1) ንውዱእ ተግባር የመልክቱ ወይ ከኣ 2) ንህይወት ብኸለንትናኡ የርእዩ። ጥቕስታት 10ን 11ን፡ እቲ ኣብ ጥቕሲ 10 ዘሎ "ዕረፍቲ" ንሰማይ ከም ዘመልክት የብርሁልና። ኣመንቲ ኻብ ትጉህ ዕዮ ዘቋርጹሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ (ራእ፡ 14፡ 13)። ጥቕሲ 11 ብንጹር ከም ዘረጋግጾ፡ ስጋዊ ህይወት ክሳዕ ዘሎ ክርስትያናት ብእምነት፡ ንስሓ፡ ምእዛዝን ጽንዓትን ኪቕጽሉ ኣሎዎም። ጥቕሲ 11 ተሪር መጠንቀቕታ እዩ። ብሳላ እቲ ኣብ መስቀል ዝተፈጸመ ዕዮ ክርስቶስ፡ ምድሓን ምሉእ ብምሉእ ናጻ እዩ። ምድሓን ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ናይ ጸጋ ውህበትን ናይ መንፈስ ቅዱስ ናይ ርትዒ ተግባርን እዩ። ግናኸ እቲ ስሉስ ኣምላኽ ምስ ደቅሰብ ናይ ኪዳን ዝምድና ኺህልዎ መሪጹ። ደቂ ሰብ ከኣ ምላሽ ኪህቡን ምላሽ ምሃብ ኪቕጽሉን ኣሎዎም። ምድሓን ናብ ሰማይ ዘእቱ ትኬት ወይ ከኣ ናይ ሓዊ ድንገት እንተ ኣጋጠመካ ዚወሃብ ካሕሳ መድሕን ኣይኮነን። ምድሓን ነንዕለቱ ምስ እግዚኣብሄር ዚንበር ናይ እምነት ዝምድና እዩ። እናዓበየ ኸኣ ንክርስቶስ ምምላስ ይፈሪ። እቲ ኺዳን ረብሓታትን ግዴታታትን ኣሎውዎ።

**4፡ 11 "ናብታ ዕረፍቲ እቲኣ ኽንኣቱ ንጋደል"**

ኣብ ትግርኛ እዚ ጥቕሲ ናብ ዕረፍቲ እግዚኣብሄር ንምእታው ናይ ሰብ ጻዕሪ ኽም ዘድሊ ዘመልክት ይመስል። እቲ ናይ ግሪኽ ጥቕሲ ግን "ሃረር ምባል" ወይ ከኣ "ምፍጣን" ማለት እዩ (2ተሰ፡ 2፡ 17፥ 2ጢሞ፡ 4፡ 9)።

▣ **"ስለዚ ሓደ እኳ ናይቲ ዘይምእዛዝ ኣርኣያ ወሲዱ ኸይወድቕ"** እብ፡ 3፡ 18ን እብ፡ 4፡ 6 ተመልከት።

4፡ 12 **"ቃል ኣምላኽ"** ኣብ ግሪኽ ጥቕስታት 12ን 13ን ኣብ ሓደ ጥቕሲ ተጠርኒፈን ኢና እንረኽበን። እቲ ቓል (ሎጎስ) ዚብል ሓሳብ ከምቲ ኣብ ዮሃ፡ 1፡ 1 ዘሎ ንየሱስ ዜመልክት ኣይኮነን። ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ብሉይ ኪዳን ወይ ከኣ ናይ ሓድሽ ምግላጽ ዝቐረበ ናይ እግዚኣብሄር ዘረባ (እብ፡ 13፡ 7) ወይ ከኣ ጽሑፍ መልእኽቲ እዩ ዜመልክት። ናይ እግዚኣብሄር ናይ ገዛእ ርእሱ ምግላጽ ብሰለስተ መገድታት ይግለጽ፡-

1. ብርእሱ ህይወት ከም ዘሎዎ ኣካል
2. ከምቲ ዚቖርጽ ወይ ዚስንጥቕ ሓይሊ ዘሎዎ ሰይፊ
3. ኵሉ ኽም ዚፈልጥ ፈራዲ (ጥቕሲ 13)

*ጂዋሽ ክርስቸያኒቲ* ኣብ እትብል መጽሓፉ ኤች. ኢ. ዳና ኣብ ናይ ግብጺ ጳጺሮስ ተመርኵሱ፡ ቃል (ሎጎስ) ማለት "ምጽብጻብ" ወይ "ምትሕስሳብ" ማለት እዩ ኢሉ ሓሳብ ይህብ። እዚ ትርጕምዚ ምስቲ ሓፈሻዊ ሓሳብ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ይሰማማዕ ኢሉ ድማ ይምጕት። ዳና ኣብ መጽሓፉ ናይ ሓኪም መጥባሕቲ ምሳሌ ብምሃብ (ገጽ 227) ብምርመራ ወይ ፈተና መለኮታዊ ምጽብጻብ ከም ዚህሉ የረጋግጽ።። ስለዚ እቲ "ቓል" ዚብል ሓሳብ ነቲ ዝተገልጸ ቓል ኣምላኽ ዜመልክት ኣይኮነን። ነቲ ዚመሚ (ዚፈሊ) ፍርዲ እግዚኣብሄር እዩ ዚውክል። እዚ ኣገዳሲ ሓሳብ እዩ። ግናኸ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ንሎጎስ ብዙሕ ግዜ ኣብ ክንዲ ቓል ኣምላኽ (እብ፡ 2፡ 2፤ 4፡ 2፤ 5፡ 13፤ 7፡ 28፤ 13፡ 7)፡ ከምኡውን ነቲ ኣብ ግሪኽ ዝተዘርበ ቓል ንምባል ዚውዕል "ሬማ" ዚብል ቃል (እብ፡ 6፡ 5፤ 11፡ 3) ይጥቀም።

▣ **"ህያውን መስለጥን፡** ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልሕ" እዚ ነቲ ኻብ እግዚኣብሄር ዝተዘርበ ቓል ክሳዕ ክንደይ ሓያል ምዃኑ ዚገልጽ ናይ እብራይስጢ ሓሳብ እዩ ዜንጸባርቕ (ዘፍ፡ 1፡ 1፤ 3፤ 6፤ 9፤ 14፤ 20፤ 24፤ 26፥ መዝ፡ 33፡ 6፤ 9፤ 148፡ 5፥ ኢሳ፡ 40፡ 8፤ 45፡ 23፤ 55፡ 11፤ 5፡ 17 - 19፥ ማቴ፡ 5፡ 17 - 19፤ 24፡ 35፥ 1ጴጥ፡ 1፡ 23)።

▣ **"ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልሕ"** እዚ ናይ ቃል እግዚኣብሄር ናይ ምስንጣቕ ሓይሊ እዩ ዜመልክት (ዮሃ፡ 12፡ 48፥ ራእ፡ 1፡ 6፤ 2፡ 12፤ 16 ኣብዚ ዳሕረዋይ እቲ ሰይፊ ንየሱስ የመልክት)።

▣ **"ንፍስን መንፈስን"** እዚ ንህላወ ሰብ ኣብ ክልተ ንምምቃል ኣይኮነን። እቲ ዕላማ ሰብ ምስ ምድርን እግዚኣብሄርን ድርብ ዝምድና ኸም ዘሎዎ ንምግላጽ እዩ። እቲ "ነፈሽ" ዚብል ናይ እብራይስጢ ቓል ነቶም ኣብ ኣሪት ዘፍጥረት ዘሎዉ ሰብን እንስሳን ንምግላጽ የገልግል። መንፈስ (ሩሕ) ግን ንሰብ ጥራይ እዩ ዜመልክት። ቃል እግዚኣብሄር ናብቲ ውሻጠ ሰብ ሰንጢቑ ይኣቱ። ኣብዚ ጥቕሲ እዚ ጥራይ ተመርኵስካ፡ ሰብ ክልተ ወይ ሰለስተ ኽፍልታት (1ተሰ፡ 5፡ 23) ዘሎውዎ ፍጥረት ይውንን

ምባል ኣይከኣልን እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሰብ ብቐንዱ ኸም ሓደ ኣሃዱ እዩ ዚግለጽ (ዘፍ፡ 2፡ 7)። ሰለስተ፡ ክልተ ወይ ኣሃዱ ፍጥረት ሰብ ብዚምልከት ንዘሎዉ ኽልሰ ሕሳባት ጽቡቕ መብርሂ ንምርካብ፡ ናይ ሚላርድ ጀይ. ኤሪክሰን *ክርስችያን ትዮሎጂ* ዚብል መጽሓፍ (ካልኣይ ሕታም) ገጽ 538 - 557፡ ከምኡውን ናይ ፍራንክ ስታግ *ፖላሪቲስ ኦቭ ማንስ ኤግዚስተንስ ኢን ቢብልካል ፐረስፐክቲቭ* ተወከስ።

▣ **"ኣብ ምሕላንን ሓሳብ ልብን... ዚፈርድ"** ኣብ ኣተሓሳስባ እስራኤላውያን፡ ልቢ ንኹለንተና ሰብን ውሽጣዊ ድርኺቱን እዩ ዚውክል። ናይ እብ፡ 3፡ 8 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት። እግዚኣብሄር ናይ ሓቂ እምነትን ናይ ሓሶት እምነትን ይፈልጦም እዩ።

4፡ 13 **"ኹሉ ጋህ ዝበለን ቅሉዕን እዩ"** እግዚኣብሄር ብፍጹም እዩ ዚፈልጠና (1ሳሙ፡ 16፡ 7፥ መዝ፡ 7፡ 9፤ 33፡ 13 - 15፤ 139፡ 1 - 4፥ ምሳ፡ 16፡ 2፤ 21፡ 2፤ 24፡ 12፥ ኤር፡ 11፡ 20፤ 17፡ 10፤ 20፡ 12፥ ሉቃ፡ 16፡ 15፥ ግብ፡ 1፡ 24፤ 15፡ 8፥ ሮሜ፡ 8፡ 27)።

▣ **"ኣብ ቅድሚ ዓይኑ"** እዚ ምሳሌኣዊ ኣዘራርባዚ ቓል ንቓሉ እንተ ተተርጎመ "ንሰብ መንከሱ ብምልዓል ክሳዱ ምቕላዕ" ማለት እዩ። እዚ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣዘራርባዚ ንፈራዶ ዝተባህለ መጠንቀቕታ እዩ ነይሩ፡ ኣብዚ ኸኣ ብመዓልቲ ፍርዲ ንእግዚኣብሄር ገጽ ንገጽ ምርካቡ የመልክት። እግዚኣብሄር ናይ ውሽጣዊ ድርኺትና ምሉእ ፍልጠት ኣሎዎ።

| |
|---|
| **እብ። 4። 14 - 16** (ምሉእ ትሕዝቶኡ ኽሳዕ እብ። 5። 10 ይዝርጋሕ)<br><br>**"ደጊም ብዘይ ሓጢኣትሲ። ብኹሉ ኸምዚ ኸማና እተፈተነ እዩ እምበር። ብድኻምና ኺድንግጸልና ዘይኽእል ሊቀ ኻህናት የብልናን እሞ። ብሰማያት ዝሓለፈ ዓብዪ ሊቀ ኻህናት። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዚህልወና። ምእማንና ነጽንዕ፣ ስለዚ ምሕረት ምእንቲ ኽንቅበል። ብግዜ ጸባብውን ንረዲኤትና ዚኸውን ጸጋ ኽንረክብ። ብትብዓት ናብ ዝፋን ጸጋ ንቕረብ፣"** |

4፡ 14 **"ዓብዪ ሊቀ ኻህናት"** እቲ ጸሓፊ ንየሱስ ከም ሊቀ ኻህናት ንመጀመርታ ግዜ ዚጠቕሶ ኣብ እብ፡ 3፡ 1 - 6 እዩ። ድሕሪቶም ኣብ እብ፡ 3፡ 7 - 4፡ 13 ዘሎዉ መጠንቀቕታታትን ምዕዶን፡ ናብቲ ኣርእስቲ ይምለስ። እዚ ኣገባብዚ ኣብቶም ኣብ እብ፡ 5፡ 11 - 6፡ 12 ዘሎዉ መጠንቀቕታታትን ኣብቲ ናይ እብ፡ 6፡ 13 - 10፡ 39 ዘተ ብዛዕባ ናይ የሱስ ናይ ክህነት ተግባራትን ተደጊሙ ኣሎ። ናይ እብ፡ 2፡ 17 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

መልእኽቲ እብራውያን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እታ ንየሱስ "ሊቀ ኻህናት" ኢላ እትጽውዖ እንኮ መጽሓፍ እያ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ንናይ ሙሴ ኪዳንን ንሓድሽ ኪዳንን ምንጽጻር

ይቕጽል። እዚ ምንጽጻርዚ ኣይሁድ ኪቕበልዎን ኪርድእዎን ኣሸጋሪ እዩ። የሱስ ካብቲ ኽህነት እተዋህቦ ነገድ ሌዊ ኣይነበረን። ግናኸ ኣብ እብ፡ 1፡ 3፤ 2፡ 17፤ 18፤ 3፡ 1 የሱስ "ካህን" ተባሂሉ ኣሎ። ኣብ ብሉይ ኪዳን እቲ መሲህ ኣብ ክልተ ስፍራታት ጥራይ እዩ ካህን ተባሂሉ ዘሎ፦ መዝ፡ 110፥ ዘካ፡ 4። ኣብ ክልቲኦም ናይ ንግስነትን ክህነትን መዳያት ኣሎዉ።

▣ **"ብሰማያት ዝሓለፈ"** እዚ ዝተፈጸመ ተግባር እዩ ዜመልክት። የሱስ ብሰማያት (ሰለስተ ወይስ ሸውዓተ ሰማያት ይሃልዉ ብዘየገድስ) ሓሊፉ፡ ናብ ህላወ ኣቦ ኣትዩ፡ ኣብ ምድሪ መጺኡ ሰብ ምዃኑ (ትስብእቱ)ን ዕርገቱን ድማ ፍረ ኣምጺኡ። ስለዚ ሕጂውን ኣመንቲ ሳላ የሱስ ብሰማያት ኪሓልፉ ይኽእሉ። ብኣተሓሳስባ ግኖስቲካት (ምድሓን ዚረኽቡ ፍሉይ ፍልጠት ዘሎዎም ሒደት ሰባት እዮም ኢሎም ዚምህሩ ዝነበሩ መናፍቓን- መምህራን ሓሶት)፡ ሰማያት ብመላእኽቲ ዝተሓጽሩ ኽልኩላት ቦታታት (ሓዮን) እዮም። ኣብ ብሉይ ኪዳን ግን ሰማያት፦-

1. ኣዕዋፍ ዚበሩሉ ህዋ
2. ማይ ዚዘንበሎም መሳኹቲ ሰማይ
3. ጸሓይን ወርሕን ዘሎውዎም ናይ ከዋኽብቲ ሰማያት
4. ባዕሉ ኽብሪ እግዚኣብሄር

ሰማያት ሰለስተ ድዮም ወይስ ሸውዓተ፡ ኣብ መንጎ ራባያት (ካህናት ኣይሁድ) ብዙሕ ክትዕ ጸኒሑ እዩ (ኤፌ፡ 4፡ 10፥ 2ቆሮ፡ 12፡ 2)። ካህናት ኣይሁድ ነዚ ኣበሃህላዚ ነቲ ሰማያዊ ድንኳን (ቤተ መቕደስ) ንምግላጽ ተጠቒሞሙሉ እዮም። እቲ መግልጺ ነቲ ኸነት ብልክዕ ዚበቅዕ እዩ (እብ፡ 9፡ 23 - 28)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ሰማያት**

ኣብ ብሉይ ኪዳን እቲ "ሰማይ" ዚብል ቃል ብዙሕ ግዜ ድርብ ወይ ብዙሕ እዩ፣ ብእብራይስጢ ኸኣ "ሸማዪም" ይብሃል፣ ትርጉሙ "ብራኸ" እዩ፣ እግዚኣብሄር ኣብ በሪኽ ቦታ ይነብር፣ እዚ ኣበሃህላዚ ቅድስናን ብሉጽነትን እግዚኣብሄር የንጸባርቕ፣

ኣብ ዘፍ። 1። 1 እቲ "ሰማይን ምድርን" (ሰማያትን ምድርን) ዚብል ድርብ ቃል። እግዚኣብሄር እዞም ዚስዕቡ ኽም ዝፈጠረ የመልክት ተባሂሉ ይሕሰብ።- 1) ልዕሊ እዛ እንነብረላ ምድሪ ዘሎ ሃዋህው። ወይ ከኣ 2) ንኹሉ ኽዉንነት ወይ ህላወ (መንፈሳውን ስጋውን) ናይ ምግላጽ መገዲ፣

ካብዚ መሰረታዊ መረዳእታዚ። ንደረጃታት ሰማይ ዚገልጹ ኻልኦት ጽሑፋት ተጠቒሶም።- "ሰማየ ሰማያት" (መዝ። 68። 33) ወይ ከኣ "ሰማያትን ሰማየ ሰማያትን" ወይ "ሰማይን ሰማየ

ሰማያትን" (ዘዳ: 10: 14፥ 1ነገ: 8: 27፥ ነህ: 9: 6፥ መዝ: 148: 4)፣ ካህናት ኣይሁድ (ራብያት) ከምዚ ዚስዕብ ኢሎም ይግምቱ ነበሩ:-

1. ክልተ ሰማያት ኣሎዉ (ኣር. ጁዳ: ሃጊጋ 12ቢ)
2. ሰለስተ ሰማያት ኣሎዉ (ምስክር ሌዊ 2 - 3፥ ዕርገት ኢሳይያስ 6 - 7፥ ሚድራሽ ተሂሊም ብዛዕባ መዝ: 114: 1)
3. ሓሙሽተ ሰማያት (3ባሩኽ)
4. ሸውዓተ ሰማያት (ኣር. ሲሞንቢ. ላኪሽ፥ 2ሄኖክ 8፥ ዕርገት ኢሳይያስ 9: 7)
5. ዓሰርተ ሰማያት (2ሄኖክ 20: 3ለ፤ 22: 1)

ኰሎም እዚኣቶም: እግዚኣብሄር ካብ ፍጥረቱ ኽሳዕ ክንደይ ፍሉይ ምዃኑን ብሉጽነቱን የርእዩ፣ ኣብ ናይ ካህናት ኣይሁድ ትምህርቲ እቲ ዝበዝሐ ቍጽሪ ሰማያት: ሸውዓተ እዩ ነይሩ፣ ኣ. ኮሀን ኣብታ ኤቭሪ ማንስ ታልሙድ እትብል መጽሓፉ ገጽ 30: እዚ ናይ ካህናት ኣይሁድ ምህሮ: ምስቶም ናይ ስነ-ኸዋኽብቲ (ኣስትሮኖሚ) ጠፈራት ዝተዛመደ እዩ፣ ሸውዓተ: ፍጹም ቍጽሪ ኻብ ምዃኑ ዝተበገሰውን ኪኸውን ይኽእል (መዓልታት ፍጥረት ኣብ ዘፍጥረት 1: ሸውዓተ ናይ እግዚኣብሄር መዓልቲ ዕረፍቲ የመልክት)፣

ጳውሎስ ኣብ 2ቆሮ: 12: 2 "ሳልሳይ" ሰማይ ይጠቅስ፣ ብግሪኽ "ኡራኖስ" ይብሃል፣ ንናይ እግዚኣብሄር ናይ በይኑ ግርማዊ ህላውነት ንምግላጽ ከኣ የገልግል፣ ጳውሎስ ንእግዚኣብሄር ኪረኽቦ ዕድል ረኺቡ ነበረ፣

▣ "የሱስ" እዚ ኣጸዋውዓዚ ንየሱስ ከም ሓድሽ እያሱ ዚጠቅስ ምልክታዊ ኣጸዋውዓ ኪኸውን ይኽእል። ክልቲኦም ስማቶም ልክዕ ሓደ እዮም (እያሱ ብእብራይስጢ፡ የሱስ ብኣራማይስጢ)። ደራሲ መልእኽቲ እብራውያን ንኣሪት ዘጸኣት ብሰፊሑ ይጥቀመሉ። ከምቲ እያሱ ንህዝቢ እግዚኣብሄር ናብታ ናይ ተስፋ ምድሪ ዘእተዎም፡ የሱስ ከኣ ንህዝቢ እግዚኣብሄር ናብ ሰማይ ከእትዎም እዩ።

▣ "ወዲ ኣምላኽ" እዚ ንየሱስ ብዓል ናዝሬት ዝተዋህበ ናይ ብሉይ ኪዳን መለኮታዊ መዓርግን ደራሲ መልእኽቲ እብራውያን ኣብቲ "ወዲ" ወይ "ውሉድ" ዝኾነ የሱስ (እብ፡ 1፡ 2፤ 3፡ 6፤ 5፡ 8፤ 7፡ 28) ዘሎዎ ኣቓልቦ ዚገልጽን እዩ። ናይ የሱስ ሰብኣውነትን መለኮትነትን ብሓንሳብ ኣትኩሮ ዝተዋህቦም ብኣጋጣሚ ኣይኮነን (ምስ ህዝ፡ 2፡ 1- ሰብኣዊ፡ ዳን፡ 7፡ 13- መለኮታዊ ኣነጻጽሮ)። እዚ ብዛዕባ ስብእና የሱስ እቲ ኣውራ ዓንዲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ሓቂ እዩ (ዮሃ፡ 1፡ 1፤ 14፥ 1ዮሃ፡ 4፡ 1 - 6)።

▣ "ምእማንና ነጽንዕ" እዚ በቲ ብዓል ቤት ኪግበር ዘሎዎ ንህሉው ትምኒት ዚገልጽ ሰዋስው እዩ። እዚ ንጽንዓት ቀጻሊ ኣድህቦ ንምሃብ ዚብሃል ዘሎ ኣበሃህላ እዩ (እብ፡ 2፡ 1፤ 3፡ 6፤ 14)። እቲ ናይ መጀመርያ ውሳኔና (ዮሃ፡ 1፡ 12፤ 3፡ 16፥ ሮሜ፡ 10፡ 9 - 13) ምስቲ ቐጻሊ ናይ ደቀ መዝሙር

ይወትና (ማቴ፡ 7፡ 13 - 27፤ 28፡ 19 - 20፤ ኤፌ፡ 1፡ 4፤ 2፡ 10) ኽነሳንዮ ኣሎና። ልቲኦም ወሰንቲ እዮም። እምነት፡ እሙንነት ከተፍሪ ኣሎዋ። ብዛዕባ "ምእ'ማን" ዚምልከት ዘተ፡ ናይ እብ፡ 3፡ 1 ሓጺር መግለጺ ተመልከት።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ናይ ጽንዓት ኣገዳስነት**

ንህይወት ክርስትና ዚምልከቱ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትምህርትታት (ሰረተ እምነታት) ንምግላጾም ዘሸግሩ እዮም፣ ምኽንያቱ ብጽምዲ ቓላት ናይ ምብራቓዊ ዓለም ከባቢያዊ ቛንቋታት ዝቐረቡ ስለ ዝኾኑ፣ እዞም ጽምድታት ኣንጻር እዮም ዚመስሉ፣ ግናኸ መጽሓፍ ቅዱሳዊ እዮም፣ ምዕራባውያን ኣመንቲ ንሓደ ሓቂ ናይ ምሕራይ ነቲ ኣንጻሩ ሓቂ ናይ ምንጻግ ዝንባለ ኣሎዎም፣ ነዚ መብርሂ ንምሃብ:-

1. ምድሓን ብክርስቶስ ንምእማን ዚግበር ናይ መጀመርያ ውሳነ ድዩ ወይስ ወደ መዝሙር ክርስቶስ ንምኻን ዚግበር ናይ ምሉእ ህይወት ተወፋይነት?
2. ምድሓን ብረዲኤት ጸጋ ዚኸውን ናይቲ ሉኣላዊ ኣምላኽ ምሕራይ ድዩ ወይስ ወድሰብ ንዝቐረበሉ መለኮታዊ ዕድመ ዚህቦ ናይ እምነትን ንስሓን ምላሽ?
3. ምድሓን ሓንሳብ ምስ ተቐበልካዮ ዘይጠፍእ ድዩ ወይስ ቀጻሊ ትግሃት ዜድልዮ?

ናይ ጽንዓት ጕዳይ ኣብ ምሉእ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ኣካታዒ እዩ፣ እቲ ሽግር ዚጸረሩ ብዚመስሉ ናይ ሓድሽ ኪዳን ጥቕስታት እዩ ዚጅምር፣

1. ንርግጽነት ዚምልከቱ ጥቕስታት
   ሀ) ቃላት የሱስ (ዮሃ: 6: 37፤ 10: 28 - 29)

   ለ) ቃላት ጳውሎስ (ሮሜ: 8: 35 - 39፥ ኤፌ: 1: 13፤ 2: 5፤ 8 - 9፥ ፊሊ: 1: 6፤ 2: 13፥ 2ተሰ: 3: 3፥ 2ጢሞ: 1: 12፤ 4: 18)

   ሐ) ቃላት ጴጥሮስ (1ጴጥ: 1: 4 - 5)

2. ንኣድላይነት ጽንዓት ዚምልከቱ ጥቕስታት
   ሀ) ቃላት የሱስ (ማቴ: 10: 22፤ 13: 1 - 9፤ 24 - 30፤ 24: 13፥ ማር: 13: 13፥ ዮሃ: 8: 31፤ 15: 4 - 10፥ ራእ: 2: 7፤ 17፤ 20፤ 3: 5፤ 12፤ 21)

   ለ) ቃላት ጳውሎስ (ሮሜ: 11: 22፥ 1ቆሮ: 15: 2፥ 2ቆሮ: 13: 5፥ ገላ: 1: 6፤ 3: 4፤ 5: 4፤ 6: 9፥ ፊሊ: 2: 12፤ 3: 18 - 20፥ ቆሎ: 1: 23)

   ሐ) ናይ ደራሲ መልእኽቲ እብራውያን ቃላት (እብ: 2: 1፤ 3: 6፤ 14፤ 4: 14፤ 6: 11)

   መ) ቃላት ዮሃንስ (1ዮሃ: 2: 6፥ 2ዮሃ: 9)

   ሠ) ቃላት እግዚኣብሄር ኣቦ (ራእ: 21: 7)

መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምድሓን ካብ ፍቕርን ምሕረትን ጸጋን ሉኣላዊ ስሉስ ኣምላኽ ዚመጽእ እዩ፣ ብዘይ ናይ መንፈስ ቅዱስ ድርኺት ሰብ ኪድሕን ኣይክእልን እዩ (ዮሃ: 6: 44፤ 65)፣ መጀመርያ ኣምላኽ መጺኡ እዩ ነቲ ኣጀንዳ ዘዳልዎ፣ ግናኸ ኣብ መጀመርያ ይኹን ብቐጻሊ ሰብ ብእምነትን ንስሓን መልሲ ኺህብ ኣምላኽ ይሓቶ፣ እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ብናይ ኪዳን ዝምድና እዩ ዚዓዪ፣ ሓለፋታትን ሓላፍነታትን ከኣ ኣሎዉ!

ምድሓን ንዅሎም ሰባት እዩ ቐሪቡ፣ ሞት የሱስ ምስ ናይቲ ውዱቕ ፍጥረት ናይ ሓጢኣት ሽግር እዩ ገጢሙ፣ እግዚኣብሄር መገዲ ኣዳልዩ ኣሎ፡ ኵሎም እቶም ብምስሉ ዝተፈጥሩ ንፍቕሩን ነቲ ብክርስቶስ የሱስ ዘቕረቦ ህያቡን ምላሽ ኪህቡ እዩ ዚጽበዮም፣

ብዛዕባዚ ኣርእስቲዚ: ካልቪናዊ ኻብ ዘይኮነ ምንጪ ኽትውከስ እንተ ደሊኻ: እዞም ዚስዕቡ ምንጭታት ተመልከት:

1. ደይል ሙዲ: *ዘ ዎርድ ኦቭ ትሩዝ* ኤርድመንስ: 1981 (ገጽ 348 - 365)
2. ኣይ. ሃዋርድ ማርሻል: *ኬፕት ባይ ዘ ፓወር ኦቭ ጋድ*: ቤታኒ ፈለውሺፕ: 1969
3. ሮበርት ሻንክ: *ላይፍ ኢን ዘ ሳን*: ወስትኮት: 1961

ኣብዚ ጕዳይዚ: መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኽልተ በበይኖም ሽግራት ይዛረብ:- 1)ናይ ምድሓን ርግጽነት ምኽንያት ብምግባር: ፍረ ዘይብሉ: ናይ ስስዐ ህይወት ምንባርን 2) ነቶም ኣብ ናይ መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ውልቃዊ ሓጢኣትን ቃልሲ ዘሎዉ ምትብባዕን፣ እቲ ሽግር: እቶም ኣብ ጌጋ ዘሎዉ ጕጅለታት ጌጋ መልእኽቲ የቕርቡን ኣብ ሒደት ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ተመርኵሶም ናይ ስነ-መለኮት ስርዓት ይሃንጹ፣ ገለ ክርስትያናት ቅድም ዝኣገረ ርግጽነት ምድሓን ኪሰምዑ የድልዮም: ካልኦት ግን ተሪር መጠንቀቕታ ዚግብኦም እዮም፣ ካበየናይ ጕጅለ ኢኻ?

ኣብ መንጎ ኣውግስጦስን ፐላጅዮስን ከምኡውን ኣብ መንጎ ካልቪንን ኣርሚንየስን (ሓውሲ ፐላጅዮስ ዝነበረ ወይ ብዙሕ ካብ ሓሳባት ፐላጅዮስ ዚቕበል) ሓደ ታሪኻዊ ስነ-መለኮታዊ ምጕት ኣሎ፣ እቲ ምጕት ንምድሓን ዚምልከት እዩ:- ሓደ ሰብ ብሓቂ ዝደሓነ እንተ ደኣ ኮይኑ: ኣብ እምነትን መንፈሳዊ ፍረን ኪጸንዕ ኣሎዎዶ?

እቶም ካልቪናውያን ዘበሉ ኣብ ድሕሪ እቶም ሉኣላውነትን ሓለዋን እግዚኣብሄር ዜመልክቱ ጥቕስታት ይስለፉ (ዮሃ: 10: 27 - 30፥ ሮሜ: 8: 31- 39፥ 1ዮሃ: 5: 13፤ 18፥ 1ጴጥ: 1: 3 - 5)፣ ከምኡ ድማ ኣብቶም ከም ኣብ ኤፌ: 2: 5፤ 8 ዘሎዉ ውዱእ ተግባር ዘመልክቱ ቓላት ይእመኑ፣

እቶም ኣርሚንያውያን (ሰዓብቲ ኣርሚንየስ): ኣብ ድሕሪ እቶም ንኣመንቲ "ኪጸንዑ": "ኪምክቱን" "ኪቕጽሉን" ዜጠንቕቑ ጥቕስታት ይስለፉ (ማቴ: 10: 22፤ 24: 9 - 13፥ ማር: 13: 13፥ ዮሃ: 15: 4- 6፥ 1ቆሮ: 15፣ 2፥ ገላ: 6: 9፥ ራእ: 2: 7፤ 11፤ 17፤ 26፤ 3: 5፤ 12፤ 21፤ 21: 7)፣ ብዙሓት ኣርሚንያውያን ንእብ: 6ን 10ን ኣንጻር መንፈሳዊ ጥልመት ዝተጻሕፉ መጠንቀቕታታት ገይሮም ይርእይዎም:

ብወገነይ እዞም ምዕራፋት ነዚ ዕላማዚ ኼገልግሉ ይኽእሉ እዮም ኢለ ኣይኣምንን እየ፣ ኣብ ማቴ: 13ን ማር: 4ን ዘሎ ምስላ ዘራኢ: ከም ዮሃ: 8: 31- 59 ናይ ሓቂ ዘይኮነ እምነት የቃልዕ፣ ካልቪናውያን እቶም ምድሓን ዜመልክቱ ናይ ውዱእ ተግባር ጽሑፋት ይጠቕሱ: እቶም ኣርሚንያውያን ከኣ ነቶም ንሕጂ ዚኸውን ህሉው ተግባር ዜመልክቱ ኸም 1ቆሮ: 1: 18፤ 15: 2፥ 2ቆሮ: 2: 15 ዚበሉ ጽሑፋት ይጠቕሱ፣

እዚ ኣብነትዚ: ናይ ስነ-መለኮት ስርዓታት ነቲ ሒደት ጥቕስታት ተጠቒምካ ዚግበር ትርጓሜ መጽሓፍ ቅዱስ ከመይ ኣቢሎም ብዘይግቡእ መገዲ ኸም ዚጥቀሙሉ ዘመልክት ዝበለጸ ኣብነት እዩ፣ ብዙሕ ሳዕ: መሪሕ ጥቕሲ ወይ ከኣ ኣውራ ጽሑፍ ንኹሎም ካልኦት ጽሑፋት ንምምማይ ዘገልግል ስነ-መለኮታዊ መንፈት (ሰኪዕት) ንምስራሕ ይውዕል፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ምንጪ ንዚቕልቀሉ ኸምዚ ዝበሉ መናፈት ተጠንቀቐሎም፣ እዞም መናፈት ካብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ብርሃን ዘይኮነስ ካብ ናይ ምዕራባዊ ዓለም ኣተሓሳስባ እዮም ዚመጹ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ምብራቓዊ ዓለም መጽሓፍ እዩ፣ ንሓቂ ውጥረት ብዝመልኦም: ኣንጻራዊ ብዚመስሉ ጽምዲ ቓላት የቕርብ፣ ክርስትያናት ነዞም ጽምዲ ሓሳባት ከረጋግጽዎምን ኣብ ውሽጢቲ ውጥረት ብዓወት ኪነብሩን እዮም ተመዲቦም፣ ሓድሽ ኪዳን ውሕስነት ኣማኒን ኣብ እምነትን ኣምልኾን ናይ ምጽናዕ ትእዛዝን ይገልጽ፣ ክርስትና ብንስሓን እምነትን ዚጀምር ውሳኔ እዩ: ቀጻሊ ናይ ንስሓን እምነትን ምላሽ ከኣ ይኽተሎ፣ ምድሓን ኣቕሓ (ናብ ሰማይ ዜእቱ ትኬት ወይ ንድንገት ሓዊ ዚወሃብ መድሓን) ኣይኮነን፣ ዝምድና እዩ፣ ውሳኔንን ወደ መዝሙር ምኺንን እዩ፣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብኹሎም ዓይነታት ገለጽቲ ተግባር (ግሲ) ቐሪቡ ኣሎ:-

*ውዱእ ተግባር* ግብ: 15: 11፥ ሮሜ: 8: 24፥ 2ጢሞ: 1: 9፥ ቲቶ: 3: 5

*ዘየቋርጽ ጽልዋ ዘሎዎ ውዱእ ተግባር* ኤፌ: 2: 5፤ 8

*ህሉው (ቀጻሊ) ተግባር* 1ቆሮ: 1: 18፤ 15: 2፥ 2ቆሮ: 2: 15

*መጻኢ* (*ናይ መጻኢ ግዜ ፍጻመታት ወይ ከኣ ርጉጽ ፍጻመታት*) ሮሜ: 5: 8፤ 10፤ 10: 9፥ 1ቆሮ: 3: 15፥ ፊሊ: 1: 28፥ 1ተሰ: 5: 8 - 9፥ እብ: 1: 14፤ 9: 28

**4፡ 15 "ብድኻምና ኺድንግጸልና ዘይኽእል ሊቀ ኻህናት የብልናን"** ኤ. ቲ. ሮበርትሰን ዝተባህለ ሰብ ነዚ ጥቕሲዚ ዚኸውን ኣማራጺ ትርጉም ይህብ። ከምዚ ድማ ይብል፡ "ምስ ድኻምና ዚሳቐ" (እብ፡ 2፡ 17 - 18)። የሱስ ናይ ሓጢኣት ባህሪ ፈጺሙ ኣይነበሮን፡ ንሓጢኣት ከኣ ኣማን ኢሉ (ተንበርኪኹ) ኣይፈልጥን እዩ። ግናኸ ብሰንኪ ሓጢኣት ሰብ ናይ ሓቂ ፈተና ኣጓኒፍዎ እዩ።

▣ **"እተፈተነ"** እቲ "ፔራዞ" ዚብል ቃል "ፈተና ኽሳብ ምብራስ" ማለት እዩ (እብ፡ 2፡ 18፤ 3፡ 9፤ 11፡ 37)። ብኻልእ ኣካል ዝተፈጸመ ተግባር ከኣ የመልክት። እቲ ኻልእ ኣካል እቲ ፈተና ኪኸውን ይኽእል። እዚ ቓልዚ ኣብ ማቴ፡ 4፡ 3 ናይ ሰይጣን (ናይቲ ፈታኒ) መጸውዒ እዩ (ኣብ ማር፡ 1፡ 13ውን ኣስተብህል)። ናይ እብ፡ 2፡ 18 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ **"ብዘይ ሓጢኣትሲ፡ ብኹሉ ኸምዚ ኸማና"** የሱስ ምሉእ ኣምላኽን ምሉእ ሰብን እዩ፡ ንኹሉ ኹነታትና ይርድኦ። ኣብ ናይ ወድሰብ ዓመጻን ሽፍትነት ካብ እግዚኣብሄርን ግን ኣይሳተፍን እዩ (እቲ ንጹህ፡ ሓጢኣት ዘይብሉ እዩ፡ እብ፡ 2፡ 17 - 18፤ 7፡ 26፥ ሉቃ፡ 23፡ 41፥ ዮሃ፡ 8፡ 46፤ 14፡ 30፥ 2ቆሮ፡ 5፡ 21፥ ፊሊ፡ 2፡ 7 - 8፥ 1ጴጥ፡ 1፡ 19፤ 2፡ 22፤ 3፡ 18፥ 1ዮሃ፡ 3፡ 5)።

4፡ 16 **"ስለዚ... ንቕረብ"** እዚ ምንዮት ዜንጸባርቕ፡ ናይ ሰብ ቀጻሊ ተበግሶ ዚጽውዕ ተግባር እዩ። ንዘይርጉጽ መጻኢ ኹነት፡ ትሕጃ ምሓዝ ከም ዘድሊ የዘኻኽር። ኣብ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ወይ ሰፕተዋጅንት (70) ኸኣ ናብ እግዚኣብሄር ዚቐርብ ካህን ዜመልክት ተክኒካዊ ቓል እዩ። ኣብ መልእኽቲ እብራውያን እዚ ቓልዚ ሳላ መስዋእቲ የሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ውዱቕ ወድሰብ ናብ እግዚኣብሄር ኪቐርብ ከም ዝኽኣል ንምምልካት የገልግል (እብ፡ 4፡ 16፤ 7፡ 25፤ 10፡ 1፤ 22፤ 11፡ 6)። የሱስ ንሰዓብቱ "ናይ ካህናት መንግስቲ" ኪኾኑ ኣብቂዕዎም እዩ (ዘጸ፡ 19፡ 5፤ 6፥ 1ጴጥ፡ 2፡ 5፤ 9፥ ራእ፡ 1፡ 6)።

▣ **"ብትብዓት ናብ ዝፋን ጸጋ (ንቕረብ)"** እቲ "ትብዓት" ዚብል ቃል "ደፊርካ ብሓርነት ምዝራብ" ማለት እዩ። ብየሱስ ክርስቶስ ናብቲ ኽብሪ እግዚኣብሄር ክንቀርብ ሓርነትን ትብዓትን ረኺብና ኣሎና (እብ፡ 10፡ 19፤ 35)። እዚ ምስቲ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ዝሞተሉ መዓልቲ ኣብ የሩሳሌም ኣብ ቤት መቕደስ ሄሮድስ ዝነበረ መጋረጃ ቤት መቕደስ ምስ ተተርተረ ዝተራእየ ምልክት ዚመሳሰል እዩ (ማቴ፡ 27፡ 51፥ ማር፡ 15፡ 38፥ ሉቃ፡ 23፡ 45)። ብየሱስ ክርስቶስ፡ ሓጥኣን ሰባት ኣብ ቅድሚ ቅዱስ እግዚኣብሄር ብምቕራብ ሹነኔ ዘይኮነስ ምሕረትን ጸጋን ኪረኽቡ ይኽእሉ።

▣ **"ናብ ዝፋን ጸጋ"** እዚ ነቲ እግዚኣብሄር ዚብል ስም ብብዙሕ ቃላት ዚገልጽ መተካእታ እዩ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ንሰማይ ከም መንፈሳዊ ማሕደር እዩ ዚገልጾ (እብ፡ 9፡ 11፥ 24)፡ ከምኡ ድማ ከም ሰማያዊ ዝፋን ይርእዮ (እብ፡ 1፡ 8፤ 4፡ 16፤ 8፡ 1፤ 12፡ 2)።

▣ **"ብግዜ ጸበባውን ንረዲኤትና"** እቲ ኹነት ንምእ'ማንና ብዛዕባ ዚፈታተኑ ኣጋጣሚታት የጠንቕቕ። እግዚኣብሄር ኣብ ግዜ ጸበባን ፈተናን 1) ብየሱስ ክርስቶስን 2) ካብ ባህርዩ ዝተላዕለን ኪረድኣና እዩ።

**መዘራረቢ ወይ መዘተዪ ሕቶታት**

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጒዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብኹሉ መዳዮም ንኽተስተብህለሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. ስለምንታይ እዩ እዚ ምዕራፍዚ ኽንርድኦ ዜሸግረና?
2. ስለምንታይ እዩ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን እቲ "ጽንዓት" ዚብል ሓሳብ ብተደጋጋሚ ዚጥቀስ?

3. **የሱስ ክርስቶስ ኣብ እብ፡** 4፡ 4 **"የሱስ" ከምኡውን "ወዲ ኣምላኽ" ተባሂሉ ኺጥቀስ ስነ-መለኮታዊ ኣገዳስነት ኣሎዎዶ**?
4. **"ብሰማያት ዝሓለፈ" ማለት እንታይ ማለት እዩ**?
5. **ጽንዓት ምስ ውሕስነት ኣማኒ እንታይ ዝምድና ኣሎዎ**?

# እብራውያን 5

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

*ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጉም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።*

1. *ቀዳማይ ምዕራፍ*
2. *ካልኣይ ምዕራፍ*
3. *ሳልሳይ ምዕራፍ*
4. *ወዘተ*...

***ናይቲ ሃዋህው (ኹነታት) መረዳእታ***

*ካብ ኣሰኻኹዓ ቓላት ዚርከብ ብርሃን* (*ምስትብሃል*)

*ሀ. ናይ እብ፡* 3፡ 1 *ንየሱስ ንምግላጽ ክልተ ስማት ቀሪቦም ኣሎዉ፡- "ሃዋርያ"ን "ሊቀ ኻህናት"ን። እቲ ኻልኣይ ብፍሉይ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ቀሪቡ ኣሎ* (*እብ፡* 2፡ 17፤ 3፡ 1፤ 4፤ 14 - 15፤ 5፡ 5፤ 10፤ 6፡ 20፤ 7፡ 26፤ 28፤ 8፡ 1፤ 3፤ 9፡ 11፤ 10፡ 21)።

*ለ. ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን፡ የሱስ ክርስቶስ ብመልክዕ መልከጼዴቅ ሊቀ ኻህናት ምዃኑ ዚብል ሓሳብ እቶም ካብ ኣይሁድ ዝኾኑ ክርስትያናት ኣንበብቱ ኪቕበልዎ ኣሸጋሪ ምዃኑ ይፈልጥ እዩ።*

ሐ. እቲ ኻብ እብ፡ 5፡ 11 ክሳብ እብ፡ 6፡ 20 ዘሎ ጽሑፍ ሓደ ስነ-ጽሑፋዊ ጥማር እዩ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቶም ኣመንትን ዘይኣመንትን ኣይሁድ ንኽጠንቀቕም ነቲ ናይ መልከጼዴቅ ዛንታ ኣመንጕዩ ዘእተዎ ሓሳብ እዩ።

መ. ኣብ እብ፡ 5፡ 11 ክሳዕ 6፡ 20፡ ሰለስተ ፈጻምቲ ተግባር ኣሎዉ። ንሳቶም ድማ ኣብ እብ፡ 5፡ 11 ዘሎ ዘይተጻሕፈ "ንሕና"፡ ኣብ 5፡ 11 - 12 ሰለስተ ሳዕ "ንስኻትኩም" ዜመልክት ሓሳብ፡ ኣብ 6፡ 4 - 8 ከኣ "ንሳቶም" ዚብል ክንዲ ስም ከም ዘሎ ፍሉጥ እዩ። እዞም ክንዲ ስማት ሰለስተ ጕጅለታት የመልክቱ፡-

1. "ንሕና" "ንዓና"፡ እብ፡ 5፡ 11፤ 6፡ 1 - 3፡ እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያንን ሚስዮናዊት ጕጅለኡን
2. "ንስኻትኩም" እብ፡ 5፡ 11 - 12፤ 6፡ 9 - 12 እቶም እቲ ጸሓፊ ዚልእከሎም ዘሎ ኣይሁድ ኣመንቲ
3. "ንሳቶም" እብ፡ 6፡ 4 - 8 ነቶም ተቐበልቲ መልእኽቲ እብራውያን ዝኾኑ ኣመንቲ ኣይሁድ ብጾቶምን ሓቢሮም ምሳታቶም ዜምልኹን ግናኸ ዘይኣመኑ ኣይሁድ

## ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ

**እብ 5፡ 1 - 4**

**"ካብ ማእከል ሰብ እተወስደ ሊቀ ኻህናት ዘበለስ። መባእን ሕሩድን ስለ ሓጢኣት ምእንቲ ኺስውእ። ብናይ ኣምላኽ ነገር ስለ ሰብ እዩ ዚሸየም። ንርእሱ ኸኣ ድኻም ስለ ዝጠበቖ። ነቶም ደናቖርትን እተጋገዩን ኪድንግጸሎም ዚኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ከምቲ ምእንቲ ህዝቢ። ከምኡውን ምእንቲ ርእሱ ስለ ሓጢኣት ኪስውእ ተገብኦ፣ ከም ኣሮን። ብኣምላኽ እተጸውዔ ደኣ እምበር። ነዚ ኽብር እዚ ሓደ እኳ ባዕሉ ኣይወስዶን እዩ፣"**

**5፡ 1 - 4** ጥቕስታት 1 - 4 ንናይ ብሉይ ኪዳን ሌዋውያን ሊቀ ኻህናት ይገልጹ።

1. ካብ ሓደ ነገድ ይመጽእ (ነገድ ሌዊ)
2. ኣብ ክንዲ ሰባት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይቐውም
3. ህያባትን ናይ ሓጢኣት መስዋእትን የቕርብ (እብ፡ 8፡ 3፤ 9፡ 9)
4. ንባዕሉ ሓጥእ ስለ ዝኾነ ንሓጥኣን ብሓልዮት ይርእዮም (ዘሌ፡ 16፡ 3፤ 6)
5. ንውልቁ ኽብሪ ኣይወስድን፡ ብሕርየትን ኣገልግሎትን እግዚኣብሄር ከኣ ክብሪ ይረክብ

5፡ 2 **"ኪድንግጸሎም"**

*እዛ ናይ ግሪኽ ቃል ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብዚ ስፍራዚ ጥራይ ኢና እንረኽባ። ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን* (*ሰፕተዋጅንት*) *ከኣ ፈጺምና ኣይንረኽባን ኢና። ኣብ ኣሪስተለ* 256 *ከኣ ናይ ማእከላይ ኣረኣእያ ፍልስፍና ንምምልካት ኣገልጊላ ኣላ* (*ሙልቶንን ሚሊጋንን፡ ዘ ቨካብለሪ ኦቭ ዘ ግሪክ ኒው ተስታመንት፡ ገጽ* 406)።

▣ **"ደናቖርትን እተጋገዩን"** *ኣብ ብሉይ ኪዳን ናይ ድንቀ፦ርናን ትምኒትን ሓጢኣት፡ መስዋእቲ ብምውፋይ ይድምሰስ ነበረ* (*ዘሌ፡* 4፡ 2፤ 22፤ 27፤ 5፡ 15 - 18፤ 22፡ 14፥ *ዘሁ፡* 15፡ 22 - 31)። *ኮነ ኢልካ ወይ ኣቐዲምካ ሓሊንካ ዚግበር ናይ ድፍረት ሓጢኣት ግን ይቕረታ ኣይነበሮን* (*ዘዳ፡* 1፡ 43፤ 17፡ 12፤ 13፤ 18፡ 20፥ *መዝ፡* 51)።

*ዎርድ ፒክቸርስ ኢን ዘ ኒው ተስታመንት፡ ሓምሻይ ቅጺ፡ ኤ. ቲ. ሮበርትሰን ንቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን መስዋእቲ ብምቕራብ ሕድገት ኪረኽቡ ዘይክእሉ ዝነበሩ ዓይነታት ናይ ሓጢኣት ድፍረትን ንቶም ኣብ እብ፡* 3፡ 12*ን እብ፡* 10፡ 26*ን ዘሎዉ መጠንቀቕታታትን ስነ-መለኮታዊ ዝምድና ይፈጥረሎም። እቲ ሓሳቡ "ኮነ ኢልካ ንዚግበር ክሕደት* (*እብ፡* 3፡ 12፤ 10፡ 26) *ምሕረት የልቦን"* (*ገጽ* 368) *ዚብል እዩ።*

*ሃዋርያ ጳውሎስ፡ እግዚኣብሄር ምሕረት ዝገበረሉ ሓጥያቱ ኮነ ኢልካ ንወንጌል ካብ ምንጻግ ስለ ዝነበረ ዘይኮነስ ብዘይፍልጠት ካብ ድንቀ፦ርና ዝተላዕለ ስለ ዝነበረ ምዃኑ ይኣምን።*

5፡ 3 **"ስለዚ ድማ ከምቲ ምእንቲ ህዝቢ፡ ከምኡውን ምእንቲ ርእሱ ስለ ሓጢኣት ኪስውእ ተገብኦ።"** *እዚ ንቶም ኣብ ዘሌ፡* 9፡ 7 - 17 *ዘሎዉ እቲ ሊቀ-ኻህናት ንሓጢኣት ርእሱ ኻሕሳ ዘቕርበሎም ኣገባባት ዚምልከት እዩ* (*ናይ መጀመርያ ቕድስና፡ ዘሌ፡* 16፡ 6 - 19 *መዓልቲ ዕርቂ፡ ከምኡውን እብ፡* 9፡ 7። *ካብ እብ፡* 7፡ 26፤ 27 *ከም እንመሃሮ፡ የሱስ ምእንቲ ሓጢኣት ርእሱ መስዋእቲ ኼቕርብ ኣየድለዮን፡ ግናኸ እቲ ድሌትና ተረዲእዎ* (*እብ፡* 4፡ 15))

5፡ 4 **"ንዚ ኽብሪ እዚ ሓደ እኳ ባዕሉ ኣይወስዶን እዩ"** *እግዚኣብሄር ካህናት ኮይኖም ከገልግሉ ንሓደ ነገድ* (*ሌዊ*)*፡ ካብዚ ነገድዚ ኸኣ ንሓደ ስድራቤት* (*ቤት ኣሮን፡ ዘጸ፡* 28፡ 1፥ 1*ዜና፡* 23፡ 13) *ሸይምዎም* (*ዘሁ፡* 16፡ 40፤ 18፡ 7፥ 1*ሳሙ፡* 12፡ 9 - 14፥ 2*ዜና፡* 16፡ 18)።

**እብ** 5: 5 - 10

**"ከምኡውን እቲ፥ ንስኻ ወደይ ኢኻ። ኣነ ሎሚ ወለድኹም። ዝበሎ ኣኽበሮም እምበር። ክርስቶስ ባዕሉ ሊቀ ኻህናት ምእንቲ ኪኸውን ኢሉ። ርእሱ ኣየኽበረን፣ ኣብ ካልእ ስፍራ ድማ፥ ንስኻ ኽም መዓርግ መልከጼዴቅ ንዘለኣለም ካህን ኢኻ። ከም ዚብል፣ ንሱ ብዘመን ስጋኡ ኸሎ። ብብርቱዕ ኣውያትን ንብዓትን ናብቲ ኻብ ሞት ኬድሕኖ ዚከኣሎ። ጸሎትን ምህልላን ምስ ኣቕረበን። ብዛዕባ ንኣምላኽ ምፍራሁ ምስ ተሰምዔን። ወዲ እኳ ኽነሱ። በቲ እተሰቀዮ ስቅያት ምእዛዝ ተማህረ፣**

**ከም መዓርግ መልከጼዴቅ ብኣምላኽ ሊቀ ኻህናት ተሰምዩ። ፍጹም ምስ ኮነ ኸኣ። ነቶም ዚእዘዝዎ ዘበሉ ኹላቶም ንናይ ዘለኣለም ምድሓኖም ምኽንያት ኮኖም፣"**

5፡ 5 **"ክርስቶስ ባዕሉ... ርእሱ ኣየኽበረን"** ዮሃ፡ 8፡ 50፤ 54 ተመልከት።

▣ **"ሊቀ ኻህናት ምእንቲ ኪኸውን ኢሉ"** የሱስ ካብ ነገድ ሌዊ ዘይመጸ ኽነሱ ሊቀ ኻህናት እዩ ብምባል ንኣይሁድ ከተእምን ምፍታን ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። ግናኸ ናይዚ ኣብ ጥቕስታት ብሉይ ኪዳን ዝተመርኮሰ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ሰፊሕ ክትዕ (እብ፡ 4፡ 14 - 5፡ 10፤ 6፡ 13 - 7፡ 28) ዕላማ እዚ እዩ።

▣ **"እቲ... ዝበሎ"** ነቲ ኣብ መዝ፡ 2፡ 7 ዘሎ ንጉሳዊ ቓል ብምጥቃስ፡ እዚ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን እግዚኣብሄር ኣቦ ናይ የሱስ ልዕልና ኸም ዘረጋገጸ ይገልጽ። እግዚኣብሄር ኣቦ ንመዝ፡ 2፡ 7 ምስ ኢሳ፡ 42፡ 1 ብምውህሃድ ኣብ ግዜ ጥምቀት የሱስን (እብ፡ 3፡ 17) ኣብቲ ኽረን ምግላጽን (ማቴ፡ 17፡ 5) ይጠቕሶ።

ኣርዮስ (ኣብ ራብዓይ ክፍለዘመን) ብዛዕባ ምሉእ ኣምላኽነት የሱስ ክርስቶስ ምስ ኣጥናቴዎስ ኣብ ዝነበሮ ስነ-መለኮታዊ ምጉት፡ ናይዚ ጥቕሲዚ ኻልኣይ ክፋል ተጠቒሙ የሱስ ናይ እግዚኣብሄር ቀዳማይን ዝለዓለን ፍጥረት እዩ (ምሳ፡ 8፡ 22 - 31) ኢሉ። ዕላማ እዚ ጥቕሲ ግን ውልድነት የሱስ (እብ፡ 1፡ 2፤ 3፡ 6፤ 5፡ 8፤ 7፡ 28)። እቲ መበቆላዊ መዝሙር ንንጉስ እስራኤል ወይ ይሁዳ ዓመታዊ ናይ ምሕዳስ ጽምብል እዩ ነይሩ።

5፡ 6 **"ንስኻ ኸም መዓርግ መልከጼዴቅ ንጉስ ኢኻ"** እዚ ናይ መዝ፡ 110፡ 4 ጥቕሲ እዩ። እዚ መዝሙርዚ ፍሉይ እዩ ምኽንያቱ ነቲ መሲህ ናይ ካህንን ንጉስን ስልጣን ስለ ዚህቦ (እቶም ክልተ ኣእዋም ኣውሊዕ ዘካ፡ 4፡ 3፤ 11 - 14፡ እያሱ ኸም ጨንፈር ዘካ፡ 6፡ 12) ። ካብ ብራናታት ምዉት ባሕሪ ኸም እንግንዘቦ፡ እቶም ኢሲን ዚብሃሉ ባሕተውቲ ኽልተ መሲሃት ይጽበዩ ነይሮም፡ እቲ ሓደ ንጉሳዊ እቲ ሓደ ኸኣ ካብ ወገን ካህናት። የሱስ ንኽልቲኦም እዞም መዓርጋት ኣማሊእዎም። ብርግጽ የሱስ ነቶም ሰለስተ ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ ቅብኣት መዓርጋት የማልኦም፡- ነብዪ፡ ካህንን ንጉስን (እብ፡ 1፡ 1 - 3)።

▣ **"መልከጼዴቅ"** ናይዚ ኣርእስቲዚ ምሉእ ምዕባለ ኣብ ምዕራፍ 7 ንረኽቦ። እቲ ተምሳል ካብ ዘፍ፡ 14፡ 17 - 20 እዩ ተወሲዱ። ኣብኡ እቲ መልከጼዴቅ ናይ ሳሌም (የቡስ፡ የሩሳሌም) ንጉስ ዝኾነ ከንኣናዊ ካህን እዩ።

▣ **"ብዘመን ሲጋኡ"** እዚ ንመልከጼዴቅ ዘይኮነስ ንየሱስ እዩ ዜመልክት። ሎሚ የሱስ ሰብ ኣይኮነን ንምባል ኣይኮነን። የሱስ ሓንሳብ ሰብ ምስ ኮነ፡ ሎሚውን ንዘለኣለም ከምኡ ኾይኑ ይቕጽል ኣሎ።

▣ **"ብብርቱዕ ኣውያትን ንብዓትን... ጸሎትን ምህልላን"** እዚ ነቲ ኣብ ማቴ፡ 26፡ 37፥ ሉቃ፡ 22፡ 44 ዘሎ ናይ የሱስ ናይ ጌተሴማኔ ተመኩሮ ዘዘንቱ ኪኸውን ይኽእል። ምስቲ ናይ ኣይሁድ ካህናት (ራባያት) ሰለስተ ደረጃታት ዘሎዎ ጸሎት ዚዛመድውን ኪኸውን ይኽእል። እዚ ነቲ ናይ የሱስ

ብርቱዕ ስምዒት ኣብ ስፍራ ኣታኽልቲ ጌተሴማኔ ወይ ከኣ ኣብ ዮሃ፡ 17 ኣብ ግዜ ድራር ፋስጋ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ቕድሚ ጌተሴማኔ ዝገበሮ ናይ ሊቀ ኻህን ጸሎት ዜንጸባርቕ እዩ።

▣ **“ናብቲ ኻብ ሞት ኬድሕኖ ዚከኣሎ”** የሱስ ካብ ሞት ፈሪሁ ነይሩ ማለት ድዩ? ሞት ተፈጥሮኣዊ ናይ ሰብ ፍርሂ እዩ፡ የሱስ ከኣ ምሉእ ሰብ እዩ ነይሩ። ብዓቢኡ ግን ፍርሁ እቲ ምስ ኣቦ ዝነበሮ ሕብረት ከይብተኽ ዝነበረ ይመስለኒ (ማር፡ 15፡ 34 ንመዝ፡ 22 ብምጥቃስ)። ንሱ መን ከም ዝኾነን ንምንታይ ከም ዝመጸን ዚፈልጥ እዩ ነይሩ (ማር፡ 10፡ 45፥ ማቴ፡ 16፡ 21)።

ኣብ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ሰለስቲኦም ኣካላት ስላሴ ተሳቲፎም፡ ኣቦ ጥራይ ኣይኮነን ተሳቲፉ (መንፈስ ቅዱስውን ኣብ ሮሜ፡ 8፡ 11፡ የሱስውን ኣብ ትንሳኤኡ ተሳታፊ ነይሩ ዮሃ፡ 2፡ 19 - 22፤ 10፡ 17 - 18)። ብዙሕ ግዜ ሓድሽ ኪዳን እግዚኣብሄር ኣቦ ንየሱስ ካብ ምዉታት ከም ዘተንሰኦ እዩ ዚነግር (ግብ፡ 2፡ 24፤ 3፡ 15፤ 4፡ 10፤ 5፡ 30፤ 10፡ 40፤ 13፡ 30፤ 33፤ 34፤ 37፤ 17፡ 31፥ ሮሜ፡ 6፡ 4፤ 9፤ 10፡ 9፥ 1ቆሮ፡ 6፡ 14፥ 2ቆሮ፡ 4፡ 14፥ ገላ፡ 1፡ 1፥ ኤፌ፡ 1፡ 20፥ ቆሎ፡ 2፡ 12፥ 1ተሰ፡ 1፡ 10)።

እዚ ሓረግዚ ብዙሓት ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕስታት የንጸባርቕ። ገሊኣቶም ያህወ ንመሲህ ካብ ናይ ስጋ ሞት ከም ዜድሕኖ ይነግሩ (መዝ፡ 33፡ 19፤ 56፡ 13 ወይ ከኣ ሆሴ፡ 13፡ 14)። ገሊኣቶም ከኣ ያህወ ንመሲህ ካብ ሞት ከም ዜድሕኖ ይዛረቡ (መዝ፡ 16፡ 10፤ 49፡ 15፤ 86፡ 13)። እቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሓረግ ነቲ ናይ የሱስ ናይ ጌተሴማኔ ጸሎት ዜንጸባርቕ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ እዚ ቐዳማይ ኣማራጺ ዝበለጸ ይገልጸ።

▣ **“ንኣምላኽ ምፍራሁ ምስ ተሰምዔን”** እዚ ሓረግዚ፡ ልክዕ ከም ሮሜ፡ 1፡ 4፡ ነቲ “ኣዶፕሽኒዝም” ዚብሃል ግጉይ ትምህርቲ ስነ-መለኮት ንምጽናዕ ኣገልጊሉ እዩ። እቲ ግጉይ ትምህርቲ፡ የሱስ ክርስቶስ ሳላ ቅዱስን እዙዝን ህይወቱ ኻብ እግዚኣብሄር ኣቦ ዓስቢ ኸም ዝረኸበ ዚገልጽ እዩ። ሓድሽ ኪዳን ብሓፈሻ በቲ ሓደ ወገን የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ዝተገልጸ ኣምላኽ ምዃኑ የረድእ፡ በቲ ኻልእ ሸነኽ ከኣ ኣንጻራዊ ብዚመስል መገዲ ሳላ ጠቓሚ ኣገልግሎቱ ዓስቢ ኸም ዝረኸበ ይገልጽ። ብገለ መገዲ ኽልቲኦም እዞም መግለጺታት ቅኑዓት እዮም።

እታ “ፍርሂ” እትገልጽ ናይ እብራይስጢ ቓል ንጽርቲ ስለ ዘይኮነት ናይ ትርጉም ፍልልይ ተስዕብ እያ። ነቲ ሰብ ምስ እግዚኣብሄር ዘሎዎ ዝምድና ንምግላጽ ስለ እተገልግል። “ራዕዲ” ማለት ኣይኮነትን። “ኣኽብሮታዊ ፍርሃት” ንምባል እትጠቅም ትመስል። እቲ መሰረታዊ ትርጉማ፡ ነቲ ፍሉጥ ፍቓድ እግዚኣብሄር ንምፍጻም “ብዘይምንቕናቕ ምጽማም” ማለት እዩ።

**5፡ 8 “ወዲ እኳ ኽነሱ”** እታ “ወዲ” እትብል ቃል ኣብ መንጎ ኣባል ወይ ውሉድ ስድራ ቤትን ኣገልጋሊ ስድራ ቤትን ዘሎ ፍልልይ ንምንጽጻር ካብ ዜገልግሉ ኣበሃህላታት እያ (እብ፡ 1፡ 2፤ 3፡ 6፤ 5፡ 8፤ 7፡ 28)።

▣ **“በቲ እተሰቀዮ ስቕያት ምእዛዝ ተማህረ”** ብምሉኡ እዚ ኽፍሊ ንባብዚ ኣብቶም የሱስ ከም ወዲ ኣምላኽ (እብ፡ 4፡ 14)፡ ግን ከኣ ከም ሰብ (“ብዘመን ስጋኡ” እብ፡ 5፡ 7) ዚብሉ ኽልተ መዳያት የተኩር። የሱስ ተፈቲኑ፡ ጸልዩ፡ ነቢዑ፡ ተሰቕዩ፡ ምእዛዝ ተማሂሩ። ናይ የሱስ ፍጹም ኣምላኽነትን ፍጹም ሰብኣውነትን ብሓደ ግዜ ኽም ዚኽውን ነጸላ ሓቂ (ባህሪ) ምሓዙ ስነ-መለኮታዊ ግድል እዩ።

ኣብ መላእ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን፡ ካብዞም ክልተ ባህርያት የሱስ ክርስቶስ ናይ ሓዲኦም ሚዛን ኪጎድል እንከሎ ናይ ሓሶት ትምህርቲ ይምዕብል ነበረ (1ዮሃ፡ 4፡ 1 - 3)።

ኣመንቲ ኣብነት የሱስ ክርስቶስ ኪኽተሉ ኸም ዘሎዎም ኪግንዘቡ የሸግሮም እዩ። እቶም ተቐበልቲ መልእኽቲ እብራውያን ዘጋጠሞም ሽግር ከኣ እዚ እዩ ነይሩ። ዋላ ስቅያት እንተ ኣጋጠሞም ከም የሱስ ክሳዕ መወዳእታ ኺዕገሱ ድዮም? ስቅያት ኣካል እቲ ትሕዝቶ እዩ (እብ፡ 2፡ 10፥ ማቴ፡ 5፡ 10 - 12፥ ዮሃ፡ 15፡ 18 - 21፤ 16፡ 1 - 2፤ 17፡ 14፥ ሮሜ፡ 8፡ 17፥ 2ቆሮ፡ 4፡ 16 - 18፥ 1ጴጥ፡ 4፡ 12 - 19)።

የሱስ ክርስቶስ፡ ኣምላኽ እንተ ደኣ ኮይኑ ፍጽምና ንምንታይ የድልዮ? እዚ ፍጽምና ነቲ ሰብኣዊ ምዕባሌኡ እዩ ዚምልከት (ሉቃ፡ 2፡ 40፤ 52)። ስቅያት ካብ ካልኣት ነገራት ዘይርከብ እምነት ይሃንጽ። ብሓቂ ዕላማ እግዚኣብሄር፡ ነፍስወከፍ ኣማኒ ንክርስቶስ ኪመስል እንተ ደኣ ኮይኑ (ሮሜ፡ 8፡ 29፥ ኤፌ፡ 4፡ 13)፡ ስለምንታይ እዮም እቶም ኣብዚ ዘመንዚ ዘሎዉ ምዕራባውያን ክርስትያናት ነዚ መንፈሳዊ ብጽሕና ዘምጽእ ኣገባብ ዚሃድሙሉ?

5፡ 9 **"ፍጹም ምስ ኮነ ኸኣ"** እዚ ድሮ ዝተፈጸመ ተግባር እዩ። ኣብ ኣጸሓሕፋኡ ብኻልእ ዝተፈጸመ ዚመስል ግናኸ እቲ ገባሪኡ ባዕሉ እቲ ፍጹም ዝኾነ ኣካል እዩ። እቲ "ፍጹም" ዚብል ቃል "ብጹሕ" ወይ ከኣ "ነቲ ዝተደልየ ዕዮ ምሉእ ብምሉእ ዝተዓጥቀ" ማለት እዩ። ፍጽምናና ብጽሕናን የሱስን ሰዓብቱን ናይ መልእኽቲ እብራውያን ቀንዲ ኣርእስቲ እዩ (እብ፡ 2፡ 10፤ 5፡ 9፤ 14፤ 6፡ 1፤ 7፡ 11፡ 19፤ 28፤ 9፡ 9፤ 11፤ 10፡ 1፤ 14፤ 11፡ 40፤ 12፡ 2፤ 23)። ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ **"ነቶም ዚእዘዝዎ ዘበሉ ኹላቶም"** ምእዛዝ ናይ ሓቀኛ ወደ መዝሙር መለለዪ እዩ (ሉቃ፡ 6፡ 46)። የሱስ ኣብ ኵሉ መዳያት ኣብነትና እዩ። ምእዛዝ ናይ ሓቀኛ ምድሓን ምልክት ይህብ።

5፡ 9 **"ከም መዓርግ (መልከጼዴቅ) ብኣምላኽ ሊቀ ኻህናት ተሰምዩ"** ክሳዕ ኣብዚ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ሰለስተ መዓርጋት የሱስ ይጠቅስ፡- 1) ወዲ 2) ሃዋርያን 3) ሊቀ ኻህናትን። የሱስ ከም ሊቀ ኻህናት ዚብል ፍሉይ ኣርእስት እብ፡ 2፡ 17 ተዓዘብ።

▣ **"መዓርግ መልከጼዴቅ"** መልከጼዴቅ ዚጥቀስ ዘሎ ኣብ ብሉይ ኪዳን ካህንን ንጉስን ዝኾነ ሰብ በይኑ ስለ ዝኾነን ነቲ ስነ-መለኮታዊ ድሌታት ኣይሁድ ካህናት (ራባያት) ዘማልእ ስለ ዝኾነን እዩ። መልከጼዴቅ ኣብ ዘፍ፡ 14፡ 17 - 20ን መዝ፡ 110፡ 4ን ዚርከብ ብዙሕ ዘይግኑን ሰብ እዩ። ናይ የሱስ ክህነት ካብ ክህነት ኣሮን ከም ዚበልጽ ንምግላጽ የገልግል። ኣብ እብ፡ 7 ዘሎ ምሉእ ዘተ ተመልከት።

**እብ። 5። 11 - 14**

**"ብዛዕባኡ ብዙሕ ነገር እንብሎ ነይሩናስ። ንምስማዕ ድንዙዛት ስለ ዝኾንኩም። ትርጕሙ ጭንቂ እዩ፣ ከም ምንዋሕ ዘመኑስ መምህራን ክትኮኑ እኳ ምተገብኣኩም ነይሩ። ነቲ ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ቓልዑ ናይ ቃል ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ኪምህሩኹም የድልየኩም ኣሎ እሞ ጸባ ደኣ እምበር። ዕጹም ብልዒ ኣየድልየኩምን እዩ፣**

**ጸባ ዚቕለብ ዘበለ ኹሉ ቖልዓ እዩ እሞ። ብናይ ጽድቂ ነገር ፍቱን ኣይኮነን፣ ዕሹም ብልዒ ግና ነቶም ጽቡቕን ክፉእን ንምፍላይ ብምልማድ ንልቦናኦም ዜላምዱ ብጹሓት እዩ፣”**

5፡ 11 - 6፡ 12 እዚ ሓደ ጥርኑፍ ጽሑፍ እዩ። ምዕራፋትን ጥቕስታትን ብመንፈስ እግዚኣብሄር ዝተደረኹ ኣይኮኑን። ጸኒሖም ዳሕራይ ዝተወሰኹ ምክፍፋላት እዮም። እብ፡ 6 ዝተጻሕፈሉ ሃዋህው ርአ።

5፡ 11 “*ብዛዕባኡ*” እቲ ብዛዕባኡ ዚብሃለሉ ዘሎ ተባዕታይ ሰብ ኪኸውን ይኽእል ወይውን ጾታ ዘይብሉ ግዙእ ኪኸውን ይኽእል። እቲ ግዙእ ነገር ዝሓሸ ይገጥሞ። ስለዚ ነቲ ናይ የሱስ ናይ መልከጼዴቅ ክህነት ዘመልክት ይኸውን። እብ፡ 5፡ 11 - 6፡ 20 ኣብ ሓደ ዝተሓጽረ ስነ-መለኮታዊ ጥርናፈ እዩ። እቲ ደራሲ ብዛዕባ መልከጼዴቅ ከም ብሓድሽ ኣብ ምዕራፍ 7 ይዛረብ።

▣ “*እንብሎ ነይሩናስ*” እቶም ኣብዚ ዚዛረቡ ዘለዉ ብዙሓት ዚመስሉ ኣካላት ባዕሉ እቲ ሓደ ደራሲ እዩ።

▣ “*ንምስማዕ ድንዙዛት ስለ ዝኾንኩም*” እዚ ኣሰኻኹዓ ቓልትዚ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ጥራይ እዩ ዚርከብ፡ ምኽንያቱ ነዞም ዚስዕቡ ኣካላት ስለ ዘጠቓልል፡- “ንስኻትኩም” (እብ፡ 5፡ 11፤ 12፤ 6፡ 9 - 12)፤ “ንሕና”ን “ንዓና”ን (እብ፡ 5፡ 11፤ 6፡ 1 - 3፤ 9)፤ “ነቶም” (እብ፡6፡ 4 - 8)። መረዳእታ እቲ ሃዋህው ዲ ተመልከት። እዚ ኣጸሓሕፋ፡ ነቲ መልእኽቲ እብራውያን ምስ ዘይኣመኑ ኣይሁድ ኣብ ቤት መቕደስ ከምልኹ ድሌት ንዝነበሮም ኣመንቲ ክርስቶስ ኣይሁድ እዩ ተጻሒፉ ዚብል ታሪኻዊ ግምት የደልድሎ። እዞም ኣመንቲ ነቲ ፍረ ወንጌል ብምልኣት ኣይሓፈስዎን።

እዚ ጥቕሲ ሓደ ውዱእ ተግባር ዜመልክት ኣገባብ ሰዋስው እዩ። እታ “ድንዙዛት” እትብል ቃል ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብ ክልተ ቦታታት ጥራይ ኢና እንረኽባ፡ ኣብዚ ጥቕሲዝን ኣብ እብ፡ 6፡ 12ን። እቲ ደራሲ ብብሩህ ናይ ምግላጽ ሽግር ኣጋጢምዎ። ብምኽንያት ክብደት እቲ ኣርእስቲ ዘይኮነስ፡ ብሰንኪ ዘይምብሳል እቶም ነበብቲ። ብዚግባእ ኪሰምዑ ዘይክእሉን ንመንፈሳዊ ነገራት ሃካያትን እዮም ነይሮም።

5፡ 12 “*ከም ምንዋሕ ዘመኑስ መምህራን ክትኮኑ እኳ ምተገብኣኩም ነይሩ*” ዋላኳ እዞም ኣመንቲ እዚኣቶም ንነዊሕ እዋን ክርስትያናት ኮይኖም እንተ ጸንሑ፡ ብሱላት ኣይነበሩን። ምንዋሕ ግዜ ምስ ብስለት ቀጥታዊ ዝምድና የብሉን። ምስቶም ዘይኣመንቲ ኣይሁድ ብምኽንያት እቶም ዘየከራኽሩ ጕዳያት ኣይሁድነት ሕብረት ይቕጽሉ ነይሮም (እብ፡ 6፡ 1- 2)። እዚ ምናልባት፡- 1) ካብ መንግስቲ መከራ ንኸይመጾም፡ ከምኡውን/ ወይውን 2) ነቲ ኻብ ክርስትያናት ዚድለ ወንጌል ናይ ምዝርጋሕ “ዓቢ ተልእኾ” ንዘይምግባር (ንምጕሳይ) ኪኸውን ይኽእል።

“*ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ቓልዑ*” እዚ ኣበሃህላዚ ብዙሕ ትርጕማት፡ ማለት ሰፊሕ ናይ ቛንቛ ትርጕም ኪህልዎ ይኽእል።

1. ናይ ሓደ ኣርእስቲ መሰረታዊ ትምህርቲ

2. መበቆል ሓደ ኣርእስቲ
3. ሓይልታት መላእኽቲ (ገላ፡ 4፡ 3፤ 9፥ ቆሎ፡ 2፡ 8)

ኣብዚ ኸነትዚ ትርጒም ቍጽሪ 1 ዝበለጸት ትርጒም ትህብ። እቲ ደራሲ፡ እዞም ዘይበሰሉ ኣመንቲ እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ክርስትና ኺመሃሩ ኸም ዜድሊ የረጋግጽ (ትርጒም ቍጽሪ 1)። ኣብ እብ፡ 6፡ 1 ግን ትርጒም ቍጽሪ 2 ዝበለጸት ትገጥም። ምኽንያቱ እብ፡ 6፡ 1 - 2 ምስ ትምህርቲ ክርስትና ዘይኮነስ ምስቲ ገዲፎሞ ኪስጒሙ ዘሎዎም ትምህርቲ ኣይሁድ ይዛመድ። ኣብዚ እታ ናይ ግሪኽ ቃል "ስቶኪያ" ትብል። ኣብ እብ፡ 6፡ 1 ግን "ኣርቼ" እያ (ናይ እብ፡ 3፡ 14 ፍሉይ ኣርእስቲ "ኣርቼ" ተመልከት)።

▣ **"ቃል ኣምላኽ"** እቲ ኣበሃህላዚ ኣብ ግብ፡ 7፡ 38ን ሮሜ፡ 3፡ 2ን ንናይ ብሉይ ኪዳን ሓቅታት ንምግላጽ ኣገልጊሉ ንረኽቦ።

▣ **"ጸባ... ዕጹም ብልዒ"** ክልቲኦም እዚኣቶም ብእግዚኣብሄር ዝተዋህቡን ኣብ ገግዜኦም ኣድለይትን እዮም። ግናኸ፡ ጸባ ነቶም ብሱላት ኣየድልዮምን እዩ (1ቆሮ፡ 3፡ 2፥ 2ጴጥ፡ 2፡ 2)።

5፡ 13 **"ናይ ጽድቂ ነገር"** እቲ ኣብዚ ዚለዓል ናይ ኣተረጓጒማ ሕቶ፡ ከመይ ኢሉ እዩ ሓረግዚ ምስቲ ኣብ ጥቕሲ 14 ዘሎ "ጽቡቕን ክፉእን" ዚዛመድ? ገለ ትርጒማት ነዚ ሓረግዚ ምስ ሰረተ እምነት ወይ ትምህርቲ የተሓሕዝዎ፡ ምስ "ትምህርቲ እቲ ዜድሕን ቅንዕና" የዛምድዎ። ካልኦት ትርጒማት ከኣ "ቅኑዕን ጌጋን" (ጥቕሲ 13)፡ "ጽቡቕን ክፉእን" (ጥቕሲ 14) ኢሎም ይትርጒምዎ። እቲ ቐዳማይ ሓረግ ነቲ ናይ ዘይምብሳል ሽግር ይገልጽ፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ ናይ ስጒምቲ ዘይምውሳድ ወይ ከኣ ናይ ዋሕዲ ተመኩሮ ሽግር ይገልጽ።

እዚ ሓረግዚ፡ ኣንጻር እቲ ኣብ ጥቕሲ 12ን እብ፡ 6፡ 1ን ዘሎ "ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ቓልዑ" ኪኸውን ይኽእል። ብኡ ኣቢሉ ኸኣ ወንጌል ልዕሊ እቶም ኣብ እብ፡ 6፡ 1- 2 ዘሎዉ ትምህርቲ ኣይሁድን ኣንጻሮምን ከም ዝኾነ ይእምት።

ነቲ "ጽድቂ" ዚብል ቃል ንምጽናዕ ናይ እብ፡ 1፡ 9 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

5፡ 14 **"ብጹሓት"** እዚ ቓልዚ ምስቲ ኣብ እብ፡ 5፡ 9 ዘሎ "ፍጹም" ዚብል ቃል ካብ ሓደ ናይ ግሪኽ ሱር ዝፈልፈለ እዩ። "ቴሎስ" ብግሪኽ ብጹሕ፡ ንዝተመደበሉ ዕማም ዕጡቕ ማለት እዩ። ኣብ እብ፡ 7፡ 11 ዘሎ ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ። ሰብኣውነት የሱስ ናይ እሙንነትን ዕቤት ብጽሕናን ምልክት እዩ (ጥቕስታት 8 - 9)። ህይወት እቶም ነበብቲ ኸኣ ከምኡ እዩ ኪኸውን ዘሎዎ። እዞም ኣይሁድ ኣመንቲ ገለ መከራ ተሞኩሮም እዮም (እብ፡ 12፡ 4)፡ ግናኸ ናብቲ ተዛማዲ ዑቕባ ዚህቦም እምነት ኣይሁድነት ኣንሳሒቦም (ንድሕሪት ተመሊሶም፡ እብ፡ 10፡ 38)።

▣ **"ብምልማድ ንልቦናኦም ዜላምዱ"** እዚ ድሮ ዝተፈጸመ ተግባር እዩ ዜመልክት። ሓደ ምስ ህይወት ዝተወሃሃደ ተደጋጋሚ ተግባር እዩ። ምልምላድ ምሉእ (ፍጹም) ይገብር። ሓደ ዓይነት ግሲ ኣብ እብ፡ 12፡ 11 ብዛዕባ ደቀመዛሙርቲ ተጠቒሳ ኣላ።

**መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት**

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጒዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብኸሎ መዳዮም ንኽተስተብህለሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. ኣይሁድ፡ የሱስ ሊቀ ኻህናት ምዃኑ ምቕባል ዘሸገሮም ስለ ምንታይ እዩ?
2. ስቅያት ምስ ብጽሕና (ብስለት) እንታይ ዝምድና ኣሎዎ፡ ኣብ ህይወት የሱስን ኣመንቱን?
3. እዞም ነበብቲ መልእኽቲ እብራውያን ብጹሓት (ብሱላት) ከይኮኑ ዝገበርዎም ጽልዋታት እንታይ እዮም ነይሮም?

# እብራውያን 6

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

***ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ***

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እትካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጕም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።

1. ቀዳማይ ምዕራፍ
2. ካልኣይ ምዕራፍ
3. ሳልሳይ ምዕራፍ
4. ወዘተ…

***ናይቲ ሃዋህው (ኩነታት) መረዳእታ***

*ሀ*. ብሰንኪ እቶም ኣብ እብ፡ 6፡ 1 - 3 ዘሎዉ "ንሕና"፡ "ንዓና" ዜስምዑ መልእኽትታት፡ ኣብ እብ፡ 6፡ 9 - 11 ዘሎዉ "ንሳቶም"፡ "ንዓኣቶም" ዜስምዑ ሓሳባት፡ ኣብ እብ፡ 6፡ 9 - 12ን እብ፡ 5፡ 11 - 12ን ዘሎዉ "ንስኻትኩም" ዚብሉ ጥቕስታት፡ ኣብ እብ፡ 6 ዘሎዉ ተቐበልቲ መልእኽቲ ኽልተ በበይኖም ጕጅለታት እዮም ኢለ እኣምን። ንሳቶም ከኣ ኣመንቲ ኣይሁድን ዘይኣመንቲ ኣይሁድን እዮም። እቶም ኣብ እብ፡ 6፡ 1 - 2 ዘሎዉ መሰረታውያን ሰረታት እምነት ክርስትያናዊ ዘይኮነስ ኣይሁዳዊ ተፈጥሮ ዘሎዎም እዮም። ስለዚ ምስ እምነት ኣይሁድ ዚዛምዱ ሓቅታት እዮም ዘርእዩ። ሰለስተ ጕጅለታት ተጠቒሶም ኣሎዉ።

1. እቲ ደራስን እቶም ዚልእከሎም ዘሎዉ ሕብረትን ("ንሕና"፡ "ንዓና" ዘስምዑ ጥቕስታት እብ፡ 6፡ 1 - 3፤ 9፥ 5፡ 11)
2. ዘይኣመንቲ ኣይሁድ ("ንሳቶም"፡ "ንዓኣቶም" ዘስምዑ ጥቕስታት እብ፡ 6፡ 4 - 8)
3. ኣመንቲ ኣይሁድ ("ንስኻትኩም" ዘስምዑ ጥቕስታት እብ፡ 6፡ 9 - 12፥ እብ፡ 5፡ 11 - 12)

*ለ*. እቲ መልእኽቲ ንመን ከም ዚምልከት ብዙሓት ክልሰ ሓሳባት ኣሎዉ።

1. እቲ መልእኽቲ ብሓሳብ ጥራይ ዝተገብረ ንኽዉን ኩነታት ዘይምልከት ግምት እዩ (ከምቲ ኣብ እብ፡ 6፡ 6 ዘሎ "እንተ" ዚብል ቃል)
2. ንዘይኣመንቲ ኣይሁድ እዩ ዚምልከት
3. ንናይ እምነት ክሕደት እዩ ዚገልጽ (ኣመንቲ ኣይሁድ ኣብ ክንዲ ኣብ እምነት ኣብቲ መሲህ ዝኾነ የሱስ ዚጸንዑ፡ ናብ ናይ ብሉይ ኪዳን ተስፋን ስርዓትን ኪምለሱ ስለ ዝደለዩ)
4. ንናይ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ኩነታት ጥራይ እዩ ዚምልከት (እቲ ታሪኻዊ ኹነታት ናይ ኣመንትን ዘይኣመንትን ኣይሁድ ናይ ቤት መቕደስ ኣምልኾ ስለ ዝኾነ)
5. ንናይቲ እዋን ኣመንቲ ዘይኮነስ  ንናይ ብሉይ ኪዳን ናይ ዘይምእማን ኣብነታት ይትንክፍ

ሐ. ናይ እብ፡ 6፡ 1 - 2 መጠንቀቕታታት ምስቶም ኣቐዲሞም ዝተዋህቡ መጠንቀቕታታት ዝተዛመዱ እዮም። ዕላማኦም ከኣ

1. ጥፍኣት ንምውጋድ፡ እብ፡ 2፡ 1
2. ኣንጻር ብፍቓድካ ዚግበር ዘይምእዛዝ (ከም ናይ ብሉይ ኪዳን እስራኤላውያን) መጠንቀቕታ ንምሃብ፡ እብ፡ 3፡ 12 - 19
3. ብዛዕባ ዘይበሰሉ ኣመንቲ መጠንቀቕታ ንምሃብ፡ እብ፡ 5፡ 11 - 14

መ. ኣብ ናይ ሎሚ ቤተ ክርስትያን ዘሎዉ "ሓንሳብ ዝደሓነ ንዘለኣለም ድሒኑ"፡ "ድሒኑ፡ ወዲቑ፡ ከም ብሓድሽ ምድሓን ረኺቡ"፡ "ሓንሳብ ጥፉእ፡ ንዘለኣለም ጥፉእ" ዚብሉ ኽትዓት ኣብዞም ዚስዕቡ ዝንባለታት ይዝንብዩ፡

1. ውሱናት ጥቕስታት ምጥቃም
2. ስነ-መጎታዊ መደምደምታ ምውሳድ (ንርትዒ ልዕሊ ቓል እግዚኣብሄር ምርኣይ)
3. መትከላዊ (ወገኑ ዘፍለጠ) ስነ-መለኮታዊ ትምህርቲ ምስዓብ (ካልቪኒዝም፡ ኣርመንያኒዝም፡ ዲስፐንሰንሽናሊዝም ወዘተ)

ሠ. ብዛዕባ እምነቶም ሽግር ናይ ዘሎዎም ሰባት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሓት ኣብነታት ኣሎዉ (ናይ እብ፡ 6፡ 5 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ)። ግናኸ ንኹሎም ዚኸውን ቀሊል መልሲ የልቦን።

1. ኣመንቲ ንኣገልግሎት ዘይብቑዓት ይኾኑ
   ሀ. ስጋውያን ወይ ሰነፋት ክርስትያናት መራሕቲ (1ቆሮ፡ 3፡ 10 - 15)

   ለ. ህጻናት ክርስትያናት (እብ፡ 5፡ 11 - 14)

   ሐ. ዝተገለፉ ወይ ዝተኸልከሉ ክርስትያናት (1ቆሮ፡ 9፡ 27)

   መ. ዘይንቡራት ክርስትያናት (1ጢሞ፡ 1፡ 19 - 20)

   ሠ. ዘይፈርዩ ክርስትያናት (2ጴጥ፡ 1፡ 8 - 11)

2. ዘይሓቀኛ ናይ እምነት ኣዋጅ
   ሀ. ምስላ ዘራኢ (ማቴ፡ 13፥ ማር፡ 4)

ለ. ምስ ኅይታ ናይ ህይወት ዝምድና ዘይብሎም ፍረታት (ማቴ፡ 7፡ 21 - 23)

ሐ. ናይ ሓሶት መምህራን (1ዮሃ፡ 2፡ 18 - 19፥ 2ጴጥ፡ 2፡ 1 - 19)

3. ዳርጋ ምስ ክሕደት እምነት ዚቕጸር
   ሀ. ሳኦል (ብሉይ ኪዳን)

   ለ. ይሁዳ (ሓድሽ ኪዳን)

   ሐ. ናይ ሓሶት መምህራን (2ጴጥ፡ 2፡ 20 - 22)

   መ. ዳሕረዎት ተርጎምቲ (ራእ፡ 22፡ 19)

**ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ**

**እብ። 6። 1 - 8**

**"ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሓዲግና። ብንስሓ ኻብ ምዉት ግብሪ። ብእምነት ብኣምላኽ። ብትምህርቲ ጥምቀት። ብምንባር ኣእዳው። ብትንሳኤ ምዉታት። ናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ፣ ኣምላኽ እንተ ፈቒዶስ። ነዚ ድማ ክንገብሮ ኢና፣ ነቶም ሓደ ጊዜ ብርሃን ዝበርሃሎም እቲ ሰማያዊ ውህበት ከኣ ዝጠዓሙ። ተማቕልቲ መንፈስ ቅዱስውን ዝኾኑ። እቲ ሰናይ ቃል ኣምላኽን ሓይሊ እታ እትመጽእ ዓለምን ከኣ ዝጠዓሙ። እንተ ወደቑ። ንወዲ ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ንርእሶም ስለ ዚሰቕልዎ ብግህዶውን ዜላግጹሉ ስለ ዝኾኑ። ከም ብሓድሽ ንንስሓ ኺሕደሱ ኣይከኣሎምን እዩ፣ እታ ብዙሕ ጊዜ ነቲ ኣብኣ ዝወረደ ዝናም ዝሰተየት ምድሪ ነቶም ብዛዕባኦም ዚሓርስዋ ዚጠቅም ፍረ እንተ ሃበቶም። ካብ ኣምላኽ በረኸት ትረክብ እያ፣ እሾኹን ዳንዴርን እንተ ኣብቀለት ግና። ንቅፍትን ጥቓ መርገምን እያ፣ መወዳእታኣውን ምንዳድ እዩ፣"**

**እብ፡ 6፡ 1 - 2**

እዚ ናይ ሰረታት እምነት ዝርዝር ኣብ ኣይሁድነትን ክርስትናን ዘሎዉ ናይ ሓባር ጉዳያት ዚምልከት እዩ። ግናኸ እዞም ሰረታት እምነት ብቐንዱ ኻብ ኣይሁድነት ዝፈልፈሉ እዮም (ምሕጻብን ምንባር ኣእዳውን)። ኣመንትን ዘይኣመንትን ኣይሁድ ብቐሊሉ ዝሰማምዑሎም ሰረታት እምነት እዮም። ነቲ ብትንቢት ዝተነግረሉ መሲህ የሱስ ናዝሬታዊ ዚምልከቱ ኣገደስቲ ናይ ስነ-መለኮት ጉዳያት ኣይኮኑን።

እቲ ኣብታ ቐዳመይቲ ሓረግ ዘሎ "ኣርቶ" (መጀመርታ ነገሩ)፡ "ናይ መሲህ መበቆል (መጀመርታ)" ተባሂሉ ኺትርጎም ኣሎዎ ዚብል ዘእምን ሓሳብ ኣሎ (ኤ. ቢ. ብሩስ፡ *ዘ ኢፕስትል ቱ ዘ ሂብሪውስ* ገጽ 197)። ገለ ጕጅለ ኣይሁድ ኣመንቲ በቲ እናዓበየ ዚኸይድ ዝነበረ ናይ ኣህዛብ ምጽንባር ናብ ክርስትና፡ ካብ ዝጸንሖም ርድኢት ብምብርባር የሱስ ከመይ ኢሉ ንትንቢትን ትጽቢታትን ሓድሽ ኪዳን ይፍጽሞ ኢሎም ኪጠራጠሩ ጀሚሮምዶ ይኾኑ? እቶም ዝተዘርዘሩ ናይ ኣይሁድ ሰረታት እምነት፡ ኣብ ክንዲ የሱስ ናብ ሕጊ ሙሴ ናይ ምምላስ ዝንባለ ዘመልክት ዝርርብዶ ኪኾኑ ይኽእሉ?

**6፡ 1 "ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ"**

እቲ "ኣርቸ" ዚብል ናይ ግሪኽ ቃል ሰፊሕ ናይ ትርጕም ዓውዲ ዘሎዎ እዩ (ናይ እብ፡ 3፡ 14 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት)። እቲ መሰረታዊ ዕላማ ናይ ሓደ ነገር ምጅማር እዩ (ናይ ስልጣን ወይ ሕጊ መበገሲ)። እዚ ኣንጻር "ተለዮስ" (ኣብ እብ፡ 6፡ 2 "ፍጻሜ" ተባሂሉ ዘሎ) እዩ።

እዚ ሓረግዚ ንምርዳእ ዘሸግረሉ ምኽንያት፡ እቶም ኣብ እብ፡ 6፡ 1 - 2 ዘሎ' መምርሒታት ካብ ምስቲ መሲህ ዝያዳ ምስ ያታዊ ምህሮታት እምነት ኣይሁድ ዝተዛመዱ ስለ ዝኾኑ እዩ። እዚ እምበኣር መልኽእቲ እብራውያን ኣመንትን ዘይኣመንትን ኣይሁድ ናብ ዝነበሩሉ ቤት መቕደስ (እብ፡ 10፡ 25) ዝተጻሕፈ እዩ ንምባል ግምት ዚህብ ጽሑፍ እዩ (ኣር. ሲ. ግረይዝ፡ *ኖ ኢዚ ሳልሽሽን*)።

▣ **"ንሕለፍ"** እዚ ኪኸውን ዘሎዎ ተግባር ዘመልክት ሰዋስው እዩ። እቲ ኣትኩሮ፡ ካብ መለኮታዊ ሓይሊ ዚመጽእ ዘየቋርጽ ጸጋ ንምግላጽ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ኬነቓቕሖም እንተ ፈቒዶሙሉ ናብ ፍጻሜ (ብስለት) ኪስጕሙ እዮም። እዚ ናይ ግሪኽ ቃልዚ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ፓይታጎራስ ዝኾኑ ፍላስፋታት ግሪኽ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንቕሓት ንምስጋር ዚጥቀሙሉ ዝነበሩ ቓል እዩ (ኤ. ቲ. ሮበርትሰን፡ *ዎርድ ፒክቸርስ ኢን ዘ ኒው ተስታመንት* ገጽ 373)።

▣ **"ፍጻሜ"** እዚ ሓደ ቕርጺ ናይቲ *ተለዮስ* ዚብል ናይ ግሪኽ ቃል እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ከኣ ኣብዚ ጥራይ እዩ ኣገልጊሉ ዘሎ። ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት። ናይቲ ኣብ እብ፡ 6፡ 1 ዘሎ "ኣርቸ" (*መጀመርታ ነገሩ*) ኣንጻር እዩ። እዞም ኣመንቲ፡ ክንዮ እቶም ምስቶም ኣይሁድ ብጾቶምን ምሳታቶም ዘምልኹ ሃይማኖተኛታትን ዚካፈልዎም ናይ ሓባር ስነ-መለኮታዊ መምርሒታት ሰጊሮም ኪኸዱ ኣሎዎም።

▣ **"ብንስሓ... ብእምነት"** እዚኣቶም ናይ ብሉይን ሓድሽን ኪዳናት ግዴታታት እዮም። እቲ ሓደ ውድቀት የመልክት፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ ምህናጽ። ንስሓ ብሰንኪ እቲ ኣብ ትርጕሙ ዘሎ ምድንጋር ኣሸጋር ኣርእስቲ እዩ። እቲ ናይ እብራስጢ ትርጕሙ ናይ ተግባር ለውጢ ይገልጽ፡ እቲ ናይ ግሪኽ ትርጕሙ ግን ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ የመልክት። ንስሓ ኻብ ስሱዕን ብገዛእ ርእስኻ ዚምራሕን ህይወት ናብ ፍቕሪ ኣምላኽን ኣምላኽ ዚመርሖ ህይወትን ምልዋጥ እዩ።

1. የሱስ ንዘይምንሳሕ ምስ ጥፍኣት ኣተኣሳሲርዎ (ሉቃ፡ 13፡ 3፤ 5 ከምኡውን 1ጴጥ፡ 3፡ 9)
2. ንስሓ ግድነታዊ መኻይዲ እምነት እዩ (ማር፡ 1፡ 15፤ ግብ፡ 2፡ 38፤ 41፤ 3፡ 16፤ 19፤ 20፡ 21)
3. እግዚኣብሄርውን ናይ ንስሓ ምንጪ ኸም ዝኾነ ተረጋጊጹ ኣሎ (ግብ፡ 5፡ 31፤ 11፡ 18፥ 2ጢሞ፡ 2፡ 25)

**6፡ 2 "ብትምህርቲ ጥምቀት"** እቲ ጥምቀት ዚብል ቃል ድርብ (ብዙሕ) እዩ። ናይ ሓድሽ ኪዳን ክርስትያናዊ ጥምቀት ዜመልክት ከኣ ኣይኮነን። ናይ ብሉይ ኪዳን ሃይማኖታዊ ጽሬት ወይ ምሕጻብ (ማር፡ 7፡ 4፥ እብ፡ 9፡ 10) ዜመልክት እዩ። እዞም በብጽምዲ ተጻሒፎም ዘሎዎ ሰለስተ ሰረታት እምነት ብፍሉይ ንእምነት ክርስትና ጥራይ ዚብጽሕዎ ኣይኮኑን። እምነት ክርስትና ምስ ሃይማኖት

*ኣይሁድ ዘሎውዎ ናይ ሓባር ሰረታት እምነት ይመስሉ። ብፍላይ እቶም ፈሪሳውያን ምስ ክርስትና ዚሰማምዑሎም መትከላት እዮም።*

▣ ***"ብምንባር ኣእዳው"*** *እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን በበይኖም ስምዒታት ንምግላጽ ኣገልጊሉ ኣሎ። ሕብረት ምስዞም ዚስዕቡ የመልክት፡*

1. ***ንሓደ ሰብ ንፍሉይ ዕዮ ኣምላኽ ምምዳብ*** (**ዘሁ፡** 27፡ 18፤ 23፥ **ዘዳ፡** 34፡ 9፥ **ግብ፡** 6፡ 6፤ 13፡ 3፥ 1ጢሞ፡ 4፡ 14፤ 5፡ 22፥ 2ጢሞ፡ 1፡ 6)
2. ***ሕብረት ምስ መስዋእቲ***
   ***ሀ. ካህን*** (**ዘጸ፡** 29፡ 10፤ 15፤ 19፥ **ዘሌ፡** 16፡ 21፥ **ዘሁ፡** 8፡ 12)

   ***ለ. ተራ ሰባት*** (**ዘሌ፡** 1፡ 4፤ 3፡ 2፤ 8፤ 4፡ 4፤ 15፤ 24፥ 2ዜና፡ 29፡ 23)
3. ***ሕብረት ምስ ናይ ዳርባ እምኒ ግዳይ*** (**ዘሌ፡** 24፡ 14)
4. ***ምእንቲ በረኸት ምጽላይ*** (**ማቴ፡** 19፡ 13፤ 15)
5. ***ምእንቲ ፈውሲ ምጽላይ*** (**ማቴ፡** 9፡ 18፥ **ማር፡** 5፡ 23፤ 6፡ 5፤ 7፡ 32፤ 8፡ 23፤ 16፡ 18፥ **ሉቃ፡** 4፡ 40፤ 13፡ 13፥ **ግብ፡** 9፡ 17፤ 28፡ 8)
6. ***መንፈስ ቅዱስ ንምቕባል ምጽላይ*** (**ግብ፡** 8፡ 17 - 19፤ 19፡ 6)

▣ ***"ብትንሳኤ ምዉታት፡ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲ"*** *ፈሪሳውያንን እቶም ኣብ ብራናታት ምዉት ባሕሪ ዘሎዉ ኢሰን ዚብሃሉ ማሕበረሰብን ነዚዎም ኣብ እምነት ክርስትና ዘሎዉ ናይ መወዳእታ ዘመን ኣርእስትታት ይኣምኑሎም ነበሩ።*

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ዘለኣለም**

*ሮበርት ቢ. ገርድልስቶን ኣብታ ሲኖኒምስ ኣቭ ዘ ኦልድ ተስታመንት እትብል መጽሓፉ ብዛዕባ እዛ "ዘለኣለም" እትብል ቃል ግሩም ርእይቶ ኣሎዎ።-*

*"እታ 'ኣዮንዮስ' እትብል ቅጽል ኣብ ሓድሽ ኪዳን ልዕሊ ኣርብዓ ግዜያት ምስ ዘለኣለማዊ ህይወት ተኣሳሲራ ተጻሒፋ ኣላ፣ እዚ ዘለኣለማዊ ህይወት ብኸፊል ናይ ሕጂ ህያብ። ብኸፊል ከኣ ናይ መጻኢ ተስፋ ማለት እዩ፣፣ ኣብ እብ።* 9። 12፤ 13፤ 20 *ንናይ ሞት ክርስቶስ ዘለኣለማዊ ብቑዕነት* (*ውጽኢታውነት*)*። ከምኡውን ኣብ ሮሜ።* 16። 25፥ 2ጢሞ። 1። 9፥ *ቲቶ።* 1። 2 *ንሕሉፍ ዘመናት ንምግላጽ ትጠቅም፣*

እዛ ቓልዚኣ ነዞም ዚስዕቡ ሓሳባት ንምምልካት ተገልግል እያ።- ዘለኣለማዊ ሓዊ (ማቴ። 18። 8፤ 25፤ 41፥ ይሁ። 7)። ዘለኣለማዊ መቕጻዕቲ (ማቴ። 25። 46)። ዘለኣለማዊ ፍርዲ ወይ ኵነኔ (ማር። 3። 29፥ እብ። 3። 2)። ዘለኣለማዊ ጥፍኣት (2ተሰ። 1። 9)፣ ኣብዘን ንባባት እዚኣተን እታ ቓል መደምደምታ ተመልክት፣ እዞም ፍርድታት እዚኣቶም ምስ ፈሰሱ። ናይ ምዕዛብ ወይ ናይ ለውጢ ወይስ ዕድልካ ደጊምካ ናይ ምርካብ ኣጋጣሚ ንሓንሳብን ንሓዋሩን የብቅዕ፣ ብዓይኒ ዘለኣለማውነት ብዛዕባ መጻኢ። ብዛዕባ ርክብ ሰብ ምስ ካልኦት ፍጥረት። ናይ ዘይምእማን ሞራላዊ ተሓታትነት እንፈልጦ ቍንጣሮ እዩ፣ ብሓደ ሸነኽ ናብ ቃል እግዚኣብሄር ገለ ምውሳኽ ግጉይ እንተ ደኣ ኮይኑ። በቲ ኻልእ ሸነኽ ከኣ ከነጉድል ኣይግብኣናን፣ ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ተጻሒፉ ዘሎ ናይ ዘለኣለማዊ ቕጽዓት ትምህርቲ ኣጽኒዕና እንተ ዘይ ሒዝናዮ። ናብቲ ብክርስቶስ የሱስ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ዘግሃደ ወንጌል ብምጥባቕ። ክንርድኦ ዘይንኽእል ጸልማት ሕሉፍ ታሪኽ ከምዘሎ እናተረዳእና። ንእግዚኣብሄር ብምጽባይ ዕጉባት ክንክውን ኣሎና" (ገጽ። 318 - 319)፣

6፡ 3 **"እንተ"** እዚ ሳልሳይ ደረጃ ኹነታዊ ኣበሃህላ እዩ። ተኽእሎ ዘሎዎ ወይ ከኣ ኪግበር ዕቑር ዓቕሚ ዘሎዎ ተግባር ከኣ የመልክት። እንተ ደኣ ተሰማሚያም እግዚኣብሄር ፍቓደኛ ምዃኑ ይገልጽ።

6፡ 4 - 6ሀ **"ብርሃን ዝበርሃሎም፡...ዝጠዓሙ፡... ተማቕልቲ... ዝጠዓሙ፡... እንተ ወደቑ"** እዞም ግስታት ሕሉፍ ተግባር እዮም ዜንጸባርቑ። ኣብ ጥቕሲ 6ለ ግን ንህሉው ግዜ ዜመልክቱ ግስታት ይርከቡ። እዚኣቶም ኣዝዮም ተረርቲ ሓሳባት እዮም። እቲ ትርጉም ንጹር እዩ፡ ክሳዕ ገለ ደረጃ ፍልጠት እግዚኣብሄር ነይርዎም፡ ምሉእ እምነት ኣብ ክርስቶስ ግን ነጺጎም። ግናኸ ኺምርምሩ ዘሎዎም ክልተ ኹነታዊ ጕዳያት ኣሎዉ፡- 1. ህላወ ሰለስተ ጕጅለታት (ንሕና ዜስምዑ ጥቕስታት 1 - 3፡ "ነቶም" ኣብ ጥቕስታት 4 - 8፡ ንስኻትኩም ዜስምዑ ጥቕስታት 9 - 12) 2. ናይቶም ኣብ ጥቕስታት 6 - 12 ዘሎዉ ኣይሁዳዊ ባህሪ ዘሎዎም ሰረታት እምነት። እዚኣቶም ኣመንትን ዘይኣመንትን ኣይሁድ ሓቢሮም ዜምልኹሉን ዜጽንዑሉን ቤት መቕደስ የመልክቱ። እቶም ዘይኣመንቲ ኣይሁድ ኣብ ቃል ኣምላኽን ኣብቲ ምስክርነትን ልዉጥ ህይወትን እቶም ኣመንቲ ዝኾኑ ኣይሁድ ኣዕሩኾም ሓይልን ክብርን ሓቅን ወንጌል ብንጹር ርእዮምዎ እዮም።

ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ክልተ መጠንቀቕታታት ዘሎዉ ይመስሉ፡- 1. እቶም ኣመንቲ ኣይሁድ ምስታ መከራ እትጸግብ ዝነበረት ቤተ ክርስትያን ስምረቶም ከረጋግጹን ናብ ኣይሁዳውነት ከይምለሱን 2. እቶም ዘይኣመኑ ኣይሁድ ንክርስቶስ ኪቕበሉ። ብብዙሕ መገድታት እቲ ቐዳማይ መጠንቀቕታ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ጥራይ ዚርከብ መጠንቀቕታ እዩ። እቲ ኻልኣይ ግን ምስቲ ኣብ ወንጌላት ዘሎ ናይ ፈሪሳውያን ዘይሕደግ (ይቕረ ዘይበሃሎ) ሓጢኣትን ኣብ 1ዮሃ ዘሎ ናብ ሞት ዜብጽሕ ሓጢኣት መምህራን ሓሶትን ይመሳሰል።

6፡ 5 **"ሓይሊ እታ እትመጽእ ዓለም"** ካልእ ኣብነት ናይቶም ሓይሊ እታ እትመጽእ ዓለም ጥዒሞም ዝጠፍኡ ሰባት ኣብ ማቴ፡ 7፡ 21 - 23 ይርከብ። እዚኣቶም እቲ ግድነታዊ ናይ ህይወት ዝምድና ምስ ክርስቶስ ዘይብሎም ክነሶም ሓይሊ ዝነበሮም እዮም። እዚ ነቲ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ (ኣብ ወንጌላት)፡

ስምኦን (ኣብ ግብሪ ሃዋርያት)፡ መምህራን ሓሶት (1ዮሃ፡ 2፡ 18 - 19)። ናይ እብ፡ 1፡ 2 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ **"(እንተ) ወደቑ"** እዚ ብቛንቋ ግሪኽ ኣብ ሕሉፍ ዝጀመረ ገና ዚቕጽል ዘሎ ኪኸውን ዚኽእል ኣበሃህላ እዩ። ናይቲ ኣብ ጥቕሲ 4 ዝጀመረ ናይ ግሪኽ ሓሳብ ዝለዓለ ጫፍ እዩ። ናይ እብ፡ 3፡ 12 ፍሉይ ኣርእስቲ፡ ክሕደት እምነት ተመልከት።

6፡ 6 **"እንተ"** እዚ ቓልዚ ሓደ ቕልል ዝበለ ኸነታዊ ኣበሃህላ ድዩ ወይስ ጎኒ ጎኒ ጥቕሲ 4 ዝቖጸለ ሓሳብ፡ ኣብ መንጎ ናይ ቋንቋ ግሪኽ ምሁራት ክትዕ ኣሎ። እቶም ኩነታዊ ኣበሃህላ እዩ ዚብሉ ሓደ ስነ-መለኮታዊ ዕላማ ኣሎዎም። ዕላማኦም ድማ ጥቕሲ 6ሀ፡ ናይ ሓቂ ዘጋጠመ ኸነት ዘይኮነስ ኣብነት ኪኸውን ብሓሳብ ዝቐረበ ግምት እዩ ንምባል እዩ። ግናኸ እቶም ናይ ሰዋስው ኣገባባት እቲ ኸነት ብሓቂ ዘጋጠመ ኸም ዝኾነ ይእምቱ።

1. እቶም ተደጋገምቲ ናይ ሕሉፍ ግዜ ግስታት (ተግባር ዚገልጹ ቓላት) ከም በዓል ዝበርሃሎም፡ ዝጠዓሙ፡ ተማቕልቲ፡ ዝጠዓሙ
2. ኣብተን ናይ መወዳእታ ሰለስተ ሓረጋት ዘላ "ን" (መተኣሳሰሪት)
3. "ነቶም" እትብል ቃል፡ እዛ ኣብ መእተዊ ጥቕሲ 4 ዘላ ቓልዚኣ ንተባዕታይ ድርብ ስም ተመልከት፡ ምስቶም ኣብ ጥቕስታት 4 - 6 ዘሎዉ ግስታት ከኣ ትዛመድ።

▣ **"ኣይከኣሎምን" (ጥቕሲ 6)**፡ እዚኣ ብግሪኽ 'ዱናቶስ' (ከኣለ) ኻብ ዚብል ቃል ዝወጸት እያ። ኣብ ግሪኽ ኣልፋ ብቕድሚት ምስ ተወሰኸ ዘይምኽኣል ትኸውን። እዞም ክልተ ቓላት ነቲ እግዚኣብሄር ዚገብሮን ዘይገብሮን ንምእማት ይጠቕማ። ኣብቶም ኣብ ግብጺ ዝተረኽቡ ናይ ቋንቋ ግሪኽ ጻጻሮስ (ከም ብራና ዜገልግሉ ሰቲ) እዚ 'ዱናቶስ' ዚብል ቃል ነዞም ዚስዕቡ ሓሳባት ንምግላጽ ኣገልጊሉ ኣሎ 1) ንኺሰርሑ ዘይክእሉ ድኹማት ሰባትን 2) ኪምስክሩ ንዘይክእሉ መሰኻኽርን። ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ድማ ኣርባዕተ ግዜ ኣገልጊሉ ኣሎ።

1. "ንንስሓ ኺሕደሱ ኣይከኣሎምን" (6፡ 4)
2. "በተን ኣምላኽ ኪሕስወለን ዘይከኣል" (6፡ 18)
3. "ደም ኣብዑርን ድቤላታትን ሓጢኣት ኬርሕቕ ኣይከኣሎን" (10፡ 4)
4. "ብዘይእምነት ግና ንኣምላኽ ኬስምርዎ ኣይከኣልን" (11፡ 6)

ኣብ ነፍስወከፍ ኣብነት እታ ቓል ትርጕማ "ኣይከኣልን" ማለት እዩ። ስለዚ ኣብቲ ሎውን ኒዳን ዝጻሓፍዎ "ግሪክ ኢንግሊሽ ለክሲከን ኦቭ ዘ ኒው ተስታመንት" ዘርእስቱ መጽሓፍ፡ "ምስቶም ኣብ እብ፡ 5፡ 11 - 6፡ 12 ብዛዕባ ክሕደት ተጻሒፎም ዘሎዉ መጠንቀቕታታት ብምዝማድ እቲ ኣብ እብ፡ 6፡ 4 ዘሎ 'ኣዱናቶን' ዚብል ቃል ናይ ቃል ኣጋንኖ ኣብነት ይመስል" ዚብል ሓበሬታ ኣገራሚ ኾይኑ ንረኽቦ። እምበኣር እቲ ኣብ እብ፡ 6፡ 4 ዘሎ 'ኣዱናቶን' ኪትርጎም እንከሎ "ኣዝዩ ኣሸጋሪ" ኪኸውን ይኽእል (ገጽ 669)። እዚ ትርጕምዚ ኻብ ቋንቋዊ ኣተረጓጕማ ንላዕሊ ስነ-መለኮታዊ እዩ፡ ምኽንያቱ ብዘይካ ኣብዚ ኣብ ካልኦት ስፍራታት መልእኽቲ እብራውያን "ዘይከኣል" ተባሂሉ እዩ ተተርጕሙ ዘሎ።

*ነዚ ትርጕምዚ ኸም ዘሎዎ ኽንወስዶ ግና ሰጋእ የብለና። ምኽንያቱ እምነቶም ንዝሓደጉ ኣመንቲ እንተ ደኣ ኣመልኪቱ "ሓንሳብ ካብ እምነት ዝወጸ፡ ንዘለኣለም ወጸ" ናብ ዚብል ስነ-መለኮት ስለ ዚመርሕ። እቶም ኣንጻር ናይ እምነት ክሕደት ዜጠንቅቑ ኣብያተ ክርስትያናት ንስሓን ምሕዳስንውን ይምህሩ እዮም። እዚ ኸብ ኢሉ ዝተጠቕሰ መጽሓፍ ግን ነዚ መትከልዚ ኸም ዘይሰርሕ የምስሎ።*

*ብብዙሕ መዳያት ነቲ ኣተረጓጕማ መፍትሕ ዚኾነና እቲ ታሪኻዊ ኹነታቱ እዩ።*

1. *ክልተ ጕጅለታት ተዘንትዮም ስለ ዘሎዉ* (*ኣመንትን ዘይኣመንትን ኣይሁድ*)
2. *ሓደ ጕጅለ* (*ኣመንቲ ኣይሁድ ክነሶም ኣብ ብጽሕና ስለ ዘይበጽሑ ናብ ሕጊ ሙሴ ኺምለሱ ዝደናደኑ*)

*እዚ ናይቶም ኣብ መልእኽቲ ገላትያ ዘሎዉ ኣብ ናይ ብሉይ ኪዳን ስርዓታትን ኣብ የሱስን ኪኣምኑ ዝተሓብሉ ኣይሁድ ትምህርቲ ሓሶት ይመስል* (*ገላ*፡ 5፡ 4)።

▣ **"ኺሕደሱ"** *ብዛዕባዚ ነዚ ዚስዕብ ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።*

---

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ተሓደሰ (ኣናከይኖሲስ)**

*እዚ ናይ ግሪኽ ቃልዚ ኣብቶም ብዙሓት መልክዓቱ* (*ኣናከይኖ። ኣናከይኒዞ*)*። ክልተ መሰረታውያን ትርጕማት ኣሎውዎ፣*

1. "*ሓደ ነገር ሓድሽን ፍሉይን* (*ዝሓሸ*) *ምግባር*"- *ሮሜ*። 12። 2፥ *ቆሎ*። 3። 10
2. "*ንናይ ቀደም ቅቡል ነገር ለውጢ ምግባር*"- 2*ቆሮ*። 4። 16፥ *እብ*። 6። 4- 6
   (*ካብ ናይ ሎውን ኒዳን ግሪክ ኢንግሊሽ ለክሲከን*። *ቅጺ* 1። *ገጽ* 157*ን* 594*ን ዝተወስደ*)

   *ሙልቶንን ሚሊጋንን። ኣብቲ ዘ ቨካብለሪ ኦቭ ዘ ግሪክ ተስታመንት ዚብል መጽሓፎም። እዚ ኣናከይኖሲስ ዚብል ቃል ቅድሚ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ዝነበሩ ናይ ግሪኽ ጽሑፋት ኣይርከብን እዩ ነይሩ ይብሉ፣ ጳውሎስ ነዚ ቓልዚ ባዕሉ ምሂዝዎ ኪኸውን ይኽእል ይብሃል* (*ገጽ* 34)፣

   *ፍራንክ ስታግ። ኒው ተስታመንት ቲዮሎጂ ኣብ ዚብል መጽሓፉ ድማ ሓደ ሰሓቢ ዝኾነ ርእይቶ ኣሎዎ፣*

   "*ዳግም ልደትን ምሕዳስን እግዚኣብሄር ጥራይ ዚኽእሎም ተግባራት እዮም፣ እቲ 'ተሓድሶ* (*ምሕዳስ*)' *ዚትርጎም 'ኣናከይኖሲስ' ናይ ተግባር ስም እዩ፣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ከኣ ምስቶም ናይ ግሲ መልክዓቱ። ቀጻሊ ምሕዳስ ንምምልካት የገልግል፣ ንኣብነት ኣብ ሮሜ*። 12። 2 '*ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ*'፥ *ኣብ* 2*ቆሮ*። 4። 16 '*እቲ ውሽጥና ኣብ*

ጸጽባሕ ይሕደስ ኣሎ'፣ ቆሎ። 3። 10 ነቲ 'ሓድሽ ሰብ' "ከምቲ ምስሊ እቲ ዝፈጠሮ...። ነቲ ንፍልጠት ዚሕደስ ሓድሽ ሰብ" ኢሉ ይገልጾ፣ ስለዚ እቲ 'ሓድሽ ሰብ'። 'ምሕዳስ ህይወት' 'ዳግም ልደት' ወይ ከኣ 'ተሓድሶ' እናተባህለ ብበበይኖም መጸውዒታት እንተ ተመልከተ። ካብ እግዚኣብሄር እዩ ዚብገስ። ብእኡ በቲ ወሃብን ሓብሓቢን ህይወት ዘለኣለም ዝኾነ እግዚኣብሄር ከኣ ይቐጽል" (ገጽ 118)፣

"(ንወዲ ኣምላኽ) ከም ብሓድሽ ንርእሶም ስለ ዚሰቕልዎ" እቲ ናይ ግሪኽ ድርብ ቃል 'ኣናስታውሩ' ትርጕሙ "ሰቐለ (ብምስማር ሰመረ)"፡ ወይ ከኣ "ከም ብሓድሽ ሰቐለ" ማለት እዩ። ባውር፡ ኣርንድት፡ ጊንግሪችን ዳንከርን ኣብ ዘዳለውዎ *ዘ ግሪክ-ኢንግሊሽ ለክሲከን ኦቭ ዘ ኒው ተስታመንት፡* "ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ኣብ ዘሎ ግሪኽ፡ እዚ ቓልዚ ኩሉ ግዜ 'ሰቐለ' ማለት እዩ" (ገጽ 61) ይብል። ተርቱልያን ካብዚ ቓልዚ ተበጊሱ፡ ድሕሪ ጥምቀት ዝገበርካዮ ሓጢኣት ኣይመሓርን እዩ ይብል ነበረ።

እቶም ቀዳሞት ናይ ቋንቋ ግሪኽ ኣቦታት ነዚ ኹነትዚ ተረዲኦሞ ነበሩ፡ እቲ 'ኣና' ዚብል ቃል ዝተወሰኾ ድርብ ቃል ከኣ 'ከም ብሓድሽ ሰቐለ' ዚብል ትርጕም ከም ዘሎዎ ተገንዘቡ። እዚ ብመጽናዕቲ ስነ-መለኮት ከመይ ኢሉ ምስ ክሕደት ይዛመድ? ንኣመንቲ እዩ ዜመልክት። ግናኸ እቲ 'ብውልቂ ሰቐለ ወይ ሰመረ' ዚብል ተሪር ትርጕሙ እንተ ወሰድና፡ ንዘይኣመንቲ እዩ ኼመልክት ዚኽእል። ተርጎምቲ፡ ስነ-መለኮታዊ ዝንባለታቶም ወይ ከኣ ኣገባባቶም ዘይኮነስ እቲ ጥቕሲ ባዕሉ ኺዛረብ ኪሓድግዎ ኣሎዎም። እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጥቕሲ ግን ብዘየማትእ መገዲ ምትርጓሙ ዜሸግር እዩ። ነዞም ዚስዕቡ ኽይተወከስና፡ እቲ ጥቕሲ ትርጕሙ ወይ ዘይትርጕሙ እንታይ ምዃኑ ኽንፈልጦ እንኽእል ይመስለና። እቶም ክንውከሶም ዘሎና ምንጭታት፡-

1. ነቲ መልእኽቲ (መጽሓፍ) ብመላኡ
2. እቶም ኣርባዕተ መጠንቀቕታታት
3. እቲ ፍሉይ ኵነት

ነቶም ጥቕስታት ብዝደለናዮ መገዲ ንተርጕሞም ብዘየገድስ፡ እቶም መጠንቀቕታታት ከበድቲ እዮም።

▣ **"ብግህዶውን ዜላግጹሉ"** እዚ ኣበሃህላዚ ኣብ ማቴ፡ 1፡ 19 ዮሴፍ ንማርያም ኬዋርዳ ዘይምድላዩ ንምግላጽ ኣገልጊሉ ኣሎ። እዚ ኣበሃህላዚ ኸመይ ኢሉ እዩ ምስቲ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ዛንታ ዚገጥም? ካብቲ ጥቕሲ ነቲ "ከም ብሓድሽ" ዚብል ሓረግ እንተ ገደፍናዮ፡ እቲ ጥቕሲ ናይ የሱስ ስቕለት "ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዝኾነ ውርደት" ገይሩ የረድኣና።

6፡ 8 እዚ ኻብ ዘፍ፡ 3፡ 17 - 19 ወይ ከኣ ኢሳ፡ 5፡ 1 - 2 ወይውን ካብ ናይ ማቴ፡ 13 ምስላ ዘራኢ ዝተወስደ መብርሂ እዩ። ፍረ ናይ ብቕዓ ሞያ ልሙድ መረጋገጺ እዩ። ምስ የሱስ ዘሎካ ሓቀኛ ምሕዝነት መረጋገጺኡ ብቕሊ ዘይኮነስ ፍረ (ዮሃ፡ 15፡ 5 - 6) እዩ። ፍረ ድማ ናብቲ ምሕዝነት ዜእቱ መሰጋገሪ ዘይኮነስ ምሕዝነት ከም ዘሎ ምስክር እዩ።

እብ። 6። 9 - 12

***"ኣቱም ፍቁራተይ። ኣምላኽ ነቲ ነቶም ቅዱሳን ዘገልገልኩምዎምን እተገልግልዎም ዘሎኹምን ግብርኹም ንስሙውን ዝገበርኩምዎ ፍቕርኹም ዚርስዕ ገፋዒ ኣይኮነን እሞ። ብኣኻትትኩምሲ። ከምዚ እኳ እንተ ተዛረብና። ዚሓይሽን ንምድሓን ብዚኸውንን ንእመን ኣሎና፣ ነቶም ብእምነትን ብትዕግስትን ነታ ተስፋ ዚወርስዋ ምእንቲ ኸትመስልዎም እምበር። ድንዙዛት ከይትኾኑስ። ነፍስ ወከፍኩም ክሳዕ መወዳእታ ንምምላእ ተስፋኡን ንምጽንዓን እዚ ትግሃት እዚ ኼርኢ። ንደሊ ኣሎና፣"***

9 ***"ፍቁራተይ"*** *እዚ ዓንቀጽዚ እቲ ጸሓፊ ነቶም ነበብቲ ዘሎዎ ብርቱዕ ፍቕርን ሓልዮትን የርኢ። ጥቕሲ* 12 *ኽልተ ነገራት ይጠቅስ፦* 1. *'ድሌት'፡ እዚ 'ብርቱዕ ድሌት' ተባሂሉ ኺትርጎም ኣሎዎ* 2. *'ነፍስወከፍኩም'፡ እዚ ቓልዚ ንነፍስወከፍ ዚኸውን ሓልዮት የመልክት።*

▣ ***"ብኣኻትትኩምሲ.... ዚሓይሽ... ንእመን ኣሎና"*** *እዚ ድሮ ዘሎ ናይ ብዙሓት ስምዒት ዜግህድ ኣበሃህላ እዩ። እቲ ጸሓፊ እቶም ነበብቱ ክርስትያናት ምዃኖምን ከምኡ ኾይኖም ከም ዚቕጽሉን ምትእምማን ነይርዎ። ብዛዕባቲ "ዚሓይሽ" ዚብል ቃል ናይ እብ፡* 7፡ 7 *ምሉእ ዝርዝር ርአ።*

▣ ***"ንምድሓን ብዚኸውን"*** *እዚ ናይ ግሪኽ ሓረግዚ ቓል ንቓሉ "ምድሓን ረኸበ" ማለት እዩ። ነቲ ናይ ጥቕሲ* 10 *"ዚሓይሽ" ዚብል ቃል ከኣ የብርሀ።*

6፡ 9 ***"ዚርስዕ"*** *ኣብ መወዳእታ እግዚኣብሄር ኣብዞም ዚስዕቡ ተመስሪቱ ብቕንዕና ኺፈርድ እዩ፦*

1. ***መጽሓፍ ህይወት*** (*ዘጸ፡* 32፡ 32- 33፥ *መዝ፡* 69፡ 28፥ *ዳን፡* 12፡ 1፥ *ሉቃ፡* 10፡ 20፥ *ፊሊ፡* 4፡ 3፥ *እብ፡* 12፡ 23፥ *ራእ፡* 3፡ 5፤ 13፡ 8፤ 17፡ 8፤ 20፡ 12፤ 15፤ 21፡ 27)
2. ***መጽሓፍ ግብርታት*** (*መዝ፡* 56፡ 8፤ 139፡ 16፥ *ኢሳ፡* 65፡ 6፤ *ሚል፡* 3፡ 16፥ *ማቴ፡* 25፡ 31 - 46፥ *ገላ፡* 6፡ 7)

▣ ***"ነቶም ቅዱሳን ዘገልገልኩምዎምን እተገልግልዎም ዘሎኹምን ግብርኹም ንስሙውን ዝገበርኩምዎ ፍቕርኹም"*** *እዞም ኣመንቲ ኣይሁድ ምሉእ ብምሉእ ምስ ቤተ ክርስትያን እኳ እንተ ዘይወገኑ፡ ኣብ ግዜ መከራኣ ግና ነታ ቤተ ክርስትያን ረዲኣማ ነበሩ (እብ፡* 10፡ 32 - 34)። *ኣብቲ ግዜቲ ኣብ ዝነበረ ናይ ሮማ ሕጊ፡ እቲ ናይ ኣይሁድ ቤተ መቕደስ ሕጋዊ እዩ ነይሩ፡ ቤተ ክርስትያን ግን ብሕጊ ፍቑድ ኣይነበረን።*

*"ቅዱሳን" (ሃግዮይ) ብስነ-መለኮታዊ ትርጉሙ ምስቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ቅዱስ (ቃደሽ) ዚብል ቃል ይዛመድ። ቅዱስ (ቃደሽ) ማለት "ንዕዮ እግዚኣብሄር ዝተፈልየ" ማለት እዩ (1ቆሮ፡* 1፡ 2፥ *2ቆሮ፡* 1፡ 1፥ *ሮሜ፡* 1፡ 1፥ *ኤፌ፡* 1፡ 1፥ *ፊሊ፡* 1፡ 1)። *እዚ ቓልዚ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብዘይካ ሓንሳብ ኣብ ፊሊ፡* 4፡ 21 *ኾሉ ግዜ ድርብ (ብዙሕ) እዩ። ዋላ ኣብ ፊሊ፡* 4፡ 21*ውን ንጥርኑፍ (ሕብረት) እዩ ኣገልጊሉ ዘሎ። ምድሓን ምርካብ ማለት ኣባል ናይቶም ብእምነት ኪዳን ዝረኸቡ ሕብረት፡ ቤተ ሰብ ኣመንቲ ምዃን ማለት እዩ።*

ህዝቢ እግዚኣብሄር ሳላቲ ኸም ናታቶም ዝተቐጽረሎም ጽድቂ ክርስቶስ ቅዱሳን እዮም (ሮሜ፡ 4ን 2ቆሮ፡ 5፡ 21)። ቅዱስ ህይወት ኪነብሩ ኸኣ ናይ እግዚኣብሄር ፍቓድ እዩ (ኤፌ፡ 1፡ 4፤ 2፡ 10፤ 4፡ 1፤ 5፡ 27፥ ያቆ፡ 2፡ 14- 26፥ 1ጴጥ፡ 1፡ 16)። ኣመንቲ ቅዱሳን ተባሂሎም ተጸዊዖም ኣሎዉ (ናይ መሰል ቅድስና)፡ ንቕዱስ ህይወት ከኣ ተጸዊዖም እዮም (ዚዓቢ ቅድስና)። እዚ ናይቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብ መንጎ እታ "ድሮ ዝተገልጸት መንግስቲ ኣምላኽ"ን "ገና እትግለጽ መንግስቲ ኣምላኽ"ን ዘሎ ወጥሪ ኣብነት እዩ።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ቅዱሳን**

እዚ ናይቲ ብእብራይስጢ 'ቃደሽ' ዚብል ቃል ኣምሳያ እዩ፣ መሰረታዊ ትርጉም 'ቃደሽ' ንሓደ ሰብ። ንሓደ ነገር ወይ ንሓደ ቦታ ንናይ እግዚኣብሄር ናይ በይኑ ጥቕሚ ምሕዛእ ማለት እዩ (ቢዲቢ 871)፣ ያህወ (እግዚኣብሄር) ብተፈጥሮኡን (ዘለኣለማዊ ዘይተፈጥረ መንፈስ) ብባህርዩን (ሞራላዊ ፍጽምና) ኻብ ሰብኣዊ ፍጡራት ፍሉይ እዩ፣ እግዚኣብሄር ኩሉ ኻልእ ብእኡ ዚዕቀንን ዚፍረድን መለክዒ እዩ፣ ንሱ እቲ ብሉጽ። እቲ ቅዱስን እቲ ኻልእ (ፍሉይ) ቅዱስን እዩ፣

እግዚኣብሄር ንሰባት ምስኡ ኺሓብሩ ኢሉ እዩ ፈጢርዎም። ግናኸ ውድቀት (ዘፍ። 3) ኣብ መንጎ ቅዱስ እግዚኣብሄርን ሓጥእ ወድሰብን ናይ ዝምድናን ሞራልን መኽላእታ ኣስዒቡ፣ እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ንቑሕ ፍጥረቱ ኼሕድሶ መሪጹ። ስለዚ ህዝቡ 'ቅዱሳን' ኪኾኑ ጸዊዑ (ዘሌ። 11። 44፤ 19። 2፤ 20። 7፤ 26፤ 21። 8)፣ ምስ ያህወ ናይ እምነት ዝምድና ብምግባር ህዝቡ ቅዱሳን ይኾኑ፣ እዚ ኣብ ውሽጢ እግዚኣብሄር ዘሎዎም ናይ ኪዳን ቅድስና እዩ፣ ኣብ ርእስዚ ቅዱሳን ኮይኖም ኪነብሩ ኸኣ ተጸዊዖም ኣሎዉ (ማቴ። 5። 48)፣

ኣመንቲ ብህይወትን ዕዮን ክርስቶስ ምሉእ ብምሉእ ቅቡላትን ምሑራትን ስለ ዝኾኑን ኣብ ኣእምሮኦምን ልባቶምን መንፈስ ቅዱስ ስለ ዘሎን። እዚ ቅዱስ ንብረት ዚከኣል እዩ፣ እዚ ግርምቢጣዊ (ኣንጻራዊ) ዚመስል ኩነታት ይፈጥር።-

1. ናይ ክርስቶስ ጽድቂ ኸም ናትካ ስለ ዝተቐጽረልካ ቅዱስ ትኸውን

2. ብሳላ ህላወ መንፈስ ቅዱስ። ቅዱስ ኮንካ ንምንባር ከኣ ተጸዊዕካ ኣሎኻ፣

ኣመንቲ ብሳላ ህላወ እዞም ዚስዕቡ ሰለስተ ነገራት 'ቅዱሳን' (ሃግዮይ) ኢና።-

1. ፍቓድ እቲ ቕዱስ (እግዚኣብሄር ኣቦ)

2. ናይቲ ቅዱስ ወዲ ዕዮ (የሱስ ክርስቶስ)

3. ህላወ እቲ ቅዱስ መንፈስ (መንፈስ ቅዱስ)

ሓድሽ ኪዳን ነቲ 'ቅዱሳን' ዚብል ቃል ኩሉ ሳዕ ከም ድርብ (ብዙሕ) ስም እዩ ዚጥቀመሉ (ብዘይካ ሓንሳብ ኣብ ፊሊ። 4። 21፣ ግናኸ ዋላ ኣብዚ ጥቕሲዚውን እቲ ኹነት ናይ ብዙሕነት

እዩ)፣ ምድሓን ምርካብ ማለት ናይ ሓንቲ ቤተ ሰብ። ስጋ ወይ ህንጻ ኣካል ምዃን ማለት እዩ፣ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እምነት ብውልቂ ብምቕባል እዩ ዚጅምር። ካብኡ ኸኣ ጥርኑፍ ሕብረት ይምንጩ፣ ንጥዕና። ዕቤትን ሃብትን እታ ስጋ ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስትያን (1ቆሮ። 12። 7)፣ ነፍስወከፍና ጸጋ ተዋሂብና ኢና (1ቆሮ። 12። 11)፣ ከነገልግል ኢና ድሒንና፣ ቅድስና ናይ ቤተ ሰብ ባህሪ እዩ፣

**6፡ 11 "ምምላእ"** ኣስተውዕል፡ እዚ ናይ ተግባር ናብራ ዜመልክት እዩ (ያቆብ፡ 1ጴጥሮስ፡ 1ዮሃንስ)። ምምላእ ቀንዲ ቕምነገሩ ምርግጋጽ ሰረተ-እምነት ኣይኮነን። ኣብ ህይወት ብተግባር ምንባሩ እዩ (ማቴ፡ 7)።

▣ **"ክሳዕ መወዳእታ"** ጽንዓት ማዕረ ውሕስነት (ምድሓን) ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሰረተ እምነት እዩ። 'ብፍሪኦም ክተለልይዎም ኢኹም' (ማቴ፡ 7፥ ያቆ፡ 2፡ 14 - 26)። ኣብ እብ፡ 4፡ 14 ዘሎ ናይ ጽንዓት መግለጺ ርአ። ከምኡውን ኣብ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲውን ተመልከት።

**6፡ 11 "ድንዙዛት"** እዚ ኸምቲ ኣብ እብ፡ 5፡ 11 ዘሎ 'ድንዙዛት' ዚብል ቃል እዩ። ኣንጻር እቲ ኣብ እብ፡ 6፡ 12 ዘሎ 'ትግሃት' ከኣ እዩ። እቶም ኣመንቲ ኸምቲ ዚግብኦም ናብ ብጽሕና ክርስቶስ ወይ ከኣ ወንጌል ናይ ምስባኽን ደቀ መዛሙርቲ ናይ ምምሃርን ደረጃ ኣይበጽሑን (እብ፡ 12፡ 1 - 3)።

▣ **"ንቶም ብእምነትን ብትዕግስትን ነታ ተስፋ ዚወርስዋ ምእንቲ ኽትመስልዎም"** እዚ ነቲ ኣብ እብ፡ 11 ዘሎ ዝርዝር ስማት እቶም እሙናት ዚእምት እዩ ዚኸውን። እዞም እሙናት ናይ ብሉይ ኪዳን ኣመንቲ ኣብ ማእከል ብርቱዕ ጸበባን ፈተናን ተዓጊሶም፡ ዋላኳ ብዙሕ ግዜ ብሞት እንተ ሓለፉ (ብዙሕ ግዜ ኣብ እብ፡ 11 ከምኡውን እብ፡ 12፡ 4)። ናይ እብ፡ 6፡ 13- 20 ኣትኩሮ ኣብ ተስፋታት እግዚኣብሄር እዩ። ንሱ ርጉጽን እሙንን ስለ ዝኾነ ተስፋታት ድማ ርጉጻትን እሙናትን እዮም።

### ፍሉይ ኣርእስቲ፡ ናይ ኣመንቲ ርስቲ

ኣመንቲ ኻብቲ ምስ ክርስቶስ ዘሎዎም ቤተ ሰባዊ ዝምድና እተላዕለ ብዙሕ ነገራት ከም ዚወርሱ መጽሓፍ ቅዱስ ይዛረብ (ግብ፡ 20፡ 32፤ 26፡ 18፥ ኤፌ፡ 1፡ 4፥ ቆሎ፡ 1፡ 12፤ 3፡ 24)። ክርስቶስ ወራስ ኵሉ (እብ፡ 1፡ 2) እዩ፡ ኣመንቱ ኸኣ ነዞም ዚስዕቡ ርስቲ መዋርስቱ (ሮሜ፡ 8፡ 17፥ ገላ፡ 4፡ 7) እዮም።

1. መንግስቲ ኣምላኽ (ማቴ፡ 25፡ 34፥ 1ቆሮ፡ 6፡ 9- 10፤ 15፡ 50፥ ኤፌ፡ 5፡ 5)
2. ህይወት ዘለኣለም (ማቴ፡ 19፡ 29፥ እብ፡ 9፡ 15)
3. ተስፋታት ኣምላኽ (እብ፡ 6፡ 12)
4. ሓለዋ እግዚኣብሄር ንተስፋታቱ (1ጴጥ፡ 1፡ 4 - 5)

እብ። 6። 13 - 20

**"ኣምላኽ ንኣብርሃም ተስፋ ኺህቦ ኸሎ። ዚምሕለሉ ኻብኡ ዚዓቢ ስለ ዘይተረኽበ፥ ብሓቂ እናባረኽኩ ኽባርኸካን። እናብዛሕኩ ኸብዝሓካን እየ። ኢሉ ብርእሱ መሓለ፣ ከምኡ ኸኣ ብትዕግስቲ ተጸብዩ ነታ ተስፋ ረኸባ፣ ሰባት በቲ ኻብኦም ዚዓቢ እዮም ዚምሕሉ እሞ። እቲ ማሕላ ኸኣ መጽንዒ ስለ ዝኾነ። ንኹሉ ምጕቶም ይውድኣሎም እዩ፣ ስለዚ ኸኣ ኣምላኽ። እቲ ምኽሩ ኸም ዘይልወጥ ነቶም ወረስቲ ተስፋ ኣዝዩ ኼርእዮም ምስ ደለየ። ብማሕላ ኣብ መንጎ ኣተወ። በተን ኣምላኽ ኪሕስወለን ዘይከኣል ክልተ ዘይልወጣ ነገር ጌርና። ንሕና። ነታ ኣብ ቅድሜና ዘላ ተስፋ ንምሓዝ ሃዲምና ዝወጻእና። ብርቱዕ ምጽንናዕ ክንረክብ ኢና፣ ንሳ ድማ ከም መልህቅ ነፍሲ። ድልድልትን ጽንዕትን እያ እሞ። ናብቲ የሱስ ከም መዓርግ መልከጼዴቅ ንዘለኣለም ሊቀ ኻህናት ኮይኑ ኸም መራሒ ምእንታና ዝኣተዎ ውሽጢ እቲ መጋረጃ እተእትወና ተስፋ ኣላትና፣"**

6፡ 13 - 20 ብግቡእ ምላሽ እንተ ሃብናሎም እዞም ጥቕስታትዚኣቶም ኣብ ባህርን ተስፋታትን እግዚኣብሄር ዝተሰረቱ ናይ ውሕስነትን ተስፋን ብርቱዕ መብጽዓ እዮም (ጥቕሲ 18ለ)።

6፡ 13 "**ኣምላኽ ንኣብርሃም ተስፋ ኺህቦ ኸሎ**" ኣብርሃም ኣቦ እብራውያን ስለ ዝኾነን በቲ ምስ መልከጼዴቅ ዝነበሮ ዝምድናን (ዘፍ፡ 14) እዩ ዚጥቀስ ዘሎ። ንእኡ ያህወ (እግዚኣብሄር) ብዙሕ ተስፋታት ኣትዩሉ እዩ (ዘፍ፡ 12፤ 15፤ 17፤ 18፤ 22)። እምነቱ ኣብ እግዚኣብሄር ቅድሚ ሕጊ እዩ ተጋሂዱ፡ ናይ ኵላቶም እቶም ብእምነት ዚነብሩ ኣውራ ኣብነት ኮይኑ ኸኣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ይግለጽ (ሮሜ፡ 4)።

ብስነ-መለኮታዊ ኣተሓሳስባ ኣብርሃም ዝተሓርየ ናይ እግዚኣብሄር ተስፋታት ንእኡ ኣብ ግብሪ ኣብርሃም ዘይኮነስ ኣብ ዘይኵነታዊ ተስፋ እግዚኣብሄር ዝተመርኮሰ ስለ ዝነበረ እዩ ንምባል ይከኣል እዩ (ዘፍ፡ 15። 12 - 21፤ ከምቲ ሓድሽ ኪዳን ኤር፡ 31፡ 31 - 34፤ ህዝ፡ 36፡ 22 - 38)። እቲ ናይ እግዚኣብሄር ኪዳን ምስ ሙሴ ግን ኣብ ምእዛዝ ዝተመስረተ ኹነታዊ ኪዳን እዩ ነይሩ (ዘዳ፡ 27 - 28)።

▣ "**ብርእሱ መሓለ**" እዚ ብመንጽር ታሪኽ ንዘፍ፡ 22፡ 16 - 17 (ኣብርሃም ንይስሃቅ ከም መስዋእቲ ኬቕርቦ እንከሎ) ወይውን ብትሕዝቶኡ ንመዝ፡ 110፡ 4 (እብ፡ 7፡ 17፤ 21) እዩ ዜመልክት። ማሕላን ተስፋታትን እግዚኣብሄር እሙናት እዮም (ጥቕስታት 16 - 17)። እዚ እቲ ቐንዲ ስነ-መለኮታዊ ዕላማ እቲ ዓንቀጽ እዩ። ተስፋና ኣብቲ ዘይቅየር ባህርን (መዝ፡ 102፡ 27፥ ሚል፡ 3፡ 6፥ እብ፡ 13፡ 8) ተስፋታትን (ኢሳ፡ 40፡ 8፤ 55፡ 11) እግዚኣብሄር እዩ። እዚኣተን እተን "ክልተ ዘይልወጣ ነገር" ናይ ጥቕሲ 18 እየን።

6፡ 14 ኣብዚ ኽፍሊ እብራውያን፡ እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ ንኣብርሃም ዝተባህሉሉ ጥቕስታት ብሉይ ኪዳን ይጠቅስ። እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ብይስሃቅ ኣቢሉ ንብዙሓት ወለዶታት ዚኸውን ተስፋ ኣትዩሉ እዩ። እቲ ስነ መለኮታዊ ሽግር፡ ኵሎም ብስጋ ዘርኢ ኣብርሃም እሙናት ሰዓብቲ ያህወ

(እግዚኣብሄር) ኣይኮኑን። ናይ 'ኪዳን' 'ሕሩያት' ህዝቢ እዮም፡ ግናኸ ናይ ውልቆም እምነት ግን ኣይነበሮምን (ጥቕሲ 18ለ)።

6፡ 15 እዚ ናይ ኣብርሃም ፍጹም እምነት ንቓል እግዚኣብሄር ኣይገልጽን እዩ (ካብ ብዙሓት ኣንስቲ ወሊዱ፡ ህይወቱ ንምድሓን ክልተ ግዜ ንሰበይቱ ሳራ ኣሕሊፉ ኺህባ ፈቲኑ)። እሙን ልቡን ምእዛዙን እዩ ዚምስክር። ኣብርሃም ከም ዅላቶም ሰባት እምነትን ፍርሃን፡ ሰናይን ክፉእን ዝተደባለቐ እዩ።

6፡ 18 ***"ክልተ ዘይልወጣ ነገር"*** እዚ ንማሕላ እግዚኣብሄርን (*መዝ፡* 110፡ 4 ኣብ እብ፡ 5፡ 6፤ 6፡ 20፤ 7፡ 17 ተጠቒሱ ዘሎ) ተስፋ እግዚኣብሄርን (ጥቕሲ 14) እዩ ዚምልከት። ቃል እግዚኣብሄር እዩ ዋሕስና (ኢሳ፡ 55፡ 11፤ ማቴ፡ 5፡ 17 - 18)።

▣ ***"በተን ኣምላኽ ኪሕሰወለን ዘይከኣል"*** እዚ *ንዘሁ፡* 23፡ 19 ወይ ከኣ 1ሳሙ፡ 15፡ 29 ዚእምት ኪኸውን ይኽእል። ተመሳሳሊ ሓቂ ጳውሎስ ኣብ 2ጢሞ፡ 2፡ 13፥ ቲቶ፡ 1፡ 2 ኣረጋጊጽዎ ኣሎ። ናይ እብ፡ 6፡ 6 ዝርዝር ተመልከት።

▣ ***"ንሕና... ሃዲምና ዝወጻእና"*** እዚ ምስዞም ዚስዕቡ ይዛመድ፡-

1. ናይ ብሉይ ኪዳን መዕቆቢ ኸተማታት (ዘሁ፡ 35፡ 6፥ ዘዳ፡ 4፡ 41 - 43፥ እያ፡ 20)
2. ኣብ ግዜ ማዕበል፡ ውሑስ ወደብ ዜመልክት ምሳሌ (እብ፡ 2፡ 14፤ 6፡ 19)
3. ንእግዚኣብሄር ከም ምሳሌ ህዝቡ ዜዕቁቡሉ ጽኑዕ ግምቢ (መዝ፡ 18፡ 1 - 2፤ 31፡ 3፤ 91፡ 2፤ 9፤ 94፡ 22፤ 144፡ 2፥ ኢሳ፡ 17፡ 10፤ 25፡ 4፥ ኤር፡ 16፡ 19፥ ዮኤ፡ 3፡ 16፥ ነሁ፡ 1፡ 7)

▣ ***"ነታ ኣብ ቅድሜና ዘላ ተስፋ ንምሓዝ.... ብርቱዕ ምጽንናዕ ክንረክብ ኢና"*** ኣብ ጥቕሲ 18 ሚዛናዊ ኣረኣእያ ብዛዕባቲ ዅሎም ደቂ ሰብ መልሰ-ግብረ ኺህብዎን ክሳዕ መወዳእታ ብእምነት ኪቐርብዎን ዘሎዎም ብርቱዕ፡ እሙንን ሉኣላውን ኣምላኽን (ጥቕሲ 18ሀ) ንረክብ።

6፡ 19 ***"መልህቅ"*** እዚ ናይ ድሕነት፡ ውሕስነትን ተስፋን ጥንታዊ ክርስትያናዊ ምልክት እዩ። ኣብ መናድቕ ናይ ሮማ ካታኮምበታት ተወቒሩ ተረኺቡ ኣሎ። እዚ ቓልዚ ነዛ እትስዕብ መዝሙር የዘኻኽረና፡-

*"ንነፍሰይ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ሰማይ ተኺለያ፡*

*ብማዕበላት ባሕሪ ደጊም ኣይኪኸይድን እየ፡*

*ህቦቡላ ኣብ ልዕሊ መዓሙቕ ማዕበላት ባሕሪ እንተ ሸቦበ፡*

*ኣብ የሱስ ግን ኣነ ንዘለኣለም ውሑስ እየ"*

▣ ***"ጽንዕቲ"*** ናይ እብ፡ 2፡ 2 ፍሉይ ኣርእስቲ፡ ውሕስነት ርአ።

▣ ***"ውሽጢ እቲ መጋረጃ እተእትወና"*** ኣብዚ እታ ናይ ተስፋ መልህቅ ምስቲ ናብ ሰማያዊት መቕደስን (እብ፡ 8፡ 5፤ 9፡ 23) ናብታ ህላውነት እግዚኣብሄር እተመልክት ቅድስተ ቅዱሳንን ዝኣተወ

የሱስ ተመዓራርያ ኣላ። ተስፋ ኣመንቲ ኣብቲ ባህርን ተስፋታትን እግዚኣብሄርን እቲ ውዱእ ዕዮ ክርስቶስን እዩ።

እዚ ፕላቶኣውነት (ብዓይኒ ዚርኣዩ ምድራዊ ነገራት ምስ ሰማያዊ ሓሳባት ምንጽጻር) ማለት ኣይኮነን። መልክዕ እታ ንሙሴ ኣብ ከረን ሲናእ እተራእየቶ ሰማያዊት መቕደስ እዩ (እብ፡ 8፡ 5፥ ዘጸ፡ 25 - 40)። እዚ ናይ ጽምዲ ወይ ክልተኣዊ ምንጽጻር ኣብቶም ናይ ምዉት ባሕሪ ብራናታትውን ኣሎ። እዚ ኣገባብ ኣተሓሳስባዚ (ንሰማያዊ ነገር ብምድራዊ ቕርጺ ምውካል) ቅድሚ ግሪኻዊ ፍላስፋ ፕላቶ ዝነበረ እዩ። ብዛዕባቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎና ዘይርአ ግናኽ ርጉጽ ዝኾነ ተስፋ እዩ ዚዛረብ (እብ፡ 9፡ 23 ብንጹር ይዛረብ)።

6፡ 20 **"ኸም መራሒ"** እዚ ናይ ግሪኽ ቃልዚ ኣብዞም ዚስዕቡ ዓውድታት የገልግል፡ 1. ቅድሚት እናኸደ፡ ነታ ቕንዕቲ መገዲ ዚመሃርን ዜመልክትን ዳህሳሲ (ከፋቲ በሪ)፡ ወይ ከኣ 2. ንዓባይ መርከብ ናብ ውሑስ ወደብ መሪሓ እተእቱ ንእሽቶ መርከብ። የሱስ ኣብ ኩሉ ኣድላዪ መገዲ ቐቅድሚ ኣመንቲ ኸይዱ ኣሎ- ከም ሰዓሪ፡ ኣማላዲ፡ መድሓኒ፡ ካህንን ከም ኣበር ዘይብሉ መስዋእትን።

### መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኹም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጒዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብኾሉ መዳዮም ንኽተስተብህሉሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. ጥቕስታት 2- 4 ክርስትያናዊ መሰረታት ድዮም ወይስ ናይ ኣይሁድነት ሓቅታት?
2. መልእኽቲ እብራውያን "ካብ ጸጋ ምውዳቕ" ትምህር ድያ? ስለምንታይ?
3. ነቲ ግቡእ ትርጒሙ ንምፍላጥ ታሪኻዊ መሰረት እቲ መልእኽቲ ኣድላዪ ዚኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
4. መጽሓፍ ቅዱስ፡ እቶም ናይ ሓቂ ዝደሓኑ ኽሳዕ መወዳእታ ኺጸንዑ እዮም ኢሉ ድዩ ዚምህር ወይስ እቶም ብእምነት ክሳዕ መወዳእታ ዚጸንዑ ንሳቶም እዮም እቶም ድሑናት እዩ ዚብል?
5. እቶም ኣብ ጥቕስታት 4 - 6 ተዘሪቡሎም ዘሎ ኣመንቲ ድዮም ዘይኣመንቲ? ስለምንታይ?
6. እቶም ኣብ ጥቕሲ 9 ዘሎዉ "ኣቱም" ምስቶም ኣብ ጥቕሲ 4 "ነቶም" ተባሂሉሎም ዘሎን ብኸመይ ይዛመዱ?
7. እቶም ኣመንቲ ዘጋጥሞም ዝነበረ መከራ ግለጸ።

8. እተን ኣብ ጥቕሲ 18 ዘሎዋ “ክልተ ዘይልወጣ ነገር” እንታይን እንታይን እየን?

9. ኣብ ጥቕሲ 18 ሉኣላውነት እግዚኣብሄርን ናይ ሰብ ናጻ ፍቓድን ብኸመይ ሚዛኖም ይሕልዉ?

10. ኣብ ጥቕስታት 13 - 20 ባህሪ እግዚኣብሄርን እቲ ውዱእ ዕዮ ክርስቶስን ብኸመይ ይዛመዱ?

# እብራውያን 7

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚሀብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኹም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዘደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጉም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።

1. ቀዳማይ ምዕራፍ
2. ካልኣይ ምዕራፍ
3. ሳልሳይ ምዕራፍ
4. ወዘተ...

**ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ**

እብ። 7። 1 - 3

**"እዚ መልከጼዴቅሲ። ንጉስ ሳሌም። ካህን ልዑል ኣምላኽ። ንኣብርሃም። ነቶም ነገስታት ስዒሩ ኺምለስ ከሎ። እተቐበሎ እሞ ዝባረኾ። ኣብርሃም ድማ ካብ ኵሉ ዕሽር ዝመቐሎ። ቀዳማይ ትርጕም ስሙ፥ ንጉስ ጽድቂ። ደሓር ከኣ፥ ንጉስ ሳሌም። ማለት ንጉስ ሰላም እዩ፣ ብዘይ ኣቦ። ብዘይ ኣደ። ብዘይ ቍጽሪ ወለዶ። መጀመርያ መዓልትታት ወይስ መወዳእታ ህይወት ዜብሉ። ግናኸ ንወዲ ኣምላኽ ተመሲሉ ንሓዋሩ ኻህን ኮይኑ ይነብር ኣሎ፣"**

7፡ 1 “**መልከጼዴቅ**” እዚ ናይ ኣህዛብ ንጉስ፡ ናይታ በቲ ግዜቲ ሳሌም እትብሃል ዝነበረት ናይ ጥንቲ ከንኣናዊት ከተማ ካህን እዩ ነይሩ። እዛ ኸተማ ዳሕራይ ይቡስ ተባሂላ፡ ጸኒሓውን የሩሳሌም ተሰምያ። ትርጉም ስሙ “ናይ ጽድቂ ንጉሰይ” ማለት እዩ (ስሙ ምስ ናይቲ ኣብ እያ፡ 10፡ 1 “ጎይታይ ጽድቂ እዩ” ዝተባህለ ንጉስ የሩሳሌም ይመሳሰል)። ዘርኡ ፈጺሙ ኣይተጠቕሰን፡ ግናኸ ኣብርሃም ክብሪ ሂብዎ። ስለዚ እዩ ኸኣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንየሱስ ብዚግባእ ዚውክል ምሳሌ ዝኾነ። ኣብ ዘፍ፡ 14፡ 18-20ን መዝ፡ 110፡ 4ን ጥራይ እዩ ተጠቒሱ። ብዛዕባዚ መንነትዚ ብዙሕ ክትዕ ተገይሩ ኣሎ።

1. ብኣረኣእያ ፊሎ፡ መልከጼዴቅ ናይ ነፍስ ሰብ ተምሳል እዩ
2. ንኦሪጀን፡ መልከጼዴቅ መልኣኽ እዩ
3. ንኣምብሮስ፡ ንሱ ናይ እግዚኣብሄር መልኣኽ እዩ
4. ንኻልኦት መልከጼዴቅ ናይ ህዝቢ እስራኤል ሃገራዊ መልኣኽ ሚካኤል እዩ
5. ንኤጲፋንዩስ፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣርኣያ እዩ
6. ነቶም መልከጼዴቃውያን፡ መልከጼዴቅ ካብ መሲህ ይዓቢ፡ ኵሉ ጸሎት ከኣ ብእኡ ይሓልፍ
7. ንገለ ኣይሁድን ንጀሮምን ንሉተርን መልከጼዴቅ ሴም ወዲ ኖህ እዩ

መልከጼዴቅ ንኣርባዕተ ምኽንያታት ናይ ክህነት የሱስ ኣብነታዊ መግለጺ ኾይኑ የገልግል፡-

1. ኣብርሃም ንእኡ ዕሽር ኣቕሪቡሉ (ኵሉ ሳዕ እቶም ታሕተዎት ነቶም ላዕለዎት ዕሽር የቕርቡ)፡ ብናይ ራባያት (ኣይሁድ መምህራን) ኣተረጓጒማ መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ሌዊውን ብእኡ ኣቢሉ ዕሽር ኣቕሪቡ (ጥቕስታት 4- 9)
2. ወለዱ ኣይተጻሕፉን፡ ብመሰረት ናይ ራባያት ስነ መለኮታዊ ኣተሓሳስባ ወለዲ ኣይነበርዎን፡ ስለዚ ዘለኣለማዊ እዩ (ጥቕሲ 3፡ መዝ፡ 110፡ 4ለ)
3. ኣብታ ዳሕራይ ቅድስቲ ዝኾነት ከተማ የሩሳሌም (ሳሌም) መራሒ እዩ ነይሩ (ዘፍ፡ 14፡ 18)
4. ካህን ልዑል ኣምላኽ እዩ ነይሩ (እዚ ‘ኤል ኤልዮን’ ይብሃል፡ ዘፍ፡ 14፡ 18)
5. ነቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ካብ ናይ ሌዋውያን ክህነት ዝተፈልየ ቕቡል ክህነት ንኽቕውም ኣኽኢልዎ።

▣ “**ንጉስ… ካህን**” ኣብ ብሉይ ኪዳን ንግስነትን ክህነትን ዘጣመረ እንኮ ሰብ እዩ (መዝ፡ 110)።

▣ “**ዝባረኾ**” እቲ ዚዓቢ ነቲ ዚንእስ ይባርኾ፥ ስለዚ፡ ኣብርሃም (ብናይ ካህናት ኣይሁድ መደምደምታ ኸኣ ዘርኢ ኣብርሃም ዝኾነ ሌዊ) ብመልከጼዴቅ ተባሪኹ (ዘፍ፡ 14፡ 19)። እዚ ልዕልና መልከጼዴቅ ኣብ ርእሲ ኽህነት ኣሮን የርኢ። እቲ ኻብ ነገድ ይሁዳ ዝኾነ የሱስ ከኣ ካብ ዝተፈልየ ኽፍሊ ኻህን ከም ዝኾነ የርኢ።

7፡ 2 “**ዕሽር**” ኣስተውዕል፡ ዕሽር (ዘፍ፡ 14፡ 20) ቅድሚ ሕጊ ሙሴ ዝነበረ እዩ። ልክዕ ከም መዓልቲ ሰንበትን በኸሪ ፍረን፡ እግዚኣብሄር ንኹሉ ኸም ዚውንን ዚገልጽ መገዲ እዩ (ዘፍ፡ 14፡ 19ሐ)።

▣ “**ትርጉም ስሙ**” ናይቲ “ንጉስ ጽድቂ” ዚብል ሓረግ ሱር መሰረቱ ርጉጽ ኣይኮነን፡ ግናኸ ተመሳሳሊ ማዓርግ ኣብ ኤር፡ 23፡ 6ን (“እግዚኣብሄር ጽድቅና”) ኤር፡ 33፡ 16ን (“እግዚኣብሄር ጽድቅና”) ንመሲህ ተዋሂቡ ኣሎ። እቲ መሲህውን ጻድቕ ኪኸውንን ሰላም ኬምጽእን እዩ (ኢሳ፡ 9፡ 6፤ 26፡ 3፤ 12፤ 32፡ 17፤ 54፡ 10)።

▣ ***"ንጉስ ጽድቂ"*** ብዛዕባ "ጽድቂ" ናይ እብ፡ 1፡ 9 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ ***"ሳሌም"*** *እታ ኸተማ ስማ ምናልባት ካብቲ ሻሎም* ዚብል ትርጕሙ "ሰላም" ዝኾነ ናይ እብራይስጢ ቓል ወሲዳ ኸትከውን ትኽእል። ገለ ምሁራት፡ ስማ ንናይ ይቡሳውያን ጣኦት ዚውክል እዩ ኢሎም ይሓስቡ። እታ ኸተማ ኣብ ዘፍጥረት 14 ሳሌም ተባሂላ ተጸዊዓ ኣላ። መዝ፡ 76፡ 2 ነታ ኸተማ ምስታ ኣብ ግዜ ከንኣናውያን ይቡስ ትበሃል ዝነበረት የሩሳሌም (ማለት ጽዮን) የዛምዳ።

7፡ 3 እዚ ናይ ካህናት ኣይሁድ (ራባያት) ኣተረጓጕማ እዩ (ሚድራሽ፡ ነቲ ሳልሳይ ጥብቆ ርአ)። እዚ ኣተረጓጕማ እዚ መልከጼዴቅ ኣብ ዘፍ፡ 14፡ 18- 20 ዓሌቱ ስለ ዘይተጠቕሰ እዩ። ከም ኵሎም ሰባት፡ መልከጼዴቅ ወለዲ ነይሮሞ፡ ግናኸ ናይቲ ዘለኣለማዊ መሲህ ኣብነት ኮይኑ የገልግል (ጥቕሲ 8)። እዚ ኣብ ጥቕስታት 8፤ 12፤ 16፤ 17፤ 21፤ 24፤ 25፤ 28 ማዕቢሉ ኣሎ።

▣ ***"መጀመርታ መዓልትታት"*** ናይ እብ፡ 3፡ 14 ፍሉይ ኣርእስቲ፡ *ኣርቓ* ርአ።

**እብ። 7። 4 - 10**

**"ኣብርሃም። እቲ ርእሲ ኣቦታት። ካብቲ ማል ዘመተ በብሉጹስ ዕሽር ዝሃቦ። ንሱ ኸንደይ ዓብዪ ምዃኑ። እስኪ ርአዩ፣ ካብ ደቂ ሌዊ ድማ እቶም ክህነት ዚቕበሉ። ካብቲ ህዝቢ። ማለት ካብ ሕቘ ኣብርሃም እኳ ዝወጹ ኣሕዋቶም ክነሶምሲ። ዕሽር ኪወስዱ ብሕጊ ትእዛዝ ኣሎምም፣ እዚ ግና ካብ ዘይወለዶኦም ክነሱስ። ካብ ኣብርሃም ዕሽር ወሰደ። ነቲ ተስፋ ረኺቡ ዘሎውን መረቖ፣ ብዘይ ገለ ውልውል ድማ እቲ ዚንእስ በቲ ዚዓብዮ ይምረቕ እዩ፣ ኣብዝስ መወትቲ ሰብ ዕሽር ይወስዱ። ኣብቲ ግና እቲ ህያው ምዃኑ እተመስከረሉ እዩ ዕሽር ዚወስድ፣ እዚ ምባለይ ከኣ ከምዚ እዩ፥ ሌዊ። እቲ ተቐባል ዕሽር እኳ። ብኣብርሃም ገይሩ ዕሽር ሃበ። ማለት፥ መልከጼዴቅ ንኣብርሃም ኪራኸቦ ኸሎ። ሌዊ ገና ኣብ ሕቘ ኣቦኡ እዩ ዝነበረ፣"**

7፡ 5 **"ካብ ሕቘ ኣብርሃም እኳ ዝወጹ… ክነሶምሲ"** እዚ ሌዊ ኣብ ሕቘ ኣብርሃም ነይሩ ዚብል ናይ ራባያት (ካህናት ኣይሁድ) ስነ-መጎት እዩ (ጥቕሲ 10)። እዚ ናይ ኣይሁድ ትንታነ እዩ እምበር ስነ-ፍልጠታዊ ሓቂ ኣይኮነን።

7፡ 7 **"ዚዓብዮ"** ናይ መልእኽቲ እብራውያን ሕምብርቲ እቲ ኣብ መንጎ ሕጊ ሙሴን ናይ ክርስቶስ ሓድሽ ኪዳንን ዘሎ ምንጽጻር እዩ።

እዚ ምንጽጻርዚ ብዙሕ ግዜ በቲ "ዝዓበየ" (ክሬቱ/ ክሬሱ) ዚብል ቃል እዩ ዚግለጽ። እዚ ማለት "ዝሔሸ"፤ "ዝያዳ"፤ "ዝበለጸ"፤ "ዝኸበረ"፤ "ዝለዓለ" እዩ። እዚ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ተደጋጊሙ ዚርከብ ፍረ ነገር እዩ።

1. ካብቶም መላእኽቲ ብዙሕ ዚበልጽ (እብ፡ 1፡ 4)
2. ብኣኻትኩምሲ… ዚሓይሽ (እብ፡ 6፡ 9)
3. እቲ ዚንእስ በቲ ዚዓብዮ ይምረቕ እዩ (እብ፡ 7፡ 7)
4. እትሓይሽ ተስፋ (እብ፡ 7፡ 19)
5. ዝሔሸ ኺዳን፡ ዚበልጽ ኪዳን (እብ፡ 7፡ 22፤ 8፡ 6)

6. ብዝሔሽ መስዋእቲ (እብ፡ 9፡ 23)
7. ዚሓይሽ… ገንዘብ (እብ፡ 10፡ 34)
8. ዚሓይሽ ትንሳኤ (እብ፡ 11፡ 3)
9. እትሓይሽ ሃገር (እብ፡ 11፡ 16)
10. ኣምላኽ ብዛዕባና ዚሓይሽ ስለ ዝሓለየ (እብ፡ 11፡ 40)
11. ዝሔሽ ዚዛረብ ምንጻግ ደም (እብ፡ 12፡ 24)

7፡ 8 "እቲ ህያው" እዚ ዘለኣለምነት መልከጼዴቅ እዩ ዘርኢ፡ ምኽንያቱ 1. ኣብ ዘፍጥረት 14 ወለዱ (ወለዶኡ) ኣይተጠቕሱን፡ ሞቱውን ኣይተደብተረን (ኣይተመዝገበን)፡ ከምኡውን 2. ናይ መዝ፡ 110፡ 4ለ ንጹር ርእይቶ ("ዘለኣለም")።

7፡ 9 - 10 እዚ ናይ ራብያት (ካህናት ኣይሁድ) ኣተረጓጕማ እዩ። እቲ ናይ ኣሮን ነገድ ዝኾነ ሌዊ ናይ ኣብርሃም ዘርኢ ስለ ዝኾነ፡ ስለዚ ብተመሳሳልነት ናይ ኣይሁድ ክህነት (እንተላይ ሊቀ ኻህናት) ንመልከጼዴቅ ዕሽር ከፈሎም እዮም። ስለዚ፡ መልከጼዴቅ ዝበለጸ እዩ፡ የሱስ ከኣ ካብ ካህናት ኣይሁድ ዝበለጸ እዩ።

**እብ። 7። 11 - 22**

**"እምብኣርስኸ ብቤተ ኽህነት ሌዋውያን ፍጻሜ እንተ ዚኸውንሲ።- እቲ ህዝቢ ብእኡ ሕጊ ተሓጊጉሉ ነይሩ እዩ እሞ።- ከም መዓርግ ኣሮን ዘይብሃል ካልእ ካህን ከም መዓርግ መልከጼዴቅ ዝኾነ ኺትንስእ ደኣ ንምንታይ መድለየ ነይሩ? ማለት ክህነት ካብ ዚልወጥ። ምልዋጥ ሕጊውን ብግዲ ኪኸውን እዩ፣ እቲ ብዛዕባኡ እዚ እተባህለሉ ኻብ ካልእ ዓሌት እዩ። ካብቲ ዓሌት እቲ ሓደ እኳ ኣብ መሰውኢ ዘገልገለ የልቦን፣ ጎይታናስ ካብ ይሁዳ። ሙሴ ብናይ ክህነት ሓንቲ እኳ ዘይተዛረበሉ ዓሌት ከም ዝወጸ። ፍሉጥ እዩ፣ ሕጂ ኸኣ ዝበለጸ ግሉጽ እዩ፥ ብተምሳል መልከጼዴቅ ካልእ ካህን ካብ ዚትንስእሲ። ንስኻ ኽም መዓርግ መልከጼዴቅ ንዘለኣለም ካህን ኢኻ። ኢሉ ተመስኪሩሉ እዩ እሞ። ብዘይሓልፍ ሓይሊ ህይወት እምበር። ከም ስጋዊ ትእዛዝሲ ኻህን ኣይኮነን፣ እቲ ዝሓለፈ ትእዛዝ ድኹምን ዘይጠቅምን ስለ ዝኾነ እዩ እተሳዕረ።- ሕጊ ንሓደ እኳ ኣብ ፍጻሜ ኣየብጽሖን።- ግናኸ ናብ ኣምላኽ እንቕርበላ። እትሓይሽ ተስፋ ኣተወት፣ እዚ ግና በቲ፥ እግዚኣብሄር፥ ንስኻ ኽም መዓርግ መልከጼዴቅ ንዘለኣለም ካህን ኢኻ። ኢሉ መሓለ ኣይጠዓስን ከኣ እዩ። እተባህለሉ ማሕላ እዩ፣ እዚኣ ድማ ብዘይ ማሕላ ኸም ዘይኮነት።- እቲኣቶምሲ ብዘይ ማሕላ ኻህናት ኮኑ።- ከምኡ ድማ የሱስ መድሕን ዝሔሽ ኺዳን ኮነ፣"**

7፡ 11 "እንተ" እዚ ኻልኣይ ደረጃ ኾነታዊ ኣበሃህላ እዩ፡ ጸረ ሓቂ ተባሂሉ እዩ ዚጽዋዕ። ግጉይ ኣበሃህላ ብምጥቃም ሓደ ምጉት ቀሪቡ ኣሎ። እቲ ናይ ሌዋውያን ክህነት መንፈሳዊ ፍጽምና ወይ ብስለት ኣየምጽአን።

▣ **"ፍጻሜ"** እቲ ኣብ ተሎስ ዝተመስረተ ናይ ቃላት ግሪኽ ጥርናፈ "ናብ መወዳእታ ኣብጽሐ"፤ "ናብ ፍጽምና ኣምጽአ" ወይውን "ናብ ብጽሕና ኣብጽሐ" ዚብል መሰረታዊ ትርጕም ኣሎዎ። ኣብዚ ጥቕሲዚ ኸኣ ብቑዕን ውጽኢታውን ወኪል ወይ ኣማላዲ ማለት እዩ።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ፍጻሜ ወይ ምልኣት (*ተሎስ*)**

*እዚ ናይ መንፈሳዊ ነገራት ዝለዓለ ጫፍ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ተደጋጋሚ ኣርእስቲ እዩ፣*

1. *ተሎሱ መወዳእታ*: **ፍጻሜ** (እብ: 3: 6፤ 14፤ 6: 8፤ 11)
2. *ተለዮ* **ፍጹም** *ገበረ*

    *ሀ*. (የሱስ) *ነቲ ራእሲ ምድሓኖም ብስቅያት ኪፍጽም ተገብኦ* (እብ: 2: 10)

    **ለ**. (የሱስ) **በቲ እተሰቀዮ ስቅያት ምእዛዝ ተማህረ** (እብ: 5: 8- 9)

    *ሐ. ሕጊ ንሓደ እኳ ኣብ ፍጻሜ ኣየብጽሖን* (እብ: 7: 19)

    *መ*. *ንዘለኣለም* **ፍጹም** *ዝኾነ ወዲ* (እብ: 7: 28)

    *ሠ*. *ነቲ ኣገልጋሊ መቕደስ*... **ፍጹም ኪገብሮ** (እብ: 9: 9)

    *ረ*. *ነቶም ዜቕርብዎ ከቶ* **ፍጹማት ኪገብሮም** (እብ: 10: 1)

    **ሰ**. **ክርስቶስ** *ግና ነቶም ዚቕደሱ ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ ፈጸሞም* (እብ: 10: 12)

    **ሸ**. **ብጀካና ናብ ፍጻሜ ምእንቲ ኸይበጽሑስ** (እብ: 11: 39)

    **በ**. **ናብ** *መናፍስቲ* **እቶም ፍጹማን** *ጻድቃን* (እብ: 12: 23)

3. *ተለዮሱ* **ብጹሕ** (ብሱል) (እብ: 5: 14)
4. *ተለዮሱ* **በቲ ብሉጽን ፍጹምን**... **ድንኳን** (እብ: 9: 11)
5. **ተለዮተስ- ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ** (እብ: 6: 1)
6. **ተለዮሲስ- ብቤተ ኽህነት ሌዋውያን ፍጻሜ እንተ ዚኸውንሲ** (እብ: 7: 11)
7. **ተለዮተስ- ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን** (እብ: 12: 2)

    *ነቲ ሕጊ ሙሴ ኼምጽኦ ዘይከኣለ ብጽሕናን ፍጽምናን የሱስ ኣምጺእዎ*!

▣ **"ብቤተ ኽህነት ሌዋውያን... -እቲ ህዝቢ ብእኡ ሕጊ ተሓጊጉሉ ነይሩ እዩ እሞ"** *እዚ ብንጹር ነዞም ዚስዕቡ እዩ ዜመልክት* 1. *ሙሴ ኻብ ነገድ ሌዊ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ናይ እስራኤል ናይ መስዋእቲ ስርዓት ብምሃብ ከኣ ልኡኽ እግዚኣብሄር ስለ ዝነበረ ወይ ከኣ* 2. *ሌዋውያንን ካህናትን ንህዝቢ ሕጊ ይምህሩ ስለ ዝነበሩ*።

7፡ 12 **“ምልዋጥ ሕጊውን”** ዕላማ ሕጊ ሙሴ ኽቶ ጽድቂ ንምፍራይ ኣይነበረን፡ ናይቲ ናይ ገነት ኤድን ውድቀት ቀጻሊ ሳዕቤንን ሰብ ንእግዚኣብሄር ኬሐጕሶ ኽም ዘይከኣለን ንምሕባር እዩ ነይሩ (ገላ፡ 3፡ 24- 25)። ናይ እግዚኣብሄር ዕላማ ብዛዕባ ሕጊ ሙሴ ንምፍላጥ እዚ እቲ ዝዓበየ ሓቂ እዩ።

እዚ ሓረግዚ በቲ ተቐሚጥዎ ዘሎዎ ሃዋህው እቲ “ሓድሽ ኪዳን” ማለት እዩ።

7፡ 13 **“ካብቲ ዓሌት እቲ ሓደ እኳ ኣብ መሰውኢ ዘገልገለ የልቦን”** እዚ በቲ ዚዝረበሉ ዘሎ በዓል ቤት ድሮ ንዝተፈጸመ ተግባር ዜመልክት እዩ፡ እቲ ናይ መስዋእቲ ስርዓት ይቐጽል ከም ዘሎ ዚእምት ኪኸውን ይኽእል። ከምኡ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ መልእኽቲ እብራውያን ቅድሚ እቲ ብ70 ዓመተ ምህረት ብጀነራል ቲቶስ ዝኾነ ዕንወት የሩሳሌም እዩ ተጻሒፉ ማለት እዩ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን ካብ ነገድ ሌዊን ናይ ኣሮን ቤተሰብን ወጻኢ ኽም ካህን ዘገልገለ ሓደኳ ኣይነበረን። ኣብቲ ፍልስጤም ብሮማውያን ተታሒዛትሉ ዝነበረት ዘመን (ሃናንያ፡ ቀያፋ) ግን ከምኡ ኣይነበረን።

7፡ 14 **“ጎይታናስ ካብ ይሁዳ... ከም ዝወጸ”** እዚ ኻልእ ውጹእ ተግባር ናይ በዓል ቤት ኣመልካቲ እዩ። እቲ “ዝወጸ” ዚብል ግሲ “ዝተወልደ” ማለት እዩ። ነዞም ዚስዕቡ ኸኣ የገልግል

1. ምብራቕ ጸሓይ (ማቴ፡ 5፡ 45)
2. ምንቅስቓስ ፕላነታት
3. ጠጥዒ ኣታኽልቲ
4. ብምስላ፡ ናይ ሰብ ተወልዶ (ዘካ፡ 6፡ 12፥ ኢሳ፡ 11፡ 1፥ ኤር፡ 23፡ 5 - 6)

እዞም ዳሕሮዎት ጥቕስታት ነቶም ያእቆብ ብዛዕባ ደቁ ኣብ ዘፍጥረት 49 ዝተነበዮም ትንቢታት የመልክቱ (ብፍላይ 49፡ 10)።

▣ **“ይሁዳ”** የሱስ ካብቲ ንጉሳዊ ዓሌት ዝኾነ ኻብ ይሁዳ እዩ (ዘፍ፡ 49፡ 8 - 12፥ 2ሳሙ፡ 7፡ 12 - 16፥ ኢሳ፡ 9፡ 6፤ 7)። የሱስ ከም ሙሴን ኣሮንን ካብቲ ናይ ካህናት ነገድ ዝኾነ ሌዊ ስለ ዘይኮነ፡ የሱስ ሊቀ ኻህናት ምዃኑ ንኣይሁድ ከተእምኖም ኣሸጋሪ እዩ።

7፡ 15 **“ካብ”** እዚ ቐዳማይ ደረጃ ዅነታዊ ኣበሃህላ እዩ፡ ብኣተሓሳስባ እቲ ጸሓፊ ወይ ንናይ ስነ-ጽሑፍ ዕላማኡ ሓቂ ዝኾነ ኣበሃህላ እዩ። ካልእ ካህን መጺኡ፡ ንሱ ኸኣ ካብ ወለዶ መልከጼዴቕ እዩ።

7፡ 16 **“ተመስኪሩሉ”** እዚ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ካብ መዝ፡ 110፡ 4 (ከምኡ እብ፡ 7፡ 21) ዝተወስደ እዩ።

“ዘይሓልፍ ሓይሊ ህይወት” እዚ ምስቲ ኻህናት ኣይሁድ (ራቢያት) ብዛዕባ መዝ፡ 110፡ 4ለ ዝሃብዎ ትንታነ (ሚድራሽ) ዚዛመድ ይመስል። ንሳቶም መልከጼዴቕ ወለዲ ኣይነበርዎን፡ ስለዚ ዘለኣለማዊ እዩ ዚብል ኣንፈት ይሀቡ (እብ፡ 7፡ 6፤ 8)።

7፡ 17 **“ከም ሕጊ ስጋዊ ትእዛዝሲ... ኣይኮነን”** ናይ ክህነት የሱስ ስልጣን ኣብቲ ንሱ ዝመጸሉ ነገድ/ ቤተሰብ ዚምርኮስ ኣይኮነን፡ ኣብቲ ዘሎዎ ዘይሓልፍ፡ ዘይፈርስ ሓይሊ ህይወት ዝቖመ እዩ (ኣብ ዘፍጥረት 14 ወለዲ መልከጼዴቅ ኣይተጻሕፉን፡ ኣብ መዝ፡ 104፡ 4 ኸኣ “ዘለኣለም” ዚብል ቃል ተጻሒፉ ኣሎ)። የሱስ እቲ ዘይውዳእ ናይ እግዚኣብሄር ህይወት እዩ ዘሎዎ (ከምኡውን ናይ እግዚኣብሄር ማሕላን ተሰፋን)።

7፡ 18 **“እተሳዕረ”** እዚ ቓልዚ ኣብቲ ናይ ግብጻውያን ጳጳሮስ (ከም ብራና ዜገልግል ሰቲ) በዞም ዚስዕቡ ትርጒማት ቀሪቡ ኣሎ 1. “ኣፍረሰ” 2. “ፍሩስን ባዶን ገበረ”፡ ወይ ከኣ 3. “ምሉእ ብምሉእ ከፈለ”።

እዚ ጥቕሲዚ ብዛዕባ ንትእዛዝ ምፍራስ ይዛረብ (ምናልባት ብዛዕባ ካህን ዝነበረ ናይ ወለዶ ትእዛዝ ምፍራሱ ማለት ኪኸውን ይኽእል)። ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተደረኸ ናይ ብሉይ ኪዳን ጽሑፍ (ማቴ፡ 5፡ 17 - 19 ዘክር) ኪፈርስ ይኽእል እዩ ምባል ዜሰንብድ እዩ። እቲ ኣብ ገላትያ 3 ጳውሎስ ናይ ሕጊ ናይ ምድሓን ዕላማ ኸም ዝፈረሰ ሂብዎ ዘሎ ሓሳብ እምበኣር ልክዕ ከምኡ እዩ። ጳውሎስ ግና እቲ ምኽንያት ብሉይ ኪዳን ዘይኮነስ ናይቶም ውዱቓት ሰባት ድኻም እዩ ነይሩ (ሮሜ 7)። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ልዕልና የሱስ ኣብ ልዕሊ ሙሴ ይገልጽ፡ ነቲ “ሕጊ” ኸኣ ድኹምን ዘይጠቅምን እዩ ይብሎ (እብ፡ 8፡ 13)።

▣ **“እቲ ዝሓለፈ ትእዛዝ”** እዚ ነቲ ስርዓት ሌዋውያን ወይ ከኣ ብሕጋጋት ሙሴ ዚግለጽ ብሉይ ኪዳን የመልክት።

▣ **“ድኹምን ዘይጠቅምን ስለ ዝኾነ”** ነዚ ሓረግዚ ንምትርጓም ሮሜ 7ን ገላትያ 3ን ሓገዝቲ እዮም። ሕጊ ኣምላኽ ኣይኮነን ድኹም ነይሩ፡ እቲ ውዱቕ ፍጥረት ሰብ እዩ ድኹም ነይሩ፡ ስለዚ ኸኣ እቲ ሕጊ ናይ ምጥዓይ ክእለቱ ኺገብር ኣይከኣለን!

7፡ 19 **“ሕጊ ንሓደ እኳ ኣብ ፍጻሜ ኣየብጽሖን”** ገላትያ 3 ንበብ፡ ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ኸኣ ርአ።

▣ **“ናብ ኣምላኽ እንቐርበላ”** እዚ ቐንዲ ሓሳብ እዩ (ጥቕሲ 25፤ 4፡ 16፤ 10፡ 1)። እቲ ጸሓፊ፡ ሕጊ ሙሴ ምስ ኵሉ ናይ ሌዋውያን ክህነቱን መስዋእትታቱን ንሰብ ናብ ኣምላኽ ኣብ ምምጻእ ፈሺሉ። እቲ ሊቀ ኻህንና የሱስ ግን ኣይፈሸለን፡ ኣይኪፈሽልን ከኣ እዩ (እብ፡ 10፡ 22፥ ያእ፡ 4፡ 7)።

ኣስተውዕል፡ የሱስ ዝሔሸ ኺዳን ኣምጺኡ፡ ግናኸ ከምቲ እቶም ካህናት ዚግብኦም ዚገብሩ ዝነበሩ ሕጂውን ሰባት ነዚ ሓድሽ ኪዳን መልሲ ኺህቡ ኣሎዎም (ሕጂ ኣመንቲ ኸም ጥርኑፍ ጕጅለ ናይ ሓድሽ ኪዳን ካህናት እዮም 2ጴጥ፡ 2፡ 5፤ 9፥ ራእ፡ 1፡ 6)።

▣ **“እትሓይሽ”** ናይ እብ፡ 7፡ 7 ምሉእ መግለጺ ተመልከት።

7፡ 20 እዚ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ካብ መዝ፡ 110፡ 4 (ከም እብ፡ 7፡ 16) ዝተወሰደ ተወሳኺ ጥቕሲ እዩ።

7፡ 21 **“ብዘይ ማሕላ ኸም ዘይኮነት”** ተስፋታት እግዚኣብሄር ኪእመኑ ኣሎዎም፡ ምኽንያቱ ብድሕሪ እዞም ተስፋታት ናይ እግዚኣብሄር ባህርይን ሓይልን ስለ ዘሎዉ (ኢሳ፡ 46፡ 10)። እዚ ማሕላ ዚብሃል ዘሎ ነቲ ኣብ እብ፡ 6፡ 13 - 17 ተዘርዚሩ ዘሎ መዝ፡ 110፡ 4 ዚጠቅስ እዩ።

7፡ 22 **“መድሕን”** እቲ ናይዚ ቓልዚ ናይ እብራይስጢ መሰረታዊ ሓሳቡ “ኣብ ኢድ ዝኣተወ መብጽዓ” ማለት እዩ፡ እዚ ኸኣ ርግጽነት የመልክት። ኣብ ግሪኽ ከኣ ናይ ልቓሕ ወይ ቤት ማእሰርቲ ዋሕስ ንምምልካት ኬገልግል ጀሚሩ። ኣብ ናይ ሮማ ሕጊ ድማ ነቲ ብሕጋዊ መገዲ ዚግብኣካ ውሕስነት ዘሎዎ ነገር የርኢ። የሱስ ንናይ ሓድሽ ኪዳን ብቐዓት ዜረጋግጽ ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ትሕጃ እዩ።

▣ **“ዝሔሸ ኺዳን”** ኤር፡ 31፡ 31 - 34 ብዛዕባዚ “ሓድሽ ኪዳን” ይዛረብ (ህዝ፡ 36፡ 22 - 36)። ኣብዚ ሓድሽ ኪዳንዚ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸን ዝፈረየን ውሽጣዊ ሕጊ እዩ ዜድሊ፡ ኣብ ናይ ሰብ ግብሪ ዚምርኮስ ደጋዊ ሕጊ ኣይኮነን ዜገድስ።

ብዛዕባቲ “ዝሔሸ” ዚብል ቃል ናይ እብ፡ 7፡ 7 ዝርዝር መግለጺ ርአ።

**እብ። 7። 23 - 25**

**“እቲኣቶምሲ ኸይነብሩ ብሞት ስለ እተኸልከሉ። ብዙሓት ካህናት ነበሩ፣ እዚ ግና ንዘለኣለም ዚነብር ስለ ዝኾነስ። ዘይሓልፍ ክህነት ኣለዎ፣ ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ። ኵሉ ግዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ። ፈጺሙ ኼድሕኖም ይኽእል እዩ፣”**

7፡ 23 እዚ ኣብ መንጎ የሱስን ካህናት ብሉይ ኪዳንን ዚግበር ዘሎ ኻልእ ንጽጽር እዩ። እዚ ንብዝሓምን ናይ ክህነቶም ንውሓት ግዜን ይምልከት።

7፡ 24 እዚ ኣብ ዘፍጥረት 14ን መዝሙር 110ን ዝተሰረተ ናይ ራብያት (ካህናት ኣይሁድ) መደምደምታ እዩ። ኣብ ዘፍጥረት 14 ወለዶ መልከጼዴቅ ኣይተዋህበን፡ መዝሙር 110 ከኣ ንመልከጼዴቅ ዚእምት ኮይኑ “ዘለኣለም” ዚብል ቃል ይጥቀም (መዝ፡ 110፡ 4ለ)።

7፡ 25 **“ፈጺሙ ኼድሕኖም”** እዚ ቓልዚ ብዙሕ ሓበሬታታት ይእምት። የሱስ ምሉእ ብምሉእ፡ ንዅሉ፡ ንዘለኣለም (እብ፡ 10፡ 14) ኬድሕን ይኽእል፡ ምኽንያቱ ን”ዘለኣለም” ዝሔሸ ኻህን ኮይኑ ስለ ዚነብር። ናይ እብ፡ 3፡ 14 ውሕስነት ዚብል ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።

▣ **“ነቶም”** እዚ ንዅሉ ዘርኢ ሰብ ዝተዋህበ ዕድመ እዩ! ዚደለየ ይምጻእ (ዮሃ፡ 1፡ 12፥ ሮሜ፡ 10፡ 9 - 13፥ 1ጢሞ፡ 2፡ 4፥ 2ጴጥ፡ 3፡ 9)።

▣ **“ንቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ”** የሱስ መደብ እግዚኣብሄር ንምድሓን እዩ (ዮሃ፡ 10፡ 9፤ 14፡ 6)። ዚደለየ ይመጽእ፡ ግናኸ ብእምነት ብየሱስ ክርስቶስ ኪመጹ ኣሎዎም፡ ብእምነት ከኣ ኪቕጽሉ ኣሎዎም (ቀጻሊ ተግባር)።

▣ **“ኵሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝዀነ”** ዕዮ የሱስ ብመስቀል ኣይወድኣን፡ ሎሚውን ንኣመንቲ ይጽልን ይልምንን ኣሎ (እብ፡ 9፡ 24፥ ኢሳ፡ 53፡ 12፥ ሮሜ፡ 8፡ 34፥ 1ዮሃ፡ 2፡ 1)።

> **እብ። 7። 26 - 28**
>
> **“ከምዚ ዘመሰለ ኽፍኣትን ርኽሰትን ዜብሉ። ካብ ሓጥኣን እተፈልየ። ካብ ሰማያት ከኣ ልዕል ዝበለ ቅዱስ ሊቀ ኻህነት ኣድለየና፣ ንሱ ኸምቶም ካልኦት ሊቃውንቲ ኻህናት ቅድም ምእንቲ ሓጢኣት ርእሱ። ደሓር ድማ ምእንቲ ሓጢኣት ህዝቢ ኣብ ጸጽባሕ መስዋእቲ ኬቕርብ ዘየድልዮ እዩ እሞ። ርእሱ ንመስዋእቲ ምስ ወፈየ። ሓንሳእ ንሓዋሩ ገበሮ፣ ሕግስ ድኻም ንዘለዎም ሰባት እዩ ሊቃውንቲ ኻህናት ኪኾኑ ዚሽሞም፤ እቲ ድሕሪ ሕጊ ዝመጸ ማሕላ ግና ንዘለኣለም ፍጹም ዝኾነ ወዲ እዩ ዚሸይም፣”**

7፡ 26 እዚ ምናልባት ካብ ናይ ቀደም መዝሙር ወይ ቅኔ ዝተወስደ ጥቕሲ ኪኸውን ይኽእል (ከም ፊሊ፡ 2፡ 6 - 11፥ 1ጢሞ፡ 3፡ 16፥ 2ጢሞ፡ 2፡ 11 - 13፥ ምናልባትውን 1ጢሞ፡ 1፡ 17፤ 6፡ 15 - 16)። እቲ “ቅዱስ” ዚብል ቃል ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (LXX) “ርሕሩሕ”፤ “መሓሪ” ማለት ኪኸውን ይኽእል (መዝ፡ 16፡ 10)። እቲ “ርኽሰት ዜብሉ” ዚብል ቃል ናይ መስዋእቲ ቓል እዩ፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዙሕ ሳዕ “ጎደሎ ዜብሉ” ተባሂሉ ተተርጒሙ ኣሎ። እዚ ግሩም ዝኾነ ንክርስቶስ ናይ ምእ’ማን ጽማቕ ትሕዝቶ እዩ።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ንጹህ: የዋህ: ክፍኣት ዜብሉ: ብዘይ ወቐሳ**

ሀ. መ'ኸፈቲ ሓሳባት

1. እዚ ጽንሰ-ሓሳብዚ ብስነ-መለኮታዊ ኣዘራርባ ነቲ ቅድሚ ሓጢኣት ዝነበረ ናይ ሰብ መበቆላዊ ኸነታት ይገልጽ (እዚ ማለት ዘፍጥረት 1: ገነት ኤድን)፣
2. ሓጢኣትን ዕልወትን ነዚ ናይ ኣምላኽን ሰብን ፍጹም ሕብረት ኣዕንይዎ (ዘፍጥረት 3)፣
3. ሰባት (ተባዕታይን ኣነስታይን) ብምስልን መልክዕን እግዚኣብሄር ስለ እተፈጥሩ: እቲ ምስ እግዚኣብሄር ዝነበሮም ሕብረት ኪምለሰሎም ይናፍቑ (ዘፍ: 1: 26- 27)፣
4. እግዚኣብሄር ምስ ሓጥእ ወድሰብ ብብዙሕ መገድታት ተዛሚዱ ኣሎ

   ሀ. ንኣምላኽ ዜፍቅሩ መራሕቲ (ኣብርሃም: ሙሴ: ኢሳይያስ)

   ለ. ናይ መስዋእቲ ስርዓት (ዘሌዋውያን 1- 7)

   ሐ. ኣምላኻዊ ኣብነታት (ኖህ: እዮብ)

5. መወዳእታኡ እግዚኣብሄር ንመሲህ ሂቡ

   ሀ. ከም ናይ ርእሱ ምሉእ ምግላጽ

   ለ. ከም ናይ ሓጢኣት ፍጹም መስዋእቲ

6. ክርስትያናት ጎደሎ ዜብሎም ዚኾኑ በዞም ዚስዕቡ እዮም

   ሀ. ብሕጋዊ መገዲ በቲ ክርስቶስ ዘውርሶም ጽድቂ

   ለ. ቀስ እናበለ ብዚምዕብል መገዲ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ዕዮ

   ሐ. ዕላማ ክርስትና ንክርስቶስ ምምሳል እዩ (ሮሜ: 8: 28- 29፥ ኤፌ: 1: 4): እዚ ማለት ብተግባር ናይቲ ኣብ ግዜ ውድቀት ካብ ኣዳምን ሄዋንን ዝጠፍአ ምስሊ ኣምላኽ ምሕዳስ እዩ፣

7. ሰማይ: ምምላስ (ምሕዳስ) ናይቲ ኣብ ገነት ኤድን ዝነበረ ፍጹም ሕብረት እዩ፣ ሰማይ ካብ ክብሪ እግዚኣብሄር ናብታ እተሓደሰት ምድሪ (2ጴጥ: 3: 10) እትወጽእ ሓድሽ የሩሳሌም እዩ (ራእ: 21: 2)፣ መጽሓፍ ቅዱስ ብሓደ ዓይነት ኣርእስቲ ይጀምርን ይዛዝምን፣

   ሀ. ምስ እግዚኣብሄር ቀረባን ውልቃውን ሕብረት

   ለ. ኣብ ናይ ቦታ ኣታኽልቲ ሃዋህው (ዘፍጥረት 1 - 2ን ራእይ 21 - 22)

   ሐ. ብትንቢታዊ መግለጺ: ብናይ እንስሳታት ህላወን ምሕዝነትን (ኢሳ: 11: 6 - 9)

ለ. ብሉይ ኪዳን

1. ናይ ፍጽምና: ንጽህና: የዋህነት ትርጉም ዝሓዙ ብዙሓት በበይኖም ናይ ግሪኽ ቃላት ስለ ዘሎዉ: እቲ ኹሉ ረቂቕ ዝምድናታቶም ምስማይን ምግላጽን ኣሸጋሪ እዩ፣
2. እቶም ናይ ፍጽምና: ንጽህና ወይ የዋህነት ትርጉም ዝሓዙ ቐንዲ ቓላት (ብመሰረት ናይ ሮበርት ቢ. ገርድልስቶን ሲኖኒምስ ኦቭ ዘ ኦልድ ተስታመንት: ገጽ 94- 99)

   ሀ. *ሻሎም* (ቢ.ዲ.ቢ. 1022)

   ለ. *ታማም* (ቢ.ዲ.ቢ. 1070)

   ሐ. *ካላሀ* (ቢ.ዲ.ቢ. 478)

3. እቲ እታ ናይ መጀመርያ ቤተ ክርስትያን ትጥቀመሉ ዝነበረት ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ንመብዛሕትኦም እዞም ቃላት ናብቶም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዘሎዉ ብናይ ተራ ህዝቢ ቛንቋ ግሪኽ (ቆይን) ዝተጻሕፉ ቓላት ተርጒምዎም
4. እቲ ቐንዲ ሓሳብ ምስ ናይ መስዋእቲ ስርዓት ዝተተሓሓዘ እዩ፣

   ሀ. *ኣሞሞስ* (ዘጽ: 29: 1፥ ዘሌ: 1: 3፤ 10፤ 3: 1፤ 6፤ 9፥ ዘሁ: 6: 14፥ መዝ: 26: 1፤ 11)

   ለ. *ኣምያንቶስ ኣስፒለስ ናይ ኣምልኾ ጣኦት ስምዒትውን ይህቡ እዮም*

ሐ. ሓድሽ ኪዳን

1. እቲ ሕጋዊ ሓሳብ

   ሀ. ኣብ እብራይስጢ እቲ ሕጋዊ ናይ ኣምልኾ ትርጉም በቲ *ኣሞሞስ* እዩ ዚግለጽ (ኤፌ: 5: 27፥ ፊሊ: 2: 15፥ 1ጴጥ: 1: 19)

   ለ. ኣብ ግሪኽ ዘሎ ሕጋዊ ትርጉም (1ቆሮ: 1: 8፥ ቆሎ: 1: 22)

2. ክርስቶስ እቲ በይኑ ሓጢኣት ዜብሉ: መንቅብ ዜብሉ: የዋህ እዩ (*ኣሞሞስ* እብ: 9: 14፥ 1ጴጥ: 1: 19)
3. ሰዓብቲ ክርስቶስ ንእኡ ኺመስሉ ኣሎዎም (ኣሞሞስ ኤፌ: 1: 4፤ 5: 27፥ ፊሊ: 2: 15፥ ቆሎ: 1: 22፥ 2ጴጥ: 3: 14፥ ይሁዳ ጥቕሲ 24፥ ራእ: 14: 5)
4. እዚ ሓሳብዚ ንመራሕቲ ኣብያተ ክርስትያን ንምግላጽውን የገልግል እዩ

   ሀ. *ኣነግክለቶስ* "መንቅብ ዜብሎም" (1ጢሞ: 3: 10፥ ቲቶ: 1: 6 - 7)

   ለ. *ኣነፒለፕቶስ* "መንቅብ ዜብሉ" ወይ ከኣ "ብዘይ መንቅብ" (1ጢሞ: 3: 2፤ 5: 7፤ 6: 14፥ ቲቶ: 2: 8)

5. እቲ "ርኽሰት ዜብሉ" (*ኣምያንቶስ*) ዚብል ሓሳብ ነዞም ዚስዕቡ የገልግል

   ሀ. ንባዕሉ ንክርስቶስ (እብ: 7: 26)

   ለ. ንናይ ኣመንቲ ርስቲ (1ጴጥ: 1: 4)

6. ናይ "ምልኣት" ወይ "ጥዕና" ሓሳብ (*ሆሎክለርያ* ግብ: 3: 16፥ 1ተሰ: 5: 23፥ ያእ: 1: 4)
7. እቲ "ብዘይ ጉድለት": ንጹህ የዋህነት ዚብል ሓሳብ ዚገልጽ ቃል *ኣመምፕቶስ* እዩ (ሉቃ: 1: 6፥ ፊሊ: 2: 15፤ 3: 6፥ 1ተሰ: 2: 10፤ 3: 13፤ 5: 23)

8. እቲ “ብዘይ ነውሪ” ዚብል ሓሳብ በቲ *ኣምመቶስ* ዚብል ቃል ይግለጽ (2ጴጥ: 3: 14)
9. እቲ “ብዘይ ርስሓት” “ርኽሰት ዜብሉ” ዚብል ሓሳብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ቓላት ኣብ ዘሎውዎም ንባባት መጽሓፍ ቅዱስ ተዘውቲሩ ይርከብ (1ጢሞ: 6: 14፥ ያእ: 1: 27፥ 1ጴጥ: 1: 19፥ 2ጴጥ: 3: 14)

*መ. ብዝሒ ናይቶም ኣብ እብራይስጥን ግሪኽን ዘሎዉ ነዚ ሓሳብዚ ዚገልጹ ቓላት: ኣገዳስነት እቲ ሓሳብ የንጸባርቕ፣ እግዚኣብሄር ንድሌትና ብክርስቶስ ኣማሊእዎ ኣሎ: ሕጂ ኸኣ ንእኡ ኽንመስል ይደልየና፣*

*ኣመንቲ ብሳላ ዕዮ ክርስቶስ “ጻድቃን”፤ “ንጹሃን” ተባሂሎም መንፈሳዊ ቦታን ሕጋዊ መሰልን ተዋሂቦም ኣሎዉ፣ ሕጂ እምበኣር ኣመንቲ እቲ ርስቶም ኪወርሱ ኣሎዎም፣ “ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ: ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና”* (1ዮሃ: 1: 7)፣ *“ነቲ እተጸዋዕኩምሉ ጽውዓ ብቑዓት ኴንኩም ክትመላለሱ”* (ኤፌ: 4: 1፤ 17፤ 5: 2፤ 15)፣ *የሱስ ነቲ ምስሊ ኣምላኽ መሊስዎ ኣሎ፣ እምበኣር ሕጂ ጥቡቕ ሕብረት ዚከኣል ኮይኑ ኣሎ: ግናኸ ኣስተውዕል እግዚኣብሄር ከምቲ ወዱ ዝገበሮ ንባህርዩ ዜንጸባርቑ ህዝቢ ይደሊ፣ ንሕና ዝተጸዋዕና ንቅድስና እዩ* (ማቴ: 5: 20፤ 48፥ ኤፌ: 1: 4፥ 1ጴጥ: 1: 13 - 16)፣ *ንናይ እግዚኣብሄር ቅድስና: ብመዓርግና ጥራይ ዘይኮነስ ብተግባር: ኣብ ተሞኩሮና!*

▣ ***“ካብ ሓጥኣን እተፈልየ”*** *እዚ ድሮ ኣብ ልዕሊ ክርስቶስ ዝተፈጸመ ተግባር የመልክት። ናይ የሱስ ሰብኣውነት ኣይኮነን ዚገልጽ* (ፊሊ፡ 2፡ 6 - 7)፡ *ሓጢኣት ከም ዜብሉ እዩ ዚዛረብ* (እብ፡ 4፡ 15፤ 9፡ 14፥ 2ቆሮ፡ 5፡ 21፥ 1ጴጥ፡ 2፡ 22፥ 1ዮሃ፡ 2፡ 1፤ 3፡ 5)።

▣ ***“ካብ ሰማያት ከኣ ልዕል ዝበለ”*** *እዚ* 1. *ናይ ብሉጽነት መግለጺ* 2. *ነቶም ምድሓን ንምርካብ ብናይ መላእኽቲ ደረጃ ምሕላፍ የድሊ* (እብ፡ 4፡ 14) *ዚብሉ ዝነበሩ መናፍቓን* (*መምህራን ሓሶት*) *ዚጠቕስ፥ ወይውን* 3. *ንትንሳኤ ወይ ዕርገት ዜመልክት መገዲ ኪኸውን ይኽእል።*

7፡ 27 *እዚ ምስ መዓልቲ ዕርቂ ዚዛመድ ይመስል* (ዘሌ፡ 16)፡ *ኣብዚ ግን ነቶም ብብመዓልቱ ዚቐርቡ ዝነበሩ መስዋእትታት* (*መቐጸልታ ብሉይ ኪዳን*) *ንምግላጽ ኣገልጊሉ ኣሎ። ኣብቲ ዳሕረዋይ እምነት ኣይሁድነት እቲ ሊቀ ኻህናት ኣብ ጸጽባሕ መስዋእቲ ኣብ ምቕራብ ይሳተፍ ከም ዝነበረ ታሪኻውን ናይ ካህናት ኣይሁድ* (*ራባያት*) *መረጋገጽን ኣሎ፡ ኣብቲ ናይ ቤተ መቕደስ ዘመን ግን ከምኡ ዘይነበረ ኪኸውን ይኽእል። ናይ እብ፡* 2፡ 17 *የሱስ ከም ሊቀ ኻህናት ዚብል ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።*

▣ ***“ወፈየ”*** *እዚ እቲ ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን* (*ሰፕተዋጅንት*) *ኣብ ኢሳ፡* 53፡ 11 *“ኺጸውር” ተባሂሉ ዘሎ ቓል እዩ። ገለ ሰባት ነዚ ነቲ ናብ እግዚኣብሄር ዚዓርግ ዝነበረ ትክን መስዋእትን ዜመልክት እዩ ይብሉ።*

▣ ***“ሓንሳእ ንሓዋሩ ገበሮ”*** *መልእኽቲ እብራውያን እቲ ሓንሳእ እተኸፍለ ሞት የሱስ ዝለዓለ ፍጹም መስዋእቲ ኽም ዝኾነ ኣሕሚሙ የመልክት። እዚ ሓንሳእ ዝተገብረ ምድሓንን ይቕሬታን ንዘለኣለም*

እዩ ብዓወት ተዛዚሙ ("ሓንሳእ" (*ኤፋፓክስ*) እብ፡ 7፡ 27፤ 9፡ 12፤ 10፡ 10 ከምኡውን "ሓንሳእ ንሓዋሩ" (*ሃፓክስ*) እብ፡ 6፡ 4፤ 9፡ 7፤ 26፤ 27፤ 28፤ 10፡ 2፤ 12፡ 26፤ 27)። እዚ ተደጋጋሚ መረጋገጺ ናይቲ ብዓወት ዝተፈጸመ መስዋእቲ እዩ።

▣ **"ርእሱ... ምስ ወፈየ"** የሱስ ናይታ ሰማያዊት መቕደስ (እብ፡ 9፡ 24) ሊቀ ኻህናትን (መዝ፡ 110፡ 4) መስዋእትን (ኢሳ፡ 53፡ 10) እዩ። እዚ ዓንዲ ናይቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዘሎ የሱስ ኣብ ክንዲ ሰብ ዝኸፈሎ ኻሕሳ ዘዝርዝር ሓሳብ እዩ (ማር፡ 10፡ 45፥ ሮሜ፡ 8፡ 3፥ 2ቆሮ፡ 5፡ 21)።

7፡ 28 **"ሕግስ ድኻም ንዘለዎም ሰባት እዩ ሊቃውንቲ ኻህናት ኪኾኑ ዚሸሞም፡ እቲ ድሕሪ ሕጊ ዝመጸ ቓል ማሕላ ግና"** እዚ ኣብ መንጎ እቶም ናይ ሙሴ ናይ ስርዓታት ጽሑፋትን እቲ ኣብ መዝ፡ 110፡ 4 ዘሎ "ማሕላ" ንጽጽር እዩ።

▣ **"ወዲ እዩ ዚሸይም"** የሱስ ኣካል ስድራቤት ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ዝለዓለ ኻህን እዩ ("ወዲ" እብ፡ 1፡ 2፤ 3፡ 6፤ 5፡ 8)። እዚ ጥቕሲዚ ነተን ናይ ንጉስን ናይ ካህንን መዛሙር ዝኾና መዝ፡ 2ን መዝ፡ 110ን ዜዋሃህድ ይመስል። የሱስ ብናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ማሕላ ንኽልቲኦም ናይ ብሉይ ኪዳን ቅብኣታት ኣብ ሓደ ይጽምብሮም።

▣ **"ንዘለኣለም ፍጹም ዝኾነ"** እዚ ድሮ ኣብ ልዕሊ የሱስ ዝኾነ ተግባር እዩ ዜመልክት። ብኣዘራርባ ሰብ ንሱ ብስቓይ ፍጹም ኮይኑ፡ እዚ ፍጽምና እዚ ኸኣ ይቕጽል ኣሎ (እብ፡ 2፡ 10፤ 5፡ 8 - 9)። ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።

### መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጕዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብኾሉ መዳዮም ንኽተስተብህለሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ንሊቀ ኽህነት የሱስ ዚምልከት ሓሳብ ንኼብስሎ ስለምንታይ እዩ ነዊሕ ግዜ ወሲዱ?
2. ሌዊ ኸመይ ገይሩ እዩ ምስ መልከጼዴቅ ዚተሓሓዝ?
3. መዝ፡ 110 ከመይ ገይራ ምስ ዘፍ፡ 14፡ 18 - 20 ትዛመድ?
4. ስለምንታይ እዩ መልከጼዴቅ ከም ኣብነት መሲህ ዜገልግል?
5. መልከጼዴቅ መን እዩ?

# እብራውያን 8

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጕም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።

1. ቀዳማይ ምዕራፍ
2. ካልኣይ ምዕራፍ
3. ሳልሳይ ምዕራፍ
4. ወዘተ...

**ናይቲ ሃዋህው (ኹነታት) መረዳእታ፡ እብ፡ 8፡ 1 - 13**

ሀ. እዚ ንባብዚ፡ ነባቢ ኽሳብ ክንደይ ብስለት ከም ዜድልዮ ዜመልክት ናይ ሓደ ስሙር መልእኽቲ ኣካል እዩ። እዚ ኽፍልዚ ኻብ እብ፡ 5፡ 11 ኽሳብ እብ፡ 10፡ 18 ይዝርጋሕ። እቲ ኣብ እብ፡ 5፡ 12 ኽሳብ እብ፡ 6፡ 20 ዘሎ መጠንቀቕታ ሰጊርና ማለት እዩ።

ለ. ከምቲ እብ፡ 2 ንመዝ፡ 8 ተጠቒማ መልእኽታ ዘማዕበለት፡ እብ፡ 3ን እብ፡ 4ን ንመዝ፡ 110 መሰረት ገይረን መልእኽተን ይሃንጻ፡ እብ፡ 8 ኸኣ ንኤር፡ 31፡ 31 - 34 ትጥቀም (እብ፡ 10 ኸኣ ንመዝ፡ 40 ኽትጥቀም እያ)።

ሐ. እታ ኣብ እብ፡ 6፡ 19 - 20ን እብ፡ 8፡ 2ን ተኣሚታ ዘላ ሓቀኛ ናይ ሰማይ ድንኳን ክሳብ ምዕራፍ 9 መልእኽታ ምሉእ ብምሉእ ኣይተገልጸን።

## *ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ*

**እብ። 8። 1- 13**

***"ሕጂ ድማ ነዚ እንብሎ ዘሎና ኣውራ ነገር እዚ እዩ፥ ንሕናስ ኣብ ሰማያት ኣብ የማን ዝፋን ግርማ እተቐመጠ። ናይቲ። ጎይታ ደኣ እምበር። ሰብ ዘይተኸሎ መቕደስን ድንኳን ሓቅን ኣገልጋሊ። ከምዚ ዘመሰለ ሊቀ ኻህናት ኣሎና፣ ሊቀ ኻህናት ዘበለ መባእን መስዋእትን ኬቕርብ ይሸየም እዩ እሞ። ስለዚ ነዚውን ገለ ዜቕርቦ ኺህልዎ ብግዲ እዩ፣ እምብኣርከ ኣብ ምድሪ እንተ ዚኸውንሲ። ከምቲ ሕጊ ገይሮም መባእ ዜቕርቡ ስለ ዘለዉ። ንሱ ከቶ ኻህን ኣይምኾነን ነይሩ። እቲኣቶም ናይታ ሰማያዊት ምስልን ጽላሎታን ዜገልግሉ። ንሙሴ። እቲ ድንኳን ኪገብር ኪደሊ ኸሎ። ብራእይ ከም እተባህለሉስ። ዅሉ ኽምታ ኣብ ከረን ዝርኤኻያ ምስሊ ኽትገብር ኣስተብህል። በሎ፣ ሕጂ ግና ንሱ ማእከላይ ኣብ እትሓይሽ ተስፋ እተሰረተ። ዚበልጽ ኪዳንውን ከም ዝኾነ። ክሳዕ ክንድዚ ዝበለጸ ኣገልግሎት ረኸበ፣ ነቲ ቐዳማይ ኪዳን መነቀፌ እንተ ዘይህልዎ። ነቲ ኻልኣይሲ ስፍራ ኣይምተደልዮን ነይሩ፣ ስለዚ ኸኣ እናነቐፎም ከምዚ ይብል። እንሆ። ምስ ቤት እስራኤልን ምስ ቤት ይሁዳን ሓድሽ ኪዳን ዝኣትወለን መዓልትታት ኪመጻ እየን። ይብል እግዚኣብሄር። ከምታ ብኢዶም ሒዘ ኻብ ምድሪ ግብጺ ኽውጽኦም ከሎኹ መዓልቲ ምስ ኣቦታቶም ዝኣቶኽዎ ኺዳን ኣይኮነን፣ ንሳቶም ብኺዳነይ ኣይጸንዑን እሞ። ኣነውን ሸለል በልክዎም። ይብል እግዚኣብሄር፣ ድሕሪ እተን መዓልትታት እቲኣተን ምስ ቤት እስራኤል ዝኣትዎ ኺዳን እዚ እዩ፥ ንሕጋጋተይ ኣብ ሓሳቦም ከእትዎ ኣብ ልቦምውን ክጽሕፎ እየ። ኣነ ኣምላኽ ክኾኖም እየ። ንሳቶምውን ህዝቢ ኪኾኑኒ እዮም። ይብል እግዚኣብሄር፣ ዓመጻኦም ክምሕር እየ እሞ። ንሓጢኣቶምውን ድሕርዚ ኣይክዝክሮን እየ። ካብ ንእሽቶኦም ክሳዕ ዓብዩኦም ዚፈልጡኒ ስለ ዝኾኑ። ነፍሲ ወከፍ ንወዲ ዓዱን ነፍሲ ወከፍ ንሓዉን፥ ንእዝጊ ፍለጦ። ኢሉ ኣይኪምህሮን እዩ፣ ሓድሽ ኪዳን ብምባሉ ነቲ ቐዳማይ ኣእረጎ፣ እቲ ዝኣረገን ዝበለየን ግና ንጥፍኣት ቀረባ እዩ፣"***

**እብ፡ 8፡ 1 "ኣውራ ነገሩ"**

እዚ ኻብ ሓደ ቕርጺ ናይቲ ናይ ግሪኽ ቃል ዝኾነ *ከፋል* (ትርጕሙ ርእሲ) ዝፈልፈለ እዩ። ብምሳሌኣዊ ኣገባብ ከኣ ናይ ገንዘብ ጠቕላላ ድምር የመልክት (ግብ፡ 22፡ 28)። እቶም ጥንታውያን ሰባት፡ ቍጽርታት ኪድምሩ እንከሎዉ ናብ ታሕቲ ዘይኮነስ ናብ ላዕሊ ገጾም እዮም ዚድምሩ ነይሮም። እዚ ቓልዚ እዚ ዚስዕብ ተወሳኺ ምሳሌኣዊ ትርጕም ነይርዎ፡- 1. ናይቲ ቐሪቡ ዘሎ መልእኽቲ ዝዓበየ መካትዒ ነጥቢ ወይ ከኣ 2. ናይቲ ድሮ ዝቐረበ ኽትዕ ጽማቝ።

▣ "**ሊቀ ኻህናት**" እዚ ናይ የሱስ ክርስቶስ መዓርግዚ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ጥራይ እዩ ዚርከብ (እብ፡ 2፡ 17፤ 3፡ 1፤ 4፡ 14- 15፤ 5፡ 10፤ 6፡ 20፤ 7፡ 26፤ 8፡ 1፤ 3፤ 9፡ 11፤ 25)። ናይቲ መሲህ ናይ ክህነት ባህሪ ኣብ መዝ፡ 110፡ ከምኡ ድማ ኣብ ዘካ፡ 3ን 4ን ተጋሂዱ ኣሎ። ንሱ ካህንን መስዋእትን እዩ (ኢሳ፡ 53)። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ክንዲ ደቅሰብ ይቐርብ፡ ነቲ ናይ ሓጢኣት ሽግር ከኣ መፍትሒ ገይሩ ንርእሱ የቕርብ።

▣ **"እተቐመጠ"** እዚ እቲ ቐጻሊ ኣገልግሎት መዝ፡ 110፡ 2 እዩ። ነቲ ናይ ክርስቶስ ውዱእ ዕዮ እያ እተመልክት። ግናኸ ናይ ክህነት ዘይኮነስ ንጉሳዊ ቓና (ሓበሬታ) እዩ ዘሎዋ። ዋላ ሓደ ካህን ኣይተቐመጠን (ኮፍ ኣይበለን)፡ ነገስታት ጥራይ እዮም ዚቕመጡ (እብ፡ 1፡ 3 ኣወዳድር)።

▣ **"ኣብ የማን"** እዚ ንናይ ስልጣንን ሓይልን ስፍራ ዜመልክት ሰብኣዊ ኣገላልጻ እዩ (እብ፡ 1፡ 3፤ 13፤ 8፡ 1፤ 10፡ 12- 13፤ 12፡ 2፥ ግብ፡ 2፡ 33- 35)።

▣ **"ኣብ ሰማያት... ዝፋን ግርማ"** እግዚኣብሄር መንፈስ ስለ ዝኾነ ብዓይኒ ዚርአ ዝፋን የብሉን። እዚ ንእግዚኣብሄር ብናይ ሰብ ቃላትን ኣመዳድባን ዚገልጽ ሰብኣዊ ኣበሃህላ እዩ። እዚ ስም እግዚኣብሄር ከይጠቐስካ፡ ብዙሓት ቃላት ብምጥቃም ወይ ብተዘዋዋሪ መገዲ ንእግዚኣብሄር ምምልካት እዩ (እብ፡ 12፡ 2)።

እቲ 'ሰማያት' ዚብል ቃል ከምቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘሎ ድርብ (ብዙሕ) ቃል እዩ። ድርብ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ንብዙሕ ደረጃታት ዜመልክት ስለ ዝኾነ እዩ፡-

1. ነቲ ኣዕዋፍ ዚበራሉን ደበናታት ዚስርሑሉን ልዕሊ ምድሪ ዘሎ ኸባቢ ኣየር ስለ ዜመልክት (ዘፍ፡ 1፡ 1)
2. እቲ ናይ ሰማይ መብራህቲ፡ ጸሓይ፡ ወርሒ፡ ከዋኽብትን ፕላነታትን ዘሎውዎ ኮኾባዊ ሰማይ (ዘፍ፡ 1፡ 14)
3. ናይ እግዚኣብሄርን መላእኽቱን ፍሉይ ህላወ ዘሎዎ ቦታ

ራባያት (ካህናት ኣይሁድ) ሰማያት ሰለስተ (2ቆሮ፡ 12፡ 2) ወይስ ሸውዓተ (እዚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ የልቦን፡ ካብ ናይ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ናይ ራባያት ጽሑፋት እዩ) ዚብል ክትዕ ብዙሕ ሳዕ ነይርዎም። እዚ ናይ ሰማያት በበይኑ ደረጃታት ኣብ ዘዳ፡ 10፡ 14፥ 1ነገ፡ 8፡ 27፥ መዝ፡ 68፡ 33፤ 148፡ 4 ንረኽቦ። እቶም ግኖስቲካውያን (ምድሓን ዚረኽቡ ፍሉይ ፍልጠት ዘሎዎም ሒደት ሰባት እዮም ኢሎም ዚምህሩ ዝነበሩ መናፍቓን- መምህራን ሓሶት) ነዚ ናይ ሰማያት ብዙሕ ደረጃታት፡ ናይ መላእኽቲ ናይ ስልጣን ቦታታት ንምባል ተጠቒሞሙሉ። ግናኸ፡ የሱስ በዞም ደረጃታት ሓሊፉ እዩ (እብ፡ 4፡ 14)። ኣብ መልእኽቲ እብራውያን እቲ *ኡራኖስ* (ሰማይ) ዚብል ቃል፡ ነጸላ ኾይኑ ወይስ ድርብ ስነ-መለኮታዊ ኣገዳስነት የብሉን (እብ፡ 9፡ 23 ኣንጻር 9፡ 24)።

8፡ 2 **"ድንኳን"** እዚ ነታ ኣብ ሰማይ ዘላ ፍጽምቲ ድንኳን ዜመልክት እዩ (እብ፡ 6፡ 19 - 20)። እታ ኣብ ከረን ሲና ንሙሴ እተገልጸትሉ እሞ ኣብቲ ናይ ምድረ በዳ ናይ ምኹብላል ዘመን እተሃንጸት ድንኳን ናይዛ ፍጽምቲ ድንኳን ቅዳሕ እዩ (እብ፡ 9፡ 11፤ 24)።

▣ **"ጎይታ ደኣ እምበር፡ ሰብ ዘይተኸሎ"** እዚ ምናልባት ነቲ ኣብ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ዘሎ ዘጸ፡ 33፡ 7 (እግዚኣብሄር ዚርከበሉ ፍሉይ ቦታ) ዚእምት ኪኸውን ይኽእል። ወይውን ነቲ ብእግዚኣብሄር ዝተሰርሐ ሰማያዊ ድንኳን ንምጥቃስ ዜገልግል ካልእ መገዲ ኪኸውን ይኽእል (እብ፡ 11፡ 10)።

8፡ 3 **"ኬቕርብ"** እዚ ኣብቲ ናይ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ ደቂ ሰብ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ዜተኩር እዩ። እዚ መስዋእቲ እዚ ህይወቱ እዩ።

8፡ 4 “ኣብ ምድሪ እንተ ዚኸውንሲ፡… ንሱ ከቶ ኻህን ኣይምኾነን ነይሩ” እዚ ኻልኣይ ደረጃ ኹነታዊ ሓሳብ እዩ፡ ኣንጻር ሓቂ ተባሂሉ ኸኣ ይጽዋዕ (እብ፡ 4፡ 8፤ 7፡ 8፤ 8፡ 4፤ 7፤ 10፡ 2፤ 11፡ 15)። የሱስ ካብቲ ኽህነት ዚምልከቶ ናይ ሌዋውያን ነገድ ኣይነበረን፡ ካብቲ ናይ ንግስነት ነገድ ዝኾነ ነገድ ይሁዳ እዩ ነይሩ። ናይ የሱስ ናይ ክህነት ኣገልግሎት ኣብ መወዳእታኡ ኣብ ሰማይ እዩ ተፈጺሙ።

8፡ 5 “ናይታ ሰማያዊት ምስልን ጽላሎትን” እቶም “ምስልን” “ጽላሎትን” ዚብሉ ቓላት ናይቲ ሰዓቢ ፕላቶ ዝነበረ ኻብ 20 ዓመተ ዓለም (ቅድሚ ልደት ክርስቶስ) ክሳዕ 42 ዓመተ ምህረት (ድሕሪ ልደት ክርስቶስ) ብህይወት ዝነበረ ኣይሁዳዊ ጸሓፍን ፍላስፋን ፊሎ በዓል እስክንድርያ ጽሑፋት የዘኻኽሩ። ፊሎ ንብሉይ ኪዳን ንሕብረተሰብ ግሪኽ ዜገድስ ምእንቲ ኺገብሮን ትምህርቲ ፕላቶ ናይ ያህወ መንነት ንምርዳእ ዚጠቅም መገዲ ምኻኑ ንምጥባቕን ንብሉይ ኪዳን ብመልክዕ ዚትርጉሙ ስእላዊ መግለጺታትን ዛንታታትን የቕርቦ ነይሩ።

እዚ ንባብ መልእኽቲ እብራውያን ግን ንፊሎ ኣየንጸባርቕን እዩ። እዚ ንባብዚ ነቲ ሙሴ ኣብቲ ናይ ምድረበዳ ጒዕዞ ኣብ ከረን ሲና ቕዳሕ እታ ሰማያዊት መቕደስ ተቐቢሉ ዚብል ናይ ኣይሁድ ዛንታ ዜንጸባርቕ እዩ። ተመሳሳሊ ኣተሓሳስባ ኣብቶም ናይ ምዉት ባሕሪ ብራናታት ኣሎ፡ እዚ ንሰማያዊ ሓሳብ ብምድራዊ ቕርጺ ናይ ምውካል ኣተሓሳስባ እምበኣር ንፕላቶ (ናይ ግሪኽ ፍልስፍና) ጥራይ ዚብጽሖ ኣይነበረን። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ንቤተ መቕደስ ሰሎሞን ወይውን ቤተ መቕደስ ሄሮዶስ (ዋላውን ስርዓታቶም) ዘይምዝካሩ ዜገርም እዩ። እዞም ቤተ መቕደሳት እዚኣቶም፡ ዘይከምታ ናይ ምድረ በዳ ድንኳን፡ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም ኣይነበሩን (ዘጸ፡ 25 - 40)፡ ዋላኳ መደባት ሰሎሞን ብእግዚኣብሄር ዝተደረኸ እዮም ነይሮም ንምባል 1ዜና፡ 28፡ 19 ዝበለጸ መረጋገጺ ዚህብ እንተ ኾነ።

እቲ እታ ቐዳመይቲ መቕደስ ምስሊ እታ ኣብ ሰማይ ዘላ ናይ ሓቂ መቕደስ እያ ዚብል ናይ ኣይሁድ ያታዊ እምነት ኣብዞም ዚስዕቡ ጥቕስታት ኪርኤ ይከኣል 1. ዘጸ፡ 25፡ 9፤ 40፥ 2. ራእ፡ 11፡ 19፤ 13፡ 6፤ 15፡ 5፥ 3. 2ባሩኽ 4፡ 5፥ 4. መስዋእትን ዕርገትን ኢሳይያስ 7፡ 10፥ 5. ጥበብ 9፡ 8፥ 6. ናይ ፍላቭዩስ ዮሰፈስ *ጥበባት ኣይሁድ* 3፡ 6፡ 1።

እዚ ንባብዚ ንምህሮ ፕላቶ ኼንጸባርቕ ኣይክእልን እዩ፡ ምኽንያቱ እታ ናይ ሰማይ መቕደስ እትጭበጥ ክዉንቲ ኣካል እያ። ኣብ ምህሮ ፕላቶ እቲ ሰማያዊ ነገር ኣብ ሓሳብ ወይ ኣእምሮ ዘሎ፡ መንፈሳዊ ኽዉንነት እዩ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ግን እቲ ሰማያዊ ነገር ዚርአ ኣካላዊ ኽዉንነት እዩ። ሰማይ ሓሳብ/ ኣምር/ ተምሳል ጥራይ ኣይኮነን፡ ሓደ ሓቀኛ መዳይ ናይ ፍጥረት እዩ (ቆሎ፡ 1፡ 16)።

ሓደ መዓልቲ እቲ ሰማያዊ መቕደስ ኬቋርጽ እዩ (ራእ፡ 21፡ 22)። ኣብዚ ዘመንዚ ኣገልግሎቱ ስለ ዝወድአ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዓለም ኣይከድልን እዩ!

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ቕርጺ ወይ መልክዕ (ቱፖስ)**

እቲ ሽግር እቲ ብዙሕ ኣገልግሎታት ዘሎዎ ቱፖስ ዚብል ቃል እዩ፣

1. ሙልቶንን ሚሊጋንን ዘ ቮካብለሪ ኦቭ ዘ ግሪክ ኒው ተስታመንት ኣብ ዚብል መጽሓፎም ገጽ 645

ሀ. ንድፊ

ለ. መደብ

ሐ. ናይ ምጽሓፍ መልክዕን ቅጥዕን

መ. ድንጋገ ወይ ኣዋጅ

ሠ. ብይን ወይ ውሳነ

ረ. ንዚፍውስ ጣኦት ከም ናይ መስዋእቲ መብጽዓ ዚቐርብ ናይ ኣካል ሰብ ቅርጺ

ሰ. ንትእዛዛት ሕጊ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዜገልግል ናይ ተግባር ቃል (ግሲ)

2. ግሪክ-ኢንግሊሽ ለክሲከን ኣብ ዚብል ናይ ሉውን ኒዳን መጽሓፍ: ቅጽ 2: ገጽ 249
ሀ. በሰላ (ዮሃ: 20: 25)

ለ. ምስሊ (ግብ: 7: 43)

ሐ. ቅርጺ (እብ: 8: 5)

መ. ኣብነት (1ቆሮ: 10: 6፥ ፊሊ: 3: 17)

ሠ. መርኣዪ/ ተምሳል (ሮሜ: 5: 14)

ረ. ዓይነት (ግብ: 23: 25)

3. ሃሮልድ ኬ. ሙልቶን ኣብቲ // ኣናሊቲካል ግሪክ ለክሲከን ሪቫይዝድ ዚብል መጽሓፉ ገጽ 411
ሀ. ሽንካር (ነኳል): ማሕተም: ምልክት (ዮሃ: 20: 25)

ለ. ሕንጻጽ

ሐ. ምስሊ (ግብ: 7: 43)

መ. ቅዋመ ወይ ትልሚ (ሮሜ: 6: 17)

ሠ. ቅርጺ: ትርጕም (ግብ: 23: 25)

ረ. ስእሊ: መጻምድቲ (1ቆሮ: 10: 6)

ሰ. ትጽቢት ዚግበረሉ ቕርጺ ወይ ምልክት (ሮሜ: 5: 14፥ 1ቆሮ: 10: 11)

ሸ. ኣብነታዊ ንድፊ (ግብ: 7: 44፥ እብ: 8: 5)

በ. ሞራላዊ ንድፊ (ፊሊ: 3: 17፥ 1ተሰ: 1: 7፥ 2ተሰ: 3: 9፥ 1ጢሞ: 4: 12፥ 1ጴጥ: 5: 3)

ኣብዚ ሃዋህውዚ: ኣብ ቍጽሪ በ ዘሎ ሓሳብ ዝበለጸ ኣማራጺ ይመስል፣ ወንጌል ናይ ምህሮን

ኣብዚ ሃዋህውዚ። ኣብ ቍጽሪ በ ዘሎ ሓሳብ ዝበለጸ ኣማራጺ ይመስል፣ ወንጌል ናይ ምህሮን ኣነባብራን ትርጕማት ዘሎውዎ እዩ፣ እቲ ብክርስቶስ ዚወሃብ ናይ ምድሓን ህያብ። ከም ክርስቶስ ምንባር ከኣ ይሓትት!

▣ **"በሎ"** እዚ ኻብ ዘጸ፡ 25፡ 40 ዝተረኸበ ጥቕሲ እዩ። እቲ መቕደስ ናይ ሙሴ ሓሳብ ኣይኮነን ነይሩ፡ ናይ እግዚኣብሄር ራእያ እዩ ነይሩ።

8፡ 6 **"ክሳዕ ክንድዚ ዝበለጸ ኣገልግሎት ረኺበ"** እዚ በቲ በዓል ቤት ድሮ ንዝተፈጸመ ተግባር ኣመልካቲ እዩ። ልክዕ እዚ ንብሉጽነት የሱስ ዜመልክት መግለጺዚ ብዛዕባ መላእኽቲውን ኣብ እብ፡ 1፡ 4 ኣገልጊሉ ኣሎ።

**"ማእከላይ... ዚበልጽ ኪዳንውን ከም ዝኾነ"** ኵላቶም እቶም ኣብ ጥቕሲ 6 ዘሎዉ ግስታት ድሮ ንዝተወድኡ ተግባራት ዚገልጹ እዮም። ከምቲ ቕድሚኡ ዝተጠቕሰ ግሲ፡ እዚውን ድሮ ንዝተፈጸመ ተግባር ኣመልካቲ እዩ።

እቲ "ማእከላይ" ዚብል ቃል፡ መንጎኛ ዜመልክት ናይ ሕጊ ቓል እዩ። ከምቲ ኻህን ኣብ መንጎ ቅዱስ እግዚኣብሄርን ሓጥእ ሰብን ዚቐውም፡ የሱስውን ከም ማእከላይ ይቐውም (እብ፡ 9፡ 15፤ 12፡ 24፥ 1ጢሞ፡ 2፡ 5)። እዚ ንዕዮ ሊቀ ኻህናት ዜመልክት ተወሳኺ መገዲ እዩ።

▣ **"ኣብ እትሓይሽ ተስፋ እተሰረተ"** እዚ ብኻልእ ኣካል ድሮ ንዝተፈጸመ ተግባር ኣመልካቲ እዩ። እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ንስልጣን የሱስ ልዕሊ ሕጊ ሙሴ ኽም ዚሰርዖ በታ እተጠቕመላ "እትሓይሽ" እትብል ቃል የረጋግጽ (ናይ እብ፡ 7፡ 7 መግለጺ ርአ)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ኪዳን**

እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ቃል *በሪት* (ቢዲቢ 136) ወይ ኪዳን ንምግላጹ ቐሊል ኣይኮነን፣ ኣብ እብራይስጢ ምስኡ ዚሳነ ግሲ የልቦን፣ ናይቲ ቓል ሱር ከመይ ኢሉ ኽም ዝማዕበለ ንምርካብ ዝተገብሩ ጻዕርታት ኣዕጋቢ ውጽኢት ኣየምጽኡን፣ ግናኸ እቲ ቓል ርኡይ ዝኾነ ማእከላይ ስፍራ ዝሓዘ ስለ ዝኾነ። ነቲ ተግባራዊ ትርጕሙ ንምፍላጥ ናይቲ ቓል ኣጠቓቕማ ኼጽንዑ ንሊቃውንቲ ኣገዲድዎም፣

ኪዳን። እቲ በይኑ ሓቀኛ ኣምላኽ ምስቲ ሰብኣዊ ፍጥረቱ ዚዛመደሉ መገዲ እዩ፣ ነቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ራእይ ንምርዳእ። ናይ ኪዳን። ውዕል ወይ ስምምዕ ኣምር ወሳኒ እዩ፣ ኣብ መንጎ ሉኣላውነት እግዚኣብሄርን ናይ ሰብ ናጻ ፍቓድን ዘሎ ምውጣጥ ኣብቲ ናይ ኪዳን ሓሳብ ብንጹር ይርአ፣ ገለ ኺዳናት ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ባህሪ። ተግባራትን ዕላማን ዝተሰረቱ እዮም፣

1. ፍጥረት ንባዕሉ (ዘፍጥረት 1- 2)
2. ጻውዒት ኣብርሃም (ዘፍጥረት 12)
3. ኪዳን ምስ ኣብርሃም (ዘፍጥረት 15)
4. ሓለዋን ተስፋን ንኖህ (ዘፍጥረት 6- 9)

ግናኸ ኪዳን ብባህርዩ ምላሽ ይሓትት

1. ኣዳም ብእምነት ንእግዚኣብሄር ኪእዘዞን ካብታ ኣብ ማእከል ገነት ኤድን ዘላ ኦም ከይበልዐ ኺተርፍ ናይ ግዲ ነይርዎ
2. ኣብርሃም ብእምነት ቤተ ሰቡ ኺሓድግ። ንእግዚኣብሄር ኪስዕቦን ብድሕሪኡ ዚመጽኡ ዘርኡ ኸም ዚህልዉ ኺኣምንን ናይ ግድን ነይሩ
3. ኖህ ብእምነት ካብ ማይ ርሒቑ ዓባይ መርከብ ኪሃንጽን እንስሳታት ኪእክብን ነይርዎ (ዘፍጥረት 6 - 9)
4. ሙሴ ብእምነት ንእስራኤላውያን ካብ ግብጺ ኣውጽኦም። ናይ በረኸትን መርገምን ተስፋታት ዘሎዎም ዝርዝራውያን ናይ ሃይማኖትን ማሕበራዊ ህይወትን ሕጋጋትውን ተቐቢሉ (ዘዳግም 27 - 28)

ልክዕ እዚ ንዝምድና እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ዜጠቓልል ውጥረትዚ በቲ “ሓድሽ ኪዳን” እዩ ፍታሕ ዚረክብ፣ ንህዝቅኤል 18ን ህዝቅኤል 36። 27 - 37ን እንተ ኣወዳደርናዮም እዚ ውጥረትዚ ብንጹር ይርአ፣ እቲ ኺዳን ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ናይ ጸጋ ተግባራት ድዩ ዚምርኮስ ወይስ ኣብቲ ሰብ ብስልጣኑ ዚህቦ ምላሽ? እዚ ናይ ብሉይን ሓድሽን ኪዳናት ርሱን ጕዳይ እዩ፣ ዕላማታት ክልቲኦም ኪዳናት ሓደ ዓይነት እዮም። 1. ነቲ ኣብ ዘፍጥረት 3 ዝጠፍአ ሕብረት ምምላስ 2. ባህሪ እግዚኣብሄር ዜንጸባርቕ ጻድቕ ህዝቢ ምጥራይ፣

እቲ ናይ ኤር። 31። 31 - 34 ሓድሽ ኪዳን ናይ እግዚኣብሄር ተቐባልነት ንምርካብ ናይ ሰብ ግብሪ ኸም ዘየድሊ ብምግባር ነቲ ውጥረት ይፈትሖ፣ ሕጂ ሕጊ እግዚኣብሄር ደጋዊ ተግባር ዘይኮነስ ውሽጣዊ ድሌት ኮይኑ ኣሎ፣ ንእግዚኣብሄር ዜፍቅር ጻድቕ ህዝቢ ናይ ምህናጽ ዕላማ ኣይተለወጠን። እቲ ሜላ ግን ተለዊጡ፣ እቶም ውዱቓት ደቂ ሰብ ናይ እግዚኣብሄር ነጸብራቕ

ኪኾኑ ብቑዓት ኮይኖም ኣይተረኽቡን፣ እቲ ሽግር ኣብቲ ኺዳን ኣይኮነን ነይሩ። ኣብ ናይ ሰብ ሓጥእነትን ድኻምን እዩ ነይሩ (ሮሜ 7፥ ገላትያ 3)፣

እቲ ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ሄነት ዝተመርከሱን ኣብ ሄነት ዘይተመርከሱን ብሉይ ኪዳናት ዘሎ ወጥሪ ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን ቀጺሉ ኣሎ፣ ምድሓን በቲ ውዱእ ዕዮ ክርስቶስ ፍጹም ናጻ እዩ። ግናኸ ኣብ መጀመርያን ብቐጻልን ንስሓን እምነትን ይሓትት፣ ምድሓን ሕጋዊ ኣዋጅን ንክርስቶስ ናይ ምምስላ ጻውዒትን እዩ። ተቐባልነት ከም ዝረኸብካ ዜመልክት መግለጺን ናይ ቅድስና ትእዛዝን እዩ! ኣመንቲ ብግብሮም ኣይኮኑን ዝደሓኑ። እዙዛት ንኪኾኑ እዮም ድሒኖም (ኤፌ። 2። 8 - 10)፣ ኣምላኻዊ ህይወት ምንባር ምድሓን ዚርከበሉ መገዲ ኣይኮነን። ናይ ምድሓን መረጋገጺ እዩ፣

8፡ 7 “እንተ” እዚ ኻልኣይ ደረጃ ዅነታዊ ኣበሃህላ እዩ፡ ኣንጻር ክዉንነት ተባሂሉ እዩ ዚጽዋዕ (ጥቕሲ 4)። እዚ ናይቲ ኽትዕ ቀንዲ ነጥቢ እዩ። ሓደ ብርኡይ ጌጋ ዝኾነ ነጥቢ ስነ-መለኮታዊ ሓሳብ ንምህናጽ ኣገልጊሉ ኣሎ። እቲ ቐዳማይ ኪዳን እቲ ዚድለ ምሕዳስን ጽድቅን ኣየፍረየን።

8፡ 8 **"ስለዚ ኸኣ እናነቐፎም"** እቲ ሕጊ ዘይኮነስ፡ ድኻም ሰብ እዩ ነይሩ እቲ ሽግር (ሮሜ፡ 7፡ 12፤ 16፥ ገላትያ 3)።

▣ **"ይብል"** ጥቕስታት 8- 12 ካብ ኤር፡ 31፡ 31 - 34 ብነዊሕ ዝተወስዱ ጥቕስታት እዮም። እቲ ዚዛረብ ዘሎ ያህወ እዩ፥ ግናኸ ኣብ ጥቕሲ 10፡ 15 ተመሳሳሊ ሓረግ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ይዛረብ። ድርኺት ብሉይ ኪዳን እንሓንሳእ ንመንፈስ ቅዱስ ይወሃብ፡ እንሓንሳእ ከኣ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ይወሃብ።

▣ **"ሓድሽ ኪዳን"** እዚ ናይ ትንቢት ኤርምያስ ንባብ (ኤር፡ 31፡ 31 - 34) ኣብ ምሉእ ብሉይ ኪዳን እቲ በይኑ ብዛዕባ "ሓድሽ" ኪዳን ዚዛረብ እዩ፡ ኣብ ህዝ፡ 36፡ 22 - 38 ግን መግለጺ ተዋሂብዎ ኣሎ። እዚ ንኣይሁድ ኣዝዩ ዜሰንብድ ነይሩ ኪኸውን ኣሎዎ።

▣ **"ቤት እስራኤል"** እዚ ናይ ህዝቢ እግዚኣብሄር ምትእኽኻብ የመልክት። እታ ሕብርቲ ዝነበረት ንግስነት (ናይ ሳኦል፡ ዳዊት፡ ሰሎሞን) ብ922 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ተመቒላ፡ እቶም ኣብ ትሕቲ የሮብዓም ቀዳማይ ዝነበሩ ናይ ሰሜን ነገዳት እስራኤል ተባሂሎም፡ እቶም ናይ ደቡብ ነገዳት ከኣ ኣብ ትሕቲ ሮብዓም ይሁዳ ተባሂሎም።

8፡ 9 **"ዝኣቶኽዎ ኺዳን ኣይኮነን"** እቲ ፍልልይ ኣብ ባህሪ ወይ ዕላማ ዘይኮነስ ኣብ ብልሓት (ሜላ) እዩ።

▣ **"ከምታ ብኢዶም ሒዘ...ኸውጽኦም ከሎኹ መዓልቲ"** እዚ ንያህወ ኸም ኣቦ ዚጠቅስ እዩ (ሆሴ፡ 11፡ 1 - 4)።

▣ **"ኣነውን ሸለል በልክዎም"** እዚ ብመሰረት ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ሰፕተዋጅንት (LXX) ዝተተርጎመ እዩ። እቲ ናይ ማሶረቲክ ጽሑፍ "ዋላኳ ኣነ ንዓኣቶም ሰብኣይ እንተ ነበርኩ" ዚብል ይውሰኾ።

▣ **"ሓሳቦም"** እዚ ነቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) እዩ ዚመስል፡ እቲ ናይ ማሶረቲክ ጽሑፍ ግን "ኣብ ውሽጦም" ዚብል ሓረግ ኣሎዎ። እዚ እቲ ብሉይ ኪዳን ካብ ሓድሽ ኪዳን ዚፍለየሉ መገዲ እዩ። እቲ ብሉይ ብህዝ፡ 18፡ 31 እዩ ዚልለ፡ እቲ ሓድሽ ከኣ ብህዝ፡ 11፡ 19፤ 36፡ 26 - 27 እዩ ዚልለ።

▣ **"ልቦም"** እዚ ነቲ ኹለንተና ሰብ እዩ ዚጠቅስ (ዘዳ፡ 6፡ 6፤ 11፡ 18፤ 30፡ 6፤ 14)። ናይ እብ፡ 3፡ 8 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ **"ኣነ ኣምላኽ ክኾኖም እየ፡ ንሳቶምውን ህዝቢ ኪኾኑኒ እዮም"** እዚ ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ ውዕል መምርሒ እዩ።

8፡ 11 እቶም ናይ ግሪኽ በኸሪ ጽሑፋት ኣብ መንጎ እቶም "ወዲ ዓዲ" "ሓው (ጎረቤት)" ዚብሉ ቓላት ምልውዋጥ ኣሎ። በቲ ቛንቋ እብራይስጢ ብዛዕባ ናይ ኪዳን ኣሕዋት ዘሎዎ ኣረዳድኣ፡ እቲ ናይ ቃላት ምልውዋጥ ናይ ትርጉም ለውጢ ኣየምጽእን እዩ። ኣብቶም ጥንታዎትን ዝያዳ ቕቡላት ዝኾኑን ናይ ግሪኽ ጽሑፋት ግን "ወዲ ዓዲ" ዚብል ቃል ዝበለጸ ተቐባልነት ኣሎዎ ($P^{46}$፤ א፤ A፤ B፤ D፤ K፤ L፤ ከምኡውን እቶም ዳሕረዎት ንኣሽቱ ናይ ኢድ ጽሑፋት)።

**8፡ 12 እዚ ናይ ሓድሽ ኪዳን ማዕርነት እዩ (ኤር፡ 31፡ 31 - 34)። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብ ሉቃ፡ 22፡ 20፣ 1ቆሮ፡ 11፡ 25፣ 2ቆሮ፡ 3፡ 6ን እብ፡ 8፡ 8፤ 9፡ 15ን ተጠቒሱ ኣሎ። ኵሎም ንእግዚኣብሄርን ፍቓዱን መገዱን ስለ ዝፈልጡ፡ መራሕቲ ኣይከድልዩን እዮም። እቶም እግዚኣብሄር ይቕረ ዝበሎም ኣበሳታት ኣይዝክሮምን እዩ (ክልተ ግዜ ዝተደግመ ተሪር ኣሉታዊ ኣበሃህላ)። እቶም ምሉእ ምሕረት ዚህቡ ናይ ብሉይ ኪዳን ተስፋታት ዜገርሙ እዮም (መዝ፡ 103፡ 3፤ 8 - 14፣ ኢሳ፡ 1፡ 18፤ 38፡ 17፤ 43፡ 25፤ 44፡ 22፣ ሚክ፡ 7፡ 19)።**

**8፡ 13ለ “እቲ ዝኣረገን ዝበለየን ግና ንጥፍኣት ቀረባ እዩ”** እዚ ሓረግዚ ብዙሕ ርእይቶ ዜድልዮ እዩ። መጀመርያ፡ እቲ ታሪኻዊ ሃዋህው ዘክሮ። ገለ ጕጅለ ናይ ሰባት ምስ ሕጊ ሙሴ ዝተጣበቑ ኣሎዉ፡ እቶም ካልእ ጕጅለ ኸኣ ናብ ሕጊ ሙሴ ኺምለሱ ዚሓስቡ ዘሎዉ እዮም።

ካልኣይ፡ እዚ ንሕጊ ጥራይ ከም መገዲ ምድሓን ዚርኢ እዩ። ብሉይ ኪዳን ካብ እግዚኣብሄር ዝተረኽበ ምግላጽ እዩ ነይሩ፡ ሕጂውን ናይ እግዚኣብሄር ምግላጽ እዩ (ማቴ፡ 5፡ 17 - 19)። ሕጊ ሙሴ ሕጂውን ኣብ መደብ እግዚኣብሄር ዕላማ ኣሎዎ (ገላ፡ 3)። ናይቲ ውዱቕ ሰብ ሓጥያትን ናይ ምድሓን ድሌትን እናኣርኣየ ንሰባት ናብ ክርስቶስ የምጽኦም። ንእግዚኣብሄርን መገዱን ክንርዳእ ይሕግዘና። ኣብ መፈጸምታ ኺበጽሕ ዘሎዎ ተስፋ ስለ ዝኾነ ምስ ሓድሽ ኪዳን ዝተዛመደ እዩ። ሕጊ ሙሴ ምድሓን ኬምጽእ ኣይከኣለን፡ ብሰንኪ ድኻምን ሓጥእነትን እቲ ውዱቕ ወድሰብ።

## መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጕዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብኸሉ መዳዮም ንኽተስተብህለሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. ስለምንታይ እዩ እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ልዑል ናይ የሱስ ሊቀ ኽህነት ኣጽኒዑ ዚዛረበሉ?
2. መልእኽቲ እብራውያን ብናይ ግሪኽ ፍልስፍና (ፕላቶኒዝም) ዝተጸልወ ድዩ?
3. ስለምንታይ እዩ ኤር 31፡ 31- 34 ተጠቒሱ?
4. ስለምንታይ እዩ ጥቕሲ 12 ኣዝዩ ኽቡር ተስፋ?
5. ሕጊ ሙሴ ምስ ናይ ሓድሽ ኪዳን ክርስትያናት ብኸመይ ይዛመድ?

# ምዕራፍ 9

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

*እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚሀብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኹም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።*

*ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጕም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።*

1. *ቀዳማይ ምዕራፍ*
2. *ካልኣይ ምዕራፍ*
3. *ሳልሳይ ምዕራፍ*
4. *ወዘተ...*

**ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ**

9። 1 - 5

***"ደጊም ነቲ ቐዳማይ ኪዳን ድማ ነገልግሎት እግዚኣብሄርን ንምድራዊ መቕደስን ሕጋጋት ነይርዎ፣ ድንኳን ተተኺሉ ነበረ እሞ። ኣብታ ቐድም እትርከብ። ቅድስቲ። እትብሃል ክፍሊ ቐንዴልን ሰደቓን እንጌራታት ምርኣይን ነበራ፣ ብኸንየው እቲ ኻልኣይ መጋረጃ ግና ኣብቲ ድንኳን። ቅድስተ ቅድሳን። እትብሃል ነበረት። ኣብኣ ጽንሃህ ወርቅን ብኹሉ ወገኑ ብወርቂ እተለበጠ ታቦት ኪዳንን ነበረ እሞ። ንሱ ነተን ማና ዝሓዘት ፍዮ ወርቅን ዝጠጥዔት ዘንጊ ኣሮንን ጽላት ኪዳንን ዚሕዝ ነበረ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ነቲ መንበር ጸጋ ዜጽልሉ ናይ ክብሪ ኪሩቤል ነበሩ፣ ብዛዕባዚ ሕጂ በብናቱ ኽንዛረበሉ ዘይኮነልና እዩ፣"***

9፡ 1 **“ቐዳማይ”** እቶም ኣብታ ድንኳን ዚግበሩ ዝነበሩ ስርዓታት መስዋእትን ኣምልኾን ኣብ ኦሪት ዘሌዋውያን እዮም ዚርከቡ።

▣ **“ኪዳን”** እዚ ኣብቲ ናይ ግሪኽ ጽሑፍ የልቦን። መብዛሕትኦም ካልኦት ትርጕማት መጽሓፍ

ቅዱስ ግን ከም ውሁብ ይወስድዎ። ግናኸ ኤች. ኢ. ዳና ኣብቲ ጂዊሽ ክሪስችያኒቲ ዚብል መጽሓፉ፡ ገጽ 255 እቲ ቓል “ቀዳማይ ኣገልግሎት” ተባሂሉ ኺትርጎም ኣሎዎ ይብል። ምኽንያቱ ምዕራፍ 9 ናይቲ ብሉጽ ኣገልግሎት ክርስቶስ ካልእ መረጋገጺ ስለ እተቕርብ ዘላ (ምስ እብ፡ 8፡ 6 ኣነጻጽሮ)። ከምኡውን ኣብ ገጽ 255 ምንጽጻር የካይድ።

| እቲ ቐዳማይ ኣገልግሎት | እቲ ኻልኣይ ኣገልግሎት |
|---|---|
| ምድራዊ ኣገልግሎት- “ምድራዊ” | ሰማያዊ ኣገልግሎት- “ካብዚ ፍጥረት እዚ ዘይኮነ” |
| ሰብኣዊ መሳርሒ- “ድንኳን ተተኺሉ ነበረ እሞ” | ኣምላኻዊ መሳርሒ- “ብኢድ ዘይተገብረ” |
| ደጋዊ ውጽኢታት- “ነቲ ኣገልጋሊ መቕደስ ብሕሊናኡ ፍጹም ኪገብሮ ዘይከኣሎ” | ውሽጣዊ ውጽኢታት- “ንስኻትኩም ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ኽንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ” |
| ብባህርዩ ግዜያዊ እዩ- “እቲ ዘመን ምቕናዕ ክሳዕ ዚበጽሕ፡ ስጋዊ ስርዓት ጥራይ እዩ” | ብባህርዩ ነባሪ እዩ- “ተስፋ ናይ ዘለኣለም ርስቲ” |

9፡ 2 **“ድንኳን”** እዚ ነቲ ኣብ ምድረ በዳ ኻብ ቦታ ናብ ቦታ ዚግዕዝ ዝነበረ ተንቀሳቓሲ ድንኳን የመልክት። እዚ ኣብ ዘጸ፡ 25 - 27 ብዝርዝር ተገሊጹ ኣሎ፡ ኣብ ዘጸ፡ 36 - 38፤ 40 ኸኣ ተሃኒጹ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ውሽጣዊ ድንኳን ከም ቀዳማይ (ላዕለዋይ) ድንኳን (ቅድስቲ) ይጽውዖ፡ ነቲ ኻልኣይ ከኣ (ውሽጣዊ) ድንኳን (ቅድስተ ቅዱሳን) ይብሎ።

▣ **“ቐንዴል”** እዚ ዘይቲ ኣውሊዕ ዚበርሃለን ሸውዓተ ጽዋኣት ዝነበርኦ ቐንዴል እዩ። ኣብቲ ቅድስቲ ይቕመጥ ነበረ። ኣብ ዘጸ፡ 25፡ 31- 40ን ዘሌ፡ 24፡ 1- 4ን ተጠቒሱ ኣሎ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ሜኖራ ይብሃል ነይሩ። ብቛንቋ እብራይስጢ “ቀንዴል” (መትሓዝ ቀንዴል) ማለት እዩ። ንጉስ ሰሎሞን ነቲ ቐንዴል ናብ ዓሰርተ ኣእዳው ኣዕብይዎ (1ነገ፡ 7፡ 49፥ 2ዜና፡ 4፡ 7)። እቲ ቐንዴል ናይ ሓቅን ራእይን ብርሃን ይውክል።

▣ **“ሰደቓን እንጌራታት ምርኣይን”** እዚ ኣብታ ቅድስቲ ዝነበረ ዓሰርተው ክልተ ዓበይቲ (ኣስታት ሸውዓተ ኺሎ ግራም ዚምዘኑ) ምቃላት ሕብስቲ ዝሓዘ ሰደቓ እዩ ነይሩ። እቶም ምቃላት ሕብስቲ ኣብ ሰሰሙን ይትክኡ እሞ ንካህናት ይወሃቡ ነበሩ (ዘጸ፡ 25፡ 23 - 30፤ 37፡ 10 - 16፥ ዘሌ፡ 24፡ 5 - 9)። እዞም ምቃላት፡ እግዚኣብሄር ነቶም ዓሰርተው ክልተ ነገዳት እስራኤል ዘተስፈዎ ናይ ትሕዝቶ ህያብ የመልክቱ።

▣ **"ቅድስቲ"** እዚኣ እታ ካህናት በብመዓልቱ ዜገልግሉላ ዝነበሩ ደጋዊት ክፍሊ እቲ ድንኳን እያ። ዓቐና 20 እመት (10 ሜትሮ) ብ10 እመት (5 ሜትሮ) ነበረ (ዘጸ፡ 25- 27)። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነዛ ቓልዚኣ (*ሃጋይ*) ብዙሕ ግዜ "እታ" እትብል ኣመልካቲቶ ብቐድሚኣ ይልቅበላ እሞ (እብ፡ 9፡ 8፤ 25፤ 13፡ 11) ነታ ታቦት ኪዳን ዘተቐመጠላ ውሽጣዊት ወይ ካልኣይቲ ኽፍሊ እቲ ቅዱስ ድንኳን ዝኾነት ቅድስተ ቅዱሳን ንምጽዋዕ ይጥቀመላ (ጥቕሲ 3)። ኣብዚ ጥቕሲዚ ግን እታ ኣመልካቲቶ ተሪፋ፡ እታ ቓል ከኣ ነታ ደጋዊ ኽልተ ሲሶ እቲ ቅዱስ ማሕደር (ድንኳን) እትሽፍን ቅድስቲ ተመልክት።

9፡ 3 **"ካልኣይ መጋረጃ"** እዚ ነቲ ድንኳን ኣብ ክልተ ኽፍልታት መቐልዎ ነይሩ (ዘጸ፡ 26፡ 31- 35)። እብራውያን (እስራኤላውያን) ክልተ ፍሉያት ስማት ነይረንኦም፡ እታ ሓንቲ ነቲ ብኸፊል ክፉት ዝነበረ ናይ ቅድሚት መጋረጃ፤ እታ ካልኣይቲ ኸኣ ነቲ ፈጺሙ ዘይክፈት ውሽጣዊ መጋረጃ ዚውዕላ እየን። እቲ ሊቀ ኻህናት ጥራይ (ክልተ ግዜ) ኣብ መዓልቲ ዕርቂ (ዘሌ፡ 16) ይኣቱ ነበረ።

▣ **"ቅድስተ ቅዱሳን"** እዚኣ ነፍስወከፍ መንደቓ 10 እመት (5 ሜትሮ) ዚልካዕ ፍጽምቲ ኩቦ እያ ነይራ። ነቲ ያህወ ብትእምርቲ ኣብ መንጎ ኣኽናፍ ኪሩቤል ዚነብረሉ ታቦት ኪዳን ዝሓዘት እያ። እቲ ታቦት ናይቲ ዘይርኣ ኣምላኽ ዚርኣ ምልክት እዩ ነይሩ (እስራኤላውያን ናብታ ናይ ተስፋ ምድሪ ምስ ኣተዉ)።

9፡ 4 **"ጽንሃህ ወርቂ"** እዚ ናይ መሰውኢ ቕርጺ ዝነበሮ ኣቕሓ ኾይኑ ኣብ መዓልቲ ዕርቂ ዕጣን ብብዝሒ ይቕመጠሉ ነበረ። እቲ ዕጣን ኣብ መዓልቲ ዕርቂ ሃጊገ ነቲ ኣብ ልዕሊ ታቦት ዝነበረ ህላወ እግዚኣብሄር ንምኽዋል የገልግል ነበረ። እዚ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነዚ ጽንሃህ ወርቂ ኣብታ ቅድስተ ቅዱሳን ዘቐመጠ ይመስል። ካብዚ ተበጊሶም ተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ ቓል ኣብ ክንዲ ጽንሃህ ወርቂ፡ "መዕጠኒ" እዩ ይብልዎ። ምኽንያቱ እቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት)ውን ከም መዕጠኒ እዩ ተርጒምዎ ዘሎ (ዘሌ፡ 16፡ 12፥ 2ዜና፡ 26፡ 19፥ ህዝ፡ 8፡ 11፥ 4መቃብያን 7፡ 11)። ግናኸ እቶም ጸሓፍቲ ታሪኽ ዝኾኑ ፊሎን ዮሰፈስን ንተመሳሳሊ ቓል ነቲ ናይ ዕጣን መሰውኢ ንምጽዋዕ ይጥቀሙሉ። ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ መሰውኢ ምስታ ቅድስተ ቅዱሳን ተተሓሒዙ እዩ ዚንገር (ዘጸ፡ 30፡ 1 - 10፤ 37፥ ብፍላይ ግን ኣብ 1ነገ፡ 6፡ 22)።

ሓዊ ኻብቲ ኣብ ኣፍ ድንኳን ዝነበረ ዓብዪ ናይ መስዋእቲ መሰውያ ይውሰድሞ ኣብዚ ጠጠቅ ዝበለ ንእሽቶ መቐመጢ የንብርዎ ነበሩ። ኣብ ልዕሊቲ ሓዊ፡ ዕጣን ይውሰኽሞ ብዙሕ ትኪ ዑብ ይብል። እዚ ግሩም ዝሽቱኡ ትኪ፡ ኣዒንቲ ሊቀ ኻህናት ነቲ ኣብ ቅድስተ ቅዱሳን ኣብ መንጎ ኣኽናፍ ኪሩቤል ኣብ ልዕሊ ታቦት ኪዳን ዚነብር ያህወ (እግዚኣብሄር) ከይርእያ ይኽውለን ነበረ።

▣ **"ታቦት ኪዳን"** እቲ ታቦት ኣብ ዘጸ፡ 25፡ 10 - 22፤ 37፡ 1 - 9 ተዘርዚሩ ኣሎ።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ታቦት ኪዳን**

I. ዕላማኡ

ሀ. ያህወ ኣብ መንጎ ኣኽናፍ ኪሩቤል ምስ ህዝቡ ዚሰፍረሉ ቦታ (መርገጽ እግሩ 1ዜና: 28: 2፥ መዝ: 132: 7፥ ኢሳ: 66: 1)

ለ. ንዅሎም ዓሌታት ይቕረታ ሓጢኣት ዚወሃበሉ ቦታ (ንእስራኤል፦ ዘሌ: 16ን 1ነገ: 8: 27- 30ን፥ ንጓኖት ወይ ወጻእተኛታት 1ነገ: 8: 41፤ 43፤ 60)

II. ትሕዝቶታቱ

ሀ. ናይ ካህናት ኣይሁድ ያታታት (ዛንታታት)

1. እቶም ያህወ ዓሰርተ ትእዛዛት ዝጸሓፈለን ክልተ ጽላታት እምኒ (ዘጸ: 31: 18፤ 32: 15 - 16)
2. ነተን ጽላታት እምኒ ዚሕዙ ኽልተ ናይ ብሩር ዓንድታት (ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይተጠቕሱ)
3. እስራኤል (ኣሮን) ወርቂ ምራኽ ብምስራሖምን ብምምላኾምን ሙሴ ነተን ክልተ ቐዳሞት ጽላታት ምስ ሰበረን ዝተረኽቡ ስብርባራት (ዘጸ: 32: 19፥ ዘዳ: 9: 17፤ 10: 2)
4. ቅዳሕ ናይ ምሉእ ሕጊ (ዘጸ: 25: 16)
5. ኣብ ካባላ: ምስጢራዊ ኣይሁዳዊ ሃይማኖት ዝተማህዙ ስማት እግዚኣብሄር (1ነገ: 8: 29)

ለ. ንትሕዝቶታት ታቦት ዚምልከቱ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ጥቕስታት (እዞም ጥቕስታት እዚኣቶም ነቶም ኣብ ውሽጢ ታቦት ዝነበሩ ኣቕሑ ድዮም ዜመልክቱ ወይስ ነቶም ኣብ ጎኒ ታቦት ዘሎዉ ርጉጽ ኣይኮነን)

1. ማና ዝመልአ ፍዮ (ዘጸ: 16: 31 - 36)
2. እታ ዝጠጥዔት ዘንጊ ኣሮን (ዘሁ: 17: 4፤ 10፥ እብ: 9: 4)
3. ናይ ፍልስጤማውያን መስዋእቲ በደል (ሓሙሽተ ሕበጥ ወርቅን ሓሙሽተ ኣንጭዋ ወርቅን: 1ሳሙ: 6: 3- 4፤ 8)
4. ናይ ዓሰርተ ትእዛዛት ቅዳሕ (ዘዳ: 10: 4- 5፤ 31: 26)

ሐ. ኣብ 1ነገስት 8 እታ ቤተ መቕደስ ሰሎሞን ኣብ ዝተወፈየትሉ መዓልቲ: እቲ ታቦት እቶም ክልተ ጽላታት እምኒ ጥራይ ሒዙ ኽም ዝነበረ ይፍለጥ (እቶም ዓሰርተ ትእዛዛት 1ነገ: 8: 9)

III. ኪርከበሉ ዚኽእል ኣድራሻ

ሀ. ታሪኻዊ ኣማራጺታት

1. ሺሻቅ (935- 914 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ) ኣብ ሓምሻይ ዓመት (926 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ) ንግስነት ሮብዓም ወዲ ሰሎሞን (1ነገ: 14: 25- 26፥ 2ዜና: 12: 9) ንይሁዳ ምስ ወረራ ናብ ግብጺ ወሲድዎ፣

2. ዳግማዊ ፈርኦን ኔኮ ናብ ግብጺ ወሲድዎ (ዞኣን: ታኒስ: ኣቫሪስ- ነንበይኖም ስማት ናይታ ኣብ ኣፍ ሩባ ዝተቐመጠት ናይ ቀዳማዊ ሰቲ ርእሰ ከተማ)፣ ዳግማዊ ፈርኦን ኔኮ ንዘርኢ ዳዊት ዝኾነ ዮኣሓዝ (ወዲ ዮስያስ) ብ597 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ናብ ስደት ኪኸይድ ዘገደዶ እዩ (2ነገ: 23: 31- 35፥ 2ዜና: 36: 1- 4)
3. ንጉስ ጸድቅያስ ናብ ስደት ምስ ከደን (586 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ) እታ ቤተ መቕደስ ምስ ተቓጸለትን (2ነገ: 25: 9፤ 13- 17፥ 2ዜና: 36: 18) ብዳግማዊ ናቡከድነጻር ናብ ባቢሎን ናብ ቤተ መቕደስ ማርዶክ ተወሲዱ፣

ለ. ያታታት ኣይሁድ

1. ቅድሚ ውድቀት የሩሳሌም: ኤርምያስ ኣብ ከረን ኔቦ / ጺስጋ ሓቢእዎ
2. መጽሓፍ ኣዋልድ ዝኾነ 2ባሮክ: መልኣኽ ሓቢእዎ ይብል
3. ብዘይተፈልጠ መገዲ ተሓቢኡ: ግናኸ ቕድሚ ምምጻእ መሲህ (ሚል: 4: 5) ኤልያስ ኪመልሶ እዩ
4. ኣብ ከረን ገሪዚም (ሴኬም) ኣብቲ ሳምራውያን ንያህወ ቤተ መቕደሶም ዝሰርሑሉ ቦታ ተሓቢኡ

▣ **"ማና ዝሓዘት ፍዮ ወርቂ"** እቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳንን (ሰፕተዋጅንት) ጸሓፊ ታሪኽ ፊሎን እቲ "ወርቂ" (ወርቃዊት) ዚብል ቅጽል ኣሎዎም። እቲ ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን ግን እቲ ቕጽል የብሉን (ዘጸ፡ 16፡ 31- 36)። ዮሰፈስ እታ ፍዮ ኣስታት 2 ሊትሮ ትሕዝ ከም ዝነበረት ይዛረብ። እቲ ማና ኣይበድበደን (ዘጸ፡ 16፡ 18 - 21፤ 22 - 25)።

▣ **"ዝጠጥዔት ዘንጊ ኣሮን"** እታ ዝጠጥዔት ዘንጊ ኣሮን ኣብ ግዜ ዓመጽ ደቂ ቆራሕ እግዚኣብሄር ንመሪሕነት ሙሴን ኣሮንን ከም ዝተቐበሎ መረጋገጺት ነበረት (ዘሁ፡ 17፡ 1 - 11፤ 20፡ 8 - 11)።

▣ **"ጽላት ኪዳን"** እዚ ነቶም ብኣጻብዕ ኣምላኽ ዓሰርተ ትእዛዛት እተጻሕፎም ክልተ ጽላታት እምኒ የመልክት (ዘጸ፡ 25፡ 16፥ ዘዳ፡ 9፡ 9፤ 11፤ 15፤ 10፡ 3 5፤ 31፡ 18፤ 32፡ 15)። ኦሪት ዘዳግምን እያሱ 24ን ናይቶም ክልተ ሽሕ ዓመታት ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ዝነበሩ ሔታውያን ኣገባብ ውዕል ዝተኸተሉ እዮም። ሔታውያን ዚገብርዎም ኪዳናት ክልተ ቕዳሓት ዝሓዙ እዮም ነይሮም፡ እቲ ሓደ ነቲ ዝተገዝአ ንጉስ በብዓመቱ ንኼንብቦ፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ ኣብቲ ቤተ መቕደስ ጣኦት ዚቕመጥ። ስለዚ እቶም ክልተ ጽላታት እምኒ ብኽልተ ቕዳሓት ዝተዳለዉ ሓደ ጽሑፍ ነይሮም ኪኾኑ ይኽእሉ።

9፡ 5 **"ናይ ክብሪ ኪሩቤል"** እዚ ነቶም ኣብ ክልተ ጫፋት እቲ መኽደን መተዓረቒ ዝነበሩ በኽናፎም ነቲ ታቦት ዜጽልሉ ኽልተ ፍጡራት መላእኽቲ ዜመልክት እዩ (ዘፍ፡ 3፡ 24፥ ዘጸ፡ 25፡ 18 - 22፥ ህዝ፡ 10፡ 14፥ ግናኸ ኣብ ህዝ፡ 41፡ 18 እቶም ኪሩቤል ኣርባዕተ ገጽ ዘይኮነስ ክልተ ገጽ ኣሎዎም)። ካብ ሂስትሪ ቻነል ብመልክዕ ቪድዮ ዝቐረበ *ዲኮዲን ዘ ኤክሶደሰ* ዚብል ሓድሽ ምግላጽ ከኣ እዞም ኪሩቤል ፍሉያት ዓይነት ሰባት እዮም ነይሮም ይብል። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባቲ ናይ መላእኽቲ ዓለም ብዙሕ ሓበሬታ ኣየግህድን እዩ። ብዙሕ ግዜ እቲ ህንጡይነትና ነቲ ዝተገልጸ ሓቂ ነዊሕ መገዲ ቐዲምዎ ይሓልፍ። ብዛዕባቲ "ክብሪ" ዚብል ቃል ኣብ እብ፡ 1፡ 3 ርአ።

▣ ***"መንበር ጸጋ"*** እዚ ነቲ "ታቦት ኪዳን" ዚብሃል ካብ ዕንጸይቲ ዝተሰርሐ ሳንዱቕ ዚኸድን ወርቃዊ መኸደኒ እዩ። ሓጢኣት ሰብ "ዚኸደነሉ" ፍሉይ ቦታ እዩ ነይሩ። እዚ ናይዞም ዚስዕቡ ምልክት እዩ ነይሩ

1. ያህወ ኣብ መንጎ ኣኸናፍ እቶም ክልተ ምስሊታት መላእኽቲ ኸም ዝነበረ (ካህናት ኣይሁድ እዚ መርገጽ እግሪ እግዚኣብሄር እዩ ይብሉ ነበሩ)
2. እቲ ሳንዱቕ ነቶም "ዓሰርተ ትእዛዛት" ዝሓዘ ነበረ
3. እቲ ሊቀ ኻህናት ኣብ መዓልቲ ዕርቂ (ዘሌዋውያን 16) ክልተ ግዜ ናብታ ቅድስተ ቅዱሳን ይኣቱ እሞ ኣብቲ መኸደን መተዓረቒ (መንበር ጸጋ) ደም የንብር ነበረ፡ ሓንሳእ ንሓጢኣቱ፡ ሓንሳእ ከኣ ነቶም ኮነ ኢልካ ዘይተገብሩ ሓጢኣት ህዝብታት ብሓፈሻ (ጥቕሲ 7)

ድሌታት እቲ ሕጊ፡ ሳላ እቲ መስዋእቲ ኾይኑ ዝፈሰሰ ደም ኣበር ዘይብሉ እንስሳ ኻብ ዓይኒ ያህወ ተኸዊሎም ተፈጺሞም (ህይወት ኣብ ደም እዩ ዘሎ፥ ሓጢኣት ህይወት እዩ ሓቲቱ)።

**"ብዛዕባዚ ሕጂ በብናቱ ኽንዛረበሉ ዘይኮነልና እዩ"** እዚ ሓላፍነት ንዘይምቕባል ዚግበር እዩ። እዚ ጸሓፊ ሎሚ ኺፍለጡ ዜሸግሩ ዝርዝራት ናይቲ ጥንታዊ ድንኳን ይጥቀም።

> 9፡ 6 - 10
>
> ***"እዚ ኸምዚ ኾይኑ ምስ ተዳለወ። እቶም ካህናት ኵሉ ሳዕ ኣብቲ ናይ ቅድሚት ድንኳን። ኣገልግሎቶም ኬብጽሑ። ይኣትዉ እዮም፣ ኣብቲ ኻልኣይ ግና እቲ ሊቀ ኻህናት በይኑ ሓንሳእ ኣብ ዓመት ይኣቱ። ግናኸ ብዘይ እቲ ምእንቲ ርእሱን ምእንቲ ስሕተት ህዝብን ዜቕርቦ ደም ኣይኣቱን እዩ፣ እቲ ቐዳማይ ድንኳን ገና ቖይሙ ኸሎ። እቲ ናብታ መቕደስ ዜእቱ መገዲ ገና ኸም ዘይተገልጸ። መንፈስ ቅዱስ በዚ የርኢ ኣሎ፣ ንሱ ነዚ ሎሚ ዘሎ ዘመን ምሳሌ እዩ። ከምኡ ገይሮም ነቲ ኣገልጋሊ መቕደስ ብሕሊናኡ ፍጹም ኪገብሮ ዘይከኣሎ መባእን መስዋእትን የቕርቡ ኣለዉ፣ እዚ ምስ መባልዕን መስተታትን በብዓይነቱ ምሕጻብን፣ እቲ ዘመን ምቕናዕ ክሳዕ ዚበጽሕ። ስጋዊ ስርዓት ጥራይ እዩ፣"***

**9፡ 6 "ኵሉ ሳዕ ኣብቲ ናይ ቅድሚት ድንኳን... ይኣትዉ እዮም"** እቶም ካህናት ነቶም ጽዋኣት ሜኖራ (ቀዋሚ ቐንዴል) ብዘይቲ ኺመልእዎም( ዘጸ፡ 27፡ 20 - 21)፤ ነቲ እንጌራ በብሰሙን ኪትክእዎ (ዘሌ፡ 24፡ 8 - 9)፤ ኣብቲ ናይ ዕጣን መሰውኢ ድማ ሒደት ዓቐን ዕጣን ኬቐምጡ (ዘጸ፡ 30፡ 7 - 8) ግድን ነይሩ።

**9፡ 7 "እቲ ሊቀ ኻህናት.... ሓንሳእ ኣብ ዓመት"** እቲ ሊቀ ኻህናት ኣብ መዓልቲ ዕርቂ *(ዮም ኪፑር)* ጥራይ እዩ ዚኣቱ ነይሩ (ዘሌ፡ 16)። "ኪፐር" ዚብል ቃል "ከደነ" ማለት እዩ፥ ብቛንቋ ኣካድያን ድማ "ኣርሓቐ" ማለት እዩ። እብራውያን 9፡ ካብ ካልእ ዝኾነ ይኹን ናይ ሓድሽ ኪዳን ምዕራፍ ንላዕሊ ኣብቶም ብመዓልቲ ዕርቂ ዚግበሩ ዝነበሩ ስርዓታት የተኩር።

▣ **"ምእንቲ ስሕተት"** እቶም ቅድሚ ምኽኖም ኣቐዲሞም ዘይተሓሰቡ ኣበሳታት ጥራይ እዮም በቲ ስርዓት መስዋእቲ ዚእለዩ። ኮነ ኢልካ ዚግበሩ ኣበሳታት ኪኽፈሉ ኣይክእሉን እዮም (ዘሌ፡ 4፡ 2፥ ዘሁ፡ 15፡ 24፤ 27፤ 30፤ 31፥ መዝ፡ 51፡ 17)። እቲ መዓልቲ ዕርቂ ብቐንዱ ነቲ ዘይምንጻህ ህዝቢ ንምውጋድ ዝቖመ እዩ።

9፡ 8 - 10 እዞም ጥቕስታት እዚኣቶም 1. እቲ መበገሲ ፍጥረት ሕጊ ሙሴን 2. ልዕልና ናይቲ ሓድሽ ኪዳንን የርእዩ። እቲ ብክርስቶስ ዝኾነ ሓድሽ ኪዳን ከመይ ኢሉ እዩ ዝሓሸ ኾይኑ?

1. ቀደም፡ እቲ ሊቀ ኻህናት ጥራይ ኣብ ዓመት ሓንሳእ ስለ ሓጢኣቱን ስለ እቶም ብዘይ ምስትውዓል ዝተገብሩ ኣበሳታት ህዝቢ እስራኤልን ናብታ ውሽጣዊት መቕደስ ይኣቱ ነበረ (ድሩት መሰልን ድሩት ምሕረትን)።
2. ኣብዚ ሓድሽ ኪዳን፡ ብሳላ ጽድቂ የሱስ ክርስቶስን እቲ ኣብ መንጎ ኾነ ኢልካ ዚግበሩን ብዘይምስትውዓል ዚፍጸሙን ኣበሳታት ዝነበረ ፍልልይ ስለ ዝተወገደን፡ ኵሎም ኣመንቲ ናብ እግዚኣብሄር ይኣትዉ (ምሉእ ምእታውን ምሉእ ምሕረትን)።

እቲ ሓድሽ ኪዳን (ኤር፡ 31፡ 31 - 34)፡ ሰብ ምእንቲ ሞሳ ዚፍጽሞ ደጋዊ ሕጊ ዘይኮነስ ኣብቲ ውዱእ ዕዮ ክርስቶስ ኣብ ምእማን ዝተመርኮሰ እዩ። እዚ ኪዳንዚ፡ ኣመንቲ ብስርዓታት ወይ ቅዳሴ (እብ፡ 6፡ 1 - 2) ዘይኮነስ ብወንጌል ነቲ ቅዱስ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኪቐርብዎ እሙንቶ (ሓድሽ ልቢ፡ ሓድሽ መንፈስ፡ ህዝ፡ 36፡ 20 - 27) ሂብዎም ኣሎ፡

9፡ 8 **"እቲ ቐዳማይ ድንኳን"** እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ደጋዊ ኽፍሊ ድንኳን "እቲ ቐዳማይ ድንኳን" ይብሎ። እዚ ማለት "ቅድስቲ" ማለት እዩ። እዚ ነቲ ናብ እግዚኣብሄር ንምእታው ምሉእ መሰል ዘይሃበ ናይ ሕጊ ሙሴ ኣምልኾ እዩ ዚውክል። እቲ የሱስ ኣብ ዝሞተሉ ሰዓት ካብ ላዕሊ ኽሳዕ ታሕቲ ዝተቐደ መጋረጃ ቤተ መቕደስ ሄሮድስ (ማቴ፡ 27፡ 51) ነዚ ብክርስቶስ ዝተረኽበ ሓድሽ ናይ ምእታው መሰል የመልክት።

9፡ 9 **"ነቲ ኣገልጋሊ መቕደስ ብሕሊናኡ ፍጹም ኪገብሮ ዘይከኣሎ"** እቲ ብሉይ ኪዳን ካብ ሕልና ሰብ ናይ ሓጢኣት በደል ኪሓክኽ ኣይከኣለን (ጥቕሲ 14)። ኣብ ሓድሽ ኪዳን፡ ዘይከም ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ሕልና ሞራላዊ መራሒ እዩ (1ጴጥ፡ 3፡ 21)። እቲ ሓደጋ ግን ሕልና ብባህሊ ኺጽሎ ወይ ክሳዕ ስቕ ዚብል ኪዕመጽ ይኽእል እዩ (ማቴ፡ 23፡ 25 - 26)። ሕልና ኽምቲ ኣብ 1ነገ፡ 19፡ 12 ዘሎ "ህዱእ ቅሩብ ደሃይ" ዜገልግል ናይ ሓድሽ ኪዳን መዘና እዩ።

ናይዚ ቓልዚ ኣጠቓቕማ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ዚምልከት ኣዝዩ ኣገዳሲ ዘተ ኣብ ናይ ሮበርት ቢ. ገርድልስቶን *ሲኖንምስ ኦቭ ዘ ኦልድ ተስታመንት* ይርከብ

"እቶም ነዚ ቓልዚ ዝሓዙ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ንባባት፡ ኣዝዮም ሰሓብትን ኣገደስትን እዮም። ካብ እብ፡ 9፡ 9 ኽም እንርድኦ፡ እቶም ናይ ብሉይ ኪዳን መስዋእትታት ንሰብ 'ብሕሊናኡ ፍጹም ኪገብርዎ' ዘይክእሉ እዮም ነይሮም። እዚ ማለት ነቲ ሰብ ምስ ኣምላኽ ሓድነት ከይረክብ ዚገብሮ ናይ ሓጢኣት ኣተና (ሕልና፡ ውሽጣዊ ዝንባለ) ኼርሕቕዎ ኣይከኣሉን። ብርግጽ ንሓጢኣት ኪድምስስዎ ኣይከኣሉን፥ ካብ ተፈጥሮኦም ከኣ ኪድምስሱ ኣይክእሉን እዮም ነይሮም፥ ምኽንያቱ እቲ ናይ ኦሪት ዘሌዋውያን መዋእል ንሰባት ፍጹም ኪገብሮም፡ ማለት ምስ ኣምላኽ ሓደ ኺገብሮም ዝመጸ እንተ

ዝኸውን፡ እቶም መስዋእትታት ኪደጋገሙ (ኩሉ ሳዕ ኪህልዉ) ኣይመድለዮምን። እቶም ንእግዚኣብሄር ዜምልኹ ህዝቢ ንሓንሳእን ንሓዋሩን ነጺሆም እንተ ዝኾኑ፡ ደጊም ናይ ሓጢኣት ሕልና ኣይምሃለዎምን (እብ፡ 10፡ 2)። ግናኸ 'ደም ክርስቶስ' እዩ ንሕልና ሰብ ካብ ምዉት ግብሪ ዜንጽህ፡ ነቲ ህያው ኣምላኽ ኬገልግል ከኣ የኽእሎ (እብ፡ 9፡ 14)፥ ልቢ ሰብ ከኣ ብኡ ኣቢሉ 'ካብ ክፉእ ሕልና ይንጸግ' (እብ፡ 10፡ 22)። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ነቲ መስዋእቲ ክርስቶስ ብእምነት ምቕባል ነቲ ኣብ መንጎ ሰብን ኣምላኽን ጋሪዱ ዝነበረ ናይ ሓጢኣት ኣተና (ሕልና) የርሕቖ፡ ንሰብ ከኣ ከም ባርያ ዘይኮነስ ከም ውሉድ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኪነብር ይገብሮ" (ገጽ 73)።

▣ **"ፍጹም"** ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።

9፡ 10 "*ዘመን ምቕናዕ*" እዚ ነቲ ብየሱስ ዝተበሰረ ሓድሽ ዘመን የመልክት። እዚ ሓረግዚ ኻህናት ኣይሁድ (ራባያት) ነቲ መሲህ ዝመጸሉ ናይ መወዳእታ "ኢዮበልዩ" ንምሕባር ተጠቒሞሙሉ። ኣብ ኤር፡ 7፡ 3፤ 5 ከኣ ብስነ-ምግባራዊ መገዲ (ጽቡቕን ሕማቕን ንምፍላይ) ኣገልጊሉ ኣሎ።

> 9። 11 - 14
>
> **"ክርስቶስ ግና ናይቲ ዚመጽእ ሰናይ ነገር ሊቀ ኻህናት ኮይኑ ምስ መጸ። በቲ ብሉጽን ፍጹምን ብኢድ ዘይተገብረ። ማለት ካብዚ ፍጥረት እዚ ዘይኮነ ድንኳን። ብደም ድቤላታትን ምራኹትን ዘይኮነስ። ብደም ርእሱ ናይ ዘለኣለም ምድሓን ረኺቡ ሓደ ጊዜ ናብቲ መቕደስ ኣተወ፣ ስለዚ ደም ድቤላታትን ኣረውሕን ሓመኹስቲ ኣርሕን ኣብቶም ዝረኸሱ ተነጺጉ ንምጽራይ ስጋ ዚቕድስ ካብ ኮነስ። ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ። ንስኻትኩም ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ኸንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽህ?"**

9፡ 11 **"ክርስቶስ ግና… ሊቀ ኻህናት ኮይኑ ምስ መጸ"** እዚ መኣስ እዩ ኾይኑ፡

1. **ቅድሚ ፍጥረት** (ራእ፡ 13፡ 8)
2. **ኣብ ቀራንዮ** (ጥቕሲ 12)
3. **ድሕሪ ዕርገት ናብ የማን ኣቦ** (ናብታ ሰማያዊት መቕደስ ምስ ኣተወ እብ፡ 9፡ 24 - 25)።

የሱስ ንርእሱ ኽልተ ግዜ ድዩ ሰዊኡ? ከምኡ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ስለምንታይ "ሓንሳእ ንሓዋሩ" ይብሃለሉ? ምናልባት ንርእሱ ኣብ ቀራንዮ ኽም መስዋእቲ ኣቕሪብዎ፡ ድሕሪ ዕርገቱ ግና ሊቀ ኻህናት ኮይኑ ኣገልጊሉ ማለት ኪኸውን ይኽእል ወይ ከኣ 1. እቲ ኣበሃህላ ናይ ስነ-መለኮት ምሳሌ ወይውን 2. ንኻህናት ኣይሁድ ጠብላሕ ዝበሎም ሃይማኖታዊ ኣተሓሳስባ ጥራይ ኪኸውን ይኽእል።

▣ **"ናይቲ ዚመጽእ ሰናይ ነገር"** እቶም ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፋት ይቀያየሩ እዮም፡ 1. ኣብ ጳ፡ A "ዚመጽእ ነገር" ይብል 2. ኣብ P[46]፡ B፡ D* ከኣ "ድሮ ዘሎ ነገር" ይብል።

▣ **"ብኢድ ዘይተገብረ"** ገለ ወገናት ነዚ ኣበሃህላዚ ነቲ ድሕሪ ትንሳኤ ዘሎ ናይ ኣመንቲ ስጋን (2ቆሮ፡ 5፡ 1) ስጋ የሱስን (ማር፡ 14፡ 58) ዚውክል እዩ ይብልዎ። ግናኸ ናይቲ ጽሑፍ ሃዋህው ነታ ሰማያውቲ መቕደስ ዜመልክት ይመስል (እብ፡ 8፡ 2፤ 9፡ 24)።

9፡ 12 **"ብደም ድቤላታትን ምራኹትን ዘይኮነስ"** እቶም ድቤላታት ምእንቲ ሓጢኣት እቶም ህዝቢ (ዘሌ፡ 16፡ 11)፡ እቶም ምራኹት ከኣ ምእንቲ ሓጢኣት ሊቀ ኻህናት (ዘሌ፡ 16፡ 11) እዮም ዚቐርቡ ነይሮም። ናይ ብሉይ ኪዳን ስርዓት መስዋእትታት (ዘሌ፡ 1 - 7) ኣብ ክንዲ እቲ ናይ ሰብ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ኣበር ዘይብሉ እንስሳ ዜቕርብ (ከም ጽላሎት ሞት ክርስቶስ) ናይ እግዚኣብሄር ናይ ምሕረት ዕድል እዩ ነይሩ (ዘሌ፡ 17፡ 11)።

▣ **"ብደም ርእሱ"** ትርጕም እቲ ናይ ግሪኽ መስተዋድድ *"ድያ"* 1. "ብማእከል" "ብውሽጢ" ወይ ከኣ 2. "ብ" ማለት ኪኸውን ይኽእል።

▣ **"መቕደስ"** እዚ ነታ ናይ ሰማያዊት መቕደስ "ቅድስተ ቅዱሳን" ዜመልክት እዩ።

▣ **"ሓደ ግዜ"** እዚ ብዙሕ ሳዕ ዝተደጋገመ ሓረግ እዩ (እብ፡ 7፡ 27፤ 9፡ 28፤ 10፡ 10)። ነቲ ናይ ክርስቶስ ምሉእን ውዱእን መስዋእቲ የጕልሕ። ናይ እብ፡ 7፡ 27 ምሉእ መግለጺ ርአ።

9፡ 12 **"ናይ ዘለኣለም ምድሓን ረኺቡ"** እዚ ድሮ ኣብ ልዕሊ እቲ ገባሪኡ ንዝተፈጸመ ተግባር ዜመልክት ሰዋስው እዩ። ናይቲ በዓል ተግባር ተሳትፎን ድሌትን ዜድምቕ ውዱእ ዕዮ የመልክት። እቲ "ዘለኣለም" ዚብል ቃል 1. ንዓይነቱ፡ **"ናይ ሓድሽ ዘመን ህይወት"** ወይ ከኣ 2. ንብዝሑ፡ **"መወዳእታ ዜብሉ ህይወት"** ዜመልክት ኪኸውን ይኽእል። ምስቶም ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ዘሎዉ ልቢ ዚትንክፉ መጠንቀቕታታት፡ እቲ ኣብ ቍጽሪ 1 ዘሎ ኣማራጺ ብዝበለጸ መገዲ ነቲ ቓል ዚገልጾ ኪኸውን ይኽእል። ናይ እብ፡ 6፡ 2 ፍሉይ ኣርእስቲ፡ ዘለኣለም ርአ።

▣ **"ምድሓን"** እዚ ቓልዚ ሓደ ሰብ ንኺፍታሕ (ናጻ ንኪኸውን) ብቐረባ ዘመዱ ንዚኽፈል ካሕሳ ዜመልክት እዩ። እዚ እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን "በጃ" እዩ (ሩት 4፥ ኢሳ፡ 43፡ 1፤ 44፡ 22፤ 23፤ 48፡ 20፤ 52፡ 9፤ 63፡ 9፥ ሆሴ፡ 13፡ 14)።

9፡ 13 **"ካብ"** እዚ ቐዳማይ ደረጃ ኹነታዊ ኣበሃህላ እዩ። ቅኑዕ ተባሂሉ ንዝተወስደ ነገር ከኣ የመልክት ኣሎ። እግዚኣብሄር እቲ ናይ ሕጊ ሙሴ ስርዓት መስዋእቲ ኽሳዕ ክርስቶስ ዚመጽእ ሓጢኣት ኪኸድን ተቐቢልዎ!

▣ **"ሓመኹስቲ ኣርሒ"** ናይ ቀይሕ ኣርሒ ሓመኹስቲ ንሃይማኖታዊ ምጽራይ ይጠቅም ነይሩ (ዘሁልቍ 19)።

▣ **"ተነጺጉ"** እዚ ኣካል ናይቲ ፈሰስቲ (ደም ወይ ምስ ማይ እተሓሰ ሓመኹስቲ ቐያሕ ኣርሒ) ዝነበርዎ ስርዓት ሙሴ እዩ። እዚ ምንጻግ፡ ቅድስና ወይ ከኣ ናይ ምንጻህ ሓይሊ ዜሰጋግሩሉ መገዲ እዩ ነይሩ። ሮበርት ቢ. ገርድልስቶን ኣብቲ *ሲኖኒምስ ኦቭ ኦልድ ተስታመንት* ዚብል መጽሓፉ ግሩም ርእይቶ ኣስፊሩ ኣሎ።

"እቶም ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ተጠቒሶም ዘሎዉ ምንጻጋት (*ሻንቲስምዋ*) ክልተ ዓይነታት እዮም- ብሓሙኹስቲ ቐያሕ ኣርሒ ኣብ ልዕሊ ገለ ርኽሰት ዝነበሮም ሰባት ዚንጸግ ዝነበረን (እብ፡ 9፡ 13) ኣብ ምፍጻም ብሉይ ኪዳን ብደም ኣብ ልዕሊ ህዝብን እቲ መጽሓፍን እቲ ቤተ መቕደስን ምስቲ ቅዱስ ኣገልግሎት ኣብ ልዕሊ ዝተኣሳሰሩ በብዓይነቶም ኣቕሑን ዚንጸግ ዝነበረን (እብ፡ 9፡ 19፤ 21)። እዞም ምንጻጋት ኣቐዲሞም ዚሕብርዎ ቐንም ነገር ከኣ ምንጻግ ናይቲ ኻብ ደም ኣቤል ዝሐሸ ዚዛረብ ደም የሱስ እዩም (እብ፡ 12፡ 24)" (ገጽ 152)።

9፡ 14 "**ኽንደይ ኣዝዩ**" *ነቶም ክልተ ኪዳናት ምውድዳር ናይ መልእኽቲ እብራውያን ርእሰ-ነገር እዩ* (እብ፡ 2፡ 1 - 3፤ 3፡ 3፤ 8፡ 6፤ 10፡ 28 - 29)።

▣ "***ብናይ ዘለኣለም መንፈስ***" እዚ እቲ ናይ ክርስቶስ ካብ ዘለኣለም ዝነበረ መንፈስ ኪኸውን ይኽእል ወይውን መንፈስ ቅዱስ ኪኸውን ይኽእል።

*ብኤሊግንዎርዝን ኒዳን ዝተዳለወ ናይ ዩናይትድ ባይብል ሶሳይትስ ኣ ሃንድቡክ ኦቭ ዘ ለተር ቱ ዘ ሂብሪውዡ* በዞም ኣብ ታሕቲ ዘሎዉ ምኽንያታትን ካልኦትን እቲ ኣብዚ ጥቕሲዚ ዘሎ መንፈስ ኣብ እንግሊዝ ኪጸሓፍ እንከሎ ብንእሽቶ ፊደል ኪጅምር ኣሎዎ ይብል። ዝበዝሑ ኻልኦት ትርጕማት ግን ብዓብዩ ፊደል ኪኸውን ኣሎዎ ይብሉ። ኣብቲ መጽሓፍ ዘሎዉ ምኽንያታት

1. ኣብ እንግሊዝ ቅድሚ እቲ ቓል ውሱን ኣመልካቲ ኣይተጻሕፎን
2. እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ ብዙሕ ሳዕ ብዛዕባ "መንፈስ ቅዱስ" ጽሒፉ ኣሎ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ከኣ በቲ ምሉእ ስሙ እዩ ዚጽውዖ
3. እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሓረግ፡ ምስቲ ኣብ እብ፡ 7፡ 16 ዘሎ "ዘይሓልፍ ሓይሊ ህይወት" ዚብል ሓረግ ተመሳሳሊ ኪኸውን ይኽእል (ገጽ 196)።

ኣብቲ ኒው ኢንተርናሽናል ኮመንታሪ ሲርየስ ዚብል ናይ መልእኽቲ እብራውያን ትንታኔኡ፡ ኤፍ. ኤፍ. ብሩስ ሓደ ኣገዳሲ ርእይቶ ሂቡ ኣሎ። ንሱ እቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓሳብ ነቶም ኣብ ኢሳይያስ 40 - 54 ዘሎዉ "መዛሙር ባርያ" ዚብሃሉ ምዕራፋት ዚእምት እዩ ይብል። ኣብዘን ምዕራፋት፡ ኣብ ኢሳ፡ 42፡ 1፡ "መንፈሰይ ኣብ ልዕሊኡ ኣሕዲረ ኣሎኹ" ዚብል ይርከብ (ገጽ 205)። ንብሉይ ኪዳን ብናጻ ኣብ ዚጥቀመሉ ኸም መልእኽቲ እብራውያን ዝበለ መጽሓፍ፡ እዚ መግለጺዚ ተቐባልነት ዘሎዎ እዩ።

▣ "**ርእሱ... ዘቕረበ**" እዚ ናይ ክርስቶስ ወለንታዊ ተግባር እዩ (ዮሃ፡ 10፡ 17 - 18፥ 2ቆሮ፡ 5፡ 21፥ ፊሊ፡ 2፡ 8፥ ኢሳ፡ 52፡ 13- 53፡ 12)። ናይ እብ፡ 2፡ 17 ፍሉይ ኣርእስቲ፡ የሱስ ከም ሊቀ ኻህናት ተመልከት።

▣ "***ብዘይጽያፍ***" ናይ እብ፡ 7፡ 26 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።

▣ "***ካብ ምዉት ግብሪ***" ልክዕ እዚ ሓረግዚ ኣብ እብ፡ 6፡ 1 ይርከብ፡ ኣብኡ ብመገዲ ናይ ብሉይ ኪዳን ስርዓታት ምድሓን ምርካብ ተጠቒሱ ኣሎ። እቲ ናይ ሓቂ መገዲ፡ እቲ ገንሸል ኣምላኽ (ዮሃ፡ 1፡ 29፥ 1ዮሃ፡ 3፡ 5) ኣብ ክንዲ ደቂ ሰብ ዝኸፈሎ ውዱእ ካሕሳ እዩ። ነቲ ኤም. ኣር. ቪንሰንት ኣብቲ *ዎርድ ስታዲዝ ኢን ዘ ኒው ተስታመንት* ዘቕረቦ ርእይቶ ብሓቂ ኣሞግስ። ቪንሰንት ንምዉት ግብሪ ምስ ጽድቂ ርእሲ የዛምዶ፡

▣ ***"ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ"*** ኣስተውዕል፡ ኣመንቲ ንኽገልግሉ እዮም ድሒኖም (ሮሜ 6)። ምድሓን ካብ ምልኪ ሓጢኣት ናጻ ም'ኳናን ንጎይትነት እግዚኣብሄር ኢድ ምሃብን እዩ! ምድሓን ውጽኢት ኣይኮነን (ኣቐዲሙ ዝተዓደገ ናይ ሰማይ ትኬት ወይ ከኣ ንሓደጋ ዚኽፈል ናይ መድሕን ውዕል ኣይኮነን)፡ ናይ እምነት፡ ምእዛዝን ኣገልግሎትን ዝምድና እዩ። ኩሎም ኣመንቲ ንኣገልግሎት እቲ ስጋ ክርስቶስ (1ቆሮ፡ 12፡ 7፤ 12) ውህበት ተዋሂቦም እዮም (ኤፌ፡ 4፡ 11 - 12)።

እቲ "ህያው" ዚብል ቅጽል ኣብቲ ናይ ብሉይ ኪዳን መለኮታዊ ስም፡ ያህወ፡ ዝተገብረ ለውጢ እዩ። እቲ ያህወ ዚብል ስም ካብቲ "ኮነ" ዚብል ግሲ ዝወጸ እዩ። ያህወ እቲ ወትሩ ዚነብር፡ በይኑ ህያው ዝኾነ እዩ!

**ፍሉይ ኣርእስቲ: መለኮታዊ ስማት**

*ሀ.* ኤል (ቢዲቢ 42: ኬቢ 8)

1. ናይዚ መለኮት ዜመልክት ጥንታዊ ስም ናይ መጀመርያ ትርጉሙ ርጉጽ ኣይኮነን፣ ብዙሓት ምሁራት ግን ሱር እዚ ስም ኣብቲ ብቛንቋ ኣካድያ (ናይ ባቢሎን ጥንታዊ ቛንቋ) "በርትዐ" ወይ "ሓየለ" ዚብል ቃል ም'ኳኑ ይኣምኑ (ዘፍ: 17: 1 ዘሁ: 23: 19 ዘዳ: 7: 21 መዝ: 50: 1)፣
2. ኣብቲ ናይ ከንኣናውያን ጕጅለ ጣኦታት: እቲ ዝለዓለ ጣኦት ኤል እዩ (ጽሑፋት ራስ ሻምራ)፣
3. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ: እዚ ኤል ዚብል ስም ብዙሕ ግዜ ምስ ካልኦት ስማት ተደሪቡ ኣይንረኽቦን ኢና፣ ንእግዚኣብሄር ፈሊኻ ንምግላጽ ጥራይ እዩ ዚድረብ፣
   *ሀ.* ኤል-ኤልዮን (እቲ ኣዝዩ ልዑል ኣምላኽ) ዘፍ: 14: 18 - 22 ዘዳ: 32: 8 ኢሳ: 14: 14

   *ለ.* ኤል-ሮይ ("እቲ ዚርኢ እግዚኣብሄር" ወይ "እቲ ርእሱ ዚገልጽ እግዚኣብሄር") ዘፍ: 16: 13

   *ሐ.* ኤል-ሻዳይ ("እቲ ኹሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር" ወይ "እቲ ደንጋጺ ኣምላኽ" ወይ ከኣ "እቲ ናይ ከረን ኣምላኽ") ዘፍ: 17: 1፤ 35: 11፤ 43: 14፤ 49: 25 ዘጸ: 6: 3

   *መ.* ኤል-ኦላም (እቲ ዘለኣለማዊ ኣምላኽ) ዘፍ: 21: 33፣ እዚ ስምዚ ብስነ-መለኮት ምስቲ እግዚኣብሄር ንዳዊት ዝሃቦ ተስፋ ዝተተሓሓዘ እዩ (2ሳሙ: 7: 13፤ 16)፣

   *ሠ.* ኤል-በሪት ("ናይ ኪዳን ኣምላኽ") መሳ: 9: 46፣
4. ኤል ምስዞም ዚስዕቡ ስማት ማዕረ እዩ
   *ሀ.* ያህወ: ኣብ መዝ: 85: 8 ኢሳ: 42: 5

   *ለ.* ኤሎሂም: ኣብ ዘፍ: 46: 3 ("ኣነ ኣምላኽ: ኣምላኽ ኣቦኻ እየ" ዚብል ጥቕሲ ብእብራይስጢ "ኣነ ኤል: ኤሎሂም ኣቦኻ እየ" እዩ): እዮ: 5: 8

ሐ. ሻዳይ: ኣብ ዘፍ: 49: 25

መ. "ቀናእ" ኣብ ዘጸ: 34: 14 ዘዳ: 4: 24፤ 5: 9፤ 6: 15

ሠ. "ርሕሩሕ" ወይ "መሓሪ": ኣብ ዘዳ: 4: 31 ነህ: 9: 31

ረ. "እሙን": ኣብ ዘዳ: 7: 9፤ 32: 4

ሰ. "ዓብይን መፍርህን": ኣብ ዘዳ: 7: 21፤ 10: 17 ነህ: 1: 5፤ 9: 32 ዳን: 9: 4

ሸ. "ኵሉ ዚፈልጥ": ኣብ 1ሳሙ: 2: 3

ቀ. "ጽኑዕ ዕርደይ": ኣብ 2ሳሙ: 22: 33

በ. "ሕነይ ዝፈደየለይ": ኣብ 2ሳሙ: 22: 48

ሽ. "እቲ ቅዱስ": ኣብ ኢሳ: 5: 16

ተ. "ብርቱዕ": ኣብ ኢሳ: 10: 21

ቸ. "ምድሓነይ": ኣብ ኢሳ: 12: 2

ነ. "ዓብዪ ስልጡን": ኣብ ኤር: 32: 18ለ

ኘ. "ምፍዳይ": ኣብ ኤር: 51: 56

5. ናይቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘሎዉ ስማት እግዚኣብሄር ሕውስዋስ ድማ ኣብ እያ: 22: 22 ንረክብ (ኤል: ኤሎሂም: ያህወ ተደጋጊሞም ንረኽቦም)

ለ. ኤልዮን (ቢዲቢ 751፤ ኬቢ 832)

1. እቲ መሰረታዊ ትርጕሙ "ልዑል": "ዝለዓለ" ወይ "ዝበረኸ" ማለት እዩ (ዘፍ: 40: 17፥ 1ነገ: 9: 8፥ 2ነገ: 18: 17፥ ነህ: 3: 25፥ ኤር: 20: 2፤ 36: 10፥ መዝ: 18: 13)
2. ምስ ካልኦት ብዙሓት ናይ እግዚኣብሄር ስማት ወይ መዓርጋት ተመሳሲሉ ይኸይድ
   ሀ. ኤሎሂም:- መዝ: 47: 1 - 2፤ 73: 11፤ 107: 11

   ለ. ያህወ:- ዘፍ: 14: 22፥ 2ሳሙ: 22: 14

   ሐ. ኤል-ሻዳይ:- መዝ: 91: 1፤ 9

   መ. ኤል:- ዘሁ: 24: 16

ሠ. ኤልሀ:- ብዙሕ ግዜ ኣብ ዳን: 2 - 6፥ እዝ: 4 - 7 ኣብ ጥቕሚ ንረኽቦ፣ ምስ ኢልኤይር (ብኣራማይስጢ "ልዑል ኣምላኽ" ማለት እዩ) ተዋሲቡ ኣብ ዳን: 3: 26፤ 4: 2፤ 5: 18፤ 21 ንረኽቦ፣

3. ብዘይእስራኤላውያን ተዘውቲሩ ንረኽቦ

ሀ. መልከጼዴቅ ዘፍ: 14: 18 - 22

ለ. በልዓም ዘሁ: 24: 16

ሐ. ሙሴ ብዛዕባ ኣህዛብ ኣብ ዘዳ: 32: 8 ኺዛረብ እንከሎ

መ. ኣብ ሓድሽ ኪዳን ወንጌላዊ ሉቃስ ንኣህዛብ ኪጽሕፈሎም እንከሎ ነቲ ናይ ግሪኽ ተመሳሳሊ ቓል "ሁፐሲስቶስ" ተጠቒሙ ንረኽቦ (ሉቃ: 1: 32፤ 35፤ 76፤ 6: 35፤ 8: 28፥ ግብ: 7: 48፤ 16: 17)፣

ሐ. ኤሎሂም (ድርብ ወይ ብዙሕ ስም): ኤሎህ (ነጸላ ስም) ብቐንዱ ኣብ ቅኔ (መዝሙር) የግልግሉ (ቢዲቢ 43፤ ኬቢ 52)

1. ኤሎሂም ዚብል ስም ካብ ብሉይ ኪዳን ወጻኢ ኣብ ካልእ ኣይርከብን እዩ፣
2. እዚ ስምዚ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ወይ ከኣ ንናይ ኣህዛብ ኣማልኽቲ መሰየሚ (መጸውዒ) ኪኸውን ይኽእል (ዘጸ: 12: 12፤ 20: 3)፣ ስድራቤት ኣብርሃም ንብዙሓት ኣማልኽቲ ዘምልኹ እዮም ነይሮም (እያ: 24: 2)፣
3. ንፈራዶ እስራኤል ከመልክት ይኽእል (ዘጸ: 21: 6፥ መዝ: 82: 6)
4. እዚ ኤሎሂም ዚብል ስም ንኻልኦት መንፈሳዊ ሓይልታት (መላእኽቲ: ኣጋንንቲ) መጸውዒውን ኪኸውን ይኽእል፣ ንኣብነት ኣብ ***ዘዳ: 32: 8፥*** መዝ: 8: 5፥ እዮ: 1: 6፤ 38: 7፣ ንሰብኣዊ ፈርዶ መጸውዒውን የገልግል (ዘጸ: 21: 6፥ መዝ: 82: 6)፣
5. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ናይ መጀመርያ ናይ ኣምላኽ ስም ወይ መዓርግ እዩ (ዘፍ: 1: 1)፣ ክሳዕ ኣብ ዘፍ: 2: 4 ምስ ያህወ ዚብል ስም ዚዋሰብ ከኣ በይኑ የገልግል፣ እቲ መሰረታዊ ስነ-መለኮታዊ ትርጕሙ: እግዚኣብሄር እቲ ኣብ ምድሪ ናይ ዅሉ ህይወት ፈጣሪ: ሓላውን ናባይን ማለት እዩ (መዝ: 104)፣

6. ምስ "ኤል" ዚብል ስም ተመሳሳሊ እዩ (ዘዳ: 32: 15 - 19)፣ ምስ ያህወ ዚብል ስምውን ይመሳሰል፣ ብዘይካ እቲ ናይ መለኮታዊ ስማት ፍልልይ: መዝ: 14 (ኤሎሂም) ምስ መዝ: 53 (ያህወ) ልክዕ ሓደ እየን፣ዋላኳ ድርብ ስም እንተ ኾነን ንኻልኦት ኣማልኽቲ መጸውዒ እንተ ኣገልገለን: እዚ ኤሎሂም ዚብል ስም ዝበዝሐ ግዜ ንኣምላኽ እስራኤል እዩ ዘመልክት፣ ብዙሕ ሳዕ ከኣ ነጸላ ግሲ (ናይ ተግባር ቃል) ይጥቀም፣ እዚ ድማ ንኣምልኾ ሓደ እግዚኣብሄር የረጋግጽ፣

7. ነዚ ስምዚ ዘይእስራኤላውያንውን ንመጸውዒ ኣምላኽ ተጠቒሞሙሉ እዮም:-

ሀ. መልከጸዴቅ ዘፍ: 14: 18 - 22

ለ. በልዓም ዘሁ: 24: 16

ሐ. ሙሴ ብዛዕባ ኣህዛብ ኣብ ዘዳ: 32: 8 ኸዛረብ እንከሎ

8. ኣምላኽ እስራኤል ሓደ ኸነሱ: እቲ ንቡር መጸውዒኡ ግን ድርብ (ብዙሕ) ስም ምዃኑ ጋሻ ነገር እዩ፣ ዋላኳ ርግጽ እንተ ዘይኮኑ:
እቶም ምኽንያታት እዞም ዚስዕቡ እዮም:-

ሀ. ቋንቋ እብራይስጢ ንኣትኩሮ ንምስሓብ ዚጥቀመሎም ብዙሓት ድርብ ስማት ኣሎውዎ፣ ምስዚኣቶም ዚዛመድ ከኣ እቲ ዳሕራይ ኣብ ናይ እብራይስጢ ሰዋስው ዝተወሰኸ "ንጉሳዊ ወይ ግርማዊ ብዙሕነት" ዚብሃል ቅርጺ ሰዋስው እዩ፣ ዕላማኡ ኸኣ ናይ ሓደ ሓሳብ ትርጒም ንምጒላሕ ወይ ንምድማቕ እዩ፣

ለ. እቲ ድርብ ስም ነቲ እግዚኣብሄር ምስቶም ትእዛዙ

ዚፍጽሙ መላእኽቱ ዘሎዎ ናይ ሕብረት ጉባኤ ንምጽዋዕ ኪኸውን ይኽእል (1ነገ: 22: 19 - 23 እዮ: 1: 6 መዝ: 82: 1፤ 89: 5፤ 7)፣

ሐ. ድርብ ስም ዝኾነሉ ምኽንያት: ነቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን እተገልጸ ሰለስተ ስብእነት ዘሎዎ ሓደ ኣምላኽ ንምግላጽውን ኪኸውን ይኽእል፣ ኣብ ዘፍ: 1: 1

እግዚኣብሄር ይፈጥር ኣብ ዘፍ: 1: 2 መንፈስ ቅዱስ ይዝንቢ: ካብ ሓድሽ ኪዳን ከኣ የሱስ ኣብ ግዜ ምድላው ፍጥረት ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ወኪል ከም ዝነበረ ንግንዘብ (ዮሃ: 1: 3፤ 10 ሮሜ: 11: 36 1ቆሮ: 8: 6 ቆሎ: 1: 15 እብ: 1: 2፤ 2: 10)፣

መ. ያህወ

1. እዚ ስምዚ ንእግዚኣብሄር ከም ናይ ኪዳን ኣምላኽ: ከም መድሓንን ተበጃውን ዚገልጽ ስም እዩ፣ ደቅሰብ ኪዳኖም የፍርሱ: እግዚኣብሄር ግን ንቓሉ: መብጽዓኡን ኪዳኑን እሙን ኮይኑ ይነብር (መዝ: 103)፣ እዚ ስምዚ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ዘፍ: 2: 4 ምስ "ኤሎሂም" ዚብል ስም ተጸንቢሩ ተጠቒሱ ንረኽቦ፣ ኣብ ዘፍጥረት 1 - 2: ክልተ ዛንታታት ፍጥረት ኣይኮኑን ዘሎዉ፣ ነቲ ዛንታ ፍጥረት ክልተ ግዜ ኣድህቦ ተገይሩሉ ስለ ዝኾነ እዩ:- 1) እግዚኣብሄር ናይቲ ዚርኣ ፍጥረት ፈጣሪ 2) እግዚኣብሄር ከም ፍሉይ ፈጣሪ ናይ ሰብ፣ ዘፍ: 2: 4 ነቲ ንሰብ ዝተዋህበ ሓለፋን ትዕድልትን: ምስዚ ፍሉይ ናይ ሰብ ሓለፋ ዚመጽእ ሓጢኣትን ዕልወትን ንመጀመርያ ግዜ ናብ ብርሃን የምጽኦ፣

2. ኣብ ዘፍ: 4: 26ለ "ሽዑ ሰብ ብስም እግዚኣብሄር (ያህወ) ኪምህለሉ ጀመሩ" ይብል፣ ግናኸ: ዘጸ: 6: 3 ኸም ዚሕብሮ እቶም ቀዳሞት ምስ እግዚኣብሄር ኪዳን ዝነበሮም ኣቦታት ንእግዚኣብሄር ከም "ኤል-ሻዳይ" (ዅሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር) ጥራይ ይፈልጥዎ ነበሩ፣ እቲ ያህወ ዚብል ስም ሓደ ግዜ ጥራይ ኣብ ዘጸ: 3: 13 — 16 ብፍላይ ጥቕሲ 14 ተገሊጹ ንረኽቦ፣ ሙሴ ኣብ ጽሑፋቱ ንቓላት በቲ ተፈጥሮኣዊ ኣመዓባብላኦም ዘይኮነስ በቲ ኣብ ህዝቢ ዘሎዎም ትርጒም እዩ ዚጥቀመሎም (ዘፍ: 17: 5፤ 27: 36፤ 29: 13 - 35)፣ ብዛዕባ ናይዚ ያህወ ዚብል ስም ትርጒም ብዙሓት ክልሰ-ሓሳባት ይቐርቡ እዮም:-

ሀ. ብቛንቛ ዓረብ "ጽኑዕ ፍቕሪ ኣርኣየ" ኻብ ዚብል ሱር

ለ. ብቛንቛ ዓረብ "ነፈሰ" ኻብ ዚብል ሱር (ያህወ ከም ማዕበላዊ ኣምላኽ)

ሐ. ብናይ ኡጋርት (ከንኣን) ቋንቋ "ተዛረበ" ኻብ ዚብል ሱር

መ. ብመሰረት ኣብ ሓወልቲ ዝተቐርጸ ናይ ፊንቃውያን ጽሑፍ: "እቲ ዘንብር ወይ "እቲ ዘጽንዕ" ዚብል ትርጕም ኣሎዎ

ሠ. ካብ ናይ እብራይስጢ "ቃል"፣ ትርጕሙ "እቲ ዘሎ" ወይ "እቲ ህሉው" (ብናይ መጻኢ ኸኣ "እቲ ዚህሉ") ማለት እዩ፣

ረ. ካብ ናይ እብራይስጢ "ሂፊል"፣ ትርጕሙ ኸኣ "እቲ ንነገራት ከም ዚኾኑ ዚገብር" እዩ፣

ሰ. ካብ ናይ እብራይስጢ "ነበረ" ዚብል ሱር: ንኣብነት ኣብ ዘፍ: 3: 20፣ ትርጕሙ "እቲ ወርትግ ዚነብር" ወይ ከኣ "በይኑ ነባሪ" ማለት እዩ፣

ሸ. ካብቲ ናይ ዘጸ: 3: 13- 16 ሃዋህው "እቲ ኾሉ ሳዕ ዝነበርኩ" ወይ "እቲ ኾሉ ሳዕ ዝጸናሕኩ" (ጀይ. ዋሽ ዋትስ *ኣ ሰርቨይ ኦቭ ሲንታክስ ኢን ዘ ኒው*

*ተስታመንት*: ገጽ 67)፣ እቲ ምሉእ ስም ያህወ ብዙሕ ግዜ ብኣሕጽሮተ ቓል ወይ ከኣ በቲ መበቆላዊ መልክዑ እዩ ዚጽሓፍ፣

1. ያህ (ንኣብነት ሃለሉ - ያህ: ቢድቢ 219 ዘጸ: 15: 2 17: 16 መዝ: 89: 9 104: 35)
2. ያሁ ("ያህ" ከም መወዳእታ ስማት: ንኣብነት ኢሳይያስ)
3. ዮ (መጀመርያ ስማት: ንኣብነት ዮኤል)

3. ኣብቲ ናይ ዳሕራይ እምነት ኣይሁድ: እዚ ያህወ ዚብል ስም ኣዝዩ ቅዱስ ስም ስለ ዝተባህለ: ኣይሁድ ኪሰምይዎ ይፈርሁ ነበሩ፣ ነቶም ኣብ ዘጸ: 20: 7፥ ዘዳ: 5: 11፤ 6:13 ዘሎዉ ትእዛዛት ከይጥሕሱ ይፈርሁ ነበሩ፣ ስለዚ ኣብ ክንዲ እቲ ያህወ ዚብል ስም እግዚኣብሄር: ነቲ ኣብ እብራይስጢ "ዋና" "ጎይታ" "ሰብኣይ" "ኣዛዚ" ዘስምዕ ኣዶን ዚብል ቃል ተጠቐሙ፣ ጎይታይ ንምባል ከኣ ኣዶናይ ይብሉ፣ ናይ ብሉይ ኪዳን ጽሑፋት ኪነቡ እንከለዉ' እቲ ያህወ ዚብል ስም እንተ ረኸቡ "ጎይታ" ኢሎም ይነብዎ ነበሩ፣ ስለዚ እዩ ኸኣ እቲ ያህወ ዚብል ስም ኣብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትርጕማት ጎይታ ተባሂሉ ተተርጕሙ ዘሎ፣

4. ከም ኣብ "ኤል": ያህወውን ምስ ካልኦት ቃላት ተዋሲቡ ናይቲ ናይ እስራኤል ናይ ኪዳን ኣምላኽ ፍሉያት ባህርያት ንምጕላሕ የገልግል እዩ፣ ብዙሓት ምስኡ ዝተዋሰቡ ቓላት እኳ እንተሎዉ: ገለ ኣብነታት እዞም ዚስዕቡ እዮም፣

ሀ) ያህወ-ዩረ (ያህወ ይህብ: ቢዲቢ 217ን 906ን) ዘፍ: 22: 14

ለ) ያህወ-ሮፈቃ (ያህወ ፈዋሲኻ እዩ: ቢዲቢ 217ን 950ን፤ ቃል ናይ ግሲ ቅጽል) ዘጸ: 15: 26

ሐ) ያህወ-ኒሲ (ያህወ ሰንደቕ ዕላማይ እዩ: ቢዲቢ 217ን 651ን) ዘጸ: 17: 15

መ) ያህወ-መቃዲሽከም (ያህወ እቲ ዚቕድሰካ: ቢዲቢ 217ን 872ን፤ ጺሔል ናይ ግሲ ቕጽል) ዘጸ: 31: 13

ሠ) ያህወ-ሻሎም (ያህወ ሰላም እዩ: ቢዲቢ 217ን 1022ን) መሳ: 6: 24

ረ) ያህወ-ጸባኦት (ጎይታ ሰራዊት: ቢዲቢ 217ን 878ን) 1ሳሙ: 1: 3፤ 11፤ 4: 4፤ 15: 2 ብዙሕ ግዜ ኣብ ነብያት ይጥቀስ፣

ሰ) ያህወ-ሮይ (ያህወ ጓሳየይ እዩ: ቢዲቢ 217ን 944ን፤ ቃል ናይ ግሲ ቕጽል) መዝ: 23: 1

ሸ) ያህወ-ጽድቀኑ (ያህወ ጽድቅና እዩ: ቢዲቢ 217ን 841ን) ኤር: 23: 6

በ) ያህወ-ሻማ (ያህወ ኣብኡ ኣሎ: ቢዲቢ 217ን 1027ን) ህዝ: 48: 35

9፡፡ 15 - 22

**"በዚ ምኽንያቱ እዚ እዩ ኻብቲ ኣብ ቀዳማይ ኪዳን እተገብረ ኣበሳ ንምድሓን ዚኸውን ሞት ምስ ኮነ፡፡ እቶም ጽውዓት ነታ ተስፋ ናይ ዘለኣለም ርስቲ ምእንቲ ኺረኽቡ ኢሉ፡፡ ንሱ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳን ዝኾነ፣ ለበዋ ኣብ ዘለዎስ ሞት እተላበወ ኪኸውን ናይ ግዲ እዩ እሞ፡፡ ለበዋስ ድሕሪ ሞት እዩ ዚጸንዕ እምበር፡፡ እቲ እተላበወ ኪኸውን ናይ ግዲ እዩ እሞ፡፡ ለበዋስ ድሕሪ ሞት እዩ ዚጸንዕ እምበር፡፡ እቲ እተላበወ ብህይወቱ ኽሳዕ ዘሎ፡፡ ገለ እኳ ዜስልጥ የብሉን፣ ስለዚ እቲ ቐዳማይ ኪዳን እኳ ብዘይ ደም ኣይተቐደሰን፣ - ማለት፡፡ ሙሴ ኽምቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ገይሩ፡፡ እቲ ትእዛዛት ዘበለ ንዅሉ ህዝቢ ምስ ነገሮ፡፡ ደም ምራኹትን ድቤላታትን ምስ ማይን ቀይሕ ጸጕርን ስምዕዛን ወሲዱ፥ ኣምላኽ ንኣኻትኩም ዝኣዘዞ ደም ኪዳን እዚ እዩ፡፡ ኢሉ፡፡ ኣብቲ መጽሓፍን ኣብ ኵሉ እቲ ህዝብን ነጸጎ፣ ከምኡ ድማ ነቲ ድንኳንን ንዅሉ እቲ ናይ ምግልጋል ኣቓሑን ደም ነጸገሉ፣ ከምቲ ሕጊ ኣስታት ኵሉ ብደም እዩ ዚጸሪ፡፡ ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ፣"**

9፡ 15 **"ማእከላይ"** ናይ እብ፡ 8፡ 6 *መግለጺ ርአ* (እብ፡ 12፡ 24፥ 1ጢሞ፡ 2፡ 5)።

▣ **"ሓድሽ ኪዳን"** *እዚ መጀመርያ* ኣብ እብ፡ 8፡ 8፤ 13 *ኣገልጊሉ ኣሎ፡ ኣብ* እብ፡ 7፡ 22 *ከኣ ተኣሚቱ ኣሎ። እዚ ዜደንጹ ቓልዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ሓደ ስፍራ ጥራይ እዩ ዘሎ* (ኤር፡ 31፡ 31 - 34)፡ *ኣብ ህዝ፡* 36፡ 22 - 38 *ከኣ ተገሊጹ ኣሎ። ጥቕስታት* 15 - 18 *ነቲ "ኪዳን" ዚብል ቃል ብበበይኑ መልክዓቱ ቐያይረን ይጥቀማሉ። እቲ ቓል ክልተ ትርጕማት ኣሎዎ። እቲ ሓደ ኣብ እብራይስጢ ዘሎ ሕጋዊ ውዕል ወይ ስምምዕ ዚእምት ኪኸውን እንከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ ኣብ ግሪኽን ላቲንን ዘሎ ናይ መወዳእታ ኑዛዜ ወይ ለበዋ ዚእምት እዩ።*

▣ **"ኻብቲ ኣብ ቀዳማይ ኪዳን እተገብረ ኣበሳ ንምድሓን... እቶም ጽዉዓት ነታ ተስፋ ናይ ዘለኣለም ርስቲ ምእንቲ ኺረኽቡ"** *ኣስተውዕል፡ መልእኽቲ እብራውያን ናይ ብሉይን ሓድሽን ኪዳናት ንጽጽር እዩ። ሕጊ ሙሴ ነቲ ዝለዓለ ፍጥረት እግዚኣብሄር (ወዲሰብ) ናይ ሞት ብይን እዩ ነይሩ* (ኤፌ፡ 2፡ 14 - 16፥ *ቆሎ፡* 2፡ 14)፡ *ምኽንያቱ ድሕሪ ዘፍጥረት* 3 *ደቂሰብ ንትእዛዛት እግዚኣብሄር ኪእዘዙን ኪገብሩን ዘይክእሉ እዮም ኰይኖም። እቲ ቐዳማይ ኪዳን "ብህይወት ክትነብር ግበሮ" እዩ ዚብል ነይሩ፡ ግናኸ ሓደ እኳ ነቲ ድሌት ሕጊ ኼማልኦ ዝኸኣለ ኣይነበረን። እቲ ብሉይ ኪዳን "እታ ሓጢኣት እትገብር ነፍሲ ንሳ ኽትመውት እያ" ይብል ነበረ* (2ነገ፡ 14፡ 6፥ *ህዝ፡* 18፡ 4፤ 20)። *ምላሽ እግዚኣብሄር ናይ ኵሉ ሰብ ዕዳ ንኸኹሉ ግዜ እትኸፍል ሓጢኣት ዘይብላ፡ ፍጽምቲ እስራኤል እዩ ነይሩ* (ኢሳ፡ 52፡ 13- 53፡ 12)።

*እቲ "እቶም ጽዉዓት" ዚብል ሓረግ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ንእኡ ናይ ምፍላጥ ጻውዒት ባዕሉ ኺም ዘበግሶ ዚሕብር ሓረግ እዩ* (እብ፡ 3፡ 1፥ *ዮሃ፡* 6፡ 44፤ 65፥ *ሮሜ፡* 8፡ 28፤ 30፤ 9፡ 24)። *ናይ እብ፡* 3፡ 1 *ምሉእ መግለጺ ተመልከት።*

*ናይ "ርስቲ" ሓሳብ ምስቲ ሌዋውያን ምስ እግዚኣብሄር ዝነበሮም ፍሉይ ዝምድና ዚተኣሳሰር እዩ። ሌዋውያን ርስቲ እግዚኣብሄር እዮም ነይሮም፡ እግዚኣብሄር ከኣ ርስቶም እዩ ነይሩ (ከምቶም ካልኦት ነገዳት፡ ናይ መሬት ርስቲ ኣይነበሮምን)። ሎሚ ናይ ሓድሽ ኪዳናት ኣመንቲ ኸምቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ካህናት እዮም* (2ጴጥ፡ 3፡ 5፤ 9፥ *ራእ፡* 1፡ 6)። *ኣመንቲ ብክርስቶስ ዝተዋህበ፡ ብኣምላኽ ዚሕሎ ዘለኣለማዊ ርስቲ ኣሎዎም።*

---

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ከፊሉ ኣድሓነ/ በጃ ኾነ**

I.ብሉይ ኪዳን

*ሀ. ነዚ ሓሳብዚ ዜብርሁ ኣውራ ኽልተ ናይ እብራይስጢ ናይ ሕጊ ቓላት ኣሎዉ፣*

1. *ጋል* (ቢ.ዲ.ቢ. 145፤ I)። *መሰረታዊ ትርጕሙ "ዋጋ ብምኽፋል ሓራ ገበረ" ማለት እዩ፣ ናይቲ ጎኤል ዚብል ቃል መልክዕ እንተ ተወሲኽዎ ኸኣ። መንጎኛ ወይ ማእከላይ ሰብ ዚብል ትርጕም ይለብስ። እዚ ብዙሕ ግዜ ኣባል ቤተ ሰብ (ዘመድ ተበጃዊ) ማለት እዩ፣ እዚ ባህላዊ መዳይ ዘሎዎ ንነገራት። እንስሳታት። መሬት* (*ዘሌዋውያን* 25፥ 27) *ወይ ኣዝማድ* (*ሩት* 4። 15፥ *ኢሳ*። 29። 22) *ናይ ምዕዳግ መሰል። ብስነ-መለኮታዊ መገዲ ናብቲ እግዚኣብሄር ንእስራኤል ካብ ምድሪ ግብጺ ዝገበረሎም ምንጋፍ ይሰጋገር* (*ዘጸ*: 6: 6፤ 15: 13፥ *መዝ*: 74: 2፤ 77: 15፥ *ኤር*:

31: 11)። እግዚኣብሄር እቲ "ተበጃዊ" (መድሓኒ) እዩ (እዮ: 19: 25፥ መዝ: 19: 14፤ 78: 35፥ ምሳ: 23: 1፥ ኢሳ: 41: 14፤ 43: 14፤ 44: 6፤ 24፤ 47: 4፤ 48: 17፤ 49: 7: 26፤ 5: 5፤ 8፤ 59: 20፤ 60: 16፤ 63: 16፥ ኤር: 50: 34)።

2. ፓዳ (ቢ.ዲ.ቢ. 804): እዚ መሰረታዊ ትርጉሙ "ኣናገፈ" ወይ "ኣድሓነ" እዩ
   ሀ. ናይ በዅሪ ምድሓን (ዘጸ: 13: 13፤ 14ን ዘሁ: 18: 15 - 17)

   ለ. ስጋዊ ምድሓን ምስ መንፈሳዊ ምድሓን ተነጻጺሩ ተቐሚጡ ኣሎ (መዝ: 47: 7፤ 8፤ 15)

   ሐ. ያህወ ንእስራኤል ካብ ሓጢኣቶምን ዓመጾምን ኬድሕኖም እዩ (መዝ: 130: 7- 8)

ለ. እቲ ስነ-መለኮታዊ ኣምር ብዙሓት ተዛመድቲ ቓላት ዝሓዘ እዩ።

1. ስእነት: ባርነት: መቕጻዕቲ: ማእሰርቲ ኣሎ።
   ሀ. ኣካላዊ

   ለ. ማሕበራዊ

   ሐ. መንፈሳዊ (መዝ: 130: 8)

2. ንናጽነት: ሓርነትን ሕውየትን ዋጋ ኪኽፈል ኣሎዎ።
   ሀ. ናይ ሃገረ እስራኤል (ዘዳ: 7: 8)

   ለ. ናይ ውልቀ ሰብ (እዮ: 19: 25 - 27፤ 33: 28)

3. መንጎኛን ገባር ሰናይን ዚኾውን ሓደ ሰብ ኪህሉ ኣሎዎ፣ ኣብቲ ጋል ዚብል ቃል: እቲ ሰብ ብዙሕ ግዜ ኣባል ስድራቤት ወይ ዘመድ እዩ (ጎኤል: ቢ.ዲ.ቢ. 145)።
4. ያህወ ብዙሕ ሳዕ ንርእሱ ብስድራቤታዊ ቓላት ይገልጾ።
   ሀ. ኣቦ

   ለ. በዓል ቤት

   ሐ. ናይ ቀረባ ዘመድ ተበጃዊ/ ፈዳይ ሕነ ምድሓን ብያህወ ባዕሉ እዩ ተረኺቡ፥ ዋጋ ተኸፊሉ: ምድሓን ከኣ መጺኡ!

II.ሓድሽ ኪዳን

ሀ. ነቲ ስነ-መለኮታዊ ሓሳብ ንምብራህ ብዙሓት ቃላት ኣሎዉ።

1. ኣጎራዞ 1ቆሮ: 6: 20፤ 7: 23፥ 2ጴጥ: 2: 1፥ ራእ: 5: 9፤ 14:34)። እዚ ንሓደ

ኣቕሓ ዝተኸፍለ ኻሕሳ ዜመልክት ናይ ንግድ ቃል እዩ፣ ንህይወትና ዘይንቆጻጸራ ብደም የሱስ ዝተዓደግና ህዝቢ ኢና፣

2. *ኤክሳጎራዞ* (ገላ: 3: 13፤ 4: 5፥ ኤፌ: 5: 16፥ ቆሎ: 4: 5)፣ እዚውን ናይ ንግድ ቃል እዩ፣ ነቲ የሱስ ኣብ ክንዳና ዝኸፈሎ ተካኢ ሞት የንጸባርቕ፣ የሱስ: ሓጥኣን ሰባት ኪገብርዎ ዘይከኣሉ ን"መርገም" ናይቲ ኣብ ግብሪ ዝተሞርኮሰ ሕጊ ጸይርዎ (ሕጊ ሙሴ: ኤፌ: 2: 14- 16፥ ቆሎ: 2: 14)፣ ናይ ኵልና (ማር: 10: 45፥ 2ቆሮ: 5: 21) መርገም (ዘዳ: 21: 23) ጸይርዎ! ኣብ የሱስ: ፍርድን ፍቕርን እግዚኣብሄር ተወሃሂዶም ምሉእ ምሕረት: ተቐባልነትን ክፉት ደገን ፈጢሮም!

3. *ሉዎ* "ናጻ ገበረ"

   *ሀ. ሉትሮን* "ዝተኸፍለ ዋጋ" (ማቴ: 20: 28፥ ማር: 10: 45)፣ እዚኣቶም ናይ የሱስ ዕላማ ምምጻኡ: ንሱ ባዕሉ ዘይተዓድዮ ዕዳ ሓጢኣት (ዮሃ: 1: 29) ብምኽፋል መድሓኒ ኪኸውን ከም ዝነበረ ዚገልጹ ኻብ ኣፍ የሱስ ዝወጹ ሓያላት ቃላት እዮም፣

   *ለ. ሉትሩ*: "ፈነወ"

   1. ንእስራኤል ኣድሓነ (ሉቃ: 24: 21)
   2. ህዝቢ ንምድሓንን ንምጽራይን ርእሱ በጃ ሃበ (ቲቶ: 2: 14)
   3. ሓጢኣት ዘይብሉ መተካእታ ኾነ (1ጴጥ: 1:18- 19)

   *ሐ. ሉትሮሲስ* "ምድሓን"፤ "ምንጋፍ" ወይ ከኣ "ሓርነት"

   1. ትንቢት ዘካርያስ ብዛዕባ የሱስ ሉቃ: 1: 68
   2. ምስጋና ሃና ናብ እግዚኣብሄር ብዛዕባ የሱስ ሉቃ: 2: 38
   3. ናይ የሱስ ዝሓሸ: ሓንሳእ ንሓዋሩ ዝተዋህበ መስዋእቲ (እብ: 9: 12)

4. *ኣፖሎትሮሲስ*

   ሀ. ኣብ ካልኣይ ምጽኣት ዘሎ ምድሓን (ግብ: 3: 19- 21)

   1. ሉቃ: 21: 28
   2. ሮሜ: 8: 23
   3. ኤፌ: 1: 14፤ 4: 30
   4. እብ: 9: 15

   ለ. ምድሓን ብሞት የሱስ

   1. ሮሜ: 3: 24
   2. 1ቆሮ: 1: 30
   3. ኤፌ: 1: 7
   4. ቆሎ: 1: 14

5. ኣንቲሊትሮን (1ጢሞ: 2: 6)፣ እዚ ንሓርነት ምስቲ ናይ የሱስ ኣብ ክንዲ ሰብ ዝተኸፍለ ናይ መስቀል ሞት ዜተኣሳስር ኣገዳሲ ጽሑፍ እዩ (ከም ቲቶስ 2: 14)፣ የሱስ እቲ እንኮን በይኑን ቅቡል መስዋእቲ እዩ: ንሱ እቲ ምእንቲ "ኵሉ" ዚመውት እዩ (ዮሃ: 1: 29፤ 3: 16- 17፤ 4: 42፥

1ጢሞ: 2: 4፤ 4: 10፥ ቲቶ: 2: 11፥ 2ጴጥ: 3: 9፥ 1ዮሃ: 2: 2፤ 4: 14)፣

ለ. እቲ ስነ-መለኮታዊ መረዳእታ ኣብ ሓድሽ ኪዳን፣

1. ወድሰብ ንሓጢኣት ባርያ ኾይኑ እዩ (ዮሃ: 8: 34፥ ሮሜ: 3: 10- 18፤ 6: 23)፣
2. ማእሰርቲ ወድሰብ ንሓጢኣት በቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ሕጊ ሙሴን (ገላትያ 3) ብናይ የሱስ ናይ ከረን ስብከትን (ማቴዎስ 5 - 7) ተጋሂዱ እዩ፣ ግብሪ ሰብ ናይ ሞት ብይን ኮይኑ ተረኺቡ (ቆሎ: 2: 14)፣
3. የሱስ: እቲ ሓጢኣት ዘይብሉ ገንሸል ኣምላኽ: መጺኡ ኣብ ክንዳና መይቱ (ዮሃ: 1: 29፥ 2ቆሮ: 5: 21)፣ ንእግዚኣብሄር ምእንቲ ኽነገልግሎ ኻብ ሓጢኣት ተዓዲግና ኣሎና (ሮሜ 6)፣
4. እቲ ቓል ብዚእምቶ ትርጕም: ያህወን የሱስን ኣብ ክንዳና ዝዓዩ "ናይ ቀረባ ኣዝማድ" እዮም፣ እዚ ነቲ ስድራቤታዊ ምሳሌ ይቐጽሎ (ማለት ኣቦ፤ በዓል ቤት፤ ውሉድ፤ ሓው፤ ቀረባ ዘመድ)፣
5. ምድሓን ምእንቲ ሰይጣን ዝተኸፍለ ዋጋ ኣይኮነን (ከምቲ ናይ ማእከላይ ዘመን ስነ-መለኮት ዚምህሮ ዝነበረ)፣ ምድሓን ንቓል እግዚኣብሄርን ፍርዲ እግዚኣብሄርን ምስ ፍቕሪ ኣምላኽን ምሉእ ውህበቱ ብክርስቶስን ምስናይ (ምውህሃድ) እዩ፣ ኣብቲ መስቀል: ሰላም መጺኡ: ዓመጽ ሰብ ምሕረት ረኺቡ: ምስሊ እግዚኣብሄር ከም ብሓድሽ ኣብ ደቅሰብ ብጥቡቕ ሕብረት ምሉእ ብምሉእ ይዓዪ ኣሎ!
6. ሕጂውን ምድሓን ገና ዘይተፈጸመ ናይ መጻኢ መዳይ ኣሎዎ (ሮሜ: 8: 23፥ ኤፌ: 1: 14፤ 4: 30)፣ እዚ መዳይዚ ትንሳኤ ስጋናን ምስቲ ስሉስ ኣምላኽ ዚህልወና ውልቃዊ ሕብረትን ዚምልከት እዩ፣ እቲ ዝተንስአ ስጋና ልክዕ ከም ናይ ክርስቶስ ኪኸውን እዩ (1ዮሃ: 3: 2)፣ የሱስ ስጋዊ ኣካል ነይርዎ: እዚ ስጋኡ ኻብ ናይ ሰብ ዚፍለ ተወሳኺ መልክዕ ከኣ ነይርዎ፣ ነቲ ኣብ 1ቆሮ: 15: 12- 19 ዘሎ ተጻራሪ ዚመስል ሓሳብ በቲ ኣብ 1ቆሮ:15: 35- 58 ዘሎ ሓሳብ ንምትርጓሙ ኣሸጋሪ እዩ፣ ብርግጽ ኣካላዊ: ምድራዊ ስጋ ኣሎ፥ ሰማያዊ: መንፈሳዊ ስጋ ኸኣ ኪህሉ እዩ፣ የሱስ ክልቲኡ ነይርዎ!

9፡ 16 - 18 ነዚ ኽፍልዚ ንምርዳእ ክልተ መገድታት ኣሎዉ፡ 1. እቲ ጸሓፊ፡ ከምቶም ካህናት ኣይሁድ ዚገብርዎ፡ ናይቲ "ኪዳን" ዚብል ቃል በበይኖም ትርጕማት እናኣበራረየ ይጥቀመሎም። ብፍላይ በቲ ናይ ግሪኽ ስምዒቱ፡ ማለት "ናይ መወዳእታ ኑዛዜ ወይ ለበዋ" (ገላ፡ 3፡ 15)፡ ዚብል ትርጕም ይጥቀመሉ። ዕላማኡ፡ እቲ ሓድሽ ኪዳን ንኺእወጅ ክርስቶስ ኪመውት ነይርዎ ንምባል፡ ወይውን 2. እቲ ቓል ከይተለወጠ ብቐጻሊ "ኪዳን" ተባሂሉ ኺትርጎም ኣሎዎ። ብዛዕባዚ ኣረኣእያዚ እቲ ዝበለጸ ሓጺር ምኑት ኣብ ናይ ኤም. ኣር. ቪንሰንት *ዎርድ ስታዲዝ ኢን ዘ ኒው ተስታመንት* ይርከብ፡

“እቲ *ድያተክ* ዚብል ናይ ግሪኽ ቃል *ለበዋ* ተባሂሉ ኺትርጐም የብሉን። እቲ ኪኸውን ዘሎዎ ትርጒም *ኪዳን* እዩ። ምኽንያቱ፡ ሀ. እቲ ለውጢ ሃንደበት ስለ ዘኾነን እቲ ናይ ሓሳብ ኣመዓባብላ ስለ ዝተቛረጸን። እቲ ሓሳብ ናብ ማእከል ሓደ ንሓድሽ ኪዳንን ብሉይ ኪዳንን (እብ፡ 8፡ 6 - 10፡ 18) ዜወዳድር ዘይተወድአ ኽትዕ ሃንደበት ዝኣተወ እዩ። ለ. ናይቶም ኪዳናት ተመሳሳልነትን ምንጽጻርን ዜብቅዓሉ ነጥቢ ኣሎዎ። ምኽንያቱ ኽልቲኦም ኪዳናት ዝተበሰሩን ዝተሓትሙን (ዝተረጋገጹን) ብሞት እዩ፡ ተራ፡ ባህርያዊ ሞት ዘይኮነስ፡ ብቐንዱ ብምፍሳስ ደም ዝተሰነየ ናይ መስዋእቲ፡ ዓመጽ ሞት። ከምዚ ዓይነት ሞት ኣብ ጥቕሲ 15 ብግልጺ ተሓቢሩ ኣሎ። *ድያተክ* ንለበዋ ዜመልክት እንተ ደኣ ኮይኑ፡ እቲ ኣብ ጥቕሲ 16 *ታናቶን* ተባሂሉ ዘሎ ሞት ብዘይምፍሳስ ደም ዚኸውን ባህርያዊ ሞት ኪኸውን እዩ። ሐ. ነቶም እብራውያን ተቐበልቲ መልእኽቲ ምስ ርስቲ ተኣሳሲሩ ዚቐርብ ለበዋ ስምዒት የብሉን። ብኣንጻሩ፡ እቲ ርስቲ ተባሂሉ ተተርጒሙ ዘሎ *ክለሮኖምያ* ኣብ ኣእምሮ እስራኤላውያን ኵሉ ሳዕ ምስ ንከንኣን ምውራስ ዝተኣሳሰረ እዩ፡ እዚ ምውራስ ናይ ከንኣን ርስቲ ኸኣ ምስ ኪዳን ዝተተሓሓዘ እዩ። ዘዳ፡ 4፡ 20- 23፥ 1ዜና፡ 16፡ 15 - 18፥ *መዝ*፡ 55፡ 8 - 11 ርአ። መ. ኣብቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ደጋጊሙ ኸም ናይ ጽሑፉ ምንጪ ዝተጠቕመሉ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (LXX)፡ እቲ *ድያተክ* ዚብል ቃል ኵሉ ግዜ ኪዳን ዚብል ትርጒም እዩ ዘሎዎ። እዚ ቓል ኣስታት 350 ግዜ የጋጥም፡ መብዛሕትኡ እዋን ንኺዳን ይውክል። ሠ. ኪዳን ማሕተም ምእንቲ ኺግበረሉ ኸም መስዋእቲ ኪቐርብ ዘሎዎ ግዳይ ከም ዘሎ ኣብ ዘፍ፡ 15፡ 10፥ መዝ፡ 1፡ 5፥ ኤር፡ 34፡ 18 ተረጋገጹ ኣሎ። ረ. ኣብ ጥቕስታት 16፡ 17 ለበዋ ዚብል ቃል ቅኑዕ ትርጒም ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ እቲ ጸሓፊ ብናይ ቋንቋ ስሕተት ምተኸሰሰ፥ ምኽንያቱ ኻብ ጥቕሲ 18 ንንየው ዘሎ ጽሑፍ ናይቶም ኣብ ጥቕስታት 16፤ 17 ዘሎዉ ርእይቶታት ታሪኻዊ መብርሂ ኪኸውን ዝተሓስበ እዩ፡ እቶም መብርሂታት ካብቲ ኺበርህ ዝተደልየ ጒዳይ ፍጹም ናብ ዝተፈልየ ኣንፈት ይቕይሩ። እቲ ጸሓፊ ‘ለበዋስ… እቲ እተላበወ ብህይወቱ ኽሳዕ ዘሎ፡ ገለ እኳ ዜስልጥ የብሉን። ስለዚ እቲ ቐዳማይ ኪዳን እኳ ብዘይ ደም ኣይተቐደሰን” ንኺብል ተገዲዱ ኣሎ’” (ገጽ 1144)።

▣ **“ኣይተቐደሰን”** ናይ እብ፡ 10፡ 20 ዝርዝር ተመልከት።

**9፡ 19 “ደም ምራኹትን ድቤላታትን ምስ ማይን ቀይሕ ጸጕርን ስምዕዛን”** እቲ ጸሓፊ ነቲ ኣብ ዘሌ፡ 14፡ 6 - 7 ዘሎ ብምንጻግ ደም ዚግበር ናይ ለምጻም ምንጻህ ምስቲ ኣብ ዘጸ፡ 24፡ 1- 9 ዘሎ ናይ ከረን ሲና ናይ ዓሰርተ ትእዛዛት ምቕዳስ ዘወሃሃዶ ይመስል። ኣብ ምዕራፍ 24 እታ ድንኳን ኣይተሰርሐትን ነይራ (ንሳ ኣብ ዘጸኣት 40 እያ ዘላ)። ጸሓፊ ታሪኽ ዮሰፈስ ከም ዚነግረና ብደም ምንጻግ ናይቲ ኣብ ዘጸኣት 40 ዘሎ ስርዓት ሓደ ኣካል እዩ ነይሩ።

እዚ ድቤላታት ዚብል ቃል ኣብ ብዙሓት ናይ ግሪኽ በኾሪ ጽሑፋትን (P46፤ ℵc፤ K፤ L) ኣብቶም ኦሪጀን ዝተጠቕመሎም ትርጒም ቋንቋ ጥንታዊት ሶርያን ናይ ግሪኽ ጽሑፍን  ኣይርከብን እዩ። ድቤላታት ብዙሕ ግዜ ኸም ማሕተም ኪዳን ዘይኮነስ ንመስዋእቲ ሓጢኣት እዮም ዜገልግሉ ነይሮም (ዋላኳ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ጥራይ እንተ ዘይኮኑ፡ ከም ኣብ ዘፍ፡ 15፡ 9)። ኣብቲ “ዓሰርተ ቓላት” (ቶራ) ዝተሓትሙሉ ዘጸ፡ 24፡ 1- 8 ድቤላታት የለዉን። ምናልባት “ድቤላታት” ነቲ ኣብ ዘሌዋውያን 16 ዘሎ መዓልቲ ዕርቂ ዜመልክቱ ኪኾኑ ይኽእሉ፡ ኣብኡ ድቤላታት ናይቲ ናይ መዓልቲ ዕርቂ ስርዓት ቀንዲ ኣካል እዮም።

ካብዚ ዘሎና ዘመናዊ ኣንፈ ግብሪ ሃዋርያት 7ን (ስብከት እስጢፋኖስ) ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያንን (ብዛዕባ እታ ጥንታዊት ቤተ መቕደስ ኣብ እብራውያን 9 ዘሎ መግለጺ) ቅኑዓት ኣይኮኑን ምባል

ኣሽጋሪ እዩ። ብዛዕባቶም ጥንታውያን ስርዓታትን ምስኣቶም ሓቢሮም ዚኸዱ ብቐጻሊ ዚቀያየሩ ናይ ካህናት ኣይሁድ (ራብያት) ልምድታትን ኣዝዩ ብዙሕ ዘይፍለጥ ነገር ኣሎ።

9፡ 20 እዚ ኻብ ዘጸ፡ 24፡ 8 ዝተወስደ ጥቕሲ እዩ።

9፡ 22 **"ኣስታት ኵሉ"** ገለ ነገራት ኣብ ናይ ብሉይ ኪዳን ስርዓት ብዘይደም ዝነጽሁ ነይሮም፡ 1. ዘሌ፡ 5፡ 11፥ 2. ዘሁ፡ 16፡ 46፥ 3. ዘሁ፡ 31፡ 22- 23፥ 4. ዘጸ፡ 19፡ 10፤ 32፡ 30- 32፥ ዘሌ፡ 15፡ 5፤ 16፡ 26፤ 28፤ 22፡ 6፥ 5. መዝ፡ 51። ኣብ ታሕቲ ዘሎ ዝርዝር ርአ።

▣ **"ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ"** ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ምንጻህ እዞም ዚስዕቡ የድልይዎ ነይሮም፡ 1. ሓዊ 2. ማይ ወይ 3. ደም። እዚ ጸሓፊ መልእኽቲ ንሓጢኣት ብጽኑዕ እዩ ዚርእዮ። ይቕሬታ ኺርከብ እንተ ደኣ ኮይኑ ህይወት ኪጠፍእ ኣሎዎ (ዘሌ፡ 17፡ 11፤ 14)። እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ስርዓት መስዋእቲ (ዘሌዋውያን 1- 7) ነቲ ብዛዕባ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ ደቂ ሰብ ዝገበሮ መስዋእቲ ዘሎና ምርዳእ ኣቕዲሙ ዜዳሉ እዩ ነይሩ (ማቴ፡ 26፡ 28፥ ማር፡ 10፡ 45፥ 1ቆሮ፡ 11፡ 25፥ 2ቆሮ፡ 5፡ 21)።

ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ነገራት/ ሰባት ብዘይ ደም ዚነጽሁሎም ብዙሓት መገድታት ነይሮም።

1. ብሓዊ (ዘሌ፡ 13፡ 52፤ 55፥ ዘሁ፡ 31፡ 23)
2. ማይ (ዘጸ፡ 19፡ 30፥ ዘሌ፡ 15፡ 5፤ 16፡ 26፤ 28፤ 22፡ 6፥ ዘሁ፡ 31፡ 24)
3. መስዋእቲ ብልዒ (ዘሌ፡ 5፡ 11 - 13)
4. ዕጣን (ዘሁ፡ 16፡ 46 - 48)
5. ምምሳድ (ዘጸ፡ 32፡ 30 - 32)
6. ናይ ምእማንን ስቡር ልብን ጸሎት (መዝ፡ 32ን 51ን)

**እብ። 9። 23 - 28**

**"እምብኣርሲ ምስሊ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ነገር በዚ ኺጸሪ። እቲ ሰማያዊ ንርእሱ ግና ካብዚ ብዝሔሸ መስዋእቲ ኺጸሪ ናይ ግዲ ነበረ፣ ክርስቶስ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኪረኣየልና ናብኣ ናብታ ሰማይ ኣተወ እምበር። ኣብቲ ምስሊ ሓቂ። ኣብታ ብኢድ እተገብረት መቕደስ ኣይኮነን ዝኣተወ፣ ከምቲ ሊቀ ኻህናት በብዓመት ብደም ካልእ ናብ መቕደስ ዚኣቱ። ንሱስ ብዙሕ ሳዕ ርእሱ ኺስውእ ኣይኣተወን፣ ብዘይ እዝስ ካብ ምስራት ዓለም ጀሚሩ ብዙሕ ሳዕ መከራ ኺጸግብ ምተገብኦ ነይሩ። ሕጂ ግና ብመስዋእቲ ርእሱ ንሓጢኣት ኪስዕር ኢሉ እዩ ኣብ መወዳእታ ዘመናት ሓደ ጊዜ**

**እተገልጸ፣ ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድሕሪኡውን ፍርዲ እተሰርዮ። ከምኡ ኸኣ እቲ ንሓጢኣት ብዙሓት ኬርሕቕ ኢሉ ሓንሳእ እተሰውኤ ክርስቶስ ንምድሓን እቶም ዚጽበይዎ ኻልኣይ ጊዜ ብዘይ ሓጢኣት ኪግለጽ እዩ፣"**

9፡ 23 "**እምብኣርሲ ምስሊ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ነገር በዚ ኺጸሪ**" ኣብ ሰማይ ዘሎዉ ነገራት ብሰንኪ ሓጢኣት ደቕ ሰብ ረኺሶም እዮም ዚብል ሓሳብ ዘይልሙድ እዩ፡ ግናኸ በዚ ናይ እብራውያን ጸሓፊ ዝተጀመረ ሓሳብ ኣይኮነን (ሮሜ፡ 8፡ 18 - 22)። እቲ ኣብዚ ምዕራፍዚ ብዙሕ ሳዕ ዝተደጋገመ መዓልቲ ዕርቂ፡ ነታ ቤተ መቕደስ ዓመታዊ ኻብ ርኽሰት ሃይማኖታዊ ስርዓታት ምንጻህውን የጠቓልል ነበረ (ዘጸ፡ 30፡ 10፥ ዘሌ፡ 16፡ 11- 20)። ምናልባት ሰማይ በዞም ዚስዕቡ ረኺሱ ኪኸውን ይኽእል

1. ውድቀት ሰብ (ሮሜ፡ 8፡ 18- 22፥ ቆሎ፡ 1፡ 20)
2. ህላወ ሰይጣን (እዮብ 1- 2፥ ዘካ፡ 3)
3. ኣብ ናይ ካህናት ኣይሁድ (ራባያት) ዝነበረ ልምዲ

9፡ 24 "**ክርስቶስ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኪረኣየልና**" ናይ የሱስ ናይ ክህነት ስራሕ ኣብ ክልተ ደረጃታት ዚዓዪ እዩ ነይሩ፡ 1. ከም መስዋእቲ ኣብ ምድርን 2. ከም ካህን ኣብ ሰማይን። እዚ ጥቕሲዚ ብኽልተ መገድታት ክንርድኦ ንኽእል፡ እቲ ሃዋህው ጥቕሲ ነቲ ናይ ክርስቶስ ሞት ኣብ ክንዲ ውዱቕ ወድሰብ የመልክት፡ ግናኸ ነቲ ናይ ክርስቶስ ቀጻሊ ናይ ምምላድ ጸሎትውን ኬመልክት ይኽእል (እብ፡ 7፡ 25፥ ሮሜ፡ 8፡ 34፥ 1ዮሃ፡ 2፡ 1)።

እቲ "ኪረኣየልና" ዚብል ቃል ኣብ ግሪኽ *ኤምፋኒዞ* እዩ ዚብል። እዚ ኸኣ "ተራእየ"፤ "ተገልጸ"፤ "ተጋህደ" ማለት እዩ (ማቴ፡ 27፡ 53)። ኣብ ጥቕሲ 26ለ "እተገልጸ" ወይ ከኣ ብግሪኽ *ፋነሩ* (2ቆሮ፡ 5፡ 10፥ ቆሎ፡ 3፡ 4፥ 1ጴጥ፡ 5፡ 4፥ 1ዮሃ፡ 2፡ 28፤ 3፡ 2) ንረክብ፡ ኣብ ጥቕሲ 28 ከኣ "ኪግለጽ" ወይ ኣብ ግሪኽ *ኦፕቶማይ* (ማቴ፡ 17፡ 3፥ ሉቃ፡ 1፡ 11፤ 9፡ 31፤ 22፡ 43፤ 24፡ 34፥ ግብ፡ 2፡ 3፤ 7፡ 2፤ 30፤ 35፤ 9፡ 17፤ 16፡ 9፤ 26፡ 16) ዚብል ቃል ንረክብ። እቲ ዜገርም እቲ ጸሓፊ ሰለስተ ተመሳሰልቲ ቓላት (መንትያታት) ይጥቀም።

9፡ 25 እዚ ጥቕሲዚ ነቲ የሱስ ንርእሱ ሓንሳእ ንሓዋሩ ሃበ ዚብል ናይ መልእኽቲ እብራውያን ቀንዲ ስነ-መለኮታዊ ኣርእስቲ ይቕጽሎ (እብ፡ 7፡ 25፤ 9፡ 11፤ 25- 28፤ 10፡ 10)። በዚ ኸኣ ናይ የሱስ ክህነት፡ መስዋእትን መቕደስን ካብቶም ናይ ብሉይ ኪዳን መሳትኦም ዝበለጹ እዮም።

9፡ 26 "**ብዘይ እዝስ... ብዙሕ ሳዕ መከራ ኺጸግብ ምተገብኦ ነይሩ**" ኣብቲ ዎርድ ፒክቸርዝ ኢን ዘ ኒው ተስታመንት ዚብል መጽሓፉ ኤ. ቲ. ሮበርትሰን እዚ ጥቕሲዚ ኸም ካልኣይ ደረጃ ኹነታዊ ኣበሃህላ እዩ ዚውሰድ ይብል (ቅጺ 5፡ ገጽ 404)። እዚ ማለት እቲ ጥቕሲዚ ኣብ ግጉይ መደምደምታ ዜብጽሕ ግጉይ ሓሳብ እዩ። የሱስ ሓንሳእ ጥራይ እዩ መከራ ጸጊቡ፡ ከምቶም ብቐጻሊ ዚስውኡ ዝነበሩ መስዋእትታት ኣይኮነን።

"ኣብ መወዳእታ ዘመናት" ን"ግዜ" "ዘለኣለም"ን "ዘመን"ን ዚምልከቱ ብዙሓት ናይ ግሪኽ ቃላት ኣሎዉ። ኣብ ምዕራፍ 9 ሰለስተ ንግዜ ዚእምቱ ጥቕስታት ኣሎዉ፡

1. 9፡ 9 “ሎሚ” እዚ ማለት ብሉይ ኪዳን እዩ
2. 9፡ 10 “ዘመን ምቕናዕ” እዚ ማለት ሓድሽ ኪዳን እዩ (ምጅማር ሓድሽ ዘመን)
3. 9፡ 26 “መወዳእታ ዘመናት” እዚ ማለት ናይ ጽድቂ ሓድሽ ዘመን (ናይዚ ዘሎ ዘመን ምብቃዕ፡ ማቴ፡ 13፡ 39፤ 40፤ 49፤ 24፡ 3፤ 28፡ 20)

እቶም ካህናት ኣይሁድን (ራብያት) ጸሓፍቲ ሓድሽ ኪዳንን ክልተ ዘመናት ይጥምቱ ነይሮም (ኣብ ሓደ ጽሕፈ ዘሎ ድርብ ኾነታት)፡ 1. ብናይ ሰብ ዓመጽን ናይ እግዚኣብሄር መርገምን ዚልለ ህሉው ክፉእ ዘመንን 2. በቲ መሲህ ዚእወጅ መጻኢ ዘመንን፡ መዓልቲ ጽድቂ።

ብሉይ ኪዳን ኣብቲ እቲ መሲህ ከም ፈራድን ገዛእን ዚህልዎ ግርማዊ፡ ብርቱዕ ምጽኣት የተኩር፡ ግናኸ ኽምቲ ሓድሽ ኪዳን ዜግህዶ እቲ መሲህ ክልተ ግዜ እዩ ዚመጽእ፡ መጀመርያ ኽም ዚስቀ ባርያ፡ ገንሸል ኣምላኽ፥ ዳሕራይ ከኣ ልክዕ ከምቲ ብሉይ ኪዳን ዝተነበዮ። እዞም ክልተ በበይኖም ምጽኣታት፡ ምድርራብ ናይቶም ክልተ ናይ ኣይሁድ ዘመናት ኣስዒቦም። መንግስቲ ኣምላኽ ብልደት የሱስ መጺኣ፡ ግናኸ ኽሳዕ እቲ ኽቡር ምጽኣቱ ኣይክትዛዘምን እያ። ስለዚ ኣመንቲ ናይ ክልተ ግዝኣታት ዜጋታት እዮም፡ ናይታ ዘለኣለማዊት መንግስትን ናይታ ግዜያዊት መንግስትን።

9፡ 27 እዚ ጥቕሲዚ ነቲ ነፍሲ ኻብ ሓደ ኣካል ሰብ ናብ ካልእ ኣካል ትሰጋገር እያ ዚብል ናይ ካርማ (ሕሉፍ ህይወት) ዕንክሊል ዚምህር ምህሮ ይነጽግ። እዚ ምህሮዚ ነቲ ውዱቕ፡ ሓጥእ ወድሰብ ሕማቕ ምህሮ እዩ! እቲ ናይ ክርስትና ፍሉይ ኣተሓሳስባ ዝኾነ “ሓንቲ ህይወት፡ ሓንቲ ፍርዲ” ዚብል ምህሮ ንምዝርጋሕ ወንጌል የፋጥኖ፥ ነቲ ኹሎም ሰባት ኣብ መወዳእታ ኺድሕኑ እዮም ዚብል ስነ-መለኮት ዩኒቨርሳሊዝም የዕንዎ፥ እቲ ዓብዪ ተልእኾ (ማቴ፡ 28፡ 19- 20) ናብ ጽቡቕ እማመ ወይ ዓብዪ ኣማራጺ ጥራይ ከይቅየር ኣጥቢቑ ይሓትት!

9፡ 28 **“ንሓጢኣት ብዙሓት ኬርሕቕ”** እዚ ምናልባት ንኢሳ፡ 53፡ 12 (1ጴጥ፡ 2፡ 24) ዚእምት ኪኸውን ይኽእል። እቲ “ብዙሓት” ዚብል ቃል ንኻልኦት ዘይሕውስ (ናይ ውሑዳት) ማለት ኣይኮነን፡ ምስቲ ኣብ ኢሳ፡ 53፡ 6 ዘሎ “ኵላቶም” ዚብል ቃል ማዕረ እዩ (ሮሜ፡ 5፡ 18 “ብዙሓት”፤ ሮሜ፡ 5፡ 19 “ኵሉ”)።

እቲ “ኬርሕቕ” ዚብል ቃል ንኢሳ፡ 53፡ 4፤ 11፤ 12 ዚእምት ከይኮነ ኣይተርፍን። ኣብ እብራይስጢ እቲ ግሲ “ጾረ” ወይ “ኣርሓቐ” ማለት እዩ (1ጴጥ፡ 2፡ 24)። “የሱስ ንሱ ዘይተኣወዶ (ዘይተዓደየ) ዕዳ ኽፈሉ፥ ንሕና ኽኣ ክንከፍሎ ዘይንኽእል ዕዳ ተኣዊድና።”

▣ **“ኻልኣይ ጊዜ... ኪግለጽ እዩ”** እዚ ምናልባት ነቲ ኻልኣይ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ዜመልክት እዩ ዚኸውን፡ ተደጋጋሙ ዝተጠቕሰ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣርእስቲ እዩ (ማቴ፡ 24፡ 3፤ 27፤ 30፤ 37፤ 39፤ 42፤ 44፤ 26፡ 64፥ ማር፡ 13፡ 20፤ 14፡ 62፥ ሉቃ፡ 21፡ 27፥ ዮሃ፡ 14፡ 3፥ ግብ፡ 1፡ 11፥ 1ቆሮ፡ 1፡ 7፤ 15፡ 23፥ ፊሊ፡ 3፡ 20- 21፥ 1ተሰ፡ 2፡ 19፤ 3፡ 13፤ 4፡ 15- 16፤ 5፡ 23፥ 2ተሰ፡ 1፡ 7፤ 10፤ 2፡ 1፤ 8፥ 1ጢሞ፡ 6፡ 14፥ 2ጢሞ፡ 4፡ 1፤ 8፥ ቲቶ፡ 2፡ 13፥ እብ፡ 9፡ 28፥ ያእ፡ 5፡ 7- 8፥ 1ጴጥ፡ 1፡ 7፤ 13፥ 2ጴጥ፡ 1፡ 16፤ 3፡ 4፤ 12፥ 1ዮሃ፡ 2፡ 28)። ናይ እብ፡ 1፡ 14 ፍሉይ ኣርእስቲ፡ ኣብ ቋንቋ ግሪኽ “ምድሓን” ናይ ዚገልጹ ናይ ተግባር ቃላት (ግስታት) እዋናት ተመልከት።

ግናኸ ኻብቲ ትሕዝቶኡ እቲ ጥቕሲ ድሕሪቲ ዓብዪን ዕዉትን መስዋእቱ የሱስ ክርስቶስ ካብቲ ሰማያዊ መቕደስ ኪወጽእ እንከሎ ዜመልክት ኪኸውን ይኽእል (ኒው ተስታመንት ትራንስላይን

ብማይክል ማጊል፡ ገጽ 846 ቍጽርታት 32ን 35ን)። እዚ ምስቲ እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ሊቀ ኻህናት ኣብ መዓልቲ ዕርቂ ኻብቲ ቅድስተ ቅዱሳን ኪወጽእ እንከሎ ዚመሳሰል እዩ።

▣ **"ንምድሓን እቶም ዚጽበይዎ... ብዘይ ሓጢኣት"** እዚ ሓረግዚ የሱስ ክርስቶስ መጀመርያ ዝመጸ ንናይ ሰብ ናይ ሓጢኣት ሽግር ኪገጥም እዩ ዚብል ይመስል። ካልኣይ ግዜ ግን ነቶም ብእኡ ዝኣመኑን ንምጽኣቱ ዚናፍቑን (ሮሜ፡ 8፡ 19፤ 23፥ 1ቆሮ፡ 1፡ 7፥ ፊሊ፡ 3፡ 20፥ ቲቶ፡ 2፡ 13) ናብኡ ኺእክብ (1ተሰ፡ 4፡ 13- 18) ኪመጽእ እዩ ዜስምዕ ይመስል።

▣ **"እቶም ዚጽበይዎ"** እዚ ነቲ ስርዓት መዓልቲ ዕርቂ ዚእምት ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ኣብዚ መዓልትዚ እቶም እስራኤላውያን እቲ ሊቀ ኻህናት ካብቲ ቅድስተ ቅዱሳን ብህይወቱ ኺወጽእ ተሃንጥዮም ይጽበይዎ ነበሩ። ምውጻኡ ያህወ ነቲ ናይ ምምላድ ኣገልግሎቱ ኸም ዝተቐበሎ ምልክት ነበረ።

## መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጕዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብኸሉ መዳዮም ንኽተስተብህለሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. ስለምንታይ እዩ እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ብዛዕባቲ ኣብ በረኻ ዝነበረ ጥንታዊ ድንኳን ዚዝቲ?
2. ስለምንታይ እዩ ጥቕሲ 9፡ 9 ስነ-መለኮታዊ ኣገዳስነት ዘሎዎ?
3. ኣብ ሰማይ የሱስ ክርስቶስ ዝኣተዎን መስዋእቲ ዘቕረበሉን ናይ ሓቂ ዚርአ መቕደስ ኣሎ ድዩ?
4. ኣብ ጥቕስታት 15 - 18 እቲ ጸሓፊ ዚጥቀመሎም ክልተ ሓሳባት ብዛዕባ "ኪዳን" እንታይን እንታይን እዮም?

# እብራዊያን 10

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኹም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጕም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።

1. ቀዳማይ ምዕራፍ
2. ካልኣይ ምዕራፍ
3. ሳልሳይ ምዕራፍ
4. ወዘተ...

**ናይቲ ሃዋህው (ኹነታት) መረዳእታ**

ሀ. እቲ ስነ-ጽሑፋዊ ጥርናፈ ኣብ እብ፡ 8፡ 1 እዩ ዚጀምር። ክሳብ እብ፡ 10፡ 18 ከኣ ይቕጽል።

ለ. እዚ እቲ ናይ የሱስ ኣገልግሎት ካብ ኣገልግሎት እቶም ናይ ሌዋውያን ካህናት ዚበልጸሉ ሰለስተ መገድታት ዚእምት እዩ።

1. ናይ የሱስ ብሉጽ መስዋእቲ (ደሙ፡ እብ፡ 9፡ 12- 14)
2. ናይ የሱስ ናይ ሓንሳብን ናይ ሓዋሩን መስዋእቲ (ናይ እብ፡ 7፡ 27 ምሉእ መግለጺ ተመልከት)
3. ናይ የሱስ ምድራዊ ዘይኮነስ ሰማያዊ መቕደስ (እብ፡ 9፡ 11)

ሐ. እቲ 'ተለዩ' ዚብል ግሲ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ብዙሕ ግዜ ኣገልጊሉ ኣሎ።

1. እብ፡ 2፡ 10 የሱስ ክርስቶስ ብመከራ ፍጹም ኮይኑ።
2. እብ፡ 5፡ 9 የሱስ ፍጹም ኮይኑ፡ ናይ ዘለኣለም ምድሓን ምንጪ ኾኣ ኮይኑ።
3. እብ፡ 7፡ 19 ሕጊ ሙሴ ፍጹም ኪኸውን ኣይከኣለን።

4. እብ፡ 7፡ 28 የሱስ ፍጹም ኮይኑ።
5. እብ፡ 9፡ 9 ስርዓት ሙሴ ንሕልና ኣገልገልቲ ኼንጽሆ ኣይከኣለን።
6. እብ፡ 10፡ 1 ስርዓት ሙሴ ንኣመንቲ ፍጹም ኪገብሮም ኣይከኣለን።
7. እብ፡ 10፡ 1 መስዋእቲ የሱስ ንኣመንቲ ንዘለኣለም ፍጹም ገይርዎም።
8. እብ፡ 11፡ 40 ናይ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ቅዱሳን ብሓባር ፍጹማን ኮይኖም።
9. እብ፡ 12፡ 23 መናፍስቲ ጻድቃን ፍጹማን ኮይኖም።

*ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ*

| |
|---|
| **እብ። 10። 1 - 10**<br><br>***"ሕጊ። ጽላሎት እቲ ዚመጽእ ሰናይ ነገር ከለዎ። መልክዕ እቲ ቑም ነገሩ ዘይኮነስ። በቲ በብዓመት ኵሉ ሳዕ ዚሰውእዎ መስዋእትታት ነቶም ዜቕርብዎ ከቶ ፍጹማት ኪገብሮም ኣይከኣሎን እዩ፣ ግናኸ ኣብ ዓዓመት እዩ ብእኡ መዘከርታ ሓጢኣት ዚኸውን። ከምዚ እንተ ዘይከውንሲ። እቶም መስዋእቲ ዜቕርቡ ሓንሳእ ካብ ዚነጽሁ። ኣብ ሕሊናኦምውን ደጊም ሓጢኣት ካብ ዘይህልዎም። ካብ ምስዋእዶ ኣይምዓረፉን ነይሮም? ማለት። ደም ኣብዑርን ድቤላታትን ሓጢኣት ኼርሕቕ ኣይከኣሎን እዩ፣ ስለዚ ናብ ዓለም ኪኣቱ ኸሎ። ይብል፥ ስጋ ኣዳሎኻለይ እምበር። መስዋእቲ ሕሩድን መስዋእቲ ብልዕን ኣይደሌኻን። ብዚሓርር መስዋእትን በቲ ስለ ሓጢኣት ዚስዋእን ባህ ኣይበለካን፣ ሽዑ ኸኣ ኣነ፥ እንሆ። ኣብቲ መጽሓፍ ብዛዕባይ ጽሑፍ እዩ፥ ዎ ኣምላኸ። ፍቓድካ ኽገብር ኢለ እመጽእ ኣሎኹ። በልኩ፣ ኣብ ላዕሊ፥ ከምቲ ሕጊ ገይሮም ዜቕርብዎ መስዋእቲ ሕሩድን መስዋእቲ ብልዕን ዚሓርር መስዋእትን ስለ ሓጢኣት ዚስዋእን ኣይደሌኻን ብእኡውን ባህ ኣይበለካን። ኢሉ። ደሓር ከኣ፥ እንሆ። ፍቓድካ ኽገብር ኢለ እመጽእ ኣሎኹ። በለ፣ ምእንቲ ነቲ ዳሕራይ ኬጽንዕ ኢሉ። ነቲ ቐዳማይ ሰዓሮ፣ በዚ ፍቓድ እዚ በቲ ሓንሳእ ንሓዋሩ ዚኣክል እተሰውኤ መስዋእቲ ስጋ የሱስ ክርስቶስ ተቐዲስና ኣሎና፣"*** |

10፡ 1 "**ጽላሎት**" ሕግን ስርዓትን ሙሴ ናይቲ ኣብታ ብኢድ ሰብ ዘይተሰርሐት ሰማያዊት መቕደስ ዚርከብ ናይ የሱስ ኣገልግሎት ሊቀ ኻህን ምሳሌን ጽላሎትን እዩ (እብ፡ 8፡ 5፤ 9፡ 23- 28)።

ጂሮም ቢብሊካል ኮመንታሪ እዚ ዚስዕብ ኣገዳሲ ትንተና ኣሎዎ፡

◘ "ኣብዚ እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ '**ጽላሎት**' ዚብል ቃል ከምቲ ኣብ እብ፡ 8፡ 5 ዘሎ ትርጉሙ ኣይኮነን ዚጥቀመሉ ዘሎ። ኣብኡ እቲ ዕላማ ናይ ፕሉቶ ናይ ምድርን ሰማይን ምንጽጻር እዩ። ኣብቲ ናይ ጳውሎስ ኣተሓሳስባ ግን ናይቲ ብክርስቶስ ዚመጽእ ጽላሎት እዩ (ቈሎ፡ 2፡ 17)።... እቶም ዓመት ዓመት ኣብ መዓልቲ ዕርቂ ዚደጋገሙ መስዋእትታት፡ ሓጢኣት ኬርሕቑ ኣይከኣሉን። ነቲ ናይ የሱስ መስዋእቲ ኣቐዲሞም ዚሕብሩ ጽላሎት እዮም ነይሮም (ገጽ 399)።"

◘ "**እቲ ዚመጽእ ሰናይ ነገር**" ኣብ እብ፡ 9፡ 11 እዚ ነቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ ናይ ሊቀ ኻህን ኣገልግሎት ይጠቅስ።

▣ **"መልክዕ እቲ ቍምነገሩ ዘይኮነስ"** እዚ እቲ ናይ ግሪኽ ቃል 'ኣይከን' እዩ። ትርጕሙ ናብ ሓቂ ዝቐረበ ዝርዝራዊ ቕዳሕ ማለት እዩ (2ቆሮ፡ 4፡ 4፥ ቆሎ፡ 1፡ 15)። ኣብዚ ግን እቲ ትርጕሙ ተነጺጉ፡ ብሰዋስው ምስ 'ጽላሎት' ተዛሚዱ ይርአ።

▣ **"በብዓመት ኵሉ ሳዕ ዚስውእዎ መስዋእትታት"** የሱስ ሓደ ብቑዕ መስዋእቲ እዩ ዚስውእ። ካህናት ግና ደጋጊሞም ይስውኡ።

▣ **"ፍጹማት ኪገብሮም"** እዚ ቓልዚ "ናብ ፍጻመ ኣብጽሐ"፡ "ምሉእ ብምሉእ ብዓወት ዛዘመ" ማለት እዩ። እዚ ቓልዚ (*ተለዮን እቶም ካልኦት ቅርጽታቱን*) ካብ ጫፍ ክሳዕ ጫፍ መልእኽቲ እብራውያን ቀንዲ ኣርእስቲ ኾይኑ ንረኽቦ። ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

እቲ *ተለዮስ* ዚብል ቃል

1. ትርጕሙ "ፍጽምና"፡ "ኣብ ሸቶ ምብጻሕ" ወይ ከኣ "መወዳእታ" ማለት እዩ (እብ፡ 3፡ 6፤ 14፥ 6፡ 11)
2. ኣብ እብ፡ 5፡ 14 *ተለዮስ* ንብሱል ሰብ የመልክት።
3. ኣብ እብ፡ 6፡ 1 *ተለዮትስ* ናብ ብስለት ጸውዒት ይገብር።
4. እቶም ቃላት ምስቶም ኣብ እብ፡ 7፡ 11ን እብ፡ 9፡ 11 ዘሎዉ ኣገልግሎት መልከጼዴቅን ሰማያውቲ ድንኳንን ይተኣሳሰሩ።

▣ **"ነቶም ዜቕርብዎ"** (ኣብ እንግሊዝ "ነቶም ዚቐርብዎ") እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ነቶም ንኣምልኾ ወይ ኣገልግሎት ናብ ያህወ (እግዚኣብሄር) ዚቐርቡ ኻህናት የመልክት። ኣብዚ ግን ኣብ ሓድሽ ኪዳን (ኤር፡ 31፡ 31- 34)። እቲ ቓል ንዅሎም እቶም ብየሱስ ክርስቶስ (እብ፡ 4፡ 16፤ 7፡ 19፤ 25፤ 10፡ 1፤ 22) ናብ እግዚኣብሄር ንምቕራብ ጥቡቕ ርክብ ዘሎዎም ኣመንቲ (ያቆ፡ 4፡ 8) የመልክት።

10፡ 2 **"ኣብ ዓዓመት እዩ ብእኡ መዘከርታ ሓጢኣት ዚኸውን"** እዚ ንመዓልቲ ዕርቂ (ዘሌ፡ 16) ዜመልክት ይመስል፡ ምኽንያቱ እዚ ናይ ምዕራፍ 9 ኣተኩሮ እዩ ነይሩ። ግናኸ ንምሉኡ ናይ መስዋእቲ ስርዓት ዜመልክትውን ኪኸውን ይኽእል። እቶም ነቲ መቕደስን ነታ ሃገርን ንምንጻህ ዓመታዊ ዚግበሩ ዝነበሩ መስዋእትታት፡ ንደቂ እስራኤል ናይ ሓጢኣት ሰብን በደልን ክብደትን ተደጋጋምነትን የዘክርዎም ነይሮም (ገላትያ 3)።

10፡ 2 **"እንተ ዘይከውንሲ"** እዚ ካልኣይ ደረጃ ኹነታዊ ኣበሃህላ እዩ። ብዙሕ ግዜ ትርጕሙ "ኣንጻር ሓቂ" ማለት እዩ። ስነ-መለኮታዊ ሓሳብ ብሓይሊ ንምህናጽ ናይ ሓሶት ምህዞ ተኻይዱ ኣሎ (እብ፡ 4፡ 8፤ 7፡ 11፤ 8፡ 4፤ 7፤ 10፡ 2፤ 11፡ 15)።

ጥቕሲ 2 ኽምዚ ዚስዕብ ኪትርጎም ይኽእል፦

1. እወታዊ ወይ እወ ዚብል ምላሽ ዚጽበ ሕቶ
2. ከፊላዊ ሕቶ
3. ተራ (ልሙድ) ምሉእ ሓሳብ

▣ **"ካብ ምስዋእዶ ኣይምዓረፉን ነይሮም"** እዚ እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን መቕደስ ገና የገልግል ከም ዝነበረ ኽመልክት (ጥቕሲ 11፤ 7፡ 28) ይኽእል። ስለዚ መልእኽቲ እብራውያን ቅድሚ 70 ዓመተ

ምህረት ተጸሒፉ ኪኽውን ይኽእል። ኣብዚ ዓመተ ምህረትዚ እቲ ቤተ መቕደስን የሩሳሌምን ብሮማዊ ጀነራል (ዳሕራይ ሃጸይ) ቲቶስ ምሉእ ብምሉእ ዓንዩም።

▣ **"እቶም መስዋእቲ ዜቕርቡ ሓንሳእ ካብ ዚነጽሁ፡ ኣብ ሕሊናኦምውን ደጊም ሓጢኣት ካብ ዘይህልዎም"** እዚ ናይ ስርዓት ሙሴ ኣበር እዩ ነይሩ። ስርዓት ሙሴ ንዝበደለ ልብን ኣእምሮን ኬንጽህ ኣይክእልን እዩ ነይሩ (እብ፡ 9፡ 9፤ 14)። እቲ ብክርስቶስ የሱስ ዝተረኽበ ሓድሽ ኪዳን ናብ ኣምላኽ ብትብዓት (ብንጹህ ሕልና) ንምቕራብ ደገ ወይ ኣኽእሎ ሂቡ።

10፡ 4 **"ማለት፥... ኣይከኣሎን እዩ"** እታ 'ኣይከኣሎን' እትብል ቃል ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ኣብ ብዙሕ ስፍራታት ኣገልጊላ ኣላ (ናይ እብ፡ 6፡ 6 ምሉእ መግለጺ ተመልከት)።

1. 6፡ 6 ንንስሓ ኺሕደሱ ኣይከኣሎምን እዩ
2. 6፡ 18 በተን ኣምላኽ ኪሕስወለን ዘይከኣል
3. 10፡ 4 ደም ኣብዑርን ድቤላታትን ሓጢኣት ኬርሕቕ ኣይከኣሎን እዩ
4. 11፡ 6 ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ኬስምርዎ ኣይከኣልን እዩ

ንጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን እታ "ኣይከኣልን" እትብል ቃል "ኣሸጋሪ" ማለት ኣይኮነትን።

10፡ 5 **"ስለዚ ናብ ዓለም ኪኣቱ ኸሎ፡ ይብል"** እዚ ኻብ መዝ፡ 40፡ 6- 8 ንዝተወስደ ጥቕሲ (ጥቕስታት 5- 7) መእተዊ እዩ። እዞም ናይ መዝሙር ዳዊት ጥቕስታት እቶም ናይ ብሉይ ኪዳን መስዋእትታት ብናይ እምነት ህይወት ዝተሰነዩ ስለ ዘይነበሩ ያህወ (እግዚኣብሄር) ከም ዝጎሃየ ዚገልጹ እዮም። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን፡ መዝ፡ 40፡ 7 ነቲ ንእግዚኣብሄር ብፍጹም ዘስምሮ ዚመጽእ መሲህ ንምእማት ይጥቀመሉ።

እዚ ጥቕስዚ ቕድመ ህልውና የሱስ ክርስቶስውን ይእምት እዩ (ዮሃ፡ 1፡ 1- 2፤ 8፡ 57- 58፥ 2ቆሮ፡ 8፡ 9፥ ፊሊ፡ 2፡ 6- 7፥ 1ዮሃ፡ 1፡ 1)። የሱስ ክርስቶስ ዘይነበረሉ ግዜ የልቦን። እቲ ሓደ ዓይነት መንነቱ ምስ ኣቦ ኻብ ዮሃ፡ 5፡ 18፤ 10፡ 30፤ 14፡ 9፤ 10፡ 28 ኪግለል ይኽእል።

▣ **"ስጋ ኣዳሎኻለይ እምበር"** እዚ ጥቕሲዚ ድሕሪቲ ኣብቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ ቋንቋ ግሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ (ሰፕተዋጅንት) ድሕሪ መዝ፡ 40፡ 6 ተጠቒሱ ንረኽቦ። እቲ ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን "ንዓይ ዝፈሓርካለይ ጉንቦ" ዚብል ተወሲኽዎ ኣሎ። ብፍላይ ንመሲህ ዝተዳለወ ኣካላዊ ስጋ ስለ ዝተጠቕሰ፡ ኣብ መወዳእታ ቐዳማይ ክፍለ ዘመን ንዝጀመረ ግኖስቲካዊ (ምድሓን ዚረኽቡ ፍሉይ ፍልጠት ዘሎዎም ሒደት ሰባት እዮም ኢሎም ዚምህሩ ዝነበሩ መናፍቓን- መምህራን ሓሶት) ትምህርቲ ንምርታዕ ኣገልጊሉ። የሱስ ክርስቶስ ብሓቂ ሰብ እዩ ነይሩ።

10፡ 6 ኣብ ብሉይ ኪዳን ነዚ ዚመስሉ ብዙሓት ንባባት ኣሎው (1ሳሙ፡ 15፡ 22፥ ኢሳ፡ 1፡ 11 - 17፥ ሆሴ፡ 6፡ 6፥ ኣሞ፡ 5፡ 21 - 27፥ ሚክ፡ 6፡ 6 - 8)። እዚኣቶም እግዚኣብሄር ነቲ ናይ መስዋእቲ ስርዓት ከም ዝነጸጎ ኺትርጎሙ ኣይግባእን። እቲ ናይ መስዋእቲ ስርዓት ንሓጺር ግዜ ምስ ሓጢኣት ሰብን ናይ ሕብረት ሽግሩን ንምግጣም ዘገልገለ መርኣዩ ጸጋ እግዚኣብሄር እዩ ነይሩ። እቲ ውዱቕ ሰብ ግን ነቶም ስርዓታት ብዘይተገብአ ብምጥቃም ነቶም ስርዓታት ኣብ ክንዲ ልባዊ ንስሓን እምነትን ናብ ከይሓሰብካ እትገብሮ ስርዓትን ቅዳሴን ቀይርዎም። እግዚኣብሄር፡ ነቲ ናይ እምነት ልብን ህይወትን ዘየንጸባርቕ ንማለቱ ዚግበር ሃይማኖታዊ ስርዓትን ቅዳሴን ይነጽጎ (ኢሳ፡ 1)።

10፡ 7 **"ኣብቲ መጽሓፍ ብዛዕባይ ጽሑፍ እዩ"** እዚ ድሮ ናይ ዝተፈጸመ ተግባር ገላጺ እዩ፡ ማለት ንብሉይ ኪዳን ዜመልክት እዩ። መጀመርያ፡ ብሉይ ኪዳን ኣብ ናይ ቆርበት ጥቕላል ብራናታት ብምቃላት እዩ ተጻሒፉ ነይሩ። ኣብቶም ብ1947 ዝተረኽቡ ናይ ምዉት ባሕሪ ብራናታት፡ ቅዳሕ ትንቢት ኢሳይያስ ሽሞንተ ሜትሮ ኣብ ዝቕመቱ ናይ ቆርበት ጥቕሉል ብራና እዩ ተረኺቡ።

▣ **"ዎ ኣምላኽ፡ ፍቓድካ ኽገብር ኢለ"** ፍቓድ እግዚኣብሄር ብሞትን ትንሳኤን የሱስ ክርስቶስ ዝተመስረተ ሓድሽ ኪዳን ምስ ኵሉ ሰብ እዩ (ማር፡ 10፡ 45፥ 2ቆሮ፡ 5፡ 21፥ እብ፡ 10፡ 9)። እንስሳታት ንመስዋእቲ ኪቐርቡ እንከሎዉ ናይ ርእሶም ፍቓድ ኣይነበሮምን። የሱስ ግን ንህይወቱ ብፍቓዱ ወፍይዋ (ዮሃ፡ 10፡ 17 - 18)።

10፡ 8 **"መስዋእቲ"** ኣብ ጥቕሲ 8 መስዋእቲ ኣርባዕተ ግዜ ተመልኪቱ ኣሎ። ኵሎም ዚቐርቡ ዓይነታት መስዋእቲ ዜጠቓልል ከኣ ይመስል (ዘሌዋውያን 1 -7)። እቲ "መስዋእቲ" ዚብል ቃል ቀጥታዊ ትርጕሙ ብድሌት ዚቐርብ ናይ ሰላም መስዋእቲ ማለት እዩ።

▣ **"ዜቕርብዎ"** እዚ ነቲ ብድሌት ዚቐርብ "መስዋእቲ ብልዒ" እዩ ዜመልክት።

▣ **"ዚሓርር መስዋእቲ"** እዚኣቶም ምሉእ ብምሉእ ናይ ድሌት መስዋእቲ እዮም ነይሮም። ምሉእ ብምሉእ ከኣ ይብልዑ ነይሮም።

▣ **"ስለ ሓጢኣት ዚስዋእን"** ኣብ ዘሌዋውያን ምዕራፋት 4- 5 ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ግዴታዊ መስዋእትታት ክፍሊ እዩ።

▣ **"ከምቲ ሕጊ ገይሮም ዜቕርብዎ መስዋእቲ"** ዕላማ እቲ ጸሓፊ ናይ የሱስ መስዋእቲ ኻብ መስዋእቲ ሌዋውያን ዝለዓለ ምዃኑ ንምግላጽ እዩ። መስዋእትታት ብሉይ ኪዳን ዋላ ብቕኑዕ ሕልናን ኣገባብንውን እንተ ቐረቡ፡ ናይ ዕዮ ክርስቶስ ጽላሎት ጥራይ እዮም ነይሮም።

10፡ 9 ኣብዚ ጥቕስዚ ዚዛረብ ዘሎ በዓል ተግባር መን ምዃኑ ንጹር ኣይኮነን። ንእግዚኣብሄር ኣቦ ኸም ኣበሳሪ ሓድሽ ኪዳን ዜመልክት ኪኸውን ይኽእል። እቲ ኣብ ጥቕሲ 10 ዘሎ "ስጋ ክርስቶስ" ከኣ እቲ በዓል ተግባር የሱስ ከም ዘይኮነ ይእምት። ግናኸ ኸላቶም እቶም ካብ መዝ፡ 40፡ 6- 8 (እብ፡ 10፡ 5- 7) ዝተወስዱ ግስታት፡ ቀንዲ በዓል ተግባሮም ክርስቶስ እዩ።

▣ **"ነቲ ቐዳማይ"** እዚ ንናይ ሙሴ ኪዳን እዩ ዜመልክት (ቆሎ፡ 2፡ 14)።

▣ **"ሰዓሮ"** እዚ "ኣናይረኦ" ዚብል ተሪር ዝኾነ ናይ ግሪኽ ቃል እዩ። እቲ ሕቶ ነዚ ቓልዚ ብመንጽር ብሉይ ኪዳን ብኸመይ ክንርድኦ ንኽእል እዩ? ከም ካብ እግዚኣብሄር ዝመጸ ምግላጽ፡ ናይ ሙሴ ኪዳን ዘለኣለማዊ እዩ (ማቴ፡ 5፡ 17- 19)። ጳውሎስ ብዙሕ ሳዕ ንኣመንቲ ንምትብባዕ ንብሉይ ኪዳን ተጠቒሙ ኣሎ። ከም መገዲ ምድሓን ወይ ሕድገት ሓጢኣት ግን ሕጊ መባእታዊ ደረጃ ጥራይ እዩ ነይሩ (ገላ፡ 3)። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብክርስቶስ ተመሊኡን ተበሊጹን እዩ። እቲ "ሰዓሮ" ዚብል ቃል "ወሰዶ (መለኦ)" ድዩ ኪኸውን ዘሎዎ ወይስ "ኣፍረሶ (ኣዕነዎ)"፡ ካብቲ ናይ ኣሰኳኹዓ ቓላት ሃዋህው እዩ ኪውሰን ዘሎዎ።

▣ **"ነቲ ዳሕራይ"** እዚ ነቲ ብየሱስ ዝኾነ ሓድሽ ኪዳን እዩ ዜመልክት (ኤር፡ 31፡ 31- 34፥ ህዝ፡ 36፡ 22- 36)።

**10፡ 10 "ብዚ ፍቓድ እዚ ብቲ ሓንሳእ ንሓዋሩ ዚኣክል እተሰውኤ መስዋእቲ ስጋ የሱስ ክርስቶስ ተቐዲስና ኣሎና"**

*እቲ ፍቓድ ዚብል ዘሎ ንፍቓድ ክርስቶስ ድዩ ዜመልክት (ጥቕስታት 7፡ 9) ወይስ ንፍቓድ ኣቦ? ኣብ ጥቕስታት 5፡ 9 ዚዛረብ ዘሎ የሱስ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ፍቓድ ናይ የሱስ ከም ዝኾነ እቲ ሃዋህው ይእምት።።*

▣ "**ተቐዲስና ኣሎና**" *እዚ ድሮ ንዝተፈጸመ ነገር ዜርኢ ብተዘዋዋሪ መገዲ ዚዛረብ ኣበሃህላ እዩ። ዕላማ ክርስትና ጻድቕ ህዝቢ ምፍራይ እዩ። ዕላማ ብሉይ ኪዳንውን ከምኡ እዩ ነይሩ። ቅድስና ብመሰረቱ ንመርገምን ሳዕቤን ውድቀትን* (ዘፍ፡ 3) *ምድዋን ምስሊ እግዚኣብሄር ኣብ ሰብን ምእላይ እዩ። እቲ ሓድሽ ኪዳን ነዚ ዕላማዚ ብኽልተ መገድታት የግህዶ፦* 1. *ብሕጋዊ ኣዋጅ፡ ቦታ ኽብሪ ብምሃብን* (*ኣመልካቲ*) 2. *ናብ ቅድስና ብምዕዳምን* (*ኣዛዚ*)*። ኣመንቲ ነቲ ንክርስቶስ ብምስዋእ ዝተገብረ ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ተበጃዊ መስዋእቲ ናይ እምነት ንስሓ ብምምላሽ እዮም ዚጸድቁን ዚቕደሱን። ሓንሳእ ምስ ደሓንና፡ መንፈስ ቅዱስ ምስ ሓደረና፡ ንክርስቶስ ንምምሳል ብውሽጣዊ ሕግን ውሽጣዊ ድሌትን* (*ሓድሽ ልብን ሓድሽ መንፈስን*) *ንድረኽ* (*ሮሜ*፡ 8፡ 29፥ *ገላ*፡ 4፡ 19፥ *ኤፌ*፡ 1፡ 4)*። ቅድስና ነቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘሎና ቦታን ነቲ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና እንነብሮ ናይ ሓድሽ ሰማያዊ ስድራቤት ባህርያትን ይጸልዎም። ናይ እብ*፡ 2፡ 11 *ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።*

▣ "**ብቲ... እተሰውኤ መስዋእቲ ስጋ ክርስቶስ**" *ውዱቕ ሰብ ንእግዚኣብሄር ኣይደለዮን* (*ኢሳ*፡ 53፡ 6፥ *ሮሜ*፡ 3፡ 10- 18)፤ *እግዚኣብሄር እዩ ደልይዎ። ኵላቶም ሰባት ናብ ሕብረቱ ኺምለሱ መገዲ ኸፈቱሎም* (*ማር*፡ 10፡ 45፥ 2*ቆሮ*፡ 5፡ 21፥ *ኢሳ*፡ 53)።

▣ "**ሓንሳእ ንሓዋሩ**" *እዚ ተደጋጋሚ ኣርእስቲ እዩ* (*እብ*፡ 7፡ 27፤ 9፡ 12፤ 28፤ 10፡ 10፤ *ናይ እብ*፡ 7፡ 27 *ምሉእ ዝርዝር ርአ*)*። ካብቶም ተደጋጊሞም ዚቐርቡ መስዋእትታት ሕጊ ሙሴ እቲ ናይ ክርስቶስ መስዋእቲ ኸም ዚበልጽ የርኢ*. (*እብ*፡ 10፡ 11- 12)*። ኵሉ ንምድሓን ሰብ ዜድሊ ነገር ተዋሂቡ እዩ። እቲ ኽንገብሮ ዘሎና ነቲ ህያብ እግዚኣብሄር ብቲ ውዱእ ዕዮ ክርስቶስ ብምእማን ምላሽ ምሃብ እዩ። "ዝደለየ ይምጻእ"* (*ምስ ሮሜ*፡ 10 *ኣነጻጽር*)።

| |
|---|
| **እብ። 10። 11 - 18**<br><br>***"ካህን ዘበለ ኹሉ ኣብ ጸጽባሕ እናገልገለ ይቐውም እዩ እሞ ነቲ ሓጢኣት ኬርሕቕ ከቶ ዘይከኣሎ መስዋእቲ ብዙሕ ሳዕ የቕርቦ ኣሎ፣ ክርስቶስ ግና ነቶም ዚቕደሱ ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ ፈጸሞም እሞ። ንሱ ንሓዋሩ እትኸውን ሓንቲ መስዋእቲ ስለ ሓጢኣት ምስ ኣቕረበ። እቶም ጸላእቱ መርገጽ እግሩ ኽሳዕ ዚኾኑ እናተጸበየ። ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐመጠ፣ መንፈስ ቅዱስ ድማ ይምስክረልና ኣሎ። ድሕሪ እተን መዓልትታት እቲኣተን ምሳታቶም ዝኣትዎ ኺዳን እዚ እዩ። ይብል እግዚኣብሄር። ንሕጋጋተይ ኣብ ልቦም ክህቦም። ኣብ ሓሳቦምውን ክጽሕፎ እየ። ምስ በለ፥ ደጊም ሓጢኣቶምን ዓመጻኦምን ከቶ ኣይክዝክርን እየ። ይብል፣ እምብኣርሲ ኣብቲ ናይ እዚ ይቕሬታ እዚ ዘለዎስ። ደጊም መስዋእቲ ስለ ሓጢኣት ኣየድልን እዩ፣"*** |

10፡ 11 **"ካህን ዘበለ ኹሉ"** እቲ ኻብ ራብዓይ ክሳብ ሻሙናይ ክፍለ ዘመን ዝነበረ ብዓበይቲ ፊደላት ዝተጻሕፈ ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፍ A "ሊቀ ኻህናት" ዚብል ኣሎዎ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ንየሱስ ንምምልካት ክልቲኡ "ካህን"ን "ሊቀ ኻህናት"ን ይጥቀም።

◙ **"ይቐውም"** እቲ ኻህን መስዋእቲ ንምቕራብ ነፍስ ወከፍ ዓመት ይቐውም፡ የሱስ ክርስቶስ ግን ኣብ የማን ግርማ ይቕመጥ (ጥቕሲ 12)። ዕዮ የሱስ ተወዲኡ እዩ!

10፡ 12 **"ንሓዋሩ እትኸውን ሓንቲ መስዋእቲ ስለ ሓጢኣት"** የሱስ ምስቲ ናይ ሰብ ናይ ሓጢኣት ሽግር እዩ ገጢሙ። ብሰንኪ "ሓጢኣት" ኪጠፍእ ዘሎዎ የልቦን። ኵላ ዓለም ብክርስቶስ ከይትድሕን ዚኽልክላ እንኮ መኸላእታ ዘይምእማን እዩ። እግዚኣብሄር ንኹሉ ሰብ፡ ኣብ ኵሉ ግዜ መገዲ ኸፊቱ እዩ።

እቲ "ንሓዋሩ" ተባሂሉ ተተርጒሙ ዘሎ ናይ ግሪኽ ቃል "ዳይነከስ" ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ሰለስተ ግዜ ተደጋጊሙ ኣሎ (እብ፡ 7፡ 3፤ 10፡ 12፤ 14)። ብዙሕ ግዜ ምስቲ ስዒብዎ ዘሎ ቓል ወይ ሓረግ ሓቢሩ እዩ ዚኸይድ፡ ማለት ምስቲ "ሓንቲ መስዋእቲ ስለ ሓጢኣት" ይዛመድ። ናይቲ ስዒቡ ዘሎ ናይ መዝ፡ 100፡ 1 ጥቕሲ ኣካል ኣይኮነን።

◙ **"ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐመጠ"** እዚ ብተደጋጋሚ ንመዝ፡ 110፡ 1ሀ (እብ፡ 1፡ 3፤ 8፡ 1፤ 12፡ 2) ዚእምት ሓሳብ እዩ። "የማን ኣምላኽ" ንንጉሳዊ ሓይሊ፡ ስልጣንን ልዕልናን ዜመልክት ሰብኣዊ ምሳሌ እዩ። ናይ ምምላድ ቦታውን እዩ (ሮሜ፡ 8፡ 34፥ እብ፡ 7፡ 25፥ 1ዮሃ፡ 2፡ 1)።

የሱስ ቅድሚና ሓሊፉ ዝጸንሐን ኵሉ ዜድልየና ዝቐረበን ካህንን (መዝ፡ 110፡ 4) ከም መልከጼዴቅ (እብ፡ 7) ንጉስን (መዝ፡ 110፡ 1- 3) እዩ።

10፡ 13 እዚ ጥቕሲዚ ንውሕስነት ብዚምልከት ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ንዘሎ ውጥረት የርኢ። ናይ የሱስ ናይ ሓንሳእ ንሓዋሩ መስዋእቲ ንኣመንቲ (ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት) ንዘለኣለም ፈጺምዎም እዩ። እቲ ፈጺምዎም ዚብል ግሲ ኣብ ሰዋስው ድሮ ዝኾነ ንጡፍ ኣመልካቲ እዩ። እቲ መስዋእቲ ነቲ ናይ በጃነት ዕማሙ ንምፍጻም እኹልን ምሉእን እዩ (ዘይከምቲ ናይ ሙሴ ኪዳን፤ እብ፡ 7፡ 11፤ 19፤ 9፡ 9)።

ኣመንቲ ነቲ ዚቕድሶም (ሕጂ ብኣምላኽ ዚኸውን ተግባር) ናይ እምነት ምላሽ ምሃብ ኪቕጽሉ ይግባእ። ንውልቃዊ ውሕስነት ምድሓን፡ እቲ መፍትሕ ቀጻሊ እምነት እዩ። እቲ ሓድሽ ልብን ሓድሽ ኣእምሮን (ህዝ፡ 36፡ 22- 38) ኣመንቲ ኣምላኻዊ ህይወት ንኺነብሩ ይድርኾም። እዚ ድማ ነቲ ናጻ፡ ምሉእን ሰፊሕን ምድሓን ዚወሃብ ምስጋና እዩ። ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ብዛዕባ ብቐዕነት መስዋእቲ የሱስ ምንም ሕቶ የልቦን። እቲ ሕቶ ብዛዕባ ምላሽ ነፍስ ወከፍ ክርስትያን እዩ- ናይ ሓደ ጒጅለ ናይ መጀመርያ ምእ'ማንን ናይ ካልእ ጒጅለ ቐጻሊ ምእ'ማንን።

10፡ 14 **"እቶም ጸላእቱ መርገጽ እግሩ ኽሳዕ ዚኾኑ"** እዚ ኻብ መዝ፡ 110፡ 1ለ ዝተወስደ ኻልእ ጥቕሲ እዩ። ኣብቲ መንፈሳዊ ውግእ ዓወት ተረኺቡ እዩ (ቈሎ፡ 2፡ 15)፡ ግናኸ እቲ ውግእ ኣይተወድአን።

10፡ 15 **"መንፈስ ቅዱስ"** እዚ፡ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ብሉይ ኪዳን ብትንፋስ እግዚኣብሄር ተደሪኹ ኸም እተጻሕፈ ንዘሎዎ ርእይቶ ዜመልክት እዩ (ማቴ፡ 5፡ 17- 19፥ 2ጢሞ፡ 3፡ 16)።

10፡ 16- 17 እዚ ኻብ ኤር፡ 31፡ 33- 34 ዝተወስደ ጥቕሲ እዩ፡ ዋላኳ ኣሰራርዓ እቶም ሓረጋት ተገልቢጦ እንተሎ። እቲ ጸሓፊ ኻብ ናይ ኣእምሮኡ ዝኸሪ ዝጸሓፎ ይመስል። ምኽንያቱ እዚ ጥቕሲዚ ኻብቲ ማሶረቲክ ናይ እብራይስጢ ጽሑፍን ካብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳንን (ሰፕተዋጅንት) ዝተፈለየ እዩ፡ ከምቲ እዚ ጥቕሲዚኣ ኣብ እብ፡ 8፡ 10- 12 ብዝተፈልየ መገዲ ተጻሒፉ ዘሎ (ኮነ ኢልካ ብዕላማ ዝተገብረ ምግልባጥ ሓረጋት እንተ ዘይኮይኑ)።

10፡ 18 እዚ ናይ ኣማኒ ዝለዓለ ኽትዕን ዓብዪ ተስፋን እዩ (እቲ ቐዳማይ መገዲ ሓሊፉ እዩ፡ እብ፡ 8፡ 13)።

**እብ 10። 19 - 25**

***"ስለዚ። ኣሕዋተየ። በቲ መጋረጃ። ማለት ብስጋኡ ዝቐደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም የሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዚህልወና። ኣብ ቤት ኣምላኽውን ዓብዪ ኻህን ካብ ዚህልወናስ። ልብና ኻብ ክፉእ ሕሊና ተነጺጉ። ስጋናውን ብጽሩይ ማይ ተሓጺቡ። ምሉእ ብተረዳእናያ እምነት ብቕኑዕ ልቢ ንቕረብ፣ እቲ ተስፋ ዝሃበና እሙን እዩ እሞ። ነታ እሙንቶ ተስፋና ብዘይ ምንቕናቕ ነጽንዓያ፣ ንፍቕርን ንሰናይ ግብርን ንምንቕቓሕ ኣብ ንሓድሕድና ነስተብህል፣ እቲ ኽኣ እታ መዓልቲ እቲኣ ትቐርብ ከም ዘላ። ኣጸቢቕኩም ትርእዩ ኣሎኹም እሞ። ንሓድሕድና ንመዓዓድ እምበር። ገሊኣቶም ልማድ ከም ዚገብርዎ። ኣኼባና ኣይንሕደግ፣"***

10፡ 19 **"ትብዓት ካብ ዚህልወና"**

*እታ "ፓርሀስያ" እትብል ቃል "ትብዓት" (ድፍረት) ወይ ከኣ "ናይ ምዝራብ ናጽነት" ኪትትርጎም ትኽእል (እብ፡ 3፡ 6፤ 4፡ 16፤ 10፡ 19፤ 35)። እዛ ቓልዚኣ ናይ ኣማኒ ሓድሽ ተቐባልነትን ምሕዝነትን ምስ እግዚኣብሄርን ትገልጽ። እዚ እቲ ሕጊ ሙሴ ኺህቦ ዘይከኣለ ነገር እዩ ነይሩ (እብ፡ 9፡ 9)! እዚ ትብዓትዚ ብእምነት ኪጸንዕ ኣሎዎ (እብ፡ 3፡ 6፤ 14፤ 4፡ 14)። ትብዓት ኣብ ናይ ሰብ ግብሪ ዘይኮነስ ኣብቲ ናይ ክርስቶስ ውዱእ ዕዮ መስዋእቲ ዝተመስረተ እዩ (ኤፌ፡ 2፡ 8- 9)። ትብዓት ብኣምላኻዊ ህይወት ከኣ ይሕሎ (ኤፌ፡ 2፡ 10)።*

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ትብዓት (ፓረስያ)**

*እዛ ናይ ግሪኽ ቃልዚኣ ኻብ ክልተ ቓላት ዝተወሃሃደት ድርብ ቃል እያ፣ ንሳቶም ድማ 'ፓን' (ኵሉ): 'ረሲስ' (ዘረባ) እዮም፣ እዚ ናይ ዘረባ ናጽነት ወይ ትብዓትዚ ኣብ መንጎ ተቓውሞ ወይ ኣብያ ዘሎ ትብዓት እዩ ዚእምት (ዮሃ: 7: 13፥ 1ተሰ: 2: 2)፣*

*ኣብ ናይ ዮሃንስ ጽሑፋት: ዓሰርተው ሰለስተ ግዜ ኣገልጊላ ኣላ፣ ብዙሕ ግዜ ኽኣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ምእዋጅ እያ እተመልክት (ዮሃ: 7: 4፤ ኣብ ናይ ጳውሎስ ጽሑፋትውን ቆሎ: 2: 15)፣ ግናኸ: እንሓንሳእ ትርጕማ "ብንጹር" ማለት እዩ (ዮሃ: 10: 24፤ 11: 14፤ 16: 25፤ 29)፣*

አብ ግብሪ ሃዋርያት: እቶም ሃዋርያት ልክዕ ከምቲ የሱስ ብዛዕባ ኣቦን ምኽሩን ተስፋታቱን ዝተዛረቦ መልእኽቶም ብዛዕባ የሱስ ተዛሪቦም (ግብ: 2: 29፤ 4: 13፤ 29፤ 31፤ 9: 27- 28፤ 13: 46፤ 14: 3፤ 18: 26፤ 19: 8፤ 26: 26፤ 28: 31)፣ ጳውሎስ ድማ ወንጌል ብትብዓት ንኺሰብኽን (ኤፌ: 6: 19፥ 1ተሰ: 2: 2) ንወንጌል ንኺነብርን (ፊሊ: 1: 20) ናይ ጸሎት ሓገዝ ሓቲቱ፣

ናይ ጳውሎስ ናይ ትንሳኤ ተስፋ ብክርስቶስ: ኣብዚ ኽፉእ ወለዶ ወንጌል ንኺሰብኽ ድፍረትን ትብዓትን ሂብዎ (2ቆሮ: 3: 11- 12)፣ ሰዓብቲ ክርስቶስውን ከምቲ ዚግባእ ከም ዚነብሩ ትብዓት ነይርዎ (2ቆሮ: 7: 4)፣

ናይዛ ቓልዚኣ ተወሳኺ ሸነኽውን ኣሎ፣ መልእኽቲ እብራውያን ነዛ ቓልዚኣ ናብ እግዚኣብሄር ንምቕራብን ንእኡ ንምዝራብን (እብ: 3: 6፤ 4: 16፤ 10: 19፤ 35) ፍሉይ ትርጕም ናይ ትብዓት ብክርስቶስ ብዚህብ ስምዒት ይጥቀመላ፣ ኣመንቲ ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቦ ምሉእ ብምሉእ ቅቡላትን ናብ ፍቕሩ ሓንጎፋይ ተባሂሎምን እዮም፣

ኣብ ሓድሽ ኪዳን: እታ ቓል ብብዙሕ መገድታት ኣገልጊላ ኣላ፣

1. ትብዓት: ድፍረት ወይ ከኣ ርግጽነት ኣብዞም ዚስዕቡ፦
   ሀ. ሰብ (ግብ: 2: 29፤ 4: 13፤ 31፥ 2ቆሮ: 3: 12፥ ኤፌ: 6: 19)

   ለ. እግዚኣብሄር (1ዮሃ: 2: 28፤ 3: 21፤ 4: 12፤ 5: 14፥ እብ: 3: 6፤ 4: 6፤ 10: 19)

2. ብግሁድ: ብግልጺ ወይ ብዘይሕብእብእ ምዝራብ (ማር: 8: 32፥ ዮሃ: 7: 13፤ 10: 24፤ 11: 14፤ 16: 25፥ ግብ: 28: 31)
3. ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ምዝራብ (ዮሃ: 7: 26፤ 11: 54፤ 18: 20)
4. እቲ ምስታ ቓል ዚዛመድ ቅርጺ (ፓርሀስያዞማይ) ኣብ ኣሸጋሪ ኹነታት ብድፍረት ምስባኽ ማለት እዩ (ግብ: 18: 26፤ 19: 8፥ ኤፌ: 6: 20፥ 1ተሰ: 2: 2)

ኣብዚ ኹነትዚ እታ ቓል ንናይ ምጽኣት ትብዓት እያ እተመልክት፣ ኣመንቲ ንኻልኣይ ምጽኣት ክርስቶስ ኣይፈርህዎን እዮም: ኣብ ክርስቶስ ስለ ዚነብሩን ንክርስቶስ ብዚመስል ህይወት ስለ ዚመላለሱን ንምጽኣት ብተባዕ ሃረርታ እዮም ሓንጎፋይ ዚብልዎ፣

▣ **"ናብ መቕደስ ንምእታው"** ኣስተውዕል፡ ሓደ ኻብቶም ኣውራ ፍረ ነገራት ናይ መልእኽቲ እብራውያን በቲ ኣብ ክንዳና ብህይወትን ሞትን የሱስ ክርስቶስ ዝተረኽበ ሕድገት ናብ እግዚኣብሄር ምእታው እዩ። እቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ሊቀ ኻህናት ናብቲ ቅድስተ ቅዱሳን ናይ ቤተ መቕደስ ኣብ ዓመት (እብ፡ 9፡ 25) ኣብታ መዓልቲ ዕርቂ እትብሃል ሓንቲ መዓልቲ (ዘሌ፡ 16) ኽልተ ግዜ ይኣትዉ ነበሩ። ሕጂ ግን ብመስዋእቲ ክርስቶስ ኵሎም ኣመንቲ ናብ እግዚኣብሄር ንምእታው ዘየቋርጽ ጥቡቕ ፍቕሪ ረኺቦም ኣለዉ (ካልእ ምሳሌ ናይ ጥቡቕ ርክብ እቲ ኻብ ላዕሊ ኽሳዕ ታሕቲ እተተርብዐ መጋረጃ እዩ፡ መወከሲ ማቴ፡ 27፡ 51፥ ማር፡ 15፡ 38)።

▣ **"ብደም የሱስ"** እዚ ናይ ስራይ ደም ኣይኮነን፡ ናይ ሰብ ደም እዩ። እዚ እቲ ኣብ ክንዲ ሓጥእ ሰብ ዝተኸፍለ ናይ የሱስ መስዋእታዊ ሞት እዩ (ግብ፡ 20፡ 28፥ ሮሜ፡ 3፡ 25፤ 5፡ 9፥ ኤፌ፡ 1፡ 7፤ 2፡ 13፥ ቆሎ፡ 1፡ 20፥ እብ፡ 9፡ 12፤ 14፤ 12፡ 24፤ 13፡ 12፥ 1ጴጥ፡ 1፡ 2፤ 19፥ ራእ፡ 1፡ 5፤ 5፡ 9)።

10፡ 20 **"ሓድሽ"** እታ *ፕሮስፋቶስ* እትብል ቃል "ሓድሽ እተሓርደ" ማለት እያ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ከኣ ኣብዚ ቦታዚ ጥራይ ኢና እንረኽባ።

▣ **"ህያው መገዲ"** እዚ ናይ ትንሳኤ መረጋገጺ እዩ። የሱስ ተሓሪዱ ነይሩ፡ ሕጂ ግን ንዘለኣለም ህያው እዩ (ራእ፡ 5፡ 6)።

▣ **"ዝቐደሰልና"** እዚ ድሮ ንዝኾነ ንጡፍ ተግባር ዜመልክት እዩ። እዚ "ሓድሽን ህይውን መገዲ" ብዓወት ዝተዛዘመ፡ ታሪኻውን መንፈሳውን ክዉንነት እዩ።

እቲ ብዋልተር ባወር ተዳልዩ፡ ብኣርንድት፡ ጊንግሪችን ዳንከርን ዝተሓደሰ *ዘ ግሪክ-ኢንግሊሽ ለክሲከን* ነዚ ቓልዚ ኣብቲ ዝተሰኹዓሉ ኹነት ክልተ ትርጉማት ይህቦ።

1. ደገ ኸፈተ (እብ፡ 10፡ 20)
2. ብብጹእ ስርዓታት መረቐ፡ ቀደሰ ወይ ወፈየ (እብ፡ 9፡ 18) (ገጽ 215)።

እቲ ኹነታት ኣሰኳኹዓ ናይዞም ክልተ ትርጉማት ናይዚ ዘይዝውቱር ናይ ሓድሽ ኪዳን ቃል ዘሎዎም ጥቡቕ ምትእስሳር ይእምተልና። ሕጂውን ናይቶም ክልተ ኺዳናት ምንጽጻር ኣብ ቦታኡ እዩ፡ የሱስ ብደሙ ናብ እግዚኣብሄር ንምቕራብን ሕብረት ንምጽናዕን እምብዛ ዝሓሸ መገዲ ኸፈቱ።

▣ **"ቡቲ መጋረጃ"** እዚ ነቲ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ መንጎ ቅዱስትን ቅድስተ ቅዱሳንን ዘሎ መጋረጃ እዩ ዜመልክት (ማቴ፡ 27፡ 51)። ኣብዚ እቲ መጋረጃ "ስጋ" የሱስ እዩ ነይሩ። ስለዚ እዚ ነቲ ናብ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኼእትወና (ኢሳ፡ 52፡ 13 - 53፡ 12) ንሓጢኣትና ዝተቐርሰ ስጋ የሱስ እዩ ዜመልክት። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ደጋዊ ኽፍሊ ቤተ መቕደስ (ቅድስት) ነቲ ስጋዊ መዳይ ዚውክል ገይሩ ይርእዮ፡ ነቲ ውሽጣዊ ቤተ መቕደስ ከኣ ነቲ መንፈሳዊ መዳይ ዚውክል ገይሩ ይምልከቶ። በዚ ዝተባህለ መገድዚ እቲ ሰማያዊ ቤተ መቕደስ ካብቲ ምድራዊ ቤተ መቕደስ ይፍለ (እብ፡ 6፡ 19)።

10፡ 21 **"ዓብዪ ኻህን"** የሱስ ከም ሊቀ ኻህናት ዚብል ኣብ እብ፡ 2፡ 17 ዘሎ ፍሉይ ኣርእስቲ ርእ።

▣ **"ቤት ኣምላኽ"** እዚ ነቶም ናይ ብሉይ ኪዳንን (እብ፡ 3፡ 5) ናይ ሓድሽ ኪዳንን (እብ፡ 3፡ 6፥ 1ጢሞ፡ 3፡ 15፥ 1ጴጥ፡ 4፡ 17) ኣመንቲ (ኤፌ፡ 2፡ 11 - 3፡ 13) ይገልጽ። ሙሴ ኣብ ቤት ኣምላኽ ኣገልጋሊ ነይሩ፡ የሱስ ከኣ ሊቀ ኻህናትን ውሉድን እዩ!

10፡ 22 **"ንቕረብ"** እዚ ምንዮት ዚገልጽ ናይ ንጡፍ ተግባር ግሲ እዩ። ትብዓት ኣመንቲ ኣብ ውዱእ ዕዮ የሱስ ዝተመስረተ እዩ። እዚ ረብሓን ሓለፋን እዚ ግን ሓንጎፉይ ኢልካ ምቕባል ዜድልዮ እዩ። እቲ "ምቕራብ" ናይ ኣመንቲ ናብ እግዚኣብሄር ናይ ምቕራብ ተግባር ዚሕብር እዩ። ኣብቲ ምዕባለ ኣስተብህል፦

1. ብቕኑዕ ልቢ ንቕረብ (ጥቕሲ 22)
2. ነታ እሙንቶ ተስፋና ብዘይምንቕናቕ ነጽንዓያ (ጥቕሲ 23)
3. ንምንቕቓሕ ኣብ ንሓድሕድና ነስተብህል (ጥቕሲ 24)

እቲ ሓድሽ ኪዳን (ኤር፡ 31፡ 31- 34) ሓድሽ ልብን ሓድሽ መንፈስን እዩ፤ ውሽጣዊ ፍቕርን ግዳማዊ ሕግን እዩ፤ በቲ ውዱእ ዕዮ ክርስቶስ ናጻ ህያብ እዩ፡ ግናኸ ናይ ዚድለ ፍረን ዚርአ ውጽኢትን ግዴታታት ከኣ ኣሎውዎ! ናይ ምድሓን ትብዓት ኣምላኻዊ ህይወት ይፈሪ! ንሰብ ዚረጋገጽ ሃይማኖታዊ እምነት ኣይኮነን፡ ወይውን እትቕበሎ ስነ-መለኮት ኣይኮነን፡ ሓጢኣት ዘይብሉ ምኳን ማለት ዘይኮነስ ንኹሉ ሰብ ግሁድ ዝኾነ ምስሊ ክርስቶስ ምልባስ እዩ!

እቶም ናብ ኣምላኽ ንምቕራብ ዜድልዩ ግዴታታት ተመልከት፦

1. ብምሉእ ልቢ
2. ምሉእ ብተረዳእናያ እምነት
3. ልብና ኻብ ክፉእ ሕልና ተነጺጉ
4. ስጋና ብጽሩይ ማይ ተሓጺቡ

▣ **"ብምሉእ ልቢ"** ቅኑዕ ኣረኣእያ ነቲ ሓድሽ ናይ እምነት ኪዳን ኣውራ ነገር እዩ (እወታዊ፡ ህዝ፡ 36፡ 22- 36፥ ኣሉታዊ ኢሳ፡ 29፡ 13)። ናይ እብ፡ 3፡ 8 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ **"ምሉእ ብተረዳእናያ እምነት"** ምሉእ ምርዳእ (ርግጽነት) ምስ እምነት ዝተተሓሓዘ እዩ! ርግጽነት ኣብዞም ዚስዕቡ ይምርኮስ፦

1. ምድሓን ዜረጋግጽ ናይ እምነት ህይወት (ያቆ፡ 2፡ 14- 26)
2. ውዱእ ዕዮ ክርስቶስ (2ቆሮ፡ 5፡ 21)
3. ምስክርነት መንፈስ ቅዱስ (ሮሜ፡ 8፡ 16)

ናይ ሰብ ጻዕሪ ምድሓን ወይ ርግጽነት ኬምጽእ ኣይክእልን እዩ። ግናኸ፡ ልዉጥን እናተለወጠ ዚኸይድን ናይ እምነት ህይወት፡ ሰብ ከም ዝደሓነ ጭቡጥ ምስክር እዩ። ምስቲ ቅዱስ ኣምላኽ ናይ ምርኻብ ንቡር ውጽኢት፡ ቅዱስ ናይ ኣገልግሎት ህይወት እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ርግጽነት ስምዑለይ ዜድልዮ ሰረተ እምነት ዘይኮነስ ብግብሪ ዚንበር ህይወት እዩ! እቶም ንክርስቶስ ንፈልጦ ኢና እናበሉ ዘይግደስ፡ መንነ መንነ፡ ዓለማዊ፡ ፍትወት ነብሲ ዘሎዎ፡ ዘይፈሪ፡ ዘይጠቅም፡ ዘይኣምላኻዊ ህይወት ዚነብሩ፡ ርግጽነት የብሎምን! ናይ እብ፡ 3፡ 14 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።

▣ **"ልብና … ተነጺጉ"** እዚ ድሮ ኣባና ዝኾነ ተግባር እዩ ዜመልክት። ናይቲ ቀዳማይ ኪዳን ናይ ጽምብል ስርዓት እዩ ዚእምት (ዘጸ፡ 24፡ 8፥ 1ጴጥ፡ 1፡ 2)። ናይቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደም ምንጻግ ናይ ውዱቕ ሰብ በደል ንምንጻህ ኣጸቢቑ ውጽኢታዊ እዩ (ዘጸ፡ 9፡ 9፤ 14)።

▣ **"ኻብ ክፉእ ሕልና"** እዚ እቲ ብሉይ ኪዳን ኬርሕቖ ዘይከኣለ ነገር እዩ (እብ፡ 9፡ 9፤ 10፡ 2)። ግንኸ፡ 1ጴጥ፡ 3፡ 21 ኣብ መንነ ጥምቀትን ንጹህ ሕልናን ተመሳሳሊ ዝምድና ይስእል።

▣ **"ስጋናውን ብጽሩይ ማይ ተሓጺቡ"** እዚ ብቐጻሊ ኣባና ዚኸውን ተግባር እዩ። ናይቲ ሊቀ ኻህናት ኣብ መዓልቲ ዕርቂ ዚገብሮ ዝነበረ ተግባር ካልእ ኣመት፡ ናይቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብምንጻግ ዚግበር ዝነበረ ምሕጻብ ታሪኻዊ ተመሳሳልነት ኪኸውን ይኽእል እዩ (ዘሌ፡ 8፡ 6፤ 16፡ 4፥ ዘጸ፡ 29፡ 4፤ 30፡ 17- 21፥ ዘሁ፡ 19፡ 7- 8)። እዚ ንክርስትያናዊ ጥምቀት ዜመልክት ኣይኮነን።

እዚ ንናይ ምሕጻብ ስርዓታት ዜውስእ ተወሳኺ ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕሲ እዩ። እዚ ጥቕሲዚ እቲ ናይ ማይ ስርዓት ነዞም ዚስዕቡ ኼመልክት ከም ዚኽእል ብግልጺ የርኢ፦ 1. ንሞት፡ ቀብርን ትንሳኤን (ሮሜ፡ 6፡ 1- 11 ከምኡውን ቆሎ፡ 2፡ 12) 2. ምሕጻብ ሓጢኣት (ግብ፡ 22፡ 6፥ 1ቆሮ፡ 6፡ 11፥ ኤፌ፡ 5፡ 26፥ ቲቶ፡ 3፡ 5፥ 1ጴጥ፡ 3፡ 21)። እቲ ማይ ኣይኮነን ነቲ ምንጻህ ዚሰርሖ፡ እቲ ማይ ምልክት ወይ ምሳሌ ጥራይ እዩ። እታ ቐዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ህንጻ ስለ ዘይነበራ፡ ሰባት ከምዚ ሎሚ ኣብ ብዙሓት ኣብያተ ክርስትያን ዘሎ ንክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ሰብ ኪእመንዎ ናብ ቅድሚት ኣይመጹን እዮም ነይሮም። እቲ ወግዓዊ ምእማኖም ምእ'ማኖምን ጥምቀት እዩ ነይሩ። እዚ ጥምቀት ናይ ሕድገት ሓጢኣትን ምቕባል መንፈስ ቅዱስን ኣጋጣምን መግለጽን እዩ ነይሩ (ግብ፡ 2፡ 38)። መገዲ ሕድገት ሓጢኣትን ምቕባል መንፈስ ቅዱስን ኣይኮነን።

10፡ 23 **"ነታ እሙንቶ ተስፋና ብዘይምንቕናቕ ነጽንዓያ"** እዚ ኸም ትእዛዝ ዚቐርብ ዘሎ ኣብ ህሉው ግዜ ኺግበር ዚከኣል ተግባር እዩ። እዚ እቲ ኻልኣይ ካብ ሰለስተ ንህሉው ግዜ ዝቐረቡ ናይ ተኽእሎ ትእዛዛት ኮይኑ ኣብ ናይ እምነት ትጽቢት ዚምርኮስ ዘይርጉጽ ምላሽ ዘሎዎ እዩ።

▣ **"ተስፋ"** ኣብ ገለ ትርጕማት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣብዚ ጥቕሲዚ "እምነት" ዚብል ቃል ኣሎ። ግናኸ ኣብ ቋንቋ ግሪኽ መረጋገጺ ኣይተረኽበሉን። እዛ "ተስፋ" እትብል ቃል ብዙሕ ግዜ ኣብ ግዜ ኻልኣይ ምጽኣት ንዘሎ ኽብርና እያ እትገልጽ (እብ፡ 3፡ 6፤ 6፡ 11፤ 18፤ 7፡ 19፥ 1ዮሃ፡ 3፡ 2)።

▣ **"እቲ ተስፋ ዝሃበና እሙን እዩ እሞ"** እታ ኣብዚ ዘላ እንኮ ግሲ፡ እታ "ተስፋ ዝሃበና" እትብል እያ። ንሳ ኣብ ሕሉፍ ዝተፈጸመ ተግባር እትገልጽ ብቕርጻ ናይ ተገብሮ ብትርጕማ ግን ንጡፍቲ ግሲ እያ። እዛ ግሲዚኣ ነቶም ኣብ ጥቕስታት 22 -24 ዘሎዉ "ንቕረብ፡ ነጽንዓያ፡ ነስተብህል" ዚውድኡ ሰለስተ ሓሳባት ስነ-መለኮታዊ ሚዛን እትህብ እያ። እዚ ብእግዚኣብሄር ዝተዋህበ፡ ዝተሰርሐን ዝጸንዐን ግርምቢጥ ዚመስል ናጻ ምድሓን ካብ ሰባት ግቡእ ናይ ኪዳን ምላሽ ኪሕብ ኣሎዎ! ናይ እግዚኣብሄር ሉኣላዊነትን ናይ ሰብ ናጻ ፍቓድን ክልቲኦም መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቅታት እዮም። እናተዋጠጡ ኸኣ ሚዛኖም ኪሕልዉ ኣሎዎም።

እሙንነት እግዚኣብሄር ናይ ኣመንቲ ዝዓበየ ትብዓት እዩ (እብ፡ 11፡ 11)። ተስፋታት እግዚኣብሄር ርግጽ እዮም፥ ቃል እግዚኣብሄር ሓቂ እዩ!

10፡ 24 **"ንስተብህል"** እዚ ኣብ ህሉው ግዜ ብኣና ኺግበር ዚከኣል ተግባር እዩ። እቲ ጸሓፊ ንኣተሓሳስባና ብዛዕባ ስነ-መለኮታዊ ጕዳያት ዚምልከቱ ብዙሓት በበይኖም ቃላት ይጥቀም፦

1. ነስተብህል፡ "ካታኖዮ" እብ፡ 1፡ 1፤ 10፡ 24 (ሉቃ፡ 12፡ 24፤ 27)
2. ርኣዩ፡ "ቲዮረዮ" እብ፡ 7፡ 4
3. ዘክርዎ፡ "ኣናሎጊዞማይ" እብ፡ 12፡ 3
4. ዘክርዎም፡ "ኣናቲዮረዮ" እብ፡ 13፡ 7

ኣመንቲ እምነቶም ኪምርምሩ ኣሎዎም፦

1. ስለምንታይ ሓቂ ኸም ዝኾነ
2. ብኸመይ ኣብ ግብሪ ኸም ዘውዕልዎ

3. ንኻልኡት ብኸመይ ከም ዚድግፍዎም
4. እቲ ቐንዲ ዕላማ እንታይ ምዃኑ

▣ **"ንምንቕቓሕ ኣብ ንሓድሕድና"** እዚኣ ብዙሕ ግዜ ኣሉታዊ ኣመት ዘሎዋ ተራር ናይ ግሪኽ ቃል እያ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ክልተ ግዜ ጥራይ እያ ኣገልጊላ ዘላ። እቲ ኻልእ ግዜ ኣብ ግብ፡ 15፡ 39 ኣብ ናይ ጳውሎስን በርናባስን ባእሲ እያ ዘላ። ኣብ መንጎ ኣብ ሓደ ቤተ ጸሎት ዘምልኹ ኣመንትን ዘይኣመንትን ኣይሁድ ዘሎ ውጥረት እተንጸባርቕ ክትከውን ትኽእል። እዚ ነቶም ኣብ እብ፡ 6 ዘሎዉ ጒጅለታት ("ንዓና"፡ "ንስኻትኩም"፡ "ንዓኣቶም" ብዘስምዑ ምሉእ ሓሳባት ተጠርኒፎም ዘሎዉ) ኣጸቢቑ ይገልጾም።

▣ **"ንፍቕርን ንሰናይ ግብርን"** እዚኣቶም እቶም ናይ ክርስትና ሓቀኛ ፍረታት እዮም!

**10፡ 25 ጥቕስታት** 24- 25 ኣመንቲ ኺገብርዎም ዘሎዎም ሰለስተ ነገራት ይዝርዝሩ፦

1. ንፍቕርን ንሰናይ ግብርን ንምንቕቓሕ ኣብ ንሓድሕድና ነስተብህል
2. ኣኼባና ኣይንሕደግ (ናይ "ቤተ ጸሎት" መበቆላዊ ትርጒም፡ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብዚ ጥራይ ሰፊሩ ትርከብ)
3. እታ መዓልቲ እቲኣ ትቐርብ ከም ዘላ፡ ኣጸቢ ቕኩም ትርእዩ ኣሎኹም እሞ፡ ንሓድሕድና ንመዓዓድ

እዚኣ ኻብ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ኣመንቲ ንኣምልኾ ንኺእከቡ እተተሓሳሰብ እንኮ ጽሑፍቲ እያ። እዚ ነቲ ምስ ተዛማዲ ተቐባልነት ኣይሁድነት (ፍቑድ ሃይማኖት) ኣንጻር ክርስትና (ዘይተፈቕደ ሃይማኖት) ዝቐንዐ ታሪኻዊ ኹነታት ናይ ሮማውያን ግፍዒ ኼተንጸባርቕ ትኽእል። ከምኡውን በበይኖም ናይ በዓል መዓልቲ ኸም ዘሎዉ እተንጸባርቕ ትኸውን። ቤተ ክርስትያን ኣብ ውሽጢ ኣይሁዳውነት ኬተስፋሕፍሕ ምስ ጀመረት፡ እቶም ካህናት ኣይሁድ (ኣብ ጃምንያ ብ90 ዓመተ ምህረት ናይ ፈሪሳውያን ኣይሁድነት ንምብርባር) ንነፍስወከፍ ኣባል ቤተ ጸሎት ዚምልከት ናይ "መርገም" ማሕላ ኣዳልዮም። እዚ ማሕላዚ ንየሱስ በዓል ናዝሬት እቲ ተስፋ እተገብሮ መሲህ ምዃኑ ዚነጽግ ትሕዝቶውን ነይርዎ። ኣብዚ ግዜዚ መብዛሕትኦም ኣመንቲ ነቲ ቤተ ጸሎትን ናይ ሰንበት ስርዓቱን ጠንጢኖም ምስ ቤተ ክርስትያን ናይ ሰንበት ኣምልኾ ቐጺሎም። ያቆ፡ 2፡ 2 ከምቲ ኣብ እብ፡ 10፡ 25 ዘሎ ነቲ  ናይ ክርስትያናት ናይ ኣምልኾ ቦታ "ቤተ ጸሎት" ይብሎ።

▣ **"እታ መዓልቲ"** እዚኣ ንኻልኣይ ምጽኣት እያ እተመልክት። በቶም ዚስዕቡ ጥቕስታት እንተ ኸድና ኸኣ ንመዓልቲ ፍርዲውን ተመልክት እያ።

10። 26 - 31

**“ስለዚ ኸኣ ፍልጠት ሓቂ ምስ ረኸብና፡ ፈቲና ሓጢኣት እንተ ገበርና፡ ዜሰክሕ ምጽባይ ፍርድን ነቶም ተጻረርቲ እትበልዕ ቅንኢ ሓውን ኢኹ እምበር፡ ደጊምሲ ስለ ሓጢኣት ዚስዋእ መስዋእቲ የልቦን፣ እቲ ንሕጊ ሙሴ ዘፍረሰ ብቓል ክልተ ወይስ ሰለስተ ምስክር እዩ ብዘይ ድንጋጽ ዚመውት፣ ንወዲ ኣምላኽ ዝረገጸ፡ ነቲ እተቐደሰሉ ደም ኪዳን ከኣ ዘርከሰ፡ ንመንፈስ ጸጋውን ዝጸረፈ ግዳ ኸንደይ ዝገደደ ቕጽዓት ዘይግብኦ ይመስለኩም? ንሕናስ ነቲ፥ ምፍዳይ ሕነ ናተይ እዩ፡ ኣነ ሕነ ኽፈዲ እየ፡ ዝበለ፡ ደጊሙ ኸኣ፥ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ኺፈርዶ እዩ፡ ዝበለ፡ ንፈልጦ ኢና፣ ኣብ ኢድ ህያው ኣምላኽ ምውዳቕ ዜሰክሕ እዩ፣”**

10፡ 26 **“እንተ ገበርና”** እዚ ልሙድ ኾነታዊ ኣበሃህላ ኣይኮነን። እቲ ናይ ተግባር ዋንነት ዜመልክት ቃላት (*ሃማርታኖንቶን ሃሞን*) ከም ኾነታዊ ኣበሃህላ ተወሲዱ ኪኸውን ይኽእል።

እቲ ዜገርም እቲ ጸሓፊ በቲ ናይ ኣጸሓሕፋ ሰዋስው ንርእሱ ምስቶም ፈትዮም ሓጢኣት ዚገብሩ ጒጅለ ይጽንብራ። እዚ ግን ከምቲ ኣብ እብ፡ 2፡ 3 ዘሎ ስነ-ጽሑፋዊ ጥበብ እዩ ኪኸውን ዚኽእል። እቲ ብቐዳማይ ኣካል ዝተጻሕፈ ጽሑፍ ነቲ ጸሓፊ ምስቶም ኣብ ጥቕስታት

26 - 29 ዘሎዉ ጒጅለታት ብኡ ንብኡ ኣብ ሓደ ጒጅለ ይጥርንፎም ማለት ኣይኮነን። ነቲ ቐዳማይ ኣካል ተጠቒምካ ናይ ምጽሓፍ ጥበብ ብተመሳሳሊ መገዲ ኣብ 1ቆሮ፡ 13፡ 1 - 3 ይርከብ።

▣ **“ፈቲና ሓጢኣት እንተ ገበርና”** እታ “ፈቲና” እትብል ቃል ኣብ ቅድሚት ስለ እተሰርዐት ዝያዳ ነቲ ጽሑፍ ተተርሮ። ምናልባት እታ ቓል ምስቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣቐዲምካ ሓሊንካ ዚግበር ሓጢኣት እትመሳሰል እያ (ናይ እብ፡ 5፡ 2 መግለጺ ርአ)። ብገለ ወገናት ናይቲ ግሲ ሰዋስው (ቀጻሊ ዚግበር ንጡፍ ተግባር፡ ናይቶም ፈጻምቲ ናይ ተግባር ዋንነት ዜመልክት፡ ቀዳማይ ኣካል ናይ ተባዕታይ ብዙሕ ስም) ነቶም ኣብ ሓጢኣት ዚጸንዑ ኣመንቲ እዩ ዜመልክት ዚብል ርእይቶ ኣሎ። ሓጢኣት ምግባር እንተ ሓደገ፡ ካብ ፍርዲ ኺመልቁ እዮም። ግናኸ እዚ ምስቲ ኣብ ምዕራፍ 6ን ኣብ 10፡ 26 - 29 ዘሎ ናይ ሕማቕ ፋል መልእኽቲ ኣይሰማማዕን እዩ። እዚ ናይ ሞትን ሕየትን መጠንቀቕታ እዩ፡ ሓንሳእ ዝወጸ ንዘለኣለም ወጸ ዚብል መጠንቀቕታ እዩ! ብሩህ ናይ ምግላጽ ብርሃን ኣብ ዘሎዎ ንየሱስ እምቢ ምባል እቲ ኼጋጥም ዚኽእል ዝጸልመተ መንፈሳዊ ለይቲ እዩ ዜፍሪ።

▣ **“ፍልጠት ሓቂ ምስ ረኸብና”** እቲ “ረኸብና” ዚብል ግሲ ድሮ ንዝኾነ ንጡፍ ተግባር ዜመልክት እዩ። እዚ ነቲ ናይ ምትርጓም ጸዕሪ ቐንዲ ግድል ዚፈጥር እዩ። ሓንሳእ ናይቲ ሓቂ ምሉእ ናይ ተመኩሮ ፍልጠት (*ኤፒግኖሲስ*) ረኺቦም እንተ ደኣ ኮይኖም፡ ኣመንቲ ይመስሉ። እዚ ልክዕ ከምቲ ኣብ እብ፡ 6፡ 4 - 6 ዘሎ ስነ-መለኮታዊ ሕቶ እዩ።

ነዚ ዚኸውን ቀሊልን ንጹርን ትርጓሜ ኽምዘየልቦ ግልጺ ኪኸውን ኣሎዎ። ንሓደ ኣዝዩ ንጹር ዝኾነ ጽሑፍ ናይ ገዛእ ርእሰይ ኣድልዎ ኽይጥምዝዞ ስግኣት ኣሎኒ። ነዚ ብርቱዕን ብድርኺት መንፈስ ቅዱስ እተጻሕፈን ጽሑፍ ዚደፍን ስሩዕ ናይ ሓደ መንፈሳዊ ጒጅለ ኣረኣእያ ኽነጽጎ ይግብኣኒ። እቲ ጒዳይ እምበኣር ብዛዕባ ሓጢኣት ዚገብሩ ኣመንቲ ኣይኮነን። ብዛዕባ ምእማን ዜቋርጹ ኣመንቲ እዩ!

ነዚ ዚስዕብ ስነ-መለኮት ክቕበሎ ኣይክእልን እየ፦ 1. ምድሓን ኣብ ተግባር ሰብ ክም ዚምርኮስ ዚምህር ስነ-መለኮት ወይ ከኣ 2. ንርግጽነት ምድሓን ምስ ክርስትያናዊ ህይወት ናብ ዘይዛመድ ጸቢብ መግለጺ ዚቕይር ስነ-መለኮት። ጠፊእካ ኔርካ ድሒንካ፡ ክም ብሓድሽ ድሒንካ ጠፊእካ፡ ድሒንካ ጠፊእካ፡ መሊስካ ድሒንካ እናበለ ዚደግም ስነ-መለኮት ኣይቕበሎን እዩ። ከምኡውን ነቲ "ሓንሳእ ዝደሓነ፡ ዘለኣለም ድሒኑ" ዚብል ምስ ቀጻሊ እምነትን ናይ እምነት ናብራን ዘይከይድ ስነ-መለኮት እነጽጎ እየ። ስለዚ፡ እንታይ ክገብር ኣሎኒ? ነቲ ጽሑፍ ክትንትኖ ኣሎኒ፥ ነቲ ጽሑፍ በቲ ታሪኻዊ ኣመጻጽኡ፡ ስነ-ጽሑፋዊ ኣመጻጽኡ፡ ሰዋስዋዊ መግለጺ፡ ናይ ቃላት ኣመራርጻኡ፡ ዚኸተሎ ናይ ስነ-ጽሑፍ ቅድን ምስኡ ዚኸዱ ንባባትን ብምምርማር እትንትኖ። እቶም ዚርካቦም መወከሲ ጽሑፋት እብ፡ 6፡ 4 - 6ን እብ፡ 10፡ 26 - 29ን ጥራይ እንተ ዝኾኑ፡ እቲ ዚተርፍ ንእሽቶ ናይ ትርጉም ኣማራጺ ኣመንቲ ኻብ ጸጋ ይወድቁ እዮም ዚብል ኪኸውን እዩ። ግናኸ፡

1. እቲ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ፡ እቲ መልእኽቲ ኣይሁዳዊ ምኻኑን ናይ እምነት መከራን ቀንዲ ጉዳያት እዮም
2. እቲ ስነ-ጽሑፋዊ መበገስን (እብ፡ 5፡ 11 - 6፡ 12) እቶም ሰለስተ ጉጅለታትን ("ንዓና"፡ "ንስኻትኩም"፡ "እቶም") ኣብ ሓደ ቤት ጸሎት ዜምልኹን ዚሓብሩን ኣመንትን ዘይኣመንትን ኣይሁድ ዜግህድ ናይ ኣይሁድ ርክብ ይመስል
3. ንቤተ መቕደስ ዚምልከቱ ናይ ብሉይ ኪዳን ብዙሓት ጥቕስታት ምህላዎም፡ ቤት ጸሎት ዚብል ስም ምህላዉን (እብ፡ 10፡ 25) ናይ እምነት ሰባት በስማቶም ተዘርዚሮም ምህላዎምን ተወሃሂዶም፡ እቲ መልእኽቲ ምስ ብሉይ ኪዳን ጽቡቕ ሌላ ንዘሎዎ ሰብ ከምእተጻሕፈ የመልክት

ስለዚ ነቲ ጽሑፍ ድሕሪ ምትንታን፡ እቲ ዝበለጸ ንኹሉ ኣብ ግምት ዘእተወ መግለጺ (እዚውን ናይ ገዛእ ርእሱ ሽግራትን ግምታትን ኣሎውዎ) ኣብቲ ብኢንሳይት ፕረስ ብ1966 ዝተሓትመ ናይ ኣር. ኢ. ግለይዝ *ኖ ኢዚ ሳልቭሽን* ዚብል መጽሓፍ ተሃኒጹ ዚርከብ ታሪኻዊ ስእሊ እዩ።

መልእኽቲ እብራውያን ንሒደት ምሩጻት ጉጅለ ንፍሉይ ጉዳይ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ እያ እትመስል። እዚ ማለት ግን ነዚ ዘመንዚ መልእኽቲ የብላን ማለት ድዩ? ናይዚ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ጸሓፊ (ምስ በዓል ያእቆብ፡ ጴጥሮስን ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ዮሃንስ ጸሓፍን) መጠንቀቕታታት፡ ኣመንቲ ንጕያኦም ኪቕጽሉ ኼነቓቕሕ ኣሎዎ (ናይ ኤፍ. ኤፍ. ብሩስ፡ ኣንሰርስ ቱ ኮስችንዝ፡ ገጽ 124 - 125)! እቲ መልሲ ብቐሊሉ ኣማኒ እዝጊ ኣብ ምኻን ኣይኮነን ዘሎ፡ ወይውን ብፍርሂ ኣብ ዝተደረኸ ሕጊ ሃይማኖት ኣይኮነን ዘሎ። እቲ መልሲ ነቲ ንክርስቶስ ብምእማን ዚርከብ ምሉእ፡ ውዱእን ናይ መጨረሻን ምድሓን (እብ፡ 10፡ 14) ብምምስጋን ኣብ ዚፈሪ ኣምላኻዊ ናይ እምነት ህይወትን ጽዓት ናብ ቅድስናን እዩ ዘሎ፡

10፡ 27 "ፍርዲ" እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ኣመንቲ ብክርስቶስ ዘሎዎም ግሩም ተስፋ ብኣተኩሮ ይደጋግሞ። እቲ ኣሉታዊ መዳይውን ክንድኡ ተገዳስነት ዜድልዮ እዩ። ፍርዲ ይመጽእ ኣሎ፡ ኵሉ ኣብ ቅድሚ ቅዱስ ኣምላኽ ኪቐውም እዩ (እብ፡ 9፡ 27፥ ገላ፡ 6፡ 7)።

▣ **"ነቶም ተጻረርቲ እትበልዕ ቅንኢ ሓውን"** እዚ ንኢሳ፡ 26፡ 11 እዩ ዚጠቅስ። ሓዊ ብዙሕ ግዜ ምስ ቅድስናን ምንጻህን እዩ ዚዛመድ። እግዚኣብሄር ስነ-ምግባር ዚፈልጥ ኣምላኽ እዩ፥ ፍጥረቱ ኸኣ ብቕጥዒ ዝተዳለወ እዩ። ሰባት ሕጊ እግዚኣብሄር ኣይኮኑን ዜፍርሱ፡ ንባዕላቶም እዮም ኣብቲ ሕጊ ዚስበሩ።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ሓዊ**

*ሓዊ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እወታውን ኣሉታውን ትርጉም እዩ ዘሎዎ፣*

*ሀ. እወታዊ*

1. ***የምዉቕ*** (ኢሳ: 44: 15፥ ዮሃ: 18: 18)
2. ***የብርሀ*** (ኢሳ: 50: 11፥ ማቴ: 25: 1- 13)
3. ***መግቢ የብስል*** (ዘጸ: 12: 8፥ ኢሳ: 44: 15- 16፥ ዮሓ: 21: 9)
4. ***ይኹልዕ*** (ዘሁ: 31: 22- 23፥ ምሳ: 17: 3፥ ኢሳ: 1: 25፤ 6: 6- 8፥ ኤር: 6: 29፥ ሚል: 3: 2- 3)
5. ***ቅድስና*** (ዘፍ: 15: 17፥ ዘጸ: 3: 2፤ 19: 18፥ ህዝ: 1: 27፥ እብ: 12: 29)
6. ***መሪሕነት እግዚኣብሄር*** (ዘጸ: 13: 21፥ ዘሁ: 14: 14፥ 1ነገ: 18: 24)
7. ***ሓይሊ እግዚኣብሄር*** (ግብ: 2: 3)
8. ***ሓለዋ*** (ዘካ: 2: 5)

*ለ. ኣሉታዊ*

1. ***የቃጽል*** (እያ: 6: 24፤ 8: 8፤ 11: 11፥ ማቴ: 22: 7)
2. ***የዕኑ*** (ዘፍ: 19: 24፥ ዘሌ: 10: 1- 2)
3. ***ቍጥዓ*** (ዘሁ: 21: 28፥ ኢሳ: 10: 16፥ ዘካ: 12: 6)
4. ***መቕጻዕቲ*** (ዘፍ: 38: 24፥ ዘሌ: 20: 14፤ 21: 9፥ እያ: 7: 15)
5. ***ናይ ሓሶት ምልክት መወዳእታ ዘመን*** (ራእ: 13: 13)

*ሐ. ቍጥዓ እግዚኣብሄር ኣንጻር ሓጢኣት ብናይ ሓዊ ተምሳል ይግለጽ*

1. ***ቍጥዓኡ ይነድድ*** (ሆሴ: 8: 5፥ ጸፎ: 3: 8)
2. ***ሓዊ ይተፍእ*** (ናሆ: 1: 6)
3. ***ዘለኣለማዊ ሓዊ*** (ኤር: 15: 14፤ 17: 4)
4. ***ናይ መወዳእታ ዘመን ፍርዲ*** (ማቴ: 3: 10፤ 13: 40፥ ዮሃ: 15: 6፥ 2ተሰ: 1: 7፥ 2ጴጥ: 3: 7- 10፥ ራእ: 8: 7፤ 16: 8)

*መ. ከም ብዙሓት ካልኦት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ተምሳላት (ማይ ብሑቕ: ኣንበሳ) ሓዊውን ከምቲ ኣሰኻኹዓኡ ኣብ ጽሑፍ በረኽት ኪኸውን ይኽእል ወይውን መርገም፣*

**10፡ 28 "እቲ ንሕጊ ሙሴ ዘፍረሰ" እዚ ደይመደይ ኢልካ ንዚግበር እምቢታ ዚገልጽ ተሪር ቃል እዩ።** *ኤሊንግዎርዝን ኒዳን ኣብቲ ሓ ሃንደቡክ ኦን ዘ ለተር ቱ ሂብሪውስ ኣብ ዚብል መጽሓፎም፡*

▣ **"እቲ 'ዘፍረሰ' ዚብል ተሪር ቃል ንንእሽቶ ሓጢኣት ዚብሃል ኣይኮነን። ንብመላኡ እቲ ኪዳን እግዚኣብሄር ምፍራስ** (ህዝ፡ 22፡ 26) **ንኣብነት ብኣምልኾ ጣኦት** (ዘዳ፡ 17፡ 2- 7)፡ **ብትንቢት ሓሶት** (ዘዳ፡ 18፡ 20) **ወይውን ንእግዚኣብሄር ብምጽራፍ** (ዘሌ፡ 24፡ 13- 16)" (**ግጽ** 236) **ዚገልጽ እዩ።**

▣ **"ብቓል ክልተ ወይስ ሰለስተ ምስክር እዩ ብዘይ ድንጋጽ ዚመውት"** ኣብ ብሉይ ኪዳን ናይ ሞት ፍርዲ ኸሉ ሳዕ ክልተ ምስክራት የድልይዎ (ዘዳ፡ 17፡ 6፤ 19፡ 15)። ንዘይእምዛዝ ሳዕቤናት ኣሎውዎ!

10፡ 29 **"ብንደይ ዝገደደ ቕጽዓት"** እዚ ኻብቲ ዝነኣሰ (ኪዳን ሙሴ) ናብቲ ዝዓበየ (ኪዳን የሱስ) ዚኸይድ ክትዕ እዩ። እዚ ምንጽጻርዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ቀንዲ ዛዕባ እዩ።

▣ **"ዝረገጸ"** እዚ ምሳሌዚ ብንዕቀት ረኣየ ማለት እዩ (እብ፡ 6፡ 6)። እዚ ኸምቶም ብድሕሪኡ ተዘርዚሮም ዘሎዉ ተግባራት በቲ በዓል ተግባር ድሮ ዝኾነ ወይ ዝተወድአ ተግባር እዩ።

▣ **"ወዲ ኣምላኽ"**

---

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ወዲ ኣምላኽ**

እዚ ሓደ ኻብቶም ናይ የሱስ ክርስቶስ ቀንዲ መዓርጋት ሓድሽ ኪዳን እዩ፣ ብርግጽ መለኮታዊ ኣመት ኣሎዎ፣ "እቲ ውሉድ": "ወደይ" ዚብሉ ናይ የሱስ ስማትውን ምስኡ ይጠቓለሉ፣ ንእግዚኣብሄር "ኣቦ" ተባሂሉ ኣሎ፣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን 124 ግዜያት የጋጥም፣ እቲ የሱስ ብዛዕባ ርእሱ "ወድ ሰብ" ዝበሎ: ካብ ዳን: 7: 13- 14 ዝተወሰደ ሰማያዊ መልእኽቲ ኣሎዎ፣

ኣብ ብሉይ ኪዳን እቲ "ወዲ" ዚብል ሹመት ንኣርባዕተ ፍሉያት ጉጅለታት ይጠቅስ፣

1. መላእኽቲ (ብዙሕ ግዜ ብድርብ ወይ ብዙሕ ስም: ዘፍ: 6: 2፥ እዮ: 1: 6፤ 2: 1)
2. ንጉስ እስራኤል (2ሳሙ: 7: 14፥ መዝ: 2: 7፤ 89: 26- 27)
3. ህዝቢ እስራኤል ብምሉኡ (ዘጸ: 4: 22- 23፥ ዘዳ: 14: 1፥ ሆሴ: 11: 1፥ ሚል: 2: 10)
4. ፈራዶ እስራኤል (መዝ: 82: 6)

እቲ ኻልኣይ ኣጠቓቕማኡ እዩ ምስ የሱስ ዝተተሓሓዘ፣ በዚ መዳይዚ "ወዲ ዳዊት"ን "ወዲ ኣምላኽ"ን ምስ 2ሳሙ: 7፥ መዝ: 2ን 89ን ይዛመዱ። ኣብ ብሉይ ኪዳን "ወዲ ኣምላኽ" ብፍሉይ ንመሲህ ኣገልጊሉ ኣይፈልጥን እዩ። ብዘይካ ኸም ሓደ ኻብቶም "ቅቡኣት ስልጣናት" እስራኤል ናይ መወዳእታ ዘመን ንጉስ፣ ግናኸ ኣብቶም ናይ ምዉት ባሕሪ ብራናታት: እቲ መዓርግ ብብዝሒ ምስ መሲህ ተተሓሒዙ ይጥቀስ (ዲክሽነሪ ኦቭ ጂዘስ ኣንድ ዘ ጋስፐለስ: ገጽ 770 "ወዲ ኣምላኽ" ዚብሉ ፍሉያት ጥቕስታት ተመልከት)። እዚ "ወዲ ኣምላኽ" ዚብል መዓርግ: ናይ ክልተ ኻብቶም ኣብ መንጎ ብሉይን ሓድሽን ኪዳናት ዝተጻሕፉ ናይ ኣይሁድ ጽሑፋት መጽሓፈኣዋልድ' ናይ መሲህ መዓርግ ኮይኑ ኣገልጊሉ ኣሎ (2ኤስድራስ: 7: 8፤ 13: 32፤ 37፤ 52፤ 14: 9፥ 1ሄኖክ 105: 2) ።

ኣብ ሓድሽ ኪዳን እዚ መዓርግዚ ንየሱስ ኣብ ዜመልክተሉ ኣጋጣሚታት ኣብ ብዙሕ ጉጅለታት ብዝበለጸ ኺጥርነፍ ይኽእል።

1. ቅድሚ ኸሉ ፍጥረት ከም ዝነበረ (ዮሃ፡ 1፡ 1- 18)
2. እቲ ፍሉይ ልደቱ (ካብ ድንግል ዝተወልደ ምኻኑ) (ማቴ፡ 1፡ 23፥ ሉቃ። 1። 31- 35)

3. **ጥምቀቱ** (ማቴ፡ 3፡ 17፥ ማር፡ 1፡ 11፥ ሉቃ፡ 3፡ 22፣ **ድምጺ እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ነቲ ናይ መዝሙር 2 ግርማዊ ንጉስን ናይ ኢሳይያስ 53 ብዓል ስቓይ ባርያን ኣብ ሓድነት የምጽኦም)።**
4. **ሰይጣናዊ ፈተናኡ** (ማቴ፡ 4፡ 1- 11፥ ማር፡ 1፡ 12፤ 13፥ ሉቃ፡ 4፡ 1- 13፣ **ዕላማ እቲ ፈተና ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ምእንቲ ኺጠራጠር እዩ ወይውን ነቲ ዝመጸሉ ዕላማ ኻብ መስቀል ወጻኢ ብኻልእ መገዲ ምእንቲ ኺፍጽሞ እዩ ነይሩ)።**
5. **ዘይቅቡላት ወገናት ብዛዕባ መዓርጉ ዝተኣመንዎ**

   ሀ. **ኢጋንንቲ** (ማር፡ 1፡ 23- 25፥ ሉቃ፡ 4፡ 31- 37፥ ማር፡ 3። 11- 12)

   ለ. **ዘይኣመንቲ** (ማቴ፡ 27፡ 43፥ ማር። 14፡ 61፥ ዮሃ፡ 19፡ 7)

6. **ብደቀመዛሙርቱ ዝተዋህበ ምስክርነት**

   ሀ. ማቴ፡ 14፡ 33፤ 16። 16

   ለ. ዮሃ፡ 1፡ 34፤ 39፤ 6። 69፤ 11። 27

7. **ናይ ገዛእ ርእሱ (ናይ የሱስ) መረጋገጺ**

   ሀ. ማቴ፡ 11፡ 25- 27

   ለ. ዮሃ፡ 10፡ 36

8. **ንእግዚኣብሄር ብናይ ስድራ ቤት ምሳሌ "ኣቦ" ኢሉ ምጽውዑ**

   ሀ. **ንእግዚኣብሄር ኣባ ምባሉ**

   1. ማር፡ 14፡ 36
   2. ሮሜ፡ 8፡ 15
   3. ገላ፡ 4፡ 6

   ለ. **ምስ መለኮት ዘሎዎ ዝምድና ንምግላጽ። ደጋጊሙ ኣቦ (ፓተር) ዚብል ስም ይጥቀም**

**ብኣጠቓላሊ፡ እቲ "ወዲ ኣምላኽ" ዚብል መዓርግ ነቶም ብሉይ ኪዳንን ተስፋታቱን ኣመዳድብኡን ዚፈልጡ ሰባት ዓብዪ ስነ-መለኮታዊ ትርጉም ኣሎዎ። ጸሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን ግን ነቲ መዓርግ ኣህዛብ ኣብ ዜንብብዎ መልእኽቲ ኺጥቀሙሉ ስግኣት ነይርዎም። ምኽንያቱ እቶም ኣህዛብ ኣብቲ መበቆላዊ ኣምልኾኦም 'እቶም ኣማልኽቶም' ኣንስቲ ይወስዱሞ 'ንጉዓት' ይወልዱ ነይሮም ዚብል ብሂል ስለ ዝነበረ።**

▣ **"ተራእዩ (ተሓሲቡ)" እዚ ማለት ኣብ ምርጫ ዘብጽሕ ናይ ፍጻሜ ክዉንነት እዩ።**

▣ **"ዘርክሰ"** (ከም ርኹስ ዚቖጽረ)፡ **እዚ ንኹሉ ሓሳባት ኣደዩብካ ኣውሪድካ ዚግበር ምርጫ እዩ ዜመልክት። እቲ 'ርኹስ' ምዃን ማለት ንሃይማኖታዊ ስርዓት ሓራም ዝኾነ ወይ ከኣ ነቲ ዚድለ ዕላማ ዘይብቑዕ ማለት እዩ።**

▣ ***"ነቲ እተቐደሰሉ ደም ኪዳን"*** እቲ ኣብዚ ዚለዓል ሕቶ ብዛዕባቲ ድሮ ዝተፈጸመ ተግባር ዜመልክት ግሲ እዩ። እዚ ነቲ ሓድሽ ኪዳን ካብ መጀመርያኡ ምንጻግ ድዩ ዜመልክት ወይስ ነቲ ሓድሽ ኪዳን ዳሕራይ ምኽሓድ? ኣብቶም ኣቐዲሞም ዝተዘርዘሩ ድሮ ዝተወድኡ ተግባራት ዚገልጹ ግስታትን እቶም ስዒቦም ዝመጹ ኸምኣቶም ግስታትን ካብ ፈለማ ንሓድሽ ኪዳን ምንጻግ ከም ዝነበረ እዮም ዚእምቱ።

ነዚ ትርጓሜዚ ንምቕባል ኣሸጋሪ ኸም ዚኸውን ፍሉጥ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን እቲ "እተቐደሰሉ" ዚብል ቃል ዘለወሉ ነፍስወከፍ ኣጋጣሚ ብዛዕባ ኣመንቲ እዩ ዚዛረብ (እብ፡ 2፡ 11፤ 9፡ 13፤ 10፡ 10፤ 14፤ 13፡ 12)። ንዓይ እቲ ቐንዲ ጕዳይ ምሕላው ኪዳን እዩ። እቲ ሉኣላዊ ኣምላኽ ንምድሓን ዚምልክት ኪዳን ኣዳልዩ። ናጻ እዩ፥ ንዅሉ ሰብ እዩ፡ ግናኸ ዚቕበሎ የድልዮ። ስምዒታዊ ምቕባል (ማቴ፡ 13፡ 20- 22) ወይውን ምስ ቤተ ክርስትያን ምሕባር (1ዮሃ፡ 2፡ 9) ዘይኮነስ ናጻ ፍቓድ ሰብ የድልዮ። እቲ መፍትሕ እምነት እዩ። እቶም ዚኣምኑ (ኩሉ ዓይነት ትርጓሜታት ናይቲ ብግሪኽ 'ፒስተኦ' ዚብሃል እምነት) ይድሕኑን ውሕስነት ኣሎዎምን። እቲ ድርብ መጠንቀቕታ መልእኽቲ እብራውያን 1. ነቲ ናይ ወንጌል ዕድመ ንምቕባልን 2. ኣብ ወንጌል ንምምልላስን እዩ። ሓደኳ ምቕባል እንተ ኣበየ፡ ፍርዲ ኣብ ርእሱ እዩ፥ ሓደኳ ምእማን እንተ ኣቋረጸ- ሕጂውን ፍርዲ!

▣ ***"ንመንፈስ ጸጋውን ዝጸረፈ"*** መንፈስ ቅዱስ ብሓጢኣት ይረትዕ፡ ናብ ክርስቶስ የምጽኣና፡ ናብ ውሽጢ ክርስቶስ የጥምቐናን ኣመንቲ ስለ ዝኾንና ንክርስቶስ ኣብ ውሽጥና የሕድሮ (ዮሃ፡ 16፡ 8- 11)። እቶም ዘይኣመንቲ መንፈስ ቅዱስ ኪስሕቦምን ኪረትዖምን እናደለየ ኺነጽግዎ እንከሎዉ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ይጸርፍዎን የቐጥዕዎን። ገለ ኻብቶም ተቐበልቲ መልእኽቲ እብራውያን፡ ካብ ካልኦት ኣባላት እቲ ቤተ መቕደስ ንጹር ብርሃን ናይ ክርስቶስ እናረኣዩ ይነጽግዎ ነይሮም *(መእተዊ፡ ተቐበልቲ* ዚብል ክፍሊ ርአ)።

10፡ 30 **"ሕነ"** እዚ ኻብ ዘዳ፡ 32፡ 35ሀን 36ሀን ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ዝተወስደ ጥቕሲ እዩ። እዚ ቕጥዓ ኣይኮነን። ግናኸ ንዅሎም እቶም ዚምልከቶም ዚወሃብ ምሉእ ፍትሒ እዩ።

▣ **"እግዚኣብሄር ንህዝቡ ኺፈርዶ እዩ"** እዚ ኻብ ዘዳ፡ 32፡ 36ሀ ዝተወስደ ተወሳኺ ጥቕሲ እዩ። እቲ ናይ እብራይስጢ ጽሑፍ ኣብ ክንዲ "ኺፈርዶ" ዚብል "ሓቅነቱ ኣረጋገጸ" ዚብል ሓረግ ይጥቀም። እዚ እቶም ኮነ ኢሎም ዚሓጥኡ ዝነበሩ ሓደ ግዜ ህዝቢ እግዚኣብሄር ነይሮም ማለት ድዩ? ብዙሕ ግዜ እቲ ሓደ መዳይ ናይቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕሲ እዩ ኣብ ግምት ዚኣቱ። ምናልባት ኣብዚ ጥቕሲ እቲ "ኺፈርዶ" ዚብል ቃል እዩ እቲ ሕምብርቲ ሓሳብ። ዋላኳ እቲ መበቆላው ትርጕሙ ንኣመንዝራ እስራኤል ዜመልክት እንተ ነበረ። እቲ ጸሓፊ ኣብ ምሉእ እዚ መልእኽቲ፡ እግዚኣብሄር ብፍርዲ ንህዝቡ ምድርባዩ ኸም መጠንቀቕታ ይጥቀመሉ።

10፡ 31 **"ኣብ ኢድ ህያው ኣምላኽ ምውዳቕ ዜሰክሕ እዩ"** እዚ ሓረግዚ (ኣነጻጽሮ ምስ እብ፡ 3፡ 12) እቲ ናይ እግዚኣብሄር ናይ ኪዳን ስም "ያህወ" (ዘጸ፡ 3፡ 14) እዩ ዜንጸባርቕ። መበቆል እቲ ግሲ "ኮነ" (ማቴ፡ 16፡ 16) ኻብ ዚብል ቃል እዩ። ናይ እብ፡ 2፡ 7 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት። ዘይምእማን ናይ ዘለኣለም መዘዝ እያ እትፈሪ!

እብ። 10። 32 - 39

*"ነተን ብዙሕ ገድልን ስቓይን ተዓጊስኩም። ብርሃን እተቐበልኩምለን ቀዳሞት መዓልትታት ዘክርወን። ብሓደ ወገን ብጸርፍን ብጸበባን መላገጺ ኼንኩም። ብሓደ ወገን ድማ ምስቶም ከምዚ ዘመሰለ ዝበጽሖም ሰባት ተማቐልቲ ኼንኩም። ዚሓይሽን ዚነብርን ገንዘብ ኣብ ሰማይ ከም ዘሎኩም ፈሊጥኩም። ምስቶም እሱራት እንተ ኾነ። መከራ ጸገብኩም። ምግባት ገንዘብኩም ድማ እንተ ኾነ። ብሓጎስ ተዓገስኩም፣ እምብኣርሲ ነቲ ብዙሕ ዓስቢ ዘለዎ ትብዓትኩም ኣይትደርብይዎ፣ ፍቓድ ኣምላኽ እናገበርኩም። ነታ ተስፋ ምእንቲ ኽትረኽብዋስ። ትዕግስቲ የድልየኩም እዩ፣ ማለት። ገና ኣዝዩ ቐሩብ ዘመን እዩ። እቲ ዚመጽእ ኪመጽእ እዩ ኣይኪድንጕን ከአ እዩ፣ ጻድቕ ግና ብእምነት እዩ ዚነብር። ንድሕሪት እንተ ተመልሰ ድማ። ነፍሰይ ብእኡ ባህ ኣይብላን እዩ፣ ንሕና ግና ምስቶም ምድሓን ነፍሶም ኪረኽቡ ዚኣምኑ እምበር። ምስቶም ናብ ጥፍኣት ንድሕሪት ዚምለሱ ኣይኮንናን፣"*

እብ፡ 10፡ 32 "***ቀዳሞት መዓልትታት ዘክርወን***" እዚ ናይ ህሉው ግዜ ትእዛዛዊ ኣበሃህላ እዩ። ምናልባት ንእብ፡ 5፡ 12 ዚጠቅስ ይመስል።

▣ "***ብርሃን እተቐበልኩምለን***" እዚ ብዛዕባ እቶም ኣብ እብ፡ 6፡ 4 ዘሎዉ ዘይኣምኑ ጕጅለ ተባሂሉ ኣሎ። እዚ ቓልዚ ንኽልተ ጕጅለታት ዚዛረብ ይመስለኒ።

1. ነቶም ኣብ ህይወት ኣመንቲ ብጸቶም ሓይሊ እግዚኣብሄር ዝረኣዩ ኣይሁድ
2. ነቶም ገና ኣብ ቤተ መቕደስ ዜምልኹ ዘሎዉ ኣመንቲ ኣይሁድ

እቶም "ንስኻትኩም" ዜስምዑ ጥቕስታት 32- 36 ምስቶም ጥቕስታት 26- 31 ኣንጻራዊ ፍልልይ ዘሎዎም ኮይኖም ንረኽቦም (ከምቲ እብ፡ 6፡ 9- 12 ምስ እብ፡ 6፡ 4 -8 ዘሎዎ ኣንጻርነት)።

▣ "***ተዓጊስኩም***" እዚ ኻብ ናይ ጉያ ውድድር ዝተወስደ ምሳሌ እዩ (እብ፡ 12፡ 1፤ 2፤ 3፤ 7)።

▣"***ብዙሕ ገድልን ስቓይን***" እዚ ምናልባት ነታ ቤተ መቕደስ ዘጋጠማ መከራ ኣይኮነን ዚዛረብ ዘሎ። ምኽንያቱ እምነት ኣይሁድነት ኣብ ግዝኣት ሮማ ሕጋዊ ሃይማኖት እዩ ነይሩ። እቲ መከራ ንቤተ ክርስትያን ዝወረዳ መከራ እዩ ኪኸውን ዚኽእል። ምኽንያቱ ክርስትያን ፍቑድ እምነት ኣይነበረን። እዚ ዓንቀጽዚ፡ እቶም ኣብዚ ቤተ መቕደስ ዝነበሩ ኣመንቲ ንኻልኦት በቲ መከራ ዝሓለፉ ይረድኡ ኸም ዝነበሩን ብእኡ ኸኣ ገለ ኻብቲ ላግጺ ላግጺ ኸም እተቐበሉን ዚእምት እዩ (እብ፡ 10፡ 33- 34፤ 6፡ 10)።

10፡ 34 "***ምስቶም እሱራት***" እዞም ተቐበልቲ መልእኽቲ እብራውያን ዘይኮኑስ ገለ ኻልኦት ክርስትያናት ተኣሲሮም ነይሮም፡ እዞም ተቐበልቲ መልእኽቲ ኣመንቲ እዮም ነይሮም፥ ግናኸ ምስ ቤተ ክርስትያን ምሉእ ብምሉእ ኣይወገኑን ነይሮም። እዚ ንሳቶም ገና ኣብ ቤተ መቕደስ ዚሓብሩ ኣመንቲ ኣይሁድ ከም ዝነበሩ ኼረጋግጸልና ይኽእል (*መእተዊ፡ ተቐበልቲ መልእኽቲ ርአ*)።

ገለ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ "ኣብ መቐውሒይ" ዚብል ቃል የእትዉ። ብዙሓት ተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ነዚ ኸም ጭብጢ ተጠቒሞም፡ ንመልእኽቲ እብራውያን ዝጸሓፎ ጳውሎስ እዩ ይብሉ። ግናኸ፡ ነዚ ዜስዕቡ ብዙሓት ናይ ኣጸሓሕፋ ምቅይያራት ኪህልዉ ይኽእሉ፡ 1. "ኣብ መቐውሒ" (P[13]፡ A፡ D*፡ ትርጉማት ቫልገይትን ፐሺታን)፡

2. "ብመቐውሒ" (P[46]፡ Ψ፡ ኦሪጀን ዝተጠቐመሉ ናይ ግሪኽ ጽሑፍ)፥ 3. "ብመቐውሒይ" (א፡ D[2]፡ K፡ L፡ P፡ እቲ ቅለመንጦስ በዓል እስክንድርያ ዝተጠቐመሉ ናይ ግሪኽ ጽሑፍን)።

▣ "ምግባት ገንዘብኩም ድማ እንተ ኾነ፡ ብሓጎስ ተዓገስኩም" እዚ ናይቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎና ተስፋን ብእኡ ዘሎና ርስትን ርጉጽ ምስክር እዩ (እብ፡ 9፡ 15፤ 11፡ 16፤ 13፡ 14፥ ማቴ፡ 5፡ 12፥ ሉቃ፡ 6፡ 22- 23፥ ሮሜ፡ 5፡ 3፤ 8፡ 17)።

▣ "ዚሓይሽ" ናይ እብ፡ 7፡ 7 ምሉእ መግለጺ ተመልከት።

10፡ 35 - 36 እዘን ጥቕስታት እዚኣተን እቶም ጕጅለ ኣመንቲ ኺሕዝዎም ዘሎዎም ክልተ ነገራት ይስንዳ፦ 1. ትብዓቶም ከይድርብዩ (እብ፡ 3፡ 6፤ 4 16፤ 10፡ 19) 2. ኪፅገሱ (እብ፡ 12፡ 1- 3)። ብብዙሕ መልክዐን፡ እዘን ክልተ ነገራት ነቲ ኣብ ራእ፡ 2- 3 ዘሎ ነተን ሾብዓተ ማሕበራት ዝተነግረን መልእኽቲ ይመሳሰላ (ራእ፡ 2፡ 3፤ 5፤ 7፤ 10፤ 11፤ 13፤ 16፤ 17፤ 19፤ 25፤ 26፤ 3፡ 2፤ 3፤ 5፤ 10፤ 11፤ 12፤ 20)። እታ ናይ ሓቂ እምነት፡ እትጸንዕ እምነት እያ (1ዮሃ፡ 2፡ 19)። ናይ እግዚኣብሄር ናይ ኪዳን ተስፋታት ክንቅበሎምን ክንሕዞምን እዩ ዚግብኣና። ናይ እብ፡ 4፡ 14 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።

ኣብ ናይ እምነት ርግጽነት እቲ ዜተሓሳስብ ጕዳይ ናይቶም ኣብ እምነቶም ዚጋደሉ ኣመንቲ ኣይኮነን፥ እቲ ዜተሓሳስብሲ ናይቶም ኣብዚ ዘመንዚ ኣብ ናይ ምዕራባዊ ዓለም ኣብያተ ክርስትያን ዘሎዉ ኣብ ህይወቶም ናይ እምነት ምልክት ዘይረኣ ምእመናን እዩ። ብቐሊሉ እኣምንየ ምባል፡ ኣብ ናይ ህይወት ውሕስነት ምሒር ምትኳር፡ ንኣብያተ ክርስትያን ብህጻናት ክርስትያናት ወይውን ኣብ ጥፍኣት ብዘሎዉ ግናኸ ናይ ክርስትያናት ልብሲ ብዝተኸድኑ ሰባት መሊእወን ኣሎ! ኣብዚ ናይ ምቾትን ሃብትን፡ ጥፉሽ፡ ዘመናዊ ምዕራባዊ ባህሊ ወደ መዝሙርነትን ኾለንተናዊ ቅድስናን ቦታ ስኢነን ኣሎዋ። ምድሓን፡ መዓልታዊ እናዓበየ ዚኸይድ ውልቃዊ ዝምድና ምስ እግዚኣብሄር ኣብ ክንዲ ዚኸውን ናብ ኣቕሓ ተለዊጡ ኣሎ (ምድሓን ብምፍታው ነብሲ ኸም ድላይካ ኽትነብር ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ሰማይ ዜእቱ ትኬት ወይ ከኣ ብሓጢኣት እናቐጸልካ ድንገት እንተ ኣጋጠመካ ዚወሃብ ናይ መድሕን ካሕሳ ኣይኮነን)። ዕላማ ክርስትና፡ ምስ ሞትና ናብ ሰማይ ምእታው (ፍርያት) ጥራይ ኣይኮነን፡ ሕጂ ኣብዚ ሰዓትዚ ንክርስቶስ ምምሳል እውን እዩ!! እግዚኣብሄር በቲ ናጻ ናይ ምድሓን ህያቡ ነቲ ውዱቕ ወድሰብ ምእንቲ ኺበጽሖ፡ ንምስሉ ኣብ ደቅሰብ ኬሐድሶ ይደሊ። ከነገልግል ኢና ድሒንና! ውሕስነት፡ ናይ ኣገልግሎትን ወደ መዝሙርን ህይወት ውጽኢት እዮም።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ጽንዓት**

ንህይወት ክርስትና ዚምልከቱ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትምህርትታት (ሰረተ እምነታት) ንምግላጸም ዜሸግሩ እዮም፣ ምኽንያቱ ብጽምዲ ቓላት ናይ ምብራቓዊ ዓለም ከባቢያዊ ቛንቋታት ዝቐረቡ ስለ ዝኾኑ፣ እዞም ጽምድታት ኣንጻር እዮም ዚመስሉ፣ ግናኸ ኽልቲኦም ጫፋት መጽሓፍ ቅዱሳዊ እዮም፣ ምዕራባውያን ኣመንቲ ንሓደ ሓቂ ናይ ምሕራይ ነቲ ኣንጻሩ ሓቂ ናይ ምንጻግ ዝንባለ ኣሎዎም፣ ነዚ መብርሂ ንምሃብ:-

1. ምድሓን ብክርስቶስ ንምእማን ዚግበር ናይ መጀመርያ ውሳነ ድዩ ወይስ ወደ መዝሙር ክርስቶስ ንምኺን ዚግበር ናይ ምሉእ ህይወት ተወፋይነት?
2. ምድሓን ብረዲኤት ጸጋ ዚኸውን ናይቲ ሉኣላዊ ኣምላኽ ምሕራይ ድዩ ወይስ ወድሰብ ንዝቐረበሉ መለኮታዊ ዕድመ ዚህቦ ናይ እምነትን ንስሓን ምላሽ?
3. ምድሓን ሓንሳብ ምስ ተቐበልካዮ ዘይጠፍእ ድዩ ወይስ ቀጻሊ ትግሃት ዜድልዮ?

ናይ ጽንዓት ጕዳይ ኣብ ምሉእ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ኣካታዒ እዩ፣ እቲ ሽግር ዚጸረሩ ብዚመስሉ ናይ ሓድሽ ኪዳን ጥቕስታት እዩ ዚጅምር፣

1. ንርግጽነት ዚምልከቱ ጥቕስታት

   ሀ) ቃላት የሱስ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ (ዮሃ: 6: 37፤ 10: 28 - 29)

   ለ) ቃላት ጳውሎስ (ሮሜ: 8: 35 - 39፥ ኤፌ: 1: 13፤ 2: 5፤ 8 - 9፥ ፊሊ: 1: 6፤ 2: 13፥ 2ተሰ: 3: 3፥ 2ጢሞ: 1: 12፤ 4: 18)

   ሐ) ቃላት ጴጥሮስ (1ጴጥ: 1: 4 - 5)

2. ንኣድላይነት ጽንዓት ዚምልከቱ ጥቕስታት

   ሀ) ቃላት የሱስ ኣብቶም ቀዳሞት ሰለስተ ወንጌላት (ማቴ: 10: 22፤ 13: 1 - 9፤ 24 - 30፤ 24: 13፥ ማር: 13: 13)

   ለ) ቃላት የሱስ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ (ዮሃ: 8: 31፤ 15: 4 - 10)

   ሐ) ቃላት ጳውሎስ (ሮሜ: 11: 22፥ 1ቆሮ: 15: 2፥ 2ቆሮ: 13: 5፥ ገላ: 1: 6፤ 3: 4፤ 5: 4፤ 6: 9፥ ፊሊ: 2: 12፤ 3: 18 - 20፥ ቆሎ: 1: 23፥ 2ጢሞ: 3: 2)

   መ) ናይ ደራሲ መልእኽቲ እብራውያን ቃላት (እብ: 2: 1፤ 3: 6፤ 14፤ 4: 14፤ 6: 11)

   ሠ) ቃላት ዮሃንስ (1ዮሃ: 2: 6፥ 2ዮሃ: 9፥ ራእ: 2:7፤ 17፤ 20፤ 3: 5፤ 12፤ 21፤ 21:7)

መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምድሓን ካብ ፍቕርን ምሕረትን ጸጋን ሉኣላዊ ስሉስ ኣምላኽ ዚፍልፍል እዩ፣ ብዘይ ናይ መንፈስ ቅዱስ ድርኺት ሰብ ኪድሕን ኣይክእልን እዩ፣ መጀመርያ ኣምላኽ መጺኡ እዩ ነቲ ኣጀንዳ ዜዳልዎ፣ ግናኸ ኣብ መጀመርያ ይኹን ብቐጻሊ ሰብ ብእምነትን ንስሓን መልሲ ኺህብ ኣምላኽ ይሓቶ፣ እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ብናይ ኪዳን ዝምድና እዩ ዚዓዪ፣ ኣብቲ ኪዳን ከኣ ሓለፋታትን ሓላፍነታትን ኣሎዉ!

ምድሓን ንኹሎም ሰባት እዩ ቐሪቡ፣ ሞት የሱስ ምስ ናይቲ ውዱቕ ፍጥረት ናይ ሓጢኣት ሽግር እዩ ገጢሙ! እግዚኣብሄር መገዲ ኣዳልዩ ኣሎ: ኵሎም እቶም ብምስሉ ዝተፈጥሩ ንፍቕሩን ነቲ ብክርስቶስ የሱስ ዘቕረቦ ህያቡን ምላሽ ኪህቡ እዩ ዚጽበዮም፣

ብዛዕባዚ ኣርእስቲዚ: ካልቪናዊ ኻብ ዘይኮነ ምንጪ ኽትውከስ እንተ ደሊኻ: እዞም ዚስዕቡ ምንጭታት ተመልከት:

1. *ደይል ሙዲ: ዘ ዎርድ ኦቭ ትሩዝ* ኤርድመንስ: 1981 (ገጽ 348 - 365)
2. *ኣይ. ሃዋርድ ማርሻል: ኬፕት ባይ ዘ ፖወር ኦቭ ጋድ*: ቤታኒ ፈለውሽፕ: 1969
3. *ሮበርት ሻንክ: ላይፍ ኢን ዘ ሳን*: ወስትኮት: 1961

ኣብዚ ጉዳይዚ: መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኽልተ በበይኖም ሽግራት ይዛረብ:- 1)ናይ ምድሓን ርግጽነት ምኽንያት ብምግባር: ፍረ ዘይብሉ: ናይ ስስዐ ህይወት ምንባርን 2) ነቶም ኣብ ናይ መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ውልቃዊ ሓጢኣትን ቃልሲ ዘሎዉ ምትብባዕን፣ እቲ ሽግር: እቶም ኣብ ጌጋ ዘሎዉ ጕጅለታት ጌጋ መልእኽቲ የቕርቡን ኣብ ሒደት ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ተመርኲሶም ናይ ስነ-መለኮት ስርዓት ይሃንጹ፣ ገለ ክርስትያናት ቅድሚ ኹሉ ርግጽነት ምድሓን ኪሰምዑ የድልዮም: ካልኦት ግን ተሪር መጠንቀቕታ ዚግብኦም እዮም፣ ካበየናይ ጕጅለ ኢኻ?

ኣብ መንጎ ኣውግስጦስን ፐላጅዮስን ከምኡውን ኣብ መንጎ ካልቪንን ኣርሚንየስን (ሓውሲ ፐላጅዮስ ዝነበረ ወይ ብዙሕ ካብ ሓሳባት ፐላጅዮስ ዚቕበል) ሓደ ታሪኻዊ ስነ-መለኮታዊ ምጕት ኣሎ፣ እቲ ምጕት ንምድሓን ዚምልከት እዩ:- ሓደ ሰብ ብሓቂ ዝደሓነ እንተ ደኣ ኮይኑ: ኣብ እምነትን መንፈሳዊ ፍረን ኪጸንዕ ኣሎዎዶ?

እቶም ካልቪናውያን ዘበሉ ኣብ ድሕሪ እቶም ሉኣላውነትን ሓለዋን እግዚኣብሄር ዜመልክቱ ጥቕስታት ይስለፉ (ዮሃ: 10: 27 - 30፥ ሮሜ: 8: 31 - 39፥ 1ዮሃ: 5: 13፤ 18፥ 1ጴጥ: 1: 3 - 5)፣ ከምኡ ድማ ኣብቶም ከም ኣብ ኤፌ: 2: 5፤ 8 ዘሎዉ ውዱእ ተግባር ዜመልክቱ ቓላት ይእመኑ፣

እቶም ኣርሚንያውያን (ሰዓብቲ ኣርሚንየስ): ኣብ ድሕሪ እቶም ንኣመንቲ "ኪጸንዑ": "ኪምክቱን" "ኪቕጽሉን" ዜጠንቅቑ ጥቕስታት ይስለፉ (ማቴ: 10: 22፤ 24: 9 - 13፥ ማር: 13: 13፥ ዮሃ:15: 4- 6፥ 1ቆሮ: 15፣ 2፥ ገላ: 6: 9፥ ራእ: 2: 7፤ 11፤ 17፤ 26፤

3: 5፤ 12፤ 21፤ 21: 7)፣ ብዙሓት ኣርሚንያውያን ንእብ: 6ን 10ን ኣንጻር መንፈሳዊ ጥልመት ዝተጻሕፉ መጠንቀቕታታት ገይሮም ይርእይዎም: ብወገነይ እዞም ምዕራፋት ነዚ ዕላማዚ ኼገልግሉ ይኽእሉ እዮም ኢለ ኣይኣምንን እየ፣ ኣብ ማቴ: 13ን ማር: 4ን ዘሎ ምስላ ዘራኢ: ከም ዮሃ: 8: 31 - 59 ናይ ሓቂ ዘይኮነ እምነት የቃልዕ፣ ካልቪናውያን እቶም ምድሓን ዜመልክቱ ናይ ውዱእ ተግባር ጽሑፋት ይጠቕሱ: እቶም ኣርሚንያውያን ከኣ ነቶም ንሕጂ ዚኸውን ህሉው ተግባር ዜመልክቱ ኸም 1ቆሮ: 1: 18፤ 15: 2፥ 2ቆሮ: 2: 15 ዚበሉ ጽሑፋት ይጠቕሱ፣

እዚ ኣብነትዚ: ናይ ስነ-መለኮት ስርዓታት ነቲ ሒደት ጥቕስታት ተጠቒምካ ዚግበር ትርጓሜ መጽሓፍ ቅዱስ ከመይ ኣቢሎም ብዘይግቡእ መገዲ ኸም ዚጥቀሙሉ ዜመልክት ዝበለጸ ኣብነት እዩ፣ ብዙሕ ሳዕ: መሪሕ ጥቕሲ ወይ ከኣ ኣውራ ጽሑፍ ንኹሎም ካልኦት ጽሑፋት ንምምማይ ዜገልግል ስነ-መለኮታዊ መንፈት (ሰኪዐት) ንምስራሕ ይውዕል፣ ካብ ዝኾኑ ይኹን ምንጪ ንዚቕልቀሉ ኸምዚ ዝበሉ መናፈት ተጠንቀቐሎም፣ እዞም መናፈት ካብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ብርሃን ዘይኮነስ ካብ ናይ ምዕራባዊ ዓለም ኣተሓሳስባ እዮም ዚመጹ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ምብራቓዊ ዓለም መጽሓፍ እዩ፣ ንሓቂ ውጥረት ብዝመልኦም: ኣንጻራዊ ብዚመስሉ ጽምዲ ቓላት የቕርብ፣ ክርስትያናት ነዞም ጽምዲ ሓሳባት ኬረጋግጽዎምን ኣብ ውሽጢቲ ውጥረት ብዓወት ኪነብሩን እዮም ተመዲቦም፣ ሓድሽ ኪዳን ውሕስነት ኣማኒን ኣብ እምነትን ኣምልኾን ናይ ምጽናዕ ትእዛዝን ይገልጽ፣ ክርስትና ብንስሓን እምነትን ዚጅምር ውሳኔ እዩ: ቀጻሊ ናይ ንስሓን እምነትን ምላሽ ከኣ ይኽተሎ፣ ምድሓን ኣቕሓ (ናብ ሰማይ ዜእቱ ትኬት ወይ ንድንገት ሓዊ ዚወሃብ መድሓን) ኣይኮነን፣ ዝምድና እዩ፣ ውሳኔን ወደ መዝሙር ምኳንን እዩ፣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብኹሎም ዓይነታት ገለጽቲ ተግባር (ግሲ) ቐሪቡ ኣሎ:-

ውዱእ ተግባር ግብ: 15: 11፥ ሮሜ: 8: 24፥ 2ጢሞ: 1: 9፥ ቲቶ: 3: 5

ዘየቋርጽ ጽልዋ ዘሎዎ ውዱእ ተግባር ኤፌ: 2: 5፤ 8

ህሉው (ቀጻሊ) ተግባር 1ቆሮ: 1: 18፤ 15: 2፥ 2ቆሮ: 2: 15

መጻኢ (ናይ መጻኢ ግዜ ፍጻመታት ወይ ከኣ ርጉጽ ፍጻመታት) ሮሜ: 5: 8፤ 10፤ 10: 9፥ 1ቆሮ: 3: 15፥ ፊሊ: 1: 28፥ 1ተሰ: 5: 8- 9፥ እብ: 1: 14፤ 9: 28

10፡ 36 እዚ ጥቕሲዚ ምስ ትሕጃ እዩ ቐሪቡ ዘሎ!

▣ "**ፍቓድ ኣምላኽ**" ናይ እብ፡ 13፡ 21 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ "**ነታ ተስፋ ምእንቲ ኽትረኽብዋስ**" እዚ ነቶም ብክርስቶስ ዝተዋህቡ ናይ ሓድሽ ኪዳን ተስፋታት እዩ ዜመልክት (ማለት እብ፡ 9፡ 15)!

10፡ 37- 38 እዚ ኻብ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ካብ ኣን፡ 2፡ 3 - 4 ዝተወሰደ ጥቕሲ እዩ። ንዝያዳ ኣተኩሮ እቶም ናይ መወዳእታ ኽልተ ዓበይቲ ሓረጋት ተገልቢጦም ተጻሒፎም ኣለዉ።

▣ "**እቲ ዚመጽእ**" እቲ ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን ነቲ ዚመጽእ ከም ግኡዝ (ዘይህይወታዊ) ነገር ገይሩ ይጽሕፎ፥ እቲ ናይ ግሪኽ ሰፕተዋጅንት ግን ነቲ ዚመጽእ ከም ህይወታዊ ኣካል ይዛረበሉ፡ ስለዚ ነቲ መሲህ የመልክት።

10፡ 38 "**ብእምነት እዩ ዚነብር**"

---

**ፍሉይ ኣርእስቲ፡ ኣመነ፡ እምነት፡ እሙንነት ኣብ ብሉይ ኪዳን**

I. መእተዊ ቓል

እዚ 'እምነት' ዚብሃል ስነ-መለኮታዊ ኣምር ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣዝዩ ወሳኒ ሓሳብ እዩ፣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ግን ከምቲ ዚግብኦ ብንጹር ኣይተገልጸን፣ ብርግጽ ኣብ ብሉይ ኪዳን ሰፊሩ ኣሎ፥ ግናኸ ኣብ ምሩጻት ጽሑፋትን ህይወት ሰባትን ጥራይ እዩ ዚርአ፣

ናይ ብሉይ ኪዳን ሕውስዋስ

1. ውልቀ ሰብን ሕብረተሰብን
2. ውልቃዊ ግጥምን ንኪዳን ምእዛዝን

እምነት ናይ ውልቂ ርክብን መዓልታዊ ኣነባብራን እዩ! እምነት ካብ ብቕርጺ ቛንቋ (ናይ ቃላት መጽናዕቲ) ምግላጹ ኣብ ህይወት ሰብ ምስትብሃሉ ይቐልል፣ እዚ ውልቃዊ መዳይ ኣብዞም ዚስዕቡ ብዝበለጸ መገዲ ብሩህ ኮይኑ ንረኽቦ፦

1. ኣብርሃምን ዘርኡን
2. ዳዊትን እስራኤልን

እዞም ሰባትዚኣቶም ንእግዚኣብሄር ረኺቦሞ። ህይወቶም ከኣ ንሓዋሩ ተለዊጡ (ፍጹም ህይወት ዘይኮነስ ዘየባትኽ እምነት)፣ እግዚኣብሄር ምስ ተጓነፎም ኣብ ህይወቶም ዝነበረ ድኻምን ብርታዐን ኣብ ግዜ ፈተና ተጋሂዱ፣ እቲ ጥቡቕ ናይ እምነት ርክብ ግን ግዜ ኣይዓገቶን! እምነቶም ተፈቲኑን ተኸሊዑን፣ ብተወፋይነቶምን ኣነባብራኦምን ብርኡይ ቀጺሉ፣

II. ቀንዲ ሱር ቃል

ሀ. ብዲቢ 52

1. ግሲ

ሀ. ቃል- ሓገዘ: መገበ (2ነገ: 10: 1፤ 5፥ ኣስ: 2: 7: ዘይ ስነ-መለኮታዊ ኣጠቓቕማ)

ለ. ኒፋል- ርጉጽ ገበረ: ኣጽንዐ: ኣረጋገጸ: እሙን ኮነ

1) ንሰባት፦ ኢሳ: 8: 2፤ 53: 1፥ ኤር: 40: 14
2) ንነገራት፦ ኢሳ: 22: 23
3) ንእግዚኣብሄር፦ ዘዳ: 7: 9፤ 12፥ ኢሳ: 49: 7፥ ኤር: 42: 5

ሐ. ሂፊል- ደልዲሉ ጠጠው በለ: ኣመነ

1. ኣብርሃም ንኣምላኽ ኣመነ: ዘፍ: 15: 6
2. እስራኤላውያን ኣብ ግብጺ ኣመኑ: ዘጸ: 4: 31፤ 14: 31 (ኣብ ዘዳ: 1: 32)
3. ያህወ (እግዚኣብሄር) ብሙሴ ኸምእተዛረበ እስራኤላውያን ኣሚኖም: ዘጸ: 19: 9፥ መዝ: 106: 12፤ 24
4. ኣሃዝ ብእግዚኣብሄር ኣይኣመነን: ኢሳ: 7: 9
5. ብእኡ ዚኣምን ዘበለ: ኢሳ: 28: 16
6. ናይ እግዚኣብሄር ሓቅታት ምእማን: ኢሳ: 43: 10- 12

2. ስም (ተባዕታይ ስም)- እሙንነት (ዘዳ: 32: 20፥ ኢሳ: 25: 1፤ 26: 2)
3. ተውሳከ ግስ- ብሓቂ: ኣዝዩ: ከምኡ ይኹነለይ (ዘዳ: 27: 15 - 26፥ 1ነገ: 1: 36፥ 1ዜና: 16: 36፥ ኢሳ: 65: 16፥ ኤር: 11: 5፤ 28: 6)፣ እዚ እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን "ኣሜን" ዚትርጎም ናይ ቅዳሴ (ሃይማኖታዊ ስርዓት) ቃል እዩ፣

ለ. ቢ.ዲ.ቢ. 54 ኣንስታይ ስም፦ ጽንዓት: እሙንነት: ሓቂ

1. ንሰባት: ኢሳ: 10: 20፤ 42: 3፤ 48: 1
2. ንእግዚኣብሄር: ዘጸ: 34: 6፥ መዝ: 117: 2፥ ኢሳ: 38: 18፤ 19፤ 61: 8
3. ንሓቂ: ዘዳ: 32: 4፥ 1ነገ: 22: 16፥ መዝ: 33: 4፤ 98: 3፤ 100: 5፤ 119: 30፥ ኤር: 9: 4፥ ዘካ: 8: 16

ሐ. ቢ.ዲ.ቢ. 53: ትሪ: ጽንዓት: እሙንነት

1. ንኣእዳው: ዘጸ: 17: 12
2. ንግዜ: ኢሳ: 33: 6
3. ንሰባት: ኤር: 5: 3፤ 7: 28፤ 9: 2
4. ንእግዚኣብሄር: መዝ: 40: 11፤ 88: 12፤ 89: 2፤ 3፤ 6፤ 9፤ 119: 138

III. ናይ ጳውሎስ ኣጠቓቕማ ነዚ ኣምርዚ

ሀ. ናይ ጳውሎስ ሓድሽ ምርዳእ ብዛዕባ ያህወ (እግዚኣብሄር)ን ብሉይ ኪዳንን ኣብቲ ኣብ መገዲ ደማስቆ ምስ የሱስ ክርስቶስ ዘጋጠሞ ርክብ እዩ ዚምርኮስ (ግብ: 9: 22፤ 26)፣

ለ. ነቲ ሓድሽ መረዳእታኡ ጳውሎስ ካብ ብሉይ ኪዳን ነቲ ሱር ቃል ካብ ዚጥቀሙ ክልተ ኣገደስቲ ንባባት ደገፍ ረኺቡ፣

1. ዘፍ: 15: 6 - እቲ ብእግዚኣብሄር ዝተበገሰ (ዘፍጥረት 12) ናይ ኣብርሃም ውልቃዊ ርክብ: እዙዝ ናይ እምነት ህይወት ፈርዩ (ዘፍጥረት 12 - 22)፣ ጳውሎስ ነዚ ኣብ ሮሜ 4ን ገላትያ 3ን የዘንትዎ፣
2. ኢሳ: 28: 16 - እቶም ብእኡ ዚኣምን (በቲ ፍቱንን ጽኑዕን እምኒ መኣዝን)፦
   ሀ. ሮሜ: 9: 33 "ኣይኪሓፍርን እዩ"

   ለ. ሮሜ: 10: 11 "ኣይሓፍርን"

3. ኣን: 2: 4 - እቶም ነቲ እሙን እግዚኣብሄር ዚፈልጥዎ: እሙን ህይወት ኪነብሩ ይግባእ (ኤር: 7: 28)፣ ጳውሎስ ነዚ ጽሑፍዚ ኣብ ሮሜ: 1: 17ን ገላ: 3: 11ን ተጠቒሙሉ (እብ: 10: 38 ከኣ ኣስተብህል)፣

IV. ናይ ጴጥሮስ ኣጠቓቕማ ነቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣምር

ሀ. ጴጥሮስ ነዞም ዚስዕቡ የወሃህዶም፦

1. ኢሳ: 8: 14 - 1ጴጥ: 2: 8 (እምኒ መዓንቀፊ)
2. ኢሳ: 28: 16 - 1ጴጥ: 2: 6 (እምኒ መኣዝን)
3. መዝ: 111: 22 - 1ጴጥ: 2: 7 (ንዑቕ እምኒ)

ለ. ነቲ ንእስራኤል ዚገልጽ ኣብዞም ዚስዕቡ ስፍራታት ብሉይ ኪዳን ዘሎ ፍሉይ ቋንቋ "ሕሩይ ወለዶ: ናይ መንግስቲ ኽህነት: ቅዱስ ህዝቢ: ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ህዝቢ" ወሲዱ ነታ ብክርስቶስ ዝኣመነት ቤተ ክርስትያን ይጥቀመሉ

ሀ. ዘዳ: 10: 15፥ ኢሳ: 43: 21

ለ. ኢሳ: 61: 6፤ 66: 21

ሐ. ዘጸ: 19: 6፥ ዘዳ: 7: 6

V. ናይ ዮሃንስ ኣጠቓቕማ ነቲ ኣምር

ሀ. ኣጠቓቕማኡ ኣብ ሓድሽ ኪዳን

እቲ "ኣመነ" ዚብል ቃል 'ፒስተኦ' ዚብል ናይ ግሪኽ ቃል እዩ፣ "እምነት" ተባሂሉውን ኪትርጎም ይኽእል፣ ንኣብነት እቲ "እምነት" ዚብል ስም ኣብ ወንጌል ዮሃንስ ኣይርከብን እዩ: እቲ ግሲ ግን ብዙሕ ግዜ ኣገልጊሉ ኣሎ፣ ኣብ ዮሃ: 2: 23-25 እቶም ህዝቢ: የሱስ በዓል ናዝሬት እቲ መሲህ ምዃኑ ዘሎዎም እምነት ሓቅነቱ ኣጠራጣሪ ምዃኑ ንዕዘብ፣ እቲ "ኣመነ" ዚብል ቃል ጥልቀት ንዘይብሉ እምነት ከመልክት እንክሎ ኣብ ካልኦት ኣብነታትውን ከም ዮሃ: 8: 31- 59ን ግብ: 8: 13፤ 18- 24 ንረኽቦ፣ ናይ ሓቂ መጽሓፍ ቅዱሳዊ እምነት ካብ ናይ መበገሲ እምነት ልዕል ዝበለ እዩ፣ ነዚ እምነትዚ ናይ ወደ መዝሙር ጉዕዞ ይኽተሎ (ማቴ: 13: 20- 22፤ 31- 32)፣

ለ. ብመስተዋድድ ተሰንዩ ዄገልግል እንከሎ

1. ሓይሰ ማለት 'ብ: ኣብ ወይ ናብ ውሽጢ'፣ እዚ ፍሉይ ናይ ሰዋስው ኣተሃናንጻዚ ኣመንቲ ኣብ ክርስቶስ ኣብ ዘሎዎም እምነት የተኩር፣
   ሀ. ብስም ክርስቶስ (ዮሃ: 1: 12፤ 2: 23፤ 3: 18፥ 1ዮሃ: 5: 13)

   ለ. ብክርስቶስ (ዮሃ: 2: 11፤ 3: 15፤ 18፤ 4: 39፤ 6: 40፤ 7: 5፤ 31፤ 39፤ 48፤ 8 30፤ 9: 36፤ 10: 42፤ 11: 45፤ 48፤ 17: 37፤ 42፥ ማቴ: 18: 6፥ ግብ: 10: 43፥ ፊሊ: 1: 29፥ 1ጴጥ: 1: 8)

   ሐ. ብኣይ (ዮሃ: 6: 35፤ 7: 38፤ 11: 25: 26፤ 12: 44: 46፤ 14: 1፤ 12፤ 16: 9፤ 17: 20)

   መ. ብወዲ (ዮሃ: 3: 36፤ 9: 35፥ 1ዮሃ: 5: 10)

   ሠ. ብየሱስ (ዮሃ: 12: 11፥ ግብ: 19: 4፥ ገላ: 2: 16)

   ረ. ብብርሃን (ዮሃ: 12: 36)

   ሰ. ብኣምላኽ (ዮሃ: 14: 1)

2. ኤን "ብ: ኣብ ውሽጢ" ማለት እዩ: ከም ኣብ ዮሃ: 3: 15፥ ማር: 1: 15፥ ግብ: 5: 14
3. ኤፒ "ብ: ኣብ ውሽጢ" ወይ "ኣብ: ኣብ ልዕሊ" ማለት እዩ: ከም ኣብ ማቴ: 27: 42፥ ግብ: 9: 42፤ 11: 17፤ 16: 31፤ 22: 19፥ ሮሜ: 4: 5፤ 24፤ 9: 33፤ 10: 11፥ 1ጢሞ: 1: 16፥ 1ጴጥ: 2: 6
4. ተሓሳቢ ግሲ ብዘይ መስተዋድድ ከምቲ ኣብ ገላ. 3:6; ግብ 18:8; 27:25; I ዮሃ. 3:23; 5:10
5. ሆቲ ማለት "ኣመነ ምእንቲ: ብዛዕባ: ን: … ምዃኑ: ከም … ዝኾነ" እዩ፣ ዕላማኡ እንታይ ከም ዚእመን ንምግላጽ እዩ
   ሀ. የሱስ እቲ ናይ ኣምላኽ ቅዱስ ምዃኑ (ዮሃ: 6: 69)

   ለ. የሱስ እቲ ዘሎኹ ምዃኑ (ዮሃ: 8: 24)

   ሐ. የሱስ ኣብ ኣቦ: ኣቦ ኸኣ ኣብ የሱስ ምዃኑ (ዮሃ: 10: 38)

   መ. የሱስ እቲ መሲህ ምዃኑ (ዮሃ: 11: 27፤ 20: 31)

   ሠ. የሱስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ (ዮሃ: 11: 27፤ 20: 31)

   ረ. የሱስ ብኣቦ ኸም እተላእከ (ዮሃ: 11: 42፤ 17: 8፤ 21)

   ሰ. የሱስ ምስ ኣቦ ሓደ ኸም ዝኾነ (ዮሃ: 14: 10 - 11)

   ሸ. የሱስ ካብ ኣቦ ኸም ዝመጸ (ዮሃ: 16: 27: 30)

   በ. የሱስ ንርእሱ በቲ ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ናይ ኪዳን ስም "እቲ ዘሎኹ"

ኽም ዝጸውዓ (ዮሃ: 8: 24፤ 13: 19)

ተ. ምስኡ ምስ ክርስቶስ ከም እንነብር (ሮሜ: 6: 8)

ቀ. የሱስ ከም ዝሞተን ዝተንስአን (1ተሰ: 4: 14)

VI. *መደምደምታ*

*መጽሓፍ ቅዱሳዊ እምነት ንናይ እግዚኣብሄር መለኮታዊ ቓል ወይ ተስፋ ዚወሃብ ሰብኣዊ ምላሽ እዩ፣ ዂሉ ሳዕ እግዚኣብሄር እዩ ዚብገስ* (ዮሃ: 6: 44፤ 65): *ግናኸ ኣካል ናይዚ መለኮታዊ ርክብ ኣድላዪነት ምላሽ ሰብ እዩ፣*

1. *እምነት*
2. *ንኪዳን ምእዛዝ*

*መጽሓፍ ቅዱሳዊ እምነት*

1. *ውልቃዊ ርክብ* (*ፈላሚ እምነት*)
2. *ንመጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ ርግጽ ምግባር* (*ንራእይ እግዚኣብሄር ምእማን*)
3. *ንመጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ እቲ ዚግባእ ናይ ምእዛዝ ምላሽ ምሃብ* (*መዓልታዊ እምነት*) *መጽሓፍ ቅዱሳዊ እምነት ናብ ሰማይ መእተዊ ትኬት ወይውን ንግዜ ድንገት ዚኸውን ናይ መድሕን ውሕስነት ኣይኮነን፣ ናይ ውልቂ ዝምድና እዩ፣ ስለዚ እዮም ፍጡራት ተፈጢሮም: ሰባት ብመልክዕን ምስልን እግዚኣብሄር ተደኩኖም* (ዘፍ: 1: 26 - 27)*፣ እቲ ኣገዳሲ ጕዳይ "ጥቡቕ ፍቕሪ" እዩ፣ እግዚኣብሄር ሕብረት ይደሊ: ሓደ ተራ ስነ-መለኮታዊ መትከል ጥራይ ኪህልወና ኣይደልን! ሕብረት ምስ ቅዱስ ኣምላኽ ግን እቶም ውሉድ ኣምላኽ እቲ ናይ "ቤተሰብ" ባህሪ* (*ቅድስና*: *ዘሌ*: 19: 2፥ *ማቴ*: 5: 48፥ 1*ጴጥ*: 1: 15 - 16) *ኬንጸባርቑ ይሓቶም፣ ውድቀት* (*ዘፍ*: 3) *ብግቡእ ምላሽ ናይ ምሃብ ዓቕምና ተንኪፍዎ እዩ፣ ስለዚ እግዚኣብሄር ኣብ ክንዳና ስጕምቲ ወሲዱ* (*ህዝ*: 36: 27 - 38)*: ብእኡ "ሓድሽ ልቢ"ን "ሓድሽ መንፈስን" ሂቡና፣ እዚ ኸኣ ብእምነትን ንስሓን ምስኡ ክንሓብርን ክንእዘዞን የኽእለና፣*

*ሰለስቲኦም እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ወሰንቲ እዮም፣ ሰለስቲኦም ተሓልዮም ኪቕጽሉ ይግባእ፣ እቲ ዕላማ ንእግዚኣብሄር ምፍላጥን* (*ክልቲኦም ናይ እብራይስጥን ግሪኽን ቃላት*) *ባህሪ እግዚኣብሄር ኣብ ህይወትና ምንጽብራቕን እዩ፣ ዕላማ እምነት ሓደ መዓልቲ ናብ ሰማይ ንምብጻሕ ኣይኮነን፥ የግዳስ መዓልታዊ ንክርስቶስ ንምምሳል እዩ!*

*ናይ ሰብ እሙንነት ኣብ ሓድሽ ኪዳን ውጽኢት እዩ፥ ኣብ ብሉይ ኪዳን ግን መሰረት ናይቲ ምስ እግዚኣብሄር ዚግበር ዝምድና እዩ፦ ሰብ ንእሙንነት እግዚኣብሄር ይኣምኖ፣ ናይቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ናይ ምድሓን ኣረኣእያ ቐንዲ ሕንብርቲ: ሰባት ካብ ፈለማን ብቐጻልን ነቲ ብክርስቶስ ዝተጋህደ ደራኺ ጸጋን ምሕረትን እግዚኣብሄር ምላሽ ኪህቡ ኣሎዎም ዚብል እዩ፣ እግዚኣብሄር ኣፍቂሩ: ንወዱ ልኢኹ: ዜድሊ ዅሉ ሂቡ፥ ንሕና ኸኣ ብእምነትን እሙንነትን ምላሽ ክንህብ ይግብኣና* (*ኤፌ*: 2: 8 - 9፤ 10)!

*እቲ እሙን እግዚኣብሄር ንርእሱ ናብታ ጠላም ዓለም ንኺገልጾን ዓለም ብእኡ ኽትኣምን ንኺገብርን እሙን ህዝቢ ይደሊ፣*

▣ **"ጻድቕ (ጻድቐይ)"** ኣብቲ ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፍ ምድብላቕ ኣሎ። እዚ ዋንነት ዜመልክት "ይ" ኣብቲ ናይ ትግርኛ መጽሓፍ ቅዱስ የልቦን። እቲ ፊደል "ይ" ምስቶም "ጽድቅ"ን "እምነት"ን ዚብሉ ቓላት ዚዛመድ እዩ። እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ኣብቶም ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳንን (MT) ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳንን (LXX) ዘሎ ዘይንጹር ኣጸሓሕፋ ተጠቒሙ ነዞም ዚስዕቡ ጸቒጡ ይዛረበሎም፦ 1. ናይ መሲህ ምጽኣት 2. ኣገዳስነት እሙንነት ኣመንቲ።

ኣብቶም ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻሙናይ ክፍለ ዘመን ዝነበሩ ብዓበይቲ ፊደላት ዝተጻሕፉ ናይ ጥንታዊ ግሪኽ ቅዳሓት Aን Cን፡ እቲ "ይ" ዚብል ናይ ዋንነት ፊደል ንጽድቂ ይምልከት። ኣብ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ወይ ሰፕተዋጅንት (LXX)፡ ፐሺታን ኤምኤስ ዲ*፡ እቲ ፊደል "ይ" ንእምነት እዩ ዜመልክት። ኣብ ፒ፡ ዲ፡ ኤች፡ ኬ፡ ፒ ከምኡውን ኣብ ተክስተስ ሪሰፕተስ፡ ፊደል "ይ" የልቦን (ከምቲ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ፡ 1፡ 17ን ገላ፡ 3፡ 11ን ካብ ኣን፡ 2፡ 4 ጠቒስዎ ዘሎ ግናኸ ገለ ኽፋል ተዘሊሉ ተሪፉ ዘሎ)።

ኣብታ ኻልኣይቲ ኽፋል እታ ጥቕሲ ዘሎ "እንተ" ሳልሳይ ደረጃ ኹነታዊ ቓል እዩ። ሓደ ኪኸውን ተኽእሎ ዘሎዎ ተግባር ከኣ የመልክት።

10፡ 39 እቲ ጸሓፊ ኣብ ጽንዓት ነበብቱ ዘሎዎ ምትእምማን ጸሚቑ የቕርቦ (ምስ እብ፡ 6፡ 9 - 12 ኣነጻጽሮ)!

▣ **"ንድሕሪት ዚምለሱ"** እዚ ንኣን፡ 2፡ 4 ይእምት። እቲ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ቀንዲ መልእኽቲ ንኣመንቲ ኽሳዕ መወዳእታ እሙን ኩን ዚብል እዩ። እቲ ዝዓበየ ሓደጋ "ንድሕሪት ምምላስ" እዩ።

> ኣብ ምትርጓም እዚ ጥቕሲዚ ኺሕተት ዘሎዎ ሕቶ፡ እቲ "ንድሕሪት ዚምለሱ" ዚብል ሓረግ ንመን እዩ ዚምልከት ዚብል እዩ።
>
> 1. ነቶም ኣብ ዘመን ኣንባቆም ዝነበሩ እስራኤላውያን ድዩ?
> 2. እቶም ክልተ ጕጅለታት ናይ እብ፡ 6፡ 1 - 12 እቶም ሓደ ኣይሁድ እቶም ካልእ ከኣ ኣመንቲ ኣይሁድ፥ እቶም ዘይኣመንቲ ጕጅለ ኻብቲ ንጹር ምስክር ወንጌል ንድሕሪት ተመሊሶም
> 3. ክሳዕ መወዳእታ ብእሙንነት ዘይጸንዑ ኣመንቲ ብሓፈሻ እቲ ሃዋህው መልእኽቲ እብራውያንን እብ፡ 6፡ 9 - 12 ብምምልካትን እቲ ኣማራጺ ቍጽሪ 2 እዩ።

▣ **"ጥፍኣት"** እዚ ቓልዚ ብዙሕ ግዜ ነቶም ናይ ዘለኣለም ህይወት ዘይብሎም እዩ ዚውዕል (ማቴ፡ 7፡ 13፥ ፊሊ፡ 1፡ 28፤ 3፡ 19፥ 2ተሰ፡ 2፡ 3፥ 1ጢሞ፡ 6፡ 9፥ 2ጴጥ፡ 2፡ 1፤ 3፤ 3፡ 7)። እዚ ናይቲ ዘይኣምን ነፍሲ ፍጹም ምድምሳስ ማለት ኣይኮነን፡ ናይ ስጋዊ ህይወት ጥፍኣት ማለት እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳንውን ተመሳሳሊ ምሳሌኣዊ ኣጠቓቕማ ኣሎ። ሓደ ኻብቶም ምስጢራትን ስቓይን ሲኦል፡ ዘለኣለማዊ ምኻኑ እዩ (ዳን፡ 12፡ 2፥ ማቴ፡ 25፡ 46)።

▣ **"ምስቶም ምድሓን ነፍሶም ኪረኽቡ ዚኣምኑ"** ናይ "ንድሕሪት ምምላስ" ኣንጻር

እሙንነት እዩ። እዚ ናይ ትንቢት ኣንባቆም ጥቕሲ ኻብቲ ጳውሎስ ዚጥቀመሉ ኣገባብ ብዝተፈልየ መገዲ እዩ ኣብዚ ኣገልጊሉ ዘሎ። ጳውሎስ ናይታ ኻብ ግብሪ ዝተፈልየት ፈላሚት እምነት ኣገዳስነት ንምድማቕ እዩ ዚጥቀመሉ (ሮሜ፡ 1፡ 17፥ ገላ፡ 3፡ 11)። ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ግን ነታ

ዘይተቋርጽ እምነት ንምምልካት እዩ ዜገልግል። እዚ ቓልዚ ነቲ ኣብ ምዕራፍ 11 ዘሎ ናይቶም እሙናት ዝርዝር ስማት መድረኽ ይኸፍት። እዚ ዝርዝር ስማትዚ እምነት ብዙሕ ግዜ መከራ፡ ዋላውን ሞት ከምእተስዕብ የርኢ። እዞም ናይ ብሉይ ኪዳን ኣመንቲ፡ ዋላውን ኣብ ማእከል ብርቱዕ መከራ (ጥቕስታት 32 - 33) ኣብ እምነት ከም ዝጸንዑ የገንዝብ! ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን እቶም ኣመንቲ ዝኾኑ ነበብቲ መልእኽቱ ኽሳዕ መወዳእታ ብእምነት ከም ዚጸንዑ ዘሎዎ ምትእምማን የረጋግጽ።

## መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጕዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብኸሉ መዳዮም ንኽተስተብህለሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. የሱስ ክርስቶስ “ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ” “ሓንሳእ ንሓዋሩ” ርእሱ ኬቕርብ ዘድለዮ ንምንታይ እዩ?
2. ፍጹም፡ ናይ መወዳእታ ምድሓን እንታይ ማለት እዩ፡ መኣስከ ኾይኑ?
3. እቲ “ፍጹም” (ተሎስ) ዚብል ናይ ሓድሽ ኪዳን ቃል ግለጸ/ ጽዮ፡
4. ናይ መዓልቲ ዕርቂ ዕላማ እንታይ እዩ ነይሩ? ናይ ብሉይ ኪዳን መስዋእትታት ምስ እብ፡ 10፡ 8 ብኸመይ ይዛመዱ?
5. ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ንጥቕስታት ብሉይ ኪዳን ምስ የሱስን መንፈስ ቅዱስን ከም ዝተኣሳሰሩ ገይሩ ዜቕርቦም ንምንታይ እዩ?
6. ቅድስና ናይ “ሓንሳእ ንሓዋሩ” (ጥቕሲ 10) ተግባር ድዩ ወይስ ቀጻሊ ጕዕዞ (ጥቕሲ 14)?
7. እብ፡ 10፡ 18 ኣዝዩ ኣገዳሲ ዚኾነሉ ስለ ምንታይ እዩ?
8. ብክርስቶስ ብዝረኸብናዮ ናብ ኣምላኽ ናይ ምእታው ደገ፡ ኣብ ህይወትና ኽንገብሮም እንተባባዕ ግብራዊ ስጕምትታት ዘርዝር።
9. ጥቕስታት 26- 29 ብዛዕባ ኻብ እምነት ምውዳቕ ወይ ጥልመት ድዮም ዚምህሩ?
10. ነቶም ተቐበልቲ መልእኽቲ እብራውያን “ኣኼባና ኣይንሕደግ” እተባህለሎም፡ ኣብ ኣኼባኦም ከይርከቡ እንታይ ሽግር ስለ ዝነበሮም እዩ?
11. መከራ፡ ፍቓድ እግዚኣብሄር ድዩ? (ጥቕስታት 32- 36)።

# እብራዊያን 11

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

*እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።*

*ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጉም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።*

1. *ቀዳማይ ምዕራፍ*
2. *ካልኣይ ምዕራፍ*
3. *ሳልሳይ ምዕራፍ*
4. *ወዘተ…*

**ናይቲ ሃዋህው (ኹነታት) መረዳእታ**

*ሀ. ምዕራፍ* 11 *መስርዕ ናይቶም ኣብ ጽንኩር ኾነታት እሙናት ዝነበሩ ኣብነታውያን ናይ ብሉይ ኪዳን ሰባት ዝሓዘ ምዕራፍ እዩ* (*ናይ* 2*ጴጥሮስ* 2*ን ይሁዳን ኣንጻር*)*። እዞም ኣብነታውያን ሰባትዚኣቶም ብዘየገድስ እቲ ዜጋጥም ስጋዊ ኹነታት እቶም ቀዳሞት ነበብቲ እቲ መልእኽትን ካልኦት ናይ ነፍስወከፍ ዘመን ኣመንትን እሙናት ኪኾኑ ዜተባብዑ እዮም* (*እብ፡* 10*፡* 32 - 39)*።*

*ለ. ኣስተውዕል፡ እዚኣቶም ናይ ፈለማ ናይ እምነት ኣፋዊ መግለጺታት ኣይኮኑን፡ ኣብ ግዜ ብሉይ ኪዳን ዝነበሩ ናይ እምነት ጒዕዞታት እዮም። እቲ እሙን መወዳእታ ናይቲ ሓቀኛ መጀመርታ ጭብጢ እዩ። ኣመንቲ ብእምነት ይጅምሩ፡ ብእምነት ይቕጽሉ፡ ብእምነት ከኣ ይሞቱ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ናይ ኣማኒ ህይወት ልክዕ ከምቲ በቲ እሙን ኣጀማምራኡ ዚልክዖ ገይሩ ነቲ እሙን መደምደምታኡውን ይዕቅኖ።*

*ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ*

> 11: 1 - 7
>
> ***"እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር። ናይቲ ዘይርኤ ነገር ምርዳእ እያ፣ ብእኣ እዩ ነቶም ዓበይቲ እተመስከረሎም፣ ዓለም ብቓል ኣምላኽ ከም እተፈጥረት። ከምኡውን እቲ ዚርኤ ኻብ ዘይርኤ ኸም ዘኾነ። ብእምነት ነስተውዕሎ ኣሎና፣ ኣቤል ካብ መስዋእቲ ቃየል ዚበልጽ መስዋእቲ ንኣምላኽ ብእምነት ኣቕረበ፣ ኣምላኽ ብናይ መባኡ ኺምስክረሉ ኸሎ። ጻድቕ ምዃኑ ብእኣ ተመስከረሉ። ብምዉቱ ኸኣ ገና ብእኣ ገይሩ ይዛረብ ኣሎ፣ ሄኖክ። ሞት ምእንቲ ኸይርኢ። ብእምነት ገዓዘ፣ ቅድሚ ምግዓዙ ንኣምላኽ ከም ዘሰመረ። ተመስኪሩሉ ነበረ እሞ። ኣምላኽ ስለ ዘግዓዞ። ኣይተረኽበን፣ ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ኬስምርዎ ኣይከኣለን እዩ፣ እቲ ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ዚደሊ። ንሱ ኸም ዘሎን ነቶም ዚደልይዎ ዓስቢ ኸም ዚህቦምን። ኪኣምን ይግብኦ እዩ፣ ኖህ ብዛዕባ እቲ ገና ዘይተራእየ ነገር ራእይ ምስ ረኣየ። ብፍርሃት ኣምላኽ ተደሪኹ ብእምነት እዩ ንምድሓን ቤቱ እትኸውን መርከብ ዘዳለወ፣ ብእኣ ገይሩ ንዓለም ኮነና። ነቲ ብእምነት ዚርከብ ጽድቂ ኸኣ ወራሲ ኾነ፣"***

11፡ 1 ***"እምነት"*** እዚ ናይ እምነት ስነ-መለኮታዊ ትርጕም ኣይኮነን። እቲ ግብራዊ ውጽኢት እምነት ዜርኢ ስእሊ እዩ። እዚ ቓል ኣብዚ ምዕራፍዚ ዕስራን ኣርባዕተን ግዜያት ተጠቒሱ ኣሎ። እቲ ኻብ ብሉይ ኪዳን ዝተወስደ ቐንዲ ሓሳብ "እሙንነት" እዩ። እዚ ቓልዚ ኣንጻር ክሕደት እዩ። ብቛንቋ ግሪኽ እቲ "እምነት" ዚብል ቃል 'ፒስቲስ' እዩ ዚብል። ትርጕሙ ኸኣ "እምነት"፡ "ቅንዕና" ማለት እዩ። እምነት ንእሙንነትን ተስፋን እግዚኣብሄር፡ ሰብ ዚህቦ ምላሽ እዩ። ንቕንዕናና ዘይኮነስ ንቕንዕና እግዚኣብሄር ኢና እንኣምን። እቲ ኣውራ ነገር ባህሪ እግዚኣብሄር እዩ።

◙ ***"ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር"***

ነቲ ርግጽ ዚብል ቃል ናይ ግሪኽ ኣምሳያኡ "ሁፖስታሲስ" እዩ። ትርጕሙ ኸኣ "ኣብ ታሕቲ ኣቐመጠ" ወይ ከኣ "ኣብ ታሕቲ ጠጠው በለ" ማለት እዩ። ስለዚ ናይ ሓደ ነገር ታሕተዋይ ደገፋ ወይ መሰረት ማለት እዩ። ስለዚ እዚ ቓልዚ ኣብታ ጥንታዊት ዓለም ሰፊሕ ትርጕማት ነይርዎ። ብፍላይ ኣብ ናይ ግሪኽ ናይ ፍልስፍና ጽሑፋት ናይ ሓደ ነገር ግሉጽ ምግሃድ ንምምልካት ዝውቱር ነይሩ። ነቲ ኽዉንን ሓቅን ካብቲ ገና ዘይኮነ ነገር ንምፍላይ የገልግል ነይሩ።

1. ኣብ እብ፡ 1፡ 3 ባህሪ ወይ ትሕዝቶ ንምግላጽ ይጠቅም
2. ኣብ እብ፡ 3፡ 14 ናይ ኣመንቲ ምእማን የመልክት
3. ኣብ እብ፡ 11፡ 1 እቲ ኣብ ህሉው ግዜ (ሕጂ) ዚሰርሕ ዘሎ ኣብ መጻኢ ኸኣ ዚዛዘም ናይ ወንጌል ተስፋታት ይገልጽ

እዚ ቓልዚ ኣብ ናይ ግብጻውያን ጳጺሮስ ተጻሒፉ ይርከብ። ኣብዞም ጳጺሮስ ዘሎ ትርጉሙ "ምስክር ዋንነት" (ሊብሬቶ) ማለት እዩ። እዚ ትርጉምዚ ምስቲ ጳውሎስ ንመንፈስ ቅዱስ ዝሃቦ "ዕርቡን" ዚብል ስያሜ ይሰማማዕ (2ቆሮ፡ 1፡ 22፤ 5፡ 5፥ ኤፌ፡ 1፡ 14)።

ኣብቶም ኣብ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (LXX) ዘሎዉ ናይ ግሪኽ ቃላት እዚ 'ሁፖስታሲስ' ዚብል ቃል 'ቶሃለት' ተባሂሉ ተተርጒሙ ኣሎ (*// ከምብሪጅ ሂስትሪ ኦቭ // ባይብል፡ ገጽ* 9)። ትርጉሙ ኸኣ "ንሓደ ነገር ብትዕግስትን ብርግጽነትን ምጽባይ፡ ናይ ርጉጽ ትጽቢት ዀነት" ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ተስፋ ማለት እዩ። እቶም ናይ ሓድሽ ኪዳን ጸሓፍቲ ብቛንቋ እብራይስጢ ዚሓስቡ እኳ እንተ ነበሩ፡ በቲ ንተራ ህዝቢ መረዳድኢ ዝነበረ ቛንቋ ግሪኽ ዚጽሕፉን ነቶም ኣብ ሰፕተዋጅንት (ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን) ዝነበሩ ናይ ኣተረጓጕማ ልማዳት ዚኽተሉን እዮም ነይሮም።

ገለ ሰባት፡ ነዚ ኣተረጓጕማ ዚኾኑ ዝነጸሩ ትርጉማት ካብቲ እብ፡ 10፡ 38 ዝተወስደሉ ናይ ብሉይ ኪዳን መበቆላዊ ጥቕሲ (ኣን፡ 2፡ 2 - 4) ረኺቦም ኣሎዉ። ምዕራፍ 11 ዝርዝር ገለ ኣብነታት ካብቶም "ንድሕሪት ዘይተመልሱ" እዩ። እዚ ጽሑፍዚ ኣንጻር እቲ እቶም ቀዳሞት ነበብቲ ኺገብርዎ ዚኽእሉ ዝነበሩ ውድቀት እዩ።

▣ **"ምርዳእ"** እዚ ቓልዚ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብዚ ስፍራዚ ጥራይ እዩ ዚርከብ። ንሓደ ነገር "ፈቲንካ ምርግጋጽ" የስምዕ። እቶም ኣብ ጥቕሲ 1 ዘሎዉ ኽልተ ሓረጋት ማዕረ ማዕረ እናተማዓደዉ እዮም ዚኸዱ (ክልቲኦም ናይ ህሉው ግዜ ዜመልክቱ ገባሪኦም ዘይተጻሕፈ ተግባራት እዮም)፥ ስለዚ "ርግጽ ምግባር"ን "ምርዳእ"ን ሓቢሮም ተጠሚሮም ዚኸዱ እዮም፡ ብሳላኦም ከኣ እቶም እሙናት ህይወቶም ይመርሑ።

▣ **"ዘይርኤ ነገር"** እቶም ካብዚ ቓልዚ ስዒቦም ዘሎዉ ኣብነታት ናይቶም 1. ብናይ እግዚኣብሄር ናይ ሕጂን ናይ መጻእን ተስፋ ዚነብሩን 2. ኣብቶም ናይ እግዚኣብሄር መንፈሳዊ ተስፋታት (እብ፡ 10፡ 23) እሙንቶ ኣሕዲሮም ዚመላለሱን ሰባት ኣብነታት እዮም። ዀነታት፡ ነገራዊ ትሕዝቶ ወይስ ርእሰኻ ምፍታው ዘይኮነስ እቲ ናይ ህይወቶም ፍልስፍና (መምርሒ) ንመዓልታዊ ውሳኔታቶም ይመርሕ።

እቲ ዚርአ ዓለም ነቲ ዘይርአ መንፈሳዊ ዓለም ግዙኡ እዩ (ጥቕሲ 3)። ዚርአ ዓለም በቶም ሓሙሽተ ህዋሳት ይልለ፡ ዘለኣለማዊ ኣይኮነን፡ ሓላፊ እዩ። እቲ ዘለኣለማዊ ህላወ ግን ዘይርአ እዩ (ጥቕሲ 27)፡ ስለዚ ኸኣ ብምርኣይ ዘይኮነስ ብእምነት እዩ ዚጭበጥ። ነቶም ኣመንቲ ኣዝዩ ኽዉንን ሓቅን ስለ ዝኾነ ግን ንዅሉ ቐዳምነታቶም ይቆጻጸርን ይእዝዝን።

11፡ 2 **"እተመስከረሎም"** እዚ ልክዕ ምስቲ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ፡ 1፡ 17ን ገላ። 3፡ 11ን ን"እምነት" ተጠቒሙላ ዘሎ ኣገባብ ተመሳሳሊ እዩ። ናይ እምነት ህይወቶም ኣየድሓኖምን፡ ግናኸ ነቲ ኣባታቶም ዝነበረ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣግሂዱ (ያቆ፡ 2፡ 14 - 26)።

11፡ 3 **"ዓለም"** እዚ ቓልዚ ነዚ ዘሎ ዚርአ ዓለም ንምስያም ካብ ዜገልግሉ ኽልተ ናይ ግሪኽ ቃላት ሓደ እዩ (*ኮስሞስ* እብ፡ 1፡ 6፡ ኣብዚ ጥቕሲዚ ኸኣ *ኣዮን*)። እዚ "ኣዮን" ንመንፈሳዊ ግዜያትን ቅንያትን እንተላይ ንስጋዊ መዳይ ዜጠቓልል እዩ (እብ፡ 1፡ 2፤ 6፡ 5፥ ሮሜ፡ 12፡ 2፥ 1ቆሮ፡ 1፡ 20፤ 2፡ 6፡ 8፤ 3፡ 18፥ 2ቆሮ፡ 4፡ 4፥ ኤፌ፡ 1፡ 21፤ 6፡ 12)። ናይ እብ፡ 1፡ 2 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ **"ቃል ኣምላኽ"** እዚ እቲ *ሎጎስ* ዚብሃል ናይ ግሪኽ ቃል ኣይኮነን። እዚ እቲ ንዝተዘርበ ቓል ዜመልክት *ሬማ* እዩ። እዚ እምበኣር፡ ፍጥረት ብእዚ (ኣዋጅ) እግዚኣብሄር፡ ብቓል ኣፉ ኸም እተፈጥረ የርኢ (ዘፍ፡ 1፡ 3፤ 6፤ 9፤ 14፤ 20፤ 24፥ መዝ፡ 33፡ 6፤ 9)። ካብ እብ፡ 1፡ 2 እቲ ናይ

እግዚኣብሄር *ሎጎስ* ኣብ ግዜ ፍጥረት ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ወኪል ከም ዝነበረ ፈሊጥና ኣሎና (ዮሃ፡ 1፡ 1፤ 10፥ 1ቆሮ፡ 8፡ 6፥ ቆሎ፡ 1፡ 16)።

እዚ ናይ እምነት ምርግጋጽ፡ ኣመንቲ ምድራዊ ህይወቶም ዚመርሑሉ ናይ ህይወት ፍልስፍና ይኸውን። እዚ ንሳየንሳዊ ምርመራ ኣይነጽግን እዩ፡ ግናኸ ነቲ ምርመራ ኣብ ናይ እምነት መነጽር የእትውዎ። ኣመንቲ፡ ሳየንስ (ስነ ፍልጠት) ናይቲ ዝተፈጥረ ስርዓት (ተፈጥሮኣዊ ራእይ) ቅዋመ ንኺህድስስ ይጽበይዎ፡ ናይ መወዳእታ ኸኣልነት ግን ነቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስን ኣብ የሱስ ክርስቶስን ብልዕልና እተገልጸ እግዚኣብሄር ጥራይ እዮም ዚህቡ (ጆን ኤል. ዋልተን ዘ ሎስት ዎርልድ ኦቭ ጀነሲስ)።

▣ **"ከምኡውን እቲ ዚርኤ ኻብ ዘይርኤ ኸም ዝኾነ"** እዚ ብቐንዱ *ኢክስ ኒሂሎ* (ፍጥረት ካብ ዘይነበረ ኸም እተፈጥረ) ንምርግጋጽ ኣይኮነን። ናይቲ ኣብ ጥቕሲ 1 ዘሎ ህልውናን ዘይህልውናን ሓደ ኣብነት እዩ። ኣመንቲ ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ራእይ ብምምርኳስ እቲ ዘይረኣይዎን ዘይተሞኮርዎን ርጉጽ ምኻኑ ይኣምኑ። እዚ ናይ ሃይማኖት ስነ-መለኮት ዘይኮነስ፡ ናይ እምነትን ተስፋን ህይወት እዩ።

11፡ 4 **"ኣቤል"** እዚ ብሓዉ ቃኤል ዝተቐትለ ንኣዳምን ሄዋንን ካልኣይ ውላዶም እዩ (ዘፍ፡ 4፡ 3)።

▣ **"ዚበልጽ መስዋእቲ"** እቲ ቃኤልን ኣቤልን ዘቕረብዎ ዓይነት መስዋእቲ ኣይኮነን ፍልልይ ዝገበረ፡ እቲ ፍልልይ ኣብቲ ኣወሃህባ (እምነት) እዩ ነይሩ። እዚ ናይ ደም መስዋእቲ ልዕልና ኸም ዘሎዎ ዜረጋግጽ ሰረተ እምነት ንምትካል በይኑ ዜገልግል ጥቕሲ ኣይኮነን።

▣ **"ብምዉቱ ኸኣ ገና ብእኣ ገይሩ ይዛረብ ኣሎ"** እዚ ኣብ ዘፍ፡ 4፡ 10ን ኣን፡ 12፡ 24ን ተደብቲሩ ኣሎ። በቲ ኣሰኺኹዓ ቓላቱ፡ ናይታ ንሞት ገጢማ እትስዕር እምነት መረጋገጺ እዩ። እቶም ነበብቲ መልእኽቲ ኻብ መከራ ሰገዋ ኪብሉ ተራእዮም። ከም ኣቤል፡ እምነት ኪህልዎም ነይርዎ።

11፡ 5 **"ሄኖክ"** ድሕሪ ውድቀት ኣዳም እቲ ቐዳማይ ሞት ዘይተንከፎ ሰብ እዩ ነይሩ (ዘፍ፡ 5፡ 24)። ዥነታት ህይወት ሄኖክ ከመይ ከም ዝነበረ ብሉይ ኪዳን ኣየብርህን እዩ፡ ምስ እግዚኣብሄር ከም እተመላለሰ ግን የረጋግጽ።

▣ **"ገዓዘ"** እዚ ማለት "ናብ ካልእ ቦታ ቐየረ" ማለት እዩ። እዚ "ትንሳኤ" ዘይኮነስ ከም ናይ ኤልያስ (2ነገ፡ 2፡ 11) "ዕርገት" እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መንጎ እዞም ዚስዕቡ ንጹር ፍልልይ ኣሎ፦

1. ሰባት ህይወት ኪዘርኡ እንከሎዉ (ምዝራእ ህይወት፡ ምምላስ ቀልቢ)
2. ሰባት ብዘይ ስጋዊ ሞት ናብ ሰማይ ኪግዕዙ እንከሎዉ (ዕርገት)
3. የሱስ ሓድሽ ሰማያዊ (መንፈሳዊ) ስጋ ምልባሱ (ትንሳኤ)

▣ **"ንኣምላኽ ከም ዘስመረ"** እዚ ኸምቲ ኣብ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ተጻሒፉ ዘሎ እዩ ተወሲዱ፡ ኣብ ገለ ኻልኦት ትርጕማት ከኣ "ምስ ኣምላኽ ተመላለሰ" ይብል።

11፡ 6 **"ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ኬስምርዎ ኣይከኣልን እዩ"** እዚ ናይቲ ስነ-ጽሑፋዊ ጥርናፈ ቐንዲ መግለጺ እዩ። እቲ ናይ መጀመርያ እምነት ጥራይ ማለት ኣይኮነን። እቲ ንኣምላኽ ዜሐጕስ ዚጸንዕ እምነት ማለት እዩ። እዞም ኣብዚ ምዕራፍ ዘለዉ ኣብነታት፡ እቲ መወዳእታ ኸመይ ገይሮም ብጹሖሞ ብዘየገድስ ክሳዕ መወዳእታ ህይወቶም እሙናት ኮይኖም። እምነት፡ ሰባት ንተስፋታት ኣምላኽ ዚኣምኑሎምን ዚቕበሉሎምን መገዲ እዩ። ምድሓንን ወዲ መዝሙር ምኻንን ብዘይእምነት ዘይከኣሉ

እዮም። እምነት ኣብቲ ናይ እግዚኣብሄር ሕሉፍ ተግባራት (ፍጥረት፡ ራእይ ወይ ምግላጽ)፥ እምነት ኣብ ህልውና እግዚኣብሄር ኣብዚ ግዜዚ (መከራ፡ ስቓይ፡ ዋላውን ሞት)፥ እምነት ኣብቶም ኣብ መጻኢ ዚኾኑ ተስፋታት እግዚኣብሄር (ምድሓን፡ ሰማይ)።

▣ **"ኣይከኣልን"** ዚብል ቃል ኣብ ናይ እብ፡ 6፡ 6 ምሉእ መግለጺ ርአ።

▣ **"ኪኣምን ይግብኦ"** እቲ ፒስቲስ ዚብል ናይ ግሪኽ ቃል "እምነት" ወይ "ኣመነ" ይትርጎም። እቲ ኣተኩሮ ኣብ ናይ ኣእምሮ ሓቅታት ዘይኮነስ ብውልቂ ንእሙንነት እግዚኣብሄር ምእማን እዩ፥ ንእሙንነቱ ምእማን! ነቲ ሓቂ ምርግጋጽ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ህይወት ለውጢ ምግባር እዩ።

እቲ "ይግብኦ" ዚብል ቃል ናይ ህሉው ግዜ ንጡፍ ኣመልካቲ እዩ። ትርጉሙ ኸኣ "ቀያዲ"፡ "ግድነታዊ" ማለት እዩ። እምነት ግድነታዊ እዩ!

▣ **"ነቶም ዚደልይዎ ዓስቢ ኸም ዚህቦም"** እዚ ነቲ ንናይ መጀመርያ እምነትን ነታ ቐጻሊት እምነትን ዚወሃብ ዓስቢ ይምልከት።

11፡ 7 **"ብዛዕባ እቲ ገና ዘይተራእየ ነገር ራእይ ምስ ረኣየ"** እዚ እዩ ናይ እምነት ኣርኣያ። እዞም ናይ ብሉይ ኪዳን ቅዱሳን በቲ ኻብ እግዚኣብሄር እተቐበልዎ ራእይ ሰጕሞም። ሰጕምቶም እቲ እምነቶም ናይ ቃል ጥራይ ከም ዘይነበረ ምስክር እዩ! ኖህ እንስሳታት መትሓዚ ኢሉ ኣዝያ ዓባይ መርከብ፡ ማይ ኣብ ዘይብሉ ቦታ ኺሰርሕ እንከሎ ዘጋጠሞ ልግጫን ውርደትን ክትግምቶ/ትዮዶ ትኽእል/ሊ!

▣ **"መርከብ"** እዚኣ ብቐሊል እትእለ ጀልባ ዘይኮነትሲ፡ ከም ጕንዲ እተንሳፍፍ መርከብ እያ። እዛ "መርከብ" እትብል ቃል ኣብ ገለ ትርጕማት "ታቦት" ተባሂላ ትጽዋዕ፡ ከምቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ማለት እዩ።

▣ **"ብእኣ ገይሩ ንዓለም ኮነና"** ኖህ ከመይ ገይሩ እዩ ንዓለም ኮኒንዋ? ክልተ ተኽእሎታት ኣሎዉ፡ 1. ብናይ እምነት ስጕምትታቱን 2. ብስብከቱን (2ጴጥ፡ 2፡ 5)።

▣ **"ጽድቂ ... ወራሲ ኾነ"** ኣብ ዘፍጥረት 6 - 8 ኖህ እቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ "ጻድቕ" (2ጴጥ፡ 2፡ 5) እተሰምየ ቐዳማይ ሰብ እዩ። ሓጢኣት ዘይብሉ ማለት ኣይኮነን፡ ኖህ በቲ ዝነበሮ ብርሃን ኣብ እግዚኣብሄር ብምእማን ተመላሊሱ ማለት እዩ። ከምቲ ናይ ኣብርሃም እምነት ዳሕራይ ንጽድቂ ዝተቖጽረሉ (ዘፍ፡ 15፡ 6)፡ ንኖህውን ከምኡ ተቖጽረሉ። ን"ጽድቂ" ዚምልከት ናይ ቃል መጽናዕቲ ንምግባር ናይ እብ፡ 1፡ 9 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።

**እብ። 11:8-12**

**"ኣብርሃም ናብቲ ንርስቲ ኪቕበሎ እተኣመመሉ ስፍራ ኺወጽእ ምስ ተጸውዔ። ብእምነት ተኣዘዘ። ናበይ ከም ዚኸይድ ከይፈለጠውን ወጸ፣ ነታ ኣምላኽ ዝሃናጺኣን ዝሰራሒኣን። መሰረት ዘለዋ ኸተማ ይጽበ ስለ ዝነበረ። ብእምነት ኣብታ ምድሪ ተስፋ ኸም ኣብ ምድሪ ጓና ኾይኑ ተቐመጠ እሞ ምስቶም ነዛ ተስፋ እዚኣ መዋርስቱ ይስሃቅን ያእቆብን ኣብ ድንኳን ይነብር ነበረ፣ ሳራ እኳ ጊዜኣ ምስ ሓለፈ። ነቲ ተስፋ ዝሃባ እሙን ገይራ ስለ ዝረኣየቶ። ዘርኢ ንምትካል ብእምነት ሓይሊ ረኸበት፣ ስለዚ ድማ ካብ ሓደ። ንሱውን ከም ምዉት ክነሱስ። ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ ዘይቝጸር ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻን ዝምብዛሖም ተወልዱ፣"**

11፡ 8 **"ኣብርሃም... ተኣዘዘ"** እዚ ጽማቕ ዛንታ እዞም ናይ እምነት ሰባት፡ ብገለ መዳያቱ ንህይወቶም ፍጹም፡ እንታ ዘይብሉ ገይሩ ይስእሎ። ብሉይ ኪዳን ናይቶም ተዋሳእቱ ጽቡቕን ሕማቕን መዳያት ስለ ዚድብትሮ፡ ካብ ናይ ጥንቲ ስነ-ጽሑፋት ፍሉይ እዩ። ኣብርሃም ዘይልሙድ ናይ ፍርሀን እምነትን ምትሕንፋጽ ዝነበሮ ሰብ እዩ

1. ፍርሂ
   ሀ. እግዚኣብሄር ቤተሰብካ ሕደግ ኢልዎ፥ ንሱ ኣቦኡን ሎጥን ሒዙ ወጺኡ

   ለ. እግዚኣብሄር ውላድ ተተስፍዩሉ፥ ንሱ ኻብ ግዝእቲ ሳራ ውላድ ኪወልድ ፈቲኑ፡ ዳሕራይ ከኣ ንሳራ ነብሱ ንኼድሕን ናብ ግብጻውን ፍልስጤማውን ንጉስ ኣሕሊፉ ኺህባ ፈቲኑ

2. እምነት
   ሀ. ንኡር ሓዲግዋ

   ለ. እግዚኣብሄር ዘርኢ ኽም ዚህቦ ኣሚኑ

   ሐ. ንይስሃቅ ኪስውኦ ፍቓደኛ ኾይኑ (ዘፍ፡ 22)

እግዚኣብሄር "ልዕለ-ቅዱሳን" (ሱፐር-ሰይንትዝ) ኣይኮነን ዚደሊ ዘሎ፡ ብንስሓን እምነትን ዚቐርብዎን ሆነታት ብዘየገድስ ምእንትኡ ዚነብሩን ድኹማት ሰባት እዩ ዚደሊ ዘሎ።

11፡ 9 **"ኣብታ ምድሪ ተስፋ ኽም ኣብ ምድሪ ጓና ኾይኑ ተቐመጠ"** እዚ ቓልዚ "ቐነየ" ማለት እዩ። እዚ ማለት ናይ ዜጋ መሰል ኣይነበሮን (ጥቕሲ 13)።

11፡ 10 **"ይጽበ ስለ ዝነበረ"** እዚ ገና ንዘይተወድአ ንጡፍ ተግባር ዜመልክት ሓሳብ እዩ። ኣብርሃም ምጥማት ቀጺሉ!

▣ **"ኸተማ"** እዚ ልሙድ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ምሳሌ እዩ (እብ፡ 11፡ 16፤ 12፡ 22፤ 13፡ 14፥ ዮሃ፡ 14፡ 2፥ ገላ፡ 4፡ 26፥ ራእ፡ 3፡ 12፤ 21፡ 2)። እዚ ቓልዚ ነቲ ማሕደር እግዚኣብሄር ምስ ደቅሰብ ከም ኣብ ኤደን የመልክት።

ኣብርሃም ኣብቲ ሽዑ ዝነበረ ኹነታት ዘይኮነስ ኣብቲ ተስፋ ዝተዋህቦ ኹነታት እናጠመተ እዩ ህይወቱ ነቢሩ። እምነት፡ "እዛ ዓለምዚኣ ቤተይ ኣይኮነትን" ትብል፥ እምነት፡ "ተስፋታት እግዚኣብሄር ርጉጽ እዮም" ትብል፥ እምነት፡ "ነቲ ዚርአ ኣይኮንኩን ዝርእዮ ዘሎኹ፡ ነቲ እግዚኣብሄር ዚብሎ እየ ዝርእዮ ዘሎኹ" ትብል።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: እተን ክልተ ኸተማታት**

*ሀ. ኣብ መወዳእታ እቶም ኣንጻር ኣብ ኢሳይያስ 13 - 23 ዘሎዋ ሃገራት ዝተዋህቡ ተኸታታሊ ኣዋጃት ፍርዲ: ማቴ: 24 - 27 ከም ሓደ ስነ-ጽሑፋዊ እኩብ ኮይኑ ቐሪቡ ኣሎ፣ ፍርዲ ናይ መወዳእታ ቓል ኣይኮነን! እቲ ጸጋውን መሓርን ኣምላኽ ዘለኣለማዊ: ንኹሉ ዚሓቍፍን ዜድሕንን መደብ ኣሎዎ!*

ለ. እዚ ብምሉኡ ኽፍሊ ንባብ ናይ ክልተ ኸተማታት ውድድር እዩ፣

1. እቶም ውዱቓት ደቂ ቃኤል ብዘሎዎም ሃብቲ ድሌቶም ንምምላእ ዝሃነጽወን ከተማታት (ዘፍ: 10- 11)፣
2. እታ እግዚኣብሄር ዚነብረላን (ኣብ ቅድስተ ቅዱሳን እታ ናይ የሩሳሌም ቤተ መቕደስ: ኣብ ልዕሊ እቶም ታቦት ኪዳን ዘሎዉ ኣኽናፍ ክልተ ኪሩቤል) ህዝቡ (ኣይሁድን ኣህዛብን) ናብኡ ዚመጹላን ንእኡ ዜምልኹላን ከተማ ጽዮን (ኢሳ: 2: 2 - 4፤ 19: 18 - 25፥ እብ: 11: 10፤ 12: 22፤ 13: 14፥ ራእ: 21: 1 - 2)፣

ሐ. ከተማታት ንጕጅለታት ሰባት ወይ ዓሌታት ይውክላ:

| ናይ ሰብ ከተማታት | ከተማ ኣምላኽ |
|---|---|
| ኢሳ: 1: 7፤ 8 ዝነደዳ ኸተማታት ይሁዳ<br>1: 21 እታ እምንቲ ኸተማ ኣመንዝራ ትኸውን<br>6: 11 ከተማታት ይሁዳ ይባድማ<br>14: 17፤ 21 ኵለን ከተማታት ይባድማ<br>14: 31 ከተማታት ፍልስጤም<br>17: 1 - 3፤ 9 ከተማታት ሶርያ ይያንዋ | 1: 26 ከተማ ጽድቂ: እምንቲ ኸተማ |
| 19: 2 ከተማታት ግብጺ ንሓድሕደን ይዋግኣ | 19: 18 - 22 ከተማታት ግብጺንእግዚኣብሄር የምልኻ<br>19: 23 - 25 ኵላ ግብጽን ኣሶርን ምስ ህዝቢ ኣምላኽ ይጽብጸቡ |
| 22: 2፤ 9 እታ ሕጕስቲ ኸተማ የሩሳሌም ትወድቕ<br>23 ጢሮስ ትያኑ<br>24: 1 - 25: 5 ዕንወት ከተማታት ዓለም | |

| | |
|---|---|
| 25: 10 - 12 ሞኣብን ቤተ መንግስታን: እተዓርዳ ኹተማታት ይርገጻ<br><br>26: 5 እታ ልዕል ዝበለት ከተማ: ምናልባት ሞኣብ | 25: 6 - 9 ምሳሕ ኣብ ከረን እግዚኣብሄር (የሩሳሌም)<br><br>26: 1 ጽንዕቲ ኹተማ: የሩሳሌም: ተሓዲሳ |
| 27: 10 ዕሩዳት ከተማታት ይወድቃ<br><br>29: 1 "ኣርኤል" (የሩሳሌም)<br><br>33: 2፤ 19 እታ ሕጉስቲ ኹተማ (የሩሳሌም) | |
| 48: 2 እታ ብስም ጥራይ ቅድስቲ ኹተማ | 45: 13 ከተማይ (44: 23)<br><br>52: 1- 6 እታ ቅድስቲ ኹተማ<br><br>60: 14 ከተማ ኣምላኽ<br><br>62: 12 ሕድግቲ ዘይትብሃል ከተማ<br><br>66: 6 ድምጺ ታዕታዕ ካብ ከተማ: ድምጺ ኻብ ቤተ መቕደስ |

**11፡ 11 "ሳራ" ገለ ጥንታውያን ናይ ግሪኽ ናይ ኢድ ጽሑፋት** (P[46]፡ D) **"መኻን" ዚብል ቃል ይውስኹ። ብዘይካ ልያ፡ ካብተን ኣንስቲ እቶም ዓበይቲ ኣቦታት እስራኤል ብዘይ ረዲኤት እግዚኣብሄር ክትጠንስ ዝኸኣለት ከም ዘይነበረት ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡውን፡ ካብቶም በኹሪ ዝተወልዱ ውሉድ ሓደኳ ወራሲ ተስፋ ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ንኹሉ ነገር ዚቆጻጸር ባዕሉ ምዃኑ ኼርኢ ስጉምቲ ወሲዱ!**

*ሳራ፡ ከም ኣብርሃም፡ ናይ ፍርህን እምነትን ምዝናቕ ዝነበሮ ህይወት ነበራ። ንኣብርሃም ናብ ግዝኢታ ሂባቶ፥ ንተስፋ እግዚኣብሄር ከኣ ስሒቓቶ* (ዘፍ፡ 18፡ 12)።

**11፡ 12 "ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ ዘይቍጸር ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻን ዝምብዛሑም"** *እዚ ኣካል ናይቲ እግዚኣብሄር ንኣብርሃም፡ ይስሃቕን ያእቆብን ዝሃቦም ተስፋ እዩ* (ዘፍ፡ 15፡ 5፤ 22፡ 17፤ 32፡ 12)። *ኣስተውዕል፡ ብዘይካ ልያ፡ ካልኦት ኣንስቶም መኻናት እየን ነይረን።*

▣ **"ንቲ ተስፋ ዝሃባ እሙን ገይራ ስለ ዝረኣየቶ"** *ሳራ በቲ እዋናዊ ኽዉንነት ዘይኮነስ በቲ ተስፋ እግዚኣብሄር ሰጕማ። እዚ ሓረግዚ ምስ እብ፡* 10፡ 23 (እብ፡ 6፡ 17- 18) *ተመሳሳሊ እዩ። እቶም ነበብቲ ኸኣ በዚ መገድዚ እዮም ኪስጕሙ ዘሎዎም።*

**እብ። 11:13-16**

**“እዚኦም ኵላቶም ነተን ተስፋታት ኣይረኸብወንን። ግናኸ ካብ ርሑቕ ርእዮም ተሳለምወን እሞ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃኖም እናተኣመኑ። ብእምነት ሞቱ፣ እቶም ከምዚ ዚብሉ ኸኣ ሃገሮም ከም ዚደልዩ። የርእዩ ኣለዉ፣ ነታ ዝወጹላ ሃገር ሓሲቦም እንተ ዝኾኑስ። ኪምለሱ ጊዜ ነይርዎም፣ ሕጂ ግና እትሓይሽ። ማለት ሰማያዊት። ይናፍቑ ኣለዉ። ስለዚ ድማ ኣምላኽ። ከተማ ኣዳሊዉሎም ኣሎ እሞ። ኣምላኾም ኪብሃል ብኣታቶም ኣይሓፍርን እዩ፣”**

11፡ 13 **“እዚኦም ኵላቶም ነተን ተስፋታት ኣይረኸብወንን፡ ... ብእምነት ሞቱ”** እዚ ናይቲ ኣብ መንጎ እቶም ናይ ምዕራፍ 11 ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ እምነት ሰባትን እቶም ካብ እምነቶም “ንድሕሪት ኪምለሱ” ዝተገማገሙ ተቐበልቲ መልእኽቲ ዝኾኑ ኣይሁድ ኣመንትን ዘሎ ምንጽጻር ቀንዲ ሕንብርቲ እዩ (እብ፡ 10፡ 38፥ ከምኡውን 2ጴጥ፡ 2፡ 20 - 22)።

▣ **“ርእዮም ተሳለምወን... እናተኣመኑ”** ነዞም ሰለስተ፡ ገለጽቲ፡ ተመዓራርዮም ዚኸዱ ሓረጋት ኣስተብህለሎም!

▣ **“ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃኖም”** እዚ ማለት ቃል ንቓሉ ናይ ዜጋ መሰል ዘይብሎም መጻእተኛታት ማለት እዩ (ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (LXX) ዘፍ፡ 23፡ 4፥ መዝ፡ 39፡ 12፥ ፊሊ፡ 3፡ 20፥ 1ጴጥ፡ 2፡ 11)። እቲ ብዓይኒ ዚርኤ ኽዉንነት እቲ ናይ ሓቂ፡ ዘለኣለማዊ ኽውንነት ኣይኮነን። እዛ ዓለምዚኣ ቤቶም ኣይነበረትን።

11፡ 15 **“እንተ”** እዚ ኻልኣይ ደረጃ ኾነታዊ ኣበሃህላ ኾይኑ “ምስ ሓቂ ዚጻረር” ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቶም ናይ እምነት ሰባት ሓንሳእ ካብ ዓዶም ምስ ወጹ ኣይተመልሱን!

11፡ 16 እቲ ናይ ሓቂ ኽዉንነት፡ መንፈሳዊ እዩ። ከምቲ ኣብ ምሳሌ ናይታ እግዚኣብሄር ዝሃናጺኣ ሰማያዊት ከተማ ዝተራእየ (እብ፡ 11፡ 10)። እግዚኣብሄር ንእምነት እዩ ምላሽ ዚህብ (እብ፡ 2፡ 11፤ 11፡ 2፤ 39፤ 13፡ 14)። “ሃገር”ን “ከተማ”ን (ጥቕሲ 10) ከም እግዚኣብሄር ነቶም ናይ እምነት ደቁ ዘዳለዎም ቦታታት ብስነ-መለኮት ተመሳሰልቲ እዮም!

**እብ። 11። 17- 22**

**“ኣብርሃም ምስ ተፈተነ። ብእምነት ንይስሃቅ ሰውኣ፣ እቲ ተስፋ እተቐበለ ነቲ። ብይስሃቅ ዘርኢ ኺጽውዓልካ እዩ። ተብሂሉሉ ዝነበረ ሓደ ወዱ ወፈዮ፣ ኣምላኽ ካብ ምዉታት ድማ ኬተንስኦ ኽም ዚከኣሎ ሓሲቡ። ካብኡውን ብምሳሌ መሊሱ ረኸቦ፣ ይስሃቅ ብናይቲ ዚመጽእ ነገር ንያእቆብን ንኤሳውን ብእምነት ባረኾም፣ ያእቆብ ኪመውት ከሎ። ንደቂ ዮሴፍ ንነፍሲ ወከፎም ብእምነት መረቖም። ኣብ ኣንፈ በትሩ ተመርኲሱ ኸኣ ሰገደ፣ ዮሴፍ ኣብ ኣጋ ሞቱ ብዛዕባ ምውጻእ ደቂ እስራኤል ብእምነት ኣዘከረ። ብዛዕባ ኣዕጽምቱውን ትእዛዝ ሃበ፣”**

11፡ 17 **“ምስ ተፈተነ”** ንዘፍ፡ 22፡ 1 ምስ ማቴ፡ 6፡ 13ን ያእ፡ 1፡ 13- 14 እንተ ኣወዳደርናዮ፡ ተጻራሪ ነገር ዘሎ ይመስል። ግናኸ፡ ኣብ ግሪኽ “ፈተና” ዚገልጹ ነንበይኑ ትርጕም ዝሓዘሉ ኽልተ ቓላት

ኣሎዉ። እቲ ሓደ ንዕንወት ዜብጽሕ ፈተና (ፔራዞ)፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ ዜጽንዕን ሓቅነትካ ዜረጋግጽን ፈተና (ዶኪማዞ) እዩ። ናይ እብ፡ 2፡ 18 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።

እግዚኣብሄር፡ ደቁ እምነቶም ዚገልጽሉን ዜዕብዩሉን ዕድላት ይሀብ (ዘፍ፡ 22፡ 1፣ ዘጸ፡ 15፡ 25፤ 16፡ 4፤ 20፡ 20፣ ዘዳ፡ 8፡ 2፤ 16፤ 13፡ 3፣ *መሳ፡ 2፡ 22፣ 2ቆሮ፡ 32፡ 31*)። *ፈተናታት ወይ መንጠሪ ባይታ (መደያይቦ) ወይ እምነ መዓንቀፊ ይኾኑ*።

▣ **"ሓደ ወዱ ወፈዮ"** ደረጃ እምነት ኣብርሃም ነቲ ንዓሰርተው ሰለስተ ዓመታት ዝተጸበዮ ቖልዓ ተስፋ ወዱ መሊሱ ናብ እግዚኣብሄር ንምውፋይ ምፍቃዱ እዩ ዚርኤ (ያእ፡ 2፡ 21)።

እቲ *ምኖጀንስ* ("ሓደ ወዱ") ዚብል ቃል ንትውልዲ ይስሃቅ ብዚምልከት "በይኑ ሓደ ወዱ" ኪትርጎም ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብርሃም ብዘይካ ይስሃቅ ካልኦት ቆልዑውን ነይሮሞ እዮም። ትርጉሙ "ወዲ ተስፋ"፡ "እቲ ፍሉይ ቆልዓ" ማለት እዩ። እዚ ናይ ዮሃ፡ 3፡ 16 ትርጉምውን እዩ።

11፡ 18 እዚ ኻብ ዘፍ፡ 21፡ 12 ዝተወስደ፡ ቅድሚቲ ናይ ኣብርሃም ፈተና ዝኾነ ጥቕሲ እዩ!

11፡ 19 **"ካብ ምዉታት ድማ ኬተንስኦ"** ኣብርሃም፡ ይስሃቅ ምስኡ ኽም ዚምለስ ትጽቢት ነበሮ (ዘፍ፡ 22፡ 5)። እዚ ኸመይ ኢሉ ኽም ዚኸውን እቲ ጽሑፍ ኣይገልጽን እዩ። እቲ ኣብርሃም ዝተጸበዮ ይስሃቅ ህይወት ኪዘርእ ከም ዝኾነ መልእኽቲ እብራውያን የረጋግጽ።

▣ **"ብምሳሌ"** እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ንብሉይ ኪዳን ከም ኣብነት ወይ ናይቲ ሕጂ ዘሎ ኸዉንነት ኣቐዲሙ ዝሓበረ ጽላሎት ገይሩ እዩ ዚጥቀመሉ (እብ፡ 9፡ 9፤ 10፡ 1፤ 11፡19)። እቲ ኣብነት፡ ከምቲ ኣብርሃም ነቲ ናይ መብጽዓ ወዱ ንመስዋእቲ ዝወፈዮ፡ እግዚኣብሄርውን ከም መርኣዪ ፍቕሩ፡ ምሕረቱን ጸግኡን ንወዱ ወፍይዎ!

11፡ 20 ምርቓ ይስሃቅ ንደቁ ኣብ ዘፍ፡ 27፡ 27ን ዚስዕቡ ጥቕስታትን እዩ ዚርከብ፣ ቀዳመይቲ ምርቓ ያእቆብ ንደቂ ዮሴፍ ኣብ ዘፍ፡ 48፡ 14 እዩ፡ ዳሕራይ ከኣ እቲ ኻልኣይ ምርቓኡ ነቶም ካልኦት ደቁ ኣብ ዘፍጥረት 49 ይርከብ። እቲ ምርቓ ሓንሳእ ምስ ተዋህበ ዘይስረዝ እዩ ነይሩ። እዚ እቲ ጸሓፊ ንብሉይ ኪዳን ብኸመይ ዝመሰለ መገዲ እናመረጸ (ከም ዜና መዋእል) ከም ዚጥቀመሉ ኣብነት እዩ። ነቶም ጸጽቡቓቶም መዳያት ጥራይ እዩ ዚጠቅስ።

11፡ 21ለ **"ኣብ ኣንፈ በትሩ ተመርኲሱ"** እዚ ኻብቲ ናይ ዘፍ፡ 47፡ 31 ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ዝተወስደ ጥቕሲ እዩ። እቲ ናይ **ማሶረቲክ** እብራይስጢ ጽሑፍ "ኣብ ትርኣስ ዓራቱ ሰገደ" ዚብል ሓረግ ኣሎዎ። እቶም "ዓራት"ን "በትሪ"ን ዚብሉ ናይ እብራይስጢ ቓላት ኣብ እብራይስጢ ሓደ ዓይነት ተደማጺ፡ (ምት)፡ እዩ ዘሎዎም፣ ኣብቶም ዳሕረዎት ኣድመጽቲ ነጥብታት ጥራይ እዮም ዚፈላለዩ። ካብቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ሃዋህው፡ ያእቆብ እቲ ናይ ዮሴፍ ሕልሚ ኸም እተፈጸመ ዘስተብሃለ ይመስል (ዘፍ፡ 37፡ 5- 11)። ልክዕ ከም ሙሴን እያሱን እቲ ዚመጽእ መሲህን፡ ዮሴፍ ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎዎ ስልጣን ብትንቢት ኣለልይዎ ወይ ከኣ ዮሴፍ ናይ ህዝቡ "መድሓኒ" ምዃኑ ኣፍሊጡ።

11፡ 22 **"ብዛዕባ ኣዕጽምቱውን ትእዛዝ ሃበ"** ኣዕጽምቱ ኻብ ምድሪ ግብጺ ተወሲዶም ድሕሪቲ ጸኣት (ዋሕዚ እስራኤላውያን ካብ ግብጺ) ኣብታ ናይ ተስፋ ምድሪ እዮም ኪቕበሩ (ዘፍ፡ 50፡ 24- 25፣ ዘጸ፡ 13፡ 19፣ እያ፡ 24፡ 32)።

**እብ። 11። 23- 29**

**"ሙሴ ምስ ተወልደ። ወለዱ ጽቡቕ ሕጻን ምዃኑ ርእዮም። ብእምነት ሰለስተ ወርሒ ሓብእዎ።**

**ኣዋጅ እቲ ንጉስውን ኣይፈርሁን፣ ሙሴ ምስ ዓበየ። ወዲ ጓል ፈርኦን ከይብሃል። ብእምነት ኣበየ እሞ። ካብ ንገዜኡ ብሓጢኣት ባህ ዚብሎስ ምስ ህዝቢ ኣምላኽ ደኣ መከራ ኺጸግብ ሓረየ። ናብቲ ዓስቢ ጠመተ እሞ። ካብ መዝገብ ግብጽስ ነቲ ጸርፊ ክርስቶስ ኣዝዩ ብዙሕ ሃብቲ ገይሩ ቖጸሮ፣ ነቲ ዘይርኤስ ከም ዚርእዮ ኾይኑ ተዓጊሱ ጸንዔ እሞ። ነቲ ኹራ ንጉስ ከይፈርሄ። ብእምነት ንግብጺ ሓደጋ፣ እቲ በዅሪ ዜጥፍእ ዝነበረ ምእንቲ ኸይቀርቦም። ብእምነት ፋሲጋን ምንጻግ ደምን ገበረ፣ ብእምነት ከም ብንቑጽ ምድሪ ገይሮም ንባሕሪ ኤርትራ ተሳገርዎ፣ ግብጻውያን ግና ከምኡ ኺገብሩ ምስ ፈተኑ። ተዋሕጡ፣"**

11፡ 23 **"ወለዱ"** እቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) "ወለዱ" ይብል፡ እቲ ናይ እብራይስጢ **ማሶረቲክ** ጽሑፍ ግን "ኣደ" ጥራይ ይብል።

▣ **"ጽቡቕ ሕጻን ምዃኑ ርእዮም"** ያታ ኣይሁድ ከም ዜዘንትዎ፡ ሙሴ ብትርኢት ምልኩዕ ቆልዓ እዩ ነይሩ። ኣየኖት ወለዲ እዮም ውሉዶም ጽቡቕ ኮይኑ ዘይረኣዮም? እቲ ስነ-መለኮታዊ ቑምነገሩ ግን እዚ ኣይኮነን። እዚ ኻብ ኣምላኽ ዝተላእከ ፍሉይ ቆልዓ እዩ ነይሩ።

▣ **"ኣዋጅ እቲ ንጉስውን ኣይፈርሁን"** እዚ ጸሓፊ ነዚ ሓረግዚ ኺጠቕሶ እንከሎ ነቶም እዋናውያን ነበብቱ እናጠመተ እዩ (ጥቕሲ 27)።

11፡ 24 **"ወዲ ጓል ፈርኦን"** እዚ ወግዓዊ ናይ ግብጺ ሹመትን ናይ ስልጣን መዓርግን እዩ ነይሩ።

11፡ 25 - 26 ደጊሙ እቲ ጸሓፊ ምስቲ እቶም ነበብቱ ዘጋጥሞም ዘሎ ፈተና ዚዛመድ ሓሳብ የምጽእ። እቶም ነበብቱ ኣዒንቶም ኣብቲ ህሉው ኵነታት ዘይኮነስ ኣብ መጻኢ፡ ኣብቶም ርጉጻት ተስፋታት እግዚኣብሄር ኪገብሩ ኣሎዎም። ንክርስቶስ እሙን ምዃን እቲ ናይ መወዳእታ ነጥቢ እዩ!

11፡ 27 **"ንግብጺ ሓደጋ"** እዚ ነቲ ጸኣት እስራኤላውያን (ዘጸ፡ 2፡ 14 - 15) ዘይኮነስ፡ ነቲ ናይ ሙሴ ህድማ ናብ ሚድያን ዜመልክት ይመስል። ደጊሙ እዚ ጸሓፊ ብዛዕባቲ ዕላማ ሙሴ ሓደ ፍጹም፡ ኣበር ዘይብሉ ስእሊ የቕርብ።

▣ **"ነቲ ዘይርኤስ ከም ዚርእዮ ኾይኑ"** እስራኤላውያን ብምኽንያት ቅድስናኡ ንያህወ (እግዚኣብሄር) ምርኣይ መቕዘፍቲ የምጽእ ኢሎም ይኣምኑ ነበሩ (ዘፍ፡ 16፡ 13፤ 32፡ 30፥ ዘጸ፡ 3፡ 6፤ 11፡ 17- 23፥ መሳ፡ 6፡ 22- 23፤ 13፡ 22፥ 1ነገ፡ 19፡ 11- 13፥ ግብ፡ 7፡ 32)።

11፡ 28 እዚ ንዘጸኣት 12 ዚእምት እዩ። እዚ ንዅላ ግብጺ እንተላይ ናብ ምድሪ ጎሸን ዝወረደ ናይ መወዳእታ መዓት እዩ ነይሩ። ዋላ እቶም እብራውያን እቲ ዚዘውር ዝነበረ መልኣኽ ሞት ምእንቲ ኺንሕፎም ትእዛዝ እግዚኣብሄር ኪፍጽሙን ብእምነት ኪዓዩን ኣድልይዎም።

▣ **"በዅሪ"** ናይ እብ፡ 1፡ 6 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ **"እቲ... ዜጥፍእ"** እዚ ነቲ መልኣኽ ሞት እዩ ዜርኢ (ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (LXX)፡ ዘጸ፡ 12፡ 23፥ 2ሳሙ፡ 24፡ 16- 17)።

11፡ 29 እዚ ናይቲ ኣብ ዘጸ፡ 14፡ 21ን ዝቐጸሉ ገጻትን ዘሎ ዛንታ ጽማቝ እዩ።

11። 30 - 31

***“ቀጽሪ ያሪኮ ሾብዓተ መዓልቲ ምስ ዞርዎ። ብእምነት ወደቐ፣ ረሃብ። እታ ኣመንዝራ። ንቶም ሰለይቲ ብሰላም ስለ እተቐበለቶም። ብእምነት ምስቶም ዘይእዙዛት ኣይጠፍኤትን፣”***

11፡ 30 “***ቀጽሪ ያሪኮ... ወደቐ***” (*እያ*፡ 6፡ 20፥ 2*ቆሮ*፡ 10፡ 4)።

11፡ 31 “***ረሃብ፡ እታ ኣመንዝራ***” *እዛ ከንኣናዊት፡ ኣምኒት ኮይና* (*ያእ*፡ 2፡ 25)። *እታ ኣብ ማቴ*፡ 1፡ 5 *ኣብ ወለዶ እቲ መሲህ ተጠቒሳ ዘላውን ንሳ ኸትከውን ትኽእል እያ*።

11። 32 - 38

***“እሞኸ ብዛዕባ እኒ ጊዴዎን። እኒ ባራቅ። እኒ ሳምሶን። እኒ ይፍታሄ። እኒ ዳዊትን ሳሙኤልን ነብያትን እንታይ ክብል እየ? ብዛዕባኦም ከየዘንትወልኩም ጊዜ ይሓጽረኒ እዩ፣ ንሳቶም ብእምነት ንመንግስታት ሰዓሩ። ጽድቂ ገበሩ። ነቲ ተስፋ እተገብሮ ረኸቡ። ኣፍ ኣናብስ ዓጸዉ፣ ንሓይሊ ሓዊ ኣጥፍኡ። ካብ ስሕለት ኣስያፍ ደሓኑ። ካብ ድኻም በርትዑ። ኣብ ውግእ ሓየሉ። ንሰራዊት ኣህዛብ ኣህደምዎም፣ ኣንስቲ ንምዉታተን ብትንሳኤ ተቐቢለናኦም፣ ካልኦትውን ተሰቀዩ እሞ። ዚሓይሽ ትንሳኤ ምእንቲ ኺረኽቡ ኢሎም። ምሕረት ኣይደለዩን፣ ገሊኦቶም ድማ ብልግጫን ብመግረፍትን። ኣብ ልዕሊ እዚውን ብመቕሕን ማእሰርትን ተፈተኑ፣ ብዳርባ እምኒ ተቐትሉ። ተመገዙ። ተፈተኑ። ተሰይፎም ሞቱ። ኣጎዛ ኣባጊዕን ዲኖ ኣጣልን ተኸዲኖም ዞሩ። ሰኣኑ። ጸበቦም። ሓሳረ መከራ ጸገቡ፣ - ዓለም ንኣታቶም ዘይትበቅዕ ኮይናስ። - ኣብ በረኻታትን ኣብ ኣኽራንን ኣብ በዓትታትን ኣብ ጎዳጉድ ምድርን ኮለል በሉ፣”***

11፡ 32 “***ጊዴዎን***” (*መሳ*፡ 6 - 8)

▣ “***ባራቅ***” (*መሳ*፡ 4 - 5)

▣ “***ይፍታሄ***” (*መሳ*፡ 11 - 12)

▣ “***ዳዊት***” (1*ሳሙ*፡ 16፡ 1)

▣ “***ሳሙኤል***” (1*ሳሙ*፡ 1፡ 20)

11፡ 33 “***ጽድቂ***” *ናይ እብ*፡ 1፡ 9 *ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት*።

▣ “***ኣፍ ኣናብስ ዓጸዉ***” *እዚ ንሳምሶን፡ ዳዊት፡ ዳንኤል ወይውን ንዘይተፈልጠ ፍጻሜ ዜመልክት ኪኸውን ይኽእል*።

**11፡ 34 "ንሓይሊ ሓዊ ኣጥፍኡ"** እዚ ኻብ ሓዊ ናይ ምድሓን ጥቕሲዚ፡ ብፍላይ ንዳንኤል 3 ዚምልከት ኪኸውን ይኽእል ወይውን ንገለ ኻልእ ዘይተፈልጠ ታሪኻዊ ፍጻሜ። እዚ ምድሓንዚ ኣብ 1ቆሮ፡ 13፡ 3 ተጠቒሱ ዘሎውን ኪኸውን ይኽእል። ግናኸ ኣብ 1ቆሮ፡ 13፡ 3 ምስቲ ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፍ ዚዛመድ ሽግር ኣሎ። እቶም ጥንታውያን ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፋት P[46]፡ ℵ፡ A፡ B "ምእንቲ ኽምካሕ" (*ካውቸሶማይ*) ዚብል ኣሎዎም፡ እቶም C፡ D፡ F፡ G፡ K፡ L ከኣ "ስጋይውን ንምንዳድ ኣሕሊፈ እንተ ዝህብ" (*ካውተሶማይ*) ይብሉ። እቲ ቐዳማይ እዞም ዚስዕቡ ብልጫታት ኣሎውዎ
1. ዝሓሹ በኹሪ ጽሑፋት 2. እቲ ቓል ብዙሕ ግዜ ጳውሎስ ተጠቒሙሉ።

▣ **"ካብ ድኻም በርትዑ"** (ምስ 2ቆሮ፡ 12፡ 9 ኣነጻጽሮ)

**11፡ 35 "ኣንስቲ ንምዉታተን ብትንሳኤ ተቐቢለናኦም"** ብስነ-መለኮታዊ ኣዘራርባ እዚ ትንሳኤ ኣይኮነን። ህይወት ምዝራእ እዩ (1ነገ፡ 17፡ 17- 23፥ 2ነገ፡ 4፡ 31- 37)። ክሳዕ ሎሚ ዘለኣለማዊ ስጋ ዘፍረየ ናይ የሱስ ክርስቶስ ትንሳኤ ጥራይ እዩ።

▣ **"ዚሓይሽ ትንሳኤ"** እዚ ቓልዚ ናይ ዝተሰውአ ሰማእት ክብርን ዓወትን እዩ ዜመልክት። ኣብቲ ናይ እግዚኣብሄር ናይ መደቡን ፍቓዱን ሚስጢር ነዛ ዝወደቐት ዓለም፡ ገሊኣቶም ብስጋ ተንሲኦም ("ኣንስቲ ንምዉታተን ብትንሳኤ ተቐቢለናኦም")፡ ገሊኣቶም ግን ኣይተንስኡን። እቲ ቐዳማይ ዓብዩን ግሩምን እዩ፡ እቲ ኻልኣይ ግን ዝያዳ ዝሓየለ ናይ እምነት፡ ክሳዕ መወዳእታ ዝተኣመነት እምነት ምልክት እዩ።

እዚ ምስ መንፈሳዊ ዓስቢ ዚተኣሳሰር ኪኸውን ይኽእል፡ ከምኡ እንተ ደኣ ኮይኑ እቲ ኣውራ ነገር እቲ ኣማውታ ዘይኮነስ እቲ ናይ እምነት ልቢ እዩ። ኣመንቲ በቲ ኣብ ያህወን የሱስን ዘሎዎም እምነት ብትብዓት ኪነብሩ እዮም ተጸዊዖም። እቲ ዓወት፡ እሙንነቶም እዩ! ያህወ ንተስፋታቱ እሙን እዩ፥ የሱስ ኣብ ተግባራቱ እሙን እዩ፥ ኣመንቲ ኸኣ ኣብቲ ናይ እምነት ጒዕዞኦም እሙናት ኪኾኑ ኣሎዎም። ብዛዕባቲ "ዚሓይሽ" ዚብል ቃል ኣብ እብ፡ 7፡ 7 ተመልከት።

**11፡ 36 "ብልግጫን ብመግረፍትን"** እዚ ምናልባት ነቲ ናይ ማቃባውያን ዘመን ዜመልክት እዩ (1ማካ፡ 1፡ 62 - 64፤ 7፡ 34፥ 2ማካ፡ 6፡ 18- 20፤ 7፡ 1 - 42)።

**11፡ 37 "ብዳርባ እምኒ ተቐትሉ"** ዛንታ ኽም ዚብሎ፡ ኤርምያስ ኣብ ግብጺ ብኣይሁድ ብዳርባ እምኒ እዩ ተቐቲሉ። ሓደ ዘካርያስ ዝስሙ ኻህን (እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ጸሓፊ ኣይኮነን) ብዳርባ እምኒ ኽም እተቐትለ ኣብ 2ዜና፡ 24፡ 20 - 21፥ ሉቃ፡ 11፡ 51 ተጻሒፉ ኣሎ።

▣ **"ተመገዙ"** ብያታ ኽም ዚብሃል (ኣብ ዕርገት ኢሳይያስ 5፡ 1 - 14) ኢሳይያስ ብትእዛዝ ንጉስ ምናሴ ኣብ ጓንጓ ጒንዲ ኣእትዮም ብመጋዝ ቆሪጾሞ።

▣ **"ተፈተኑ"** ኣብ መንጎ እቶም ብዙሓት ንፍሉይ መከራን ስቓይን ዚምልከቱ ጥቕስታት፡ እዚ ሓፈሻዊ ሓሳብ ዚጠቅስ ይመስል። እቲ ጥንታዊ ናይ ጳጺሮስ ናይ ኢድ ጽሑፍ P[46] ነዚ ሓረግዚ ዘሊልዎ ኣሎ። ናይ መበቆላዊ ጽሑፋት ተንተንቲ ኽም ዝገመትዎ፡ እቲ "ተመገዙ" (*ኤፕሪስተሳኽ*) ዚብል ሓረግ ምስቲ "ተፈተኑ" (*ኤፔራስትያኽ*) ዚብል ሓረግ ኣዝዩ ተመሳሳሊ ስለ ዝኾነ ምናልባት ኣብቶም ናይ መጀመርያ ቕዳሓት ናይ ጸሓፍቲ ወሰኽ ኣጋጢሙ ኪኸውን ይኽእል። ኣብቶም ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፋት ብዙሓት ለውጥታት ኣሎዉ (ናይ ቃላት መስርዕ፡ ናይ ቃላት ግዜ)። እቲ ናይ ዩናይትድ ባይብል ሶሳይቲስ ራብዓይ ሕታም ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፍ ነዚ ሓረግዚ ዘሊልዎ ኣሎ።

▣ **"ተሰይፎም ሞቱ"** (1ነገ፡ 19፡ 10፤ 14፥ ኤር፡ 2፡ 30፤ 26፡ 23)።

11፡ 38 እዚ ነቲ ናይ ሰዓብቲ እግዚኣብሄር ሕሱም ናይ መከራ ታሪኽ ይገልጽ። እዞም ነዚ መልእኽቲ ዜንብብዎ ዘለዉ ደኣ በቲ ናይ ገዛእ ርእሶም መከራ ኸመይ ገይሮም ኪግረሙ?

11። 39 - 40

**"ብጀካና ናብ ፍጻሜ ምእንቲ ኸይበጽሑስ። ኣምላኽ ብዛዕባና ዚሓይሽ ስለ ዝሓለየ። እዚኣም ኲላቶም። ብእምነት ተመስኪሩሎም ዘሎ። ነታ ተስፋ ኣይረኸብዋን፣"**

11፡ 39 "**ተመስኪሩሎም ዘሎ**" እዚ መሊሱ ምስ ጥቕሲ 2 (ምስ እብ፡ 2፡ 11 ኣነጻጽሮ) ይተኣሳሰር። እቲ ዋላ ኣብ ክፉእ ኵነታት ዚንበር ናይ እምነት ህይወት ንእግዚኣብሄር የሐጉሶ።

11፡ 40 ናይ እግዚኣብሄር ተስፋታት ንዅሉ ዕድመ፡ ዓሌት፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ደረጃ፡ ደረጃ ትምህርቲ ሓደ ይገብሩ (ገላ። 3፡ 28፣ ቆሎ፡ 3፡ 11)። ኵሎም እዞም ናይ ብሉይ ኪዳን ሰባት ንቕድሚኣም ናብታ ሓዳስ መዓልቲ እግዚኣብሄር የቋምቱ ነይሮም። እታ መዓልቲ ብክርስቶስ ኣብ ቤተ ልሄም መጺኣ፡ ነቲ ምብራቓዊ ሰማይ ሰንጢቓ ኸኣ በቲ ኻብ መንግስተ-ሰማያት ዚግልጽ ክርስቶስ ክትዛዘም እያ! ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ኵሎም ቅዱሳን፡ ናይ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን፡ ብእምነት ዜማዕድውዎ ተስፋ እዩ (1ዮሃ፡ 3፡ 2)።

▣ "**ዚሓይሽ**" ናይ እብ፡ 7፡ 7 ምሉእ መግለጺ ርአ።

▣ "**ፍጻሜ**" ናይ እብ፡ 10፡ 1 ምሉእ መግለጺ ተመልከት።

***መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት***

*እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዘና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።*

*እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጒዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብዅሉ መዳዮም ንኽተስተብህሉሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።*

1. እቶም እምነት ዚትርጎሙ ናይ እብራይስጥን ግሪኽን ቃላት ግለጾም።
2. እዚ (ኣዋጅ) ብእንግሊዝ "ፋያት" ዚብሃልን "ኢክስ ኒሂሎ"ን እንታይ ማለት እዮም?
3. እግዚኣብሄር ንኣመንቲ ይፍትኖም ድዩ (እብ፡ 11፡ 17 ኣንጻር ያእ፡ 1፡ 13 - 14)?
4. ንመከራ ዚወሃብ ፍሉይ ክብሪ ኣሎ ድዩ? ኵሎም ክርስትያናት ድዮም መከራ ዚረኽቦም?
5. እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቶም ናይ እምነት ሰባት ብስሞም ዝዘርዘሮም ንምንታይ እዩ?

# እብራውያን 12

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

***ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ***

*እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጉማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኹም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።*

*ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጉም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።*

1. *ቀዳማይ ምዕራፍ*
2. *ካልኣይ ምዕራፍ*
3. *ሳልሳይ ምዕራፍ*
4. *ወዘተ…*

***ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ***

12። 1- 2

**"ምእንትዚ ንሕና ድማ ብኸንድዚ ዚኣክል ደበና ምስክር ተኸቢብና ኸሎና። ንኹሉ ዚኸብደናን ነቲ ዚጠብቀናን ሓጢኣትን ነርሕቖ። በቲ ኣብ ቅድሜና ተሓንጺጹልና ዘሎ መቐዳደሚ ኸኣ ብትዕግስቲ ንጕየ፣ ናብቲ። ሕፍረት ንዒቑ። ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጎስ ኢሉ መስቀል እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን የሱስ ንጠምት፣"**

12፡ 1 ***"ምእንትዚ"*** ጥቕሲ 1፡ ኣብዝን ኣብ 1ተሰ፡ 4፡ 8ን ጥራይ ዚርከብ ብሰለስተ ቓላት ዝቖመ ዘይዝውቱር ውህደት (*ቶይጋሩን*) ዝሓዘ እዩ። ኣብቶም ዝቐደሙ ኣብነታት እሙንነት ብምምርኳስ፡ እቶም ናይ መልእኽቲ እብራውያን ተቐበልቲ ንኻልኦት ዚሕግዝን ዜተባብዕን ኣምላኻዊ ህይወት ኪነብሩ ትጽቢት ይግበረሎም።

▣ "ደበና" ኣብ ናይ ግሪኽ ስነ-ጽሑፍ "ደበና" ብዙሕ ግዜ ንምሳሌ እኩባት ሰባት የመልክት (ሄሮዶትስ VIII. 109)።

▣ **"ምስክር"** እዚ ቓልዚ እዞም ዚስዕቡ ትርጕማት ኪህልውዎ ይኽእል

1. ናይ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ምስክር
2. ዝረኣየ፡ ዝፈለጠ ወይ ዝተሞኮሮ ዘካፍል ሰብ
3. ብእምነቱ ንክርስቶስ ዝተሰውአ ወይ ዝሞተ ሰማእት
4. ምሳሌ ናይቶም ኣብ ምዕራፍ 11 ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣብነታት እምነት

ብምኽንያት እቲ ናይ ምዕራፍ 11 ኣጠቓቕማ እቲ ቓል፡ "እቶም ናይ እምነት ሰባት" ይዕዘቡና ኣለዉ ዚብል ትምህርቲ ንምሕላፍ ዘይኮነስ፡ ንሕና ነቲ ናይ እሙንነት ህይወቶም ኣርኣያ ጌርና ንጠምቶ ንምባል እዩ። እዛ ጥቕሲዚኣ እቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉ ኣሚኖም ዝሞቱ ፍቁራት ነቲ ኣብ ምድሪ እንነብሮ ህይወትና ይዕዘብዎ እዮም ዚብል ሓሳብ ብጌጋ ንምድጋፍ ብዙሕ ግዜ ተገልግል እያ። ብርግጽ ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ፡ ኣመንቲ ንሓድሕዶም ኪፋለጡን ኪሓብሩን እዮም። ግናኸ ኣመንቲ ኣብ ግዜ ሞቶም ከም ዚራኸቡ ወይውን ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ህይወት ካብ ሰማይ ከም ዚዕዘብዎ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይዛረብን እዩ።

ብሓልዮት ዩናይትድ ባይብል ሶሳይቲ ብኤሊንግዎርዝን ኒዳን ኣብ ዝተዳለወ *// ሃንድቡክ ኦን // ለተርዝ ቱ // ሂብሪውስ* ኣንጻራዊ ትርጕም እዩ ዚህብ። ከምዚ ድማ ይብል፡ "እቲ ሓሳብ፡ እቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ጀጋኑ ንጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያንን ነበብቱን ኣብ ክርስትያናዊ ህይወቶም ከመይ ከም ዚገዩ ዘለዉ ይዕዘቡ ኣለዉ፡ ምኽንያቱ እቲ ምድሓኖም ምስ ክርስትያናት ዝተተሓሓዘ ስለ ዝኾነ (11.40)" (ገጽ 287)።

▣ **"ንጕየ"** እዚ ምስቲ ኣብቲ ምሉእ ሓሳብ ዚህቦ ስምዒት፡ ተኽእሎ ዜመልክት ቃል እዩ። ቃል ብቓሉ፡ ሕጂ ዚካየድ ተግባር እዩ ዚውክል።

ብመንጽር እቶም እሙናት ናይ ብሉይ ኪዳን ምስክር፡ ኣመንቲ ኺገብርዎ ዚግባእ ኣስተውዕል፡

1. ኵሉ ኽብደት ኬርሕቑ ኣሎዎም፡ ጥቕሲ 1
2. ብቐሊሉ ዚሓላልኾም ኵሉ ሓጢኣት ኬርሕቑ ኣሎዎም፡ ጥቕሲ 1
3. ነቲ ጕያ ብትዕግስቲ ኺጎዩ፡ ጥቕሲ 1
4. ኣዒንትና ኣብ የሱስ ከነውድቕ፡ ጥቕሲ 2

▣ **"ነርሕቕ"** እዚ ቓልዚ ኣብ ሕሉፍ ግዜ ንዝጀመረ ተግባር ዜመልክት ኮይኑ፡ ትርጕሙ ኸኣ "ክዳን ኣንበረ" የስምዕ (ግብ፡ 7፡ 58)። እዚ ሰዋስዋዊ ቕርጺዚ ሓደ ሰብ ኣብ ገዛእ ርእሱ ዚገብሮ፡ ኣገዳሲ ውሳኔ ይእምት። ጳውሎስ ግና ነቲ ቓል ስነ-ምግባር ንምምልካት ብምሳሌ ይጥቀመሉ (ሮሜ፡ 13፡ 12፥ ኤፌ፡ 4፡ 22፤25፥ ቆሎ፡ 3፡ 8- 9፡ ከምኡውን "ልበሱ" "ዝለበስኩም" "ልበሱ" "ልበስዋ" ኣብ ኤፌ፡ 4፡ 24፥ ቆሎ፡ 3፡ 10፤ 12፤ 14)። ክርስትያናት ኣብቲ ብናጻ ዚርከብ ምድሓኖም ብትግሃት ኪሳተፉ ኣሎዎም (ፊሊ፡ 2፡ 12- 13)። ዚጕየ ቕድድም፡ ዚስራሕ ምስክርነት፡ ዚግበር ቅልስ ኣሎ (ፊሊ፡ 3፡ 12- 14)!

▣ **"ንኹሉ ዚኸብደና፡"** እዚ ሓረግዚ ቓል ንቓሉ "ስብሒ" ወይ "ሚዛን" ማለት እዩ። እቶም ኣብ ናይ ግሪኽ ናይ ኣትለታት ቅድድም ዚወዳደሩ፡ ዳርጋ ጥራይ ነብሶም እዮም ዚወዳደሩ ነይሮም። እቲ ሓረግ ነዞም ዚስዕቡ ሓሳባት የገልግል

1. ንስብሒ ኣካላት ሰብ
2. ኣብ ምህናጽ ኣካላት ዜድልዩ መሰልጠኒ ኽብደት (ሚዛናት)
3. ኣብ ናይ ግሪኽ ስነ ጽሑፍ ናይ ትዕቢት ምሳሌ
4. ኣብ ፍልስፍና ነቲ ኣንጻር "ብሉጽ" ዝኾነ "ጽቡቕ" ተጠንቀቑሉ ተባሂሉ ኸም ዚምሰል

▣ **"ሓጢኣት"** እዚ ነዞም ዚስዕቡ የመልክት 1. ናይ ሓጢኣት ባህሪ፥ 2. ዜሸግር ሓጢኣት፥ 3. ዘይምእማን፥ ወይ ከኣ 4. እዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ፍሉይ ሃዋህው ከኣ "ንድሕሪት ምምላስ" (እብ፡ 10፡ 38) ኪኸውን ይኽእል። እዚ መልእኽቲ/ መጽሓፍ/ ስብከትዚ ንኣመንቲ ኣይሁድን ዘይኣመንቲ ኣይሁድን ዝተጻሕፈ እዩ።

▣ **"ነቲ ዚጠብቀና"** ናይ ጥንቲ ናይ ጳጺሮስ ናይ ኢድ ጽሑፍ ዝኾነ P[46] ነዚ ሓረግዚ "እቲ ብቐሊሉ ዜዘንብለና (ዚዕንቅፈና)" ይብሎ። እዚ ዝኾነ ይኹን ንኣማኒ ኣብ ናይ ህይወት ጒዕዞኡ ዚሕንኩሎ ነገር እዩ ዜመልክት። ምናልባት ተደጋጋሚ ሓጢኣት ኪኸውን ይኽእል፡ ሚዛኑ ዘይሓለወ ድሌት ወይውን ህላወ ናይ ብዙሕ ጽቡቕ ነገራት- ኣመንቲ ነቶም ብኣምላኽ ዝተዋህብዎም ጸጋታትን ዝተጸውዑሎም ዕላማታት ህይወትን ሽለል ኪብሉ ዚገብርዎም።

▣ **"መቀዳደሚ"** እዚ ናይ ግሪኽ ቃል ኣጎና ናይ ስፖርት (ኣትሌቲክስ) ቃል እዩ። ካብኡ እቲ ናይ እንግሊዝ ቃል "ኣጎኒ" ተረኺቡ። ብዙሕ ግዜ ኣብ ውድድር ንዚግበር ስሩዕ ቅድድም የገልግል።

▣ **"ኣብ ቅድሜና ተሓንጺጹልና ዘሎ"** እዚ ብኻልእ ኣካል ዝተገብረ ዚመስል ግናኸ እቶም ሰማዕቲ ኺገብርዎ ዘሎዎም ተግባር እዩ። እቲ ክርስትያናዊ ህይወት ብዙሕ ግዜ ኸም ስፖርታዊ ውድድር እዩ ዚግለጽ (1ቆሮ፡ 9፡ 25፥ ፊሊ፡ 1፡ 30፥ 2ጢሞ፡ 2፡ 5፥ ቅድድም 1ቆሮ፡ 9፡ 24፤ 26፥ ገላ፡ 2፡ 2፤ 5፡ 7፥ ፊሊ፡ 2፡ 16፥ መኸተ ጒስጢ 1ቆሮ፡ 9፡ 26፥ 1ጢሞ፡ 1፡ 18፤ 6፡ 12፥ 2ጢሞ፡ 4፡ 7፥ ቅልስ ኤፌ፡ 6፡ 12)።

▣ **"ትዕግስቲ"** እዚ ምዕራፍዚ ኣብቲ "ተዓጊስኩም" "ትዕግስቲ" ዚብል ቃል እዩ ዚዘውር (እብ፡ 10፡ 32፤ 36)። እዚ "ወለንታዊ፡ ደፋር፡ ዓቃል ትዕግስቲ" ማለት እዩ። ኣብዚ ምዕራፍዚ እቲ "ትዕግስቲ" ዚብል ስም ኣብ ጥቕሲ 1 ኣሎ፡ እቲ ግሲ ኸኣ ኣብ ጥቕስታት 2፡ 3ን 7ን ይርከብ። እዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ብሓፈሻኡ፡ ናይዞም ዳሕረዎት ሒደት ምዕራፋት ከኣ ብፍላይ ቀንዲ ኣርእስቲ እዩ- ኣብዚ ጽናዕ!

▣ **"ንጒየ"** እዚ ናይ ህሉው ግዜ ኣመልካቲ እዩ። ብዛዕባ ቐጻሊ ተግባር እዩ ዚዛረብ። መጠንቀቕታ ኸኣ ይውስኽ። እዚ ምስቶም ነቶም ኣመንቲ ኣይሁድ ካብ ክርስቶስን ወንጌልን "ንድሕሪት ከይምለሱ" ዝተዋህቡ መጠንቀቕታታት ይሰማማዕ።

12፡ 2 **"ናብ... የሱስ ንጠምት"** እዚ ናይ ህሉው ግዜ ንጡፍ ተግባር እዩ። ትርጒሙ ኸኣ "ብምሉእ ቀልቢ ምዕዛብ" ማለት እዩ። ኣስተውዕል፡ ንየሱስ ኢና እንጥምቶ- ነቲ ሓፋሽ ህዝቢ፡ ነቲ ኹነታት፡ ንገዛእ ርእስና ኣይኮነን። እዚ ናብቲ ሓድሽ ኪዳን (ወንጌል) ብጽንዓት ምትኳር ዜመልክት ምሳሌኣዊ ኣዘራርባ እዩ።

▣ **"ሕፍረት ንዒቑ"** መስቀል ነቲ ናይ እግዚኣብሄር ኣቦን ወድን ፍቕሪ ዜረጋግጽ ናጻ ምስክር እዩ (ዮሃ፡ 3፡ 16ን ሮሜ፡ 5፡ 8ን)። እዚ ተሪር ናይ ግሪኽ ቃል እዩ። የሱስ ናብቲ ናይ ሕስራኑ ኽቡር ውጽኢት ኣማዕድዩ (ኢሳ፡ 53፡ 10- 12)። መስቀል ቀሊል ኣይነበረን፡ ዋጋ ምድሓን ሕሱር ኣይነበረን!

▣ **"ስለቲ... ሓጎስ"** ኣብ ግሪኽ እቲ ኣንፃቲ ዚብል መስተዋድድ "ብምኽንያት" ዚብል ትርጒም ኣሎዎ። ግናኸ "ኣብ ክንዲ" ዚብል ትርጒምውን ኣሎዎ። እቲ ቐዳማይ፡ ክርስቶስ ካብ ሰማይ ኪወርድ እንከሎ የመልክት (ፊሊ፡ 2፡ 5 - 11)፤ እቲ ኻልኣይ ከኣ ነቲ ክርስቶስ በቲ ውዱእ ምድሓንን ዕርገቱን ዝነበሮ ሓጎስ እዩ ዚጠቅስ (ኢሳ፡ 53፡ 10 - 12)።

▣ **“ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ”** እዚ ሓረግዚ ኣብ ጥቕሲ 1 ነቲ ናይ ህይወት ክርስትና ቓልሲ (ቅድድም) የመልክት። ሕጂ ኸኣ ነቲ ክርስቶስ ህይወቱ ምእንታና ኪኸፍል እንክሎ ዝነበሮ ቓልሲ የመልክት። እዚ እቲ ጸሓፊ ነቶም ኣመንቲ ኣይሁድ ኪጽመሙ ዚምሕጸነሉ ኣገባብ እዩ። የሱስ እቲ ተራኡ ገይሩ፥ ንሳቶም ከኣ ነቲ ናቶም ኪገብሩ ኣሎዎም። ንሱ ምስ ወድአ፡ ዓብዪ ሓጎስ ረኺቡ፡ ንሳቶምውን ነቲ ጕዕዞኦም እንተ ወዲኦም ከምኡ ይረኽቡ።

▣ **“መስቀል”** እቶም ናይ ዘመን የሱስ ካህናት ኣይሁድ (ራባያት)፡ ብምኽንያት እቲ ብዛዕባ ዘዳ፡ 21፡ 23 ዝነበሮም ትርጓሜ ንመስቀል ከም መርገም እዮም ዚርእይዎ ነይሮም። ጳውሎስ፡ የሱስ ምእንታና ነዚ መርገም ሕጊ ኸም እተሰከሞ ይነግረና (ገላ፡ 3፡ 13)።

▣ **“የማን”** እዚ ቓል ንቓሉ ዚትርጎም ኣይኮነን። ን”ስፍራ ሓይሊ”፤ “ስልጣን” ወይ “ብሉጽነት” ዜመልክት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ምሳሌ እዩ (ግብ፡ 2፡ 33 - 36)።

▣ **“ኣምላኽ”** (ዝፋን ኣምላኽ) ሓጢኣተኛታት ሰባት ነቲ ኽብርን ግርማን መንፈሳዊ ዓለም ኣብ ኣእምሮኦም ኪስእልዎ ጥራይ እዮም ዚኽእሉ። ብመልክዕ ኣካላዊ ቕርጺ ኺንገሮም ኣሎዎ (ብወርቂ እተለበጡ ጎደናታት፡ ናይ ሉል ደጌታት፡ ባሕሪ መረጼን)። እግዚኣብሄር መንፈሳዊ፡ ዘለኣለማዊ፡ ኣብ ኵሉ ብሓደ ግዜ ዘሎ፡ ዝኾነ ይኹን ዝፋን ኪሕዞ ዘይክእል ህላወ እዩ (1ነገ፡ 8፡ 27)። ፍሉይ ኣርእስቲ፡ እግዚኣብሄር ከም ሰብ ኪግለጽ እንክሎ (ብሰብኣዊ ስምዒታት ኪግለጽ እንክሎ) ናይ እብ፡ 3፡ 11 ርአ።

▣ **“እተቐመጠ”** እዚ ድሮ ናይ ዝተፈጸመ ተግባር ኣመልካቲ እዩ። ነባሪ ውጽኢት ዘሎዎ ዝተወድአ ተግባር እዩ ዜመልክት። ብቐጻሊ ንመዝ፡ 110፡ 1 (እብ፡ 1፡ 3፤ 13፤ 8፡ 1፤ 10፡ 12) ዚእምት እዩ።

▣ **“ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን”** እቲ ቐዳማይ ቃል ኣርኬጎስ ኣብ እብ፡ 2፡ 10 ንየሱስ ከም መሃዚ ምድሓንና ይገልጾ፥ ኣብ ግብ፡ 3፡ 15 ንየሱስ ከም ራእሲ (ደራሲ) ህይወት ንምግላጽ የገልግል፥ ኣብ ግብ፡ 5፡ 31 ንየሱስ ከም ራእሲ (መራሒ)ን መድሓንን ይሰምዮ። ናይ እብ፡ 2፡ 10 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ።

እቲ ኻልኣይ ቃል ተለዮትስ “እቲ ዚዛዝምን ዚፍጽምን” ማለት እዩ። እዚ የሱስ ነቲ ዝተዋህቦ ናይ እግዚኣብሄር ናይ ምድሓን መደብ ምሉእ ብምሉእ ከም ዚዛዝሞ ዜመልክት እዩ። ሓሳቡ ኸምቲ ኣልፋን ኦሜጋን (ራእ፡ 1፡ 8)፡ ቀዳማይን ዳሕራይን (ራእ፡ 1፡ 17፤ 2፡ 8) ዚብል መዓርግ እዩ። እዚ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ “ደምዳሚ” (ፈጻሚ) ዚብል ኣምር ብዙሕ ሳዕ ኣብ መጽሓፉ ይጥቀመሉ (እብ፡ 2፡ 10፤ 5፡ 9፤ 6፡ 1፤ 7፡ 11፤ 19፤ 28፤ 9፡ 9፤ 10፡ 1፤ 14፤ 11፡ 40ን ኣብዚ ጥቕሲዝን)። ናይ እብ፡ 7፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

“እምነት” ፒስቲስ ነዞም ዚስዕቡ ኼመልክት ይኽእል

1. ምስ ክርስቶስ ውልቃዊ ናይ እምነት ርክብ
2. ንክርስቶስ ናይ ምምሳል እሙን ህይወት
3. ክርስትያናዊ መሰረት እምነት (ይሁዳ 3፤ 20)

ክርስትና፡ እንቋዕ ደሓን መጻእካ እትብሎ ሰብ እዩ፡ ብዛዕባቲ ሰብ እቲ እትኣምኖ ሓቂ እዩ (ወንጌል)፡ ከምቲ ናይቲ ሰብ እቲ ዝበለ ህይወት ምንባር እዩ (ንክርስቶስ ምምሳል)።

12:3-11

***ምእንቲ ኸይትደኽሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን። ነቲ ኻብ ሓጥኣን ኣብ ርእሱ ኸንድዚ ዚኣክል ምጽራር እተዓገሰ ዘክርዎ፣ ምስ ሓጢኣት ብምቅላስኩም ገና ኽሳዕ ኣብ ደም እትበጽሑ ኣይተቓወምኩምን፣ እቲ ከም ንውሉድ ገይሩ፥ ወደየ። እግዚኣብሄር ነቲ ዜፍቅሮ ይቐጽዖ እዩ እሞ። ነቲ ዚቕበሎ ዘበለ ውሉድውን ይገርፎ። ስለዚ ቕጽዓት ጎይታ ኣይትንዓቕ። እንተ ገንሓካውን ሕሊናኻ ኣይተዕርብ። ኢሉ ዚዛረበኩም ዘሎ ምዕዶ ኸኣ ረሲዕኩምዎ ኣሎኹም፣ ቅጽዓት እንተ ተዓገስኩም። ኣምላኽ ከም ውሉድ ገይሩ ይርእየኩም እዩ፣ ኣቦኡ ዘይቀጽዖኸ እንታዋይ ውሉድ እዩ? ብዘይ እታ ኹሎም ዝሓበሩላ ቕጽዓት እንተ ዀንኩም ግና። ደቓሉ እምበር። ውሉድ ኣይኮንኩምን፣ ኣብ ርእሲ እዚውን ዚቐጽዑና ኣቦታት ስጋና ኻብ ዚነብሩና እሞ ኻብ እምሓፍሮም። ብህይወት ምእንቲ ኽንነብርሲ። ነቲ ኣቦ መናፍስቲ ኣዚና ኽንእዘዞዶ ኣይግብኣናን እዩ? እቲኣቶምሲ ንቕሩብ መዓልቲ ኽም እተራእዮም ገይሮም ቀጽዑና። ንሱ ግና። ካብ ቅድስናኡ ምእንቲ ኽንማቐል ኢሉ። ንጥቕምና እዩ ዚቐጽዓና፣ ቅጽዓት ዘበለስ ንጊዜኡ ንጓሂ እምበር። ንሓጎስ ከም ዚኸውን ኣይመስልን እዩ። ንዳሕራዩ ግና ነቶም ዝለመድዎ ናይ ሰላም ፍረ ጽድቂ እዩ ዚፈሪ፣"***

12፡ 3 ***"ዘክርዎ"*** እዚ ድሮ ዝጀመረ ብቶም ሰማዕቲ ኺግበር ዘለዎ ተግባር ዜመልክት ትእዛዛዊ ኣበሃህላ እዩ። ቃል ንቓሉ "ደምሮ" ወይ "ወስኮ" ማለት እዩ። ንናይ ሓደ ነገር ጥንቁቕ ትንታነ ንምግላጽ ዚጠቅም ቃል እዩ። እቶም ጥንታዎት ንቑጽርታት ናብ ላዕሊ እዮም ዚድምርዎም ነይሮም፡ ነቲ ድምር ንምምልካት ድማ ኣብ ላዕሊ ሕንጻጽ ይሕንጽጹ ነበሩ።

▣ ***"ነቲ… እተዓገሰ"*** እዚ ንዝተወድኣ ንጡፍ ተግባር ዜመልክት እዩ። ከምቲ የሱስ ንምድሓን ኣመንቲ ኺብል ኣዝዩ ዜሕፍር ኣተሓሕዛ ዘጓነፎ፡ እቶም ነበብቲ መልእኽቲ እብራውያን ከኣ ንእኡን ንኻልኦት ኣመንትን ከምኡ ኺነብሩ ኣሎዎም (1ዮሃ፡ 3፡ 16)።

▣ ***"ኣብ ርእሱ"*** እቲ ነጸላ ኽንዲ ስም ("ንሱ") ኣብ ኵሎም ዘመናውያን ትርጕማት መጽሓፍ ቅዱስ ይርከብ እዩ። ግናኸ መብዛሕትኦም ጥንታውያን ናይ ግሪኽ በኹሪ ጽሑፋት፡ ትርጕማትን ናይቶም ቀዳሞት ክርስትያናት ናይ ስነ መለኮት ሊቃውንቲ ጥቕስታትን ድርብ ክንዲ ስም እዮም ዚድግፉ (1. ኢየስ ኦቱስ፤ $\aleph^{*}$፤ D*፥ 2. ኢየስ ኦቱስ፤ $P^{13, 46}$፤ $\aleph^{2}$፥

3.ኢየስ ኦቱስ፤ A፤ P፤ $D^{C}$፤ K፤ L)። ዋላኳ ኣብ ሕጊ ግምገማ በኹሪ ጽሑፋት፡ እቲ ኣዝዩ ዘይዝውቱር፡ ኣዝዩ ኣሸጋር ጥቕሲ እዩ እቲ መበቆላዊ (በኹሪ) ጥቕሲ ኪኸውን ዚኽእል ዚብል ኣዝዩ ልሙድ መትከል እንተሎ፡ እዚ ድርብ ክንዲ ስም እዚ ምስቲ ኹነታት ፈጺሙ ዘይገጥም እዩ። እቲ ዚዝረበሉ ዘሎ በዓል ቤት ብርኡይ የሱስ እዩ። እዚ እቶም መብዛሕትኦም ናይ ጳጲሮስ ጽሑፋት ኣብ ጽሑፍ ቅድሚ ምእታዎም፡ ኣብተን ቀዳሞት ሚእቲ ኽሳዕ ክልተ ሚእቲ ዓመታት ዝተገብረ ናይ ጥንታውያን ጸሓፍቲ ጌጋ ኪኸውን ኣሎዎ።

▣ ***"ምእንቲ ኸይትደኽሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን"*** እዚኣቶም ነቶም ድሕሪ ኣድካሚ ናይ ጕያ ቕድድም ዚልህልሁን ዚወድቁን ጎየይቲ ዚዀኑ ናይ ስፖርት ቓላት እዮም። እዚ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን እምበኣር፡ እዞም ኣመንቲ ኣይሁድ ዋላኳ እቲ ጕዕዞ ኣሸጋሪ እንተ ዀነ ኪቕጽሉ ይምዕዶም ኣሎ። እዚ መጠንቀቕታ እዚ ኣብ ጥቕስታት 15፤ 25 - 29 ቀጺሉ ኣሎ።

12፡ 4 ***"ገና ኽሳዕ ኣብ ደም እትበጽሑ ኣይተቓወምኩምን"*** እቶም ቀዳሞት ነበብቲ እዚ መልእኽቲ፡ ብእምነቶም መከራ ኣጓኒፍዎም እዩ፡ ግናኸ ገና ሞት ኣይረኣዩን (ካብ እብ፡ 10፡ 32 ንንየው ዘሎዉ

ጥቕስታት ርአ)። የሱስ ምእንታኡም ሞት ጥዒሙ እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ስሊኡ ኺነብሩ ወይስ ኪሞቱ ፍቓደኛታት ኪኾኑ ኣሎዎም።

▣ **"ምስ ሓጢኣት ብምቅላስኩም"** እዚ ልክዕ ከምቲ ኣብ ጥቕሲ 1 ዝሓለፈ ቓል ካልእ ናይ ስፖርት ቃል እዩ። ብፊደላት እንግሊዝ ኪጸሓፍ እንከሎ "ኣጎኒ" ተባሂሉ ይንበብ። እቲ ኣብዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ሃዋህው ዘሎ "ሓጢኣት" ዚብል ቃል ነዞም ዚስዕቡ ይጠቅስ

1. ምስቶም ዘይኣመንቲ ኣይሁድ ዚዛመድ ናይ ዘይምእማን ሓጢኣት
2. ምስቶም ኣመንቲ ኣይሁድ ዚዛመድ ናይ ክሕደት ሓጢኣት ("ንድሕሪት ምምላስ" እብ፡ 10፡ 38)

12፡ 5 **"ረሲዕኩምዎ ኣሎኹም"** እዚ በቶም ነበብቲ ዝተገብረ ተግባር ዜመልክት ቃል እዩ። እዚ ቓልዚ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብዚ ስፍራዚ ጥራይ እዩ ኣገልጊሉ ዘሎ። ነዞም ዚስዕቡ የመልክት

1. ምሉእ ምርሳዕ (ድሮ ዝተፈጸመ ተግባር ብምዃኑ)
2. ኮነ ኢልካ ዚግበር ምርሳዕ (እቶም ረሳዕቲ ባዕላቶም እቶም ነበብቲ ስለ ዝኾኑ)

▣ **"ኣይትንዓቕ፡ እንተ ገንሓካውን ሕሊናኻ ኣይተዕርብ"** እዚ ጥቕስዚ ኻብ ምሳ፡ 3፡ 11- 12 ኻብ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) እዩ ተወሲዱ። ክልቲኦም ኣካላት እዚ ጥቕሲ ኣሉታዊ ንጥረ ቓላት ዘሎውዎም ናይ ህሉው ግዜ ትእዛዛት እዮም። ትርጉም እቲ ኣሉታዊ ኽፍሊ ንሓደ ተጀሚሩ ኣብ ጕዕዞ ዘሎ ተግባር ጠጠው ምባል እዩ።

▣ **"ቕጽዓት ጎይታ"** እዚ ቓልዚ "ምምሃር (ምዕላም) ቀልዓ" እዩ ዜመልክት። ኣብ ጥቕስታት 5 - 11 እዚ ቓልዚ ንቕኔ (ውሽጣዊ ትርጉም) የገልግል። እዚ ኻልእ ስድራቤታዊ ምሳሌ እዩ። ከምቲ ምድራዊ ወለዲ ንውሉዶም ዚቐጽዕዎም፡ ኣምላኽ ከኣ ነቶም ናቱ ኽምኡ ይገብሮም (1ቆሮ፡ 11፡ 32፣ ራእ፡ 3፡ 19)።

12፡ 6 **"እግዚኣብሄር ነቲ ዜፍቅሮ ይቐጽዖ እዩ እሞ"** እዚ ኣመንቲ ኣብ ናይ እምነት መከራ ዚኣትዉሉ ሓደ ምኽንያት እዩ (ማቴ፡ 5፡ 10 -12፣ ግብ፡ 8፡ 1ለ፤ 4፤ 14፡ 22፣ 2ተሰ፡ 1፡ 4- 10)።

▣ **"ነቲ ዚቕበሎ ዘበለ ውሉድውን ይገርፎ"** እዚ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ካብ ምሳ፡ 3፡ 11- 12 ዝቐጸለ ጥቕሲ እዩ። እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ! የሱስ ብዙሕ ሳዕ "ውሉድ" (ወዲ) ተባሂሉ ኣሎ፡ እቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ሰባት ግን "ባሮት" (ኣገልገልቲ) ተባሂሎም። ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣመንቲ ኸኣ "ውሉድ" ተባሂሎም ተሰምዮም (ጥቕስታት 7- 8)፡ ኣቦታት ንውሉዶም ይቐጽዕዎም

1. ምእንቲ ዕላማ እቶም ኣቦታት
2. ንጥቕሚ እቲ ውሉድ
3. ንጥቕሚ እታ መላእ ስድራቤት

12፡ 7 **"ቅጽዓት እንተ ተዓገስኩም"** እዚ ኣብ ህሉው ግዜ በቶም ሰማዕቲ ኺግበር ንዘሎዎ ተግባር ኣመልካቲ ወይ ኣዛዚ እዩ (ኣብቲ ግሪኽ እቶም ኣመልካቲን ትእዛዛዊን ተግባራት ብሓደ ዓይነት ቅርጺ ቓላት ቀሪቦም ኣሎዉ)። ጥቕሲ 5 ክልተ ናይ ህሉው ግዜ ትእዛዛዊ ተግባራት ዝሓዘ እዩ፡ እዚ ናይ ሕጂ ጥቕስውን ምናልባት ትእዛዛዊ እዩ። እቲ ቓል "ወለንታዊ፡ ጽኑዕ ትዕግስቲ" ማለት እዩ (ጥቕስታት 1፤ 2፤ 3፤ 10፡ 32፤ 36)። እዚ ምፍታንዚ ዝተረረ እምነት እዩ ዚፈሪ!

▣ ***“ኣምላኽ ከም ውሉድ ገይሩ ይርእየኩም እዩ”*** እዚ ንእግዚኣብሄር ከም ቀጻዒ ወላዲ ዜቕርብ ሓሳብ፡ ከም ሆሴ፡ 11፡ 1 - 4፡ ንዘዳ፡ 8፡ 5 ዚእምት ጥቕሲ እዩ።

እቲ ናይ ተግባር ግሲ ናይ ህሉው ግዜ ኣመልካቲ ኾይኑ ኣብ ልዕሊቶም ነበብቲ ብኻልእ ኣካል (ብኣምላኽ) ንዚግበር ዘሎ ተግባር ዜመልክት እዩ። ትርጕሙ “ብመስዋእቲ ናብ የሱስ ወይ ናብ ኣምላኽ ገለ ነገር ኣቕረበ” ማለት እዩ፥ እቲ ኣብ ልዕሊቶም ነበብቲ ዚፍጸም ተግባር ዜመልክተሉ ምኽንያት፡ እግዚኣብሄር እቶም ሓጥኣን ሰባት ኪቐርብዎ፡ ማለት ብመገዲ መስዋእቲ የሱስ ክርስቶስ፡ ፍቓደኛ ምዃኑ ንምግላጽ እዩ።

12፡ 8 ***“እንተ”*** እዚ ቐዳማይ ደረጃ ኾነታዊ ሓሳብ እዩ፡ ንዕላማ እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ ኸኣ ከም ሓቂ ተወሲዱ ኣሎ። ኵሎም ውሉድ ኣምላኽ መቕጻዕቲ ቕሚሶም ኣሎዉ (እዚ ድሮ ዝተጀመረ ውሉድ ኣምላኽ ዚሓልፍዎ ዘሎዉ ተመኩሮ ኣመልካቲ እዩ)።

12፡ 9 ***“ኣቦ መናፍስቲ”*** እዚ ንመበቆል “ነፍሲ” ምስ ዚምልከቱ ኽልሰ ሓሳባት ምንም ምትሕሓዝ የብሉን። ኣብዚ ነቲ ሓቀኛ ምንጪ ኾሉ ህይወት ንምምልካት እዩ ዜገልግል። እግዚኣብሄር ምስ ናይ ምድሪ ኣቦታት እዩ ዚነጻጸር ዘሎ (ጥቕስታት 9 - 10)።

▣ ***“ብህይወት ምእንቲ ኽንነብርሲ”*** ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ መቕጻዕቲ ሞት ዘይኮነስ ናይ ሓቂ ህይወት የምጽኣልና።

12፡ 10 ***“ንሱ ግና፡ ካብ ቅድስናኡ ምእንቲ ኽንማቐል ኢሉ፡ ንጥቕምና እዩ ዚቐጽዓና”*** ነፍስወከፍ ኣማኒ ኣብ ግዜ ምድሓኑ ተቐዲሱ እዩ (ናይ መሰል ቅድስና)፡ ናብ ቅድስና ኸኣ ተጸዊዑ እዩ (ናይ እብ፡ 2፡ 11 ፍሉይ ኣርእስቲ ርአ)። እዚ ናይ እግዚኣብሄር ዕላማ ንነፍስወከፍ ኣማኒ እዩ (ማቴ፡ 5፡ 48፥ ሮሜ፡ 8፡ 28- 30፥ 2ቆሮ፡ 3፡ 18፤ 7፡ 1፥ ገላ፡ 4፡ 19፥ ኤፌ፡ 4፡ 13፥ 1ተሰ፡ 3፡ 13፤ 4፡ 3፤ 7፥ 1ጴጥ፡ 1፡ 15)። እግዚኣብሄር ንኣመንቲ ኣቐዲሙ ንቅድስና መዲብዎም እዩ (ኤፌ፡ 1፡ 4)። ቅድስና፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ናይ መቕጻዕቲ ሃዋህው እዩ ዚርአ (እብ፡ 5፡ 8ን ሮሜ፡ 8፡ 17ን)።

12፡ 11 ***“ናይ ሰላም ፍረ ጽድቂ እዩ ዚፈሪ”*** ህይወት ክርስትና ኻብ እምነት ናብ እምነት፡ ካብ ምርግጋጽ (ኣዋጅ) እምነት ናብ ባህሪ (ናይ እምነት ህይወት ሮሜ፡ 5፡ 3- 5፥ ያእ፡ 1፡ 2 - 4) እዩ ዚሰጋገር።

ነቲ “ጽድቂ” ዚብል ቃል ንምጽናዕ ናይ እብ፡ 1፡ 9 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

> 12። 12 - 13
>
> ***“ምእንትዚ ነተን ዘርጋሕጋሕ ዚብላ ኣእዳውን ወለል ዝበለን ኣብራኽን ኣቕንዕወን። እቲ ዚሕንክስ ኪሓዊ እምበር። ካብ መገዲ ምእንቲ ኸይወጽእሲ። ነእጋርኩም ትኽ ዝበለ መገዲ ግበሩ፣”***

12፡ 12 እዚ ንኢሳ፡ 35፡ 3 ዚእምት እዩ፡ ናይቲ ኣብ ምዕራፍ 12 ዘሎ ምሉእ ዘተ መበገሲ እዚ ኪኸውን ይኽእል እዩ። እቶም ብጽሓት ነቶም ድኹማት (ነቶም ንድሕሪት ኪምለሱ ዝቐረቡ) ኬበርትዕዎም ይግባእ። እቲ “ኬቕንዕዎም” ዚብል ቃል፡ ቃል ንቓል ትርጕሙ “ትኽ ኬብልዎም” ማለት እዩ። ኣብቲ ዚስዕብ ጥቕሲ፡ ከም ቅኔ ዝበለ ውሽጣዊ ትርጕም ሒዙ ኣሎ።

12፡ 13 ***“ነእጋርኩም ትኽ ዝበለ መገዲ ግበሩ”*** እዚ ጥቕሲዚ ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት ወይ LXX) ንምሳ፡ 4፡ 26 ዚእምት ኪኸውን ይኽእል፥ ወይ ከኣ እቲ ”ትኽ ዝበለ

*መገዲ*" ዚብል ሓረግ ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ ጽድቂ ምሳሌ ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ሓረግዚ ንዚጠቕስ ፍሉጥ ምሳሌ ዚእምት ኪኸውን ይኽእል።

▣ **"ካብ *መገዲ* ምእንቲ ኸይወጽእሲ"** እዚ ሓረግዚ ኽምዚ ዚስዕብ ግንዛበ ኺህብ ይኽእል

1. በቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ትርጕሙ (ነገ፡ 18፡ 21)፡ ከምቶም ሓንሳእ ናብ ያህወ ሓንሳእ ናብ በዓል ዚገላበጡ ዝነበሩ ህዝቢ እስራኤል ኣብ ክልተ ኣረኣእያታት ምግልባጥ
2. ኣብ ናይ ግሪኽ ስነ ጽሑፍ፡ እቶም ሓንካሳት ከይቀድቁ እሞ ኼይጕድኡ *መገዲ* ምጥጣሕ (ኤም. ኣር. ቪንሰንት ኣብ ዝጸሓፎ *ዎርድ ስታዲዝ ኢን ዘ ኒው ተስታመንት*፡ ገጽ 1168)

▣ **"ኪሓዊ እምበር"** ንሓድሕድካ ምትብባዕ ናብ ምሕዳስ የብጽሕ (ገላ፡ 6፡ 1፥ ያእ፡ 5፡ 16)።

<table><tr><td>

12። 14 - 17

**"ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሄር ኣይኪርእዮን እዩ እሞ። ንቕድስናን ንሰላም ምስ ኵሉ ሰብን ሰዓብወን፣ ሓደ እኳ ኻብ ጸጋ ኣምላኽ ከይጕድል። ንብዙሓት ዜርክስ ገለ መሪር ሱር በቝሉ ኸይጨንቐኩም። ተጠንቀቑ፣ ከምቲ ንሓደ ብልዒ ብኸርናኡ ዝሸጠ ኤሳው። ሓደ እኳ ኣመንዝራ ወይስ ርኹስ ከይከውን። ተጠንቀቑ፣ ንሱውን ጸኒሑ እኳ በረኸት ኪወርስ እንተ ደለየ። ብንብዓት እናደለያ ኽነሱስ። ንንስሓ ስፍራ ኣይረኸበን እሞ። ከም እተደርበየ። ትፈልጡ ኢኹም፣"**

</td></tr></table>

12፡ 14- 17 እዚ እቲ ናይ *መወዳእታ መጠንቀቕታ* እዩ (እብ፡ 2፡ 1- 4፤ 3፡ 7- 4፡ 11፤ 5፡ 11- 6፡ 12፤ 10፡ 19- 39፤ 12፡ 14- 17)።

12፡ 14 **"ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሄር ኣይኪርእዮን እዩ እሞ"** እዚ ግርምቢጥ ኣዘራርባ እዩ፡
 1. *ሓንቲ መዓልቲ*፡ *ኣመንቲ ንክርስቶስ ኪርእይዎም እዮም*

▣ **"ንሰላም... ሰዓብወን"** እዚ ኣብ ህሉው ግዜ በቶም ነበብቲ ኺግበር ዚግብኦ ተግባር ዚእዝዝ ኣበሃህላ እዩ። ኣብዞም ዚስዕቡ ኹነታት ከኣ ኪውዕል ይኽእል

1. ካብ ደገ ኣብ ዚለዓል መከራ
2. ኣብ መንጎ ብጾት ዘሎ ዘይምእማን (እቶም ኣመንቲ ኣይሁድ ኣብ መንጎ ዘይኣምኑ ኣይሁድ የምልኹ ነይሮም)
3. ውሽጣዊ ምጥርጣር ("ንድሕሪት ናይ ምምላስ ሓደጋ" (እብ፡ 10፡ 38)). እዚ ንሰላም ዚምልከት ዘተ ኣገዳሲ እዩ።
   ን"ሰላም" ዚምልከቱ ብዙሓት ንባባት መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎዉ።

   1. *መዝ*፡ 34፡ 14፡ "ንሰላም ድለያ ሰዓባውን"
   2. *ማር*፡ 9፡ 50፡ "ንሓድሕድኩምውን ብሰላም ንበሩ"
   3. *ሮሜ*፡ 12፡ 18፡ "ዚከኣል እንተ ኾይኑስ፡ ብኣኻትኩም ዝመጽ፡ ምስ ኵሉ ሰብ ብሰላም ንበሩ"
   4. 1ቆሮ፡ 7፡ 15፡ "እቲ ዘይኣማኒ እንተ ተፈልየ ግና፡ ይፈለ።... ኣምላኽ ግና ብሰላም ክንነብር ጸዊዑና ኣሎ"
   5. 2ጢሞ፡ 2፡ 22፡ "ምስቶም ብንጹህ ልቢ ንእግዚኣብሄር ዚጽውዕዎ ኸኣ ኣስኣሰር ጽድቅን እምነትን ፍቕርን ሰላምን ሰዓብ"

▣ **"ንቕድስናን"** እዚ "ቕድስና" ዚብል ቃል ምስ ጥቕሲ 10 ዚዛመድ ኪኸውን ኣሎዎ፡ ምስ "መቕጻዕቲ" ኸኣ ዝተተሓሓዘ እዩ። እግዚኣብሄር ንኣመንቲ ቕድስና ምእንቲ ኼጥርዩ ይቐጽዖም። ዕላማ ምድሓን ንክርስቶስ ምምሳል እዩ።

እዚ ብክርስትያናዊ መሰል ዚርከብ (ህጹጽ) ቅድስና ኣይኮነን፡ እዚ ናይ ተመኩሮ (ዚምዕብል) ቅድስና እዩ። ወንጌል ንምድሓንን ክርስትያናዊ ህይወትን ብኽልተ ወጥሪ ዝመልኦም መገድታት የቕርቦም። ብሓደ መዳይ፡ ምድሓን ውዱእ፡ ናጻ፡ ሓንሳእ ንኹሉ ዝተዋህበ ህያብ ኣምላኽ እዩ (ኣመልካቲ)፡ ግናኸ ናይ እምነት፡ ምእዛዝ፡ ኣገልግሎትን ኣምልኾን ህይወት ከኣ እዩ (ትእዛዛዊ)። ብዙሓት ኣመንቲ ኣብ ሓደ መዳይ ኣተኩሮም ነቲ ሓደ ሸለል ይብልዎ (ኣውጉስጦስ ኣንጻር ፐላግዩስ፥ ካልቪን ኣንጻር ኣርሚንየስ)። ዝምድና ኣመንቲ ምስ እግዚኣብሄር ኣብ ሓደ ግዜ ኣብ ናይ ርትዒ እዋን ብንስሓን እምነትን ይጅምር፡ ግናኸ ኸሳዕ ምድራዊ ህይወት ብሞት እተብቅዕ ወይ ከኣ ካልኣይ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ክሳዕ ዚኸውን፡ እቲ ዝምድና ምስ ግዜ ኺስጉም ኣሎዎ፥ እሙንነት፡ ጽድቂ፡ ጽንዓት ናይ ሓቀኛ ምድሓን ኣገደስትን ወሰንትን መረጋገጺታት እዮም።

ነዞም ዚስዕቡ ናይ ቅድስና ጽሑፋት ኣወዳድሮም።

| **ናይ መሰል ቕድስና (ኣመልካቲ)** | **ገስጋሲ ቕድስና (ትእዛዛዊ)** |
|---|---|
| ግብ፡ 20፡ 32፤ 26፡ 18 | ሮሜ፡ 6፡ 19 |
| ሮሜ፡ 15፡ 16 | 2ቆሮ፡ 7፡ 1 |
| 1ቆሮ፡ 1፡ 2- 3፤ 6፡ 11 | ኤፌ፡ 1፡ 4፤ 2፡ 10 |
| 2ተሰ፡ 2፡ 13 | 1ተሰ፡ 3፡ 13፤ 4፡ 3-4፤ 7፤ 5፡ 23 |
| እብ፡ 2፡ 11፤ 10፡ 10፤ 14፤ 13፡ 12 | 1ጢሞ፡ 2፡ 15 |
| 1ጴጥ፡ 1፡ 2 | 2ጢሞ፡ 2፡ 21 |
| | እብ፡ 12፡ 14 |
| | 1ጴጥ፡ 1፡ 15- 16 |

▣ **"ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሄር ኣይኪርእዮን እዩ"** እዚ ግርምቢጣዊ ኣበሃህላ እዩ፡ 1. ሓደ መዓልቲ፡ ኣመንቲ ንጎይታ ኺርእይዎ እዮም (እዮ፡ 19፡ 25 - 27፥ መዝ፡ 17፡ 15፥ ማቴ፡ 5፡ 8፥ 1ዮሃ፡ 3፡ 2፥ ራእ፡ 22፡ 4) 2. ሕጂ ኣመንቲ ንጎይታ ኺርእይዎ ኣይክእሉን እዮም (ዘጸ፡ 33፡ 20፥ ዮሃ፡ 1፡ 18፥ 1ጢሞ፡ 6፡ 16፥ 1ዮሃ፡ 4፡ 12)።

እዚ ሰብ ንወንጌል ምእንቲ ኪቕበል መንፈሳዊ ኣዒንቱ ክኽፈታ ኸም ዘሎወን ንምምልካት ኪኸውን ይኽእል። ኣብዚ ኣሰኳኹዓ ቓላትዚ፡ ብምሳሌኣዊ ኣዘራርባ "ምርዳእ" ማለት ኪኸውን ይኽእል።

12፡ 15 **"ሓደ እኳ ኻብ ጸጋ ኣምላኽ ከይጎድል"** እዚ እቶም ሰማዕቲ ኣብዚ ግዜዚ ኺገብርዎ ዘሎዎም ተግባር ዜመልክት ትእዛዛዊ ቓና ዘሎዎ እዩ። እዚ ቓልዚ ኣብ እብ፡ 4፡ 1 "ድሕሪት ተሪፉ" ንምባል

ኣገልጊሉ ኣሎ፡ ኣብዚ ናይ ሕጂ ጥቕሲ ግን ብሰንኪ እቲ "ኻብ" (*ሓፖ*) ዚብል መስተዋድድ "ቅድሚ ሕጂ ኻብ ዝነበረካ ነገር ምጕዳል" ዚብል ትርጕም ይለብስ (እብ፡ 6፡ 4 - 6፤ 10፡ 23፤ 38 - 39፤ 12፡ 25)። ኣብዚ ባህላዊ ኹነታትዚ ናይ እምነት ውድቀት ዘጋጥም ተርእዮ እዩ ነይሩ። ፍሉይ ኣርእስቲ፡ ክሕደት እምነት ኣብ እብ፡ 3፡ 12 ርአ።

ወይ ከኣ ከምቲ ብዙሕ ግዜ ዝበልክዎ፡ ኣብዚ ዚርቁሑ ዘሎዎ ኽልተ ጕጅለታት ኣሎዉ፥ 1. "ንድሕሪት ከይምለሱ" ዜስግኡ ኣመንቲ ኣይሁድን (ጥቕሲ 15) 2. ኣብ ህይወትን ምስክርነትን እቶም ምስኣቶም ኣብ ሓደ ቤት መቕደስ ዘሎዉ ኣመንቲ ኣይሁድ ብጾቶም ንወንጌል ብንጹር ዝተረድእዎ፡ ግናኸ ንየሱስ ዝነጸጉ ዘይኣመንቲ ኣይሁድ (ጥቕሲ 25)። ኣየናይ ክልሰ ሓሳብ እዩ ቕኑዕ ብዘይገድስ፡ ምድሓን ውጽኢት ዘይኮነስ ዝምድና እዩ ዚብል ሓሳብ ሓቂ ኾይኑ ይነብር። ምድሓን ካብ ናይ ፈለማ ምቕባል ልዕል ዝበለ እዩ። እቶም መጠንቀቕታታት ጽኑዓት፡ በዳህትን ሓቅን እዮም። ኣብዚ ጽሑፍዚ ነቶም ናብ "ድሕሪት ኪምለሱ" ዝተደናደኑ ንምርዳእ ዝተዋህበ ጻውዒት እዩ (እብ፡ 10፡ 38)።

▣ **"ንብዙሓት ዜርክስ"** ናይ ሓደ ዝኾረየ ሰብ ምህላው ንብዘሎ ጕጅለ ይልክሞ። እምነትና፡ ተግባራትናን ኣመለኻኽታናን ንኻልኦት ይጸልዉ እዮም። ከመይ ዝበለ ዜገርም ሓላፍነት እዩ!

▣ **"ገለ መሪር ሱር"** እዚ ኻብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ንዘዳ፡ 29፡ 18 ዚእምት እዩ። እዚ ዳሕረዋይ ጥቕሲ ንህዝቢ ኣምላኽ ብውልቕን ብእኩብን ኣንጻር ሓደጋታት ኣምልኾ ጣኦት ዜጠንቕቕ እዩ። ኵሎም እስራኤል ኣይኮኑን ምስ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ኣካይዳ ዝነበሮም፡ እሙናት ዝኾኑ ትርፎፍያ ኣመንቲ ጥራይ እዮም ምስ እግዚኣብሄር ተመላሊሶም። እቲ ኣብ ዘዳግም ዘሎ "መርዝን መሪርን ዜብቍል ሱር" ዚብል ሓረግ ምስቲ "ሎሚ ልቡ ኻብ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚመልስ" ዚብል ሓረግ ተመዓራርዩ ዚኸይድ እዩ።

▣ **"ተጠንቀቑ"** እዚ ቓል ንቓሉ "ተዓዘቡ" (*ኤፒስኮፑንተስ*) ማለት እዩ፡ ኣብ ህሉው ግዜ በቶም ሰማዕቲ ኺግበር ዘሎዎ ተግባር ብትእዛዛዊ ስምዒት ዜመልክት እዩ። እዚ ቓልዚ ኣብ ሓደ ቕርጺ ኻብቶም ኳሳ ማሕበር ዜመልክቱ ቓላት ዝተሃንጸ እዩ (ቃል ንቓሉ ኤጲስቆጶስ ዚትርጎም *ኤፒስኮፖሱ* ፊሊ፡ 1፡ 1፥ 1ጢሞ፡ 3፡ 2፥ ቲቶ፡ 1፡ 7፡ ብዛዕባ የሱስ ከኣ 1ጴጥ፡ 2፡ 25)። ኣብዚ ንመራሕቲ ቤተ ክርስትያን ወይ ከኣ ንኻልኦት ኪሓልዩ ዘሎዎም ብጹሓት ኣመንቲ ኼመልክት ይኽእል። ናይ እምነት ክሕደት፡ ብብጽሕና እዩ ኺምከት ዘሎዎ። እዞም ጕጅለ ኣመንቲ ብብሱል መገዲ ኺምልሱ ብግዲ ኣድልይዎም (እብ፡ 5፡ 11- 14)።

ዋላ ሓደ ክርስትያን በይኑ ኺነብር ዚኽእል የሎን (1ቆሮ፡ 12፡ 7)። ክርስትና ናይ ጋንታ ጸወታ እዩ! እቲ "ቅዱስ" ዚብል ቃል ኵሉ ሳዕ ድርብ ቃል እዩ (ብዘይካ ኣብ ፊሊ፡ 4፡ 21 ብጥርኑፍ መገዲ የመልክት)። ንሕና ሓለውቲ ኣሕዋትና ኢና። ንሓድሕድና ንምትብባዕ ጻዕርና ኽንቁጥብ ኣይግባእን። ንጥዕና እቲ ሕብረት ኢና ተባሪኽናን ውህበት ተዓዲልናን።

12፡ 16 **"ኤሳው"** ኣብ ናይ ካህናት ኣይሁድ ያታዊ ጽሑፋት፡ ኤሳው ሓደ ኣዝዩ ሕሱም ሰብ እዩ (ጁቢሊ 25፡ 1፤ 8፥ ጀነሲስ ራባ 70ዲ፤ 72ኤ)። ኣብዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ኵነት ግን ኤሳው ተስፋታት እግዚኣብሄር እናፈለጠ ስለ ዘይተጠቕመሎም እዩ ተጠቒሱ ዘሎ።

12፡ 17 **"በረኸት"** በረኸት ኣቦታት ኪስረዝ ኣይክእልን እዩ። እዚ ነቲ ኣብ እስራኤላውያን ዘሎ ኣተሓሳስባ ብዛዕባ ሓይሊ ዝተዘርበ ቓል ዘጠቓልል እዩ (ዘፍጥረት 1ን ኢሳ፡ 55፡ 10 - 12ን)።

▣ **"ንንስሓ ስፍራ ኣይረኸበን እሞ"** ኣብቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ሃዋህው፡ እዚ ጥቕሲ ነቲ ይስሃቅ ኣቦ ኤሳው ንንእሽቶ ወዱ ንያእቆብ ምስ ባረኾ፡ እቲ በረኸት ከኣ ከም ዘይስረዝ ኤሳው ምስ ፈለጠ ኤሳው ዝተሰምዖ ሓዘን እዩ ዜንጸባርቕ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቶም ተቐበልቲ መልእኽቲ ንኼጠንቅቕ ነዚ ጥቕሲ ተጠቒሙሉ። እዚ ጸሓፊ፡ ገና ግዜ እንከሎ ንክርስቶስ ንምስዓብ ውሳኔ ኺውስኑን ካልኣይ ዕድል ስለ ዘየልቦ ኣብቲ ምስ ክርስቶስ ዚረኽብዎ ሓድሽ ዝምድና ኺጸንዑን ይደልዮም (እብ፡ 6፡ 6፤ 10፡ 26)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ንስሓ**

ንስሓ (ምስ እምነት) ናይ ብሉይ ኪዳንን (ናኻም ቢ.ዲቢ. 636 ንኣብነት ዮኤ: 2: 13 - 14፥ ሺኾ: ቢ.ዲቢ. 996፤ 1ነገ: 8: 47፤ 48፥ ህዝ: 14: 6፤ 18: 30፥ ዮኤ: 2: 12 - 14፥ ዘካ: 1: 3 - 4) ሓድሽ ኪዳንን ናይ ኪዳን ጠለብ እዩ፣

1. **ዮሃንስ መጥምቕ** (ማቴ: 3: 2፥ ማር: 1: 4፥ ሉቃ: 3: 3፤ 8)
2. **የሱስ** (ማቴ: 4: 17፥ ማር: 1: 15፥ ሉቃ: 5: 32፤ 13: 3፤ 5፤ 15: 7፤ 17: 3)
3. **ጴጥሮስ** (ግብ: 2: 38፤ 3: 19፤ 8: 22፤ 11: 18፥ 2ጴጥ: 3: 9)
4. **ጳውሎስ** (ግብ: 13: 24፤ 17: 30፤ 20: 21፤ 26: 20፥ ሮሜ: 2: 4)

ግና ንስሓ እንታይ ማለት እዩ? ጓሂ ድዩ? ምቑራጽ ሓጢኣት ድዩ? ኣብ ሓድሽ ኪዳን ነቶም ናይ ሓጢኣት በበይኖም ኣመታት ዚገልጽ ዝበለጸ ምዕራፍ ኣብ 2ቆሮ: 7: 8- 11 ይርከብ፣ ኣብዚ ሰለስተ ዝተዛመዱ: ግናኸ በበይኖም ናይ ግሪኽ ቃላት ኣለዉ፣

1. "ጓሂ" (ሉፐ: ኣብ ጥቕስታት 8 (ክልተ ግዜ)፤ 9 (ሰለስተ ግዜ)፤ 10 (ክልተ ግዜ)፤ 11፣ ሓዘን ወይ ጭንቂ ማለት እዩ: ኣብ ስነ-መለኮት ከኣ ገለልተኛ (ኣይ ኣወንታዊ ኣይ ኣሉታዊ) ሓሳብ ኣሎዎ፣
2. "ንስሓ" (ሜታኖዮ: ኣብ ጥቕስታት 9፤ 10፣ እዚ ኻብ "ድሕሪ"ን "ኣእምሮ"ን ዚብሉ ቓላት ዝተሃንጸ ድርብ ስም እዩ፣ ትርጕሙ ኸኣ ሓድሽ ኣእምሮ: ሓድሽ ናይ ኣተሓሳስባ መገዲ: ሓድሽ ኣረኣእያ ንህይወትን ንኣምላኽን ማለት እዩ፣ እዚ እዩ ናይ ሓቂ ንስሓ፣
3. "ጣዕሳ" (ሜታመሎማይ: ጥቕስታት 8 (ክልተ ግዜ)፤ 10፣ ናይ "ድሕሪ"ን "ሓልዮት"ን ውሁድ ስም እዩ፣ ኣብ ማቴ: 27: 3 ብዛዕባ ይሁዳ: ኣብ እብ: 12: 16 - 17 ከኣ ንኤሳው ኣገልጊሉ ኣሎ፣ እዚ: ጓሂ ብዛዕባ ተግባራት ሓጢኣት ዘይከነስ: ብዛዕባ ሳዕቤናት የመልክት፣

ንስሓን እምነትን እቶም ዘድልዩ ናይ ኪዳን ተግባራት እዮም (ማር: 1: 15፥ ግብ: 2: 38፤ 41፤ 3: 16፤ 19፤ 20: 21)፣ ገለ ጥቕስታት: እቲ ንስሓ ዚህብ እግዚኣብሄር እዩ ዚብል ሓሳብ ይእምቱ (ግብ: 5: 31፤ 11: 18፥ 2ጢሞ: 2: 25)፣ መብዛሕትኦም ካልኦት ጥቕስታት ግን: ንስሓ ነቲ ናይ እግዚኣብሄር ናይ ናጻ ምድሓን ህያብ ዚወሃብ ኣድላዪ ናይ ሰብ ናይ ኪዳን ምላሽ ገይሮም ይርእይዎ፣

ነቲ ናይ ንስሓ ምሉእ ኣተና (ሓሳብ) ንምጭባጥ። ናይ ክልቲኦም ናይ እብራይስጥን ግሪኽን ትርጉማት የድልዩ፣ እቲ ናይ እብራይስጢ ትርጉም "ናይ ተግባር ለውጢ" ይሓትት። እቲ ናይ ግሪኽ ከኣ "ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ" ይጠልብ፣ እቲ ዝደሓነ ሰብ ሓድሽ ኣእምሮን ልብን ይቕበል፣ ብዝተፈልየ መገዲ ይሓስብን ይነብርን፣ "እንታይ ኣሎ ንዓይ ዚኸውን?" ኣብ ክንዲ ምባል። እቲ ሕቶ "ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ እዩ?" ዚብል ኮይኑ ኣሎ፣ ንስሓ ዚሃፍፍ ስምዒት ወይውን ፍጹም ሓጢኣት ዘይምግባር ዘይኮነስ። ምስቲ ቅድሱ ሓድሽ ዝምድና ምሓዝ እዩ፣ እዚ ኸኣ ነቲ ኣማኒ ቅዱስ ንኪኸውን በብግዜኡ ይልውጦ፣

▣ **"ብንብዓት"** እዚ ኻብ ዘፍ፡ 27፡ 34፤ 38 እዩ።

**እብ። 12። 18 - 24**

***"ንስኻትኩምሲ ናብቲ ብኢድ ዚትንከን ብሓዊ ዚነድድን ከረን። ናብ ጣቓን ጸልማትን ህርህርን። ናብ ቃና መለኸትን ናብቲ እቶም ነቲ ቓል ዚሰምዑ ወሲኹ ኸይዛረቦም ዝለመኑሉ ድምጺ ቓልን ኣይበጻሕኩምን፣ ንሳቶም። እንስሳ እኳ ነቲ ኸረን እንተ ተንከዮስ። ብዳርባ እምኒ ይሙት። ዚብል ትእዛዝ ኪጾርዎ ኣይተኻእሎምን፣ ሙሴ እኳ። እፈርህን እምብድብድን ኣሎኹ። ክሳዕ ዚብል። እቲ ትርኢት ክሳዕ ክንድዚ ዜፍርህ ነበረ፣ ንስኻትኩም ግና ናብ ከረን ጽዮንን ናብታ ኸተማ ህያው ኣምላኽ ሰማያዊት የሩሳሌምን ናብቶም ኣእላፋት መላእኽትን ኢኹም ዝበጻሕኩም፣ ናብ ጉባኤ ኸሎ። ናብ ማሕበር እቶም ኣብ ሰማያት ተጻሒፎም ዘለዉ በኹራት። ናብ ኣምላኽ ፈራድ ኵሉ። ናብ መናፍስቲ እቶ ፍጹማን ጻድቃንን። ናብ የሱስ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳንን ናብቲ ኻብ ደም ኣቤል ዝሔሸ ዚዛረብ ምንጻግ ደምን በጺሕኩም ኣሎኹም፣"***

12፡ 18 - 21 እዚ ኽፍልዚ ነቲ ሕጊ ሙሴ ኣብ ከረን ሲና ዝተዋህበሉ ኣጋጣሚ ዜዘንቱ እዩ (ዘጸ፡ 19፡ 16 - 21፥ ዘዳ፡ 4፡ 11 - 14)።

▣ **"ናብ ጣቓን ጸልማትን"** እዚ ምናልባት ንዘዳ፡ 5፡ 22 ዚእምት ኪኸውን ይኽእል።

12፡ 19 **"ቃና መለኸት"** ድምጺ እግዚኣብሄር ከም መለኸት የድሂ ነበረ (ዘጸ፡ 19፡ 16፤ 19፤ 20፡ 18)።

▣ **"እቶም ነቲ ቓል ዚሰምዑ ወሲኹ ኸይዛረቦም ዝለመኑሉ"** ናይ ያህወ ዜርዕድ ሓይሊ ነቶም ህዝቢ ኣብ ከረን ሲና ኣሰንቢድዎ (ዘጸ፡ 20፡ 19፥ ዘዳ፡ 5፡ 22 - 27፤ 18፡ 16)።

12፡ 20 **"እንስሳ እኳ ነቲ ኸረን እንተ ተንከዮስ፡ ብዳርባ እምኒ ይሙት"** እዚ ሳልሳይ ደረጃ ኹነታዊ ኣበሃህላ እዩ። ነቲ ኣብ ከረና ሲና ዝወረደ ዜፍርህ ክብሪ እግዚኣብሄር ተወሳኺ ምልክት እዩ (ዘጸ፡ 19፡ 12 - 13)።

12፡ 21 **"እፈርህን እምብድብን ኣሎኹ"** እዚ ኻብ ዘዳ፡ 9፡ 19 ዝተወስደ ጥቕሲ እዩ። ነቲ ናይ ኣሮን ወርቃዊ ምራኽ እዩ ዜመልክት። ናይ ካህናት ኣይሁድ ናይ ጽሑፍ ኣተረጓጕማ፡ ነዚ ጥቕስዚ ነቲ ኣብ ከረን ሲና ሙሴ ዝነበሮ ፍርሂ እግዚኣብሄር ንምምልካት ይጥቀሙሉ።

12፡ 22 **"ንስኻትኩም... ኢኹም ዝበጻሕኩም"** እዚ ተሪር ምንጽጻር እዩ። እዞም ነዚ መልእኽቲ ዜንብቡ ኣመንቲ ኣብቲ ናይ ከረን ሲና ኪዳን ኣይኮኑን ዚኣምኑ ዘሎዉ፡ ኣብ ሓድሽ ኪዳን፡ ሰማያዊት የሩሳሌም፡ ሓድሽ ከረን ጽዮን፡ ሓዳስ ከተማ እዮም ዚኣምኑ ዘሎዉ። ኣብ ገላ፡ 4፡ 21 - 31 ጳውሎስ ክልተ ኣ'ኽራን ተጠቒሙ (ከረን ሲና ኣንጻር ከረን ጽዮን) ተመሳሳሊ ምንጽጻር የርኢ።

▣ **"ከረን ጽዮን"** እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ናይ ከረን ሲና ቐዳማይ ኪዳን ምስቲ ሓዳስ ሰማያዊት ከተማ ዘላቶ ሓድሽ ኪዳን የወዳድሮ ኣሎ (እብ፡ 11፡ 10፤ 16፤ 13፡ 14፥ ራእ፡ 3፡ 12፤ 21፡ 2፤ 10)።

▣ **"ህያው ኣምላኽ"** እዚ ናይቲ ናይ እግዚኣብሄር ናይ ኪዳን ስም፡ ያህው፡ ካልእ ኣቀራርባ እዩ። እዚ ስምዚ ኣብ ቋንቋ እብራይስጢ ናይቲ "ኮነ" ዚብል ግሲ ቅርጺ እዩ። ያህወ እቲ ኹሉ ግዜ ዘሎ፡ በይኑ ዚነብር እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ያህወ "ህያው እግዚኣብሄር" እናበለ ብርእሱ ይምሕል። ናይ እብ፡ 2፡ 7 ፍሉይ ኣርእስቲ፡ መለኮታዊ ስማት ተመልከት።

12፡ 23 **"ማሕበር እቶም... በ'ኹራት"** ብምኽንያት ዘጸ፡ 4፡ 22 ገለ ተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ ጥቕሲ ንናይ ብሉይ ኪዳን እስራኤላውያን ዜመልክት ገይሮም ይርድእዎ። ግናኸ እቲ ተቐሚጥዎ ዘሎ ሃዋህው እቲ ጥቕሲ ነቶም ናይ እምነት ሰባት ዜመልክት ከም ዚኸውን ይገብሮ (እብ፡ 11፡ 40)። እቲ "በ'ኹራት" ዚብል ቃል ንክርስቶስ ዜመልክት እዩ። ንሱ በ'ኹሪ እዞም ዚስዕቡ እዩ

1. ንብዙሓት ኣሕዋት (ምስሊ ኣምላኽ ሮሜ፡ 8፡ 29)
2. ኹሉ ፍጥረት (ምስሊ ኣምላኽ ቆሎ፡ 1፡ 15)
3. ምዉታት (ቆሎ፡ 1፡ 18ን 1ቆሮ፡ 15፡ 20፤ 23 (በ'ኹሪ ፍረ))

ኣብዚ ዓንቀጽዚ ሓድሽ ኪዳን ብኽመይ መገድታት ከም እተቐመጠ ኣስተውዕል።

1. ከረን ጽዮን
2. ከተማ ህያው ኣምላኽ
3. ሰማያውቲ የሩሳሌም
4. ኣእላፋት መላእኽቲ

ነቲ "ማሕበር" (ቤተ ክርስትያን) ዚብል ቃል ኣብ ፍሉይ ኣርእስቲ እብ፡ 2፡ 12 ርአ። ነቲ "በ'ኹሪ" ዚብል ቃል ከኣ ኣብ ፍሉይ ኣርእስቲ እብ፡ 1፡ 6 ተመልከት።

▣ **"ተጻሒፎም ዘሎዉ"** መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኽልተ መጻሕፍቲ እግዚኣብሄር ይዛረብ (ዳን፡ 7፡ 10ን ራእ፡ 20፡ 12ን)። እቲ ሓደ መጽሓፍ ህይወት እዩ (ዘጸ፡ 32፡ 32፥ መዝ፡ 69፡ 28፥ ዳን፡ 12፡ 1፥ ሉቃ፡ 10፡ 20፥ ፊሊ፡ 4፡ 3፥ ራእ፡ 3፡ 5፤ 17፡ 8፤ 20፡ 12፤ 15፤ 21፡ 27)። እቲ ኻልእ መጽሓፍ መዘከርታ እዩ (መዝ፡ 56፡ 8፤ 139፡ 16፥ ኢሳ፡ 65፡ 6፥ ሚል፡ 3፡ 16)። እቲ ቐዳማይ ንኣመንቲ እዩ፡ እቲ ኻልኣይ ን'ኽልቲኦም (ራእ፡ 14፡ 13)። እዚኣቶም ብምሳሌኣዊ ኣገባብ ንኣእምሮ (ዝ'ኽሪ) እግዚኣብሄር ዚውክሉ እዮም።

▣ **"ናብ ኣምላኽ ፈራድ ኵሉ"** ብሉይ ኪዳን ብዙሕ ግዜ ንእግዚኣብሄር ከም ፈራዲ ይስእሎ (ዘፍ፡ 18፡ 25፥ መዝ፡ 50፡ 6፤ 96፡ 13፤ 98፡ 9፥ ኢሳ፡ 2፡ 4፤ 51፡ 5፥ ኤር፡ 11፡ 20፥ ድጕ፡ 3፡ 59፥ ህዝ፡ 7፡ 3፤ 27)። እቲ ዚመጽእ መሲህውን ከም ፈራዲ ተገሊጹ ኣሎ (ኢሳ፡ 11፡ 3 - 4፤ 16፡ 5)። ኣቦ ፍርዲ ዘበለ ኣብ ኢድ ወዲ ኣንቢርዎ እዩ (ዮሃ፡ 5፡ 22 - 23፤ 27፤ 9፡ 39፥ ግብ፡ 10፡ 42፤ 17፡ 31፥ 2ጢሞ፡ 4፡ 1፥ 1ጴጥ፡ 4፡ 5)።

▣ ***"ናብ መናፍስቲ ፍጹማን ጻድቃን"*** እዚ ድሮ ኣብ ልዕሊ እቶም ጻድቃን ዝኾነ ተግባር የመልክት። ትርጉሙ "እግዚኣብሄር ፍጹማን ገይርዎም፡ እቲ ፍረ ኸኣ ይቕጽል ኣሎ" ማለት እዩ። ብምኽንያት እብ፡ 11፡ 40፡ እዚ ጥቕሲ ንቶም ኣብ ምዕራፍ 11 ዘሎዉ ቅዱሳንን ንቶም ቅድሚ ቐዳማይ ምምጻእ የሱስ ክርስቶስ ዝነበሩ ኹሎም ኣመንትን ዜመልክት ኪኸውን ይኽእል። ን"ፍጹም" ዚብል ቃል ናይ እብ፡ 10፡ 1 መግለጺ ርአ።

12፡ 24 ***"የሱስ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳን"*** የሱስ እቲ ሊቀ ኻህናትን መስዋእትን 1.ኣብ ቅድሚ ኣቦ ስሌና ይቐውምን 2. ዝሓሸ ኪዳን የምጽእን (እብ፡ 7፡ 22፤ 8፡ 6፤ 9 - 10፤ 9፡ 15፥ ኤር፡ 31፡ 31 - 34፥ ህዝ፡ 36፡ 22 - 36)።

▣ ***"ምንጻግ ደም"*** እዚ ብሉይ ኪዳናት ዚእወጁሎም (ዚምረቑሎም) ኣገባብ እዩ ነይሩ (እብ፡ 9፡ 19፤ 10፡ 22፥ 1ጴጥ፡ 1፡ 2)።

▣ ***"ዝሔሸ"*** ምሉእ መግለጺ ኣብ እብ፡ 7፡ 7 ርአ።

▣ ***"ደም ኣቤል"*** ደም ኣቤል ንሕነ ኣእውዩ፥ ደም የሱስ ንምሕረት፡ ይቕረታን ፍቕርን ይጭርሕ።

12። 25 - 29

***"እቲኣቶም። ኣብ ምድሪ ኺዛረቦም ከሎ። ኣብዮም ካብ ዘየምልጡስ። ንሕና ነቲ ኻብ ሰማይ ዚዛረበና ዝባንና ኻብ እንመልሰሉ ግዳ። ከመይ ኢልና ኸነምልጥ? ስለዚ ነቲ ዚዛረበኩም ዘሎ ኸይትኣብይዎ ተጠንቀቑ፣ ሽዑ ድምጹ ንምድሪ ኣንቀጥቀጣ። ሕጂ ግና፥ ሓደ ጊዜ ደጊመ ንሰማይ ከም ዜንቀጥቅጥ ክገብሮ እየ እምበር። ንምድሪ ጥራይ ኣይኮንኩን። ኢሉ ተስፋ ይህብ፣ እዛ፥ ሓደ ጊዜ ደጊመ። ምባል ከኣ። እቲ ዘየንቀጥቅጥ ምእንቲ ኺጸንዕ። እቲ ዜንቀጥቅጥ ፍጡር ስለ ዝኾነ ምልዋጡ እያ እተመልክት ዘላ፣ ኣምላኽና ዚባላዕ ሓዊ እዩ። ስለዚ ንሕና ዘይተንቀጥቅጥ መንግስቲ እንቕበል ኣብ ኮንናስ። ንኣምላኽ ብዜሐጉሶ ቅዱስ ምኽባርን ብፍርሃትን እናኣገልገልና ነመስግን፣"***

12፡ 25 ***"ካብ"*** (እንተ) እዚ ቐዳማይ ደረጃ ኹነታዊ ኣበሃህላ እዩ። ብኣተሓሳስባ እቲ ጸሓፊ ወይ ናይ ስነ-ጽሑፍ ዕላማኡ፡ ቅኑዕ ተባሂሉ ዝተወስደ ኣበሃህላ እዩ። ሕጂውን፡ ንሓደ ብሉጽ ኪዳንን ሰብን ብምንጻግ ዚስዕብ ዜፍርህ ሓላፍነት ቀንዲ ኣተኩሮ እዚ ጽሑፍ እዩ።

▣ ***"ኸይትኣብይዎ"*** እዚ ሓደ ኻብቶም ክልተ ቐንዲ መጠንቀቕታታት እዩ። እቲ ኻልኣይ "ንድሕሪት ኣይትመለሱ" እዩ። እዚ ኣብ ሕሉፍ ግዜ ዝጀመረ በቶም ሰማዕቲ ኺግበር ንዘሎዎ ወይ ዘይብሉ ነገር ኣመልካቲ እዩ። ብዊንታና ውሳኔ ኽንወስድ ኣሎና። ብዛዕባ የሱስ፡ ጀማርን ደምዳምን እታ እምነት እንታይ ክትገብር ኢኻ?

▣ ***"ተጠንቀቑ"*** እዚ በቶም ሰማዕቲ ኺግበር ዘሎዎ ናይ ህሉው ግዜ ትእዛዛዊ ተግባር እዩ። እዚ ኻብቲ ኣብ ጥቕሲ 15 ዘሎ ናይ ግሪኽ ቃል ዝተፈልየ እዩ። ተመሳሳሊ መጠንቀቕታ ኣብ እብ፡ 3፡ 12 ይርከብ። ሓደ ሰብ ልዕልና እቲ ብክርስቶስ ዝኾነ ሓድሽ ኪዳን ምስ በርሃሉ፡ ብግቡእ ምላሽ ኪህብ ወሳኒ እዩ። ንኣማኒ ይኹን ዘይኣማኒ ሓቂ ፈሊጥካ ብእኡ ዘይምምልላስ ሓደጋ ኣሎዎ።

12፡ 26 ***"ድምጹ ንምድሪ ኣንቀጥቀጣ"*** እዚ ነቲ ኣቐዲሙ ኣብዚ ምዕራፍዚ ዝተጠቕሰ ኣብ ከረን ሲና ሕጊ ዝተዋህበሉ ኣጋጣሚ ዜመልክት እዩ (ዘጸ፡ 19፡ 18 - 19)፡ ካብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን

(ሰፐተዋጅንት) ንሃጌ 2፡ 6 ናይ ቃላት ለውጢ ብምግባር ዝተወስደ እዩ። እዚ ትንቢትዚ ምስታ ናይ ድሕሪ ምርኮ ቤተ መቕደስ ብዝተሓሓዝ ብዛዕባ ዚኸውን ናይ ሰማያትን ምድርን ሓድሽ ምንቅጥቃጥ ይዛረብ (ሃጌ 2፡ 6 - 9)። እታ ሓዳስ ቤተ መቕደስ ክብሪ ኽትቕበል እያ። እታ ሓዳስ ቤተ መቕደስ ካብታ ቐዳመይቲ ዝበለጸት ክትከውን እያ። እታ ሓዳስ ቤተ መቕደስ ሰላም ከተምጽእ እያ። እዞም መግለጺታት እዚኣቶም ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዝኾነ ሓድሽ ኪዳን ኣቐዲሞም ዚሕብሩ እዮም።

12፡ 27 “**ሓደ ጊዜ ደጊመ**” እዛ ዓለም እዚኣ ትሓልፍ እያ ዘላ። እግዚኣብሄር እቲ ናይ ዘፍ፡ 3፡ 14፤ 17፥ ዘካ፡ 14፡ 11፥ ራእ፡ 22፡ 3 መርገም ዘይብላ፡ ብዙሕ ምስዚ ሕጂ ዘላቶ መልክዕ ብዚመስል ደጊሙ ኺፈጥራ እዩ ኢለ እኣምን (2ጴጥ፡ 3፡ 10)። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ሓደ ቦታ ኣትክልቲ (ዘፍ፡ 1 - 2)፡ ኣምላኽ፡ ሰብን እንስሳን (ኢሳ፡ 11፡ 6 - 9) ኣብ ዘሎውዎ ሃዋህው ይጀምር፡ ብተመሳሳሊ መገዲ ኸኣ ይውድእ (ራእ፡ 21 - 22)።

12፡ 28 “**ዘይተንቀጥቅጥ መንግስቲ**” እዚ ናይቲ ሓድሽ ኪዳን መንፈሳዊ መዳይ እዩ ዜርኢ። እቲ ኪዳን ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዝኾነ ናይ መወዳእታን ነባርን ኪዳን እዩ።

▣ “**ንኣምላኽ ብዜሐጕሶ ቅዱስ ምኽባርን ብፍርሃትን እናኣገልገልና ነመስግን**” እዚ ነቲ ኣመንቲ ሓድሽ ኪዳን ኪህብዎ ዘሎዎም ግቡእ ምላሽ ይገልጽ፦ ነቲ መወዳድርቲ ዘይብሉ ናይ ስሉስ ኣምላኽ ጸጋ ምስጋና ንምቕራብ ንኣገልግሎት ዝተወፈየ ህይወት (እብ፡ 13፡ 15፤ 21፥ ሮሜ፡ 12፡ 1 - 2)። ከንገልግል ኢና ድሒንና፡ ነቶም ካብ እምነት ዘበሉ ስድራ ቤት ክነገልግል (1ቆሮ፡ 12፡ 7፥ ኤፌ፡ 4፡ 12)።

---

**ፍሉይ ኣርእስቲ: መንግስቲ ኣምላኽ**

ኣብ ብሉይ ኪዳን: ያህወ ኸም ንጉስ እስራኤል እዩ ዚሕሰብ ነይሩ (1ሳሙ: 8: 7፥ መዝ: 10: 16፤ 24: 7 - 9፤ 29: 10፤ 44: 4፤ 89: 18፤ 95: 3፥ ኢሳ: 43: 15፤ 44: 6): መሲህ ከኣ ከም ፍጹም ንጉስ (መዝ: 2: 6፥ ኢሳ: 9: 6 - 7፤ 11: 1 - 5)፣ ምስ ልደት የሱስ ኣብ ቤተ ልሄም (6- 4 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ወይ ዓመተ ዓለም) መንግስቲ ኣምላኽ ብሓድሽ ሓይልን ምድሓንን ናብ ታሪኽ ደቅ ሰብ ኣትያ (ሓድሽ ኪዳን ኤር: 31: 31 - 34፥ ህዝ: 36: 27 - 36)፣ ዮሃንስ መጥምቕ ናይታ መንግስቲ ምቕራብ ኣዊጁ (ማቴ: 3: 2፥ ማር: 1: 15)፣ የሱስ እታ መንግስቲ ኣብኡን ኣብ ትምህርቱን ከም ዝነበረት ብንጹር ምሂሩ (ማቴ: 4: 17፤ 23፤ 9: 35፤ 10: 7፤ 11: 11 - 12፤ 12: 28፤ 16: 19፥ ማር: 12: 34፥ ሉቃ: 10: 9፤ 11፤ 11: 20፤ 12: 31 - 32፤ 16: 16፤ 17: 21)፣ ግና: እታ መንግስቲ ናይ መጻኢውን እያ (ማቴ: 16: 28፤ 24: 14፤ 26: 29፥ ማር: 9: 1፥ ሉቃ: 21: 31፤ 22: 16፤ 18)፣

ኣብቶም ተመሳሰልቲ ጸብጻባት ወንጌላት ማርቆስን ሉቃስን: እቲ “መንግስቲ ኣምላኽ” ዚብል ሓረግ ንረክብ፣ እዚ ኣብ ናይ የሱስ ትምህርቲ ዝነበረ ዝውቱር ኣርእስቲ ነቲ ኣብ ልቢ ሰባት ሰፊኑ ዘሎ ሓደ መዓልቲ ኣብ ምሉእ ዓለም ፍጹም ዚገዝእ ህሉው ንግስነት እግዚኣብሄር ዘጠቓልል እዩ፣ እዚ ኣብቲ ናይ የሱስ ጸሎት ኣብ ማቴ: 6: 10 ተንጸባሪቑ ኣሎ፣ ንኣይሁድ ዝተጻሕፈ ወንጌል ማቴዎስ: ስም እግዚኣብሄር ዘይብሉ ሓረግ (መንግስተ ሰማያት) ኪጥቀም መሪጹ: ማርቆስን ሉቃስን ግን ወንጌላቶም ናብ ኣህዛብ ስለ ዝጸሓፍዎም ነቲ መለኮታዊ ስም ዘሎዎ ዝውቱር ስያሜ ተጠቒሞም፣

እዚ ስያሜዚ ኣብቶም ቀዳሞት ሰለስተ ወንጌላት ኣውራ ሓረግ እዩ፣ ናይ የሱስ ናይ መጀመርያን መወዳእታን ስብከታት: ከምኡውን መብዛሕትኦም ምስላታቱ ኣብዚ ኣርእስቲዚ ዘተኮሩ እዮም

ነይሮም፣ ነቲ ሕጂ ኣብ ልቢ ሰባት ዚኸውን ንግስነት እግዚኣብሄር የመልክት! እቲ ዜገርም። ዮሃንስ ነዚ ሓረግዚ ኽልተ ግዜ ጥራይ ተጠቒሙሉ (ኣብ ምስላታት የሱስ ከኣ ፈጺሙ ኣይጠቐሶን)፣ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ "ህይወት ዘለኣለም" እያ እታ ቐንዲ ምሳሌ፣

እቲ ኣብቲ ሓረግ ዘሎ ወጥሪ ብሰንኪ እቶም ክልተ ምጽኣታት የሱስ ዝሰዓበ እዩ፣ ብሉይ ኪዳን ኣብ ሓደ ምጽኣት ናይቲ ናይ እግዚኣብሄር መሲህ ጥራይ እዩ ኣተኩሩ- ናይ ውግእ። ፍርዲ። ክቡር ምጽኣት- ሓድሽ ኪዳን ግን እቲ መሲህ ኣብቲ ቐዳማይ ምጽኣቱ። ከምቲ ኣብ ኢሳ። 53 ዘሎ ዚሳቐ ባርያን ከምቲ ኣብ ዘካ። 9። 9 ዘሎ ትሑት ንጉስን እዩ መጺኡ፣ እቶም ክልተ ናይ ኣይሁድ ዘመናት። ዘመን ክፍኣትን ሓድሽ ዘመን ጽድቅን ይደራረቡ እዮም፣ የሱስ ኣብዚ ግዜዚ ኣብ ልቢ ኣመንቲ ነጊሱ ኣሎ። ሓደ መዓልቲ ግን ኣብ ልዕሊ ኹሉ ፍጥረት ኪነግስ እዩ፣ ከምቲ ብሉይ ኪዳን ዝተነበዮ ኺመጽእ እዩ! ኣመንቲ ኣብቲ "ገና ዚመጽእ" ዘይኮነስ ኣብቲ "ድሮ" ዝኾነ መንግስቲ ኣምላኽ እዮም ዚነብሩ (ጎርደን ዲ. ፊን ዳግላስ ስትዋርትን ዝጸሓፍዎ *ሃው ቱ ሪድ ዘ ባይብል ፎር ኦል ኢትስ ዎርዝ*። *ገጽ* 131 - 134)፣

12፡ 29 **"ዚባላዕ ሓዊ"** እዚ ንከረን ሲና (ዘዳ፡ 4፡ 24) ዜመልክት ኪኸውን ይኽእል። ናብ መን መልሲ ኽም እንህብ ክንርስዕ የብልናን (እብ፡ 10፡ 31)። ሓዊ ኼንጽህን ኬጽርን ወይ ከኣ ፍጹም ኬጥፍእ ይኽእል። ሰማያዊ ኣቦና ኪኸውን ይኽእል ወይ ከኣ ፈራዲና ኻብ ሰማይ ኪኸውን ይኽእል። ምስ የሱስ እንታይ ንገብርን ከመይ ንቕጽልን እዩ እቲ ወሳኒ። እመን! ኣብኡ ጽናዕ!

### መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጕዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብኹሉ መዳዮም ንኽተስተብህሉሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. ክንቀድሖም ዘሎና ናይቶም ኣብ ምዕራፍ 11ን 12፡ 18 - 29ን ዘሎዉ ሰባት ባህርያት ዘርዝር።
2. ጥቕሲ 1 እቶም ዝሞቱ ንህይወት እቶም ዘሎዉ ኸም ዚዕዘብዎ ድያ እትምህር?
3. ስለምንታይ እዩ ኣብዚ ምዕራፍዚ እቲ ጸሓፊ ብዙሓት ናይ ስፖርት (ጕያ) ምስላታት ዚጥቀም?
4. ምስቲ ምሉእ መልእኽቲ ብምዝማድ፡ ዕላማ እዛ ምዕራፍዚኣ እንታይ ነይሩ?
5. ናይ እግዚኣብሄር ዝለዓለ ዕላማ ንህይወትና እንታይ እዩ? (ጥቕስታት 10፤ 28)

# እብራውያን 13

**ሳልሳይ ዑደት ንባብ**

*ናይ ደራሲ ዕላማ እንታይ ከም ዝኾነ ብሕጡብ ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ምርዳእ*

*እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።*

*ነዛ ምዕራፍ ብሓደ ግዜ ንበባ። እቶም ተዋሳእቲ (ኣርእስትታት) ፈሊኻ ፍለጦም። እቲ ጽሑፍ በብምዕራፍ ዝተኸፋፈለ ኣምላኽ ናይ ግድን ከምኡ ኪኸውን ስለ ዝደለዮ ኣይኮነን። ግናኸ ናይቲ ናይ መጀመርያ ጸሓፊ ዕላማ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ትርጕም ድማ ዕላማ እቲ ጸሓፊ ምግንዛብ እዩ። ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ እዩ ዘሎዋ።*

1. *ቀዳማይ ምዕራፍ*
2. *ካልኣይ ምዕራፍ*
3. *ሳልሳይ ምዕራፍ*
4. *ወዘተ...*

**ናይቲ ሃዋህው (ኹነታት) መረዳእታ**

*ሀ. ነዚ ኣብዚ ጽሑፍዚ "ተገሚቱ" ዘሎ ታሪኻዊ ኹነታት ዘይሰማምዑ ብዙሓት ነገራት ኣሎዉ።*

1. *ክርስትያናዊ መራሕቲ*
2. *መግናሕቲ ንኣይሁድ ዘይኮነስ ንኣረማውያን*

*ለ. ኣብዚ ናይ መወዳእታ ምዕራፍዚ ናይ ሃዋርያ ጳውሎስ ዚመስሉ ብዙሓት ኣሰራት ኣሎዉ።*

> ***ናይ ቃልን ሓረግን መጽናዕቲ***
>
> **13። 1 - 6**
>
> **"ፍቕሪ ሕውነት ትጽናዕ፣ ገሊኣቶም ከይፈለጡ ብእኡ ንመላእኽቲ ኸም ኣጋይሽ ተቐቢሎም ኣለዉ እሞ። ምቕባል ኣጋይሽ ኣይትረስዑ፣ ንእሱራት ከም መተኣስርቶም ኴንኩም ዘክርዎም፣ ነመንዘራታትን ንዘመውትንሲ ኣምላኽ ኪፈርዶም እዩ እሞ። መውስቦ ኣብ ኵሉ ኽቡር። እቲ መደቀስ ኣሚን ከኣ ዘይረኽሰ ይኹን፣ ንሱ ባዕሉ፥ ኣይክሓድገካን ዕሽሽውን ከቶ ኣይክብለካን እየ። ኢሉ እዩ እሞ። ንብረትኩም ብዘይ ፍቕሪ ገንዘብ ይኹን። በቲ ዘሎኩም ዕገቡ፣ ስለዚ ተቢዕና። እግዚኣብሄር ረዳእየይ እዩ እሞ። ኣይክፈርህን እየ። ሰብከ እንታይ ክይገብረኒ? ንበል፣"**

13፡ 1 **"ፍቕሪ ሕውነት ትጽናዕ"**

እዚ ንህሉው ግዜ ዚምልከት በቶም ሰማዕቲ ኺግበር ዘሎዎ ትእዛዛዊ ቓል እዩ። ናይ ተኽእሎ ቓል ኣይኮነን። ትርጒሙ ኸኣ "ንበሩ" ወይ "ቀጽሉ" ማለት እዩ። እቲ እቶም ሰማዕቲ ኪቕጽልዎ ዘሎዎም ተግባር "ፍቕሪ ኣሕዋት" እዩ (*ፊላደልፊያ፤ ሮሜ* 12፡ 10፥ 1ተሰ፡ 4፡ 9፥ 1ጴጥ፡ 3፡ 8)። ነዚ ተግባርዚ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ገይሮሞ እዮም (ሮሜ፡ 6፡ 10፤ 10፡ 32- 35)፡ ሕጂ ኸኣ ኪቕጽልዎ ምትብባዕ ይግበረሎም ኣሎ። እዚ ሓደ ሰብ ንእግዚኣብሄር ከም ዚፈልጦ ንጹር ምልክት እዩ (ዮሃ፡ 13፡ 34- 45፤ 15፡ 12፤ 17፥ 1ዮሃ፡ 2፡ 10፤ 3፡ 11፤ 14፤ 17- 24፤ 4፡ 7- 21፥ 2ዮሃ፡ 5)።

ብዙሓት ምስ ፊሉ (ፍቕሪ) ተደሪቦም ዝተሃንጹ ድርብ ቃላት ኣሎዉ፡

1. ፍቕሪ ኣሕዋት፡ ጥቕሲ 1
2. ፍቕሪ ኣጋይሽ፡ ጥቕሲ 2
3. ፍቕሪ ገንዘብ፡ ጥቕሲ 5

13፡ 2 **"ምቕባል ኣጋይሽ ኣይትረስዑ"** እዚ ንህሉው ኩነታት ዚምልከት በቶም ሰማዕቲ ኺፍጸም ዘሎዎ ትእዛዛዊ ቓል እዩ። ናይ "ፊልዮ"ን "ኣጋይሽ"ን ውሁድ ቃል እዩ፡ ትርጒሙ ኸኣ "ፍቕሪ ኣጋይሽ" ማለት እዩ። ኣብቲ ዘመንቲ ገያሾ ኣብ መገዶም ዘዕርፉሎም ቦታታት ኣይነበሩን። ሞራላዊ ዝርገት ዝነበሮም፡ ዋግኦም ከኣ ክቡር ዝኾነ መዕረፍ ኣጋይሽ እዮም ነይሮም። ክርስትያናት ነቶም ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተንቀሳቐሱ ዚሰብኩ ኣገልገልቲ ቤቶም ኪኸፍቱ ይዕደሙ ነይሮም (ማቴ፡ 25፡ 35፥ ሮሜ፡ 12፡ 13፥ 1ጢሞ፡ 3፡ 2፥ ቲቶ፡ 1፡ 8፥ 1ጴጥ፡ 4፡ 9፥ 2ዮሃ፥ ዲዳክ 11፡ 4 - 6)።

▣ **"ከይፈለጡ ብእኡ ንመላእኽቲ ኸም ኣጋይሽ ተቐቢሎም"** እዚ ንዘፍጥረት 18 ዚጠቅስ እዩ። ኣብኡ ንኣብርሃም፡ ሰብ ዚመስሉ ሰለስተ መላእኽቲ ተጓኒፎሞ (*ጠቢት ምዕራፋት* 4- 7)። መላእኽቲ ነዞም ዚስዕቡ ሰባትውን ተገሊጸሙሎም፦ ጊዴዎን (መሳፍንቲ 6)፥ ማኖኣ (መሳፍንቲ 13)፥ ሎጥ (ዘፍጥረት 19)፥ ኣጋር (ዘፍጥረት 21)፡ እዚ ማለት ንክርስትያናት መላእኽቲ ኺመጽዎም ኣሎዎም ማለት ኣይኮነን፥ ከምቲ ናይ ቀደም ሰባት ኣጋይሽ ተቐቢሎም በረኸት ዝወረሱ፡ ኣመንቲውን ከምኡ ኺገብሩ ኣሎዎም።

13፡ 3 **"ንእሱራት... ዘክርዎም"** እዚ ንህሉው ግዜ ዚኸውን ትእዛዛዊ ኣበሃህላ እዩ። እዞም ነበብቲ መልእኽቲ እብራውያን፡ ነቲ ኣብ ማቴ፡ 25፡ 44 - 45 ዘሎ ቓል ክርስቶስ ሰዒቦሞ እዮም፡ ምኽንያቱ ኣብ እብ፡ 10፡ 32 - 36 ንኻልኦት ኣመንቲ ሓጊዞም እዮም። ማእሰርቶም ብኽፉእ ተግባር ኣይነበረን፡ ብምኽንያት እምነቶም ብክርስቶስ እዩ ነይሩ (1ጴጥ፡ 4፡ 14 - 15)። ነቶም ቀዳሞት ኣመንቲ፡ ማእሰርቲ ኼጋጥሞም ዚኽእል ክዉን ነገር እዩ ነይሩ፡ ከምቲ ሎሚውን ንብዙሓት ኣመንቲ ዘጋጥሞም ዘሎ።

▣ **"ንስኻትኩምውን ኣብቲ ስጋ ኸም ዘሎኹም"** እዚ ነዞም ዚስዕቡ ኼመልክት ይኽእል 1. ብስቓይን ማእሰርትን ተጸላዊ ዝኾነ ስጋዊ ኣካል (2ቆሮ፡ 12፡ 2 ተመሳሳሊ ናይ ግሪኽ ኣጸሓሕፋ ኣሎ) ወይ ከኣ 2. እታ ስጋ ክርስቶስ ዝኾነት፡ ዒላማ መከራ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን (ዋላኳ እቲ ጽሑፍ ንእኣ ኼመልክት ዚኽእል ናይ ግሪኽ ኣመልካቲ ስም እንተ ዘይብሉ)።

13፡ 4 **"መውስቦ ኣብ ኵሉ ኽቡር"** ኣብዚ ግሲ የልቦን። ኣብዚ ጥቕሲዚ "እዩ" ዚብል ቃል እንተ ኣትዩ፡ እቲ ጽሑፍ ናይ ሓሶት ትምህርቲ ንምጽራር ዝተጻሕፈ ምኾነ (ኣብ 1ቆሮ፡ 7፡ 38 ንመርዓ ብሞራላዊ ሚዛን ትሕቲ ኻብ ጾታዊ ርክብ ምሕራም ሰሪዕዎ ኣሎ ወይ ከኣ 1ጢሞ፡ 4፡ 3)። ነዚ ጥቕሲዚ፡ ናይ

ትእዛዝ ቃላት እንተ ኣትይዎ ኸኣ፡ ኣንጻር እቲ ናይ ኣረማውያን ባህሊ ዚውሃብ ደገፍ ኪኸውን እዩ (ጥቕሲ 4 ነዚ ኣማራጺዚ ተተባብዕ)።

▣ **"እቲ መደቀስ ኣሚን ከኣ ዘይረኽሰ ይኹን"** መርዓ ህያብ እግዚኣብሄር እዩ፡ ንዅሉ ሰብ ከኣ ልሙድ ነገር እዩ (ዘፍ፡ 1፡ 28፤ 9፡ 1፤ 7)። ናይ ሓጢኣት ጽያፍ ወይ ዜሕፍር ነገር ኣይኮነን። እቲ ስጋ ሰብ እኩይ እዩ ስለዚ ድሌቱን ትምኒቱን ኪኽላእ ኣሎዎ ዚብል ባሕታዊ ናይ ግሪኽ ፍልስፍና ነታ ቐዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ጸልይዋ እዩ! ክሳዕ ሎሚውን ይጸልዋ ኣሎ! እቲ "ዘይረኽሰ" ዚብል ቃል ኣብ እብ፡ 7፡ 26 ናይ የሱስ እቲ ሊቀ ኻህናትና ጸታዊ ንጽህና ንምግላጽ ኣገልጊሉ ኣሎ። ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ምንዝርና ንምምልካት የገልግል።

እዚ መጽሓፍ ንኣይሁድ ዝተጻሕፈ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ እዚ ኣንጻር ጾታዊ ፍኑውነት ተዋሂቡ ዘሎ መጠንቀቕታ ዜገርም ኪኸውን እዩ። እቲ ናይ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ናይ ኣህዛብ ባህሊ ብጾታዊ ምዝመዛ ዚልለ እዩ ነይሩ፡ እቶም ህዝቢ ኣይሁድ ግን ከምኡ ኣይነበሩን። ብዛዕባ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታን ተቐበልትን መልእኽቲ እብራውያን ብዙሕ ዘይርጉጽ ነገር ኣሎ።

▣ **"ነመንዝራታት"** ኣብ ብሉይ ኪዳን እዚ ቓልዚ ኣብ መንጎ ኽልተ ዘይተመርዓዉ ሰባት ዚግበር ጾታዊ ርክብ ማለት እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ግን ንዝኾነ ዓይነት ጾታዊ ብዕልግና ዜመልክት ሰፊሕ ትርጕም ኣሎዎ። እቲ ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ዘሎ "ፖርኖግራፊ" ዚብል ቃል ካብዚ ናይ ግሪኽ ቃልዚ እዩ ተወሲዱ።

▣ **"ዘመውቲ"** እዚ ኣብ መንጎ ሓዲኦም ወይ ክልቲኦም ናይ ገዛእ ርእሶም ሓዳር ዘሎዎም ሰባት ዚግበር ጾታዊ ርክብ እዩ። ብሰንኪ እቲ ናይ ኣረማውያን ቀይዲ ዝበተኸ ባህሊ ርኽሰትን ናይ ኣምልኾ ኣገባባትን፡ ጾታዊ ሓጢኣት ኣብታ ቐዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ዝዓበየ ሻቕሎት እዩ ነይሩ (ገላ፡ 5፡ 19 - 21)።

▣ **"ኣምላኽ ኪፈርዶም እዩ"** ፍርዲ እግዚኣብሄር ንጽዩፍ ናይ ሰብ ጾታውነት ካብ ሮሜ፡ 1፡ 24 - 32፥ ገላ፡ 5፡ 19 - 21፥ ኤፌ፡ 4፡19፥ ቆሎ፡ 3፡ 5፥ ራእ፡ 21፡ 8፤ 22፡ 15 ኪርአ ይኽእል። ግናኸ፡ ከም 1ቆሮ፡ 5፡ 5ን 1ጢሞ፡ 1፡ 9 - 11ን ዝኣመሰሉ ኽምዞም ጽዩፍ ተግባራት ንዚፍጽሙ ኣመንቲ ዚምልከቱ ኻልኦት ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስውን ኣሎዉ። እታ ቐዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ኣብ ህይወት ኣመንቲ ነውሪ ስለ ዘጋጠማ፡ ገለ መምርሒታት ከተውጽእ ፈቲና እያ።

1. ኪንስሑ
2. ካልኦት ኣመንቲ ኺሕግዝዎም (ገላ፡ 6፡ 1፥ ያእ፡ 5፡ 16፤ 19 - 20)
3. ኣመንቲ ምስ ጽዩፋት ኣመንቲ "ኣውራ" ኣዕሩኽ ከይኮኑ (1ቆሮ፡ 5፡ 9 - 13)።

እቲ ናይ እሩም ህይወት፡ ድልዱል ሓዳር፡ ተቐባል ጋሻን ፍቕሪ ሕውነትን ክርስትያናዊ ምስክር ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን፡ ሎሚውን ወሰንቲ እዮም።

13፡ 5 **"ንብረትኩም ብዘይ ፍቕሪ ገንዘብ ይኹን"** ኣብዚ ግሲ የልቦን፡ ትእዛዛዊ መልእኽቲ እዩ። እቲ ስምዚ ናይዞም ዚስዕቡ ውህደት እዩ

1. መጀመርያ ኣሉታዊ ወይ መፍረሲ ቓል
2. ፊልዮ (ድሕሪ ጥቕሲ 1 ዝተጻሕፈ ሳልሳይ ናይ ፊልዮ ድርብ ቃል)፤ ኣፍቀረ
3. ካብ ብሩር ሰልዲ

ስለዚ ትርጉሙ "ዘይመፍቀሪ ገንዘብ" ማለት እዩ። እቲ ሽግር እቲ ገንዘብ ኣይኮነን፡ እቲ ፍቕሪ ገንዘብ እዩ (ሉቃ፡ 12፡ 15፤ 16፡ 14፥ 1ጢሞ፡ 3፡ 3፤ 6፡ 10፤ 17 - 19፥ 2ጢሞ፡ 3፡ 2።

▣ **"ብቲ ዘሎኩም ዕገቡ"** እዚ ብመልክዕ ትእዛዝ ዝቐረበ ኣብ ህሉው ግዜ ድሮ ኺህልወካ ዘሎዎ ተግባር እዩ። እዚ ንሓጎስ እቲ ቐንዲ ጕዳይ እዩ። ኣብቲ ዚርእን ህጹጽን ነገር ዘየተኰር ናይ ህይወት ፍልስፍና እዩ። ዕጋበት ብእምነት ክትቅበሎን መዓልታዊ ኽትነብሮን ዘሎካ ዜደንቕ ህያብ እግዚኣብሄር እዩ (2ቆሮ፡ 9፡ 8፥ ፊሊ፡ 4፡ 11 - 12፥ 1ጢሞ፡ 6፡ 6 - 10)።

▣ **"ኣይክሓድገካን ዕሽሽውን ከቶ ኣይክብለካን እየ"** እዚ ኻብቲ እግዚኣብሄር ንመራሕቱን ንህዝቡን ዝሃቦም ተስፋታት ዝተወስደ ፍኑው ጥቕሲ ኽልተ ግዜ ኣሉታዊ ቓላት ይጥቀም። እግዚኣብሄር ምሳናን ንኣናን እዩ (ዘዳ፡ 31፡ 6 - 7፥ እያ፡ 1፡ 5፥ 1ዜና፡ 28፡ 20፥ ኢሳ፡ 41፡ 10፤ 13፤ 14፤ 17)። ኣመንቲ ብዛዕባ ዕለታዊ ቐለቦም ኪጭነቑ የብሎምን (ማቴ፡ 6፡ 19 - 34)።

13፡ 6 **"እግዚኣብሄር"** እዚ ኻብ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ካብ መዝ፡ 118፡ 6 ዝተወስደ ጥቕሲ እዩ። ተመሳሳሊ ሓቂ ኣብ መዝ፡ 56፡ 4፤ 11ውን ይርከብ።

▣ **"እግዚኣብሄር ረዳእየይ እዩ"** መዝሙር 118 ትብዓት ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ፍቕሪ፡ ይቕሬታ፡ ህላወን ረድኤትን ዚገልጽ ሓያል ቃል እዩ።

እቲ "ረዳእየይ" ዚብል ስም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብዚ ቦታዚ ጥራይ እዩ ኣገልጊሉ ዘሎ (ናይቲ ቓል ግሲ ግን ኣብ እብ፡ 2፡ 18 ይርከብ)፡ ግናኸ ኣብ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (LXX) ብተደጋጋሚ የገልግል። ትርጉሙ "ሓገዝ ሃበ"፤ "ንድሕነት ካልእ ሰብ ቆመ" ማለት እዩ።

▣ **"ሰብከ እንታይ ከይገብረኒ"** እዚ ዓብዪ ሓቅዚ (መዝ፡ 56፡ 4፤ 11፤ 118፡ 6) ኣብ ሮሜ፡ 8፡ 31ለ ብቕሩብ ፍሉይ ዝበሉ ቓላት ቀሪቡ ኣሎ፡ መሊሱ ኸኣ ኣብ ሮሜ፡ 8፡ 32 - 39 ዝያዳ በሪሁ ኣሎ።

13። 7 - 16

***"ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝነገርኹም መራሕትኹም ዘክርዎም። መወዳእታ ንብረቶም እናተቓመትኩም። ኣስኣሰር እምነቶም ስዓቡ፣ የሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለኣለምን ንሱ እዩ፣ ልብኹም። በቲ ነቶም ዝኸዱሉ ዘይጠቐሞም ብልዒ ዘይኮነስ። ብጸጋ እንተ ጸንዔ። ጽቡቕ እዩ እሞ። ብብዙሕ ዝዓይነቱን ብጋሻን ትምህርቲ ኣይትስሓቱ፣ እቲ ብሊቀ ኻህናት ስለ ሓጢኣት ኣብ መቕደስ ዚኣቱ ዝነበረ ደም እንስሳታት። እቲ ስጋታተን ኣብ ወጻኢ ሰፈር ይሓርር ነበረ እሞ። ንሕናስ እቶም ነቲ ድንኳን ዜገልግሉ ኻብኡ ኺበልዑ መሰል ዜብሎም መሰውኢ ኣሎና፣ ስለዚ የሱስ ከኣ። ብደሙ ንህዝቢ ምእንቲ ኪቕድስ ኢሉ። ኣብ ወጻኢ ኣፍ ከተማ መከራ ጸገበ፣ ነታ እትመጽእ ንደሊ ኣሎና እምበር። ኣብዚ እትነብር ከተማ የብልናን እሞ። ሕጂ ጸርፉ ተሰኪምና ናብ ወጻኢ ሰፈር ናብኡ ንውጻእ፣ እምብኣርስ ብእኡ ንኣምላኽ ዅሉ ሳዕ መስዋእቲ ምስጋና። ማለት ንስሙ ዚእመና ፍረ ኸናፍር። ነቕርብ፣ ኣምላኽ ነዚ ኸምዚ ዘመሰል መስዋእቲ ይሰምሮ እዩ እሞ። ሰናይ ምግባርን ምምቓልን ኣይትረስዑ፣"***

13፡ 7 **"ዘክርዎም"** እዚ በቶም ነበብቱ ኣብዚ ህሉው ግዜ ኺግበር ዘሎዎ ትእዛዛዊ ቓል እዩ። እቲ መልእኽቱ ነቶም መራሕቲ ጸልዩሎምን ኣኽብርዎምን ዚብል እዩ! እዚ ምስ ጥቕሲ 3 ዚመሳሰል ግናኸ

ዝተፈልየ ቓል እዩ። ኣመንቲ ነቶም ንስጋ ክርስቶስ ወይ ቤተ ክርስትያንን (ጥቕሲ 3) መራሕታን (ጥቕስታት 7፤ 17፤ 24፥ 1ተሰ፡ 5፡ 12- 13) ናይ ፍቕሪ ኣገልግሎት ዜበርክቱ መራሕቲ ኺጽልዩን ኬኽብርዎምን ኪስተብህሉ የድልዮም፡

▣ **"መራሕትኹም"** ጥቕስታት 17ን 24ን ንህሉዋት መራሕቲ እዮም ዚምልከቱ፡ ስለዚ ጥቕሲ 7 ነቶም መጀመርያ ወንጌል ዝሰበኹ ዳሕራይ ግን ብሞት ዝተፈልዩ መራሕቲ እዩ ዚምልከት።

▣ **"ቃል ኣምላኽ ዝነገሩኹም"** እዚ ናይ ክርስትያናዊ መራሕቲ ዕማም እዩ። ፍልጠቶም ወይ ውልቃዊ ዊንታታቶም ኣይኮኑን ዚምህሩን ዚሰብኩን። ናይ የሱስ ክርስቶስ ወንጌል እዮም ዚምህሩን ዚሰብኩን። ስለዚ ነኽብሮምን ንጽልየሎምን።

▣ **"መወዳእታ ንብረቶም እናተጀመትኩም"** እዚ ብመልክዕ ትእዛዝ ዚቐርብ ዘሎ ናይ ህሉው ግዜ ተግባር እዩ። እዞም መራሕቲዚኣቶም፡ ከምቶም ኣብ ምዕራፍ 11 ተዘርዚሮም ዘለዉ ናይ እምነት ጀጋኑ፡ ኣብ ህይወቶም ክሳዕ ሞት እሙናት ነይሮም። ህይወቶም ንብቑዕነት ናይ መልእኽቶም ዚምስክር እዩ ነይሩ።

▣ **"ኣሰኣሰር እምነቶም ስዓቡ"** እዚ ብቶም ሰማዕቱ ኺፍጸም ዘሎዎ ትእዛዛዊ ተግባር እዩ። እቲ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን፡ እቶም ነበብቱ ንመራሕቶም ብእምነት ኪመስልዎም ይጽውዖም። ጳውሎስ ብዙሕ ግዜ ኣመንቲ እምነቱ ንኺስዕቡ ምዒዱ እዩ (1ቆሮ፡ 4፡ 16፤ 11፡ 1- 2፥ ፊሊ፡ 3፡ 17፤ 4፡ 9፥ 1ተሰ፡ 1፡ 6፥ 2ተሰ፡ 3፡ 7፤ 9)።

13፡ 8 **"የሱስ... ንሱ እዩ"** እቶም ኣብ ምዕራፍ 11 ዘለዉ ናይ ብሉይ ኪዳን ሰባት፡ ብቑዓት ኣብነታት እዮም፥ እቶም ናይ ቀደምን ናይ ሕጂን መራሕቲ ብቑዓት ኣብነታት እዮም፥ የሱስ ከኣ ዝለዓለ ኣብነት እዩ። ባህርዩን እሙንነቱን ፍጹም ኣይቅየሩን እዮም (መዝ፡ 102፡ 26- 27 ኣብ እብ፡ 1፡ 12 ተጠቒሱ ዘሎ)። እዚ ስነ-መለኮታዊ ሓሳብዚ ኣብ ሚል፡ 3፡ 6 ብዛዕባ ያህወ (እግዚኣብሄር) ተባሂሉ ኣሎ። ባህሪ እግዚኣብሄርን ምሕረቱን ዘይቅየሩ እዮም፡ ናይ የሱስ ክርስቶስውን ከምኡ ዘይቅየሩ እዮም።

13፡ 9 **"ኣይትስሓቱ"** እዚ ኣሉታዊ ኽፋል ዝሓዘ ንህሉው ግዜ ዚምልከት ትእዛዛዊ ቓል እዩ። ዕላማኡ ድሮ ንዝጀመረ ተግባር ጠጠው ንምባል እዩ። ገለ ኻብቶም ሰማዕቲ "ንድሕሪት ኪምለሱ" (እብ፡ 2፡ 1፤ 10፡ 38) ይሕልኑ ነይሮም። እቲ ናይ ምስሓት ተግባር ብሰይጣን ወይ ጋኔን ዚፍጸም ይመስል።

▣ **"ብብዙሕ ዝዓይነቱን ብጋሻን ትምህርቲ"** እዚ ትምህርትዚ እንታይ ዜጠቓልል ከም ዝነበረ ርጉጽ ኣይኮነን፡ ግናኸ ተመሳሳሊ ውህደት ናይ ኣይሁድን ኣረማውያንን ስርዓታት ኣብ ቆሎ፡ 2፡ 16- 23 ተኾኒኑ ኣሎ።

ገለ ኽፋላት ምዕራፍ 13፡ ንቤተ መቕደስ ኣብ ዝተላእከት ደብዳበ ናይ ጳውሎስ መዛዘሚ መልእኽቲ ዝተወሰኾም ይመስሉ። ገለ ኽፋላት እዚ ምዕራፍ (ጥቕስታት 4- 5) ንቤተ መቕደስ ዘይኮነስ ንሕውስዋስ ኣባላት ዘሎውዋ ቤተ ክርስትያን ዚምልከቱ እዮም።

▣ **"ልብኹም... ብጸጋ እንተ ጸንዔ፡ ጽቡቕ እዩ እሞ"** እዚ ዕላማ ዚገልጽ ናይ ህሉው ግዜ መሰረታዊ ግሲ እዩ። እዞም ሰማዕቲ ኣብ ስርዓት፡ ናይ እንስሳ መስዋእቲ ወይ ናይ መግቢ ሕጋጋት ዘይኮነስ፡ ኣብቲ ንሰብ ዘይግብኦ ግናኸ ብየሱስ ክርስቶስ ካብ ኣምላኽ ዝኾነሉ ጸጋ (ወንጌል፡ ጥቕሲ 7) ኺስረቱ ኣድልይዎም። ኣብ መንጎ ሙሴን የሱስን ይማትኡ ነይሮም። እቲ ዘይልወጥ ቃል ኣቦ ዝኾነ የሱስ ካብቶም ስርዓትን ቃላትን እቲ ቐዳማይ ኪዳን ኣዝዩ ዝበለጸ እዩ።

እቲ ኣብ ህይወት፡ ትምህርትን ሞትን የሱስ (ወንጌል) ብንጹር ዝተገልጸ ዘይልወጥ ባህርን ፍቕርን እግዚኣብሄር ምርዳእ እዩ ንኣመንቲ ጽንዓት ዚህቦም። ልብን ኣእምሮን ኣመንቲ ዚጸንዕ ብደጋዊ ስርዓታትን ሕጋጋትን ሃይማኖት (እቲ ብሉይ ናይ ሙሴ ኪዳን) ዘይኮነስ፡ ብፍልጠት ወንጌልን ምስቲ ዓቢ ጓሳ ውልቃዊ ርክብ ብምግባርን እዩ።

እዚ ጸሓፊዚ ብዙሕ ግዜ ናይ "ልቢ" መንፈሳዊ ጕዳይ ይጠቅስ (ፍሉይ ኣርእስቲ እብ፡ 3፡ 8 ተመልከት)። ብዙሓት ጽሑፍት ብሉይ ኪዳን ይጠቅስ።

1. እብ፡ 3፡ 8፤ 15፤ 4፡ 7 "ልብኹም ኣይተትርሩ" (መዝ፡ 95፡ 8)
2. 3፡ 10 "ብልቦም ይስሕት" (መዝ፡ 95፡ 10)
3. 8፡ 10 "ንሕጋጋተይ... ኣብ ልቦምውን ክጽሕፎ እየ" (ኤር፡ 31። 33)

ነዞም ሓቅታት እዚኣቶም ኣብ እብ፡ 3፡ 12፤ 4፡ 12፤ 10፡ 22 ጸሚቑዎም ኣሎ። ልቢ ናይ ሰብ ናይ ኣእምሮ፡ ስምዒትን ፍቓድን መዳያት ይውክል። ክርስትና ንውሽጣዊ ድሌታት እቲ ውዱቕ ሰብ ይሓሊ፡ ኣይሁድነት ግን ነዚ ኺግብር ኣይከኣለን።

▣ "**ልብኹም**" ፍሉይ ኣርእስቲ እብ፡ 3፡ 8 ርአ።

▣ "**በቲ ነቶም ዝኸዱሉ ዘይጠቐሞም ብልዒ ዘይኮነስ**" እዚ ንጹር ምልክት ንዘሌዋውያን 11 እዩ። እቶም ናይ መግቢ ሕጋጋት ብየሱስ ክርስቶስ ኣብቂያም እዮም (ማቴ፡ 15፡ 11፥ ማር፡ 7፡ 18- 23፥ ግብ፡ 10፥ ቆሎ፡ 2፡ 16- 23)። ንኣመንቲ ንምድሓን ብግዲ ዜድልዩ ኣይኮኑን (ገላትያ 3፥ ግብሪ ሃዋርያት 15)፡ ግናኸ ኣብ ናይ ቤተ ክርስትያን ሃዋህው ኣመንቲ ብዛዕባ "ድኹማት ኣሕዋት" ኪግደሱን (ግብ፡ 15፡ 19- 20፥ ሮሜ፡ 14፡ 1- 15፡ 6፥ 1ቆሮ፡ 8፤ 10፡ 23- 33) ንድኹም ሕልናኦም ከይብድሉን ኣድላዪ ነይሩ።

13፡ 10 "**ስለ ሓጢኣት... ኣብ ወጻኢ ሰፈር ይሓርር ነበረ**" እዚ ነቶም ኣብ መዓልቲ ዕርቂ ኣብ ዘሌ፡ 16፡ 27 ዘሎው ስርዓታት ዚእምት እዩ።

▣ "**ኻብኡ ኺበልዑ መሰል ዜብሎም**" እዚ ንዘሌዋውያን 16 ዚእምት ካልእ ጥቕሲ እዩ።

13፡ 11 "**መሰውኢ ኣሎና**" እቲ ተመሳሳልነት፡ ብኣዒንቲ ስጋ ዚርኤ ቤተ መቕደስ ዘይኮነስ መንፈሳዊ (ሰማያዊ) መቕደስ ይመስል። ብዛዕባ ናይ የሱስ መስዋእቲ ኣብ ክንዲ ኣመንቲ ይዛረብ። ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ ናብ ኣምላኽ ንምእታው ዝተዋህበና ደገ ዜመልክት ሓያል ምሳሌ እዩ።

13፡ 12 "**የሱስ... ኣብ ወጻኢ ኣፍ ከተማ መከራ ጸገበ**" እዚ ናይ ራባያት (ካህናት ኣይሁድ) ናይ ኣጸሓሕፋ ኽእለት እዩ። እቶም ናይ ብሉይ ኪዳን መስዋእትታት ኣብ ወጻኢ ሰፈር ይሓሩ ኸም ዝነበሩ፡ የሱስ ከኣ ኪስቀል ወጻኢ ኻብ ከተማ የሩሳሌም ተወሲዱ።

13፡ 13 "**ከተማ**" እዚ ናይ ሰማይ ተምሳል እዩ። ነታ ናይ እስራኤላውያን ናይ ተስፋ ምድሪ ርእሰ ኸተማ ተጠቒሙላ ኣሎ።

13፡ 14 "**ናብ ወጻኢ ሰፈር ናብኡ ንውጻእ**" እዚ ጥቕሲዚ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን እቲ ኣውራ ጥቕሲ እዩ። እቶም ሰማዕቲ ኺግብርዎ ዘሎዎም ናይ ህሉው ግዜ ኣመልካቲ እዩ። ብዛዕባ ቐጻሊ ተግባር ዚዛረብ፡ ኣብ መጻኢ ኺጋጥም ንዚኽእል ዘይርጉጽ ነገር ዚእምት እዩ (እዚ ኣንጻር "ንድሕሪት ምምላስ" ዜተሓሳስብ ናይ መወዳእታ ማዕዳን መጠንቀቕታን እዩ)፡ ኣመንቲ ኣብ ቅድሚ ሰብ ንክርስቶስ ኪእመንዎን ዚመጽእ ሳዕቤን ብዘየገድስ ጸርፉ ኺስከሙን ይግብኦም። እዚ ነዞም ናይ ቤተ

መቕደስ "ዕጹዋት" ኣመንቲ ናብ ቃልዕ ናብቲ ምሉእ ብርሃን ተልእኾ ምስባኽ ወንጌል ኪወጹ ዝተዋህበ ንጹር ጻውዒት እዩ (ማቴ፡ 28፡ 19- 20፥ ግብ፡ 1፡ 8)።

13፡ 15 "ንእኡ" እዚ ነቲ ኣብ ጥቕሲ 12 ብስም ተጠቒሱ ዘሎ የሱስ እዩ ዜመልክት። ንሱ ኣብ ወጻኢ ኣፍ ከተማ የሩሳሌም ብመስዋእቲ ደሙ ንህዝቡ ቐዲሱ። ኵሉ መንፈሳዊ ረብሓታት ብእኡ እዩ ዚውሕዝ!

▣ "ኵሉ ሳዕ መስዋእቲ ምስጋና… ነቕርብ" እዚ በቶም ሰማዕቲ ኣብ ህሉው ግዜ ኺግበር ዘሎዎ ተግባር ዜመልክት እዩ። እቲ ናይ መስዋእቲ ስርዓት፡ ነቲ ናይ ሓጢኣት ሽግር ብምእላይ ሕብረት ምስ እግዚኣብሄር ንምህናጽ ንእስራኤል ዝተዋህበ ስርዓት እዩ ነይሩ። ሓሙሽተ ዓይነታት መስዋእቲ ኸኣ ነይሮም።

ሀ. እቶም ክልተ ናይ ግድነት እዮም ነይሮም

1. "መስዋእቲ ሓጢኣት"

2. "መስዋእቲ በደል"

ለ. እቶም ሰለስተ ናይ ፍታው እዮም ነይሮም

1. ዚሓርር መስዋእቲ

2. መስዋእቲ ብልዒ

3. መስዋእቲ ምስጋና

እቲ ናይ ምስጋናን ስብሓትን ሓሳብ ምስዞም ሰለስተ ናይ መወዳእታ መስዋእትታት ተኣሳሲሩ እዩ ዚጥቀስ (ዘሌ፡ 7፡ 12)። እዞም መስዋእትታት ኣብ ዘሌዋውያን 1- 7 ብዝርዝር ተገሊጾም ኣሎዉ። መዝሙር ዳዊት ነዚ ዓይነት ኣምልኾ ብተደጋጋሚ ይጠቕሶ (መዝ፡ 27፡ 6፤ 50፡ 14፤ 69፡ 30፤ 107፡ 22፤ 116፡ 17)። እቲ "መስዋእቲ ምስጋና" ዚብል ሓረግ ካብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) እዩ መጺኡ (ዘሌ፡ 7፡ 2፤ 3፤ 5፥ 2ቆሮ፡ 29፡ 31፤ 33፡ 16፥ መዝ፡ 49፡ 14፤ 23፤ 106፡ 22)።

▣ "ፍረ ኸናፍር" እዚ ሓረግዚ ነቶም ኣብቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) ዘሎዉ ኢሳ፡ 57፡ 19ን ሆሴእ 14፡ 3ን እዩ ዜንጸባርቕ። እቲ ቤተ መቕደስ ኣብ 586 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ በቲ ሓድሽ ንጉስ ባቢሎን ዳግማዊ ነቡከድነጻር ምሉእ ብምሉእ ስለ ዝዓነወ፡ እቶም ዝተማረኹ እስራኤላውያን ንኽምዚኣቶም ዝበሉ ንባባት መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሞም ኣብ ክንዲ ናይ እንስሳ መስዋእቲ ናይ ኣፍ ምስጋና የቕርቡ ነበሩ። እቲ ቤተ መቕደስ መሊሱውን ኣብ 70 ዓመተ ምህረት ዓንዩ። እዚ መልእኽቲ እብራውያን መኣስ ከም እተጻሕፈ ርጉጽ ኣይኮነን።

▣ "ንስሙ ዚእመና" ንኣመንቲ፡ ምስጋና ንኣምላኽ ማለት ንየሱስ ጎይታ ምኻኑ (ፊሊ፡ 2፡ 6- 11) ምእ"ማን (ሆሞሎግዮ) እዩ (ንስሙ ኽምቲ ኣብ ማቴ፡ 28፡ 19- 20 ወይ ኣብ ሮሜ፡ 10፡ 9- 13 ዘሎ ምጥቃም)።

13፡ 16 "ሰናይ ምግባር… ኣይትረስዑ" እዚ ኣሉታዊ ኽፍሊ ዘረባ ዝሓዘ ንህሉው ግዜ ዚምልከት ትእዛዛዊ ቓል እዩ። ብዙሕ ግዜ ንሓደ ዚስጐም ዘሎ ተግባር ምቁራጽ ማለት እዩ። ደቂ ኺፋቐሩን ንሓድሕዶም ኪተሓጋገዙን እንከሎዉ እግዚኣብሄር ይሕጎስ (ፊሊ፡ 4፡ 18)።

ኣብ ናይ ኣይሁድ ኣተሓሳስባ እዚ "ሰናይ ምግባር" (*ቆይኖንያ*) ምናልባት ንምጽዋት (ማቴ፡ 6፡ 1) ዜመልክት ኪኸውን ይኽእል። ምጽዋት ንመግዝኢ መግቢ ድኻታት ዚውዕል በቶም ኣባላት ቤተ መቕደስ ኣይሁድ በብሰሙኑ ዚዋጻእ ናይ ገንዘብ ህያብ እዩ ነይሩ። እቶም ኣይሁድ ንምጽዋት ናይ ጽድቂ ተግባር ገይሮም ይርእይዎ ነይሮም።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ቆይኖንያ**

እቲ "ሕብረት" (ቆይኖንያ) ዚብል ቃል እዞም ዚስዕቡ ትርጉማት ዝሓዘለ እዩ

1. **ጥቡቕ ሕብረት ምስ ሰብ**

   *ሀ. ምስ ወዲ ኣምላኽ* (1ዮሃ: 1: 6፥ 1ቆሮ: 1: 9)

   *ለ. ምስ መንፈስ ቅዱስ* (2ቆሮ: 13: 13፥ ፊሊ: 2: 1)

   *ሐ. ምስ ኣቦን ወድን* (1ዮሃ: 1: 3)

   *መ. ምስ ካልኦት ደቂ ኪዳን ኣሕዋት ወይ ኣሓት* (1ዮሃ: 1: 7፥ ግብ: 2: 42፥ ገላ: 2: 9፥ ፊሊሞን 17)

2. **ጥቡቕ ዝምድና ምስ ነገራት ወይ ጕጅለታት**

   *ሀ. ምስ ወንጌል* (ፊሊ: 1: 5፥ ፊሊሞን 6)

   *ለ. ምስ ደም ክርስቶስ* (1ቆሮ: 10: 16)

   *ሐ. ምስ ጸልማት ሕብረት ዘይምግባር* (2ቆሮ: 6: 14)

   *መ. ምስ ስቓይ* (ፊሊ: 3: 10፤ 4: 14፥ 1ጴጥ: 4: 13)

3. *ብልግሲ ዚግበር ህያብ ወይ ወፈያ* (ሮሜ: 12: 13፤ 15: 26፥ 2ቆሮ: 8: 4፤ 9: 13፥ ፊሊ: 4: 15፥ እብ: 13: 16)

4. *ናይ ሰብ ሕብረት ምስ ኣምላኽን ካልኦት ሰባትን ዜሐድስ ናይ እግዚኣብሄር ውህበት ጸጋ ብክርስቶስ*

*እዚ ነቲ ብሳላ ትኹል ዝምድና (ሰብን ፈጣሪኡን) ኣብ መንጎ ሰባት ዚነግስ ጋድም ዝምድና (ሰብ ምስ ሰብ) የረጋግጽ፣ ከምኡውን ናይ ክርስትያናዊ ማሕበረ ሰብ ኣድላይነትን ሓጎስን የርኢ፣ እቲ ናይ ግሲ ግዜ ንምጅማርን ምቕጻልን ናይ ሕብረት ተመኩሮ የጕልሕ* (1: 3 (ክልተ ግዜ)፤ 6፤ 7)፣ *ክርስትና ሽርክነታዊ* (ሓባራዊ) እዩ!

▣ **"ምምቓል"**

▣ **"ኣምላኽ ነዚ ኸምዚ ዘመሰለ መስዋእቲ ይሰምር እዩ እሞ"** ኣብ ጥቕሲ 15 እቲ ቕቡል መስዋእቲ ንክርስቶስ ብእምነት ምእ"ማን እዩ ነይሩ፥ ሕጂ ኸኣ ንክርስቶስ መሲልካ ምንባር እዩ። ወንጌል ብርግጽ ክልቲኡ የጠቓልል!

> 13። 17
>
> ***"ንመራሕትኹም ተኣዘዝዎምን ተገዝእዎምን፣ ንሳቶም ከምቶም ጸብጻብ ዚህቡ ኾይኖም። ምእንቲ ነፍሳትኩም ነቒሖም ይሕልዉ ኣለዉ እሞ። ነዚ ብታሕጓስ ኪገብርዎ እምበር። ብጓሂ እንተ ገበርዎ። እዚ ንኣኻትኩም ኣይጠቕምን እዩ፣"***

13፡ 17 **"ተኣዘዝዎምን ተገዝእዎምን"** እዚ ኣብ ህሉው ግዜ ዚግበር ትእዛዛዊ ቓል እዩ (ኤ. ቲ. ሮበርትሰን ሰብ ኣብ ነብሱ ዚፍጽሞ ተግባር ገይሩ ይገልጾ)። ዋላኳ ውልቀ ሰባት ብክርስቶስ ሓራ እንተ ኾኑ፡ ምእንቲ ዕቤትን ኣገልግሎትን ንመንፈሳዊ ስልጣን ርእስና ኸንግዝእ ኣሎና (ጥቕሲ 7፥ 1ቆሮ፡ 16፡ 16፥ 1ተሰ፡ 5፡ 12- 13)።

ኣብዚ ንዝኾነ ዓይነት ስልጣን ምንዓቕን ኣብ ናይ ውልቀ ሰብ መሰልን ስልጣንን ካብ ግቡእ ንላዕሊ ምትኳርን ዝዓዘዘሉ ዘመን፡ እዚ ንመንፈሳዊ መራሕቲ እሺ ኸንብል ዜተባብዕ ቃል ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። እግዚኣብሄር ንገለ ኻብ ህዝቡ፡ መራሕቲ ኪኾኑ ሓርይዎም ኣሎ (ዘሁ፡ 16፡ 3- 5)። ንጻዊዕቶም፡ ስልጠንኦም፡ ተወፋይነቶምን ኣገልግሎቶምን ክብሪ ንህቦም። ግናኸ፡ ብኣንጻሩ ኸኣ ካልእ "ታኼላ" ኣሎ። ገለ ገበርትን ሓደግትን መራሕቲ ነቲ ናይ እግዚኣብሄር ጸውዒት ኣራኺሶሞ እዮም። ኣብ መንጎ ህዝቢ እግዚኣብሄርን ካብ እግዚኣብሄር ዝኾኑ መራሕትን፡ ሚዛናውነት፡ ሓባራዊ ምኽብባርን ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስን ኪህሉ ኣሎዎ። ኵሎም ኣመንቲ፡ ካብቲ ንክርስቶስ ዘሎዎም ክብሪ ዝተላዕለ ንሓድሕዶም ኪገዛዝኡ ተጸዊዖም እዮም (ኤፌ፡ 5፡ 21)።

▣ **"ነቒሖም ይሕልዉ ኣለዉ"** እዚ ቓልዚ "ንቑሕ ምዃን"፤ "ትኩር ምዃን" ማለት እዩ (ማር፡ 13፡ 33፥ ሉቃ፡ 21፡ 36፥ ኤፌ፡ 6፡ 18)። ናይ ትጉህ ሓለዋን ኣገልግሎትን ምሳሌ እዩ (ኢሳ፡ 62፡ 6፥ ህዝ፡ 3፡ 17፤ 33፡ 7- 9)።

▣ **"ከምቶም ጸብጻብ ዚህቡ ኾይኖም"** መራሕቲ ነቲ ኣገልግሎቶም ብሓላፍነት እዮም ዚሕተቱ፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ ጸብጻብ ኪህቡ እዮም (1ቆሮ፡ 3፡ 10- 15)። ሰብ ሕድሪ (መገብቲ) እዮም!

▣ **"ነዚ ብታሕጓስ ኪገብርዎ እምበር ብጓሂ እንተ ገበርዎ፡ እዚ ንኣኻትኩም ኣይጠቕምን እዩ"** ናይ ምእመናን ኣመለኻኽታ ነቲ ኣገልግሎት ኣይውስኖን እዩ፡ ግናኸ ነቲ ጕዕዞ ሕጕስ ወይ ጓሂ ዚመልኦ ይገብሮ።

> 13። 18 - 19
>
> ***"ብኹሉ ደግነት ክንነብር እናደሌና። ሰናይ ሕሊና ኸም ዘሎና። ተረዲእናዮ ኣሎና እሞ። ጸልዩልና፣ ኣነ ቐልጢፈ ኸም ብሓድሽ ምእንቲ ኽውሃበኩም። እዚ ኽትገብሩ ኣብዚሔ እምዕደኩም ኣሎኹ፣"***

13፡ 18 ***“ብዅሉ ደግኑት ክንነብር እናደሌና፡ ሰናይ ሕሊና ኸም ዘሎና፡ ተረዲእናዮ ኣሎና እሞ”*** *ኣመለኻኽታን ኣነባብራን ናይ መሪሕነት መሰረት የቍሙ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን፡ ን”ሕልና” ብዙሕ ግዜ ጠቒስዋ ኣሎ* (9፡ 9፤ 14፤ 10፡ 2፤ 22፤ 13፡ 18)፡ *እቲ ናይ ክርስቶስ ናይ ምድሓን ሓይልን እቲ ኣብ ውሽጢ ኣመንቲ ዝሓደረ መንፈስ ቅዱስን ንፍርሂ ኣምላኽን ናይ ሕሉፍ ሓጢኣት ውርደትን ኣልይዎ እዩ፥ ካብ ግብሪ ሰብ ዘይኮነስ ካብ ወንጌል ብዝኾነ ሓጎስ፡ ሰላምን ትብዓትን ተኪእዎ እዩ! እዚ ፍልጠት ወንጌልዚ ናይ ምድሓን ቍራዕ ርእሲ እዩ* (*ኤፌ*፡ 6፡ 17፥ 1*ተሰ*፡ 5፡ 8)።

*ገለ ተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ እዚ ጥቕሲዚ ነቲ ጸሓፊ መልእኽቲ ምስ ዘጋጠሞ ኽሲ ዝተሓሓዝ ገይሮም ይርእይዎ እዮም* (*ምስቲ ኣብ* 1 *ቆሮንጦስን ገላትያን ዘሎ ናይ ጳውሎስ ዅነታት*)።

▣ ***“ጸልዩልና”*** *ብመራሕቲ ዚግበር ጸሎትን ንመራሕቲ ዚግበር ጸሎትን ኣገዳሲ እዩ* (*ኤፌ*፡ 6፡ 18 - 19፥ *ፊሊ*፡ 4፡ 6፥ 1*ተሰ*፡ 5፡ 25፥ 1*ጢሞ*፡ 2፡ 1 - 2፤ 8)። *እቲ “ጸልዩልና” ዚብል ናይ ብዙሓት ቃል፡ እቲ ናይ ኣገልገልቲ ጕጅለ ንጢሞቴዎስውን ስለ ዜጠቓልል ኪኸውን ይኽእል* (*ጥቕሲ* 23)።

13፡ 19 *እዚ ስዉር መልእኽቲ ዘሎዎ ጥቕሲ ይመስል። ናይቲ ጸሓፊ መልእኽቲ ምምጻእ፡ ብገለ መገዲ ምስ ጸሎት እቶም ተቐበልቲ መልእኽቲ ይዛመድ። እዚ ጸሓፊ ጳውሎስ ይመስል* (*ፊሊሞን* 22)። *ጸሎት ነቲ ንኣገልግሎት ዚኸውን ናይ እግዚኣብሄር ውጽኢታዊ ሓይሊ ይፍንዎ። ናይ ኣመንቲ ጸሎት ንእግዚኣብሄርን ንኻልኦትን የነቓንቖም።*

*ገለ ተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ* (*ንኣብነት ኤች. ጂ. ዳና ኣብ ዝጸሓፎ ጂውሽ ክርስችያኒቲ ገጽ* 268) *እዚ ጥቕሲዚ ናይቲ ጸሓፊ ሕማም ወይውን ማእሰርቲ ኸም ዜመልክት ይግምትዎ* (*እቲ “ቐልጢፈ” ዚብል ቃል ኣብ ጥቕሲ* 23 *ብዛዕባ ጢሞቴዎስውን ተባሂሉ ኣሎ*)።

13። 20 - 21

**“ኣምላኽ ሰላም ግና ነቲ ብናይ ዘለኣለም ደም ኪዳን ዓብዪ ጓሳ ኣባጊዕ። ጎይታና የሱስ ክርስቶስ። ካብ ምዉታት ዘተንስኦ። ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚኡ ባህ ዜብሎ ኣባኻትኩም እናገበረ ብሰናይ ግብሪ ዘበለ ኹሉ ፍቓዱ ኽትገብሩ የብቅዕኩም፣ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ንእኡ ኽብሪ ይኹኖ፣ ኣሜን፣”**

13፡ 20 ***“ኣምላኽ ሰላም”*** *እዚ ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ መዓርግ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ኣብዚ ስፍራዚ ጥራይ፡ ከምኡውን ኣብ ጽሑፋት ጳውሎስ እዩ ዚርከብ* (*ሮሜ*፡ 15፡ 33፤ 16፡ 20፥ 1*ቆሮ*፡ 14፡ 33፥ 2*ቆሮ*፡ 13፡ 11፥ *ፊሊ*፡ 4፡ 9፥ 1*ተሰ*፡ 5፡ 23፥ 2*ተሰ*፡ 3፡ 16)።

▣ ***“ካብ ምዉታት ዘተንስኦ”*** *ሓድሽ ኪዳን፡ እግዚኣብሄር ኣቦ ንየሱስ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እዩ ዚገልጽ* (*ግብ*፡ 2፡ 24፤ 3፡ 15፤ 4፡ 10፤ 5፡ 30፤ 10፡ 40፤ 13፡ 30፤ 33፤ 34፤ 37፤ 17፡ 31፥ *ሮሜ*፡ 6፡ 4፤ 9፤ 10፡ 9፥ 1*ቆሮ*፡ 6፡ 14፥ 2*ቆሮ*፡ 4፡ 14፥ *ገላ*፡ 1፡ 1፥ *ኤፌ*። 1፡ 20፥ *ቆሎ*፡ 2፡ 12፥ 1*ተሰ*፡ 1፡ 10)። *እዚ ኣቦ ነቲ ናይ የሱስ ህይወት፡ ትምህርትን መስዋእትን ከም እተቐበሎ ዜርኢ እዩ። ግናኸ፡ ካልኦት ጥቕስታት ከኣ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ* (*ሮሜ*፡ 8፡ 11) *ወይ ከኣ ብባዕሉ ብወዲ ኣምላኽ* (*ዮሃ*፡ 2፡ 19 - 22፤ 10፡ 17 - 18) *ከም እተገብረ የረጋግጹ። ብኣዘራርባ ስነ-መለኮት፡ ኵሎም ኣካላት ስላሴ ኣብ ኵሎምቶም ናይ ምድሓን ተግባራት ንጡፋት ነይሮም።*

▣ **"ዓብዪ ጓሳ ኣባጊዕ"** እቲ "ጓሳ ኣባጊዕ" ዚብል ቃል ኣብ ብሉይ ኪዳን ናይዞም ዚስዕቡ ተምሳል እዩ

1. *ያህወ* (ዘፍ፡ 49፡ 24፥ *መዝ*፡ 23፡ 1፤ 78፡ 52፤ 80፡ 1፥ *መክ*፡ 12፡ 11፥ *ኢሳ*፡ 40፡ 11፤ 63፡ 11፥ *ኤር*፡ 31፡ 10፥ *ህዝ*፡ 34)
2. *ንመራሕቲ ህዝቡ* (*ኤር*፡ 10፡ 21፤ 50፡ 6 - 7፥ *ህዝ*፡ 34፡ 2 - 3፥ *ዘካ*፡ 11፡ 3፤ 5፤ 15፡ 17)
3. *እቲ ዚመጽእ መሲህ፡ ወዲ ዳዊት* (*መዝ*፡ 78፡ 70 - 72፥ *ህዝ*፡ 34፡ 23 - 24፤ 37፡ 24፥ *ሚክ*፡ 5፡ 4፤ 7፡ 14፥ *ዘካ*፡ 13፡ 7፥ *ዮሃ*፡ 10፡ 2፤ 11፤ 14፥ 1*ጴጥ*፡ 2፡ 25፤ 5፡ 4)

ብዙሕ ግዜ ኣብ ብሉይ ኪዳን (*ዘሁ*፡ 27፡ 17፥ 1*ነገ*፡ 22፡ 17፥ 2*ዜና*፡ 18፡ 16፥ *ህዝ*፡ 34፡ 5፥ *ዘካ*፡ 10፡ 2) ህዝቢ እግዚኣብሄር ፋሕ ከም ዝበሉን ጓሳ ዘይብሎምን ተገሊጾም ኣሎዉ። ሕጂ ግን እቲ ዓብዪ ጓሳ መጺኡ እዩ። ኣድሒኑና፡ ምሳና ኸኣ ኣሎ!

▣ **"ብ... ደም"** እዚ ኑቲ ንሓድሽ ኪዳን ዘበሰረ ንሰብ ዝተዋህበ ናይ የሱስ ህይወት እዩ ዜመልክት (*ዘካ*፡ 9፡ 11፥ *ማር*፡ 14፡ 24፥ 1*ቆሮ*፡ 11፡ 25)።

▣ **"ናይ ዘለኣለም... ኪዳን"** ኑቶም ናይ "ዘለኣለም" ኪዳናት በብዓይነቶም ክንጕጅሎም ኣሸጋሪ እዩ። ምኽንያቱ ኸምቲ መልእኽቲ እብራውያን ዚሕብሮ፡ ናይ ሙሴ ኪዳን ኣብ ዥነታት ዝተመርኮሰ እዩ ነይሩ፡ ብሰንኪ ድኻም ሰብ ከኣ ዘለኣለም ኪኸውን ኣይከኣለን። ብሉይ ኪዳን ኣብ ዥነታት ዚምርኮሱን ዘይምርኮሱን ኪዳናት መዝገቡ ኣሎ (እቲ ጸኣት እስራኤላውያን፤ ዘፍ፡ 15፡ 17- 21)። እቲ ኹሎም ዓሌታት ምድሪ በረኸት ዚወርሱሉ ምስ ኣብርሃም ዝኾነ ኪዳን ዘይዥነታዊ እዩ ነይሩ (ማለት ናይ ሓዋሩ ኪዳን)፡ ስለዚ ኸኣ ዘለኣለማዊ ኪዳን እዩ ነይሩ (ዘፍ፡ 17፡ 7፤ 13፤ 19፥ *መዝ*፡ 105፡ 9- 10)። እቲ መጀመርያ ኣብ 2ሳሙ፡ 7 ዝተጋህደ ምስ ዳዊት ዝተገብረ ኪዳን፡ ናይቲ ዚመጽእ መሲህ ወዲ ዳዊት ጽላሎት እዩ ነይሩ። እዚ ኸኣ ዘይዥነታዊ፡ ስለዚ ኸኣ ዘለኣለማዊ እዩ ነይሩ (*መዝ*፡ 89፡ 3- 4)። እቲ ሓድሽ ኪዳን ንህዝቢ ኣምላኽ ሓድሽ ናይ ጽድቂ መዓልቲ (ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓድሽ ዘመን) ኮይኑ ኸም እተተስፈወ እዩ ተጠቒሱ ዘሎ (ኢሳ፡ 55፡ 3፤ 59፡ 21፤ 61፡ 8፥ *ኤር*፡ 31፡ 33፤ 32፡ 40፤ 50፡ 5፥ *ህዝ*፡ 16፡ 60፤ 37፡ 26)። እቶም ኣብ ግዜ የሱስ ዝነበሩ ኣይሁድ በዚ መልእኽትዚ ኸሳዕ ክንደይ ከም ዝተናወጹ ኽንግንዘብ ንእኽል ኢና። የሱስ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ናይ ምድሓን መደብ እዩ ነይሩ። ግናኸ እስራኤል ኑቲ ንሙሴ ዝተዋህበ ሕጊ ኣምላኽ ኺፍጽምዎ ስለ ዘይከኣሉ፡ ካብ ግብሪ ሰብ (ገላትያ 3) ንላዕሊ ኻልእ መገዲ ምድሓን ከም ዜድሊ ተራእዩ። ፍሉይ ኣርእስቲ፡ ዘለኣለም እብ 6፡ 2 ተመልከት።

> **ፍሉይ ኣርእስቲ። ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም (ኦላም)**
>
> ናይዚ ኦላም (ቢ.ዲ.ቢ. 761) ዚብል ናይ እብራይስጢ ቓል ምንጪ ርጉጽ ኣይኮነን (ኒዶት። ቅጺ 3። ገጽ 345)፣ ብብዙሕ ትርጕማት እዩ ዜገልግል (በቲ ኣሰኻኺዑኡ እዩ ዚፍለጥ)፣ እዞም ዚስዕቡ ገለ ዝተመርጹ ኣብነታት ጥራይ እዮም፣

1. **ጥንታዊ ነገራት**

**ሀ. ህዝብታት ዘፍ**: 6: 4፥ 1**ሳሙ**: 27: 8፥ **ኤር**: 5: 15፤ 28: 8

**ለ. ቦታታት ኢ.ሳ**: 58: 12፤ 61: 4

**ሐ. እግዚኣብሄር መዝ**: 93: 2፥ **ምሳ**: 8: 23፥ **ኢ.ሳ**: 63: 16

**መ. ግዝዓት** (**ነገራት**) **ዘፍ**: 49: 26፥ **እዮ**: 22: 15፥ **መዝ**: 24: 7፤ 9፥ **ኢ.ሳ**: 46: 9

**ሠ. ግዜ ዘዳ**: 32: 7፥ **ኢ.ሳ**: 51: 9፤ 63: 9፤ 11

2. **መጻኢ ግዜ**

**ሀ. ህይወት ሰብ ዘጸ**: 21፣ 6፥ **ዘዳ**: 15: 17፥ 1**ሳሙ**: 1: 22፤ 27: 12

**ለ. ዝተጋነነ መግለጺ ንነገስታት** 1**ነገ**: 1: 31፥ **መዝ**: 61: 7፥ **ነህ**: 2: 3

**ሐ. ቀጻሊ ህላወ**

1. **ምድሪ መዝ**: 78: 69፤ 104: 5፥ **መክ**: 1: 4
2. **ሰማያት መዝ**: 148: 6

**መ. ህላወ እግዚኣብሄር**

1. **ዘፍ**: 21: 33
2. **ዘጸ**: 15: 18
3. **ዘዳ**: 32: 40
4. **መዝ**: 93: 2
5. **ኢ.ሳ**: 40: 28
6. **ኤር**: 10: 10
7. **ዳን**: 12: 7

**ሠ. ኪዳን**

1. **ዘፍ**: 9: 12፤ 16፤ 17: 7፤ 13፤ 19
2. **ዘጸ**: 31: 16
3. **ዘሌ**: 24: 8
4. **ዘሁ**: 18: 19
5. 2**ሳሙ**: 23: 5
6. **መዝ**: 105: 10

7. ኢሳ: 24: 5፤ 55: 3፤ 61: 8

8. ኤር: 32: 40፤ 50: 5

ረ. ፍሉይ ኪዳን ምስ ዳዊት

1. 2ሳሙ: 7: 13፤ 16፤ 25፤ 29፤ 22: 51፤ 23: 5

2. 1ነገ:2: 33፤ 45፤ 9: 5

3. 2ዜና: 13: 5

4. መዝ: 18: 50፤ 89: 4፤ 28፤ 36፤ 37

5. ኢሳ: 9: 7፤ 16: 5፤ 37: 35፤ 55: 3

ሰ. ናይ እግዚኣብሄር መሲህ

1. መዝ: 45: 2፤ 72: 17፤ 89: 35- 36፤ 110: 4

2. ኢሳ: 9: 6

ሸ. ሕግታት እግዚኣብሄር

1. ዘጸ: 29: 28፤ 30: 21

2. ዘሌ: 6: 18፤ 22፤ 7: 34፤ 10: 15፤ 24: 9

3. ዘሁ: 18: 8፤ 11፤ 19

4. መዝ: 119: 89፤ 160

5. ኢሳ: 59: 21

ቀ. ተስፋታት እግዚኣብሄር

1. 2ሳሙ: 7: 13፤ 16፤ 25፤ 22: 51

2. 1ነገ: 9: 5

3. መዝ: 18: 50

4. ኢሳ: 40: 8

በ. ዘርኢ ኣብርሃምን እታ ናይ ተስፋ ምድርን

1. ዘፍ: 13: 15፤ 17: 18፤ 48: 4

2. ዘጸ: 32: 13

3. 1ዜና: 16: 17

ተ. ናይ ኪዳን በዓላት

1. ዘጸ: 12: 14፤ 17: 24
2. ዘሌ: 23: 14፤ 21፤ 41
3. ዘሁ: 10: 8

ነ. መወዳእታ ዘይብሉ ዘለኣለም

1. 1ነገ: 8: 13
2. መዝ: 61: 7- 8፤ 77: 8፤ 90: 2፤ 103: 17፤ 145: 13
3. ኢሳ: 26: 4፤ 45: 17
4. ዳን: 9: 24

ኣ. ኣመንቲ ንዘለኣለም ዚህልዎም ተራ ኻብ መዝሙር ዳዊት

1. ኪውድሱ (ምስጋና ኺህቡ) መዝ: 30: 12፤ 79: 13
2. ኣብ ቅድሚ ገጽ (ህላወ) እግዚኣብሄር ኪነብሩ መዝ: 41: 12፤ 61: 4፤ 7
3. ኣብ ምሕረቱ ኺኣምኑ መዝ: 52: 8
4. ንእግዚኣብሄር ኬመስግኑ መዝ: 52: 9
5. ምስጋና ኺዝምሩ መዝ: 61: 7፤ 89: 1
6. ፍርዲ እግዚኣብሄር ኪእውጁ መዝ: 75: 9
7. ንስሙ ኼዕብዩ መዝ: 86: 12፤ 145: 2
8. ንስሙ ኺባርኹ መዝ: 145: 1

3. ንድሕሪት ናብ ጥንትን ንቕድሚት ናብ መጻእን (“ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም)

ሀ. መዝ: 41: 13 (ምስጋና ንእግዚኣብሄር)

ለ. መዝ: 90: 2 (እግዚኣብሄር ባዕሉ)

ሐ. መዝ: 103: 17 (ለውሃት እግዚኣብሄር)

ኣስተውዕል: እቲ ኸኑታት ነቲ ናይቲ ቓል ትርጉም ይውስኖ፣ እቶም ናይ ዘለኣለም ኪዳናትን ተስፋታትን ኣብ ቅድመ ዅነት ዝተመርኮሱ እዮም (ኤርምያስ 7)፣ ነቲ ብዛዕባ ግዜ ዘሎካ ዘመናዊ ኣተሓሳስባ ወይ ከኣ እትኣምኖ ናይ ሓድሽ ኪዳን ስነ መለኮት: ነቲ እዚ ቓልዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘሎዎ ተቐያያሪ ትርጉማት ከይትጥቀመሉ ተጠንቀቕ፣ ሓድሽ ኪዳን ነቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ተስፋታት ናይ ዅሉ ዓለም ገይርዎም እዩ፣

13፡ 21 **“ብሰናይ ግብሪ ዘበለ… የብቅዕኩም”** እዚ ግሲዚ (*ካታርቲዞ* እዚ ሳሕቲ ዚርከብ ድሮ ንዝጀመረ ተግባር ዚውዕል ናይ ምንዮት ቃል እዩ) ንሓደ ሰብ ወይ ንሓደ ነገር ምሉእ ብምሉእ ብቑዕ ወይ እኹል ምግባር ማለት እዩ (ሉቃ፡ 6፡ 40፥ 1ቆሮ፡ 1፡ 10፥ 2ቆሮ፡ 13፡ 11፥ 1ተሰ፡ 3፡ 10፥ 1ጴጥ፡ 5፡ 10)። ብስነ መለኮት እዚ ምስ ኤፌ፡ 2፡ 10 ተመሳሳሊ እዩ። ፍቓድ እግዚኣብሄር፡ ኣመንቲ ናብ ምስሊ የሱስ ክርስቶስ ኪልወጡ እዩ (ሮሜ፡ 8፡ 29)። በዚ ኸኣ ኣምላኻዊ ህይወት እናነበሩ ነቶም ጥፉኣት ናብ ክርስቶስ ኪስሕቡ እዩ።

▣ **“ኵሉ ፍቓዱ ኽትገብሩ”** የሱስ ከም ባርያ ኺስቀ ብምምጻእ ፍቓድ እግዚኣብሄር ፈጺሙ (እብ፡ 10፡ 7)። ሕጂ ኸኣ ሰዓብቱውን ፍቓዱ ኺገብሩ ተጸዊዖም ኣለዉ (እብ፡ 10፡ 36)።

**ፍሉይ ኣርእስቲ: ፍቓድ (ተለማ) ኣምላኽ**

***ወንጌል ዮሃንስ***

- የሱስ ፍቓድ ኣቦ ኺገብር መጺኡ (ዮሃ: 4: 34፤ 5: 30፤ 6: 38)
- ነቶም ኣቦ ንወዲ ዝሃቦ በታ መጨረሻ መዓልቲ ኼተንስኦም (ዮሃ: 6: 39)
- ኵሎም ብወዲ ምእንቲ ኺኣምኑ (ዮሃ: 6: 29፤ 40)
- ፍቓድ እግዚኣብሄር ንምግባር መልሲ ጸሎት ምርካብ (ዮሃ: 9: 31፥ 1ዮሃ: 5: 14)

***እቶም ሰለስተ ቐዳሞት ወንጌላት***

- ፍቓድ እግዚኣብሄር ምግባር ወሳኒ እዩ (ማቴ: 7: 21)
- ፍቓድ እግዚኣብሄር ዚገብር ንየሱስ ሓዉን ሓብቱን ይኸውን (ማቴ: 12: 5፥ ማር: 3: 35)
- ሓደኳ ኺጠፍእ ፍቓድ እግዚኣብሄር ኣይኮነን (ማቴ: 18: 14፥ 1ጢሞ: 2: 4፥ 2ጴጥ: 3: 9)
- ቀራንዮ ንየሱስ ፍቓድ እግዚኣብሄር እዩ ነይሩ (ማቴ: 26: 42፥ ሉቃ: 22: 42)

***መልእኽትታት ጳውሎስ***

- ብጽሕናን ኣገልግሎትን ኵሎም ኣመንቲ (ሮሜ: 12: 1- 2)
- ኣመንቲ ኻብዛ ሕጂ ዘላ እክይቲ ዓለም ከም ዝደሓኑ (ገላ: 1: 4)
- ፍቓድ እግዚኣብሄር እቲ ናይ ምድሓን መደቡ እዩ ነይሩ (ኤፌ: 1: 5፤ 9፤ 11)
- ኣመንቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልአ ህይወት ኪምከሩን ኪነብሩን (ኤፌ: 5: 17- 18)
- ኣመንቲ ብፍልጠት ኣምላኽ ኪምልኡ (ቆሎ: 1: 9)
-

- *ኣመንቲ ፍጹማትን ምሉኣትን ኪኾኑ* (ቆሎ: 4: 12)
- *ኣመንቲ ቅዱሳን ኪኾኑ* (1ተሰ: 4: 3)
- *ኣመንቲ ብዅሉ ነገር ኬመስግኑ* (1ተሰ: 5: 18)

***መልእኽትታት ጴጥሮስ***

- *ኣመንቲ ሰናይ ኪገብሩ* (ንስልጣናት ኪግዝኡ): *ብእኡ ኸኣ ንዕሽነት ሰባት ኪዓብሱ* (1ጴጥ: 2: 13 - 15)
- *ኣመንቲ መከራ ኺጸግቡ* (1ጴጥ: 3: 17፤ 4: 19)
- *ኣመንቲ ብፍትወት ርእሶም ከይነብሩ* (1ጴጥ: 4: 2)

***መልእኽትታት ዮሃንስ***

- *ኣመንቲ ንዘለኣለም ኪነብሩ* (1ዮሃ: 2: 17)
- *ኣመንቲ መልሲ ጸሎቶም ኪረኽቡ ወሰንቲ ምኻኖም* (1ዮሃ: 5: 14)

▣ ***"ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ንእኡ ኽብሪ ይኹኖ። ኣሜን"*** እዚ ሓረግዚ ኣብ ናይ ጳውሎስን ጴጥሮስን *ጽሑፋት ኣዝዩ ዝውቱር ክነሱ ዘይንጹር እዩ። እንሓንሳእ ንእግዚኣብሄር ኣቦ የመልክት* (ሮሜ፡ 11፡ 36፥ ኤፌ፡ 3፡ 21፥ 1ጴጥ፡ 4፡ 11፤ 5፡ 11፥ *ይሁዳ* 25፥ *ራእ*፡ 1፡ 6፤ 7፡ 12)፡ *እንሓንሳእ ንየሱስ የመልክት* (2ጢሞ፡ 4፡ 18፥ 2ጴጥ፡ 3፡ 18)፡ *ካልእ ግዜ ኸኣ ንኽልቲኦም የመልክት* (ሮሜ፡ 16፡ 27፥ 1ጢሞ፡ 1፡ 17፥ *ራእ*፡ 5፡ 13 *ከምኡውን ኣብዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ጥቕሲ*)። *ብዙሕ ግዜ ጸሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን፡ ንኣቦን ንወድን ኪገልጹ ሓደ ዓይነት መዓርጋት፡ ተግባራትን ሓረጋትን ይጥቀሙ። እዚ ኸኣ ማዕርነትን ኣምላኽነትን የሱስ በዓል ናዝሬት ንምርግጋጽ እዩ።*

▣ ***"ኣሜን"*** *እቲ መበቆላዊ ናይ እብራይስጢ ቓል "ጸንዐ" ማለት እዩ። እዚ ብምሳሌኣዊ መገዲ እሙንነት ዚብል ትርጕም ለቢሱ* (ኣን፡ 2፡ 4)። *ንፍሉይ ሓሳብ "ኣረጋጊጸ" ወይ "ተሰማሚዐ" ንምባል ኬገልግል ጀሚሩ።*

**ፍሉይ ኣርእስቲ። ኣሜን**

I. ብሉይ ኪዳን

*ሀ. እቲ "ኣሜን" ዚብል ቃል እዞም ዚስዕቡ ትርጕማት ዘሎውዎ ናይ እብራይስጢ ቓል እዩ*

1. "*ሓቂ*" (*ኤመት*። *ቢ.ዲ.ቢ.* 49)

2. "ሓቀኝነት" (ኡሙን፥ ኡሙናህ በዲቢ. 53)

3. "እምነት" ወይ "እሙንነት"

4. "ምእማን" (ድምን. ቢ.ዲ.ቢ. 52)

ለ. ናይቲ ቓል ፍልቀት (ምንጪ) ምስ ጥዑይ ኸነታት ኣእምሮ ዘሎዎ ሰብ ይተሓሓዝ፣ እቲ ኣንጻሩ: ዘይርጉእ ሰብ ወይውን ኣንደልሃጸ (ዘዳ: 28: 64- 67፤ 38: 16፥ መዝ: 40: 2፤ 73: 18፥ ኤር: 23: 12) ወይ ከኣ ሰንከልከል በለ (መዝ: 73: 2) ይኸውን፣ ካብዚ ቓል ንቓል ትርጉም፣ እቶም ምሳሌኣዊ መመሳእታ ዝኾኑ እሙን: ተኣማኒ ወይ ዘተኣማምን ተወሲኾሞ (ዘፍ: 15: 16፥ ኣን: 2: 4)፣

ሐ. ፍሉይ ኣጠቓቕማ

1. ዓንዲ 2ነገ: 18: 16 (1ጢሞ: 3: 15)

2. ውሕስነት ዘጸ: 17: 12

3. ጽንዓት ዘጸ: 17: 12

4. ህድኣት ኢሳ: 33: 6፤ 34: 5 - 7

5. ሓቂ 1ነገ: 10: 6፤ 17: 24፤ 22: 16፥ ምሳ: 12: 22

6. ጽኑዕ 2ዜና: 20: 20፥ ኢሳ: 7: 9

7. እሙን (ሕጊ እግዚኣብሄር) መዝ: 119: 43፤ 142፤ 151፤ 168

መ. ኣብ ብሉይ ኪዳን ነታ እትዓዪ እምነት ንምምልካት ክልተ ኻልኦት ናይ እብራይስጢ ቓላት ኣገልጊለን ኣሎዋ፣

1. ባታክ (ቢ.ዲ.ቢ. 105): እምነት

2. ይራ (ቢ.ዲ.ቢ. 431): ፍርሂ: ኣኽብሮት: ኣምልኾ (ዘፍ: 22: 12)

ሠ. ካብቲ እምነት ወይ እሙንነት ዚብል ስምዒት: ሓደ ንሃይማኖታዊ ስርዓት (ቅዳሴ) ዚኸውን ኣጠቓቕማ ማዕቢሉ፣ ትርጉሙ ኸኣ ናይ ካልእ ኣካል ሓሳብ ሓቂ ወይ እሙን ምዃኑ ምርግጋጽ ዚብል እዩ (ዘዳ: 27: 15- 26፥ ነህ: 8: 6፥ መዝ: 41: 13፤ 70: 19፤ 89: 52፤ 106: 48)፣

ረ. ኣብ ስነ መለኮት: ናይዚ ቓል እቲ ሕንብርቲ ትርጉም ናይ ሰብ እሙንነት ኣይኮነን: ናይ ያህወ (እግዚኣብሄር) እሙንነት እዩ (ዘጸ: 34: 6፥ ዘዳ: 32: 4፥ መዝ: 108: 4፥ 115: 1፤ 117: 2፤ 138: 2)፣ ናይቲ ውዱቕ ወድሰብ እንኮ ተስፋ እቲ ናይ ያህወ (እግዚኣብሄር) ምሕረት ዚመልእ እሙን ኪዳንን ተስፉታቱን እዩ፣ እቶም ንያህወ ዚፈልጡዎ ኸምኡ ኪኾኑ ኣሎዎም (ኣን: 2: 4)፣ መጽሓፍ ቅዱስ: እግዚኣብሄር ንምስሉ ናብ ሰብ ዚመልሰሉ ታሪኽን መዝገብን እዩ (ዘፍ: 1: 26- 27)፣ ምድሓን ወድሰብ ምስ እግዚኣብሄር ናይ ቀረባ ሕብረት ኪገብር ክእለት የልብሶ፣ ቀደሙውን ነዚ ኢና እተፈጠርና!

II. ሓድሽ ኪዳን

ሀ. ኣብ መወዳእታ ሃይማኖታዊ ስርዓት ንእሙንነት ዝተነግረ ቓል ንምርግጋጽ ዚብሃል "ኣሜን" ኣብ ሓድሽ ኪዳን ልሙድ እዩ (1ቆሮ: 14: 16፥ 2ቆሮ: 1: 20፥ ራእ:

ራእ: 1: 7፤ 5: 14፤ 7: 12)፣

ለ. ጥቕሚ እቲ ቓል ከም መዕጸዊ ጸሎት ከኣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝውቱር እዩ (ሮሜ: 1: 25፤ 9: 5፤ 11: 36፤ 16: 27፥ ገላ: 1: 5፤ 6: 18፥ ኤፌ: 3: 21፥ ፊሊ: 4: 20፥ 2ተሰ: 3: 18፥ 1ጢሞ: 1: 17፤ 6: 16፥ 2ጢሞ: 4: 18)፣

ሐ. ነቲ ቓል ከም መእተዊ ንኣገዳስቲ ሓሳባት ዝተጠቕመሉ የሱስ ጥራይ እዩ ነይሩ (ኣብ ወንጌል ዮሃንስ ከክልተ ግዜ) (ሉቃ: 4: 24፤ 12: 37፤ 18: 17፤ 29፤ 23: 43)፣

መ. እቲ ቓል ኣብ ራእ: 3: 14 ከም ናይ የሱስ መዓርግ ኣገልጊሉ ኣሎ (እዚ ምናልባት ናይ ያህወ መዓርግ ካብ ኢሳ: 65: 16 ኪኸውን ይኽእል)፣

ሠ. እቲ ናይ እሙንነት ወይ እምነት ኣምር: በቲ *ፒስቶስ* ወይ *ፒስቲስ* ዚብል ናይ ግሪኽ ቃል ይግለጽ፣ ትርጉም እዚ ቓል "እምነት"፤ "ኣመነ" ማለት እዩ፣

13። 22 - 24

**"ኣቱም ኣሕዋተይ። እዚ ቓል ምኽሪ እዚ ኣሕጺረ ጽሒፈልኩም እየ እሞ። ክትቅበልዎ እልምነኩም ኣሎኹ፣ ጢሞቴዎስ ሓውና ኸም እተፈትሐ። ፍለጡ። ንሱ ቐልጢፉ እንተ መጸ። ምስኡ ኽርእየኩም እየ፣ ንኹላቶም መራሕትኹምን ንኹላቶም ቅዱሳንን ሰላም በልዎም፣ እቶም ካብ ኢጣልያ ዝኾኑ ሰላም ይብሉኹም ኣለዉ፣"**

13፡ 22 - 24 እቶም *መደምደሚ ጥቕስታት* 22 - 24 ምስቲ ጳውሎስ መልእኽትታቱ ዝዓጽወሉ ኣገባብ ተመሳሰልቲ እዮም። መልእኽትታት ጳውሎስ ብሓደ ጸሓፊ ምስ ተጻሕፉ፡ ጳውሎስ ከኣ ብርዑ ኣልዒሉ ንእሽቶ ናይ ውልቁ መግለጺ ወሲኹ ብምርቓ ይዓጽዎ።

13፡ 22 **"እልምነኩም ኣሎኹ"** እቲ ጸሓፊ ነቲ መልእኽቱ *"ቃል ምኽሪ"* ኢሉ ይሰምዮ። ነቶም ነበብቱ ብተደጋጋሚ ይምሕጸኖም (እብ፡ 3፡ 13፤ 10፡ 25፤ 12፡ 15፤ 13፡ 15፤ 22)። ብክርስቶስ ኣሕዋትን ኣሓትን እዮም፡ ግናኸ ንክርስቶስ ኪጠብቅዎን ኪኽተልዎን ኬገልግልዎን ይግብኦም!

▣ **"እዚ ቓል ምኽሪ እዚ… ክትቅበልዎ"** እዚ ንህሉው ግዜ ዚኸውን ትእዛዛዊ ቓል እዩ። ናይቶም ነበብቲ ተሳትፎ ዚዕድምን ቀጻሊ ምስማዕ ዜድልዮን ተግባር እዩ። እቲ "ቓል ምኽሪ" ዚብል ሓረግ ኣብ ግብ፡ 13፡ 15 ንናይ ቤተ መቕደስ ስብከት ኣገልጊሉ ኣሎ። ብዙሓት፡ መልእኽቲ እብራውያን ኣብ መጀመርያ ቓል ምኽሪ ነይራ፡ ዳሕራይ ናብ ደብዳቤ ማዕቢላ ኢሎም ይኣምኑ።

13፡ 23 **"ጢሞቴዎስ ሓውና"** ጳውሎስ "ሓው" ኪብል እንከሎ፡ ስም እቲ ሰብ መጀመርያ ይመጽእ (ሮሜ፡ 16፡ 23፥ 1ቆሮ፡ 1፡ 1፤ 16፡ 12፥ 2ቆሮ፡ 1፡ 1፤ 2፡ 13፥ ፊሊ፡ 2፡ 25)። ነቲ መልእኽቲ ጳውሎስ ከም ዘይጸሓፎ ድልዱል ምስክር እዩ። ጢሞቴዎስ ብስሙ ስለ ዝተጠቕሰ፡ እቲ መልእኽቲ መኣስ ከም እተጻሕፈ፡ ኣብ ግዜ ጳውሎስ ድዩ ወይስ ብኡንብኡ ድሕሪ ሞቱ (68 ዓመተ ምሕረት) ቅድሚ ሞት ጢሞቴዎስ፡ ናይ ግዜ ሰሌዳ የርእየና።

▣ **"ሽም እተፈትሔ"** እዚ ድሮ ብኻልእ ኣካል ዝኾነ ተግባር እዩ። ጢሞቴዎስ ተኣሲሩ ኸም ዝነበረ ኻብ ቃል ኣምላኽ ወይውን ካብ ካልእ ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ኣይተነግረናን። ኣብቲ ዎርድ ፒክቸርዝ ኢን ዘ ኒው ተስታመንት ዚብል መጽሓፉ (ገጽ 451) ኤ. ቲ. ሮበርትሰን ጢሞቴዎስ ከምቲ ኣብ 2ጢሞ፡ 4፡ 11፤ 21 ዝተጠቕሰ ንጳውሎስ ኪበጽሖ ምስ መጸ ተኣሲሩ ይብል። እቲ "ተፈትሔ" ንድሮ ዝተፈጸመ ተግባር ዜርኢ ቓል ኣብዞም ዚስዕቡ ኣገልጊሉ ኣሎ 1. ኣብ ማቴ፡ 27፡ 15፥ ዮሃ፡ 19፡ 10፥ ግብ፡ 3፡ 13፤ 4፡ 21፤ 23፤ 5፡ 40 ምፍታሕ ካብ ቤት ማእሰርቲ ንምግላጽን 2. ኣብ ግብ፡ 13፡ 3 ብምሳሌኣዊ ኣዘራርባ ኻብ ናይ ኣገልግሎት ዕዮ ምእላይ ወይ ምፍላይ ንምምልካት፡ ኣብዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያንውን ነዚ ዳሕረዋይ ትርጕም ዜመልክት ኪኸውን ይኽእል።

▣ **"ንሱ ቐልጢፉ እንተ መጸ፡ ምስኡ ኽርእየኩም እየ"** እዚ፡ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ምስ ጢሞቴዎስ ከም ዝሰርሐን ዝተጓዕዘን ዚእምት እዩ።

13፡ 24 **"ቅዱሳን"** ናይ እብ፡ 6፡ 10 ፍሉይ ኣርእስቲ ተመልከት።

▣ **"እቶም ካብ ኢጣልያ ዝኾኑ ሰላም ይብሉኹም ኣለዉ"** እዚ ሓረግዚ ኻብዞም ዚስዕቡ ኼመልክት ይኽእል

1. እቲ ጸሓፊ ኣብ ኢጣልያ ነይሩ
2. እቲ ጸሓፊ ኻብ ኢጣልያ እዩ
3. ገለ ኻብቶም ናይ ኣገልግሎት ብጾቱ ኻብ ኢጣልያ ነይሮም ኪኾኑ ይኽእሉ
4. እቲ ጸሓፊ ናብ ኢጣልያ እዩ ዚጽሕፍ ዘሎ

ኣብቲ ጂዊሽ ክርስትያኒቲ ዚብል መጽሓፉ፡ ኤች. ኤ. ዳና እዚ ሓረግ እቲ መልእኽቲ ነቶም ኣብታ ናይ ሮሜ ቤተ ክርስትያን ዝነበሩ ኣይሁድ ከም እተጻሕፈ እዩ ዚእምት ይብል። መልእኽቲ እብራውያን ንመጀመርያ ግዜ ዝተጠቕሰ ብቐለመንጦስ በዓል ሮማ ብ97 ዓመት ምህረት እዩ (ገጽ 270)። ግናኸ ኣመንቲ ኣባላት ናብ ዝነበርዋ ናይ ኣይሁድ ቤተ መቕደስ (ምናልባት ኣብ ሮማ ዝነበረት) ተላኢኾ ኢለ እሓስብ። እቶም መጠንቀቕታታት ናብ ክልተ ጕጅለታት ዝቐንዑ እዮም፡ ናብቶም ኣመንቲ ጕጅለ ኣይሁድ (ኣብ ምዕራፍ 6 "ንስኻትኩም" ዘስምዕ መልእኽቲ እተጻሕፈሎም) "ንድሕሪት ከይምለሱ" ንምምዓድን (እብ፡ 10፡ 38) ናብቶም ዘይኣመንቲ ኣይሁድ (ኣብ ምዕራፍ 6 "ንሳቶም" ዘስምዕ መልእኽቲ እተጻሕፈሎም) ንየሱስ ከም መሲህ ኪእመንዎን ክልቲኦም ጕጅለታት ንክርስትና ምሉእ ብምሉእ ሓንጎፉይ ኪብልዎን እዩ።

13።25

**"ጸጋ ምስ ኵላትኩም ይኹን፣"**

***መዘራረቢ ወይ መዛተዪ ሕቶታት***

እዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ (ኮመንታሪ)ዚ መምርሒ ዚህብ ኮመንታሪ እዩ። እዚ ማለት ንኣተረጓጕማ እዚ ኽፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንባቢ ባዕሉ እዩ ዜካይዶ። ነፍስወከፍና በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ብርሃን

ክንመላለስ መዝና (ሓላፍነትና) እዩ። ንስኻ/ ንስኺ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩኩም ኢኹም ነቲ ምትርጓም ብቐዳምነት እተካይድዎ። ነዚ መሰልዚ ንማንም ተንታኒ መጽሓፍ ቅዱስ ክትሓድጉሉ ኣይግባእን።

እዞም መዘራረቢ ሕቶታት ነቶም ቀንዲ ጕዳያት ናይዚ ናይ መልእኽቲ እብራውያን ክፍሊ ብዥሉ መዳዮም ንኽተስተብህለሎም ኪሕግዙኻ ዝተዳለዉ እዮም። ንሓሳባትካ ንምብርባር እምበር ደምደምቲ ሕቶታት ኣይኮኑን።

1. መልእኽቲ እብራውያን ካብ ምዕራፍ 13 ኸም እነረጋግጾ ደብዳቤ እንተ ደኣ ነይራ፡ ስለ ምንታይ እዩ መእተዊ ሰላምታ ዘይብላ?
2. ምዕራፍ 13 ነቶም ዘይኣመንቲ ኣይሁድ ድያ እተንጸባርቕ ወይስ ንመምህራን ሓሶት?
3. እዛ ምዕራፍዚኣ ብዛዕባ ክርስትያናት “መራሕቲ” እንታይ ትብል?
4. ጥቕሲ 23 ነቲ መልእኽቲ እብራውያን እተጻሕፈትሉ ግዜ ኣበየናይ ዘመን ተቐምጦ?

# ቀዳማይ ጥብቆ

## ንሰዋስዋዊ ቓላት ግሪኽ ዚኾኑ ሓጸርቲ መግለጺታት

ቆይን ግሪኽ፡ ብዙሕ ግዜ ኸኣ ሄለናዊ ግሪኽ ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። እዚ ኻብ ግዜ ወራር እስክንድር እቲ ዓብዩ (336 - 323 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ) ጀሚሩ ንኣስታት ሸሞንተ ሚእቲ ዓመታት (300 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ - 500 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ) ናይቲ ኣብ ጥቓ ማእከላይ ባሕሪ ዘሎ ዓለም ናይ ተራ ህዝቢ ቛንቛ እዩ ነይሩ። እዚ ዝቐለለ ጥንታዊ ግሪኽ ማለት ኣይኮነን፡ ብብዙሕ መገድታት ሓድሽ ዓይነት ግሪኽ እዩ ነይሩ። ናይቲ ጥንታዊ ናይ ቀረባ ምብራቕን ናይ ማእከላይ ባሕርን ዓለም ካልኣይ ቋንቋ ኸኣ ኮይኑ።

ናይ ሓድሽ ኪዳን ግሪኽ ብገለ መዳያት ፍሉይ እዩ ነይሩ፡ ምኽንያቱ ብዘይካ ሉቃስን ናይ መልእኽቲ እብራውያን ጸሓፍን እቶም ካልኦት ተጠቀምቱ ከም ቀዳማይ ቋንቋኦም ምናልባት ቋንቋ ኣራማይስጢ ዚጥቀሙ ኪኾኑ ስለ ዚኽእሉ። ስለዚ ጽሑፎም ብናይ ኣራማይስጢ ቑንቁኛን ቅርጽታትን ዝተጸልወ እዩ ነይሩ። ከምኡውን ነቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) የንብቡን ይጠቕሱን ነይሮም። እዚ ሰፕተዋጅንት በቲ ቆይን ግሪኽውን ተጻሒፉ ነይሩ እዩ። ግናኸ ቛንቋ ግሪኽ ናይ ኣዲኦም ቋንቋ ብዘይኮነ ኣይሁድ ምሁራን እውን ተጻሒፉ ነይሩ።

እዚ ንሓድሽ ኪዳን ናብ ሓደ ድሩት ሰዋስዋዊ ስርዓት ንኸይንውስኖ መዘኻኽሪ እዩ። ሓድሽ ኪዳን ፍሉይ እዩ፡ ግናኸ ምስዞም ዚስዕቡ ኸኣ ሓባራዊ ዝምድና ኣሎዎ 1) ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን (ሰፕተዋጅንት) 2) ናይ ኣይሁድ ጽሑፋት ንኣብነት ከም ናይ ዮሰፈስ፡ ከምኡውን 3) ኣብ ግብጺ ዝተረኽቡ ናይ ጳጳሮስ ጽሑፋት። ስለዚ ናይ ሓድሽ ኪዳን ሰዋስዋዊ ትንተና ኸመይ ጌርና ኢና እንጅምሮ?

እቶም ናይ ቆይን ግሪኽን ናይቲ ሓድሽ ኪዳን እተጻሕፈሉ ቆይን ግሪኽን ሰዋስዋዊ ጠባያት ተቐያየርቲ እዮም። ብብዙሕ መዳያት እቲ ዘመን ሰዋስው ዝፈኾሰሉ ግዜ እዩ ነይሩ። እቲ ዝዓበየ መራሒና እምበኣር ሃዋህው ወይ ኣሰኻኽዓ ኪኸውን እዩ። ቃላት ኣብ ዝዓበየ ሃዋህው ጥራይ እዮም ትርጉም ዚህልዎም። ስለዚ ሰዋስዋዊ ቕርጺ በዞም ዚስዕቡ ጥራይ እዩ ብሩህ ዚኸውን 1) ብናይ ሓደ ጸሓፊ ቕዲ ኣጸሓሕፋን 2) ፍሉይ ሃዋህውን። ውዱኣት መግለጺታት ናይ ግሪኽ ቅርጽታትን ስርዓታትን ኪግበሩ ኣይከኣሉን እዮም።

ቆይን ግሪኽ ብቐንዱ ናይ ዘረባ ቛንቋ እዩ ነይሩ። እቲ ቐንዲ ናይ ኣተረጓጉማ መፍትሕ ናይቶም ከም ግሲ ዜገልግሉ ቓላት ዓይነትን ቅርጽን እዩ። ኣብ መብዛሕትኦም ኣውራ ሓረጋት፡ መጀመርያ እቲ ግሲ ይመጽእ፡ እዚ ድማ ልዕልናኡ እዩ ዜርኢ። ናይ ግሪኽ ግሲ ንምትንታን፡ ሰለስተ ሓበሬታታት ምስትውዓል የድሊ፡ 1) መሰረታዊ ኣተኩሮ ኣብቶም ግዜ ዚሕብር ግሲ፡ ተግባር ዚሕብር ግስን ኵነት ዚሕብር ግስን 2) መሰረታዊ ትርጉም ናይቲ ፍሉይ ግን 3) ዋሕዚ እቲ ሃዋህው ኣጸሓሕፋን (ኣተሃናንጻ ምሉእ ሓሳብ)።

I. ናይ ግሲ ግዜ

ሀ. ናይ ግሲ ግዜ ናይቶም ግስታት ዝምድና ምስ ዝተወድኣ ተግባር ወይ ገና ዘይተወድኣ ተግባር የርኢ። እዚ ብዙሕ ሳዕ “ውዱእ”ን “ቀጻል”ን ይብሃል።

1. ውዱኣት ግዜታት ግሲ ኣብ ናይ ሓደ ተግባር ፍጻሜ የተኩሩ። ብዘይካ ሓደ ነገር ከም ዝተፈጸመ፡ ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣይህቡን እዮም! መጀመርያኡ፡ መቐጸልታኡ ወይ መወዳእታኡ ኣይሕበርን እዩ።

2. ቀጸልቲ ወይ ዘይውሱናት ግዜታት ግሲ ኣብቲ ናይ ሓደ ተግባር ቀጻሊ ጉዕዞ የተኩሩ። ብሕንጻጻዊ ተግባር፡ ብቐጻሊ ተግባር፡ ብዚምዕብል ተግባር ወዘተ ኺግለጹ ይኽእሉ።

ለ. ናይ ግሲ ግዜታት እቲ ተግባር ኪምዕብል እንከሎ እቲ ጸሓፊ ብዘሎዎ ኣጠማምታ ኺምደቡ ይኽእሉ

1. ዝተፈጸመ

2. ተፈጺሙ፡ ውጽኢቱ ኸኣ ይቐጽል ኣሎ

3. ኣብ ሕሉፍ ግዜ ዚፍጸም ዝነበረ፡ ውጽኢቱ ኸኣ ዚቐጽል ዝነበረ፡ ሕጂ ግን ከምኡ ዘይኮነ

4. ሕጂ ዚግበር ዘሎ ተግባር

5. ኣብ ሕሉፍ ግዜ ዚፍጸም ዝነበረ

6. ብሕጂ ዚፍጸም

ናይ ግሲ ግዜታት ኣብ ኣተረጓጕማ ኸመይ ከም ዚሕግዙ ዜርኢ ጭቡጥ ኣብነት እቲ "ደሓነ" ዚብል ግሲ እዩ። እዚ ግሲዚ መቐጸልትኡን መወዳእታኡን ኣብ ዜመልክቱ ብዙሓት ግዜታት ኣገልጊሉ ኣሎ፡

1. ሕሉፍ- "ድሒንና" ሮሜ፡ 8፡ 24

2. ውዱእ- "ዝደሓንኩም" (ድሒንኩም፡ እቲ ውጽኢት ከኣ ይቕጽል ኣሎ) ኤፌ፡ 2፡ 5፤ 8

3. ህሉው- "ንንድሕን" "እትድሕኑሉ" 1ቆሮ፡ 1፡ 18፤ 15፡ 2

4. መጻኢ- "ዝይንድሕን" "ይድሕን እዩ" ሮሜ፡ 5፡ 9፤ 10፤ 10፡ 9

ሐ. ኣብ ናይ ግሲ ግዜታት ብምትኳር፡ ተርጎምቲ እቲ ናይ መጀመርያ ደራሲ ንመልእኽቱ ንምግላጽ ንዝተወሰነ ናይ ግሲ ግዜ ንምንታይ ከም ዝመረጸ ኺፈልጡ ይደልዩ። እቲ መመላኽዒ ዘይተገብረሉ ልሙድ ናይ ግሲ ግዜ እቲ ናይ ሕሉፍ ግዜ እዩ። እዚ እቲ ዝውቱር "ዘይፍሉይ" "ምልክት ዘይብሉ" ወይ "ኣተኩሮ ዘይተገብረሉ" ናይ ግሲ ቕርጺ እዩ። ኣብ ብዙሕ ሰፊሕ መዳያት ኬገልግል ይኽእል። ግናኸ በቲ ሃዋህው ኪግለጽ ኣሎዎ። ሓደ ነገር ከም ዘጋጠመ ጥራይ እዩ ዚገልጽ። እቲ ናይ ሕሉፍ ግዜ መዳይ ከም ኣመልካቲ ተግባር ጥራይ ንኸገልግል እዩ ዚሕሰብ። ካልእ ናይ ግሲ ግዜ እንተ ደኣ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ፡ እቲ ዕላማ ኻልእ ኣዝዩ ፍሉይ ዝኾነ ነገር ንምምልካት እዩ ማለት እዩ። እንታይ እዩ እዚ ዕላማዚ?

1. ውዱእ ተግባር። እዚ ብዛዕባ ሓደ ዝተዛዘመ ተግባር ግን ነባሪ ውጽኢት ዘሎዎ ይዛረብ። ብገለ መዳያት ናይቲ ሕሉፍን ናይ ህሉውን ሕውስዋስ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ኣተኩሮ ኣብቲ ነባሪ ውጽኢት ወይ ከኣ ናይ ሓደ ተግባር

ምሉእ ፍጻሜ እዩ (ንኣብነት፡ ኤፌ፡ 2፡ 5ን 8ን “ድሒንኩም፡ ብቐጻሊውን ትድሕኑ ኣሎኹም” ማለት እዩ)።

2. ኣብ ሕሉፍ ግዜ ዚኸውን ዝነበረ፡ ኣብቲ ግዜቲ ነባሪ ውጽኢት ዝነበሮ። እዚ ኸምቲ ኣብ ቍጽሪ 1 ዘሎ ውዱእ ተግባር እዩ፡ ፍልልዮም እቶም ዝነበሩ ውጽኢታት ደጊም የለዉን። ንኣብነት፡ ዮሃ፡ 18፡ 16 “ጴጥሮስ ግና ኣብ ጥቓ ኣፍ ደገ ብወጻኢ ደው በለ።”

3. ህሉው ግዜ። እዚ ብዛዕባ ዘይተመልአ ወይ ዘይተዛዘመ ተግባር ይዛረብ። እቲ ኣድህቦ ብዙሕ ግዜ ኣብ ቀጻልነት እቲ ተግባር እዩ። ኣብነት፡ 1ዮሃ፡ 3፡ 6ን 9ን፡ “እቲ ኣብኡ ዚነብር ዘበለ ኹሉ፡ ሓጢኣት ኣይገብርን እዩ”፤ “ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ፡ ሓጢኣት ኣይገብርን እዩ።”

4. ቀጻሊ ወይ ዘይውዱእ ግዜ። እዚ ናይ ግሲ ግዜዚ ምስ ህሉው ግዜ ዘሎዎ ዝምድና ምስቲ ኣብ መንጎ ኣብ ቍጽርታት 1ን 2ን (ውዱእ ተግባርን ኣብ ሕሉፍ ግዜ ዚኸውን ዝነበረን) ዘሎዉ ግዜታት ግሲ ዘሎ ርክብ ይመሳሰል። እቲ ቐጻሊ ወይ ዘይውዱእ ግዜ ንሓደ ዚፍጸም ዝነበረ ሕጂ ግን ኣቋሪጹ ዘሎ ዘይምሉእ ተግባር ወይ ከኣ ምጅማር ናይ ሓደ ተግባር ኣብ ሕሉፍ ግዜ እዩ ዚጠቅስ። ኣብነት፡ ማቴ፡ 3፡ 5፡ “ሽዑ የሩሳሌምን ኵላ ይሁዳን ብዘላ ሃገር ዙርያ ዮርዳኖስን ናብኡ ወጸት።”

5. ሕሉፍ ግዜ። እዚ ብዛዕባ ብዙሕ ሳዕ ናብ ናይ መጻኢ ናይ ግዜ መቓን ዚውንጨፍ ተግባር እዩ ዚዛረብ። ኣብቲ ናይ ሓቂ ፍጻሜ ዘይኮነስ ኣብቲ ተኽእሎ ፍጻሜ እዩ ዜተኩር። ብዙሕ እዋን ንርግጽነት ፍጻሜ እዩ ዜመልክት። ኣብነት፡ ማቴ፡ 5፡ 4-9፡ “ኪረኽቡ እዮም እሞ” “ኺወርስዋ እዮም እሞ” “ኪጸግቡ እዮም እሞ” “ኪረኽቡ እዮም እሞ” “ኪርእይዎ እዮም እሞ” “ኪበሃሉ እዮም እሞ… ብጹኣን እዮም።”

II. ናይ ግሲ ተግባር

ሀ. ናይ ግሲ ተግባር ነቲ ኣብ መንጎ እቲ ግስን በዓል ቤት ተግባርን ዘሎ ዝምድና ይገልጽ።

ለ. ንጡፍ ተግባር እቲ ናይ ተግባር በዓል ቤት ናይቲ ግሲ ተግባር ይፍጽሞ ኸም ዝነበረ ንምእዋጅ ዚጠቅም ልሙድ፡ ሃንደበት ዘይኮነን ብዙሕ ኣድህቦ ዘይወሃቦን ኣገባብ እዩ።

ሐ. ልኡም ተግባር ማለት እቲ በዓል ቤት ነቲ ብኻልእ ናይ ደገ ፈጻሚ ዝተፈጸመ ናይ ግሲ ተግባር ተቐባላይ ኮይኑ ማለት እዩ። እቲ ነቲ ተግባር ዚፍጽም ናይ ግዳም ፈጻሚ ኣብቲ ናይ ግሪኽ ሓድሽ ኪዳን በዞም ዚስዕቡ መስተዋድዳትን ረባሕታታትን ተሓቢሩ ኣሎ፡

1. ብቐጥታ ነቲ ተግባር ዚፍጽም ሰብኣዊ ወኪል *ሁፖ* ይብሃል (ማቴ፡ 1፡ 22፥ ግብ፡ 22፡ 30)።

2. መንጎኛ ኾይኑ ዚዓዪ ሰብኣዊ ወኪል *ድያ* ይብሃል (ማቴ፡ 1፡ 22)።

3. ግኡዛዊ (ዘይሰብኣዊ) ወኪል ብዙሕ ሳዕ *ኦን* ይብሃል።

4. እንሓንሳእ ሰብኣዊ ይኹን ወይ ግኡዛዊ ወኪል በዚ *ኦን* ዚብል ስም ጥራይ ይምልከት።

መ. ማእከላይ ተግባር ወይ ከኣ ንበዓል ቤት ኣብ ገዛእ ርእሱ ዚዓርፍ ተግባር። እዚ ማለት እቲ በዓል ቤት ነቲ ናይ ግሲ ተግባር ይፍጽሞ፡ ከምኡውን ብቐጥታ ኣብቲ ተግባር ይሳተፍ። እዚ ተግባርዚ ብዙሕ ሳዕ ናይ ልዑል ውልቃዊ ተገዳስነት ተግባር ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ናይ

ሰዋስው ኣተሃናንጻዚ ብገለ መዳይ ኣብቲ ናይ ምሉእ ሓሳብ ወይ ሓረግ በዓል ቤት የተኩር። እዚ ኣተሃናንጻዚ ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ኣይርከብን እዩ። ኣብ ግሪኽ ሰፊሕ ናይ ሓሳባትን ትርጒማትን ተኽእሎ ኣሎዎ። ገለ ኣብነታት ናይዚ ስርዓት ሰዋስውዚ፡

1. ንበዓል ቤት ኣብ ገዛእ ርእሱ ዚዓርፍ ተግባር- ናይ በዓል ቤት ቀጥታዊ ተግባር ኣብ ልዕሊኡ። ኣብነት፡ ማቴ፡ 27፡ 5 "...ተሓንቀ" (ርእሱ ሓነቐ)።

2. መበራትዒ ተግባር- ኣብዚ እቲ በዓል ቤት ነቲ ተግባር ምእንቲ ርእሱ ይፍጽሞ። ኣብነት፡ 2ቆሮ፡ 11፡ 14 "ሰይጣን እኳ ንርእሱ ንመልኣኽ ብርሃን የምስል እዩ...።"

3. ተገባብሮ ወይ ምውህሃብ- ናይ ክልተ በዓል ቤት ተገባብሮ። ኣብነት፡ ማቴ፡ 26፡ 4 "... ተማኸሩ" (ንሓድሕዶም ተማኸሩ)።

III. ኩነት

ሀ. ኣብ ቆይን ግሪኽ ኣርባዕተ ኹነታት ግሲ ኣሎዉ። እንተ ወሓደ ኣብ ኣእምሮ እቲ ጸሓፊ፡ ናይቲ ግሲ ዝምድና ምስ ክዉንነት የመልክቱ። እቶም ኩነታት ኣብ ክልተ ሰፋሕቲ ኽፍልታት ይምደቡ፡ ንኽዉንነት ዜመልክቱ (ኣመልካቲ ኹነት)ን ተኽእሎ ዜመልክቱ (ተኽእሎኣዊ፡ ትእዛዛውን ትምኒታውን)።

ለ. ኣመልካቲ ኹነት፡ እንተ ወሓደ ኣብ ሓሳብ እቲ ጸሓፊ፡ ንሓደ ተፈጺሙ ዝነበረ ወይ ዚፍጸም ዝነበረ ተግባር ንምግላጽ ዜገልግል ዝውቱር ኩነት እዩ፡ እዚ ኣብ ግሪኽ እቲ እንኮ ንፍሉጥ ግዜ ዜመልክት ኩነት እዩ፡ ግናኸ እዚ መዳይዚ ኻልኣዊ እዩ።

ሐ. ተኽእሎኣዊ ኹነት ኣብ መጻኢ ምናልባት ኪኸውን ዚኽእል ተግባር እዩ ዚገልጽ። ዋላ ሓደ ዝኾነ ተግባር የልቦን፡ ግናኸ ኪኸውን ዕድል ኣሎዎ። ምስ ናይ መጻኢ ኣመልካቲ ብዙሕ ዘራኽብ ኣሎዎ። እቲ ፍልልይ እቲ ተኽእሎኣዊ ገለ ደረጃ ጥርጠራ ይገልጽ። ንኣብነት "ምኾነ ነይሩ" "ኪኸውን ይኽእል" ወዘተ።

መ. ትምኒታዊ ኹነት ነቲ ብኽልሰ-ሓሳብ ኪኸውን ዚኽእል ትምኒት ይገልጽ። ካብቲ ተኽእሎኣዊ ኹነት ሓደ ስጕምቲ ኻብ ክውንነት ዝረሓቐ እዩ። እዚ ትምኒታዊ ኹነት ኣብ ውሽጢ ገለ ኹነታት ተኽእሎ ይገልጽ እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን እዚ ትምኒታዊ ኹነት ሳሕቲ እዩ ዜጋጥም። ብዙሕ ግዜ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ኣብቲ ናይ ጳውሎስ "ኣይፋሉን" "ኣይፋልናን" "ኣይፋለይን" ዚብል ግኑን ሓረግ እዩ። እዚ ሓረግዚ ዓሰርተው ሓሙሽተ ግዜ ተጠቒሱ ኣሎ (ሮሜ፡ 3፡ 4፤ 6፤ 31፤ 6፡ 2፤ 15፤ 7፡ 7፤ 13፤ 9፡ 14፤ 11፡ 1፤ 11፥ 1ቆሮ፡ 6፡ 15፥ ገላ፡ 2፡ 17፤ 3፡ 21፤ 6፡ 14)። ካልኣት ኣብነታት ኣብ ሉቃ፡ 1፡ 38፤ 20፡ 16፥ ግብ፡ 8፡ 20፥ 1ተሰ፡ 3፡ 11 ኣሎዉ።

ሠ. ትእዛዛዊ ኹነት ኪኸውን ዚኽእል ትእዛዝ የጕልሕ። እቲ ኣተኩሮ ግን ኣብቲ ዕላማ እቲ ዚዛረብ ዘሎ ኣካል እዩ። ወለንታዊ ተኽእሎ እዩ ዚገልጽ፡ ኣብ ምርጫ ኻልኣት ከኣ ይምርኮስ። ኣብ ጸሎትን ናይ ሳልሳይ ኣካል (ንሱ፡ ንሳ፡ ንሳቶም) ልመናታት ከኣ ፍሉይ ኣገልግሎት ነይርዎ። እዞም ትእዛዛት እዚኣቶም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብ ህሉው ግዜን ሕሉፍ ግዜን ጥራይ እዮም ዚርከቡ።

ረ. ገለ ሰዋስዋት ከኣ ነቶም ናይ ግስታት ቅጽላት ከም ኩነት ይምድብዎም እዮም። ኣብ ናይ ግሪኽ ሓድሽ ኪዳን ኣዝዮም ዝውቱራት እዮም፡ ከም ግሳዊ ቕጽላት ከኣ ይግለጹ። ምስቲ ዚዛመድዎ ቐንዲ ግሲ ተኣሳሲሮም እዮም ዚትርጎሙ። ንግሳዊ ቕጽላት ንምትርጓም ዜገልግሉ ሰፋሕቲ ኣማራጺታት ኣሎዉ። ብዙሓት ናይ እንግሊዝ ትርጒማት ምውኻስ ዝበለጸ እዩ። *ዘ ባይብል ኢን ትዌንቲ ሲክስ ትራንዝለሽንዝ* ዚብል ብቤከር ዝተሓትመ መጽሓፍ ኣብዚ ጕዳይዚ ዓብዩ ሓገዝ እዩ።

ሰ. ናይ ሕሉፍ ግዜ ንጡፍ ኣመልካቲ፡ እዚ ንሓደ ፍጻሜ ንምዝንታው ዚጠቅም ልሙድ ወይ "ብዙሕ ዘይልለ" ኣገባብ እዩ። ካልእ ናይ ግሲ ግዜ፡ ተግባር ወይ ኲነት እቲ በዅሪ ደራሲ ኼመሓላልፎ ዝደለየ ፍሉይ ናይ ትርጕም ኣገዳስነት ኣሎዎ።

IV. ነቲ ምስ ግሪኽ ብዙሕ ሌላ ዘይብሉ ሰብ፡ እዞም ዚስዕቡ ናይ መጽናዕቲ ሓገዛት ነቲ ዜድሊ ሓበሬታ ይህብዎ፡

ሀ. ፍሪበርግ፤ ባርባራን ቲሞቲን። *ኣናሊትካል ግሪክ ኒው ተስታመንት*። ግራንድ ራፒድስ፡ ቤከር፤ 1988።

ለ. ማርሻል፡ ኣልፍረድ። *ኢንተርሊንያር ግሪክ-ኢንግሊሽ ኒው ተስታመንት*። ግራንድ ራፒድስ፡ ዞንደርቫን፤ 1976።

ሐ. ማውንስ ዊልያም ዲ። *ዘ ኣናሊትካል ለክሲከን ቱ ዘ ግሪክ ኒው ተስታመንት*። ግራንድ ራፒድስ፡ ዞንደርቫን፤ 1993።

መ. ሳመርስ፡ ረይ። *ኢሰንሽያልስ ኦቭ ዘ ኒው ተስታመንት ግሪክ*። ናሽቪል፡ ብሮድማን፤ 1950።

ሠ. ወግዓዊ ተቐባልነት ዘሎዎ ብናይ ምልእኣኽ ትምህርቲ ዚወሃብ ናይ ቀይን ግሪኽ መጽናዕቲ ኻብቲ ኣብ ሺካጎ፡ ኤሊኖይ ዘሎ ናይ ሙዲ ኢንስቲትዩት መጽሓፍ ቅዱስ ይወሃብ እዩ።

V. ስማት

ሀ. ኣብ ኣተሃናንጻ ምሉእ ሓሳባት፡ ስማት በቲ ረባሕታኦም እዮም ዚምደቡ። ረባሕታ ማለት እቲ ስም ምስ ግሱን ካልኦት ኣካላት ምሉእ ሓሳብን ዘሎዎ ዝምድና ዜርኢ ዝተቐየረ ቕርጺ ማለት እዩ። ኣብ ቀይን ግሪኽ፡ መብዛሕትኦም እቶም ናይ ረባሕታ ጥቕምታት ብመስተዋድድ እዮም ዚግለጹ። እቲ ናይ ረባሕታ ቕርጺ ብዙሓት በበይኖም ዝምድናታት ንምፍላይ ኣኽኢሉ እዩ፡ እቶም መስተዋድዳት ከኣ ነዞም ኪኾኑ ዚኽእሉ ኣገልግሎታት ዝያዳ ንጹር ፍልልይ ንምሃብ ማዕቢሎም።

ለ. ናይ ግሪኽ ረባሕታ ኣብዞም ዚስዕቡ ሸሞንተ መገድታት ይከፋፈሉ፡

1. ናይ በዓል ቤት ረባሕታ፡ እዚ ስም ንምስያም ዜገልግል እዩ ነይሩ፡ ብዙሕ ሳዕ ከኣ ናይቲ ምሉእ ሓሳብ ወይ ዓብዪ ሓረግ በዓል ቤት እዩ። ምስ መላገብቲ ግስታት ከም "ኮነ" ተወሃሂዱ ንተሰሓቢ ስማትን ቅጽላትንውን የገልግል እዩ።

2. ናይ ዋንነት ረባሕታ፡ እዚ መብርሂ ንምሃብ ይጠቅም ነይሩ፡ ብዙሕ ግዜ ኸኣ ነቲ ዚዛመዶ ቓል ባህሪ ወይ ጠባይ ይህብ። ነቲ "ዓይነቱ እንታይ እዩ?" ዚብል ሕቶ ምላሽ ይህብ። ብዙሕ ሳዕ በቲ ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ዘሎ "ናይ" ዚብል መስተዋድድ ይግለጽ።

3. ናይ ውክልና ወይ መበቆል ረባሕታ፡ እዚ ልክዕ ከምቲ ናይ ዋንነት ረባሕታ ዝተቐየረ ቕርጺ ይጥቀም። ግናኸ ፍልልይ ንምግላጽ እዩ ዜገልግል ነይሩ። ብዙሕ እዋን ካብ ሓደ ናይ ግዜ፡ ቦታ፡ ምንጪ፡ መበቆል ወይ ደረጃ ነቚጣ ዘሎ ፍልልይ የመልክት ነይሩ። ብዙሕ ሳዕ በቲ "ካብ" ዚብል ናይ ቋንቋ እንግሊዝ መስተዋድድ እዩ ዚግለጽ።

4. ተቐባሊ ረባሕታ፡ እዚ ውልቃዊ ድሌት ንምግላጽ እዩ ዚጠቅም ነይሩ። እዚ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ መዳይ ኬመልክት ይኽእል። እዚ ብዙሕ ሳዕ እቲ ዘይቀጥታዊ መዕረፊ ተግባር እዩ። በቲ "ናብ" ዚትርጎም ናይ እንግሊዝ መስተዋድድ እዩ ዚግለጽ።

5. ናይ ቦታ (ኣድራሻ) ረባሕታ፡ እዚ ምስቲ ተቐባሊ ወይ ዘይቀጥታዊ ረባሕታ ሓደ ዓይነት ዝተቐየረ (ዝረብሐ) ቕርጺ ኣሎዎ። ግን ናይ ቦታ፡ ግዜ ወይ ደረት ስፍራ ወይ ኣድራሻ እዩ ዚገልጽ። ብዙሕ ሳዕ በዞም ዚስዕቡ ናይ እንግሊዝ መስተዋድዳት ይግለጽ፡ "ኣብ (ውሽጢ)፡ ኣብ (ልዕሊ)፡ ኣብ፡ ኣብ (መንጎ)፡ ኣብ (እዋን)፡ ብ፡ ኣብ (ልዕሊ)፡ ኣብ ጎድኒ።"

6. መንጎኛ ወይ ኣሳላጢ ረባሕታ፡ እዚ ምስቶም ተቐባሊ ረባሕታን ናይ ቦታ ረባሕታን ሓደ ዝኾነ ዝተቐየረ ቕርጺ እዩ። መንጎኛ ወይ ዝምድና ይገልጽ። "ብ (ሳላ)" ወይ "ብ" ዚብሉ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ መስተዋድዳት እዩ ብዙሕ ግዜ ዚግለጽ።

7. ናይ ሸቶ ረባሕታ፡ እዚ መደምደምታ ናይ ተግባር ንምብራህ እዩ ዜገልግል ነይሩ። ውሱንነት ወይ ድሩትነት እዩ ዚገልጽ። እቲ ቐንዲ ጥቕሙ ንቐጥታዊ መዕረፊ ተግባር እዩ። ነዚ ዚስዕብ ሕቶ እዩ ዚምልስ፡ "ክሳዕ መዓስ?" ወይ "ክሳዕ እንታይ ደረጃ?"

8. ናይ ጻውዒት ረባሕታ፡ እዚ ንቐጥታዊ ጻውዒት ዜገልግል እዩ ነይሩ።

VI. *መስተጻምራትን ኣላገብትን*

ሀ. ግሪኽ ኣዝዩ ልክዕ ዝኾነ ቛንቋ እዩ፡ ምኽንያት ኣዝዮም ብዙሓት ኣተኣሳሰርቲ (ኣላገብቲ) ስለ ዘሎውዎ። እዚኣቶም ንሓሳባት (ሓረጋት፡ ምሉእ ሓሳባትን ሕጡብ ጽሑፍን) የላግቡ። ኣዝዮም ዝውቱራት ስለ ዝኾኑ፡ ዘይምህላዎም ወይ ሕድገቶም ኣብ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ሳዕ ኣገዳሲ እዩ። ብርግጽ፡ እዞም መስተጻምራትን ኣላገብትን ናይቲ ደራሲ ሓሳብ ናበየናይ ኣንፈት ይኸይድ ከም ዘሎ ሓበርቲ እዮም። እንታይ ኪብል ከም ዝደለየ ብልክዕ ንምውሳን፡ ብዙሕ ግዜ ወሰንቲ እዮም።

ለ. ስዒቦም ገለ ኻብቶም መስተጻምራትን ኣላገብትን ትርጕማቶምን ተዘርዚሮም ኣሎዉ (እዚ ሓበሬታዚ ኻብ ናይ ኤች. ኢ. ዳናን ጁልየስ ኬ. ማንቲን *አ ማንዋል ግራመር ኦቭ ዘ ግሪክ ኒው ተስታመንት* ኪእከብ ይከኣል)።

1. ናይ ግዜ ኣላገብቲ

   *ሀ. ኤፔ፡ ኤፔድ፡ ሆፖት፡ ሆስ፡ ሆት፡ ሆታን* (በዓል ቤት)- "መኣስ"

   *ለ. ሀዮስ*- "እናኾነ"

   *ሐ. ሆታን፡ ኤፖን* (በዓል ቤት)- "ኣብ ዚኾነሉ ግዜ"

   *መ. ሀዮስ፡ ኣችሪ፡ መችሪ* (በዓል ቤት)- "ክሳብ"

   *ሠ.* ፕሪቭ- "ቅድሚ"

   *ረ.* ሆስ- "ካብ.. ኣትሒዙ" "ኣብ ዚኾነሉ ግዜ" "ከምዚ እናኾነ"

2. ርትዓውያን ኣላገብቲ

ሀ. ዕላማ

1. *ሂና* (በዓል ቤት)፤ *ሆፖስ* (በዓል ቤት)፥ *ሆሱ* "ምእንቲ"

2. *ሆስት* "ምእንቲ"

3. *ፕሮስ ወይ ኤሱ* "ምእንቲ"

ለ. ውጽኢት (ኣብ መንገ እቶም ናይ ዕላማን ውጽኢትን ሰዋስዋዊ መልክዓት ጥቡቕ ዝምድና ኣሎ)

1. *ሆስት* (እዚ እቲ ኣዝዩ ዝውቱር እዩ)- "ምእንቲ"፤ "ስለዚ"

2. *ሂቫ* (ናይ ተግባር በዓል ቤት)- "ምእንቲ"

3. *ኣራ*- "ስለዚ"

ሐ. ጠንቂ ወይ ምኽንያት

1. *ጋር* (ጠንቂ/ ሳዕቤን ወይ ምኽንያት/ መደምደምታ)- "ምኽንያቱ"

2. *ድዮቲ፤ ሆቲዩ* "ምኽንያቱ"

3. *ኤፔ፤ ኤፔድ፤ ሆሱ* "ስለ"

4. *ድዩ* "ምኽንያቱ"

መ. ድምደማ

1. *ኣራ፤ ፖይኑን፤ ሆስት* "በዚ ምኽንያትዚ"

2. *ድዮ* (ዝበርትዐ ናይ ድምደማ መላገቢ)- "በዚ ምኽንያትዚ"

3. *ኡን* "በዚ ምኽንያትዚ"፤ "ስለዚ"፤ "እምበኣር"፤ "ከም ሳዕቤኑ"

4. *ቶይኑን* "በዚ መሰረት"

ሠ. ኣንጻራዊ

1. *ኣላ* (ተሪር ኣንጻራዊ)- "ግን"፤ "ብዘይካ"

2. *ደ* "ግን"፤ "ግናኸ"፤ "እንተ ኾነ ግና"፤ "ብኻልእ ወገን"

3. *ካይ* "ግና"

4. *ሜንቶይ፤ ኡን* "እንተ ኾነ ግና"

5. *ፕሌን* "እንተ ኾነ ግና" ወይ "የግዳስ" (ብዙሕ ግዜ ኣብ ወንጌል ሉቃስ ይርከብ)

6. *ኡን* "እንተ ኾነ ግና"

ረ. *ምውድዳር*

1. *ሆስ፤ ካቶስ* (ተነጻጸርቲ ሓረጋት ንምልላይ)
2. *ካታ* (ኣብ ውሁድ ቃላት፡ *ካቶ፤ ካቶቲ፤ ካቶስፐር፤ ካታፐር*)
3. *ሆሳስ* (ኣብ መልእኽቲ እብራውያን)
4. *ኢ*- “ካብ”

ሰ. ቀጻሊ ወይ ተኸታታሊ

1. *ደ*- “ከምኡውን”፤ “ሕጂ”
2. *ካይ*- “ከምኡውን” ወይ “ድማ”
3. *ቴ*- “ከምኡውን” ወይ “ድማ”
4. *ሂና፤ ኡን* “ምእንቲ” ወይ “ክንድቲ”
5. *ኡን* “ብድሕሪኡ” ወይ “ስዒቡ” (ኣብ ወንጌል ዮሃንስ)

3. ኣተኩሮኣዊ ኣጠቓቕማታት

ሀ. *ኣሉ* “ርግጽነት”፤ “እወ”፤ “ብሓቂ”

ለ. *ኣራ*- “ብሓቂ”፤ “ብርግጽ”፤ “ብዘይጥርጥር”

ሐ. *ጋር*- “ግን ብሓቂ”፤ “ብርግጽ”፤ “ብሓቂ”

መ. *ደ*- “ብርግጽ”

ሠ. *ኢን* “ዋላ” ወይ “ዋላውን”

ረ. *ካይ*- “ዋላ”፤ “ብርግጽ”፤ “ብዘይጥርጥር”

ሰ. *ሜንቶይ*- “ብርግጽ”

ሸ. *ኡን* “ብሓቂ”፤ “ናይ ግድን”

## VII. ኩነታዊ ምሉእ-ሓሳብ

ሀ. ኩነታዊ ምሉእ-ሓሳብ፡ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኹነታዊ ሓረጋት ዝሓዘ ማለት እዩ። እዚ ሰዋስዋዊ ህንጻዚ ኣብ ኣተረጓጕማ ይሕግዝ፡ ምኽንያቱ እቲ ናይቲ ቐንዲ ግሲ ተግባር ስለ ምንታይ ከም ዝተፈጸመ ወይ ዘይተፈጸመ ዚገልጹ ኹነታት፤ ምኽንያታትን ጠንቅታትን ስለ ዜቕርብ። ኣርባዕተ ዓይነታት ኩነታዊ ምሉእ-ሓሳብ ነይሮም። እዚኣቶም ካብቲ ብዓይኒ ጸሓፊ ወይ ብዕላማ ጸሓፊ ቕኑዕ ዚመስል ጀሚሮም ክሳዕ እቲ ምንዮት ጥራይ ዝኾነ ምሉእ-ሓሳብ ይዝርግሑ።

ለ. ቀዳማይ ደረጃ ኹነታዊ ምሉእ-ሓሳብ፡ ዋላኳ “እንተ” ዚብል ቃል እንተ ሃለዎ፡ ብዓይኒ ጸሓፊ ወይ ብዕላማ ጸሓፊ ግን ከም ሓቂ ዝተወሰደ ተግባር ወይ ህላወ ዚገልጽ እዩ። ኣብ

ብዙሕ ኣሰኻኹዓታት "ስለ"፤ "እንተ ኾንካ"፤ "ካብ ኮነ" ተባሂሉ ይትርጎም (ማቴ፡ 4፡ 3፥ ሮሜ፡ 8፡ 31)። ግናኸ፡ እዚ ኹሉም ቀዳማይ ደረጃ ኹነታዊ ምሉእ-ሓሳባት ልክዕ ምስ ክዉንነት ይገጥሙ እዩም ማለት ኣይኮነን። ኣብ ሓደ ኽትዕ ሓሳብ ንምሃብ ወይ ንዘይቅኑዕ መጎት ንምጉላሕ እዩም ዚጠቕሙ ነይሮም (ማቴ፡ 12፡ 27)።

ሐ. እቲ ኻልኣይ ደረጃ ኹነታዊ ምሉእ-ሓሳብ ብዙሕ ሳዕ "ኣንጻር ሓቂ" ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። ሓደ ሓሳብ ንምቕራብ ምስ ክንውነት ዘይዛመድ ነገር ይብል። ኣብነታት፡

1. "እዚ ነብዪ እንተ ዚኸውንሲ፡ እዛ ዝተንከየቶ ሰበይቲ ሓጢኣተኛ እያ እሞ፡ መን ከመይ ዘመሰለትውን ምኾና ምፈለጣ ነይሩ" (ሉቃ፡ 7፡ 39)

2. "ንሙሴ እንተ ትኣምንዎስ፡ ንሱ ብዛዕባይ ጽሒፉ እሎ እሞ፡ ንኣይ ድማ ምኣመንኩምኒ ኔርኩም" (ዮሃ፡ 5፡ 46)

3. "ገና ንሰብ ከሐጕስ እንተ ዝብልሲ፡ ባርያ ክርስቶስ ኣይምኾንኩን ነይረ" ገላ፡ 1፡ 10ለ

መ. እቲ ሳልሳይ ደረጃ ኹነታዊ ምሉእ-ሓሳብ ብዛዕባ ኪኸውን ዚኽእል ናይ መጻኢ ተግባር እዩ ዚዛረብ። ብዙሕ እዋን ናይቲ ተግባር ምኻን ከም ዚከኣል ገይሩ ይግምቶ። ብዙሕ ሳዕውን ትሕጃ የመልክት። ናይቲ ቐንዲ ግሲ ተግባር ኣብቲ ኣብ ናይ "እንተ" ሓረግ ዘሎ ተግባር ይምርኮስ። ኣብነታት ካብ 1ዮሃንስ፡ 1፡ 6- 10፤ 2፡ 4፤ 6፤ 9፤ 15፤ 20፤ 21፤ 24፤ 29፤ 3፡ 21፤ 4፡ 20፤ 5፡ 14፤ 16።

ሠ. ራብዓይ ደረጃ ኹነታዊ ምሉእ-ሓሳብ እቲ ኻብ ተኽእሎ ኣዝዩ ዝረሓቐ እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝውቱር ኣይኮነን። እኳ ደኣ፡ ነቲ ብቑዕ መግለጺ ዜማልኡ ኽልቲኦም ኵነታዊ ኣካላት ዘሎውዎ ፍጹም ዝኾነ ራብዓይ ደረጃ ኹነታዊ ምሉእ-ሓሳብ የልቦን። ብኽፊል ናይ ራብዓይ ደረጃ ኹነታዊ ምሉእ-ሓሳብ ኣብነት እቲ ናይ 1ጴጥ፡ 3፡ 14 መእተዊ ሓረግ እዩ። ከም መደምደምታ ሓረግ ናይ ራብዓይ ደረጃ ኹነታዊ ምሉእ-ሓሳብ ኣብነት ዚኸውን ከኣ ግብ፡ 8፡ 31 እዩ።

VIII. ክልክላት

ሀ. እቲ ናይ ህሉው ግዜ ትእዛዛዊ ኣበሃህላ "ንዓይ" ዚብል ንኡስ ክፍሊ ኺህልዎ እንከሎ፡ በይኑ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ብዙሕ ሳዕ ንዝተጀመረ ተግባር ጠጠው ከም ዚብል ናይ ምግባር ዕላማ ኣሎዎ። ገለ ኣብነታት፡ "ኣብ ምድሪ ንኣኻትኩም መዝገብ ኣይትግበሩ" (ማቴ፡ 6፡ 21)፥ "ንህይወትኩም... ኣይትጨነቑ" (ማቴ፡ 6፡ 25)፥ "ንኣካላትኩም ኣጽዋር ዓመጻ ንሓጢኣት ኣይትግበርዎ" (ሮሜ፡ 6፡ 14ሀ)፥ "...ናይ ኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ ኣይተጕህይዎ" (ኤፌ፡ 4፡ 30)፥ ከምኡውን "... ብወይኒ ኣይትስከሩ" (ኤፌ፡ 5፡ 18)።

ለ. እቲ ናይ ሕሉፍ ግዜ ተኽእሎኣዊ ኣበሃህላ "ንዓይ" ዚብል ንኡስ ክፍሊ ኺህልዎ እንከሎ፡ "ንሓደ ተግባር ፈጺምካ ኣይትጀምሮ" ዚብል ኣተኩሮ ኣሎዎ። ገለ ኣብነታት፡ "...ኣይምሰልኩም" (ማቴ፡ 5፡ 17)፥ "እምብኣርከ... ኣይትጨነቑ" (ማቴ፡ 6፡ 31)፥ "... ኣይትሕፈር" (2ጢሞ፡ 1፡ 8)።

ሐ. ተኽእሎኣዊ ኹነት ዝሓዘ ድርብ ኣሉታ ኣብ ኣሉታ ኣዝዩ ዝጸንዐ እዩ። "ፍጹም፡ ፈጺሙ ኸቶ" ወይ "ፈጺሙ ኣይከውንን"። ገለ ኣብነታት፡ "... ንዘለኣለም ሞት ከም ዘይርኢ..." (ዮሃ፡ 8፡ 51)፥ "... ንሓዋሩ ከቶ..." (1ቆሮ፡ 8፡ 13)።

IX. ኣመልካቲ ስም

ሀ. ኣብቲ ቆይን ዚብሃል ግሪኽ፡ እቲ ውሱን ኣመልካቲ ስም ከምቲ ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ዘሎዎ ኣገልግሎት እዩ ዚሃብ። እቲ መሰረታዊ ኣገልግሎቱ ኸም "ሓባሪ" እዩ። ናብ ቃል፡ ስም ወይ ሓረግ ኣድህቦ ንምስሓብ እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን እቲ ጥቕሙ ኻብ ደራሲ ናብ ደራሲ ይፈላለ። እቲ ውሱን ኣመልካቲ ስም እዞም ዚስዕቡ ጥቕምታት ኣሎውዎ፡

1. ልክዕ ከም ኣመልካቲ ኸንዲ ስም ናይ ንጽጽር መሳርሒ እዩ

2. ኣቐዲሙ ንዝቐረበ በዓል ቤት ንምጥቃስ ዚኸውን ምልክት እዩ

3. ነቲ ናይ ምሉእ-ሓሳብ በዓል ቤት በቲ መተኣሳሰሪ ግሲ ንምፍላይ (ምልላይ) ዚጠቅም መገዲ እዩ። ኣብነታት፡ "ኣምላኽ መንፈስ እዩ" (ዮሃ፡ 4፡ 23ሀ)፥ "እግዚኣብሄር ብርሃን ምኻኑ..." (1ዮሃ፡ 1፡ 5)፥ "ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ" (1ዮሃ፡ 4፡ 8፤ 16)።

ለ. ቆይን ግሪኽ፡ ከም እንግሊዝ ዘይውሱን ኣመልካቲ ስም ኣይነበሮን። ዘይምህላው ናይ ዘይውሱን ኣመልካቲ ስም እዚ ዚስዕብ ትርጕም ኪህልዎ ይኽእል

1. ኣብ ባህሪ ወይ ብልጫ ናይ ሓደ ነገር ምትኳር

2. ኣብ ናይ ሓደ ነገር ኣመዳድባ ወይ ዓይነት ምትኳር

ሐ. እቶም ናይ ሓድሽ ኪዳን ደረስቲ፡ ኣመልካቲ ኸንዲ ስም ከመይ ኣብ ስራሕ ከም ዚውዕል ኣብ መንጎኣቶም ፍልልይ ነይርዎም።

X. ኣብ ናይ ግሪኽ ሓድሽ ኪዳን፡ ኣተኩሮ ናይ ምምልካት ኣገባባት

ሀ. ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣተኩሮ ናይ ምግላጽ ብልሓታት ካብ ደራሲ ናብ ደራሲ ይፈላለዩ። እቶም ብቐጻልን ብወገዕን ዝተጠቕሙሎም ጸሓፍቲ ሉቃስን ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያንን እዮም።

ለ. ኣቐዲምና ኸም ዝገለጽናዮ፡ እቲ ናይ ሕሉፍ ግዜ ንጡፍ ኣመልካቲ ምጹብን ንኣተኩሮ ምልክት ዜብሉን እዩ ነይሩ፡ ካልእ ናይ ግሲ ግዜ፤ ተግባር ግሲ ወይ ኵነት ኣብ ምትርጓም ኣገዳስነት ነይርዎ። እዚ ማለት ናይ ሕሉፍ ግዜ ንጡፍ ኣመልካቲ ኣብ ኣገዳሲ ሰዋስዋዊ ትርጕም ብዙሕ ግዜ ኣይጠቅምን ነይሩ ማለት ኣይኮነን (ኣብነት፡ ሮሜ 6፡ 10 (ክልተ ግዜ))።

ሐ. መስርዕ ቃላት ኣብ ቆይን ግሪኽ

1. ቆይን ግሪኽ ረባሕታ ናይ ቃላት ዝነበሮ ቛንቋ እዩ። ግናኸ ከም እንግሊዝ ኣብ ኣሰራርዓ ቓላት ዚምርኮስ ኣይነበረን። ስለዚ እቲ ጸሓፊ ነዞም ዚስዕቡ ነገራት ምእንቲ ኼርኢ ነቲ ልሙድ ስርዓት ኪቐያይሮ ይኽእል

ሀ. እቲ ጸሓፊ ናብቲ ነባቢ ኼስርጾ ዚደሊ ነገር

ለ. እቲ ጸሓፊ ነቲ ነባቢ ኼገርሞ እዩ ኢሉ ዚሓስቦ ነገር

ሐ. እቲ ጸሓፊ ብዕምቈት ዚስምዖ ነገር

2. ኣብ ግሪኽ እቲ ልሙድ ኣሰራርዓ ቓላት ክሳዕ ሎሚ መዕለቢ ኣይተገብረሉን። ግናኸ፡ እቲ ኸም ቅኑዕ ዚውሰድ ልሙድ ኣሰራርዓ እዚ ዚስዕብ እዩ፡

ሀ. ንኣላገብቲ ግስታት

1. ግሲ
2. ብዓል ቤት
3. ተሰሓቢ (መመላእታ)

ለ. ንተሳገርቲ ግስታት

1. ግሲ
2. ብዓል ቤት
3. መዕረፊ ግሲ
4. ዘይቀጥታዊ መዕረፊ ግሲ
5. ናይ መስተዋድድ ሓረግ

ሐ. ንናይ ስም ግስታት

1. ስም
2. ገላጺ
3. ናይ መስተዋድድ ሓረግ

3. ኣሰራርዓ ቓላት ኣብ ምትርጓም ጽሑፋት ኣዝዩ ኣገዳሲ ነጥቢ እዩ። ኣብነታት፡

ሀ. "ንኣይን ንበርናባስን ናይ ሕብረት የማናይ ኢዶም ሃቡና።" እቲ "ናይ ሕብረት የማናይ ኢዶም" ዚብል ሓረግ ተመቒሉ ኣብ ቅድሚት ይርአ፡ እዚ ድማ ኣገዳስነቱ ንምግላጽ እዩ (ገላ፡ 2፡ 9)።

ለ. "ምስ ክርስቶስ" (ገላ፡ 2፡ 19ለ) ኣብ ቅድሚት ተቐሚጡ ኣሎ። ሞት ክርስቶስ ኣውራ ነገር እዩ (ገላ፡ 2፡ 20)።

ሐ. "ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን" (እብ፡ 1፡ 1) ኣብ ቅድሚት ተቐሚጡ ኣሎ። እቲ ናይ ምግላጽ ጕዳይ ዘይኮነስ፡ እቲ እግዚኣብሄር ንርእሱ ዚገልጸሉ መገድታት እዩ ተነጻጺሩ ዘሎ።

መ. ብዙሕ ግዜ ዝተወሰነ ናይ ኣተኩሮ ደረጃ በዞም ዚስዕቡ ይወሃብ

1. ድሮ ኣብ ናይ ግሲ ረባሕታ ንዚርከብ ክንዲ ስም ምድጋም። ኣብነት፡ "ኣንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ" (ማቴ፡ 28፡ 20)

2. ምጕዳል ናይቲ ኣብ መንጎ ቓላት፤ ንኣሽቱ ሓረጋት፤ ዓበይቲ ሓረጋት ወይ ምሉእ-ሓሳባት ኪህሉ ዘሎዎ መስተጻምር ወይውን ካልእ መላገቢ መሳርሒ። እዚ ዘይተኣሳሰረ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ መላገቢ መሳርሒ ኺህሉ ትጽቢት ዝተገብረሉ ስለ ዝኾነ፡ ዘይምህላዉ ኣተኩሮ ይስሕብ። ኣብነታት፡

ሀ. እቶም ብሩኻት፡ ካብ ማቴ፡ 5፡ 3 ንንየው (ኣብቲ ዝርዝር የተኩር)

ለ. ዮሃ፡ 14፡ 1 (ሓድሽ ኣርእስቲ)

ሐ. ሮሜ፡ 9፡ 1 (ሓድሽ ክፍሊ ንባብ)

መ. 2ቆሮ፡ 12፡ 20 (ኣብቲ ዝርዝር የተኩር)

3. ኣብ ሓደ ውሁብ ሃዋህው ናይ ዘሎዉ ቓላት ወይ ሓረጋት ምድግጋም። ኣብነታት፡ "ንውዳሴ ኽብሩ" (ኤፌ፡ 1፡ 6፤ 12ን 14ን)። እዚ ሓረግዚ ናይ ነፍስወከፍ ኣካል ስላሴ ተግባር ንምግላጽ እዩ ኣገልጊሉ።

4. ኣብ መንጎ ቓላት ዚግበር ናይ ቁንቁኛ ወይ ውስጠዘ ኣጠቓቕማ

ሀ. ቃል ሽፋን- ኣብ ክንዲ ነውሪ ዝኾኑ ኣርእስትታት ካልኦት ቃላት ምትካእ፡ ከም "ዓረፈ" ኣብ ክንዲ ሞት (ዮሃ፡ 11፡ 11 - 14) ወይውን "እግሪ" ኣብ ክንዲ ናይ ወዲተባዕታይ ብልዕቲ (ሩት፡ 3፡ 7 - 8፥ 1ሳሙ፡ 24፡ 4)።

ለ. ቃል ሽንኮለል- ንእግዚኣብሄር ዜመልክቱ ስማት ብኻልኦት ብዙሓት ቃላት ምትካእ፡ ከም "መንግስተ ሰማያት" (ማቴ፡ 3፡ 1) ወይ "ድምጺ ኻብ ሰማይ" (ማቴ፡ 3፡ 17)።

ሐ. ምስላዊ ኣዘራርባ

1. ዘይከኣሉ ምግናናት (ማቴ፡ 3፡ 9፤ 5፡ 29- 30፤ 19፡ 24)

2. ልዙባት መግለጺታት (ማቴ፡ 3፡ 5፥ ግብ፡ 2፡ 36)

3. ከም ሰብ ጌርካ ምምሳል (1ቆሮ፡ 15፡ 55)

4. ሕሜጨ (ገላ፡ 5፡ 12)

5. ናይ ግጥሚ ንባባት (ፊሊ፡ 2፡ 6- 11)

6. ኣብ መንጎ ቓላት ዘሎዉ ናይ ድምጺ ጸወታታት

ሀ. "ቤተ ክርስትያን"

i. "ቤተ ክርስትያን" (ኤፌ፡ 3፡ 21)

ii. "ጻውዒት" (ኤፌ፡ 4፡ 1፤ 4)

iii. "ጽዉዓት" (ኤፌ፡ 4፡ 14)

ለ. "ሓራ"

i. "ሓራ ሰበይቲ" (ገላ፡ 4፡ 31)

ii. "ሓርነት" (ገላ፡ 5፡ 1)

iii. "ሓራ" (ገላ፡ 5፡ 1)

መ. ናይ ቁንቁኛ ኣዘራርባ- እዚ ብዙሕ ግዜ ባህላውን ንፍሉይ መግለጺታት ዚውዕልን ኣዘራርባ እዩ፡

1. ምሳሌኣዊ ኣጠቓቕማ "ብልዒ" (ዮሃ፡ 4፡ 31- 34)

2. ምሳሌኣዊ ኣጠቓቕማ "ቤተ መቕደስ" (ዮሃ፡ 2፡ 19፥ ማቴ፡ 26፡ 61)

3. ናይ እብራይስጢ ናይ ድንጋጽ፡ "ጽልኢ" ምሳሌታት (ዘፍ፡ 29፡ 31፥ ዘዳ፡ 21፡ 15፥ ሉቃ፡ 14፡ 36፥ ዮሃ፡ 12፡ 25፥ ሮሜ፡ 9፡ 13)።

4. "ኵላቶም" ኣንጻር "ብዙሓት"። ንኢሳ፡ 53፡ 6 ("ኵላትና") ምስ ኢሳ፡ 53፡ 11ን 12ን ("ብዙሓት") ኣነጻጽር። እዞም ቃላት ከምቲ ሮሜ፡ 5፡ 18ን 19ን ዜግህዶ ተመሳሰልቲ እዮም።

5. ኣብ ክንዲ ነጸላ ቓል፡ ምሉእ ናይ ቋንቋ ሓረግ ምጥቃም። ኣብነት፡ "ጎይታ የሱስ ክርስቶስ"

6. ፍሉይ ጥቕሚ ናይ ሓውቶስ

ሀ. ምስ ኣመልካቲ ስም ኬገልግል እንከሎ "ተመሳሳሊ" ዚብል ትርጕም ኣሎዎ።

ለ. ብዘይ ኣመልካቲ ስም ኪኸውን እንከሎ፡ ሓደ ኣካል ኣብ ገዛእ ርእሱ ንዚገብርዎ ተግባር ንምትራር ይጠቅም- "ንባዕሉ"፤ "ንባዕላ"።

ሠ. እቲ ግሪኽ ዘየንብብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ተመሃራይ፡ ኣተኩሮ ንምርዳእ እዞም ዚስዕቡ ብዙሓት ኣገባባት ኪጥቀም ይኽእል፡

1. ትንታነ ዘሎዎ መዝገበ ቓላትን ናይ ግሪኽ እንግሊዝ ጽሑፍን ምጥቃም

2. ናይ እንግሊዝ ትርጕማት መጽሓፍ ቅዱስ ምውድዳር፡ ብፍላይ ነቶም ብበበይኖም ናይ ኣተረጓጕማ ኽልሰ ሓሳባት ዝተዳለዉ። ኣብነት ነቲ ናይ "ቃል ንቓል" ትርጕም ምስ "ንጡፍ መማዝንቲ" ምንጽጻር። ነዚ ጽቡቕ ሓገዝ ኪህብ ዚኽእል ብቤከር ዝተሓትመ *ዘ ባይብል ኢን ትወንቲ-ሲክስ ትራንዝለሽንስ* ዚብል መጽሓፍ እዩ።

3. ብጆሴፍ ብራያንት ሮዘርሃም ዝተዳለወ *ዘ ኢምፋሳይዝድ ባይብል* ምጥቃም (ክሬገል፡ 1994)።

4. ኣዝዩ ቐጥታዊ ዝኾነ ትርጕም ምጥቃም

ሀ. ናይ 1901 *ዘ ኣሜሪካን ስታንዳርድ ቨርዥን*

ለ. ናይ ሮበርት ያንግ *ያንግስ ሊተራል ትራንዝሌሽን ኦቭ ዘ ባይብል* (ጋርድያን ፕረስ፡ 1976)።

መጽናዕቲ ሰዋስው ዜሰልኪ እዩ፡ ግናኸ ንግቡእ ኣተረጓጕማ ኣገዳሲ እዩ። እዞም ሓጸርቲ መግለጺታት፤ ርእይቶታትን ኣብነታትን ነቶም ግሪኽ ኬንብቡ ዘይክእሉ ሰባት ነዞም ኣብዚ ጽሑፍዚ ቐሪቦም ዘሎዉ ናይ ሰዋስው ሓሳባት ንኺጥቀሙሎም ንምትብባዕን ንምድላውን እዩ። ብርግጽ እዞም መግለጺታት እዚኣቶም ቀሊሎም ቀሪቦም ኣሎዉ። ብነቓጽ፡ ዘይተዓጸጸፍ ኣገባብ ኣብ ጥቕሚ ኺውዕሉ የብሎምን። ንዝያዳ ምርዳእ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣተሃናንጻ ምሉእ ሓሳባት፡ ከም መንጠሪ ባይታ ኼገልግሉ ኣሎዎም። እዞም መግለጺታት እዚኣቶም ነበብቲ ነቶም ኣብ ካልኦት መጽናዕታዊ ሓገዛት ዘሎዉ ርእይቶታት ንምርዳእ ኬኽልእዎ ተስፋ ይግበረሎም። እቶም መጽናዕታዊ ሓገዛት ከም ናይ ሓድሽ ኪዳን ተክኒካዊ ትንታነታት ኪኾኑ ይኽእሉ።

ንትርጉምና ኣብቶም ኣብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጽሑፋት ዘሎዉ ሓበሬታታት ተመርኲስና ኽነረጋግጾ ኽንክእል ኣሎና። ካብዞም ሓበሬታታት እዚኣቶም፡ ሰዋስው ካብቶም ኣዝዮም ጠቓምቲ ሓደ እዩ፥ ካልኦት ሓበሬታታት ከም ታሪኻዊ ኹነታት፤ ናይ ስነ-ጽሑፍ ሃዋህው፤ ዘመናዊ ኣጠቓቕማ ቓላትን ተመሳሰልቲ ንባባትን እዮም።

# ካልኣይ ጥብቆ

## ናይ ጥቕሲ ነቐፌታዊ ርእይቶ

እዚ ርእሰ ጕዳይዚ ነቶም ኣብዚ ትንተና መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎው ናይ ጥቕስታት መግለጺታት ንምብራህ ብዚጥዕም መገዲ ኺተሓዝ እዩ። እዚ ዚስዕብ ንድፊ ድማ ኣብ ግብሪ ኺውዕል እዩ፡

I. ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ጥቕስታት ምንጪታት

ሀ. ብሉይ ኪዳን

ለ. ሓድሽ ኪዳን

II. እቲ “መሰረታዊ ነቐፌታ” ወይ ከኣ “ናይ ጥቕስታት ነቐፌታ” ዚብሃል ኣገባብ ዘሎውዎ ሽግራትን ክልሰ-ሓሳባትን ብሓጺር መግለጺ ኪቐርቡ እዮም።

III. ንተወሳኺ ንባብ ናይ ዚጠቕሙ ምንጭታት ሓበሬታ

I. ናይ ጥቕስታት ምንጭታት

ሀ. ብሉይ ኪዳን

1. ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን (MT)- እቲ ናይ እብራይስጢ ናይ ተደመጽቲ (ኮንሶናንት) ጽሑፍ ብመምህር ኣይሁድ ዝኾነ ኣኩባ ብ100 ዓመተ ምህረት እዩ ተዳልዩ። እቶም ኣድመጽቲ ነጥብታት፡ ኣደማምጻታት፡ ናይ ጎኒ መግለጺታት፡ ናይ ስርዓተ ነጥብን ናይ እኩብ መግለጺታትን ነጥብታት ኣብ ሻድሻይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደት ክርስቶስ እዮም ኪውሰኹ ጀሚሮም፡ ኣብ ታሽዓይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ከኣ ተዛዚሞም። እዚ ዕዮዚ ብሓንቲ ስድራ ቤት ምሁራት ኣይሁድ እዩ ተኻይዱ። እዛ ስድራቤት ማሶረታውያን ትብሃል ነይራ። እቲ ዝተጠቕሙሉ ናይ ጥቕስታት ቅርጽ ምስቲ ኣብ ሚሽና፡ ታልሙድ፡ ታርጉምስ፡ ፐሺታን ቫልጌትን ዝነበረ ቅርጽ ጥቕስታት ሓደ ዓይነት እዩ ነይሩ።

2. ሰፕተዋጅንት (LXX)- ዛንታ ኸም ዚብሎ፡ ሰፕተዋጅንት ብሰብዓ ኣይሁድ ምሁራት ኣብ ውሽጢ ሰብዓ መዓልታት ንቤት ንባብ እስክንድርያ ተባሂሉ ኣብ ትሕቲ ሓልዮት ንጉስ ፕቶለሚ ዳግማዊ (285 - 246 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ) እዩ ተዳልዩ። እቲ ትርጕም ብሕቶ ኣብ እስክንድርያ ዚነብር ዝነበረ መራሒ ኣይሁድ ከም ዝተፈጸመ ይግመት። እዚ ዛንታዚ ኻብ “ደብዳበ ኣሪስታስ” ዝተረኽበ እዩ። ሰፕተዋጅንት ብዙሕ ግዜ ካብቲ መምህር ኣይሁድ ኣኩባ ዝጸሓፎ ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን (ማሰሮቲክ) ኣብ ዝተፈልየ ናይ እብራይስጢ ጽሑፍ ዝተመስረተ እዩ ነይሩ።

3. ብራናታት ምዉት ባሕራ- ብራናታት ምዉት ባሕሪ፡ ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ኣብ ግዜ ሮማውያን (200 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ - 70 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ) በቶም ኢሲን ዚብሃሉ ዝነበሩ ተፈንጫሊ ጕጅለ ኣይሁድ ዝተጻሕፈ እዩ። እቶም ኣብ ብዙሓት ቦታታት ከባቢ ምዉት ባሕሪ ዝተረኽቡ ናይ እብራይስጢ ናይ ኢድ ጽሑፋት፡ እቶም ናይ እብራይስጥን ናይ ግሪኽን ብሉይ ኪዳናት ካብ ፍልይ ዝበለ ናይ እብራይስጢ ናይ ጽሑፍ ዓሌት ከም ዝፈልፈሉ የረድኡ።

4. ናይዞም ጥቕስታት ምውድዳር ነቶም ተርጎምቲ ንብሉይ ኪዳን ብዝበለጸ ንኺርድእዎ ኸም ዝሓገዞም እዞም ዚስዕቡ ኣብነታት የረድኡና

ሀ. ሰፕተዋጅንት (ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን) ተርጎምትን ምሁራትን ነቲ ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን ንኺርድእዎ ሓጊዝዎም

1. እቲ ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳን ኣብ ኢሳ፡ 52፡ 14 ከምዚ ይብል፡ “ብዙሓት ብእኡ ኸም እተገረሙ”።

2. እቲ ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን ኣብ ኢሳ፡ 52፡ 14 ከምዚ ይብል፡ “ብዙሓት ብኣኻ ኸም እተገረሙ”።

3. ኣብ ኢሳ፡ 52፡ 15 እቲ ኣብ ሰፕተዋጅንት ዘሎ ፍሉይ ክንዲ ስም ተረጋጊጹ ኣሎ

ሀ. ሰፕተዋጅንት፡ “ብዙሓት ኣህዛብ ብእኡ ኺግረሙ እዮም”

ለ. እብራይስጢ፡ “ንሱ **ንብዙሓት ኣህዛብ ይዕድሎም**”

ለ. እቶም ናይ ምውት ባሕሪ ብራንታት፡ ተርጎምትን ምሁራትን ነቲ ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን ንኺርድእዎ ሓጊዞምዎም እዮም።

1. ኣብቶም ናይ ምዉት ባሕሪ ብርናታት፡ ኢሳ፡ 21፡ 8 ከምዚ ይብል፡ “ንሱ ኸኣ፡ … ኣብታ ግምቢ ምሕላው ደው ኢሉ”

2. ኣብቲ ናይ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን፡ ኢሳ፡ 21፡ 8 ከምዚ ይብል፡ “ለይተ ለይቲውን ኣብታ መሓለዊተይ…. ኸም ኣንበሳ ጨደረ።”

ሐ. ክልቲኦም ሰፕተዋጅንትን እቶም ናይ ምዉት ባሕሪ ብራንታትን ንኢሳ፡ 53፡ 11 ንምብራህ ሓጊዞም እዮም

1. ሰፕተዋጅንትን ናይ ምዉት ባሕሪ ብራናታትን፡ “ነፍሱ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ምስ ወፈየ፡… ጻማ ነፍሱ ኺርኢ ኺጸግብውን እዩ።” ይብሉ።

2. እብራይስጢ፡ “ነፍሱ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ምስ ወፈየ፡…ኺጸግብ እዩ።”

ለ. ሓድሽ ኪዳን

1. ልዕሊ 5,300 መበቆላዊ ናይ ኢድ ጽሑፋት ናይ ኵሉ ወይ ገለ ኽፋል ናይቲ ብግሪኽ ዝተጻሕፈ ሓድሽ ኪዳን ብህይወት ኣሎዉ። ኣስታት 85 ኣብ ጳጳሮስ ዝተጻሕፉ እዮም፡ 268 ከኣ ብዓበይቲ ፊደላት (ኣንስያል) ዝተጻሕፉ እዮም። ዳሕራይ፡ ኣብ ኣስታት ታሽዓይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ንኣሽቱ ፊደላት ማዕቢሎም። እቶም ኣብ ጽሑፍ ዘሎዉ ናይ ግሪኽ ናይ ኢድ ጽሑፋት ኣስታት 2,700 ይበጽሑ። ኣብ ግዜ መንፈሳዊ ኣምልኾ ዜገልግሉ ናይ ጥቕስታት ዝርዝራት ኣብ ኣስታት 2,100 ቅዳሓት ኣሎዉና።

2. ናይ ሓድሽ ኪዳን ክፋላት ዝሓዙ፡ ኣብ ጳጳሮስ ዝተጻሕፉ ኣስታት 85 ናይ ግሪኽ ናይ ኢድ ጽሑፋት ኣብ ኣብያተ መዘክር ይርከቡ። ገሊኣቶም ካብ ካልኣይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ዝተጻሕፉ እዮም፡ መብዛሕትኦም ግና ካብ ሳልሳይን

ራብዓይን ክፍለ ዘመናት ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ዝጀመሩ እዮም። እዚኣቶም እቶም ዝገደሙ (ጥንታዎት) ቅዳሓት ሓድሽ ኪዳን ስለ ዝኾኑ፡ ሒደት ምቅይያራት ጥራይ ኣሎውዎም ማለት ኣይኮነን። መብዛሕትኦም እዚኣቶም ንውሱን ከባቢታት ምእንቲ ኼገልግሉ ቐቀልጢፎም ተባዚሖም። ኣብቲ ናይ ምቕዳሕ ዕዮ ጥንቃቐ ኣይተወሰደን። ስለዚ፡ ብዙሕ ፍልልያት ኣሎዎም።

3. ኮደክስ ሲናይቲከስ። በቲ ናይ እብራይስጢ ፊደል ኧ (ኣሌፍ) ወይ (01) ዚፍለጥ፡ ብቲሸንድሮፍ ኣብ ከረን ሲና ኣብ ዚርከብ ገዳም ቅዱስ ካተሪን ተረኺቡ። እዚ ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ዝተጻሕፈ እዩ፡ ክልቲኦም ናይ ብሉይ ኪዳን ሰፕተዋጅንትን ናይ ሓድሽ ኪዳን ግሪኽን ዝሓዘ እዩ። ናይ እስክንድርያ ዓይነት ኣጸሓሕፋ ዘሎዎ እዩ።

4. ኮደክስ ኣለክሳንድሪነስ፡ ብኻልእ ስሙ A ወይ (02) ተባሂሉ ዚፍለጥ፡ ኣብ እስክንድርያ፡ ግብጺ፡ ዝተረኽበ ናይ ሓምሻይ ክፍለ ዘመን ናይ ግሪኽ ናይ ኢድ ጽሑፍ እዩ።

5. ኮደክስ ቫቲካነስ፡ B ወይ (03) ተባሂሉ ዚፍለጥ፡ ኣብ ሮማ ኣብ ናይ ቫቲካን ቤት ንባብ ተረኺቡ። ዝተጻሕፈሉ ግዜ ኣብ መፋርቕ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደት ክርስቶስ እዩ። ክልቲኦም ናይ ግሪኽ ብሉይ ኪዳንን ናይ ግሪኽ ሓድሽ ኪዳንን ዝሓዘ እዩ። ናይ እስክንድርያ ዓሌት ኣጸሓሕፋ እዩ።

6. ኮደክስ ኤፍሬሚ፡ C ወይ (04) ተባሂሉውን ዚፍለጥ፡ ብኽፊል ዝዓነወ ናይ ሓምሻይ ክፍለ ዘመን ናይ ግሪኽ ናይ ኢድ ጽሑፍ እዩ።

7. ኮደክስ ቤዛይ፡ ከምኡውን D ወይ (05) ዚብሃል፡ ናይ ሓምሻይ ወይ ሻድሻይ ክፍለ ዘመን ናይ ግሪኽ ናይ ኢድ ጽሑፍ እዩ። ናይቲ "ምዕራባዊ ጽሑፍ" ተባሂሉ ዚፍለጥ ጽሑፍ ኣብነት እዩ። ብዙሓት ወሰኻት ተመሊኦሞ ኣሎዉ፡ ነቲ ኪንግ ጀይምስ ዚብሃል ናይ እንግሊዝ ትርጕም ቀንዲ ናይ ግሪኽ መወከሲ እዩ።

8. ናይ ሓድሽ ኪዳን በኾሪ ናይ ኢድ ጽሑፋት፡ ገለ ናይ ሓባር ባህርያት ኣብ ዘሎውዎም ሰለስተ፡ ምናልባትውን ኣርባዕተ፡ ቤተ ሰባት ይምቀሉ።

ሀ. ናይ ግብጺ ናይ እስክንድርያ ጽሑፍ

1. ወንጌላት ዝሓዙ P75፤ P66 (ኣስታት 200 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ)

2. መልእኽትታት ጳውሎስ ዝሓዘ P46 (ኣስታት 225 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ)

3. ንመልእኽትታት ጴጥሮስን ይሁዳን ዝሓዘ P72 (ኣስታት 225 - 250 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ)

4. ንብምሉኡ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ዘጠቓለለ ኮደክስ ቢ፡ ቫቲካነስ ተባሂሉ ዚፍለጥ (ኣስታት 325 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ዝተጻሕፈ)

5. ኦሪጀን ካብዚ ናይ ጽሑፍ ዓሌትዚ ይጠቅስ

6. ነዚ ዓሌት ጽሑፍዚ ዚገልጹ ኻልኦት በኾሪ ናይ ኢድ ጽሑፋት ኧ ፡ C፡ L፡ W፡ 33 እዮም።

ለ. ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ ዝተረኽበ ምዕራባዊ ጽሑፍ

1. ናይ ሰሜን ኣፍሪቃ ናይ ቤተ ክርስትያን ኣቦታት ካብ ዝኾኑ ተርቱልያንን ሲፕርያንን ዝተረኽቡ ጥቕስታትን ናይ ቀደም ናይ ላቲን ትርጉምን
2. ናይ ኢራንየስ ጥቕስታት
3. ናይ ታትያን ጥቕስታትን ናይ ቀደም ሲርያዊ ትርጉምን
4. ኮደክስ D "ቤዛይ" ነዚ ናይ ኣጸሓሕፋ ዘይበ ይኽተል

ሐ. ካብ ኮንስታንቲኖፕል ዝተረኽበ ናይ ምብራቓዊ ባይዛንታይን ጽሑፍ

1. እዚ ናይ ጽሑፍ ዓይነትዚ ኻብቶም 5,300 በኹሪ ናይ ኢድ ጽሑፋት ኣብቶም ልዕሊ 80% ይንጸባረቕ
2. በቶም ኣቦታት ቤተ ክርስትያን ኣንጾክያ ናይ ሶርያ፡ ካፓዶቅያነስ፡ ክሪሶስቶምን ተሮዶረትን ተጠቒሱ
3. ኣብ ወንጌላት ጥራይ ዘሎ ኮደክስ A
4. ንብምሉኡ ሓድሽ ኪዳን ዜገልግል ኮደክስ E (ሻሙናይ ክፍለ ዘመን)

መ. እቲ ራብዓይ ኪኸውን ዚኽእል ናይ ጽሑፍ ዓይነት ከኣ እቲ ኻብ ምድሪ ፍልስጤም ዝኾነ "ቂሳርያዊ" ኣጸሓሕፋ እዩ

1. ብቐንዱ ኣብ ወንጌል ማርቆስ ጥራይ እዩ ዚርአ
2. P[45]ን Wን ገለ ጭብጥታት ናይዚ ኣጸሓሕፋዚ እዮም

II. ምስቲ "መሰረታዊ ነቐፌታ" ወይ "ናይ ጥቕስታት ነቐፌታ" ዚብሃል ኣገባብ ዚዛመዱ ሽግራትን ክልሰ-ሓሳባትን ሓጺር መብርሂ።

ሀ. እቶም ፍልልያት ጽሑፋት ከመይ ኢሎም ከም ዘጋጠሙ

1. ብዘይምስትብሃል ወይ ብድንገት ዝኾኑ (እቶም ዝበዝሑ ናይ ፍልልይ ኣጋጣሚታት)

ሀ. ጽሑፋት ብኢድ ኣብ ዚቕድሑሉ ግዜ ብዘይምስትብሃል ካብ ክልተ ተመሳሰልቲ ቓላት ነቲ ኻልኣይ ኣብነት ጥራይ ብምውሳድ ነቶም ኣብ መንጎ ዘሎዉ ቓላት ምዝላል (ሆሞዮተለቶን)

1. ድርብ ፊደላት ንዘሎውዎ ቓላት ወይ ሓረግ ብምግዳፍ ዚግበር ዘይምስትብሃል (ሃፕሎግራፊ)
2. ንሓደ ሓረግ ወይ ንሓደ መስመር ናይ ግሪኽ ጥቕሲ ብምድጋም ዚግበር ዘይምስትብሃል (ዲቶግራፊ)

ለ. ካብ ናይ ቃል ንባብ ኣብ ዝተቐድሑ ጽሑፋት፡ ብግቡእ ካብ ዘይምስማዕ ዝተላዕለ ዚፍጸም ናይ ኣጸሓሕፋ ጌጋ (ኣይታሲዝም)። ብዙሕ ግዜ እቲ ጌጋ ኣጸሓሕፋ ንተመሳሳሊ ድምጺ ዘሎዎ ናይ ግሪኽ ቃል የመልክት።

ሐ. እቶም ቀዳሞት ናይ ግሪኽ ጽሑፋት፡ ናይ ምዕራፍ ይኹኑ ናይ ጥቕስታት ክፍልፋላት ኣይነበርዎምን፡ ስርዓተ ነጥቢ ብዚምልከት ከኣ ሒደት ወይ ፈጺሙ ኣይነበሮምን፡ ኣብ መንጎ ቓላት ከኣ ምምቕቓል ዚብሃል ኣይነበረን። ነቶም ፊደላት ኣብ በበይኖም ቦታታት ብምኽፋል በበይኖም ቃላት ምስራሕ ይከኣል እዩ።

2. ብዕላማ ኾነ ኢ.ልካ ዝተገብሩ

ሀ. ናይቲ ዝተቐድሐ ጥቕሲ ሰዋስዋዊ መልክዕ ንምምሕያሽ ለውጥታት ተገይሮም እዮም

ለ. ነቲ ጥቕሲ ምስ ካልኦት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት ንምስምማዕ (ናይ ተመሳሰልቲ ጥቕስታት ምስናይ) ለውጥታት ተኻይዶም እዮም

ሐ. ንኽልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ በበይኖም ንባባት ናብ ሓደ ነዊሕ ውሁድ ጥቕሲ ብምሕዋስ ለውጥታት ተገይሮም

መ. ኣብቲ ጥቕሲ ንዝተራእዩ ሽግራት ንምእራም ለውጥታት ተኻይዶም (1ቆሮ፡ 11፡ 27፥ 1ዮሃ፡ 5፡ 7 - 8)

ሠ. ናይቲ ጥቕሲ ታሪኻዊ መቓን (ሃዋህው) ወይ ግቡእ ኣተረጓጉማ ዚምልከት ገለ ተወሳኺ ሓበሬታ ብሓደ ጸሓፊ ኣብ ጎኒ ምስ ተዋህበ፡ ብኻልእ ጸሓፊ ኸኣ ኣብቲ ቐንዲ ጥቕሲ ይኣቱ (ዮሃ፡ 5፡ 4)

ለ. እቶም መሰረታውያን ሕጋጋት ናይ ጽሑፍ ነቐፌታ (ፍልልያት ኣብ ዚህልዉሉ፡ ናይቲ ጥቕሲ መበቆላዊ ኣጸሓሕፋ ንምውሳን ዜድልዩ መጎታውያን መምርሒታት)

1. እቲ ዝያዳ ጠገለ ዜብሉ ወይ ብዓይኒ ሰዋስው ዘይልሙድ ዚመስል ጥቕሲ ምናልባት እቲ መበቆላዊ ጥቕሲ እዩ

2. እቲ ዝሓጸረ ጥቕሲ ምናልባት እቲ መበቆላዊ እዩ

3. እቲ ጥንታዊ ጥቕሲ ዝያዳ ሚዛን ይወሃቦ፡ ምኽንያቱ፡ ካልኦት መምዘኒታት ኣብ ቦታኦም እንተሎዉ፡ ናብቲ መበቆላዊ ጥቕሲ ታሪኻዊ ቐርበት ስለ ዘሎዎ

4. እቶም ብጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ኻብ በበይኖም ቦታታት ዝኾኑ በኹሪ ናይ ኢድ ጽሑፋት ብዙሕ ሳዕ እቲ መበቆላዊ ጥቕሲ ኣሎዎም

5. ብዓይኒ ሰረተ እምነት (ዶክትሪን) ድኹማት ዚመስሉ ጥቕስታት፡ ብፍላይ እቶም ኣብ ግዜ ለውጥታት ናይ ኢድ ጽሑፋት ንዝተኻየዱ ዓበይቲ ስነ-መለኮታዊ ኽትዓት ዚምልከቱ ጥቕስታት ንኣብነት 1ዮሃ፡ 5፡ 7 - 8 ዝያዳ ይምረጹ።

6. እቲ ንመበቆል ናይቶም ካልኦት ልዉጣት ጥቕስታት ብዝበለጸ ዚገልጽ ጥቕሲ

7. ኣብቶም ኣሸገርቲ ፍልልያት ዘሎ ሚዛን ዜብርሁ ኽልተ ጥቕስታት

ሀ. ኣብታ ናይ ጀይ. ሃሮልድ ግሪንሊ *ኢንትሮዳክሽን ቱ ኒው ተስታመንት ቴክስችዋል ክሪትሲዝም* እትብል መጽሓፍ ገጽ 68

"ኣብ ዜካትዕ ጥቕሲ ዝተመርኮሰ ክርስትያናዊ ሰረት እምነት (ዶክትሪን) የልቦን፥ እቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ተመሃራይ ነቲ ተገዲሱሉ ዘሎ ጥቕሲ ኻብቲ ብድርኺት መንፈስ ቅዱስ ዝተጻሕፈ መበቆላዊ ጥቕሲ ንላዕሊ ዝያዳ ቕቡል ወይ ተሪር ሰረተ እምነት ኪኾነሉ ኸይደሊ ኺጥንቀቕ ይግባእ"

ለ. ደብሊው. ኤ. ክሪዝዌል ንግሬግ ጋሪሶን ዝተባህለ ኣዳላዊ *ዘ በርሚንግሃም ኒውስ* ንሱ (ክሪዝዌል) ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ነፍስወከፍ ቃል ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ እዩ ኢሉ ኸም ዘይኣምን ገሊጹሉ። "እንተ ወሓደ ነፍስ ወከፍ እቲ ብናይ መዋእላት ተርጎምቲ ንዘመናውያን ሰባት ዝተዋህበ ቓል።" ክሪዝዌል ከምዚ ኢሉ ይውስኽ፥

> "ኣነ ኣብ ናይ ጥቕሲ ነቐፌታዊ ገምጋም ኣዝየ እየ ዝኣምን። ስለዚ ኸኣ እቲ ዳሕረዋይ ፍርቂ ናይ ምዕራፍ 16 ናይ ወንጌል ማርቆስ ኑፋቐ (ትምህርቲ ሓሶት) እዩ እብል... ነቶም ናይ ቀደም ናይ ኢድ ጽሑፋት እንተ ኣወዳደርና፥ ከምቲ ኣብ ወንጌል ማርቆስ ዘሎ መደምደምታ ዚመስል የልቦን። ገለ ሰብ ዝወሰኾ እዩ..."

ናይቶም ኤስቢሲ ዚብሃሉ ዘይጋገዩ ጕጅለ መራሒ ዝኾነ ክሪዝዌል፥ ኣብቲ ናይ የሱስ ናይ ቤተ ሳይዳ ዛንታ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 5 ኣብ ማእከል እቶም ጽሑፋት ዝተወሰኸ ነገር ኣሎ ይብል። ነቶም ንርእሰ-ቕትለት ይሁዳ ዚምልከቱ ኽልተ በበይኖም ዛንታታት (ማቴዎስ 27ን ግብሪ ሃዋርያት 1ን) ድማ ይገልጾም፥ "እዚ ናይቲ ርእሰ-ቕትለት ዝተፈልየ ኣረኣእያ እዩ" ይብል ክሪዝዌል። "ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንተ ደኣ ኣሎ፥ ንዕኡ ዚኸውን መግለጺ ኣሎ። እቶም ክልተ ጸብጻባት ብዛዕባ ርእሰ-ቕትለት ይሁዳ ኸኣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣለዉ።" ክሪዝዌል ብተወሳኺ፥ "ናይ ጥቕሲ ነቐፌታዊ ገምጋም ርእሱ ዚኸኣል ግሩም ስነ-ፍልጠት እዩ። ግዜያዊ ኣይኮነን፥ ደረቕውን ኣይኮነን። ውዕዉዕን ቀንድን እዩ..."

III. ናይ ኢድ ጽሑፋት ሽግር (ናይ ጥቕስታት ነቐፌታዊ ገምጋም)

ሀ. ንዝያዳ ንባብ ዚኾኑ ምንጭታት

1. *ቢብሊካል ክሪትሲዝም፥ ሂስቶሪካል፤ ሊተረሪ ኣንድ ቴክስችዋል* ብኣር. ኤች. ሃሪሶን
2. *ዘ ቴክስት ኦቭ ዘ ኒው ተስታመንት፥ ኢትስ ትራንዝሚሽን፥ ኮራፕሽን ኣንድ ሪስቶሬሽን* ብብሩስ ኤም. ሜትዝገር
3. *ኢንትሮዳክሽን ቱ ኒው ተስታመንት ቴክስችዋል ክሪትሲዝም* ብጀይ. ኤች. ግሪንሊ

# ሳልሳይ ጥብቆ

## ኣብ ግዜ ሃዋርያት ዝነበረ ናይ መምህራን ኣይሁድ ኣተረጓጉማን ጽልዋኡ ኣብታ ናይ መጀመርያ ቤተ ክርስትያንን

I. ቅዱስ ጽሑፍ ብታሪኻውን ስነ-ጽሑፋውን ሃዋህው ኺልለ ኣሎዎ፡ ድሕሪኡ ኣብ ነፍስወከፍ ሓድሽ ኵነት የገልግል።

ሀ. ንመልእኽቲ ቕዱስ ጽሑፍ ኣብ ሓድሽ ኵነታት ምትርጓም ክሳዕ ክንደይ ከም ዘድሊ ዜርኢ ሓደ ኣብነት ኣብቲ ናይ ዓሰርተ ትእዛዛት ንእሽቶ ለውጢ ይርከብ።

1. ዘጸኣት 20 ንሰበኽ ሳግም ህዝቢ ብሙሴ ዝተጻሕፈ እዩ

2. ዘዳግም 5 ንሓደ ዓይነት ግሉጽ ሓቂ፡ ሙሴ ነቶም ኣብ ሓደ መሬት ዝሰፈሩ ህዝቢ ኪኸውን ዘወሃሃዶ እዩ

ለ. ኣብ 2ነገስት 22 ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ንጉስ ዮስያስ ናይ ዝተገብረ ምትዕርራይ ቤት መቕደስ ዛንታ ተዘርዚሩ ኣሎ። ሒልቅያ ናይ መጽሓፍ ሕጊ ቕዳሕ ረኺቡ፡ ሻፋን ድማ ንንጉስ ዮስያስ ኣንቢቡሉ። ንጉስ ዮስያስ ነቲ ንባብ ንኼስተውዕሎ ምትርጓም ኣድላዩ ኣይነበረን።

ሐ. ኣቐዲሙ ንዝተዋህበ ምግላጽ ምስ ሓድሽ ዘመንን ኵነታትን ናይ ምዝማድ ፈተነ ዜርኢ ኻልእ ኣብነት ኣብ ትንቢት ኤርምያስ ይርከብ። እቶም ኣብ ዘመን ኤርምያስ ዝነበሩ ነብያት ሓሶት ነቶም ንኢሳይያስ ዝተዋህቡ ተስፋታት እግዚኣብሄር (ኢሳይያስ 36) ቀንጢቦም ብምውሳድ፡ ነቶም በበይኖም ኵነታት ኣብ ግምት ከየእተዉ ነቲ ዘመኖም ኪጥቀሙሎም ፈቲኖም (ኤርምያስ 23 - 28 ኣስተብህል)።

መ. ግቡእ ናይ ኣተረጓጉማ ኣገባብ ከም ዜድሊ ዜርኢ ፍሉጥ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነት ኣብቲ እዝራ ንቕዱስ ጽሑፍ ካብ እብራይስጢ ናብ ኣራማይስጢ ብምግልባጥ ከምቲ ኣድላዩ ኾይኑ እተረድኦ ዝተርጎሞሉ ኣጋጣሚ ይርከብ (ነህ፡ 8፡ 8)።

ሠ. ካብዚ ናይ ብዓል እዝራ ናይ ድሕሪ ምርኮ ዘመን፡ ናይ ጸሓፍቲ ኣገልግሎት ማዕቢሉ። እዚ ኣገልግሎትዚ ኣብቲ ናይ ኣይሁድ ሕብረተሰብ ነቲ ማእከላይ ቦታ ናይ ካህናት ዝተክአ ይመስል። ሃይማኖታዊ ኣምልኾ ዘይኮነስ፡ እቲ ናይ ቤተ መቕደስ ኣስተምህሮ ቐንዲ ህይወት ኣይሁድ ኮይኑ። እቲ ጸሓፊ ነቶም ጥንታዎት ሕግታት ኣብቲ ሓድሽ ናይ ሚዶንን ፋርስን ህይወት ንምትርጓም ወሳኒ ነይሩ። ብዛንታ ኸም ዚብሃል፡ ነዚ ናይ ምትርጓም ዕላማዚ እዝራ "ዓብዪ ቤተ መቕደስ" ዚብሃል ወግዓዊ ጕጅለ ጸሓፍቲ ጀሚሩ (ናይ ኣስቦርን ዘይተሓትሙ ጽሑፋት፡ ገጽ 4)።

II. ናይ ምትርጓም ሕጋጋት መሰረታዊ ኣድላይነት

ሀ. ዝተጻሕፈ ናይ ሰብ ቋንቋ፡ ክሳዕ ክንደይ ጽቡቕ እዩ ብዘየገድስ፡ ዘይንጹር እዩ። ናይ ሰብ ርክብ። ብብዙሕ ሽግር እንተ ተሰምዐውን፡ ብዙሕ ግዜ ንምርድኡ ኣጸጋሚ እዩ። ሓድሽ ታሪኻዊ ኹነት እንተ ደኣ ኣሎ፡ ንቕዱስ ጽሑፋት ኣብቲ ሓድሽ ዘመን ናይ ምትርጓም ዕዮ ወሳኒ ይኸውን።

ለ. ምትርጓም ቅዱስ ጽሑፋት ናይቲ መበቆላዊ ጸሓፊ ትርጉምን ስዒቡ ዚመጽእ ተፈጻምነትን ንምርዳእ ኣብ ዝተጻሕፈ ጥቕሲ ሰብኣዊ ርትዒን ሰዋስዋዊ ሕግታትን ናይ ምጥቃም ፈተነ እዩ።

ሐ. ኣብ ውሽጢ ኣይሁድነት ነቲ ናይ ሃዋርያት ዘመን ዝጸለዉ ብዙሓት ፍሉያት ኣገባባት ማዕቢሎም ነይሮም።

1. ፐሻት፦ ናይቶም ኣብ ሓደ ጥቕሲ ዘሎዉ ቓላት ንጹር፡ ርዱእ ትርጉም
2. ረመዙ ኣብ ገለ መዳይ ናይ ጥቕሲ ዝተመርኮሰ ስእላዊ ትርጉም (ኣመት)
3. ደራሽ፦ ምንጽጻር ወይ መብርሂ ብምጥቃም ዚግበር ምሳሌኣዊ ትርጉም (ስብከታዊ)
4. ሶድ፦ ኣብ ሕቡእ ፍልጠት ዝተመርኮሱ ስዉራት ትርጉማት (ካባላ)

III. ኣመዓባብላ ናይ መምህራን ኣይሁድ ኣተረጓጕማ

ሀ. ናይ ባቢሎንያን ፍልስጤምን ኣይሁድ ነቶም ጥንታዎት ቅዱሳት ጽሑፋት፡ ብፍላይ ከኣ ቶራ፡ ናብቲ ዘመኖም ንምትርጓም ምስ ሓደ ውሁድ ስርዓት ኣተረጓጕማ ይቃለሱ ነይሮም። እዚ ብቐንዱ ብኽልተ መገድታት እዩ ተኻይዱ።

1. ቶራ ብኽልተ መዳያት ይትርጎም ነይሩ።

   ሀ. ፐሻት ዚብሃል ቃል ንቓል ናይ ምትርጓም ኣገባብ

   ለ. ሚድራሽ ዚብሃል ብበበይኖም ናይ ኣተረጓጕማ ኣገባባት ናይቶም ጥንታዎት ጥቕስታት ኣጠቓቕማ ናይ ምስፋሕ ፈተነ

2. ኣብ ርእሲ እቲ ጽሑፍ ሕጊ (ቶራ)፡ ናይ ቃል (ኣፍኣዊ) ያታ ዚብሃል ተወሰኽቲ ትሕዝቶታት ዜመልክት ኣገባብ ተኣታትዩ። ኣብ ከረን ሲና ብቓል ንሙሴ ዝተዋህበ ተባሂሉ ይእመን ነይሩ (ሚሽዋ ኣቦት 1.1)። ዋላኳ እንተ ዘይተወድአ፡ ኣብቶም ናይ ባቢሎንያን ፍልስጤምን ሕግን ኣስተምህሮታትን ስርዓት ኮይኑ ተጻሒፉ ነይሩ። እቲ ስነ-ጽሑፍዚ ነቲ መጽሓፍ ሕጊ (ቶራ) ኣብ ዕለታዊ ህይወት ንምእታው ዝተገብረ ፈተነ እዩ። እዚ ንስልጣናት ብምምሕጻን፡ ኣብ በበይኖም ናይ ኣተረጓጕማን ኣጠቓቕማን ሕቶታት ንምርኡያት መምህራን ሕጊ ብምጥቃስ እዩ ተኻይዱ።

ለ. እቶም ጽምድታት

1. ኣብ ኣተረጓጕማ በበይኖም ርእይቶታት ዝሓዙ ናይ መምህራን ሕጊ ጕጅለታት ማዕቢሎም (ሻማይ፡ እቶም ዓቃባውያንን ሂለል፡ እቶም ገስገስትን)። እዞም ጽምድታት እዚኣቶም ኣብቲ ትርጕም ናይ መጽሓፍ ሕጊ (ቶራ) ንምብጻሕ ናይ ዘተ መገዲ ዚኽተሉ እዮም ነይሮም (ጊልበርት፡ ገጽ 7)። እዞም ጽምድታት ነቲ ጥቕሲ ኻብ ኣንጻራዊ ማእዝናት እዮም ዚጥምትዎ ነይሮም። ብዙሕ ግዜ፡ እቶም ሓደ ጕጅለ በቲ ግሉጽ ዝኾነ ትርጕም ይግደሱ፡ እቶም ሓደ ኸኣ በቲ ኺወጾ ዚኽእል ስብከታዊ መልእኽቲ (መነጻጸርን መብርህን) ይግደሱ ነይሮም።

2. እዞም ጽምድታት ነቲ መጽሓፍ ሕጊ (ቶራ) ንምትርጓም ሚድራሻዊ ዝኾነ ኣቀራርባ ዘሎዎም መምርሒታት ኣማዕቢሎም (ሃላኪክ ጥቕስታት)። እዞም ሰባት እዚኣቶም ጕዳዮም ምስቲ ቓል እግዚኣብሄር እዩ ነይሩ። ግናኸ ብዙሕ ሳዕ ኣብ ነፍስ ወከፍ

ጥቕሲ እቲ ሕቡእ ትርጉም (ሶድ) ንምርካብ ይኀዩ ነይሮም። እዚ ነቶም ጥንታዎት ጥቕስታት ናብ ዘመኖም ንኺጥቀሙሎምን መጽሓፍ ቅዱስ ንዘይተዛረበሎም ሕቶታትውን ንኺምልሱን ኣኽኢልዎም።

3. ናይ መምህራን ሕጊ ኣተረጓጕማ ሰለስተ ኣውራ ምኽንያታት ነይርዎም።

   ሀ. ንመጽሓፍ ሕጊ (ቶራ) ኣብ ዕለታዊ ህይወት ምሽራፍ

   ለ. ንሰብ ካብ ቁጥዓ ኣምላኽ ምሕላው (ዘዳግም 27- 28)

   ሐ. ሓድሽ መዋእል ከም ዚመጽእ ምግባር

ሐ. ገለ ቐዳሞት ኣገባባት

1. እቶም ካብ እብራይስጢ ዝተተርጎሙ ታርጋመስ ዚብሃሉ ናይ ኣራማይስጢ ትርጕማት (ጊልበርት፡ ገጽ 16 - 17፥ ኦዝቦርን፡ ገጽ 5፥ ፓት፡ ገጽ 55 - 58)፡

   ሀ. እቶም ግሁዳት መምርሒታት ትርጕም እዞም ዚስዕቡ እዮም ነይሮም

      1. ንዘይብሩሃት ነገራት ንምብራህ

      2. ዝጻረሩ ነገራት ንምስናይ

      3. ኪኾኑ ንዚእኽሉ ትንቢታት ንምልላይ

      4. ሰብኣዊ ባህርያት ንእግዚኣብሄር ካብ ምሃብ ንምቑጣብ

   ለ. እቶም ብሩሃት ሕጋጋት ትርጕም (ፓት፡ ገጽ 65- 81) እዞም ዚስዕቡ እዮም ነይሮም

      1. ኣብ ጥቕሲ ዘሎ ነፍስ ወከፍ ኣካል ንትርጕም ኣገዳሲ እዩ (ቍጽሪ፡ በበይኖም ኣጸሓሕፋ ፊደላት፡ ወዘተ)

      2. ሓደ ዘይዛመድ ጥቕሲ ኻልእ ጥቕሲ ንምግላጽ የገልግል

      3. ታሪኽ ብመስርዕ ግዜ ኣይኮነን ዚቕርብ፡ ኣብ ሒደት ዓበይቲ ፍጻሜታት እዩ ዚጥርነፍ (ጻውዒት ኣብርሃም፡ ጸኣት እስራኤላውያን፡ ድንኳን ምርኻብ/ ቤተ መቕደስ፡ ስደት፡ ሓድሽ ዘመን)። እዚ ነቲ ታሪኻዊ ኽፋል ናይቲ ዚትርጎም ጥቕሲ ይኣልዮ።

      4. ኣተኩሮ ኣብ ስነ-መለኮታዊ ሓቂ ኣይኮነን፡ ኣብ ግብራዊ፡ ህሉው ጥቕሚ ናይ ነፍስ ወከፍ ኣካል እቲ ጥቕሲ እዩ።

2. እቶም ኣብ ግዜ የሱስ፡ ናይ ሃብታማትን ካህናትን ጕጅለ ዝነበሩ ሰዱቃውያን፡ ነቲ ንፈሪሳውያን ብዙሕ ኣገዳስነት ዝነበሮ ናይ ቃል (ኣፍኣዊ) ያታ ይነጽግዎ ነይሮም። ነቶም ድሕሪ ሞት ንዘሎ ህይወት ዚምልከቱ መንፈሳዊ ግዝኣትን ኣተሓሳስባንውን ይነጽግዎም ነይሮም። እዞም ጕጅለ ኣብቲ ብ70 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ብውድቀት የሩሳሌም ዘኽተመ ናይ ኣይሁድ ምልዕዓል ጠፊኦም እዮም። እቶም መሰረታውያን እምነቶም እዞም ዚስዕቡ እዮም ነይሮም (ፓት፡ ገጽ 125 - 128)፡

   ሀ. ቃል ኣምላኽ ብዓይኒ ናይ ኪዳን ተስፋታትን መርገምን እዩ ኺስትውዓል ዘሎዎ (ዘዳግም 27- 28)።

ለ. ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ቅዱስ ጽሑፍ ኣብ መጽሓፍ ሕጊ (ካብ ዘፍጥረት ክሳብ ዘዳግም) ኣብቂዑ እዩ።

ሐ. ንሰዱቃውያን ምትርጓም ቅዱሳት ጽሑፋት ብዓይኒ ግብርን ውጽኢትን እዩ ዚርእ ነይሩ። በረኸት እግዚኣብሄር ብኸመይ ከም ዚርከብን መለኮታዊ መቕጻዕቲ ብኸመይ ከም ዚውገድን ኪፈልጡ ይደልዩ ነይሮም።

መ. ንህይወቶም ኣብ ስጋውን ቅዱስን ዚብሃሉ ኽልተ ኽፋላት ዝመቐልዎ ይመስሉ። እቲ ናይ ጽሑፋት ኣተረጓጕማኦም ነቲ ሃይማኖታዊ ህይወቶም ጥራይ ዚጸሉ እዩ ነይሩ።

ሠ. እዚ ኣተኩሮ ኣብ ኪዳን ብፍሉይ ኣብቲ ናይቶም ኤሲን ዚብሃሉ ሃይማኖታውያን ተነጸልቲ ማዕቢሉ። እዚ ድማ በቲ ንሳቶም "መምህር ጽድቂ" ዚብልዎ ሰብ እዩ ነይሩ።

3. ናይ ኤሲናት ወይ ናይ ኩምራን ኣገባብ ኣተረጓጕማ ጽሑፋት

ሀ. እዚ ንኹሉ ትንቢት ኣብቲ ህሉው ኩነታት (ፐሸር) ዘመናዊ ምግባር እዩ ዜጠቓልል። እዚ ድማ ነቶም ኣብ ግዜኦም መምዘኒታት ዚሕግጉ ዝነበሩ ናይ ኣይሁድ ትካላት ንምምካት እዩ ነይሩ። ንርእሶም ነቲ ሓድሽ መዋእል ዚዳለዉ ናይ መወዳእታ ዘመን ሕሩያት ማሕበረሰብ ገይሮም ይርእዩ ነበሩ።

ለ. ናይ ኣተረጓጕማ ሕግታቶም እዞም ዚስዕቡ እዮም ነይሮም (ብሮውንሊ፣ ገጽ 60 - 62)፡

1. ዝኾነ ይኹን እቶም ጥንታውያን ነብያት ዝጸሓፍዎ ብመንጽር ናይ መወዳእታ ዘመን መጽናዕቲ ነዚ ናይ ኤሲን ማሕበረሰብ ዚትንክፍ መልእኽቲ ነይርዎ
2. እቶም ናይ ጥንቲ ነብያት ስዉር መልእኽቲ ይጽሑ ስለ ዝነበሩ፣ ትርጕም መልእኽቶም ብፍሉይ ዚመጽእ መምህር እዩ ኺረጋገጽ
3. ናይቲ ጥንታዊ ነብዩ ትርጕም ኣብቶም በበይኖም ቅዳሓት ጽሑፉ ኺርከቡ ይኽእሉ (ናይ ጽሑፍ ወይ ኣሰኻኽዓ ፊደላት ዘይስሩዕነት)
4. ናይ ጥቕስታት ፍልልያት ኣብ ምትርጓም ዚሕግዙ ኣንፈታት እዮም ነይሮም
5. ኣብቶም ኣብ ካልእ ጥቕሲ ዘሎዉ ተመሳሳሊ ኹነታት ብምምርኳስ ንጥቕሲ ኣብ ህይወት ምትርጓም ይከኣል
6. ብምሳሌኣዊ ዛንታ ንጥቕሲ ኣብ ህይወት ምትርጓም ይከኣል
7. ናይ ጥንታዊ ነብዩ ትርጕም ብብዙሕ መግለጺታት ወይ ብዙሕ ኣመዓባብላ ቓላት ኪጹሞቕ ይከኣል
8. እንተሓንሳእ እቲ ናይ ሓቂ ትርጕም ኣዝዩ ስዉር ስለ ዝኾነ፣ ካብ ተመሳሳሊ ቓል ዝተረኸበ ትርጕም ጥራይ እዩ ኺጠቅም ዚኽእል
9. እንተሓንሳእ እቲ ሓቀኛ ትርጕም ነቶም ኣብ ናይ እብራይስጢ ቓል ዘሎዉ ተደመጽቲ (ኮንሶናንት) ከም ብሓድሽ ብምስራዕ ይርከብ

10. እንሓንሳእ እቲ ሓቀኛ ትርጉም ተመሳሰልቲ ፊደላት ኣብ ናይ እብራይስጢ ቓል ብምትካእ ይርከብ

11. እንሓንሳእ እቲ ሓቀኛ ትርጉም ንቓላት ኣብ ክፋላት ብምምቃልን ንትርጉም ናይቶም ክፋላት ብምትርጓምን ይርከብ

12. እንሓንሳእ እቶም ነብያት ኣሕጽሮተ ቓል ስለ ዚጥቀሙ እቲ መልእኽቲ ይኽወል፡ ስለዚ ኻልኦት ኣሕጽሮተ ቓላት ጥራይ እዮም ነቲ ትርጉም ኪቐልዕዎ ዚኽእሉ።

13. ብዙሕ ሳዕ ካልኦት ንባባት ቅዱስ ጽሑፍ ነቲ ዚዝረበሉ ዘሎ ንባብ ንምብራህ የገልግሉ ነይሮም

4. ንውሱናት ናይ ኣተረጓጉማ መምርሒታት ንመጀመርያ ግዜ ዝጠርነፈ ሰብ ሂለል እዩ። ንሱ ኣብ ባቢሎንያ ዝነበረ ሽማግለ እዩ (30 ቕድሚ ልደት ክርስቶስ - 9 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ)። ሂለል ካብቲ መጻምድቱ ዝነበረ መምህር ሕጊ ዝያዳ ናጻ (ክፉት) ኣተረጓጉማ ዜዘውትር እዩ ነይሩ። እቲ ኻልኣዩ ሻማይ እዩ (ሎንግኔከር፡ ገጽ 6)። ብመሰረቱ ናይ ሂለል እቲ ውሩይ መምርሒኡ ሓደ ጥቕሲ ተጠቒምካ ንኻልእ ጥቕሲ ምትርጓም እዩ ነይሩ (ስትራክ፡ ገጽ 94)።

ሀ. እቶም መምርሒታት ኣብ ኣቦት፡ ደ ራቢ ናታን 37ን ከምኡውን ኣብ ቶሰፍታ ሳንሄድሪን ምዕራፍ 7 (ታልሙድ) ይርከቡ፡

1. “ፈዠስን ከቢድን”- እዚ ብመሰረቱ ነቲ ዝነኣሰ ሓቂ ብምጥቃም ሓፈሻዊ መምርሒ ንምሃብ እዩ

2. ብተመሳሳልነት ዚርከብ ጽልዋ- እዚ ንትርጓሜታት ክልተ ንባባት ንምልፋን ምእንቲ ኺከኣል፡ ተመሳሳሊ ሓረጋት ወይ ቃላት ናይ ምጥቃም ድሌት እዩ

3. ናይ ብዙሓት ጥቕስታት ትርጓሜ ኣብ ሓደ ኣውራ ጥቕሲ ኸም ዚምርኮስ ምግባር

4. ናይ ብዙሓት ጥቕስታት ትርጓሜ ኣብ ክልተ ኣውራ ጥቕስታት ከም ዚምርኮስ ምግባር

5. ካብ ሓፈሻዊ መምርሒ ናብ ውሱን ኣብነት ምውራድ ወይ ከኣ ብኣንጻሩ

6. ንትርጓሜ ናይ ክልተ ተጻረርቲ ወይ ዘይንጹራት ዚመስሉ ጽሑፋት ሳልሳይ ንባብ ምጥቃም

7. ሓደ ነጸላ ጥቕሲ ንምትርጓም ነቲ ሓፈሻዊ ሃዋህው ምጥቃም

ለ. እዚ ቕጽበታዊ ናይ ጽሑፋት ኣቀራርባ ብእስማኤልን ራሺን ማዕቢሉ (ፋራር፡ ገጽ 67)።

5. ፊሎ እቲ ቐዳማይ ንጽሑፋት ብስእላዊ መገዲ ምትርጓም ዝጀመረ ኣይሁዳዊ እዩ (እዚ ማለት ኣብ ዳሕራይ እዋናት ካብቶም ንናይ ፕሌቶን ካልኦት ግሪኻውያንን ሓሳባት ምስ ምብራቓዊ ሃይማኖታት ዘወሃሃዱ፡ 20 ቕድሚ ልደት ክርስቶስ - 54 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ?)

ሀ. ፊሎ በዓል እስክንድርያ (ግብጺ) ዝነበረ ኣይሁዳዊ ፍላስፋ እዩ። ኣሪስቶቡለስ ብዝተባህለ ኣቐዲሙ ንጽሑፋት ብስእላዊ ወይ ምሳሌኣዊ መገዲ ዚትርጉም ዝነበረ ሰብ ዝተጸልወ ነበረ። ፊሎ ንሕጊ ሙሴ ኣብቲ ናይ ፍልስፍና ህይወቱ ኸም ዜገልግል ንምግባር ምስላን ዛንታን ዘሎዎ ዘይታሪኻዊ ኣተረጓጉማ ኺጥቀም ፈቲኑ። እዚ ድማ ኣብቲ ናይ ብዓል ፕሌቶ፡ ስቶይክን ካልኦት ግሪኻውያንን ሓሳባትን ናይ ምብራኽ ሃይማኖታትን ተመርኲሱ እዩ ገይርዎ (ግራንት፡ ገጽ 52፥ ፋራር፡ ገጽ 22)።

ለ. ፊሎ ኣብ ውሽጢ ሃይማኖት ኣይሁድነት ሶዶ ወይ ከኣ ሕቡእ ትርጉም ጽሑፍ ዚብሃል ኣቐዲሙ ዝጀመረ ናይ ኣተረጓጉማ ኣገባብ ጸኒሕዎ። እዚ ኣገባብዚ ኣብ ማሕበረሰብ ኤሲንውን ይርአ እዩ። ነዞም ዚስዕቡ የጠቓልል

1. ናይ ቃላት ትርጉም ወይ ዘይንጹርነት ብውርጹጽ መገዲ ምጥቃም

2. ገማትርያ ወይ ብናይ ቍጽርታት ስዉር ትርጉማት ዚግደስ ዓውዲ ፍልጠት

3. ተመሳሳልነት

ሐ. እቶም ናይ ፊሎ ሕጋጋት ካብቲ "ኮድ ድዮስ ኤሙታቢሊስ፡ IIን ደ ሶምኒስን 1፡ 40፡ (ፋራር፡ ገጽ 22- 23፡ 149- 151፡ ሚክልሰን፡ ገጽ 29)፡ ዚብል ጽሑፉ ዝተጸምቁ እዮም፡

1. ሓደ መግለጺ ንእግዚኣብሄር ዘይበቕዕ እንተ ደኣ ኮይኑ ብምሳሌ ምግላጽ

2. ናይ ምግርጫው ተኽእሎ እንተ ደኣ ኣሎ ብምሳሌ ምግላጽ

3. እቲ ምሳሌኣዊ ኣዘራርባ ኣዝዩ ንጹር እንተ ደኣ ኮይኑ ብኻልእ ምሳሌ ምግላጽ

4. ሓደ መግለጺ ወይ ቃል እንተ ደኣ ድርብ ኮይኑ ምሳሌ ምጥቃም

5. ኣብቲ ምሉእ-ሓሳብ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ዝተደጋገመ ቓል እንተሎ ብምሳሌ ምጥቃም

6. ናይ ፍሉጣት ሓቅታት ምድግጋም እንተ ደኣ ተራእዩ፡ ምሳሌ ምጥቃም

7. ሓደ መግለጺ ፍልልያት እንተ ደኣ ኣሎውዎ፡ ብምሳሌ ምጥቃም

8. ተመሳሳሊ ቓል እንተ ደኣ ኣሎ፡ ብምሳሌ ምጥቃም

9. ናይ ቃላት ውርጹጽ ኣጠቓቕማ እንተ ደኣ ኣጋጢሙ፡ ብምሳሌ ምጥቃም

10. ናይ ቃል ኣጸሓሕፋ ቑሩብ እንተ ደኣ ተቐይሩ፡ ምሳሌ ምጥቃም

11. ኣብቲ ጸታ፤ ቍጽሪ ወይውን ናይ ሰዋስው ግዜ ዘይልሙድ ነገር እንተ ደኣ ኣሎ፡ ብምሳሌ ምጥቃም

6. ካብ ሲፍራ ዝተረኽቡ ናይ ራቢ እስማኤል (60 - 121 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ) ዓሰርተው ሰለስተ ፍሉጣት መምርሒታት፡ መእተዊ፡

ሀ. ናይቶም ሸውዓተ ናይ ሂለል መምርሒታት መቐጸልታ እዩ። እስማኤል በዚ ዚስዕብ ኣበሃህላኡ እዩ ዚፍለጥ፡ "ቅዱሳት ጽሑፋት ልሙድ ናይ ሰብ ቋንቋ እዮም ዚጥቀሙ" በራካት 31ለ

ለ. እቶም መምርሒታት እዞም ዚስዕቡ እዮም፡

1. ካብ ንእሽቶ መበገሲ መደምደምታ ብምውሳድ ናብ ዓቢ መበገሲ ምጥቃም ይከኣል ወይ ከኣ ብኣንጻሩ
2. ካብ ተመሳሳልነት ናይቶም ኣብ በበይኖም ንባባት ዚርከቡ ቓላት ወይ ሓረጋት መደምደምታ ኺውሰድ ይከኣል እዩ
3. ኣብ ሓደ ጽሑፍ ዝተረኽበ ሓፈሻዊ ሓቂ ኣብ ኵሎም ካልኦት ጽሑፋት ኪውዕል ይኽእል እዩ
4. ፍሉይ ሓሳብ ድሕሪ ሓፈሻዊ ሓሳብ ኪስዕብ እንከሎ፡ እቲ ፍሉይ ዝኾነ ኣብ ግብሪ ይውዕል
5. ድሕሪ ፍሉይ ሓሳብ ሓደ ሓፈሻዊ ሓሳብ እንተ ደኣ ኣሎ፡ ኵሉ ኣብቲ ሓፈሻዊ ሓሳብ ዝተኣመተ ዘበለ ኣብ ተግባር ይውዕል
6. መጀመርያ ሓፈሻዊ ሓሳብ፡ ስዒቡ ፍሉይ ሓሳብ፡ ድሕሪኡ ድማ ሓፈሻዊ ሓሳብ እንተ ተሰሪዩም፡ ዜንብብ ሰብ በቲ ናይቲ ፍሉይ ሓሳብ ኣመት ኪኸይድ ኣሎዎ።
7. ሓደ ሓፈሻዊ ሓሳብ ምእንቲ ንጹርነት ፍሉይ ሓሳብ እንተ ደኣ ኣድልይዎ ወይ ከኣ ብኣንጻሩ፡ እቶም ኣብ ላዕሊ ኣብ ቍጽርታት 4ን 5ን ዘሎዉ መምርሒታት ኣይሰርሑን እዮም
8. መጀመርያ ኣብ ሓፈሻዊ ሓሳብ ዝተኣመተን ድሕሪኡ ሓድሽ ነገር ንኼፍልጠና ብፍሉይ ዝቐረበን ዘበለ ሓሳብ፡ ብንጹር ይግለጽ። እዚ ምእንቲ እቲ ሓድሽ ነገር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብዛዕባቶም ኵላቶም ኣብቲ ሓፈሻዊ ሓሳብ ዝተኣመቱ ነጥብታት ተወሳኺ ነገር ንምስትምሃር እዩ።
9. ኣብ ሓፈሻዊ ሕጊ መጀመርያ ዝተኣመተን ዳሕራይ ምስቲ ሓፈሻዊ ሕጊ ዚመሳሰል ካልእ ኵነት ንምውሳኽ ብፍሉይ ዝቐረበን ዘበለ ሕጊ፡ ነቲ ኾነት ዝያዳ ጽንኩር ንምግባር ዘይኮነስ ንምፍኳሱ ንጹር ይኸውን
10. ኣብ ሓፈሻዊ ሕጊ መጀመርያ ዝተኣመተን ዳሕራይ ምስቲ ሓፈሻዊ ሕጊ ዘይመሳሰል ካልእ ኵነት ንምውሳኽ ብፍሉይ ዝቐረበን ዘበለ ሕጊ፡ ኣብ ገለ መዳያት ነቲ ፍሉይ ኵነት ንምፍኳስ ኣብ ካልእ መዳያት ከኣ ነቲ ፍሉይ ኵነት ዝያዳ ጽንኩር ንምግባር ንጹር ይኸውን
11. መጀመርያ ኣብ ሓፈሻዊ ሕጊ ንዝተኣመተ ዳሕራይ ከኣ ሓድሽ ጕዳይ ንምውሳን ብፍሉይ ዝተጠቕሰ ዘበለ፡ እቶም ናይ ሓፈሻዊ ሕጊ ጠለባት ኣይምልከትዎን እዮም፡ እዚ ግን መጽሓፍ ቅዱስ እቶም ጠለባት ከም ዚምልከትዎ ብንጹር እንተ ዘይኣዊጁ እዩ።
12. ኣጠራጣሪ ቓል ወይ ንባብ ካብቲ ናይ ጽሑፍ ሃዋህው ወይከኣ ካብቲ ቐጺሉ ዘሎ መግለጺ እዩ ዚበርህ
13. ክልተ ንባባት መጽሓፍ ቅዱስ ንሓድሕዶም እንተ ደኣ ተጻሪሮም፡ ብሳልሳይ ንባብ ጥራይ እዮም ኪሳነዩ ዚኽእሉ (ጀኮብስ ገጽ 367- 369)

7. ራቢ ኤሊኤዘር ቤን ዮስ ሃ-ገሊሊ (130- 160 ድሕሪ ልደት ክርስቶስ)

ሀ. ከምቲ ናይ ራቢ እስማኤል ሕጋጋት ንመጻሕፍቲ ኦሪት (ቶራ) ዘገልገለ፡ ናይ ራቢ ኤሊኤዘር ሕጋጋት ከአ ነቶም ካልኦት ክፍልታት ብሉይ ኪዳን (ጽሑፋት ሃጋዳ) የገልግል ነበረ።

ለ. እዞም ሕጋጋት እዚኣቶም ዝያዳ ብመልክዕ ስብከት፡ ዛንታታትን ያታዊ እምነትን እዮም። መጀመርያ ብኣቡልዋሊድ ኢብን ጎራ እዮም ተጠቂሶም። ዳሕራይ ብሲምሶን ብዓል ሺኖን ኣብ ሰፊር ከሪቱት ተጠቓሊሎም።

ሐ. እቶም ሰላሳን ክልተን ሕጋጋት እዞም ዚስዕቡ እዮም (ስታርክ ገጽ 96 - 98)፡

1. 'ኣፍ፤ ጋም፤ ኤት ዚብሃሉ ናይ ጽሑፍ ንጥረ (ንኡሳት) ክፋላት ጥርናፈ የመልክቱ

2. "ኣክ፤ ራክ፤ ሚን ዚብሃሉ ንኡሳት ክፋላት ደረት፡ ክልከላ ወይ ቅነሳ ይሕብሩ

3. ካብዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቂሶም ዘሎዉ ንጥረ ኽፋላት ጽሑፍ እንተ ደኣ ተላጊቦም፡ ድምር ይፈጥሩ

4. እንተ ደኣ ክልተ ደረትቲ ወይ ከልከልቲ ንጥረ ኽፋላት ብሓባር ተጸንቢሮም፡ ሓይሊ ይውስኹ

5. ካብ ንኡስ ናብ ዓብዪ ወይ ብኣንጻሩ ዚግበር ርኡይ መደምደምታ (ናይ ሂለል ሕጊ ቑጽሪ 1)

6. ከምዚ ዓይነት መደምደምታ ኽም ሓሳብ ጥራይ እንተ ደኣ ቀሪቡ

7. ልክዕ ከም ሕጊ ሂለል ቍጽሪ 2

8. ልክዕ ከም ሕጊ ሂለል ቍጽሪ 3

9. ብኣሕጽሮተ ቓል ወይ ግድፈት ቃላት ዚግበር ኣገላልጻ ናይቶም ዝተገድፉ ቓላት ምውሳኽ የድልዮ

10. ምድግጋም ሓደ ሓሳብ ንምጕላሕ የገልግል

11. ብሶፍ ፓሱክ ወይ ብመስተጻምር ዝተቖረጸ ሃውህው ጽሑፍ ምስ ካልእ ጽሑፍ ኪሕወስ ይኽእል

12. ሓደ ነገር ንምውድዳር ይጥቀስ፡ ኣብዚ ኣገባብዚ ብዛዕባቲ ነገር ሓድሽ ብርሃን ይርከብ (ልክዕ ከም ሕጊ ሂለል ቍጽሪ 7)

13. ብድሕሪ ሓደ ሓፈሻዊ ምሉእ-ሓሳብ ሓደ ተግባር እንተ ደኣ ስዒቡ፡ እዚ ናይቲ ኣቐዲሙ ዝተጻሕፈ ዝርዝር እዩ (ሕጊ ሂለል ቍጽሪ 5)

14. ዝያዳ ንጹር ዝኾነ መረዳእታ ብቐሊሉ ምእንቲ ኺርከብ፡ ሓደ ኣገዳሲ ነገር ምስ ሓደ ተራ ነገር ይወዳደር (እዚ ንሓላቃ ኣይምልከትን እዩ። ሓላቃ ኣፍኣዊ ሕጊ ኣይሁድ እዩ)

15. ልክዕ ከም ናይ እስማኤል ቍጽሪ 13

16. ንሓደ መግለጺ ብተገዳስነት ምጥቃም

17. ኣብቲ ቐንዲ ንባብ ብንጹር ዘይበርሄ ኹነታት ኣብ ካልእ ንባብ ይጥቀስ፡ ብፍላይ ንሓደ ናይ መጽሓፍ ሕጊ ንባብ ካብ መጽሓፍ ሕጊ ወጻኢ ኻብ ዝኾነ ንባብ ንምርዳእ ዕላማ እንተ ኣሎ (ዘፍ፡ 2፡ 8 ብህዝ፡ 28፡ 13 መመላእታ ይረኽብ)

18. ዋላውን ንኹሉ ዚምልከት እንክሎ፡ ናይ ሓደ ዓይነት ፍጻመታት ንጹር ህላወ ምስ ዚጥቀስ

19. ንሓደ በዓል ቤት ዚምልከት መግለጺ ኪቐርብ እንክሎ፡ ግናኸ እዚ መግለጺዚ ንኻልእ በዓል ቤትውን ኪሰርሕ ዚኽእል ምሉእ ሓሳብ እዩ

20. ሓደ መግለጺ ምስቲ ዚርከበሉ ንባብ ዘይሰማማዕ ምስ ዚኸውን፡ ግናኸ ምስ ካልእ ንባብ ዚሳነ ስለዝኾነ ነቲ ንባብቲ ኺዝውተር እንክሎ

21. ሓደ ነገር ምስ ክልተ ነገራት ኪወዳደር እንክሎ እሞ እቶም ጽቡቓት ባህርያት እቶም ክልተ ነገራት ጥራይ ኪወሃብዎ እንክሎዉ

22. ሓደ ብተመሳሳሊ መግለጺ ኺምላእ ዘሎዎ መግለጺ

23. ሓደ መግለጺ ንሓደ ተመሳሳሊ መግለጺ መመላእታ ኾይኑ ኼገልግል እንክሎ

24. እዚ ናይ መግለጺታት ዘተ ንትርጓሜ ሃጋዳ ጥራይ እዩ ዜገልግል

25. ካብ ናይ እስማኤል መምርሒ ቕጽሪ 8 ዝተመሓየሸ

26. ዛንታ ምጥቃም

27. ተዛማዲ ኣገዳሲ ቕጽሪ

28. ውስጡ-ዘ ማለት ሓደ ቓል ብነንበይኖም ትርጕማት ኬገልግል እንክሎ ወይ ከኣ ተመሳሳሊ ኣደማምጻ ዘሎዎም ቃላት ኣንጻራዊ ሓይሊ ምእንቲ ኺፈጥሩ ብመንጽር ኪስለፉ እንክሎዉ

29. ንቓላት ናይ ቍጽሪ ዋጋ ብምስላዕ ዚግበር ትርጓሜ ጽሑፋት

    ሀ. ናይ ፊደላት ክብሪ ብቕጽሪ ብምጽብጻብ

    ለ. ምስጢራዊ ፊደል ወይ ከኣ ንፊደላት ኣብ ክንዲ ኻልኦት ፊደላት ብምትካእ

30. ንሓደ ቓል ኣብ ክልተ ወይ ካብኡ ዚበዝሑ ንኣሽቱ ቓላት ምምቃል፡ እቶም ነጸላ ፊደላት ነቶም ብእኣቶም ዚጅምሩ ቓላት ኪውክሉ መብርሂ ምሃብ

31. ነቲ ኣብ ካልኣይ ተርታ ዝተጻሕፈ ዘበለ ዚቕድም ነገር

32. ብዙሓት ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ካብቶም ቅድሚኦም ዘሎዉ ንላዕሊ ንዝደሓረ ዘመን ዚምልከቱ እዮም ወይ ከኣ ብኣንጻሩ እቶም ክፍልታት ካብቶም ድሕሪኦም ዘሎዉ ንዝቐደመ ዘመን ይምልከቱ

IV. ናይቶም ናይ መምህራን ሕጊ ኣገባባት ግምገማ

ሀ. ሓያላት ጎድንታት

1. ንትርጓሜ ሓደ መልክዕ ንምሃብ ይፍትኑ
2. ኣብቲ ጽሑፍ ኬተኩሩ ይፍትኑ
3. ሓደ ቅዱስ ጽሑፍ ንኻልእ ቅዱስ ጽሑፍ ንኺትርጉሞ ኺፈቕዱ ይፍትኑ
4. ንሃዋህው ጽሑፍ ብውሱን መጠን ምጥቃም ከም ናይ ትርጓሜ መሳርሒ የግብርዎ

ለ. ኣበራት

1. ገለ ርትዓውያንን ጥዑያትን መምርሒታት ኣሎውዎም፡ ግናኸ ነዞም መምርሒታት ካብ መጠን ንላዕሊ ይመጥዎም
2. ኣብቲ ዝተዋህበ ጽሑፍ የተኩሩ እዮም፡ ግናኸ ኣብቲ እቲ ናይ መጀመርያ ደራሲ ዝሃቦ ንጹር ትርጉም ኣየተኩሩን እዮም
3. ናይቲ ንባብ ታሪኻዊ ኣተሃናንጻ ምሉእ ብምሉእ ዕሽሽ ይብልዎ (ጊልበርት ገጽ 14)
4. ብዙሕ ሳዕ ነቲ ቐንዲ ሓቂ ናይ ንባብ ይስሕትዎ፡ ንንኣሽቱ ነጥብታት ድማ የዕብይዎም
5. ንጽሑፋት ሙሴ የጕልሕዎም፡ ነቶም ካልኦት ቅዱሳት ጽሑፋት ግን ካልኣይ ቦታ ይህብዎም ከምኡውን ብኣዝዩ ዝፈኾሰ ኣገባብ ይትርጉምዎም (ጊልበርት ገጽ 20)
6. ነቲ ኣፍኣዊ ሕጊ ምስ ቅዱስ ጽሑፍ ማዕረ የመዛዝንዎ
7. ነቲ ጽሑፍ ምሳሌኣውን መለኮታውን (ካባላ) ኣገባባት ይጥቀሙ

    ሀ. ኣብቲ ናይ መወዳእታ ፊደል ናይ እብራይስጢ ቓል ኣሕጽሮተ ቓል ምምዕባል (ኖታሪኮን)

    ለ. ነፍስወከፍ ናይ እብራይስጢ ፊደል ናይ ቍጽሪ ዋጋ ምስ ተዋህበ፡ እቶም ተደሚሮም ክንድቲ ቑጽሪ ዚበጽሑ ቓላት ኣብ ጽሑፋት ቦታ ኺለዋወጡ ይኽእሉ (ገማትርያ)

    ሐ. ኣብ ሓደ ጥቕሲ ንዘሎዉ በበይኖም ቃላት ንምትኽኻእ ናይ ድምጺ ለውጥታት ምጥቃም (ፓሮኖማስያ)

    መ. ነቶም ኣብ ሓደ ጽሑፍ ዘሎዉ ቓላት ከም ብሓድሽ ብምስራዕ ሓድሽ ትርጉም ምምዕባል (ተሙራ)

V. ጽልዋኦም ኣብቲ ናይታ ቐዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ኣተረጓጕማ

ሀ. እስክንድርያ፡ ግብጺ (ፋራፍ ገጽ 11፤ 12)

1. ናይ ቅለመንጦስን ኦሪጀንን ብስእላዊ ምሳሌ ዝተዳለወ ክርስትያናዊ ኣገባብ ብፊሎን በቲ ኣብ እስክንድርያ ዝነበረ ናይ ምሁራት ሃዋህውን ዝተጸልወ ምንባሩ ንጹር እዩ
2. እዚ ኣብ ቅዱስ ጽሑፍ ዘሎ ሕቡእ ትርጉም ናይ ምንዳይ ጻዕሪ ነቲ ኣርባዕተ ኢድ ዘሎውዎ ናይ ኣተረጓጕማ ኣገባብ ፈጢሩ። እዚ ኣገባብዚ

ኽሳዕ ናይ ተሃድሶ ዘመን (ሪፎርሜሽን) ብዅሉ ማእከላይ ዘመናት ንቤተ ክርስትያን ጸልዩዋ።

ለ. ኑቲ ኣብ እስክንድርያ ዝነበረ ብስእላዊ መገዲ ናይ ምትርጓም ኣገባብ ዚጻረር ዝያዳ ኣብ ጽሑፋት ዜተኮረ ኣገባብ ኣብ ሳልሳይ ክፍለ ዘመን ኣብ ኣንጾክያ ናይ ሶርያ ማዕቢሉ። እዚ ናይ ጽሑፍ ኣገባቡ በቶም ናይ ኣይሁዳውያን መምህራን ሕጊ መምርሒታት ዝተጸልወ ድዩ ነይሩ ወይስ ኑቲ ናይ እስክንድርያ ኣገባብ ንምቅዋም ጥራይ እዩ ነይሩ ንምፍራዱ ኣሸጋሪ እዩ። ነቶም ናይ ሂለል መምርሒታት ፈጺሞም ኣይተጠቐሙሎምን። ገለ መዳያት ካብቶም ከም ሕጊ ዝሰፈሩ መምርሒታት ሂለል ግን ንጥንታዊ ጽሑፍ ንምርዳእ ርትዓውያን መደምደምታታት እዮም። ኣብነታት፡

1. ሃዋህው ንትርጕም ይመርሓ
2. ቅዱስ ጽሑፍ ንቅዱስ ጽሑፍ ይትርጕሞ
3. ተመሳሰልቲ ንባባት ምጥቃም
4. ንቓላት ብንጹር ዚገልጹ ንባባት ናይ ምርካብ ፈተነ

ሐ. ዋላኳ ኽንዮ ዓቕሚ እዚ መጽናዕትዚ እንተ ኾነ፡ እቶም ኣብ ማእከላይ ዘመን ኣብ ኤውሮጳ ዝነበሩ ኣይሁዳውያን ተርጎምቲ ጽሑፋት ከም ብዓል ኪምቺን ራሺን፡ ልክዕ ከምቲ ኒኮሊስ ወዲ ላይራ ዝገበሮ፡ ኣብቶም ናይ ተሃድሶ መራሕቲ (ሪፎርመርስ) ሃናጺ ጽልዋ ኸም ዝነበሮም ብሓጺሩ ምጥቃስ ግቡእ እዩ።

***መወከሲ ምንጭታት***


በርኮፍ፡ ኤል. *ፕሪንሲፕልስ ኦቭ ቢብሊካል ኢንተርፕሪተሽን።* ግራንድ ራፒድስ፡ ቤከር 1950።

ብሮውንሊ፡ ደብሊው. ኤች. *"ቢብሊካል ኢንተርፕሪተሽን ኣማንግ ዘ ሰክታሪስ ኦቭ ዘ ዴድ ሲ ስክሮልስ"* ቢብልካል ኣርኪኦሎጂ 14 (1951)፡ 60 - 62።

ፋራር፡ ፍረደሪክ ደብሊው። *ሂስትሪ ኦቭ ኢንተርፕሪተሽን፤* ማክሚላን፡ 1886።

ግራንት፡ ሮበርት ኤም.ን ዴቪድ ትሬሲን። *ኣ ሾርት ሂስቶሪ ኦቭ ዘ ኢንተርፕሪተሽን ኦቭ ዘ ባይብል።* ፊላደልፊያ፡ ፎርትረስ ፕረስ፡ 1984።

ጊልበርት፡ ጆርጅ ሆሊ። *ኢንተርፕሪተሽን ኦቭ ዘ ባይብል ኣ ሾርት ሂስትሪ።* ማክሚላን፡ 1908።

ከይሰር፡ ዎልተር ሲ. ጁንየር። *ቱዎርድ ኣን ኤክሰጀቲካል ቲዮሎጂ።* ግራንድ ራፒድስ፡ ቤከር 1981።

ናይት፡ ዳግላስ ኢ.ን ታከር፡ ጂን ኤም.ን። *ዘ ሂብሪው ባይብል ኣንድ ኢትስ ሞደርን ኢንተርፕሪተርስ።* ቺኮ። 1985።

ናይት፡ ሮበርት ኢ.ን ኒከልስበርግ፡ ጆርጅ ደብሊው. ኢ.ን። *ኤርሊ ጁደይዝም ኣንድ ኢትስ ሞደርን ኢንተርፕሪተርስ።* ኣትላንታ፡ 1986።

ሎንግኔከር፡ *ሪቻርድ ኤን።* "ካን ዊ ሪፕሮድዩስ ዘ ኤክሲጀሲስ ኦቭ ዘ ኒው *ተስታመንት*?" ቲንዳል ቡለቲን 28 (1969)።

ሚከልሰን፡ ኤ. በርክሊ። *ኢንተርፕሪቲን ዘ ባይብል።* ግራንድ ራፒድስ፡ ኤርድማንስ፡ 1963።

ሙር፡ ጆርጅ ፉት። *ጁደይዝም ኢን ዘ ፈርስት ሰንቹሪ ኦቭ ዘ ክሪስችያን ኢራ።* ኒው ዮርክ፡ ሾከን ፕረስ፡ 1971።

ኦዝቦርን፡ *ግራንት።* "ሀርመነቲክስ።" *ዲርፊልድ።* ኢሊኖይ፡ ትሪኒቲ ኢቫንጀሊካል ዲቪኒቲ ስኩል። ፎቶኮፒድ።

ፓት፡ *ዳንኤል። ኤርሊ ጁዊሽ ሀርመነቲክስ ኢን ፓለስታይን።* ሶሳይቲ ኦቭ ቢብሊካል ሊትሬቸር ኣንድ ስኮላርስ ፕረስ፡ 1975።

ፕራይስ፡ ጀምስ ኤል። *ኢንተርፕሪቲን ዘ ኒው ተስታመንት።* ሆልት፤ ራይንሃርትን ዊንስተንን፡ ኢንኮርፖረይትድ፡ 1961።

ራም፡ በርናርድ። *ፕሮተስታንት ቢብሊካል ኢንተርፕሪተሽን።* ግራንድ ራፒድስ፡ ቤከር፡ 1970።

ሮት፡ ሰሲል ኣርታኢ፡ *ኢንሳይክሎፔድያ ጁደይካ።* ጀሩሳሌም፡ ኬተር። ኢ.ስ። ቪ። "ሀርመነቲክስ" ብሉዊስ ጃኮብስ።

ስትሮክ፡ *ሀርማን ኤል። ኢንትሮዳክሽን ቱ ዘ ታልሙድ ኣንድ ሚድራሽ። ፊላደልፊያ፡* ጁዊሽ *ፓብሊኬሽን* ሶሳይቲ ኦቭ ኣሜሪካ፡ 1931።

ቴሪ፡ ሚልቶን። *ቢብሊካል ሀርመኑቲክስ*። ግራንድ ራፒድስ፡ ዞንደርቫን፡ 1974።

ወይንግሪን፡ ጀ.ይ። *ፍሮም ዘ ባይብል ቱ ዘ ሚሽና*። ማንቸስተር ዩኒቨርሲቲ ፕረስ፡ 1976።

# ራብዓይ ጥብቆ

## መግለጺ ሰረተ እምነት

ብናይ እምነት ወይ ሃይማኖታዊ መግለጺታት ግዱስ ኣይኮንኩን። ንመጽሓፍ ቅዱስ ንባዕሉ እየ ኼረጋግጽ ዝመርጽ። ግናኸ ናይ እምነት መግለጺ ነቶም ዘይፈልጡኒ ሰባት ናይ ሰረተ እምነተይ ስእሊ ኸም ዚህቦም እግንዘብ እየ። ኣብዚ ብዙሕ ስነ-መለኮታዊ ጌጋን ስሕተትን ዘሎዎ ዘመንዚ፡ እዚ ዚስዕብ ሓጺር ጽማቝ ናይ ስነ-መለኮታዊ እምነተይ ኣቕርብ።

1. መጽሓፍ ቅዱስ፡ ክልቲኡ ብሉይን ሓድሽን ኪዳናት፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ፡ ዘይጋገ፡ እሙን፡ ዘለኣለማዊ ቓል እግዚኣብሄር እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ሰማያዊ መሪሕነት ብዝረኸቡ ሰባት ዝተደብተረ ናይ እግዚኣብሄር ናይ ርእሱ ምግላጽ እዩ። ብዛዕባ እግዚኣብሄርን ዕላማታቱን እቲ እንኮ ምንጪ ናይ ንጹር ሓቂ እዩ። ንቤተክርትያን እቲ እንኮ ምንጪ እምነትን ኣነባብራን እዩ።

2. ሓደ በይኑ ዘለኣለማዊ፡ ፈጣሪ፡ መድሓኒ እግዚኣብሄር ጥራይ ኣሎ። ንሱ እቲ ናይ ኵሎም ነገራት፡ ዚረኣዩን ዘይረኣዩን፡ ፈጣሪ እዩ። ንሱ ንርእሱ ፈቃርን ሓላዪን ምዃኑ ኣርእዩ ኣሎ፡ ዋላኳ ቅኑዕን ጻድቕን እንተ ኾነ። ንርእሱ ብሰለስተ በበይኖም ኣካላት ገሊጹ ኣሎ፡ ኣቦ፡ ወድን መንፈስ ቅዱስን፡ ብሓቂ ነንበይኖም ዝኾኑ ግናኸ ብባህሪ ሓደ።

3. እግዚኣብሄር ነዛ ዝፈጠራ ምድሪ ብንቕሓት ይቆጻጸራ ኣሎ። ንፍጥረቱ ሓደ ዘይቅየር ዘለኣለማዊ መደብ ኣሎዎ፡ ናይ ሰብ ናጻ ድሌት ዚፈቅድ ኣብ ውልቀሰብ ዘተኮረ መደብ ከኣ ኣሎዎ። ብዘይ ፍልጠትን ፍቓድን እግዚኣብሄር ዚኸውን ነገር የልቦን፡ ግናኸ ኣብ መንጎ መላእኽትን ሰባትን ውልቃዊ ምርጫታት ከኣ ይፈቅድ። የሱስ ናይ ኣቦ ሕሩይ ሰብ እዩ፡ ካልኦት ኵሎም ሰባት ከኣ ኣብ የሱስ ሕሩያት ኪኾኑ ተፈቒዱሎም ኣሎ። ናይ እግዚኣብሄር ኣቐዲምካ ናይ ምፍላጥ ክእለት ንሰባት ኣቐዲሙ ናብ ዝተወሰነ ጽሕፍቶ ኣይድርብዮምን እዩ። ኵላትና ብሓሳብትናን ግብርታትናን ተሓተቲ ኢና።

4. ሰብ፡ ብምስሊ እግዚኣብሄርን ካብ ሓጢኣት ናጻ ኾይኑን እኳ እንተ ተፈጥረ፡ ኣንጻር እግዚኣብሄር ኪሸፍት ግን መሪጹ። ዋላኳ ብመንፈሳዊ ሓይሊ እንተ ተፈተነ፡ ኣዳምን ሄዋንን ነቲ ብገዛእ ፍታዖም ዝገበርዎ ፍትወት ነብሲ ግን ተሓተቲ እዮም። እቲ ዕልወቶም ንሰብን ንፍጥረትን ለኺሙ። ኵላትና በቲ ብኣዳም ዝበጽሓና ሓባራዊ ኸነታትናን ናይ ውልቅና ወለንታዊ ዕልወትን ምሕረትን ጸጋን እግዚኣብሄር የድልየና።

5. እግዚኣብሄር ነቲ ዝወደቐ ወድሰብ ናይ ምሕረትን ምሕዳስን መገዲ ሂቡ ኣሎ። የሱስ ክርስቶስ እቲ ፍሉይ ወዲ እግዚኣብሄር ሰብ ኮይኑ፤ ሓጢኣት ዜብሉ ህይወት ተመላሊሱን በቲ ኣብ ክንዲ ሰብ ዝኾነ ሞቱ ኸኣ ነቲ ናይ ሓጢኣት ሰብ መቕጻዕቲ ኸፊልዎ። ንሱ እቲ እንኮ መገዲ ናይ ምሕዳስን ሕብረት ምስ እግዚኣብሄርን እዩ። ብዘይካ ኣብቲ ውዱእ ዕዮኡ ብምእማን ካልእ መገዲ ምድሓን የልቦን።

6. ነፍስወከፍና ነቲ ብየሱስ ዝተዋህበ ናይ እግዚኣብሄር ናይ ምሕረትን ምሕዳስን ህያብ ክንቅበሎ ይግብኣና። እዚ ብየሱስ ክርስቶስ ኣብቶም ናይ እግዚኣብሄር ተስፋታት ብወለንታ ብምእማንን ካብ ፍሉጥ ሓጢኣት ብድሌት መገዲ ብምቕያርን ይርከብ።

7. በቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎና እምነትናን ንስሓና ኻብ ሓጢኣትን ነፍስወከፍና ምሉእ ምሕረትን ምሕዳስን ረኺብና ኣሎና። ግናኸ፡ ናይዚ ሓድሽ ዝምድና መረጋገጺ ልዉጥን ቀጻሊ ዚልወጥን ህይወት እዩ። ዕላማ እግዚኣብሄር ንሰባት ሓደ መዓልቲ ሰማይ ምብጻሕ ጥራይ ዘይኮነስ ሕጂ ንክርስቶስ ምምሳል እዩ። እቶም ብሓቂ ዝደሓኑ፡ ዋላኳ ሓሓሊፎም እንተ ሓጥኡ፡ ኣብ ምሉእ ህይወቶም ብእምነትን ንስሓን ይቕጽሉ።

8. መንፈስ ቅዱስ "እቲ ኻልእ የሱስ" እዩ። ነቶም ጥፉኣት ናብ ክርስቶስ ኬምጽኦምን ኣብቶም ዝደሓኑ ምስሊ ክርስቶስ ኪሃንጽን ኣብ ምድሪ ኣሎ። ኣብ እዋን ምድሓን ህያባት መንፈስ ቅዱስ ይዕደሉ። እዞም ህያባት እዚኣቶም ኣብ መንጎ እቶም ስጋ ክርስቶስ ማለት ቤተ ክርስቲያን ዝተመቕሉ ህይወትን ኣገልግሎትን የሱስ እዮም። እዞም ብመሰረቱ ናይ ክርስቶስ ኣረኣእያታትን ድርኺትን ዝኾኑ ህያባት ብፍረ መንፈስ ቅዱስ ኪነቓቕሑ ኣሎዎም። ልክዕ ከምቶም ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መዓልትታት ሎሚውን ኣብዚ ዘመንና መንፈስ ቅዱስ ህያው እዩ።

9. ኣቦ ነቲ ዝተንስአ የሱስ ክርስቶስ ናይ ኵሉ ፈራዲ ገይርዎ ኣሎ። የሱስ ክርስቶስ ንኹሎም ሰባት ኪፈርድ ናብ ምድሪ ኺምለስ እዩ። ኣብ ግዜ ምምላሱ፡ እቶም ንየሱስ ኣሚኖሞ ዘሎዉን ስማቶም ኣብቲ ናይቲ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት እተጻሕፉን ናይ ዘለኣለም ክቡር ስጋ ኪቕበሉ እዮም። ንሓዋሩ ኸኣ ምስኡ ኺነብሩ እዮም። እቶም ንናይ እግዚኣብሄር ሓቂ እምቢ ዝበሉ ግን ንሓዋሩ ኻብቲ ሓጎስ ዚመልእ ሕብረት ምስ ስሉስ ኣምላኽ ኪንጸሉ እዮም። ምስ ሰይጣንን መላእኽቱን ኪኹነኑ እዮም።

ብርግጽ እዚ ዝርዝሪ ምሉእ ወይ ብደቂቕ ዝቐረበ ኣይኮነን፡ ግናኸ ነቲ ናይ ውሽጠይ ስነ-መለኮታዊ ጣዕሚ ኸም ዚህበኩም እትስፎ። እዚ ዚስዕብ መግለጺ ድማ ደስ የብለኒ፡

## "ኣብቶም ኣውራ ነገራት- ስምረት። ኣብቶም ካልኣዊ ጕዳያት- ሓርነት። ኣብ ኵሎም ነገራት- ፍቕሪ።"